-1-

ወዲ-ሰብ ምግራም እንድሕሪ ኣጥፊኡስ ኣኺሉዎ እየ ዝብል፣ ካን ኣኺሉዎ መቓብር ጥራሕ ኢዩ ዝጸበዮ።

ንግሆ፡ ገና ከይወግሐ፡ ገና ጸሓይ ሰይፊ-ጩራታታ ከይዓጠቐት፡ መሓውራት ጸሓይ ንኹናት ባናታት ሎሚስ ብዳርባዶ ብወጥሪ መንትግ ክንውርውሮም ኢሎም እናወሰወሱ፡ ባዕጊጉ ከንባሁቕ ዝጀመረ ምብራቓዊ ኣድማስ ሃሳስ ገጹ እናሓበሰ፡ ኣዕዋፍ ብርሃን ዘይኣመሉ ደንጉዩ ከይበላ፡ ርቡጽ ክኹናይ ድማ መሰለይ ደንጒዩኒ ኢሉ ብንግሆኡ ከየንጸርጸረ፡ ቀቐውቲ ደራሁ ቃንኣን ቀይረን ቆይቑ ከየብዝሓ፣ ኮታ ዝኾነ ፍጥረት፡ ሰብ ይኹን ዑፍ፡ ብንግሆኡ ብኹራ ክቡከር ባህ ኣይብለንን። ናይ ንግሆ ፍሽኽታ ዝመስሉዎ የለን። ኣየ'ባ ከምሕረሉ ንወዲ-ሰብ ሰሓቕ። ዋላ ንጎቦታት፡ ንጫፍ ኣግራብ፡ ንመዓሙቕ ስንጭሮታት ይኹን ንዝባን ሜዳታት፡ ንኹሎም ናይ ንግሆ ክምስታ ኢዩ ግርማኦም። ጸሓይስ እንታይ ድያ? ዘይ ዓባይ ፍሽኽታ ኢያ ንርእሳ። ካልእ እንታይ ኣሎዋ! ብኽምስታ ጀሚራ ናብ ፍሽኽታ፡ ጸኒሓ ናብ ሰሓቕ፡ ናብ ካዕካዕታ፡ ናብ ዓውታ፡ ናብ ዋዕዋዕታ። እንታይ ኣሎዋ ጸሓይ ዘይ ምቕኘት፡ ዘይ ሓይሊ፡ ዘይ ሓቂ! ዘይ ፍቕሪ! እንታይ ኣሎዋ ጸሓይ ዘይ ጸወታ፡ ዘይ ልግሲ! ንዓና'ሞ ከኣ ጕንያ ኣሎዋ ኢዩ ዝብሃል፣ ምሳና ፍሉይን ጥቡቕን ዝኾነ ኣጠማምታ ከም ዘሎዋ'ሞ ምሉእ ዓዲ ምመስከረ።

ኩራ ጽልኡለይ መባልዕተይ ኣይኰነን፣ ብንግሆኡ ምኒን ዝብሉ ኣይፈቱን፣ ቀልጢፎም ገጾም ዝጽውጉ የፈንፍኑኒ። ወረ ሓሬት ፍርሒ ገጾም ስግድግድ ኣቢሉ ተምሳስ ኢዩ ዘምጽኣለይ። ገለ ከይኰኑ ብኽያት ወይ ኣውያት ዘስምዑ ዋላ ኣይቀድዉንን። ኣነ ሰሓቕ እየ ዝፈቱ፣ ካዕካዕ ዝብል ምድረ-ሰማይ ይብርህኒ፣ ምናዳ-ምናዳ ንግሆ እንታይ ኢዩ ብኽያት፣ እንታይ ኢዩ ኮርፈፍ ምባል? ሰኣን ምጥማት ንምብራቕ? ሰኣን ምስትብሃል ሕዝሎ ብርሃን ኣብ

እንግድዓ ኅቦታት? ደርፌ ባሕሪ ከየችነውነውካ! ምኽሪ ኅቦታት ከይሰማዕካ! ኣብ ጸልማት ፍልጠት ዝመስል ድንቁርና ተሸጕጥካ ምስቁንቋን ኢልካ ዘረባ ባህ ኣይብለንን። ናይ ብሓቂ መዓንጣ እንተ'ልዩካ፡ ነቲ ዘይተገበረ ጸድፌ እሞ ጠምቶ፡ ንዓይ ከኣ ኣብዚ ከዕርፍ ግደፈኒ... ትብል ዘላ እያ ትመስለኒ ኣዛሚት።

ብርግጽ ብቓላት እንተ ዘይበለቶ ብሕልና ከምኡ ኢያ ትብል። ካልእ ክትብል ሰሚዐያ ኣይፈልጥን። ደቂስና እንከሎና እኮ ኢዩ እዚ ኩሉ ትብለኒ ዘላ መሲሉ ዝስምዓኒ፡ እምበር ገናኮ ካብ ዓራት ኣይወረድናን። ኵሉ ግብራ ዝኾነ ኣኪቡ እንተ መርሚረዮ ግን ኣፋ ከይከፈተት ብጠባያ ትገልጾ ዘላ ዘረባ ኢዩ።

ኣዛሚት ኣምላኺት ብርሃን ኢያ። ካብ ኣዒንታ ጩራታት ብርሃን ናብ ልቢ ሰብ ክውርወሩ እንከሎዉ ይርኣዩኒ። ገጻ ድማ ከም ዘሎዎ ምልክት ብርሃን ኢዩ። ነቲ ኣብ ጸሓይ ዝተመስረተ ጥንታዊ እምነት ኤርትራ'ያ ተዘኻኽረኒ። ሊቃውንቲ ታሪኽ ካብ ሽዑ ዝጥዕም ህይወት ኣይተራእየን ኢዮም ዝብሉ። እቲ እምነት ከመይ'ሉ ሃሲሱ ከም ዝበረሰ ገና ክምርመር'ዩ ዝብሃል። ኣብ ናይ ኣእማን ሓውልትታትን ቅርጽታትን ግን ምስሊ ጸሓይ ከም ምልክት ተኸቲሙ ክሳዕ ሕጂ ይርከብ ኣሎ። ኣብቲ ሰፊሕ ገጽ ኣእማን ምስ ወቐሩዎ ከም ስምብር ነዲሩ ኢዩ ምልክት ሰተታ ጸሓይ ዘንጸባርቕ ዘሎ። ልዕሊ ሲሶ ክቢ ቃለቤት ወርሒ ድማ ኣብ ትሕቲ ሰተታ ጸሓይ ከም ሕበጥ ተነፊሓ ትርአ። ነቲ ናይ ብርሃን ኣምላኽ ንምጽልማት ካብ ጥንቲ ክሳዕ ሕጂ ይፍተን ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዘሎ ድጉል ብርሃን ግን ከም ዘይሃልኽ ረመጽ ኲይኑ ስለ ዝቕጽል ናብ ሃልሃልታን ባርዕን እውን ክቕየር ይኽእል። ወርሒ ግን ምልክት ሰብ ኢዮም ዝብሉዋ። ነቲ ነናሻዕ ዝቀያየር ባህሪ ሰብ ተንጸባርቕ ይብሉ።

ብዛዕባ ኣዛሚት ንምቕጻል ግን ብርሃን ሓደ ጥራሕ ክውንና ከም ዝይክእል ርዱእ ኢዩ። መቕመጥ ብርሃን ዝብሃል የለን፣ መንጸባረቒ፡ መንጠሪ፡ መዝለሊ ብርሃን ግን ኣይሰኣንን ኢዩ። ንብርሃን ኣብ ሳንዱቕ ክቑልፉ ዝኽእሉ ዝመስሎም ሰባት ዓያሹ ኢዮም። ኣዛሚት ንበይኑ ክውንን ዝሓስብ እንተልዩ ከኣ ብርሃን ጸሓይ ንበይኑ ዝምነ ሰብ ክኸውን ኣሎዎ። እቶም ዓበይቲ ኣእሙሮን ልቢን ዘሎዎም ኣይውነኑ፡ ኣይውንኑ ኢዮም። መቕመጥ ዕብየቶም የለን፣ መንጸባረቒ ፍቕሮም ጥራሕ ኢዩ ክርከብ ዝክኣል።

ብዛዕባ ንግሆ ምትንሳእ እንተ ተላዒሉ ኣዛሚት ትተንስኦ ዘይብል ፈላጢ የለን። ድቃስ ጸጊባ ኢ.ያ ትትንስእ። ንዓራት ኣይትእውዶን፡ ንሱ'ውን ኣይእውዳን። ምስ ህይወት'ውን ከምኡ ኢ.ያ፣ ኣይትእውድ ኣይትእወድ። ሓራ ኢ.ያ ኣዛሚት። ንሓርነት'ውን ከምኡ፣ ኣይትልምኖ፡ ኣይትቃለሶ፡ ብማህጸናዊ ፍልጠታ ነቲ ኣብ ንስነታ ዘሎ ሓርነት ቀደም ተቐቢላቶስ፡ ከይከበዳ ከይከበደቶ ብጐደና ዕትብቲ ሓሊፉ ናብ ውሽጣ ብዝሰረጸ ውህደት ኢ.ያ ትነብር። ኣብ መንጎኣን ኣብ መንጎ ሓርነትን ፍልልይ ኣይርኣን።

ንግሆ፡ ገና ከይወግሐ፡ ብርሃን ጸሓይ ገና እግሩ ናብ ዓለም ከየንበረ፡ ዋላ ሓንቲ ቀጣን ጨራ ካብ ጥቕላል ዓይኒ ብርሃን ተፈቲሓ ፍንጭሕ ከይበለት፡ ኣብ ዓራተይ ኰይነ ምስ ፍቕረይ እግረም ነይረ። ከመይ ወይ ስለምንታይ ነፍሰይ ምጽኣት ብርሃን ገና ናብ ዓለም ከየበለ እንከሎ ዝነግረኒ ኣይፈልጥን። ድምጺ ብርሃን እየ ዝሰምዕ መስለኒ። ንግስጋሰ ብርሃን ብእዝነይ ኣይኰንኩን ዘዳምጾ፡ ኣካላተይ ሰሚዑ ክቕበሎ እንከሎ ይስምዓኒ።

ንዓይን ንፍቕረይን ጭዋዳታትና "የቐንየልና ኣዕሪፍና"፡ "የቐንየልና ባህ ኢሉና ሓዲሩ"፡ ኣብ ዝብሉና እዋን'ዩ እቲ ብርሃን ቀዲሙ ተቓሊዑ ገዛ ዝመልእ'ሞ ቀዲሙ ከኣ ውሽጢ ልቢ ሰብ ዝኣቱ። ሽዑ ኣካላትና መቐረት ህልውናኡ ሕቖፍ ተሓቛቖፍ ኢዩ ዝሸውን። መሓውር ኣካላትና ተኣሳሲሮም ናይ ፍቕሪ ሕልኮታት ዝቖነኖ ሽሩባ ይመስሉ። ከምቲ ናይ ቀደም ደርፌ "ሽርቦኺ ዘው እናበለ ምሳኺ ምህራስ ከሊኡኒ" እናዘመረ ኣካላትና ብወዝ ቅሳነት ተቐቢኡ ንኽትስእ ምምጥላዕ የብዝሕ። ገና ግን ኣይወግሐን፣ ገና በቲ ጭዳድ ማዕጾ ኩሉ ግዜ ዝሰሉኽ ብርሃን ኣትዩ "ደሓንዶ ሓዲርኩም" ኣይበለን።

ኣስመራ ግን ኩሉ ግዜ ከምኡ ኢ.ያ። ካብ ቀደም ጀሚራ ክሳዕ ሕጂ ኣይተቐየረትን። ሰብን ኣማልኽቲን ዓይኒ-ንዓይኒ እናተጋጠሙ ዝዛረቡላ ከተማ ኣስመራ ጥራሕ ትመስለኒ። እንተ ወሓደ ኣብኣ ጥራሕ እየ ናይ ልቦም ከዕልሉ ከሎዉ ሰሚዐ። ኣብ ካልእ ዓድታት ኣይገጠመንን። ኣብ ኣስመራ ግን ዝኣክል ክጋጠሙን ክመላለሱን እሰምዖም። እዚ ኩሉ ዝብለኩም ንግሆ ገና ከይወግሐ ኢዩ። ኣበራቢሩ ካብ ዓራት ዘዝልል ድምጺ ሰብን ደወልን ነቲ ሰበኽ-ሳግም ሓሳባት ሰብ ናብ ምዑዝ መገሻታት ንኽብገስ የሰንዮ። ንቕሎ ሓሳባት መትሓዚ ዘይብሉ ይፍኖ፣ ናህሪ ጉዕዞኡ ከኣ ካብ መስታ በርቂ ይቕልጥፍ። ኣበይ ኢ.ዩ'ሞ ዘይበጽሕ ሓሳባት? ኣበይ

ዘይዕንድር? ህንጡይ ሓሳባተይ ህዝቢ ኣስመራ ምስ ኣማልኽቱ ክዛተ እንከሎ የስምዓኒ።

ሓቂ ይሓይሽ ምላሽ ኣማልኽቲ ተርጒመ ኣይክእልን፣ ዘረባ ሰብ ግን ንጹር ኲይኑ ይርድኣኒ። ሰብ እንታይ ዘይብል! ይልምን፡ የመስግን፡ ይውድስ፡ ካልእ ይትረፍ ይሕብር። ኣየ ክጽውዕ! ክጣራዕ! ክጽሊ! ክፈርሕ! ክልተ ክዛረብ! ወረ ንሓንሳብስ ሕንቃቐን ፍርሒን ኣምሲሉ ንፈጠርቱ ዝእዝዝ ዘሎ መሲሉ ኢዩ ዝስምዓኒ። እቶም ኣባላት ከተማታትን ገጠራትን መመልከቲ ኣእዳዎም ሓዊሶም ንብዙሓት ጸላእቲ ኢዮም ንዝበሉዎም እናረቑሑ ኣማልኽቶም ሕነ ንኽፈድዩሎም ይምሕጸኑ። “ሓሳዳት ኣጥፍኣልና፡ ሓሰውቲ ኣርሕቐልና፡ ረሲኣን ደምስሰልና፡ ፈርሓት ከውለልና፡ ከድዓት ኣሕፍረልና፡” እናበሉ ንኣማልኽቶም የዘኻኽሩ። ገሊኦም ድማ መመልከቲ ኣጻብዕቶም ናብ ገዛእ-ነፍሶም እናመልከቱ፡ “ጸላእቲስ ንሕና ኢና፣ ኣብዚሕናዮ ዕውንውን! ኣብዚሕናዮ ድንቁርና! ኣብዚሕናዮ ዕሽነት! ኣብዚሕናዮ ስንፍና!” እናበሉ ምሕረት ክልምኑ ይስምዑ። “በከመ ምህረትከ ኣምላክነ ወኣኮ ዘከመ ኣበሳነ” ኢሎም ይውድሱ። ኣብ መሬት እናተለለዉ፡ ሓሙኽሽቲ እናተቐብኡ፡ ግንባሮም ብስግደት ሓነግ እናበሉ፡ ሸውሃት ስጋዊ ድልየቶም እናዓመጹ እንታይ’ሞ ዘይገብሩ? እንታይ’ሞ ዘይገብሩ!

ናይ እምነት መሃይማን ዝኾኑ ሒደት ተስፋ-ቀባጻት ክጽልዩ እንከሎዉ ይስምዑ ኢዮም። ሕሉፍ ሓሊፉዎምስ ንኣማልኽቲ ከም ሰብ ድኹም ዝኽሪ ዘሎዎም ረሲኣን ገይሮም’ዮም ዝቖጽሩዎም። ብርግጽ ኣማልኽቶም ነቲ ውሽጣዊ ቋንቋ መበቆሎም ከም ዝረስዑ ገይሮም ዘእመኑዎም ቀለምቀመሳት ኣሎዉ። እቲ ሓጺር ቋንቋታትኩም ንልዑል ብራኽ ኣእዛን ኣማልኽቲ ኣይሓኩርን ኢዩ ዝብሉዎም ናይ መንፈስ ምሩኻት’ውን ኣይሰኣኑን። ልቦም ምስ ሰኣኑ ድማ ንሓንሳብ ብናይ ካልኦት ቋንቋ፡ ብሕልፊ ብናይ ስዉራን መናፍስቲ፡ ንሓንሳብ ከኣ ብናይ ዓለማዊ ገዛእቶም ብዝነበሩ ዝተቓንየ ደርፊ-ጸሎት ተጠቒሞም ንኽንቱነቶም ንምድዕዓስ ክፍትኑ እንከሎዉ ይርኣዩ ኣሎዉ። “ኣምላኽ ቋንቋና እንተ ረሲዑ ደኣ ናብቲ ድኹም ዝኽሪ ዘሎዎ ወዲ-ሰብ ተቐይሩ ዘይንብል! ኣምላኽ ካባኻትኩም ብዘይጽበዮ ቋንቋ እናጨደርኩም ግዳ ካብ እምነትኩም ኣይትርሓቑ! ንዕኡ’ውን ኣይተርሕቑዎ! ዝፈርሐት በጊዕ ብናቋ ዝብኢ ገይራ ትረኽቦ ሓገዝ የለን፡” ኢሉዎም ሓደ ባሕታዊ።

ብፍላይ ነቶም ምግራም ዘይክእሉ ኣባላት ጸሎት ኢሎም

ከብጽሖ እንከሎዉ እሰምዮም እሞ ኣዝየ እግረም። ሓደ ካብኣቶም ከም ዝገለጸለይ፡ “ምግራም ምንጪ ስልጣነ ኢዩ። ድሕሪ ውግእ ዝመጽእ ክስተት ይኹን ተኣሊኹ ዝጸንሐ ጉድ ገና ኣየረጋገጽኩን። ሕማም ዘይምግራም ብቐልጡፍ ይላባዕ ከም ዘሎ ግን ግሉጽ ኰይኑ። ወዲ-ሰብ ምግራም እንድሕሪ ኣጥፊኡስ ኣኺሉዎ እየ ዝብል፣ ካን ኣኺሉዎ መቓብር ጥራሕ ኢዩ ዝጽበዮ። ጸሎትና ማይ ኣውርደልና፣ ከብዲና ምልኣልና ዘይኰነስ ክእለት ምግራም ሃበና ኢዩ ክኸውን ዘሎዎ። ምኽንያቱ፡ ምግራም እንተ ዘየልዩ ነቲ ረቂቕን ውሕሉልን ሕቶታት ህይወት መደራግሒ ምላሽ ዓያሹ ክጸቕጦ ኢዩ። ስነ-ጥበብ እንድሕሪ ዘይነጊሱስ ኣደዳ ቀለምቀመሳት ክንከውን ኢና ክብሉ ኣሎዎም።”

ሰብ ዘማሪ ኢዩ፣ ግጥሚ ይገጥም፣ ድምጺን ደወልን ቃንዩ ይምህለል፣ ኣውያቱ የዕርግ፣ ይሰግድ፡ ይዓጥን፡ የምልኽ፡ ብኣካላቱ’ውን መልእኽቲ የመሓላልፍ። ሕጂ’ሞ መጕልሕ-ድምጺ ንመልእኽትታት ሰብ ናብ ኣማልኽቲ ኣብ ምብጻሕ ሓጋዚ ክኾነኒ ኢዩ ዝበለ ይመስል። እንተኾነ ንብዕጉግ ሰብ መበራበሪ እምበር መጸውዒ ኣማልኽቲ ከም ዘይኰነስ ይምሕል ኢዩ።

ኣብ ምቕት ዓራተይ ኰይነ እየ ነዝታት ዝሓስቦ። ብቕንኢ ተበሊዐ፡ ተዓዊቱሎም ምስ ዓቢ ሓይሊ ይዋስኡ ኣሎዉ እብል፡ ገና ኣብ ዓራተይ ኰይነ። ይባረኽ፡ ይቀደስ፡ ይመስገን፡ ይከበር፡ ይሰባህ… ክደጋገም እሰምዕ። ምሉእ ጸሓይ በርቂ ኰይኑ ብርሃን ወጋሕታ ምስ ተጋህደ ግን ወዲ-ሰብ፡ ካብ ምስቶም ፈጠርቲ፡ ዝያዳ ምስ ፍጡራት ምዝራብ የዘውትር። ሓደ ሰብ፡ “ኣማልኽቲ ከም ከዋኽብቲ ኢዮም፣ ለይቲ ደሚቕም ይሓድሩ ቀትሪ ሃሲሶም ይውዕሉ፡” ክብል ሰሚዐዮ። እንታይ ማለቱ ከም ዝነበረ ግን ክሳዕ ሕጂ የተሓሳስበኒ። ሓደ ከኣ፡ “ነቶም ብለይቲ ንግሆ ካብ ጫፍ ነዋሕቲ ኣዕኑድ ህንጻታትን ኣድባራትን ብድምጺን ብደወልን ክስብሁ ዝሓደሩ፡ ቀትሪ ብንእሽቶ ክራር ነርክበሎም ኢና ዝብሉ ኣሎዉ፡” ኢሉኒ እናሰሓቐ። ሓደ ጸሓፊ ድማ፡ “ምስ ግዙፋት ምምይያጥ ከቢድ ኢዩ። ኣብ ልዕሊ ጎቦታት እምባሶይራ ኰይኖም ካዕካዕ ምስ ዝብሉ ገዘፍቲ ፍጥረት ንምውጋዕ ክሳድ ምንቅዕራር ከሽትል ኢዩ። ምስቶም ኣብ ባሕሪ ዘሎዉ ሓይልታት ማዕበልን መዓሙቕን ምምኽኻር ዘይንቡር ትብዓት ከድሊ ኢዩ። ምስቶም ኣብ ከርሲ መሬት ዘሎዉ ሃብታማት ምውጋይ ፍሉይ ብልሓት ሒዙ ክመጽእ ኢዩ። ምስቶም ኣብ ኣየር ዘሎዉ መናፍስቲ ምርድዳእ

ከኣ ትንቢት መጻኢ ከኸስት ኢዩ። ምስ ሃልሃልታ ፍቕሪ፡ ምስ ምቕት እምነት፡ ምስ ጓህሪ ሓቂ፡ ምስ በርቂ ምህዞ ምውሳእ ድማ ሓምኹሽቲ ኣንነትካ በቲንካ ዳግም ክሳዕ ትፍጠር ተጸበ ዘብል ክኸውን ይኽእል።”

ናይ እምነት ፍልስፍና ኣፍሉጠይ ትሕት ስለ ዝበለ ኣይመለስኩሎምን። ብናተይ ተመክሮ እንድሕሪ ኰይኑ ግን ወዲ-ሰብ ዓቢ ነገር የሰክፎ ኢዩ። ንኣብነት፡ ሃገር ካብ ዝብል ናብራይ ክብል ይቐሎ፣ ህዝቢ ካብ ዝብል እከሊት ምባል ይርድኦ። ዓቢ ጠፌኡዎ ዘይኰነስ ንእሽቶ ስለ ዝፈኸሶ፡ ታሪኻዊ ስራሕ ገዲፉ መዓልታዊ የቐድም። ብእልፊ መጽናዕቲ ተኻዒቶም ምስጢር ህይወት ካብ ዝትንትኑ መጽሓፍቲ፡ ንኹነ-ተገብረ ዘበስሩ ዕለታውያን ጽሑፋት ይመርጽ። ፍልስፍና'ሞ ከኣ ኣይመባልዕቱን ኢዩ። እንታይ ገዲሱዎ ናብ ወሽጣዊ ሓቂ ዝኣቱ? ደገ ደጊኡ ዘይኣኽሎ! ንሱ'ንዶ ኣይቀልልን! እቲ ብሃንቀውታ ዝሰምየ ሰብ ኣሃዛዊ መረዳእታ ዘድልዮ ኣይመስሎን። ሓንቲ ዝተማህራ ፍልጠት ሒዙ፡ ብዛዕባ ኩሉ ነገር ብዝሒ ከየመልከተ፡ ምንጪ ከይሓበረ፡ ዕለት ከይረቖሐ፡ ክብደት ከይመዘነ፡ ብድፍኢት ስምዒት ይዛረብ። ንብዙሓት ሰባት ንሱ ይቐሎም። ምምርማር ዘይፈትዉ ይበዝሑ። ከም ዝብሃል ዘሎ ምግራም ይጠፍእ ኢዩ ዘሎ። ንቀለምቀመሳት ድማ ከምዚ ዓይነት ኩነታት መባልዕቶም ኢዩ። ናይ ሓደ ዓይነት ቴክኖሎጂያዊ ወይ ጥበባዊ ክእለት ንኹሉ ፍልጠት መደምደሚ ይኹነሎም'ሞ ሰብ ዘንገሶም መሲሉ ይርድኦም። ብዛዕባ ዘይወዓልሉ ፍልጠት ደፊሮም ክዛረቡ እንከሎዉ ባዶነት መንነቶም ይምስክሩ ከም ዘሎዉ ኣየስተውዕሉን። ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ኣድቂቖም ዘይተመራመርሉ ፍልስፍና'ኳ እንተ ዘይሃሎዎም፡ ኣፍልጦ ከም ዘሎዎም ብዛዕባ ህይወት ሃገርን ህዝቢን ዝትንክፍ ጉዳያት ብድፍረት ይትንትኑ። ጸኒሖም ድማ ኣብ ጫፍ መልሓሶም ንዝጸንሑ ደፋር ምላሻት ከም መደራግሕ ይብትኑ። እቲ ዘይፈላለ ውህደት ሓቂን ጽባቐን የጥፍኡ ከም ዘሎዉ ኣይፈልጡን። ከይፈርሑን ከይተሰከፉን ውጽኢት ድኽነቶም ዝኾኑ ተዋስኦታት፡ ትካላት፡ መጽሓፍቲ፡ ንግድታት፡ ፊልምታት፡ ወይ ብሓፈሻ ውጽኢት ስነ-ጥበብ ዝመስሎምን ስነ-ቁጠባ ዝብሉዎን ናብ ህዝቢ የቕርቡ። ሳዕቤናት ውጽኢት ድንቁርናኦም ንምግማት ግን ዓቕሚ የብሎምን። እቲ ንግዜኡ ዝሓፍሱዎ ናይ ኰንቱነት ዓወት፡ ጽሩይ ራኢ ሰብ ኣጸልሚቱ ዘዕነወ ምስ ኣዕነወ፡ ንገዛእ-ርእሱ ጽባሕ ዝዓኑ ምኺኑ ኣይገመቱን።

“ለይቲን ንግሆን እዋን ኣማልኽቲ፡ ጸምጸም ቀትሪ ድማ ኣጋንንቲ ጽፍዒቶም ኣብሊሖም ንመህደን ሰብ ዝጥቀሙሉ እዋን ኢዩ ዝብሃል፡” ኢሎምኒ ሓደ ደብተራ። ለይቲ ኣጋ ወጋሕታ ግን ህዝቢ ኣስመራ ንኣማልኽቱ ዘወፈዮ እዋን ምዃኑ መተኣማመኒ መሊኡ ኣሎ። ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዝርከባ ከተማታትን ቁሸታትን ከም ኣስመራ ለይቲ ንግሆ ምስ ኣማልኽተን ኢየን ዝዋስኣ። ካብ ኩለን ዝዓርግ ፈነወ ኣላህ ኣላህ፡ ቡራኬ፡ ንሴብሆ መን ይቑጽሮ! ሰበኽ-ሳግም ኣብ ዝቐነይሉ፡ ገያሾ ኣብ ዘዕረፉሉ፡ ሰብ ባሕሪ ካብ ነውጺ ማዕበል ብብልሓት ማህለቖም ሚዛን ኣብ ዝረኸቡሉ ይኽበር፡ ይባረኽ እናበሉ ካብ ስግዳንን ጸሎትን ኣይበኾሩን ኢዮም።

ንግሆ-ለይቲ እቶም ብዕሪር ዝመስል ዓን ክዳን ዝለበሱ ምእመናን ኣብቲ ሃፋ ሰማያዊ ዝበረዞ ፈኵስ ዕምብረ እናተንሳፈፉ ዝወዛወዙ ዘሎዉ ክመስሉ ነናብ ቀጽሪ ቤተ-መቕደሶም ክግስግሱ ኣብኡ ክሰግዱን ክምህለሉን ጸኒሖም ነንገዛኦም ክሳለዩን ምዕዛብ ንበይኑ ዝዓይነቱ ሃብታም መንፈሳዊ ቅሳነት ኢዩ ዘወፊ። መዓልታዊን ሰዓታዊን ዘተ ኣማልኽቲን ደቂ-ሰብን፡ ብውሽጣዊ ሙዚቃ እናተሰነየ፡ ብውልቀ-ሰብ፡ ብብሕታዊ ኣባይቲን ብቤተ-መቕደስን፡ ዝግበር ጸሎትን ስግዳንን ውሕሉል ኤርትራዊ ጥራሕ ኢዩ ዝፈልጦ። መዓልታዊ ናብ ሕልና ሰብ ብደወላትን ብጭርሖ ኣላሃትን ዝፍነዉ ጻውዒት ሰዓታት እዝኒ ዘሎዎ ጥራሕ ኢዩ ዝሰምዮም። እቶም ብዛዕባ ኤርትራ ክፈልጡ ዝደልዩ ወራዙት ዓዲን ደቂ ካልኦት ሃገራትን፡ ብሓቂ ክምሃሩ እንተ ደልዮም፡ ኤርትራውያን ምስ ኣማልኽቶም ከዋግዑ እንከሎዉ ተኸታቲሎም ክዘንግዑዎም ኣሎዎም። ምስጢር ኤርትራውያን ኣብ ምይይጥ ሰብን ኣማልኽቲን ኢዩ ክርከብ ዝኽእል ኢሎም ልበይ ዝመሰጡኒ ሓደ ግሩም ሽማግለ ኣብ ምቕት ዓራተይ ኰይኖ ዘኪረዮም። ወግሐ-ጸብሐ ኣብ ጊሓትን መዓልቲን ኣስመራ ዝፍኖ ድምጽታት ኣላህ፡ ኣሃዱን ደወልን ድማ ነቲ ዘረባ'ቶም ግሩም ሽማግለ ዘረጋገጹዎ መሲሉ ተሰሚዑኒ።

ኣዛሚት ካብ ዓራት ጥር ኢላ ኢያ ትትንስእ። ገጽ ምብዕጋግ ዝብሃል የብላን። ናይ ዓራት ንዓራት ኢያ ትገድፎ። ነታ ቦኽሪ መዓልቲ ግን ብዘሎዋ ምዉቕ ሓይሊ ኣጥቢቓ ሕቑፍ ተብላ። ኣነ'ኳ ኣስግል እየ፣ መጽሓፍ ኢለ ካብ ዝጅምር ንሓንሳብ ዳርጋ መዓልቲን ለይቲን ምፍላይ ዘጸግመኒ ግዜ ኣሎ። ንኣዛሚት ክርእያ ከሎኹ ግን እተባባዕ። ምስኣ ንደጋግሞ ስርዓት ገድለ-ፍቕሪ ናብ ምልኣተ-ሓይሊ ህይወት ዝውፈ ማህሌት ኣምልኾ ኢዩ። ብግሩህ

ርክብ ኣካላትና ተመጣጢርና ነቲ ክነርክቦ እንደሊ ምንጪ ሓይሊ ትንክፍ ንምባል ኢና እናተቓለስና ንተሓባበር። እቲ ብኣህሪ ምፍሕፋሕ ብልጭ ዝብል መስታ ባህታ ድማ ንጥሜት ስጋና ኣኺሉስ ንእለሻ መንፈስና የዕግብ። ደቂሱ ጸኒሑ ካብ መዓሙቕ ህልውናና ናብ ኣፍደገ ምሉእ ሓይሊ ህይወት ወጢሩ ዝመጠና ሕቡእ ውነና ለሽ ምስ በለ ናብቲ ንቡር ውነና ተመሊስና ውራይ ናብራ ንገብር። ካብቲ ዘብጽሓና ኣፍደገ ሃልሃልታ ምሉእ ሓይሊ ሕልፍ ኢልና ንውሽጢ ክንቅጽል ሓይሊ ኣይንረክብን። ዝረኸቡ ሒደት ኢዮም ይብሉ ፈላጣት። ንሳቶም ከኣ ናብ ዓለም ኣይምለሱን ኢዮም። ንሕና ግን ንቕጽል። ኣካላታትና ድማ ንዕለታዊ ስራሕ ናብራ ይእዘዙና።

* * *

ዝጀመርኩዋ መጽሓፍ ኣብ ፍርቂ ቀርቂራ ኣይ ንቕድሚት ኣይ ንድሕሪት ገይራትኒ። ናይ ፈጠራ መጽሓፍ ስለምንታይ ከም ብሓድሽ ክጽሕፍ ከም ዝጀመርኩ ንርእሰይ ይገርመኒ። ኣይስክሕን እየ። እቲ ቅድም ዝጽሓፍኩዎ ኣብ ከመይ ዝበለ ናይ ማዕበል ጽላለ ደርቢዩ መንፈሰይ ኣናዊጹኒ ከም ዘይነበረ ቀልጢፈ ረሲዐዮ። ወላዳት ኣደታት’ውን ከምኡ ኢየን ይብሉወን፣ ነቲ ዝሕለፍኦ ሕማም ሕርሲ፡ ውላድ ምስ ርኣያ ቀልጢፈን ይርስዕኦ’ሞ ከም ብሓድሽ ክወልዳ ይብህጋ። ኣፋሪቐዮ ዘሎኹ ድርሰት ግን መታለሊ ኢዩ። ምስ ህይወት ተላዚቡ ጸኒሑ ብዘይጠቅም ንእሽቶ ግርጭት ካብ ህይወት ክሃድም ይደሊ። ዕግበት ዘሎዋ መጽሓፍ ኣይኰነትን። ንሓቂን ንጽባቐን ዘሎኒ ጽምኣት ዘርዊ የለን በሃሊት ኢያ እዛ ጀሚረያ ዘሎኹ መጽሓፍ። ንሸውሃታ ዘዕግብ ቀለብ ካበይ ከም ዝረክብ ኣይፈለጥኩን። ቃቔጣ ኢያ - በሊዓ ዘይትጸግብ። ሕንቃቐ’ውን ኣሎዋ ይመስለኒ። ኣርእስቲ እንተኹነለይ ኢለ እንታይ’ሞ ዘይበልኩ። “ባህጉ ታ’ድርሳነ ፈጠራይ”፡ “ባህጊ ድርሰት”፡ “ባህጉ ‘ታ መጽሓፍ”፡ “ባህጉ ‘ታ ድርሰተይ”፡ “ባህጊ ፈጠራዊ ድርሰት”፡ “ባህጊ ድርሳነ ፈጠራ”፡ “ድርሳን ባህጉ”፡ “ድርሳንን ባህጊን”፡ “’ታ ሕንቅቕቲ መጽሓፍ”፡ “ንሓቂን ንጽባቐን”፡ “(ህረፍ) ሸውሃት ሓቂን ጽባቐን”፡ “ዘይዓግብ ሸውሃት መጽሓፈይ”፡ “ዘይረዊ ጽምኣት ሓቂ”፡ “ዘይዓግብ ባህጊ ሓቂን ጽባቐን”፡ “ሕንቃቕ መጽሓፍ”፡ “ዘይትዓግብ መጽሓፍ”፡ “ድርሳነ ጽባቐ”፡… እንታይ ዘይበልኩዋ?

ምፍጣር ቀሊል ኣይኰነን። ግን እንታይ ይግበር ወዲ-ሰብ መዓርጉ ምፍጣር ኢዩ’ምበር ምድጋም ምድግጋም ኣይኰነን።

ፈጣሪ ዝኾነ ጸሓፋይ ካብኡ ዝዓብዩ ፈጢሩስ ምስቶም ካብ ሰብ ዝገዝፉ ፍጡራቱ ቃልሲ ይገጥም። መን ከም ዘውድቖ ድማ ኣይፍለጥን። ምስ ዝፈጠርኩዎም ጠባያት ክቃለስ ኣይጽልኣንን፡ “ምስ ዘይትኽእሎ ቃልሲስ መፋሕፋሕ ዝባንካ” ዝብሃል ኣዘራርባ ልበይ ኣይተንከፈንን። ብሓደ ወገን ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ክፈጥሩ ዝደልዩን ኣብ መንጎ ከደግሙ ዝደልዩን፡ ዘይምርድዳእ ዘሎ ይመስል። ወይ ከኣ ኣብ መንጎ ተውህቦ ምግራም ዝትዓደሉን ዝተነፍጉን ክብሃል ይክኣል። ወይ ሓደ ተዋዛያይ ከም ዝበሎ እቲ ቃልሲ ኣብ መንጎ ዝርኣዮምን ዘይርኣዮምን ኢዩ። ኣብ መንጎ ዝበርሃሎምን ዝጸልመቶምን ክብሃል’ውን ምተኽእለ።

“ድምጺን ሕሹኽታን ባሕሪ ኤርትራ ሰሚዕና፡ ጽላሎት ጎቦታት ተጻዊትና፡ ንፋስ ተዛሪቡና፡ ጸሓይ ቀሊጻትልና፡” እናበሉ ንፍጠር፡ ንምሃዝ ክብሉ እዕዘብ። ገሊኦም ድማ፡ “ንዝሓለፈ ንድገም፣ ሓቂ ኣብ ሕሉፍ ኢዩ ዘሎ፡ ንሕጂን ንመጻኢን ዘተኣማምን የለን፡” ክብሉ እሰምዕ። ንፍጠር - ኣይንፍጠር’ዩ እቲ መወዳእታ ዘይብሉ መጎተ። ካብቲ ሓደ ኣብ ጋዜጣ ዝበሎ ኣይሓለፈን። “ንፍጠር ንዝብሉ ከዳልዉ ዝኽእሉ ጠበቓታት ኰነ ፈራዶ ውሒዶም፣ ናይ ቀደም ክደግም እምበር ንመጻኢ ዘዕጥቕ ምህለላ ክገብር ኣይክእልን። ልጓም ቀደም ሒዞም ንናይ ሕጂ ፈረስ ክቕይዱ ዝጽዕሩ ጓሂ ኢዩ መኽሰቦም።”

እዞም ናይ እማን መጽሓፍ ዝጽሕፉ ከማይ ዝጭነቑ ኣይመስለንን። እቲ ክጽሓፍ ዝተሓሰበ ኣርእስቲን ትሕዝቶን ኣፍጢጡ ኢዩ ዝጥምቶም። ጸሓፊን ጽሑፍን ድማ ክልተኦም ከም ዝፋለጡ ይኾኑ። ጽሑፍ ሕብእ እንተበለ እቶም ጸሓፍቲ ኣሰሩ ሒዞም ንኽቕልዑዎ ዝሕግዝ ፍቱን ዝኾነ ብልሓትን መሳርሒን ይህልዉዎም ይኸውን። ብሓፈሻ እንተ ተራእየ ናይ እማን ጸሓፍቲ ዓቕሞም መዚኖም ዘየትኣማምኖም ነገር ካብ ምጽሓፍ ቁሩብ ቁጥብ ይብሉ ይኾኑ። መብዛሕትኡ ግዜ ብደረጃ ፍልጠቶም ኢዮም ዝጽሕፉ። መምዘኒ ውጽኢት ጽሑፎም ድማ ከቢድ ኣይኰነን። ንኣብነት፡ “ኣትማን ኤርትራ” ኢሉ ክጽሕፍ ዝተዓጥቀ ሰብ እንተ ወሓደ ብዛዕባ ኣትማን ዘድሊ ትምህርቲን ተመክሮን ሃልዩዎ መጽናዕቲን ምርምርን ክገብር ዝተቐረበ ኢዩ ክኸውን። ብዙሓት መወከሲ ጽሑፋት ከንብብ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ ፈላጣት’ውን ከማኽር ይኽእል ኢዩ። እዚ ንምግባር ዘድሊ ኩሉ ብገንዘብን ብግዜን ክግመት ይክእል። መልክዕን ጽባቐን ኣትማን ኤርትራ ዝውድስ

ማህሌት ንምፍጣር ግን ቀሊል ኣይመስለንን።

ኣብ ኤርትራ ጸሓፊ እምበር ናይ እንታይ ጸሓፊ ስለ ዘይተባህለ ኣዝማደይ ንምልላይ ተጸጊመ ኣሎኹ። ናይ ፈጠራ ጸሓፊ ግን ባህሉ ጥራሕ ኢዩ ዘሎዎ። ካልእ ተወሳኺ ኢዩ። ኩሉ ፍረ ምግራሙን ባህሉን ወይ ስልጣነኡን ኢዩ። እቲ ኣብ ሓደ ምልቆ ዝተጠቕለለ ፈትሊ ጥራሕ ኢዩ ተሳሒቡ ክሳዕ ዝውዳእ ዝፍታሕ። ካልእ ካብቲ ዝተጠቕለለ ዓይነት ይኹን ቁመት ፈትሊ ዝተፈልየ ተመዚዙ ክዝርጋሕ ዝኽእል ኣይመስለንን። እኳ ደኣ እናተበታተኸ ከይቋጸር የፍርሕ። ስልጣነ ጸሓፊ ፈጣሪ፡ መሃዚ፡ ቀያሲን ተላሚን ኢዩ። ስልጣነ ጸሓፊ ኢዩ ነጋር ዛንታ፡ ጸዋይ ጸውጽዋይ፡ ተራኺ ህይወት። ዝኾነ ጸሓፊ ካብቲ ኣኪቡ ዘወሃሃዶ ባህሊ፡ ወይ ካብቲ ለቢሱ ዘስረጾ ስልጣነ ወጻኢ ብጽሑፍ ዘንጸባርቖ ቅዲ የለን። እታ ዘላ ኢያ ዘላ። ካልእ ካበይ ይምጻእ? ኩሉ ካብ ሓይሊ ምግራም ኢዩ! ምግራም የለን - ጥበብ የለን።

ስልጣነ መልክዕ ናይቲ ዘሎን ነባሪን ከባቢ ጥራይ ዝመስሎም ኣሎዉ፣ መሲሉዎም ከኣ ንዕኡ ፈልዮም ከጽንዑ ላሕ ይብሉ። ፍልጠቶም ንምርኣይ ክደግሙዎን ክዝምሩዎን ውዒሎም ይሓድሩ። ናብ ውሻጠ ሓቂ ኣትዮም ከይትሓቖፉ፡ ኣብ ግዳም ከባቢ ኰይኖም ንደገ ደጊኡን ንዘብለጭልጭ መልክዑን ጥራይ ዝገልጹ፡ ንስልጣነ ኣመልኪቶም ኣርእዮምና ክንብሎም ኣይንኽእልን። ስልጣነ ለውጢ ከባቢ ኢዩ'ኳ እንተ ተባህለ ቀንዲ ግን ለውጢ ውሻጠ ሕልና ኢዩ። ስልጣነ ዘሎ ምርኣይ ዘይኰነስ ምስ ዘየሎ ምውጋዕ ኢዩ። ስልጣነ ሕጊ ምግላጽ ዘይኰነስ ፍትሒ ምንጋስ ኢዩ። ስልጣነ ውላድ ምግራም ኢዩ። መጽሓፈይ ኣብ ምቅርራብ ዝገጥመኒ ዘሎ ጸገም'ውን ምስዚ ይዛመድ። ንሓንሳብ ኣነ ንዘሎ ክገልጽ፡ እታ ዝሓንገደት መጽሓፍ ድማ ንዘየሎ ክትድህስስ ኣብ ክልተ ከይምቀል እፈርሕ።

ንመጽሓፈይ ዝኸውን ቀለብ ካብቲ ዘሎኹዎ ከባቢ ክቖርም እጽዕር። እንተኾነ፡ እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝረኽቦም ሰባት ዓውዲ ይኹን ቆፎ ኣተሓሳስብኦም ዳርጋ ናብ ምድረበዳ ተቐይሩስ ዋላ ብወረጦ ክልቀም ዝኽእል ስንቂ ንምርካብ እኸብደኒ። ፈለጥኩ ዝብል ኩሉ ነቲ ብባህርያዊ ዓይኒ ዝርአ ዝመስል፡ ማለት ነቲ ዘሎ ኩነታት ከባቢ፡ ጥራይ ክዝርዝር ይጽዕር። ካብ ምግራም ተበጊሱ ርቕቕ ዝበለ ምስጢር ህይወት ከስተባህል ዓቕሚ ስለ ዝውሓዶ ድማ ሒደት ዕንኩር ዝበላ ጉዳያት እናደጋገመ ይዛረበለን። ብዛዕባ

ትሕዝቶ መግቢን ገዛን ኣልዒሉ ኣንቢሩ ኣይዓግብን፡ ምስ ዘየሎ ከዋግዕ ግን ኣይክእልን። ነቲ ዘሎ ዘይመስል ህላወ ዘርኢ ዓይኒ ቀደም ጸላእቲ ካብ ዝወተፉሉ ትምህርቲ ኣየጥረየን። መግዛእታዊ ጽልዋ ናብ ወሽጢ ምስጢር መግዛእቱ ኣይዕድምን ኢዩ። ኣብ ግዳማዊ ጫፍ ዓንኬል ኣንቢሩ ኢዩ ዕንክሊል ዘብለካ። ጸላኢ ሓይሊ ምግራምካ ኢዩ ዘዕኑ። ብድኹም መግዛእታዊ ስርዓት-ትምህርቲ ይኹን፡ ብድሑር ተመክሮታት ገዛእቲ ዝደለቦ ስልጣነ ምስ ዘየሎ ንሽዋግዕ ዘኽእሎ ኣይመስልን። ብባህላዊ ገዛእቲ ብዝተወሰነ ዓይኑ ንዝርእዮ ደጋጊሙ ክቖጽር ጥራይ ሕልናኡ ይጠልሞ። ሰበኻ ፍልጠት ብዝመስል ድንቁርና ክሕሰ ምርኣይ ድማ ከም ሕልናኻ ኣብ ዝኹርኩሕ መሪር ተንኮበት ሓዘን ምቕማጥ ክቑጸር ይክኣል።

በሰላ መግዛእቲ ሕሱም ኢዩ። ንዘሎ እምበር ንዘየሎ ፈንቂልካ ክትርኢ ትብዓት ኣይህብን። ግዙእ ዝነበረ ሰብ ናይ ገዛእቲ ግዳማዊ ተርእዮታት ጥራሕ ኢዩ ዝለብስ፣ ናብ ውሻጠ ፍልስፍና ገዛኢ ከም ዘይኣቱ ኲይኑ ኢዩ ሽዊት ዕድመኡ ኣሕሊፉዎ። ብቛንቋ ገዛእቲ ይመላለስ እምበር መዝገበ-ቃላት ተወኪሱ ምስቲ ስዉር ትርጕም ገጽ-ንገጽ ምጥምማት ኣየዋጽኦን፣ እንተ ደለየ’ውን ኣይክእልን። ኣብዚ ኲይኖም ብግዝኣት ወይ ብቓልሲ፡ ኣብ ወጻኢ ኲይኖም ብስደት ዝነበሩ ኤርትራውያን ዝርዝር ፈላስፉታትን ጸሓፍቲን እናዕለሉ ክከራኽሩ እንክሎዉ ዳርጋ ኣይገጠሙንን። ብዛዕባ ድምቀት ወይ ህሰት ሕብሪ ሰማያዊ ብናህሪ ተኸራኺሮም ክበኣሱ ኣይርኣኹን። ኣብ ዝጸንሐ ጸኒሖም ብዛዕባ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ክዝትዩ ዳርጋ ኣይሰማዕኩን። ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነበሩ ኤርትራውያን ንደቂ ዓዶም፡ “እስኪ ንባህጊ ናይ እከሊት ወይ ናይ እከለ ተዋስኦታት ኣስተማቕሩ፡” ኣይበሉን። ናይ እከለ ዓዲ ዘመናዊ ኣካይዳ ስራሕ ዘወዳድር መጽሓፍቲ ኢሎም ዘቕረቡ ኣይጕነፉንን።

ዝርአ ብዝመስል መሰረቱ ግን ብዘይፍለጥ ግዳማዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣዘራርባ፡ ኣከዳድና፡ ኣመጋግባ መንነታዊ ባህሊ ክሃስስ እናርኣኹ ጓሂ ይስምዓኒ። እቶም ሓያላት ዝፈጠሩዎ ናይ ሓሶት ዓለም፡ ዝሸረቡዎ ካሻ ታሪኽ፡ ተር ኣቢሎም ዝሰርዑዎ ኣዋጅ ኣምራት ንዘይፈልጥ ፖለቲካዊ ናጽነት እኹል ኣይኰነን። ብዙሕ ሰብ ገና ናይ ውሽጣዊ መንነታዊ ናጽነቱ ኣሊሹ ኣይረኸበን። ገሊኡ ቀለምቀመስ ኣብ ናይ ፕላቶ ምስላ በዓቲ ስለ ዝነብር መንነቱ ከም

ዝጠፍኦ እውን ኣየስተውዓለን። ስለ ዝኾነ ድማ ዝገጥሙኒ ሰባት ብዛዕባ ሊጣኛ ጸገማት እምበር ብዛዕባ ስብከተ-ፍትሓት ክዝምሩ ኣይሰማዕኩን። ኣይግረሙን ኣሎዉ። እቶም ሓያላት ገዛእቲ ንዓይኒና ክንደይ ኣሓውሊሎሞ ከም ዘሎዉ ኣይፈለጡን ይኾኑ። ንኹሉ ከም ንቡር ምቕባል ለሚዶም። ሕሉፍ ውሒጦም ናብኡ ክምለሱ እምበር ከስገድግዶም ኣይርኣዩን። ደረጃ ፍልጠቶም ገና ብሰንሰለት ሓያላት ሃገራት ተቐይዱ ኣሎ። ፍልጠቶም ኣብ ሃገሮም ብዘመስክሩዎ ማህዛዊ ስራሕ ኣይተመዘነን። ማህዚን ፈጠራን ድማ ደፊርካ ምስቲ ዘየሎ ዝመስል ገጽ ንገጽ ምስ ገጠምካ ብምርጻም ዝርከብ ሃብቲ ስለ ዝኾነ እቲ ጸሓፊ ድርሳነ-ፈጠራ ንኽፍሪ ብርእሰ-ተኣማንነት ክሰክር ኣሎዎ። ሰኺርካ'ውን ንጋዳ ኢዩ። ካብ ውሽጢ ቀረባ ይኹን ርሑቕ ከባቢኻ መዓንጣ ሓቂ ዓትዒትካ ምውጻእ ቀሊል ኣይኰነን። ሓቂ ተዓትዒቱ ምስ ወጸ ከኣ እቲ ከባቢ ሞይቱ ክትስእ ክኸእል ኣሎዎ። ክሳዕ ሕጂ ከባቢኡ ጠቢሑ ኩነታት ሓግሒጉ ዝስጢ፡ ውሻጠኡ ጐርጒሩ ደም ሕፍረታት ዝፍልፍል ጸሓፊ ኣይተቐልቀለን ምበልኩ።

* * *

ኣዛሚት ንግሆ ስለ ትትንስእ ቍርሲ ድማ ኣንጊሃ ኢያ ትቕርብ። ቍርሲ'ኳ እንተ ዘይጸላእኩ ንሓንሳብ ንግሆ ምትሳእ ባህ ኣይብለንን። ሳሕቲ ኣብ ዓራተይ ኣርፍድ ከብል ምፈተኹ፡ ቍርሲ ኣዛሚት ግን ንግሆ ኢዩ ሰዓቱ። ምስ ተንሳእኩ ከኣ እቲ መዓልቲ ተመጢጡ ስለ ዝነውሓለይ ግዜ ከሲበ ኢለ እሕጐስ። ብርግጽ ድማ ብዙሕ እጽሕፍ።

ናጻነት ኤርትራ ካብ ዝእወጅ ክልተ መጽሓፍቲ ኣሕቲመ። ክልተኣን ናይ ፈጠራ ዛንታታት ኢየን። ብዓቕሚ ብዝሒን ዝርግሐን ዓድና ዝኣክል ህዝቢ ኣንቢቡወን ክብሃል ይከኣል። ፈቲናየን ዝበሉ ሰባት'ውን ኣይወሓዱን። ዘድንቑወን ሰባት ይገጥሙኒ'ሞ ክሳዕ ብዘረባ ንዓግብ ነዋግዕ። ንሓንሳብ ግን ናይ ፈጠራ ስራሕ ምስ ዘይፈልጡ እራኸብ'ሞ ኣብ ዝኣቱዎ እስእን። ነቲ ፈተነ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ በቲ ዝፈልጡዎ ጸቢብ ሞያ ከቢቦም ክሓንቁዎ ክጽዕሩ እንከሎዉ የደንግጹኒ። ውራይ ስነ-ጥበብ ከይፈለጡ ተማሂሮም ወይ ብስራሕ ተመኲሮም ብዘጥረዩዎ ውሱን ሞያ ተቐይዶም ንህይወት መንእሰያት ከይዕንቅፉ እሰግእ። ንቀይዲ-በተኽ ትዕቢት ውሱን ትምህርቶም ከም ግዙኣት እናተኸተሉ ነቲ ረቂቕ ስነ-ጥበባዊ ዓለም ብዓንዴል ኣንደበት ክተናኹፉዎ ምርኣይ ኣይተፈተወንን።

ክልተአን መጽሓፍቲ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ናጽነት ኢየን ተጻሒፈን። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ድማ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ናጽነት ተጀሚራ። ካልኣይ ምዕራፍ ወይ መድረኽ ንብሎ ዘሎና እቲ ሰለስተ ወራራት ሓዚሉ ዘሎ ግዜ ኢዩ። ንሱ ካብ 1998 ክሳዕ ሕጂ ዘሎ እዋን ኰይኑ፡ እቲ ቅድሚኡ ካብ 1991-1997 ዝነበረ ግዜ ድማ ቀዳማይ መድረኽ ወይ ከኣ ዘመን ግርህና ዝብሉዎ ኢዩ። በቲ ክልተ እዋናት ሓያሎ መጽሓፍቲ ተደሪሱዶ ኣይተደረሰን እናተባህለ ክሳዕ ሕጂ ዘከራኽረና ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። እተን ጽሒፈየን ዝበልኩ ክልተ መጽሓፍቲ ቁጽሪ መጽሓፍቲ ዓደይ ወሲኸ ወይ ኣብዚሐ እናበልኩ ዝፍክረለን እምበር ምሉእ ስነ-ጥበባዊ ዕግበት ኣይረኸብኩለንን። ምናልባት ከም ሰበይ ናጽነት ኣስኪሩኒ ነይሩ ይኸውን። ግዜ'ኳ ነይሩኒ፡ ቀልበይ ግን ብግቡእ ኣይተቐጻጸርኩን። ንምስትንታን ግዜ ኣይሃብኩዎን። እኹል ምግራም ኣይገበርኩን። ብዕሽነተይ ነቲ መዝገብ ህይወተይ ዝኾነ ዝኸሪ ደሓር ዝምለሶ ምኳነይ ዘንጊዐ ዳርጋ ሰሪዘዮ ነይረ። ሓደ ተዋዛያይ፡ "ህዝበይ ከምዞም ኣብ ኮምፒዩተር ጽሒፎም ሰኣን ዓቃብ-ነጥቢ ምጥዋቕ ዘጥፍኡዎ ኢያ ኰይና፡" ኢሉ ይብሃል።

ነዛ እናሓንገደት ተትዕበኒ ዘላ ድርሳነ-ፈጠራ ዝኾነት መጽሓፍ መዓስ ጀሚረ መዓስ ክውድኣ እየ ኢለ ኣይተጨነቕኩን። ከም ዝመጸኒ እየ ዝጽሕፋ ዘሎኹ። ትወዳእ፡ ትፈጸም'ውን ኣይተገደስኩን። ዓቐበት ጸሓፍቲ ምኳና ግን ኣይጠራጠርን።

እቲ ዘመነ ግርህና ብርግጽ ድዩ ተወዲኡ ዝብል ሕቶ ኣሎ። ይዋእ እቶም ወቕቲ ግርህና ከስተብህሉ ዘይክእሉ ደኣ'ምበር ንዓይስ ገና ዘየቋርጽ ግርህናን ንጽህናን ጥራሕ ኢዩ ዝርኣየኒ -- ዘይውዳእ ኤርትራዊ ንጽህና።

* * *

ባህታ ዝብሃል ሓደ ዓርከይ ኣሎ። ኣብዚ እዋናት ናይ ስነ-ኣእሙሮ ኩናት ተመራማሪ እየ ይብለኒ። ንሓንሳብ ምእማን ይኣብዮ፡ ንሓንሳብ ከኣ ይቕበሎ። በቲ ኣዘራርብኡን ኣገላልጽኡን ብሓቂ እምሰጥ እየ። "ኵናት ኣየገርምን ኢዩ። ጠባይ ሃገራት ኢዩ። ከምኡ እናበላ ኢየን ዝዓብያ። ይልምዓ፡ ይሰልጥና ብዘይ ኩናት ምሉእ ትንፋስ ኣየተንፍሳን ኢየን። ምናዳ-ምናዳ እዚ ናይ ዘመናዊ ኩናት በተን ዓበይቲ ዝብሃላ ሓያላት ሃገራት ዝተማህዘ'ሞ እተን ድኻታት ዝበላ ምኽንያቱ ከይፈለጣ ዝሳተፍኦ ኰይኑ ኣሎ። ዝኾነ ኰይኑ

ውግእ ካብ ጥንቲ ዝጀመረ ንጥፈት ኢዩ። እቲ ክውንንኦ ዝደልያ ሃብቲ መሬት ብውግእ ኢየን ዝሕዝኦ። እንተኹነ ንምዕባለ ወዲ-ሰብ ምኳኑ መግለጺ ይትኣመን ኣይትኣመን ብዘየግድስ ንወረርቲን ግዳያቶምን የእምን ተባሂሉ ዝተኣከበ ኣምራት ኣሎወን፡" ይብለኒ። ቀጺሉ፡ "ብሕልፊ እሞ ከኣ ስነ-ህንጻን ስነ-ቅርጺን ብዘይ ኩናት ተወዚ ክብሉ ኣይምተራእዩን። መብዛሕትኡ ዓበይቲ ምህርቲ ስነ-ጽሑፍስ ዘይ ተረፍ ውግእ ኢዩ። ኣብዘን ስልጡናት ዝብሃላ ሃገራት፡ ማለት ናይ ሕጂ ይኹና ናይ ጥንቲ ፍሉጣት ህንጻታተንን ቅርጽታተንን ሳላ ውግእ ዝተፈጠሩ ኢዮም። መብዛሕትኡ ስነ-ጥበብን ስነ-ፍልጠትን ጽማቑ ውግእ ኢዩ። መባዝሒ ሕጊ እንታይ ኢዩ እንተ ተባህለ'ውን ዘይ ውግእ ካልእ ምላሽ የብሉን። ንሕና እንተ ኹንና'ውን ብውግእ ኢና ተፈጢርና። ውግእ ወላድ ሰላምን ስልጣነን ኢዩ። ንተኸሊ እምነታት እሞ ከኣ ቀንዲ ድኹዒ ኢዩ። እምነታት ውግእ ኢዩ ቀለቦም፡" ክብል ክሰምዖ እንከሎኹ በቲ ዘርእዮ ፍሉይ ባህሪ ቀደም ዘንበብኩዎ መጽሓፍ ትዝ ይብለኒ። ኣብቲ መጽሓፍ ሓደ ዘይርሳዕ ባህሪ ናይ ሓደ ስነ-ኣእሙሮ ኩናት በዓል ሞያ ኣሎ። ባህታ ነዚ ባህሪ'ዚ ክመስል ዝጽዕር ዘሎ መሲሉኒ። እንተኹነ ባህታ ካብ ናይ ሓደ ፈጠራዊ መጽሓፍ ጠባይ ዝፈልዮ ነገር ይስእንዶ ይኸውን ኢለ እጠራጠር። ብኻልእ መኣዝን ጠሚተ ድማ ባህታ ናይ እማን ሰብ ወይ ናይ ፈጠራዊ መጽሓፍ ሰብ ምኳኑ ንምርግጋጽ ከም ዘጸግም እኣምን። ልክዕ ከማይ ባህታ ብሕልሚ ድዩ ብጋህዲ ዝርኣየና ዘሎ እናበሉ ዝጠራጠሩ ብዙሓት ገጢሞምኒ።

ቍርሲ ገዛና ብጊሓቱ ምኳኑ ዘይስሕት ባህታ ንግሆ ሰዓት ሽዱሽተ ገዛና ኳሕኩሑስ ኣዛሚት መን ኢኻ ከይበለት ማዕጾ ክትከፍትን እንቅዓ እናስተንፈሰ ተወርዊሩ ክኣቱን ሓደ ኰይኑ። ኣስሓይታ ኣስመራ መዓንጣኡ ከም ዝሓለቦ ንምሕባእ ግናዕ ኣእዳዉ ከም ጭኑቕ እናፋሕፍሐ፡ "ኣብ ኣስመራ ክልተ ጥዑያት ሰባት ኣሎዉዶ እንተ ዝብሉኒ ኢደይ ናባኹም ዊጥ መበልኩ። ጥዕና ኣእሙሮ ይኹን ኣካላት ንግሆ ብምትንሳእ ኢዩ ዝልካዕ። ኣዛሚት ሻሂ ጥራሕ ቀልጥፍኒ፡" ኢሉ ናባይ ጠሚቱ።

ምኽንያት መምጽኢኡ ክግምት ኣይከኣልኩን፡ ክጥርጥር'ውን ኣይፈተንኩን። ናይ ስነ-ኣእሙሮ ኩናት በዓል ሞያ ብንግሆኡ ናባይ ወይ ናብ ኣዛሚት ገስጊሱ እንታይ ከም ዝረክብ ባዕሉ ይፍለጦ ኢለ ዝቐረበትለይ ውዕይቲ ቡሽ ሻሂ ፊት ክብል ምስ ጀመርኩ፡ "ስማዕ

እስኪ ኤርትራዊ ጸሓፊ! ካብቶም ኣሎዉና ንብሎም ጸሓፍቲ ሓደ ኢዩ እንተ በሉኻ ሓቂ ድዩ ዝመስለካ? ህዝበይ ጽምኢ ጸሓፍቲ ኣሎዋ። ዋላ እንተ ዘይሃልዉና ንፍጠሮም ኢላ ኢያ ተበጊሳ ዘላ። ‘ኣንታ ጸሓፊ መዓረይ ሎሚ ሽፍታ ንዓመታ ንጉስየ’ ትደርፍ ኣላ ሃገር። ሓደ መዓልቲ ነዛ ሕያወይቲ ህዝቢ ዝኾኑ ጸሓፍቲ ከም ዝቕልቀሉ ኣይጠራጠርን እየ። ውርዙዋት ኤርትራውያን ድሕነት ብጸሓፍቲ ከም ዝመጽእ ይኣምኑ። ብቐዳማይ ኣብ ረድዮ ክትሕተትን ክትምልስን እንከሎኻ ሰሚዐ ናይ ልበይ ስሒቐ። ብልበይ መሳኪን ይብለኩም ነይረ። ከብደይ ብልዕ ኢኹም ተብሉኒ። ሓቂነትኩም ኣዝዩ የደንግጸኒ። በዘን ሓደስቲ ቃላትን ሓረጋትን ንዘየርኣኹምዎ ክትናፍቑ እንከሎኹም ምስ ሰማዕኩ ድማ ጉህየ።”

“ወይለይ እንታይ ድዩ ነገሩ? ዘምጽኣካ ግዳ ዘይትገብር፣ ካን ቍርሱ ምብላዕ ክትክልኦ! እንታይ ድዩ ነገሩ?” ኢላቶ ኣዛሚት እናሰሓቐት።

ኣዛሚት ጣምጣም ኢሉ ዝሕሰሶ ዝነበረ ስሓን ምስ ኣስተባሃለት ድማ፡ “ንሰብ ጥራይ ዘይኰነስ ንእ’ኸሊ’ውን ኣይተነሕስን ኢኻ፡” ኢላ መሊሳ ካብ ዓቢ ስልጣንያ ሕልበት፡ ካብ ንእስ ዝበለት ድስቲ ከኣ ዝሑል ስልሲ መሊኣትሉ ከተብቅዕ መቋሰዪ ዝኸውን ሰፊሕ እንጀራ መሸላ ድማ ሂባቶ።

ባህታ ዝተዋህቦ ከቢድ እጃም ብብርቱዕ ሸውሃት እናጋሕጠጠ፡ “ኣየ ኣዛሚት! ቍርሲ ኢልክዮ ዲኺ’ዚ? ካብ መዓስ ኢዩ ሕልበት፡ እሞ ከኣ ኣብ መዝሓሊ ዝሓደረ ሕልበት፡ ምስ ዝሑል ስልሲን ዝሑል እንጀራን ንቍርሲ ዝቐርብ?”

“እንተ መሊሱልካ እስኪ ንኸብዲኻ ሕተት?”

ብሃንደበት ገጽ ባህታ ቅይር ክብል እንከሎ ርእየዮ። ቍርሲ ኣዛሚት ከም ዝተወሃሃዶ ዝርኣዮ ኩሉ ብሓደ ቃል ምመስከረ። ናባይ እናጠመተ ከኣ፡ “ስማዕ ሎሚ ዝጅመር ዓቢ ስራሕ ኣምጺኤልካ ኣሎኹ። ከም ኣመልካ ዝጽሕፎ ነገር ኣሎኒ ክትብል ኢኻ። ንሱ ቀስ እናበልካ ተላእሞ። መወዳእታ ዘሎዎ ግን ኣይመስለን። ኩሉ ግዜ ይጽሕፍ ኣሎኹ ኢኻ ትብል፡ መጽሓፍ ግን ኣይርኣናን። ሓቂ ምዝራብ ይሓይሽ እተን ቀደም ዝጽሓፍካየን ብዘይ ቃልዓለም ጽቡቓት ነይረን፣ እዛ ሒዝካያ ዘሎኻ’ውን ግርም ክትከውን ኢያ፣ ዘጠራጥር የለን፣ እንተኾነ እዚ ሕጂ ዝብለካ ዓቢ ቍምነገር ስለ ዝኾነ እምቢ ከይትብለኒ ሓደራኻ፡” ከምኡ ክብለን እንከሎ ከቢድ

ጸር ተሰኪሙ ዝጭንቐ ዝነበረ መሲሉ ተራእዩኒ። ናይ ወጋሕታ ጸወታኡን ሰሓቑን መዓስ ከም ዘቋረጸ ኣይተረድኣንን። ባህታ ከምኡ ኢዩ፡ መዓስ ዕግርግር መዓስ ወግዒ ከም ዝሰርዕ ኣይፍለጥን። ካብ ገጽ ጸወታ ናብ ገጽ ስራሕ ብሃንደበት ክዕጸፍ እንከሎ ኩሉ ግዜ ከም ሓድሽ እግረም።

ምግራመይ ከይሓባእኩ፡ "እንታይ ዓይነት ስራሕ ኢዩ ንግሆ ኣተንሲኡ እንቅዓ ሕልበት ዘብልዓካ?" ኢለዮ።

"በዚ ጸወታ የለን፡ ሐራይ ጥራሕ በል።"

"እሞ ቍሩብ እባ ኣተምብሃለይ ምናዳ ገንዘብ ዘምጽእ እንድሕሪ ኰይኑስ ምሓሰብናሉ። ኣዛሚት ኣብ ገዛ ገንዘብ ውሒዱ ኢያ ትብል ዘላ። ሓቃ ድማ ገንዘብስ ውሒዱ ኣሎ።"

"እንድዒ! ሕልበት ዝቖርሱ ሃብታማት ድዮም ድኻታት ኣይፈልጥኩን፡ እዚ ስራሕ ግን ቍሩብ ገንዘብ ኣይስኣኖን ይኸውን እብል። ዓቕሚኻ ከኣ ክንደየናይ ከይከውን?"

"ብዛዕባ'ቲ ስራሕ ተዛረብ፡ ግለጸለይ፡ እንታይ ኢዩ እቲ ስራሕ?"

ዝተሰወረ ሰብ ኣብቲ ገዛ ከይህሉ ዝተጠራጠረ እናመሰለ ንየማንን ጸጋምን ቊሊሕ-ምሊሕ በለ። ብዘይካ ኣዛሚት ካልእ ሰብ ከም ዘይነበረ ዝጠፍኦ ኣይመስለንን። ምናልባት ኣዛሚት ክትሰምዖ ዘይደለየ ከይከውን ኢልና ኣነን ንሳን ብዝገበርናዮ ሕቡእ ምልክታት ኣዛሚት ንኽልተና ገዲፋ ወጸት።

ባህታ ብሕቶ'ዩ ጀሚሩ፡ "ብዛዕባ ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ትፈልጥ?" ኢሉኒ ንማእከል ገጸይ ኣዒንቱ መሊኡ እናጠመተ።

ንምሕሳብ ግዜ ከይበላዕኩ፡ "ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ደኣ ክንደይ ኢልካ ክቑጸር? ዳርጋ ኩሉ መጽሓፍቲ፡ ሙዚቃ፡ ፊልምታት፡ ቅዲ ናብራ፡ ትምህርቲ፡ ቋንቋ፡ ቴክኖሎጂ፡ ስነ-ጥበብ…" እናበልኩ ሓውሲ ቁጥዓ ገይሩ ኮሊፉኒ።

"ስማዕ እንዶ ግዳ ከይሃለኽካ! ኣነ ናይ ዓለም ዛንታ ኣምህረኒ ኣይበልኩኻን፡ ብዛዕባ ኤርትራ እየ ዘጽንዕ ዘሎኹ፡" ኢሉኒ። ጽንሕ ኢሉ "ንኣብነት እዚ መጽሓፍ ኢልካ ትሕንጥጦ ዘሎኻ ምስ መን ክትዋግኣሉ ኢልካ ኢኻ?"

"ኩሉ ሻብ ኣፈ-ሙዝ ፈጠራዊ ድርሳነይ ናባይን ናብ ውሽጢ

ሃገረይን እየ ዘቕንዕ። ነቶም ኣህዛብ ካልኦት ሃገራት ድማ ፍቕሪ ከምህሮም እፍትን። ንጸላእቲ ግን ከማኻ ሰብ ሞያ፡ ሰብ ብልሓት እየ ዝጽበየሎም። ዕላማ ስነ-ጽሑፈይ ንደቂ ሃገረይ ምሕጓስ ኢዩ። ክስሕቁ እየ ዝደልዮም። ብምኽርታት ከቑስሎም ኣይደልን። መን መኻሪ፡ መን ተመካሪ ከይከውን ኢልካዮ? እንተ ኰይኑለይ፡ ሰብ ዝኹንዎም ጠባያት ኣብ መጽሓፈይ ክገድፈሎም እደሊ። ከምቲ ሆመር ንደቂ ዓዱ በዓል ኣጋሜምኖን፡ ኣኪለ፡ ሄክቶር፡ ወዘተ. ዝገደፈሎም፡ ኣነ ከኣ ኣዝማድ ከውርሶም ምደለኹ። ካልእ ይትረፍ ፍንጫል በረኻኦምን ጎቦታቶምን ዝኹኑ ኣማልኽቲ፡ መላእኽቲን ጻድቃናትን ክፈጥረሎም እብህግ። ብሕልፊ ግን ምስ ኣማልኽቲ ባሕሮም፡ ዋላ ምስ በዓል ፖሰዲዩን ወይ ኔፕቱን ከራኽቦም እሞ ናይ ጥንቲ ዘኪሮም ምስ ስድራ-ቤት ኣማልኽቲ ባሕሪ ይቕረ ተበሃሂሎም ብዘይ ስክፍታ ባሕሪ ከም ገዛኦም ምእንቲ ክነብሩሉ ከፋቕሮም ምደለኹ። ንናይ መጻኢ ትውልዲ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ሸኻታት፡ በረኻታት፡ ሩባታትን በዓትታትን ወዘተ. ምስ ዝርከባ ዝተፈላለየ ተውህቦ ዘሀብትማ ሃገራውያን ስርኤላት፡ ዛርትታት፡ ቆለታትን ደቂ-ሕድርቲናን ከላሊ እምነ። ብሕልፊ ነዚ ዝብገስ ዘሎ ንስነ-ጥበብ ክንደይ መርብሐ! ኣይጨክናልካ ደኣ እምበር እንድሕሪ ፈትየንስ ነዞም ሰንካላት ኣጥፊኦን ናይ ሓቂ መሃዝቲን ፈጠርቲን ዝኹኑ ስነ-ጥበበኛታት መፍረያ ነይረን። ነቶም ድርሳነ ፈጠራዊ ጽባቐን ሓቂን ጠኒሶም ዘገላግሎም ዝጽበዩ ዘሎዉ መንእሰያት መለለይኦም ነይረን፡” ኢለዮ እናሰሓቕኩ።

ባህታ ከም ዝተጸበኹዎ ኣይኰረየን። እኳ ደኣ ብሓጒስ ገጹ በሪሁ። “ስማዕ! ብሓቂ ካብ ትምኒተይ ንላዕሊ ኢኻ። እዚ እንተ ጌርካ ደኣ እቲ ቀንዲ ፈጺምካ ማለት እንድዩ። ንደገ ዝቐንዐ ኣፈሙዝ ደኣ እንታይ ጸገም ኣልዩዎ? መጽሓፍካ ጥራሕ ወድእ፣ ኩሉ ኣብ መጽሓፍካ ኣእቱዎ፣ ዝደለኻዮ ሓገዝ ሕተት፣ ብዙሕ ሕልበት ከኣ ቍረስን ኣቕኍርስን። ካልእ ኣብ ጽቡቕ ቍርሲ ብሓባር የውዕለና ካብ ማለት ሓሊፈ ዝውስኾ ዘረባ የብለይን፡” ኢሉ ብብርቱዕ ሓጒስ እናነጠረ ክወጽእ ክብል እንከሎ ተሃንዲዳ ንውሽጢ ትምለስ ምስ ዝነበረት ኣዛሚት ካብ ምርጻም ንዋራ ድሒኑ። ነታ ደንጽዩዋ ክትጥምቶ ዝጀመረት ኣዛሚት ኣጻብዕታ ብግዲ ስሕብ ኣቢሉ ተሳሊሙ ምስ ወድኣ ድማ ብተሃዋኽ ንግዳም ገጹ ስጒሙ። ኣዛሚት ከኣ ክቱር ምግራም ምስ ዝፈጠሮ ሓድሽ መልክዕ ገጽ ለቢሳ ንነዊሕ ግዜ ተዓኒዳ።

-2-

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ሰብ ዋዛ ጠፊኡዎ ከም ዘሎ ኣየስተውዓለን። ካብ ሰሓቕ ብኽያት ይቐሎ። ብርግጽ ከኣ ብኽያት ይቐልል።

ሱሌማን፡ ሃብታም ጸብጻብ ባህታ እምብዛ ስለ ዘገረሞ፡ ክኣምኖ ኣይከኣለን። ባህታ ብምግናን ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ ፈጺሙ ከም ዘይሕሱ ግን ሱሌማን ይፈልጥ ኢዩ። ኣዐርዮም ከይተዛረቡ ባህታ ስለ ዝገሸ፣ ሱሌማን ምስ ሓሳባቱ ምቅላስ ኣድኪሙዎ። "ነቲ ጸሓፊ ክረኽቦ ኣሎኒ" ኢሉ'ዩ ናባይ ኣንጊሁ መጺኡ። ኣዛሚት ኣይነበረትን። ኣነ ድማ ኮምፕዩተረይ ካብ ለይቲ-ንግሆ ክሳዕ ረፋድ-ቀትሪ ብዘይ ገለ ፍረ ጽምቕሙቕ ስለ ዘበለትኒ ጽልእልእ ኢሉኒ ነይሩ። ካብቲ ንሕስያ ዘይብሉ ባዶ ገጽ ኮምፕዩተር ክውል እንተ በልኩ ኢለ ሻሂ ክሰቲ ምስ ጀመርኩ ማዕጾ ተኳሕኵሑ። ካባይ ኣይሓልፍን ኢለ እምበር ፈትየ'ኳ ማዕጾ ኣይከፈትኩን። ሱሌማን እትው ኢሉ ኮፍ ምስ በለ እቲ ክሰትየ ዝጸናሕኩ ቡሽ ሻሂ ጠፊኡኒ። ህልኽ ሒዙኒ ክረኽቦ ጽዒረ፡ ግን ቀቢጸ ገዲፈዮ።

ድምጺ ምሕጫጭ ብዕሊ ዝለማመድ ዘሎ ተዋሳኣይ እናምሰለ፡ "ሓደ ዓቢ ነገር ጠፊኡካስ ንምርካቡ ዝገበርካዮ ጻዕሪ ከይተመሰለልካ ዝተረፈ ትመስል፡" ኢሉኒ። ቅጽል ኣቢሉ፡ "ብንግሆ እንታይ ደልዩ መጺኡኒ ከይትብል መምጺእየይ ምኽንያት ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጸልካ። ወረ ኣስመራ ከም ትፈልጦ ቀልጢፉ ተላበዓይ ኢዩ። ኣብዚ ገዛ ዝብላዕ ቍርሲ ፍሉይ ምኳኑ ምሉእ ነባሪ ዓዲ ፈሊጡ ስለ ዘሎስ ከይቅደም ፈሪሐ እየ መጺአ።" ዘረባኡ ኽቕጽል ከሎ'ውን ናይ ምሕጫጭ ሕንጻጽ ንዘረባኡ ከሰኒ ዝገብሮ ዝነበረ ድምጺ ገጢመዮ። እንተኾነ ተሓጒሰ።

ዋዛ ምስ ቁምነገር ጥዑም ኢዩ። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ሰብ ዋዛ ጠፊኡዎ ከም ዘሎ ኣየስተውዓለን። ካብ ሰሓቕ ብኽያት ይቐሎ። ብርግጽ ከኣ ብኽያት ይቐልል። ሰሓቕ ናይ ኣማልኽቲ ኢዩ።

ጉድለት እናቐጸሩ ነብሶም ዘባህርሩ ትሑት ደረጃ ዕድመን ምዕባለን ዘሎዎም ኢዮም። ኣብ ከባቢ ዘሎ ጽባቐ መቐጸሪ ዝስእኑ ግን ልዑላት ኢዮም። ኣጀማምራ ዘረባ ሱሌማን ኣይጸለእኩዎን። ምኽንያቱ፡ ብኽያት ከም ቅዲ ናብራ ዝኽተሉ ሰባት ኣድኪሞምኒ ነይሮም። ትምህርቲ፡ ስልጣኑ፡ ገንዘብ፡ ንብረት ዘሎዎም ሰባት ከዕዘምዝሙ እንተ ሰሚዐ እዚ ኩሉ መሊኡዎም እንከሎ እንታይ ኢዮም ኰይኖም እብል ነይረ። ደሓር ግን እቲ ምልኣት ዝመስለኒ ዝነበረ ጉድለት ምዃኑ ተረዲኡኒ። ስነ-ጥበብ ዝጎደሎም ሰባት ውሽጦም ባዶ ከም ዝኾነ ደንጉየ ኣረጋጊጸ።

ተሰዊራትኒ ዝነበረት ቡሽ ሻሂ ኣብ ጥቓይ ከም ዝነበረት ብሃንደበት ኣስተውዒለ። ብዙሕ'ውን ኣይዝሓለትን። ካብኣ ፊት ምስ በልኩ፡ “እቶም ወረ ዝሃቡኻ ዝረሱዕዎ ሓበሬታ ኣሎ፣ ቍርሲ እዚ ገዛ ብንግሆ-ለይቲ ዝፍጸም ውራይ ኢዩ። ርፍድ ምስ በለ ዝብላዕ ነገር የለን። ስለዚ፡ ብዛዕባ ዘምጽኣካ እንተ ጀመርና ጽቡቕ ኢዩ።”

“ሓቂኻ ጸሓፊ… ናብ ቁምነገር ምእታው ይሓይሽ፣ ግና ኩሉ እቲ ብዛዕባ ዝሑል ሕልበት ዝብሃል ዘሎ ሓቂ ድዩ? እሞ ከኣ ንቍርሲ! እሞ ከኣ ንግሆ ምድሪ! ማለት ባህታ ኣብ ሓቂ ቀመም ስለ ዝንስንስ ጌጋ ከይገብር ኢለ እየ። ዝብለካ ባህታ ንገዛእ ርእሱ መጽናዕቲ ክግበረሉ ዝግባእ ሰብ ኢዩ። ብዙሕ ክግለጸለይ ዝደልዮ ነገራት ኣሎ፣ ንኣብነት ብሓቂ ኣዛሚት እንድሕሪ ኰይና መሃዚቱ መዓስን ከመይን ክምለሽ ዘሎዎ ሕቶታት ይመስለኒ። ሓቂ ድዩ ባህታ እቲ ክሰትዮ ዝሓደረ ኣልኮል በቲ ቍርሲ ሰኪሑ ናበይ ከም ዘበለ ኣይፍለጥን ዝብል? ሓቂ እንተ ኰይኑ'ኮ ኣብዚ ገዛ ዘይተኣደነ ሃብቲ ኣሎ ማለት ኢዩ። ማለት ዝሑል ሕልበት ንምግብና! ዝሑል ሕልበት ንመድሃኒት! ዝሑል ሕልበት ን…።”

ነዊሕ ከይከደ ኣቋርጽ ኣቢሉ፡ “እወ! ዝሑል ሕልበት ንስነ-ኣእሙራዊ ኵናት! ዝሑል ሕልበት ንስነ-ልቦናዊ ውግእ! እወ! ዝሑል ሕልበት ንኹሉ ዓይነት ውግእ! ውግእ! ውግእ ጥራሕ ኰይኑ ዘረባና! ብዛዕባ'ዚ እንዲኻ መጺእካ ዘሎኻ። ሕጂ ሕልበት ገዲፍካ ናይ ውግእካ ተዛረብ። ካባይ እንታይ ትደልዩ ከም ዘሎኹም ድማ ክፈልጥ እደሊ'የ። ይውሓድ ይብዛሕ እኮ መሰልስ ኣሎኒ፡” ኢለዮ ብሓውሲ ምንጽርጻር።

ገጽ ሱሌማን ብፍሽኽታ በሪሁ ምስ ርኣኹ ፍኹስ ኢሉኒ። ካብዞም

ተልእኾኦም ዝፈልጡ ስለ ዝኾነ ብቐሊሉ ንኹራ ገጽ ኣይሃበን። ንሱሌማንን ንባህታን ካብ ቀደም እየ ዝፈልጦም። ቀደም ናይ ሕጊ ኣማኸርቲ'ዮም ዝብሃሉ ነይሮም። ካብ ናጽነት ንነጀው ግን ስራሖም ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ኣብ ካልእ እዋን ነልዕሎ ንሽውን ደኣ'ምበር ናይ ብዙሓት ሰባት ስራሕ ምርዳእ ኣብዩኒ ኣሎ። ካብ ኣማኸርቲ ሕጊ ከመይ ኣቢሎም ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ሰብ ሞያ ከም ዝኾኑ ኣይፈለጥኩን። ወግዖም ግን ኣይጸላእኩዎን።

ሱሌማን ኣብ ቀንዲ ነገር ክኣቱ ምስ ወሰነ፡ "ብቐዳማይ ምስ ባህታ ብዛዕባ ስነ-ጽሑፍ ኣልዒልኩም ኔርኩም ሰሚዐ። ንሱ ኣገዲሱኒ'የ መጺኡ ዘሎኹ። እቲ ውራይ ዝሑል ሕልበት'ውን መዓልቲ ንፍለየሉ ዘብል ኰይኑ'ምበር ኣዝዩ ዘገድስ'ዩ። ባህታን ኣነን ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት መጽናዕቲ ምክንዋን ካብ ንጅምር ነዊሕ ኰይኑ። ካልእ ተውህቦኣን ገዲፍካ እተን ኣቐዲምካ ዝጸሓፍካየን ክልተ ናይ ፈጠራ መጽሓፍቲ ንፍሉይ ክእለትካ ይገልጻ ኢየን፡" ክብል እንከሎ ዳርጋ ኣቋርጽ ኣቢለ ተወሳኺ ሕቶታት መሊኣሉ።

"ቀደም ክፈልጠኩም እንከሎኹ ብግሊኹም ቤት-ጽሕፈት ኣማኻርቲ ሕጊ ኢኹም ተካይዱ ዝነበርኩም። ብግዜ ጸላኢ ካብ ዝተጣበቕኩሞ ዝተኣሰርኩሞ መዋእል ይበዝሕ ይኸውን። ናጽነት ምስ ረኸብኩም ጥብቅናኹምን ኣገልግሎት ምኽሪ ሕግን ክንዲ ምግባር ናብ ካልእ፡ ማለት ናብ ትንተና ስልትታት ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ምእታው ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ናይ ስነ-ጽሑፍ ምርምር እንታይ መእተዊኹም እንተ ተባህለ እንታይ ክትብሉ ኢኹም? እዚ መበልየይ ከኣ ብዙሕ ክርደኣኒ ዘይክእል እዕዘብ ስለ ዘሎኹ ኢዩ። ኣብዚ ግዜ ናጽነት ካብ ስደት ይመለሱ ካብ በረኻ፡ ኣብዚ ይንበሩ፡ ኣብቲ ይጽንሑ፡ ቀደም ዘይነበረ ክእለት መዓስ ከም ዝተጠረየ ብዘይ ፍለጥ ቅልጣፈ ብዙሓት ሓድሽ ስራሕን ሞያን ከካይዱን ከማሓድሩን እርኢ ስለ ዘሎኹ ቀንዲ ምኽንያቱ ክፍለጥ ዘሎዎ እናመሰለኒ ኢዩ። ፈሪሑ ተሓቢኡ ዝነበረ ክእለት ድዩ ሕጂ ብናጽነት መንፈርፈር ኣውጺኡ? መገዲ ጠፊኡዎ ዝነበረ ውሕልና ድዩ ሕጂ ምስ ሰብ ተቓሊዑ? ወይ ከኣ ዕድመ ንናጽነት ቃሕ ዝበለኒ ዘይገብር ኢዩ ዝብል ዘሎ ሰብ?"

"እዚ ትብሎ ዘሎኻ ካልእ ግዜ መልዓልናዮ ኔርና። ተመራመርቲ ኤርትራውያን በብወገኖም ይመራመሩርሉ ኣሎው ይብሃል። ናይ ኤርትራውያን መጽናዕቲ ዳርጋ ሕሰም ዝለበሰ ኢዩ ክብሉስ ሓቂ ይመስለኒ። ሽሕ'ኳ ገርህኛታት እንተ መሰሉ መጽናዕቶም

ፈጺሞም ከይወድኡ ዘምልቑዎ ምስጢር የሎን። ሓደ ግን ሒደት ኣተምቢሁለይ። ቀደም ዘይነበረ ብግዜ ናጽነት ስራሕ ብዓይነት በዚሑ ከም ዘሎ ሓቢሩኒ። ቀደም ኣላይ ስድራ ዝፍትነን ዓይነታት ስራሕ ወሱናት ነይረን። ሕጂ ግን ናይ ሙዚቃዊ ዓለም ከም ኣብነት እንተ ወሲድና ደረፍቲ፡ ደረስቲ ሙዚቃ፡ ጸሓፍቲ ደርፊ፡ ተጻወቲ ናይ ዝተፈላለያ መሳርሒ ሙዚቃ፡ ሰራሕቲ ሙዚቃዊ መሳርሒታት፡ ኣወሃሃድቲ፡ ኣተሓባበርቲ፡ ኣለይቲ፡ ሳዕሳዕቲ፡ ኣሰልጠንቲ ሳዕሳዒት፡ መዝገብቲ፡ ቀዳሕቲ፡ ኣካፋፈልቲ፡ ሸየጥቲ፡ ኣልበስቲ፡ ኰሓልቲ፡ እናተባህለ ዝርዝሩ ዘይውዳእ ዓይነት ስራሕ ብጻዕቂ ይዝውተር ኣሎ። ኣብ ካልእ ወገናት ድማ ከምኡ ኢዩ። ዝልዓለ ዓይነት ስራሕ ክወልድ ኢዩ ዝብሃል ኣብ ወደባት ኤርትራ ክዓስል ዝሕሰብ ዘሎ ኢዩ ኢሉኒ እዚ ዝብለካ ሰብ። ማዕረ ሚእቲ-ሽሕ ዓይነት ስራሕ ዘከናውና ስሳ-ሽሕ ትካላት ክቕልቀላ ኢየን ይብል፡” ምስ በለ ብዛዕባ ናቱን ናይ ባህታን ክነግረኒ ሓቲተዮ።

ሱሌማን ነቲ ብሩህ ገጹ ብሰሓቕ መሊኡ ብምብራህ፡ “ሓቂኻ ኢኻ፡ ኣነን ባህታን ካብ ስራሕ ኣገልግሎት ሕጊ ኣይወጻእናን። ገና ኣብኡ ኢና ዘሎና። ሕጂ’ውን እንተኾነ ነቲ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት፡ ማለት ናይ ውሽጢ ይኹን ናይ ግዳም ሕጊ ኣብ ምልባስ፡ ምስ መንግስቲን ካልኦት ዝተፈላለያ ትካላትን ዝተዋህበና እጃም ስራሕ ንምስላጥ ንሳተፍ ኣሎና። እቲ ስራሕ ብዓቢኡ ሓደ ናይ መጽናዕቲ ትካል ዝግደሰሉ ኰይኑስ ንሕና ከም ሰብ ሞያ ሕጊ ገሊኡ መጽናዕቲ ንኽንገብር ናይ ስራሕ ውዕል ኣቲና ኢና ጀሚርናዮ። እተን ዝጸሓፍካየን መጽሓፍቲ ከም ብሓድሽ ምስ ኣንበብና ንደልዮን ንጽበዮን ሓገዝ ከም ዘሎ ገሚትና፡ ካባኻ ሓሳባት ንኽንብለጽ ኢና ምልስ ምልስ ኢልናካ፡” ኢሉ ዝከኣሎ ገሊጹለይ።

እቲ ዘረባ ደንጽዩኒ። ስለምንታይ’ዩ ሰብ ሕጊ ሕጊ ዝብል ኢለ ናብ ምስትንታን ገጸይ ገይሸ። እንታይ ኢዩ ሕጊ ቅድሚ ህይወት ዝስራዕ? ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ዝኣልም፡ ዘካይድ፡ ዝውድብ፡ ዝድግፍ፡ ወዘተ.? ብምንታይ ሕጊ ክቕጻዕ ከም ዘሎዎ ንምውሳን ኣብ ሃገር ከውርዶ ዝኽእል ጸቕጢ ዘመልክት ሓሳባት ኣቕርብ ኢሎም ዕዝር ምባሎም ኣይዓጀበንን። ኣነ ያኢ ዓይነት ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ክዝርዝር፡ በብመልክዑ ከንብር፡ ዝምድናታት ከለሊ ኢሎም ምጽባዮም ንዓይ ከም ዘይፈልጡኒ ተረዲኡኒ። ቅድሚ ልብሲ ሕጊ ምኽዳን ብዙሕ ዝግበር ከም ዘሎ ኣየስተውዓሉን። ኩሉ ግዜ ኣብ ሳልሳይ ዓለም ከምኡ ኢዩ። ዝተወቐረ ትካል፡ ዝረቐቐ ቅዋምን

ዝተዘርዘረ ሕጊን ጌርካ ዝምዕበል ኢዩ ዝመስለና ዘሎ። ካብቲ ተኣኪቡ ዘሎ ማዕድን ትምህርቲ ዝተኻዕተ፡ ዝተሓፍሰ፡ ዝተሓንሰሰ ዓኹትካ ኣብ ናብራ ክንስነስ ይኽእል ኢዩ ዝብሉ'ውን ኣሎዉ። ኣቐዲምካ ምኽንያት ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ክፍለጥ ኣሎዎ በሃላይ እየ። እዚ ጌርካ ክትዕወት ምጽባይ'ውን ንተኣምር ኢዩ። ናይ ቀደም ናይ ገዛእቲ ብላይ ትምህርቲ ዘይኩነ ኣብ ናይ ሰብ ምሉእ ናጽነት ዝተመስረተ ሓድሽ ትምህርቲ ክምሃዝ ኣሎዎ። ዋላ እቲ ናይ ቀደም ተመክሮ ዝብሃል ብምሉእ ምስ ናጽነት ዝከናወን እንተ ዘይኰይኑ ክእመን የብሉን፣ ግድን ሓድሽ ተመክሮ የድሊ። ደሓር ኢዩ ሕጊ ዝመጽእ ኢለዮም ንኽልተኦም።

ካብ ኩሉ ዘረባኦም ዘሐጐሰኒ ግን፡ “ስነ-ኣሙራዊ ኲናት ንምክልኻልን ስነ-ኣእሙራዊ ፍቕሪ ንምዝርጋሕን ኢልካ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ፡” ምስ በሉኒ ኢዩ። ፍቕሪ ምጥቃሶም ኣሕጒሱኒ። ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት መኪትና ፍቕሪ ከም ዝነግስ ኢና ክንገብር ምባሎም ሓበን ተሰሚዑኒ። ፍቕሪ ንምንጋስ ዝበላሓት ህዝቢን መንግስቲን ምኻና ፈለምቲ ሓድሽ ጥበበ ምምሕዳር ስለ እንኸውን ብወገነይ ዘወፍየሎም ንምፍጣር ክጽዕር ጀሚረ።

ኣብቲ ሓሙሻይ ድዩ ሻድሻይ ርክብና እንተኾነ'ውን ዝዓገቡ ኣይመሰለንን። ኣነ'ውን ተራ ሕጊ ወሳኒ ከም ዘይኰነ ንምርዳእ ብዙሕ ጭቡጥን ፍቱሕን ተዛሪበ። ንኣብነት፡ እቶም ብርእሶም ዘይተኣማመኑ ግዳያት መን ኢዮም እንተ ተባህለ እቶም ብብልሽው ናይ መግዛእታዊ ስርዓተ-ትምህርቲን ተመክሮታት ስራሕን ሓሊፎም ሕጂ ብስነ-ኣእሙራዊ ስልብና መንነቶም ዘድቀቑ ምኻኖም ክጥርጠር ከም ዝክኣል ተረዳዲእና። ነዚኣቶም ዝቕይድ ሕጊ ከም ዘየሎ ድማ ተኣማሚንና። ነፍሶም ጸሊኦም ንኻልኦት ዝልክሙ ሰባት በየናይ ሕጊ ክትከሶም ከም ዝክኣል ኣይርድኣንን ኢለዮም። ንኣብነት፡ ሃብቲ ባህሊ ከይፈለጥካ ሃገር ምርኻስ ምስ ምንታይ ይቑጸር? ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ምስዚ ኢዩ ክዛመድ ዘሎዎ። መግዛእታዊ ሰንሰለት ኣምኪኹ ሓሙኽሽቱ ዘጥፍእ ብርቱዕ ባህላዊ ሓዊ ክእጎድ ኣሎዎ። መሰረት ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ድማ ነብሰ-ተኣማማንነት ስለ ዝኾነ ሓድሽ ትምህርቲ የድሊ። እቲ ልዑል ትምህርቲ ቀሲመ በሃላይ ምስክር ትምህርቱ ዘመልክት ስም ንምርካብ ዝገበሮ መጽናዕቲ ኣረኪቡ ንዓዱ ይኣቱ ኣሎ። ትኹረት መጽናዕቱ ድማ በቶም ወሃብቲ ምልክት ትምህርቲ ተወሲኑ ንዐኦም ከም ዘርብሕ ኰይኑ ይቐርብ። እዚ ዓይነት ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት

ገና ከም ዘይተጸንዐ ከረድእ ጽዒረ ነይረ፣ እንተኹነ ዝሰምዓኒ ኣይረኸብኩን። ካብ ከቢድ ጉዳይ ዘይሃድም የለን ይብለኒ ነይሩ ሓደ ዓርከይ። ሓቁ ኢዩ። እቶም መጽናዕቶም ንባዕዲ ኣረኪቦም ንሃገሮም ዝምለሱ ቅጭ መጺኡና ኢሎም ናብ ገዛእቶም ንኽምለሱ ዝደፋፍኦም ቀንዲ ምኽንያት ነጽንዕ እንተ ዝብሃል ካባይ ጀሚርካ መን እሞ ዘይምሃደመ?

ምስ ሱሌማንን ባህታን ኣብ ኩሉ ኣይተረዳዳእናን ማለት ኣይኰነን። ዝገበሩ ገይሮም ሓደ ንግሆ ገዛ ኳሕኵሖም ኣትዮም። ከም ልማዳ ኣዛሚት መን ከይበለት ኣእትያቶም። ከምቲ ተስፋ ከይቆረጹ ብትዕግስቲ ነቲ ገዛ ዝተጸናጸኑዎ ድማ ዝሑል ሕልበት ምስ ዝሑል ስልሲ ገጢሙዎም። ብሕልፊ ሱሌማን ተሓጒሱ። እንተ ወሓደ ካብ ናይ ባህታ ኣጋንኖ ናጻ ምውጻእ ኣቃሊሉ ኣይርኣዮን።

* * *

ሓደ ኤርትራዊ፡ “ኩሉ ሃገር ይፍቶ፡ ናጽነት የፍቅር ደኣ’ምበር ናይ ኤርትራውያንስ ንበይኑ ኢዩ፡” ኢሉ ይብሃል። ምሉእ ህዝቢ፡ ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባ ሃገር ክዛረብ ውዒሉ ይሓድር። ፍቕሪ ድዩ ሓልዮት ክፈልዮ ኣይከኣልኩን። ዝረኸብኩዎ ሰብ ብዛዕባ ሃገር ኣልዒሉ ከዛርበኒ ክፍትን ምስ ርኣኹ እቲ ዝተባህለ ሓቂ ምዃኑ ኣረጋጊጸ። ኣብ መንጎ እተን ፈለምቲ ሸዱሽተ ዓመታት ናጽነትን ኣብተን ዝስዕባ ዘሎዋን ናይ ኣዘራርባ ፍልልይ ኣሎ ይብሃል። እተን ዝስዕባ ዘሎዋ ዓመታት ሰለስተ መሪር ኲናት ኣሕሊፈን ብተወሳኺ ካልእ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ረጽምታትን ዝተፈላለየ ድቦላዊ ውግእ ዝጽበያ ኢየን። እቲአን ግን ፍሉያት ናይ ቅሳነት ዘመን ነይረን። ብዙሕ ኣጸዋውዓ ኣሎወን፤ ቦኽሪ ዓይኒ፡ ዓመታት ግርህና፡ ግዜ ዕሽነት፡ ወዘተ. እናበሉ ዝዛረቡለን ሰባት ኣሎዉ። ገሊኦም ድማ ተመን ተዓኺሊሉለን፡ ኲናት ኣስኪኡለን፡ ወይ ተንኮል ተደጒሉለን ዝነበራ ዓመታት ኢየን ይብሉ። ካልኦት ተዛረብቲ ድማ ኤርትራውያን ብእምብዛ ዕሽነት ምስጢር ዓወቶም ዝረስዑለን ይብሉወን። ሳምሶን ብደሊላ ዝተዓሸወለን ቅነ ሕጽኖት ዝብሉ’ውን ኣሎዉ። ድሕሪኡ ዝስዕባ ዘሎዋ ዓመታት ግን ሕይሽ ዝበለ ብስለት ከም ዘሎወን ንምርኣይ ተባሂሉስ ሕጫጨ ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ መጺጸን ይርከባ። ሕጫጨ ሓደ ገጹ ምልክት ጉርሒ ይመስል እሞ እቲ ካልኣይ ገጽ ከኣ ምስሊ ዕሽነት ይኸውን ኢዩ። ኣብቲ ናይ ሱሌማንን ባህታን ቤት-ጽሕፈት ምኽሪ ንእከብ ሰብ ሞያ ንብሃል

ጉጅለ ንሓንሳብ ፍልልይን ዝምድናን ክልተ መድረኽ ንርኢ እናበልና ክንከራኸረለን ንውዕል። ጽቡቕ ግዜ ድማ ነሕልፍ። ሓደ ብተመክሮ ይበልጽ እየ ዝብል ኣባልና፡ “ዝተፈላለየ መድረኽ ሰብ ጨኒቑዎ ዝፈጥሮ ኢዩ’ምበር ሓደ መድረኽ ኢዩ ዘሎ። ኣብቲ ሓደ መድረኽ ዘይተሰኽተተ ኣብቲ ቀጻሊ ኣይበስልን ኢዩ ወይ ከኣ ኣብቲ ዘይተጠጅአ ኣብዚ ኣይጽሞኽን ኢዩ። መድረኽ ፈሊኻ ምርኣይ ግን ንትንታነ ኣድላዪ ኢዩ፡” ኢሉና።

* * *

ገሊኦም ዝፈልጡኒ፡ ሓቂ መሲሎዎም፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ብምጽሓፍ ጥራይ ዝነብር ሰብ እንተልዮ ሓደ ንስኻ ኢኻ ይብሉኒ። ብሓደ ወገን ሓቆም ኢዮም። ስራሐይ ብዙሕ ምጽሓፍ ኢዩ ዝፈቱ፣ ግን ትሕዝቶኡ ስነ-ጽሑፍ ኣይኰነን። መብዛሕትኡ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ዝጠልቡዎ ናይ ስራሕ ጸብጻባት እየ ዝጽሕፍ። እቲ ቤት-ጽሕፈት ከም ካልኣይ ቤት-ጽሕፈቶም ዝፍለጥ ናይ ሱሌማንን ባህታን ኢዩ። ፈላጣት ሰብ ሞያ እናመጹ ናይ ምሕደራ ኣገልግሎት ማለት ከም ስልጠና፡ ምኽሪ፡ ዝተፈላለየ መጽናዕቲ ንትካላት ይህቡ። ኣነ ድማ ኣብኡ ኰይነ ዝተጻሕፉ ጸብጻባት የዐሪ ወይ ጸብጻብ ከቕርቡ ንዝደልዩ እጽሕፈሎም። እቲ ስራሕ ተዛማዲ ኢዩ እናተባህለ ድማ ዝሓተቱኒ ስራሕ ማለት ከም ተቐባሊ ንዝደንጎዮም ሰብ ጕዳይ ቡን ኣዚዝካ ምውጋዕ፣ እቶም ሰብ ሞያ ዝብሃሉ እንተ ዘይተረኽቡ ንበዓል ጕዳይ ብሓፈሻዊ ወግዒ ምዝንጋዕ፣ ስራሕ ዝተወድኦም ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ዘልዕሉዎ ዓይነት ዘረባ ብዘየገድስ ንቡር ወግዒ ምክያድ ከም ዕለታዊ ስራሐይ ገይረ ይቖጽሮ። ከም ዝርድኣኒ እቲ ከም ቀንዲ ክእለተይ ገይሮም ዝቖጽሩዎ ብልሓት ጽሕፈትን ዘረባን ኢዩ ዝመስል። በዚ እናተመዘነ ድማ ዋጋ ስራሐይ እኽፈል።

እተን ዝተሓትማ ክልተ መጽሓፍተይ ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ ናጽነት ኢየን ተደሪሰን። ኣብ መንጎ ስራሕን ገዛን ዝተረኽበ ግዜ ሓዋዊሰ ዘከናወንኩወን መጽሓፍቲ ብኣዘራርባ ኣዛሚት ዘምጽእኦ ኣሎወን ክብል ጀሚረ። ንሓንሳብ ኣብ መራኽቢ-ብዙሃን ስመይ ወይ ኣርእስተን ክጽዋዕ እሰምዕ። ትሕዝቶ’ኳ እንተ ዘይሓዝኩ ስመይ ተጸዊዑ ኢለ እሕጐስ። ምኽንያቱ ኣካል ሕብረተሰብ ምዃነይ ዝተረጋገጸለይ መሲሉ ስለ ዝስምዓኒ ኢዩ ዝኸውን። ሓደ መዓልቲ ኣማልኽቶም ክምልስሎም እንከሎዉ ንዓይ’ውን ዘረባ ኣማልኽቲ ክርድኣኒ ኢዩ እናበልኩ ተስፋ እገብር። ንሓንሳብ ምናልባት ሰብ

ድርሳነ-ፈጠራ ዘቕርብ ኣካል ሰብ ምዃኑ ንገዛእ ርእሱ ከረጋግጽ ደልዩ ኢዩ ዝኸውን እብል። ኣብ 24 ሰዓታት ሓንሳብ ብድምጺ ሰብ ንሓንሳብ ብደወል ኣላህ ኣምላኽ ክበር! ዘክር! ሓሉ! እናበሉ መልእኽቲ ከምሓላልፉ እንከሎዉ ኣነ'ውን ገለ መልእኽቲ ምስ መልእኽቶም ይጽንበር ይኸውን ብእኡ ድማ ሒደት ካብቲ ቋንቋ ምላሻት እርደኣኒ ይኸውን ኢለ ተስፋ እገብር። ገሊኦም ጸሓፍቲ ኣብ ሕምብርቲ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ማእከል ዓውዲ ህይወት ኰይኖም ይጽሕፉ፡ ካልኦት ድማ ወሰና-ወሰን ዓውዲ ናብራ ሕብረተሰብ እናኹለሉ ይነብሩን ይደርሱን። መን ናብ ማእከል ናብራ፡ መን ናብ ወሰን ህይወት ከም ዝምደብ ኣይፈልጥን፡ ኩሎም ዓይነት ጸሓፍቲ ከም ዘድልዩ ግን ኣይጠራጠርን። ኣነ ግን ናብ ማእከል ክኣቱ እህንጠ'ሞ ብዙሕ ከየጸናሕኩ ዓቕለይ ጸቢቡኒ ናብ ወሰን ህይወት ተመሊሰ ከተንፍስ እደሊ። ብዙሓት ቀለምቀመሳት ኣብ ሕምብርቲ ዓውዲ ናብራ ሃገር ዘሎዉ ይመስሎም። በተን ዘሎዋኦም ገይሮም ኣብ ኩሉ ክርኣዩ ይጽዕሩ፣ ድምጾም'ውን ብዝፈልጡዎን ዘይፈልጡዎን ከሰምዑ ይፍትኑ። ካልእ ኣብ ወሰን ሸንኮለል ዝብል ዘሎ ይመስሎም። እቲ ኣብ ናይ ሓቂ ማእከል ዘሎ ንምሉእ ህዝቢ ናብ ማእከል ዘጥምት ፍረ እንተ መሃዘ ኢዩ። ጸሓፊ ድማ ኣብ ድላዩ ኰይኑ ይጽሓፍ፡ መጽሓፉ ማእከል ህዝቢ ክትከውን እንድሕሪ ኣብቂዑ መን ኢዩ ወይ ኣበይ ኰይኑ ኢዩ ጽሒፉ ንዝብል ሕቶታት ምምላሽ ይቐልል።

ሰንፈለል ዝብሉ ዝበዝሑ ይመስለኒ። "ትርጕም ሰንፈለል ቀሊል ኢዩ፡" ኢሉ ሓደ ኤርትራዊ ተመራማሪ። "ካብቲ ዝኸበበና ኩነታት ናብራ እንታይ ከም ንደሊ ዘይምፍላጥ ውሽጣዊ ሸገርገር ይፈጥር። እቲ ሸገርገር ድማ ገለ ነይሩናስ ዘጠፍኣና ይመስለና። ነቲ ምስ ረኺብናዮ'ኳ ዘይነለልዮ ነገር ምድላይ የዕገርግረና። ከምዚ ኢልና ነከናውኖ ናብራ ይኹን ስራሕ መቕረት ኣይህበናን። መቕረት ምስ ሰኣንና ኩሉ ይመረና። ምስ መረረና ድማ ካልኦት ከም ዝመሮም ንገብር። ስለዚ፡ እቲ ንደልዮ ንምልላይ ብዙሕ ክንምሃር ኣሎና። ቀሊል ኣይኰነን፡" ኢሉ ገሊጹልና ኣብ ሓደ ኣኼባ መጽናዕቲ።

* * *

እዛ ዝጽሕፋ ዘሎኹ መጽሓፍ ትሕንግደኒ ኣላ። ኣነ ንዘሎ ክገልጽ እታ ዝሓንገደት መጽሓፍ ድማ ንዘየሎ ክትሕዝ ኣብ ክልተ ከይምቀል እፈርሕ። እዚ ሓደ ዓይነት ግርጭት ክኸውን እንከሎ ብኻልእ ወገን ድማ ቀንዲ ድላይ ጸሓፊ ዋላ ብኻልእ ምኽንያታት

ይሸፈን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ንምእታው ዝገብሮ ጻዕርታት ኢዩ ዝመስል። እንተ ወሓደ ንዓይ ከምኡ መሲሉ እርኣየኒ። ኣብቲ ማእከል ወግዒ መንእሰያት ክኣቱ ምደለኹ። ልቦም ከመይ ይሃርም ከም ዘሎ ክፈልጥ ምፈተኹ።

ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘሎ መበገስ ኣውቶቡሳት ከተማ ደው እብል'ሞ እቶም ነበርቲ ኣስመራ ካበየናይ ትምኒት ነቒሎም፡ ኣብ ምንታይ ፍትወት ተሳፊሮም፡ ናበየናይ ባህጊ ይዕዘሩ ከም ዘሎዉ ንምፍላጥ ኣብቲ ሽመታዊ ዘምቢል ኣደታት፡ ኣብቲ ግርማዊ ገጽ ኣቦታት፡ ኣብቲ ሽንዱሕ ደረት መንእሰያት ከይተፈለጥኩ ብስውር ክዓልብ ምደለኹ። እቶም ካብ ስደት ንምብጻሕ ወይ ንምንባር ዝመጹ ደቂ ሃገር በቲ ጐደናታት ክዛወሩ እንከሎዉ ዝርኣዮም ናይ ቀደም ዝኽርታት ክነግሩኒ እጽበ። ናይ መጻኢ ትንቢቶም ክሰምዕ ከኣ እህንጠ። ኣብ ውሽጢ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ክኣቱ ምደለኹ፣ መን ብፍርሒን ጸበባን ክፍውሶ ከም ዝደሊ፣ መን ኣጆኻ ከም ዝብሎ፣ መን ብርሃን ተስፋ ከም ዝውፍየሉ፣ መን ጸልማት ቅብጸት ከም ዝምነየሉ ብውሽጢ ልቡ ይፈልጥዶ ይኸውን እቲ ምስኪን ኤርትራዊ? ጾር ዝሓለፈ ነዊሕ ታሪኽ ኤርትራ ምስ ተስፋኡን ቅብጸቱን የጎልብቶዶ የድክሞ ኣሎ? ካብ ሕማማት ኩሉ ዓይነት መግዛእቲ ማለት መግዛእቲ ባህሊ፡ ትምህርቲ፡ እምነት፡ መንነት፡ ወዘተ. ድሒኑ ድዩ? እናበልኩ ክፈልጥ ምደለኹ። ህርመት ልቦም ምስ ህርመትን ደርፊን ዓዶም ይሳነዶ? ሙዚቃ ባሕሮም ምስ ሜዳታት፡ ጎቦታት፡ ስንጭሮታትን ገማግማትን ሃገሮም ክላዘብ እንከሎ ንኽሰምዑ ዝሕግዞምዶ፡ ንኽድንቁሩ ዝደፋፍኦም ሓይሊ ይበዝሕ? ድንቁርና ቀለምቀመሳት ዘጸለሞ ደበና ሰጊሮም ጽሩይ ሰማያዊ ኤርትራ ንኽርእዩ ዝረድኡ ስነ-ጥበበኛታት ኣሎዉዶ? ናይ ሕጂ ዘሎ ዝርዝር ኲነ-ተገብረ ክቖጽሩ እዕዘብሞ ነዚ ሕጂ ዘየሎ ዝመስል ግን ብሓቂ ዝመጽእ ፍጹም ተኽእሎታት ንኽጥምቱ እምነ።

-3-

ናጽነት ተለማዳይ ኣይኰነን ዝብሉ ኣሎዉ፡ ሓቆም'ዮም ዝኾኑ።

ኣዛሚት እንተ ዘይትህሉ እንድዒ ከኣ እምበር ናብራይ እንታይ ምመሰለ ክግምት ኣይክእልን። እንታይ መሊሱ ኣራኸበኩም እንተ ተባህለ ድማ ዕድል ጥራሕ ኢዩ ዝብሃል። ወይ ጽሑፍቶ ኢዩ። ካልእ ምኽንያት ኣይርኣየንን። ብዝሓሸ ኣዘራርባ፡ ብድሕሪ ሓደ ጥቕሉል መዋእል፡ ኣነን ኣዛሚትን ብሓደ ንነብር ኣሎና።

መንእሰይ ኤርትራ ብናይ ንእስነት ሃልሃልታ ናጽነት ክንደይ ግዜ ነዲዱ ይኸውን። ኣብ ሓምሳታት፡ ሰላሳታት፡ ሰብዓታት፡ ሰማንያታት፡ ዋላ ቅድም ቀዳድም'ዚ ግዜ እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ዘቃጽል ሓዊ መዓስ ጠፊኡ ይፈልጥ? ኣዛሚት ኣብ ፈለማ ዓመት ሰማንያታት'ያ ብፍቕሪ ሃገር ዝተቓጸለት ዘይኰነስ ዝተባርዐት ዝብሃል። ኣነ ድማ ቅድሚኣ'ኳ ብስምዒት እንተ ተናኸስኩ ብግሁድ ሰውራ ክልብለብ ኣይተርኣኹን። ኣብ ምንታይ ውራይ ተኣጕደ ብምንታይ ስምዒት ክቃጸል ከም ዝኽእል ንገዛእ-ርእሰይ ኣይፈለጥኩን። ሓደ ዓርከይ ከም ጸወታ ገይሩ፡ "ንዓኻ ዘሳውር ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ወይ ንዓኻ ዝኸውን መሳውሪ የለን። ወይ ኣይትሳወርን ኢኻ። ብረቂቕ ሓሳባት ክትነድድ፡ ክትቃጸል፡ ባልባል ወይ ቃልቃል ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ትሑዝ መሳወሪ ግን ኣይረኸብካን፡" ይብለኒ ነይሩ። ብቓላት ዝጻወት ዝነበረ ኢዩ ዝመስለኒ። ዝኾነ ኰይኑ ኣብቲ ውሽጣዊ ክዉን ሰውራ እምበር ናብ ሜዳ ቃልሲ ኣይከድኩን። ሰውራይ ምሳይ ተጣቢቑ ተሪፉ፤ ውሽጣ-ውሽጢ ይበልዓኒ፡ ኣንብብ ጸሓፍ ይብለኒ፡ ከም ሕሱም ይገዝኣኒ፡ ውነይ ከየውጽእ ይሓልከኒ፡ ኣይተገጉርዕ እናበለ ከኣ ካብ ፈወስተይ ይፈልየኒ ነይሩ። ሕጂ ናጽነት ምስ ርኣየ ግን ማእሰርቱ ፍትሕ ዝልቐ የብለለይ ኣሎ። ኣነ'ውን ብዘይ ፍርሒ ናብ ጕደና ናጻ ምህዞ እጕዓዝ ኣሎኹ።

ኣዛሚት ግን ኣብ መጀመርያ 1981 ንሜዳ ከይዳ፡ ብ1991 ከኣ ነቲ ባህርያዊ ሓርነታ ሕጋዊ ናጻነት ኣልቢሳ ተመሊሳ። ሃገር ንኽተምልስ ኢላ ናብ ሜዳ ቅድሚ ምኻዳ ንሒደት ግዜ ተቐራሪብና ኔርና። ፍቕሪ ይኹን እንታይ ከይበልና፡ ንባዕሉ ዝዓንበበ ዝምድና ሽም ከይሃብና፡ ተራኺብና ከም ዘይንጸገብ ጥራሕ ንፈልጥ ኔርና። ኣነ ከም ናይ ሓደ ዘይፈልጦ ዘይረዊ ጽምኢ እየ ዝቐጽራ ነይረ። እተን ሒደት ናይ ምፍላጥ ግዜና መዓስ መሊኣን ከም ዝተጨለጣ ኣይተፈለጠንን። ገጻ ንበይኑ ዝኹነ ህላወ ኢዩ፣ ንዓኣ ጥራይ ኣየገልግልን፣ ድምር ጽማቑ መኣዛ ወዲ-ሰብ ክገልጽ ዝተፈጥረ ኢዩ ዝመስል። ኣዒንታ ንኣብነት ጽባቐ ምንባር ዘርእያ ክፉታት መስኮት ኢየን። ኣዛሚት ደርፊ ህይወት ነይራ፡ መዝሙር ናብራ ኲይና ዝተመልሰት ሰብ ኢያ። ዓሰርተ ዓመታት ኣብ መልክዓ ዘምጽኦ ምቅይያር የሎን። ጠባያ'ውን ከም ዝነበሮ ምስ ወዙ ተመሊሱ።

ቅድሚ ንሜዳ ምኻዳ ምስጢር ንቐሎኣ ክፈልጥ እደሊ ኣይነበርኩን። በቲ እዋን'ቲ መን ዘይነቐለ፡ ወይ ዘይተነቕለ፡ ወረኡ ዘየጥፍአ መን ነይሩ? እዋን ንቐሎታት'ያ ነይራ እታ ዘመን። ኣብ ስሳታት ኲነ ኣብ ሰብዓታት ወይ ኣብ ሰማንያታት ንቐሎ እንደኣሉ ሓዳር ሰብ ነይሩ። ኣዛሚት ካብ ሰባ ተፈልያ ከም ዘይትተርፍ ዘእምንኒ ሓቅታት ኣይሰኣንኩን። ርዱእ ኢዩ ነይሩ። ድሮ ንቐሎኣ ኣብ ገዛይ መጺኣ ዝገበረቶ ፋል ሰሚሩላ።

"ኣነ ክምለስ እንከሎኹ ኣብዚ ክትጸንሓኒ ኢኻ። ካብዛ ሕጂ ዝርእየካ ትልወጥ ኣይትመስለንን። ብዙሓት ኣዕሩኽ ከም ዘሎዋኻ እፈልጥ እየ። ንሰን'የን ከኣ ሃብቲኻ፡ ንሰን'የን ከቢበናኻ፡ ኣነ ግን ኩሉ ግዜ ንዓኻ ክዝክር እየ፡" ኢላትኒ።

ሓቃ ድማ ኣዕሩኽስ ነይረናኒ። በብመልክዐን፡ በብጠባየን፡ በብወነን ንናብራይ ዘንቀሳቕሳ ኣዕሩኽ ነይረናኒ። ግዜያዊ ታሕጓስ ዝእከብ እንተ ዝኸውን እቲ ኩሉ ኤርትራዊ ፍሽኽታታት፡ ሰሓቓት፡ ፍትወታት፡ ባህግታት፡ ርውየታትን ዕግበታትን ኣበይ ኮን መንበርኩም? ድምጸን ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዝኸረይ ይቃላሕ። ድምጸን ከም ሕንቁቕ መዝሙር ብደስታ ኣስማት ክጽውዕ፡ ሓጺር መስሓቔን ዘረባ ክፍኑ፡ ብሕልፊ ስመይ ብዝተጠዓዓመ ቀመም ደርፊ ክስራሕን እቲ ብፍሽኽታ ዝተፈስሐ ገጸን ድማ ንኸተማ ኣስመራ ከብርህን ይዝከረኒ። "ኣስመራ ወይ'ዛ መቓልሕ ድምጺ ሓጕስና! ኣስመራ ሓቛፌት ሸዊት ዕድመና! ኣስመራ መብቆሊት

ግርህነት ፍቕሪና!" ይብል ነይሩ እቲ ወለላ ድምጹ ቀለብና ዝነበረ ደራፋይ። እንተኾነ እተን ኣዕሩኽ ዝበለተን ኩላተን በብመዓልተን ገገዲፈናኒ ከይደን። መብዛሕትኣን ናብ ቃልሲን ስደትን ገሊኣን ድማ ናብ ሓዳርን ናብራን። ንህይወት በብግዜኡ እናተከእኩለን ተጓዒዘየ። ኩላተን ፍልልይ ዘሎወን ዝመስላ ሕብረት ፍሽኽታታት ኢየን ነይረን። መኣዛታት ድምጸን ኣብ እዝነይ ገዲፈን ናብ ጻውዒት ህይወት ተሓቝፈን ይኾና። ከምዚ ዕፋፉቱ ዝድርቢ ተመን ሕብሪ ህይወተይ እዕቅብ ነይረ፣ ዝኸሪ ኣዛሚት ግን ምስ ኩለን ሓቒቒ ፍሉይ ቃናኡ ኣየጥፍኣን። ኣብ ጽምዋ ህይወተይ ከም ናቋ ናፍቖት ቀስ እናበለ ይልሑኽ ነይሩ። ካብ ኩለን ንላዕሊ የፍቅራ ክብል'ኳ እንተ ዘይከኣልኩ ኣብ ልበይ ዝሓደገቶ ብርቱዕ ስምዒት ግን ዋላ ምስ ተፈለየትኒ ከም ጽላሎት ተኸቲሉኒ።

ኣዛሚት ቅድሚ ምኻዳ ክንደይ ኢየን ባህ ዝብላኒ ዝነበራ። ሓንቲ ነይራ፡ ሕጂ ኣብ ዝሃለወቶ ብተሓጓስ ትሃሉ፡ ነዊሕ ኣኣጋር ነይሩዋ። ኣብ ኤርትራ ኣእጋራ ብምንውሑ ጽባቐ ዘጥረየት ሰብ ንሳ ጥራሕ ኢያ ትኸውን። ካብ ኩርኾሪኣ ናብ ብርካ፡ ካብ ብርካ ናብ ምሕኩልታ ዝነበረ ቁመት ርሑቕ መገዲ ነይሩ። ኣብ ርእሲ ነዋሕቲ መሓዉር ተሓንጊራ ትነፍር ዘላ ጽንብላሊዕ'ያ ትመስል ነይራ። ምስኣ ዘሕለፍኩዎ ናይ ፍቕሪ ግዜ ምቁር ነይሩ። ብመርዓ ምስ ተፈላለና ኣበይ ከም ዘበለት ኣይፈለጥኩን። ደድሕሪኣ ናይ ዓቕሊ ጽበት ይኹን ናይ ንእስነት ብዙሓት ፈትየ። ገሊኤን ብድምጸን፡ ገሊኤን ብሰሓቕን፡ ገሊኤን ድማ ብምንታየን እሞ ክብል?

* * *

ኣነ ግን ተሪፈ። ጸር መግዛኣቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሱሌማንን ባህታን ተርጓምን ጸሓፊን ኰይነ ሓሊፎ። ግንቦት 21 መዓልቲ ብ1991 ሰራዊት ኢትዮጵያ ኢዱም ሂቦም ሰላሕ እናበሉ ናብ ዝመጹዎ ክምለሱ ምስ ርኣኹ ንኣዒንተይ ኣይኣመንኩዎን። እቲ ብወተሃደርነት ጥራይ ዝፍለጥ ዝነበረ ፍጡር፡ ነቲ ተሰኪሙዎ ዝሓልፍ ዝነበረ ኣርዑት ብረት ደርብዩ ናይ መፍጠር ባህሪኡ ዝኾነ ልብሲ ሰብ ወድዩ ምስ ርኣኹ ተገሪመ። እቲ ብሓይሊ ጉግያት ሽፊኑዎ ንዝነበረ ሓይሊ ቀሊዑ ንሰብኣዊ ንስነቱ ጥራሑ ዘውጽእ ሰብ ከማይ ምኳኑ ኣሚነ። ልክዕ ከማይ ንህይወት ከም ጽላሎት ሓቀኛ ንስነቱ ኰይኑ ንኽሓልፍ ከም ዝተገደደ ተረዲኡኒ። ከማይ ሰብ ምኳኑ ስለ ዝኣመንኩ ድማ ምስ ሕፍረቱን ፍርሑን ቀልጢፈ ተላልየ። ኣደታተይ ኣደታቱ ክኹና ምስ ርኣኹ ኣይቀናእኩን።

እቲ ድኽነት ኣእሙሮ ወዲ-ሰብ ግን ኣጉህዩኒ። ንዐኣም ርእዮም ሓደ ሽማግለ ኤርትራዊ፡ "ጽንብላሊዕስ መዓኮራ ዘይከደነት መሬት ከደነት" ክብሉ ሰሚዐ። ርቱዕ ትዕዝብቲ ምዃኑ ከኣ ተረዲኡኒ። እቲ ኣበሃህላ ንምሉእ ዓለም ድዩ ኣፍሪቃ ወይ ድማ ንኢትዮጵያ ዝብሃል ኣይኰነን። ንኹሉ ክብሃል ዝከኣል ዘረባ ኢዩ። እቶም ተማሪኾም ብሰላሕታ ናብ ቤተ-ሰቦም ዝንዓዙ ዝነበሩ ሰባት ኣበይ ኰይኖም፡ ወይ'ውን ንሳቶም መን ኰይኖም ንቐርኒ-ኣፍሪቃ ብፍላይ ብሓፈሻ ድማ ንኣፍሪቃ እንታይ ይገብሩ ከም ዝነበሩ ከም ዘይፈልጡ ካብ ገጾም ኣንቢበ። ነቲ ዓቢ እስክንድር ዝብሃል ተኸቲለ ሄለናዊ ስልጣነ ከስፍሕ እየ ከም ዘይበሉ ሕቶ ኣየድልየንን። ብርሃን ቀርኒ-ኣፍሪቃ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ቀይሕ-ባሕሪን ከብርሁ ተራእዩዎም'ውን ኣይምበልኩን። እቶም ከምዚ ዝሓስቡ ሰባት ምሉእ ህይወቶም ኣብ ጸልማት በዓቲ ድንቁርና ከም ዘሕለፉ ዝርኣየ ኣይስሕቶን። ብዘይካ ውግእ ክብሪን ስምምዕን ዝብሃል ከም ዘሎ ዘብርሀሎም የለን። ህዝቦም'ውን ብስነ-ጥበበኛታቶምን ፈላስፋታቶምን ዝተኸድዑ ይመስሉኒ። ስርዓተ-ትምህርቶም ንሰላም ኣይሓቖፈን።

"ሰላም ኣብ ኣእሙሮ እምበር ኣብ ቅልጽም ኣይኰነን፡" ይብል ነይሩ ሓደ ጎረቤተይ። ሕጂ'ውን ኣእምሮ ይቕናዕ። ሱሌማን ከም ዝበሎ፡ "ስነ-ኣኣሙራዊ ኲናት ቀይርና ናይ ፍቕሪ ዕብለላ ዘንግስ ስልጣነ ኢና ክንፈጥር። ንስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ብስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ክንገጥሞ ኣይንደልን። ናይ መዓልታዊ ምድንጋር ዋጋ የብሉን። ብዘለኣለማዊ ፍቕሪ ኢና ሰላም ነምጽእ።"

* * *

ድሕሪ ጥዑም ዝኾነ ናይ ሰለስተ ሰሙን ናጽነት፡ ኣዛሚት ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ገዛይ ኳሕኲሓ። ኣይደቀስኩን ነይረ። በቲ ንሓድሽ ናጽነት ተኣማሚና ቀልጢፈ ዘጥረኹዎ ድፍረት መን ከይበልኩ ማዕጾ ከፊተ። ናጽነት ተለማዳይ ኣይኰነን ዝብሉ ኣሎዉ፡ ሓቆም'ዮም ዝኾኑ። ምናልባት ነቲ ናብ ውሽጢ ዝሰርጽ ናጽነት እናተንተኑ ዝተገንዘቡዎ ፍልስፍና ይኸውን። ክሳዕ ሕጂ ዘይለመዱዎ ሰባት ርእየ ኣሎኹ። ህዝቢ ኣስመራ ናጽነት ምስ ርኣየ ግን ንኸለልዮ ኣይተደናገረን። ድሮ-ንድሮ ማዕጾኡ ከፊቱ ለይቲ ይኹን ቀትሪ ኣብ ቃሕ ዝበሎ ግዜን ቦታን ክዛወር ክኢሉ። ሓደ ዓርከይ ከም ዝበሎ፡ "ህዝበይ ለይቲ ዓራታ ገዲፉ ኣብ ጐደናታት ኢያ ትሓድር ዘላ" ቅጽል ኣቢሉ፡ "ንሓንሳብ ርስዕ እናበልናዮ ደኣ'ምበር መቐረት ናጽነት ዝመስሉዎ'ኳ የለን! ብሕልፊ'ኳ ብውዕዩ፡" ኢሉኒ።

ማዕጾይ ፍርቂ ለይቲ ክኸፍት እንከሎኹ ንበይነይ ብጽምዋ ተበሊዐ ነይረ። ናይታ ዕለት እጃም ጽሑፍ ኣብታ ቦኽሪ መጽሓፈይ ከም ሞባእ ኣንቢረ ስለ ዝነበርኩ ድቃስ ክፍትን ኢለ ናብ ዓራተይ ክጽጋዕ እንከሎኹ ገዛይ ተኻሕኵሐ። ኣዛሚት ክርኢ ዝብል ተስፋ ኣይነበረንን። ኩሉ ሕልሚ መሲሉኒ ተራእዩኒ። ገዛ ምስ ኣተወት ካብ ምጥምማት ሓሊፍና ገለ ኣይገበርናን። ዘረባ'ውን ተሓሪሙና። ኣብ ገጽ ኣዛሚት ንብዓት ዝርኣኹ መሲሉኒ። ገጻ ብኢደይ ከደርዘላ ፈቲነ። ክልተና ምስ ተሓቛቖፍና ኣብታ ጸባብ ዓራተይ ተጋዲምና። ኣይ ድቃስ ኣይ ንቕሓት ብናይ ቅሳነት ሰለምለም ናብ ውሽጢ ዓዘቕቲ መቐረት ድልየት ጠሊቕና። ናይ ቀደም ዝኽርታትን ናይ ሕጂ ሃሰውሰዋትን ውህደቶም ብዘይ ቃልዓለም ኣመስኪሮም። ኣካላትና ክጸባበዩ ኢዮም ጸኒሖም። ምስ ተራኸቡ ድማ ብልዙብ ድላይ ሰሚሮም። ኣብ ሓደ መዋእል ኣካላትና ኣብ ክንደይ ጠንቀላዕላዕ ምስ በሉን ብኽንደይ ዝርአን ዘይርአን ምልክታት ምስ ተወቓቐጡን ኢዮም ተራኺቦም። ኣዛሚት ካብዚ ኩሉ ሕንዚ ጸላኢ ኣብ የማነይቲ ሰለፉ ሓንቲ ጥይት ተንኪፋታ ከም ዝሓለፈት መተኣማመኒት ኣላታ። እታ ንእሽቶ በሰላ ድማ ተመንያ ዝተሰለመታ ምጭውቲ ውቃጦ መሲላትላ።

* * *

ንጽባሒቱ፡ ንድሕሪ ጽባሒቱ፡ ተር ኢሎም ንዝመጹ መዓልታትን ንከይተመነዎም ዝቕልቀሉ ሰሙናትን ኣነን ኣዛሚትን ብመቑጸሪ እዋናት ብዝሖም ወይ ራሕቆም ክንግምት ኣይከኣልናን። ሓራ ሰብ ብሰዓታትን ብዓውደ-ኣዋርሕን ካብ ዝምልከት ቀጽሪ ግዜ ወጻኢ እናነበረ ኢዩ ዝቐስን መስለኒ። ናጻ ሰብ ናይ ሓላፊ ግዜ ግዙእ ኣይኰነን። ብቑጽሪ ህርመት ልቢ ኣብ ዝተመለከ ናብራ ዘሎ ሰብ ገና ጣዕሚ ናጽነት ዘየስተማቐረ ኢዩ። ግዜ ንዓይን ንኣዛሚትን ይሃሉ ደኣ'ምበር ኣብ ልዕሌና ሽሽ ኣይበለን።

ኣዛሚት ካብ ርሑቕ መገሽኣ ንኽትምለስ ዕድል ክወሃባ ነይሩዎ። ክሳዕ ዝተኻእለ ድማ ረኺባቶ። መገሻኣ በየናይ ዓይነት ግዜ ከም ዝምዘን ምፍላጥ ከቢድ ምኳኑ ዝፈልጡ ሒደት ኢዮም። ንውሓት መገዲ፡ ስፍሓት ምድሪ፡ ሽንኮለል ናብራ ራሕቂ ዝመዝን ይመስል ይኸውን፣ እንተኾነ፡ ኣዛሚት ዝበጽሓቶ ራሕቂ ብምንታይ ክልካዕ ይኽእል? ምሳይ ክትዛረብ እንከላ ከም ዝግምቶ ኣብ ርሑቕ ናይ ሓሳባትን ስምዒትን ደረት በጺሓ ከም ዝመጸት እኣምን። ሕጂ ድማ ብናይ ናፍቖት ሰረገላ ናብ ርሑቕ ደረት ናብራ ክትገይሽ ምኳና

ይስምዓኒ። ኣቦኣን ኣደኣን ናብ ዓዲ ኩልና ሓሊፎም ጸኒሖማ። እንኮን ምንኣሳን ሓዋ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ገዛእቲ ሓቒቑ። ምስ በዓል-ቤተይ ዝበለቶ ኣቦ ሓንቲ ጓላ ከኣ ናጽነት ኣርባዕተ ወርሒ ምስ ተረፎ ተፋቲሖም። ቀረባ ትብሎም ኣዝማድ ድማ ኣይረኸበትን። ናይ ኣዛሚት ዘመድ ንምዃን ክዕለም ዝነበረኒ ኣነ እየ። ይትዓወት ኣይትዓወት ግን ኣይፈለጥኩን።

ሓደ ምሸት ኣዛሚት ኩሉ ክነግረካ ኣሎኒ ኢላ ዳርጋ ኩሉ ነገራትኒ። ኣነ ኣይተሃወኽኩሉን፣ ምኽንያቱ ዝእውዳ ወይ ትእውደኒ ከም ዘየሎ እየ ዝፈልጥ። ናይ ቀደም ይኹን ናይ ሕጂ ዝምድናና ብንጹር ኣይወሰንኩዎን። ክውሰን ዝኽእል ከኣ ኣይመስለንን። ርክብና ልዕሊ ሰብኣዊ ፍልጠት ኢዩ። ኣብቲ ኣጋ መወዳእታ ቃልሲ ኣቢላ መስሪታቶ ዝነበረት ዝምድና ናብ መርዓ በጺሑ ከም ዝነበረ ነገራትኒ። ብናታ ኣዘራርባ፡ “ዝምድና ጓል-ኣንስተይቲን ወዲ-ተባዕታይን ብቦታ ኢዩ ዝውሰን ክብለካ ይኽእል። መዓልቲን ለይቲን ሓቢርካ ትሰርሕ፡ ምቅርራብ ይበዝሕ፡ ምልምማድ ድማ ናብ ዝምድና ይደፋፍእ። መርዓ ሰንኪ ምፍሕፋሕ ኢዩ ካልእ ትርጉም የብሉን። ሰንኪ ምፍሕፋሕ ዝኾነ መርዓ ብዙሕ ከይጸንሐ ዕድመኡ ሓጺሩ። ንናጽነት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ምስ ተረፎ ክልተና ብሓጐስ ተፈላሊና። ተፋቲሕና ኢዩ ዝብሃል ይመስለኒ። ፍረ’ቲ መርዓ ሓንቲ ጓል ሰለስተ ዓመት ቈልዓ ኣላ። ሕጂ ኣብ ከረን ዘሎ መዕበዪ ቈልዑት ትርከብ፡” ኢላ ገሊጻትለይ።

ክልተ ኣዋርሕ ብሓንሳብ ድሕሪ ምንባር ኣዛሚትን ኣነን ምስ ናይ ውነ ግዜ ተዓሪቕና። ንግሆ-ንግሆ ኰይኑ ምሸት ድማ ምሸት ኰይኑ። ኣብ ቅልጽምና ዝተኣስሩ ሰዓታት ርእሰን ኣቕኒዔን ከም ሓለቓታት ህይወት ግዜ ክሕብራና ጀሚረን። ናብራና ግን ብዘይ ውዑል ዓንኬል ስምዒት ዝቐየሶ መገዲ ሒዙ ጕዕዞ ቀጺሉ። ኣነ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሱሌማንን ባህታን፡ ኣዛሚት ከኣ ከም መዓልቱ ሓንሳብ ኣብ ገዛ ሓንሳብ ድማ ደገ እናበለት ስራሕ ተቛመት ነይራ። ድሕሪ ቁሩብ ኣብ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሕተመሉ ስራሕ ኣትያ። ግዜ ኣብ ትረኽበሉ እዋን ድማ ናብ ከረን ወይ ንምውዓል፡ ወይ ንምሕዳር፡ ወይ ድማ ንምቕናይ በጺሓ ትምለስ። ከምዚ’ሉ ሰለስተ ዓመት ሓሊፉ።

* * *

ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ልሙድ ግዜ ካብ ስራሕ ንገዛ ከይደ።

ናይ ረፋድ ሰዓት ዓሰርተ ነይሩ። ዘይኣመላ ኣዛሚት ማዕጾ ደንጉያ ከፊታቶ። ገጻ ኣይተፈተወንን፡ ከምቲ ንግሆ ዝተሰናበትኩዎ ኣይነበረን። ኣብቲ ገዛ ዘይፈልጦ ድምጺ ድማ ሰሚዐ። እትው ምስ በልኩ ክልተ ዕብይ ዝበላ ኣንስቲ ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ኮፍ ኢለን ጸኒሐናኒ።

“ደሓን’ዶ ውዒልክን?” ምስ በልኩወን ምእድድ እናበላ፡ “ይመስገን” ኢለናኒ። ንዕጹው ገጽን መኽፈቲ ኣይረኸብኩሉን። ስራሕ’ውን ስለ ዝነበረኒ ብዙሕ ከይጸናሕኩ ናብታ ቤት-መጽናዕቲ ዝብላ ንእሽቶ ክፍሊ ኣትየ። ዝደልያ ዝነበርኩ ጽሕፍቲ ክረክብ ሃሰው ክብል እንከሎኹ ኣዛሚት መጺኣ ኣብቲ ማእከለይቲ ክፍሊ ደው ኢላ።

“ደሓን ዲና ኣዛሚት? ገለ’ዶ ተረኺቡ ኢዩ?” ኢለያ ገጻ እናጠመትኩ።

“ዋላ እንታይ’ሞ ክብለካ’የ? ዕላጅ’ዩ ምስ’ዚኣተን! ጓልና ሃብና ኢየን ዝብላኒ ዘሎዋ። ነቲ ዝወለደለይ ኣደኡን ሓትኖኡን ኢየን። ከም ትፈልጦ ዓዲ እትው ምስ በልና ኢዩ ሞይቱ። ዘይወጸት ሓጺን ተሳቕዮ ነይራ። ሓዳር ኣይትበሎ ደኣ’ምበር ሰብኣይ’ኳ ተባዕ ኢዩ ነይሩ። እዚኣተን ድማ ኣበይ ከም ዝጸንሓ ዓመታት ምስ ወሰኽትለን ክንወስዳ ይብላ ኣሎዋ። ኣብዚ ክንኣቱ እንከሎና ጓል ሰለስተ ነይራ። ሕጂ ተጸብየን ሃብና ክብላ’ከሎዋ ዘገርም’ዩ። ካብ ኩሉ ዝገርመኒ ንሳተን ከመይ ኣቢለን ጓልና ክብላ ይኽእላ? ንዓይ ከኣ ጓለይ ምኻና ከመይ ገይረን ይርስዓ?”

ምላሽ ኣይሃብኩዋን። ትኽ ኢለ ናብተን ኣንስቲ ከይደ ኮፍ ምስ በልኩ፡ “ጓልና ትብላ ዘሎኽን ጓል መን ድያ? ጓል ኣዛሚት’ዶ ኣይኰነትን? ከመይ’ዩ ነገሩ?” ኢለ ሓቲተየን።

“ከመይ ዝብል ጽቡቕ። ጓል ወድና ስለ ዝኾነት ጓልና ትኸውን ኣላ። ጓልና ክነዕቢ ኢና ንብል ዘሎና። ብደውና ጓልና እንዳ ዘኽታማት ተደርቢያ ኢና ንብል ዘሎና፡” ኢለናኒ እተን ሓትኖኣ።

“እዛ ኣደ እየ ትብል ዘላ ጓልክን ስዓማ ኢላ’ኳ ኣይበጽሓትናን። መሬት ዓዱ ርግጽ ምሰ’በለ፡ ገጹ ርኢና ከይጸገብናዮ እንደኣሉ ክውል ዝበለ። ይዋኣዩ! ሒዙዋ ዝመጽአ ናጽነት ከይርኣየ!” ኣስዒበን፡ ኣደ ተቐቢለን።

ብዛዕባ ቍምነገር ንዛረብ ዝነበርና መሲሉ ኣይተሰምዓንን። ብጓል-መገዲ እናኸድና ንህውትት ከም ዝነበርና ተረዲኡኒ። ከምኡ እናገበሩ ኢዮም ዝስዕሩኻ። ካብቲ ቅኑዕ መስመር መጎተ ከውጽኡኻ ይፍትኑ። ካብ ድልዱል መገዲ ዝወጸ ድማ ናብ ገደሉ ኢዩ።

"ጓላ ክትወስዳላ ኣይትኽእላን ኢኺን። ንጓላ ኣብ ድላያ ተንብራ ተምህራ እንታይ ገዲሱክን? እንተ ደሊኽን ናብ ቤት-ፍርዲ ኪዳ። እንዳ ሰብ ኣቲኽን ቈልዓ ክትምንጥላ ኣይትኽእላን ኢኺን፡" ኢለየን ብነድሪ።

"ተጋዳላይ እየ ኢልካ ዲኻ ከተፈራርሐና ትጽዕር ዘሎኻ? ሕጊ'ኮ'ሎ ልዕሊ ኩሉ፡" ኢለናኒ እተን ሓትኖ እናሓጨጨ።

"ተጋዳላይ ኣይኰንኩን። ኣነ ካብቶም ንናጽነት ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝጸንሑዋ እየ። ሓደ መዓልቲ መስኮተይ ክፍት እንተ ኣበልኩ በቲ ጽርግያ ክትሓልፍ ርእየያ። ጓል ኣዛሚት ግን ዝምንጥላ የለን፡" እናበልኩ ገዛ ገዲፈናልና ንኽወጻ ኣመልኪተለን።

እተን ኣደ ዕጥይጥይ እናበላ ካብ መንበረን ትንስእ ኢለን፡ "ወሪዱዎም ተጋደልቲ! ገዲዶምና ዘሎዉስ ንፈልጦም ኢና። ኣብቲ ክገብሩዎ ዝጸንሑ ከይኣክልስ ሕጂ ድማ! በሉ ኣብ ቅድሚ ሕጊ የራኽበና፡" ኢለን ናብ ገዛአን ከይደን። ቈልዓ ኣይተወስደትን፡ ምስ ኣደኣ ተፈሪዳ። ኣዛሚት ከኣ ከድኩ ዘይብሉ ብሃንደበት ናብ ከረን ከይዳ። ገዛይ ብዘይ ድምጺ ሰላሕ ኢላ ገዲፋቶ። ብቓጭል ህልውናኣ ዝመልእ ዝነበረ ቦታ ህልውናኣ ምስ ሰኣነ ክብህርር ጀሚሩ። ሓደ መዓልቲ ካብ ከረን ደዊላ፡ "ኣብ ገዛኻ ዝረሳዕኩዋ ንእሽቶ ሰማያዊት ሳንጣ ኣላ። ነዚ ዝልእኮ ዘሎኹ ሰብኣይ ሃበለይ። መሓመድ እድሪስ ኢዩ ዝብሃል፡" ኢላትኒ።

"ደሓን ዲኺ? ኣበይ ዲኺ ዘሎኺ? እንታይ ትገብሪ ኣሎኺ? ስለምንታይ ደሃይ ኣጥፊእኪ?" እናበልኩ ዝተጠባበቐ ሕቶታት ደጋጊመላ።

"ኣብ ከረን ከም ዘሎኹ ፈሊጥካ ኢኻ። ኣብዚ ናይ መዕበዪ ቈልዑ ስራሕ ረኺበ እሰርሕ ኣሎኹ። ጓለይ ምሳይ ኣላ፡" ኢላ ስልኪ ዓጽያ።

* * *

ካብ 1991 ጀሚራ ንሰለስተ ዓመት ኣብ ትሕቲ ገዛይ ኣጽሊላ

ትንፋስ ምስ መለሰት፡ ዑደት ኢላ ናብ ከረን ምምልላስ ኣብዚሓ። ቅድሚኡ እኳ ናብ ከረን ትመላለስ ትንበር እምበር ከምዚ ዝመስል ግን ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ 1994 ሓደ ከውታ ለይቲ ገዛይ ኳሕኲሓ ኣትያ። ከም ኣመለይ ኣይደቀስኩን ነይረ። መንፈስ ለይቲ ስዉር ከም ዘይኰነ ክትነግረኒ ኢላ ዝመጸት መሲሉኒ። ነቲ ኣዊሉ ዝጸንሐ ገዛይ ውሽጡ ኣትያ ብውዕዉዕ ህይወት መሊኣቶ። ምቑት ተሰሚዑኒ። ከም ሕጕስ ቈልዓ ሸኽርከር እናበልና ስምዒትና ክንገልጽ ጀሚርና። ክልተና ብሓንሳብ ቃላት እናዞርና ብሰሓቕ ተገጫጪብና። እቲ መልሓስ ጋሻ ውሕጅ ዝኾነ ዕላልና ዝውሕዘሉ ስንጭሮ ስለ ዘይነበረ ብገማጋም መምርሒን ብሕጊ ወግዒን ኣይተወሰነን። ኣብ ኣፍና ዘዝመጸ ሕቶ ብዘይ ጸገም ግሉጽ ምላሽ ጎቲቱ የውጽእ። ክቃላሕ ኣሎዎ ዝበልናዮ ሓበሬታ ብዘይ ስክፍታ ድሙቕ ብርሃን ይህብ። ቃላት ካብ ከብዲ ናብራና ናብ እዝኒ ሓደና ብሓጐስ ነጢሮም። ብዛዕባ ምርድዳእ ግን ኣይሓሰብናን። ምኽንያቱ፡ ንሓቅታት ምሕላፍ ዝኸልእ ሓጹር ኣብ መንጎና ኣይነበረን። ሃፋ ህይወት እናመዓጕና ነቲ ለይቲ ሓሊፍና ናብ ወጋሕታ በጺሕና። ኣካላትና ድማ ተዘኻኺሮም፣ ካብ ተረፍ ድኻም ቃላት ዝረኸብዎ ሓይሊ ብዘይ ቅዋም ፍቕሪ ንምጥምማር ኣኽኢሉዎም።

ንጽባሒቱ በዓል ስለ ዝነበረ ኣርፊድና ተንሲእና። ናብ ንግደት ሕዳርጽዮን ኣስመራ ዘውግሕ ኢዩ ነይሩ። ድሮ በዓል ዝግበር ዋዜማ ናብቲ ቀንዲ ዜማ ቅዳሴ ዘብጽሕ ውሕጅ ኰይኑ ይስምዓኒ። እቶም መዘምራን ብሓቂ ናብ ጽዮን ዝብገሱ ዘሎዉ ኢዩ ዝመስሎም። ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመርናዮ ምሽብሻብ ኣጋ ግዜ ተሳጊሩ፡ ንምሸት ሓሊፉ፡ ብለይቲ ናብ ጽባሕ ንግሆ ንምብጻሕ ከበሮታት ብጸናጽልን መቓምያን ቤት-ኣምላኽ ክኹሕኩሑ ኣሎዎም ይብሉ ይኾኑ እቶም መዘምራን።

ካብ ፍርቂ ለይቲ ዝተበገሰ ናይ ኣዛሚትን ናተይን ፍኑው ወግዒ ግን ብመዝሙር ተሰንዩ፣ ናይ በገና መዋቕር ሰሓቡ ኢሎም ዝጀመሩዎ መዝሙር፡ ኣዛሚት ትፈልጦ ዶኾን? ካልኦትከ? እቶም ብዝተሸገ ደርፊ ካልኦት ዝወዛወዙ መሳኪን ኣጉል ዓዲ ብምንታይ ክድሕኑ ይኽእሉ ይኾኑ? እቶም ብናይ ካልኦት ዝተቓነየ ክራር ንኣማልኽቶም ከተዓሻሽዉ ዝፍትኑኽ? ኣዛሚት ናይ መን ሙዚቃ ይርድኣ ይኸውን እናበልኩ እሓስብ። እቲ ኣዝዩ ዝመቀረ ሙዚቃ ዘይተደምጸ ኢዩ ዝበለ እንግሊዛዊ ገጣሚ ከም ገለ ተዘኪሩኒ።

ንህዝቢ ኤርትራ ዝድረስ ዘሎ ሙዚቃ ይቀራረብ'ዶ ኣሎ? መን ኮን የወሃህ'ዶ ይኸውን? መን ክመርሖ ይዕደል ይኸውን? ህዝቢ ብምሉኡ ክዝምር እንከሎ ተራእዩኒ። ነፍሲ-ወከፍ ሕብረ-ድምጹ ኣለልዩ ንውህደት ሙዚቃ ወፈያ ክገብር ንሓንሳብ ኣብ ባሕሪ፡ ንሓንሳብ ኣብ መሬት፡ ንሓንሳብ ድማ ኣብ ኣየር። ካብቶም ቀንዲ መሰረት ህይወት ሓዊ ከይርስዕ ከኣ እቲ ሙዚቃ ከም ሃልሃልታ ኲይኑ ክስዕስዕ ይርኣየኒ።

* * *

ቊርሲ ስለ ዘይተርፍ ካብ ሰለምለም ቅሳነትን ፍርቂ ሕልምታትን ግድን ምትንሳእ ኲይኑ። ኣዛሚት፡ ሰለስተ ዓመት ንዝገደፈቶ ገዛ ከይተጋየሸት፡ ጥዑም ቊርሲ ቀሪባ። ልበይ ግን ንዓይ ገዲፉ ናብ ኣርባዕተ-ኣስመራ ንሕዳርጽዮን ዝቐረብ ዝነበረ መኣዲ ዘንብዩ። ኣብ ዓቢ መሶብ፡ በዓል ኣእላፍ ኣዒንቲ ድርብርብ ዋልታታት ጣይታ፡ ጎቦ ሻሽ ዝመስል ሕልበት ተቐቢሉ፡ ኣብ መዓሙቑ ድማ በርበረዋይ ቀላይ ጸብሒ ዓቕሩስ ዶባቱ ብዕርዲ ትምትሞ ዝተኸበበ፡ መትከል ዶባቱ ድማ ብሽገታት ጉዕ-በርበረ ዝተመልከተ ኲይኑ፣ ኣጻብዕቲ ዕዱማት ኲላሶታት እናኸበቡ፡ ነፍስሄር ኣቦይ ቀሺ ዘርእዝጊን በዓልቲ-ቤቶም ኣደይ መብራት ብልዑ ስተዩ እናዘመሩ፡ ግርማ ጻዕዳ ዝኽዳኖም ነጋዶ ጥዑም ክብሉ፣ ኣነ ድማ መግቢ ጻድቃናት ረኺበ ኢለ ንኽብደይ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ስንቂ ክድልብ እንከሎኹ ተዘኪሩኒ።

ኣዛሚት ሜዳ ቅድሚ ምኻዳ ንንግደት ሕዳርጽዮን ናብ እንዳ ኣቦይ ቀሺ ወሲደያ ነይረ። እታ ስድራ ክሳዕ ሕጂ ቀንዲ ናይ ማርያምጽዮን ወኪል ኲይና ትርኣየኒ። መኣዲ ምስ ቀረበ ብዛዕባ ሕልበትን ትርጒሙን ኢለ ባዕለይ ዝፈጠርኩዎ ገድሊ ደጊመላ።

"ኣብ ግዜ ቃልሲ" ትብለኒ ኣዛሚት ናይ ሕሉፍ እናዘከረት፡ "ክንደይ ትዝ ዝብለና ዓይነት መግቢ ነይሩ። ክንደይ ዝተሓረመና። ክንደይ ንዝኽሪ ጥራሕ ኲይኑ ዝተረፈ። ክንደይ ከኣ ዝተረስዐ። ኣነ ግን ሕልበት ጥራሕ እዝክር ነይረ። ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት ድማ ሓንሳብ'ውን ኣይገጠመንን። ኤርትራ ሓራ ምስ ኲነት ክሳዕ ዝጸግብ ሕልበት ክበልዕ እየ እብል ነይረ።"

ድሕሪ ቊርሲ ክንዘራረብ ጀሚርና። ሰለስተ ዓመት ኣብ ከረን ተቐሚጣ ናብ ኣስመራ ዝመጸትሉ ምኽንያት ብኽድኑ ተቐሚጡ። ኣልዒልና ኣይበርበርናዮን። ውራይ ጓላ እንተኹነ'ውን

ኣይተረድኣንን። ብሓጺሩ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኣን ብወግዒ ዝጭበጥ ዝምድና ኣይተራእየን። ምናልባት ኣብ ትሕተ-ውነ ብዘስክአ ፍርሒ ተመሪሕና ክልተና ዝምድናና ብቓላት ክንገልጾ ኣይደለናን። ሓይሊ ቃላት ፍሉጥ ኢዩ። ጾር ትርጉም ይኽብዶ ይኸውን። ኣብ ቃላት ተሓዚሎም ካብ ዝኸዱ ስምዒታት ኣብ መገዲ ሃፊፎም ዝተርፉ ይበዝሑ። ኣብ ቃላት ዝሕንገሩ ባህግታት ድማ ንተሰካሚኦም ከቢድ ጾር ኰይኖም መልእኽቶም ኣየብጽሑን።

ካብ ፈለማ ርክብና ጀሚሩ ናይ ግዜ ዶብ ዝድርት ቅዋም ኣይነበረናን። ንኣብነት፡ ትጽቢት ይንዋሕ ይሕጸር ንምምዛን ዘኽእል ውዕል ኣይገበርና። ወይ ዋሕስ ኣየትከልና፡ ብባህሪያዊ እምነት እናተመራሕና ስኽ ኢልና ኢና ንጸባበ። ኣነ ክሳዕ ካብ ሜዳ ትምለስ ከይፈለጥኩ ተጸቢየያ። ሰለስተ ዓመት ጸኒሓ ካብ ከረን ክትምለስ እንከላ'ውን ገዛይ ብኻልእ ተታሒዙ ኣይጸንሓን። ንሳ ከም ዝበለቶ ኣነ ኣብ ዘቐመጡኒ ዝርከብ ሰብ እየ። ሰንማይ ኣይኰንኩን። ንኹሉ ረማዕ ኢለ የርክበሉ ዝብል ዘሎኹ ይመስል። ካብ ከረን ምላሽከ ምሳይ ናብራ ድዩ ወይ ካልእ ኣይፈለጥኩን። ኣዛሚት ግን ምሳይ ናብራ ቀጺላ። ኳላ ኣብ ጽቡቕ ተዓቝባ ከም ዘላን ንሓንሳብ ክትበጽሓና ምኺናን ፈሊጠ። ኣይከፍኣንን። እቲ ገዛይ ህይወት ረኺቡ ንበሮ ንበሮ መጺኡኒ።

* * *

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ማለት ኣብ 1995፡ ካልኣይቲ መጽሓፈይ ኣፋሪቐ ነይረ። ፈጠራዊ ድርሰት ቀለብ የድልዮ ኢዩ 'መስለኒ። ኣዛሚት ምስ ርኣኹ ጸሓፍ ጸሓፍ እናመጸኒ ከቀላጥፎ ክኢለ። ኣብ 1997 ድማ መስርዕ ሕትመት ተፈጺሙ ኣብ ኢድ ኣንባቢ በጺሓ። መብዛሕትኡ ትሕዝቶ መጽሓፍ'ታ ዛንታ ፍቕሪ ኢዩ። ሓደ ኣብ ኢትዮጵያ ህይወቱ ብኸርተት ናብራ ኣሕሊፉ ኣብ ፈለማ ናጽነት ንዓዱ ይምለስ። ማእከላይ ዕድመ ኢዩ ዘሎዎ። ምጽእ ምስ በለ ምስ ሓንቲ ተጋዳሊት ብርቱዕ ፍቕሪ ይሕዞ። ንሳ ድማ ብፍቕሩ ትጽለል። ክልተኦም ናብራ ክምስርቱ ዝገብሩዎ ፈተነታት ምስቲ ናጽነት ዝፈጠሮ ሓድሽ ኩነታት ክገራጮ እንከሎ ንኣንባቢ ብሰሓቕ እናንብዐት ተዘናግዕ። ቀንዲ መሰነይ ዛንታ ከኣ ድሕሪ ኲናት ምስ ናጽነት ዝሰፈነ ስነ-ቁጠባዊን ማሕበራዊን ሓቅታት ኢዩ። ኣርኣእያ ዓለሞም ብግዳሙ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ስለ ዝመስሎም ንምርድዳእ ኢሎም ዝገብሩዎ ጻዕርታት ካብ ወግዑ ጸወታኡ በዚሑዎም። ከባቢኦም ጠሚቶም ዝቐርጹዎ ስእሊ ነንበይኑ ይኾኑዎም'ሞ ሓሳባት

ከቀራርቦ ኢሎም ላሕ ክብሉ እንከሎዉ ልጓም ሰሓቕ ኣንባቢ ብዙሕ ግዜ ይፍኖ።

እቲ ሰብኣይ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብቲ ወሰናዊ ዓንኬል ናብራ ብሰላም ንምንባር ኢሉ ዘጥረዮ ኣዘራርባ ይኹን ኣካይዳ ዓለም ነታ ተጋዳሊት ፍሉይ ተርእዮ ይኹና። ናታ ተግባር እውን ነቲ ሰብኣይ ይገርሞን የደንቖን። ኣብ ኢትዮጵያ ንነዊሕ ግዜ ዝተሰደዱ ኤርትራውያን ነቲ ዝኸበቦም ሓይሊ ኣብቲ ዝተወሰነሎም ስነ-ኣእሙራዊ ከባቢ ናብራ ኰይኖም ኢዮም ክምክቱዎ ዝጽዕሩ። ነዚ ናብራ'ዚ ኢሎም ዘጥረዩዎ ባህሊ ድማ ቀንዲ መለለዪ ባህሮም ክኸውን ይርአ። ከምቶም ካልኦት ብሄራት ንገዛኢ ክመስሉ'ኳ እንተ ጸዓሩ ካብ ቆፎ ቛንቋኡን ግዳማዊ ቅርጹን ሓሊፎም ንውሽጢ ኣይኣተዉን። ግዙእ ምስጢር ገዛኢኡ ክንደየናይ ክይፈልጥ ኢዩ ዝብሃል። ክይተፈለጠም ንገዛኢ ንምሕጓስ እቶም ከምኦም ጭቁናት ዘሕልፉዎ ዝነበሩ ጸበባ ከየስተውዓሉ ተሪፎም። እታ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ነይረ በሃሊት ተጋዳሊት ከኣ ኣብ ውሽጢ'ታ ሓድሽ ባህሊ ስነ-ቁጠባ ትለብስ ዘላ ኣስመራ ክትኣቱ ትገብሮ ፈተነታት ንኣንባቢ ኣፉ ኣየሕተሞን። እታ መጽሓፍ ብዙሓት ኣንበብቲ ፈትዮማ። ኣብ ኣስመራ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ቅልጣፈ ድማ ካብ ዕዳጋ ተላዒላ።

ካብታ መጽሓፍ፡ ስራሐይ ኢለ ዘይሓሰብኩሉ ረብሓታት፡ ተረኺቡ ኢሎም በዓል ሱሌማንን ባህታን ምስ ገለጹለይን ናይ ልበይ ተገሪመ። ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ከም ዘሎ'ኳ ካብ ቀደም እፈልጥ እንተ ነበርኩስ ብዛዕባኡ ክጽሕፍ ኢለ ኣብ ሓሳበይ ኣእትየዮ ኣይፈልጥን። ናጽነት ኤርትራ ንናይ እማን፡ ፈጠራዊ ጸሓፍቲን ተመራመርቲን ዝኸውን ሃሰስ ኢልካ ዘይውዳእ ሃብቲ ፈጢሩ። እንተኹነ ነቲ ኅቦ ሓቅታት ከስተውዕል ዝኽእል ዓይኒ ዘሎዎ ብልሒ ውሒዱ። ዋላ እቶም ተማሂሮም ዝብሃሉ'ውን ነቲ ሃብቲ መርኣዩ ዘይጠቅም ናይ ልቓሕ መነጸር ለቢሶም ኢዮም ድምጾም ዘስምዑ። ክሳዕ ሕጂ ጽሒፎሞ ኢልካ ዝንበብ ረዚን መዝገብ ንህዝቢ ዘረከቡ ካብ ፍቕዲ ኣጻብዕቲ ኣይሓልፉን። ሰብ ድማ ብወገኑ ገና ናብ ውሽጡ ይኹን ናብ ውሽጢ ከባቢኡ ጠሊቑ ሓቂ ዳህሲሱ ንኸውጽእ ዘድፍር ምሉእ ዕጥቂ ኣየማልአን። ናይ ኣእሙሮኡ መሳርሒ ኣቃኒዑ ነቲ ሃብቲ ንኽጥቀመሉ ግዜ ዘድልዮ ይመስል። ክሳዕ ዝኹነ ዝኸውን ግን ዘይተወሃሃደ ድምጽታት ጥራሕ ኢዩ ዝስማዕ። ካብቶም ቅልጡፍ መኽሰብ ዝጽበዩ ድምጺ ቃንዛን ፍርሒን ዝበዝሕ ይመስል። ምህርቲ ልዛይ ህራፎም ዝኹኑ

ፊልምታትን ካልኦት ጸለመ ስነ-ጥበባዊ ስራሓቶም ዕዳጋ ሃሳሳት ኣይተቐበለናን ኢሎም ክበኽዩ ይስምዑ። ኣጆኹም ዝብል ጸሓፊ ገና ጻውዒቱ ኣየስምዐን። ዓዲ ንተዛረብቲን ንጸሓፍቲን ፍንጫል ሓቅታት ገዲፉሎም ኣሎ። ዘይተቓነየ ድምጺ ንናብራ ሰላም ክዘርግ እንከሎ ተዓዚቡ ስቕ ምባል ኣብዚሑ። እምነት ህዝቢ ንምቅናይ ሓደ ክውጥር ሓደ ከኣ ከላሕልሕ እዕዘብ'ሞ ናይ ሰብ ነገር ይገርመኒ። ደርፌ ዘይፈልጥ ሰብ ክራር ክቓኒ ዝጽዕረሉ ምኽንያት ንምርካብ ኣይከኣልኩን።

* * *

እታ መጽሓፍ ፍቱው ጸሓፊ ገይራትኒ ኢለ ኣይቀሰንኩን። ህዝበይ ስለ ዘስሓቐኩዋ ድያ ወይስ ካልእ ዝብላዕ ረኺባ ተሓጒሳትለይ እናበልኩ ምስ ነብሰይ ተቓሊሰ። ነቲ እምባ ሓቂ ጐስየ ምስ ደቀቕቲ ኩጀታት ጥራሕ ከም ዝገጠምኩ ቀልጢፉ ነብሰይ ነጊሩኒ። ብመጽሓፈይ ዝተጸልወ ሰሓቕ ብርታዐ ድምጹ ይኹን ስፍሓት ዝርጋሐኡ ኣየዕገበንን። ከምቲ ኣብ ሃገር ህንዲ ዘሎ ኤርትራዊ ባሕታዊ ዝበሎ፡ "ነዚ ህዝቢ ብርቱዕ ሰሓቕ እየ ዝምነየሉ። ኣስሓሕቓ ኣማልኺቲ ክስሕቕ እየ ዝደልዩ። ወይ ከኣ ብውሕጅ ንብዓት ዝሓጽብ ሓያል ተዋስኦ ርእዩ ምስ ነብሱ ክዕረቕ እምነየሉ። ካብ ዋዛ ናብራን ሕጫጩ ህይወትን ድሒኑ ታሪኻዊ ተግባር ንኽፍጽም ዝዕንቅፉዎ ሓይልታት ድንቁርና ኣልዩ ክርእዮ እናፍቕ።"

ንበይነይ ክገጥሞ ከም ዘይክእል'ኳ እንተ ዘይሰሓትኩ ብውሕዱ ግዝፊ'ቲ እምባ ሓቂ ንምሕኳር ክቃለስ ከም ዘሎኒ ኣሚነ። መጽሓፈይ ግን ሎሚ ሐራይ፡ ጽባሕ እምቢ እናበለት ተኸኽ ኣቢላትኒ። ብሓደ ወገን ኣይጸለእኩዎን። ኣነ ግዳ እንታይ ከፊኡኒ መባእስቲ'ካ ረኺበ፣ ብዙሓት እንዶ'ሎዉ መቓልስቲ ስኢኖም ቀንፈዘው ክብሉ ዝነብሩ። መዓልቱ ቆጺሩ ዓወት'ዶ ከይተርፍ? ክሳዕ ዝኹነ ዝኸውን ከኣ እቲ ዘስተባህሎ ዘሎኹ ዛንታ ጕዕዞ እንደኣሉ። ህዝበይ ሃገር'ያ ተጣጥሕ ዘላ። ፈታሕ ዕጥቂ እንደኣሉ ንድሕሪት ዝብል ዘሎ። ፍርሒ ርሑቕ ራኢ እንደኣሉ ራዕዲ ክፈጥር ዝደሊ ዘሎ። እምበር እቶም ምራን ሓቂ ዘይፈርሑስ ብርሃን ምርኣዮም እንታይ ከይተርፍ?

-4-

ኩሉ ንዕዳጋ ከውርዶ ዝሓሰበ ኣቕሓ ኣንጠልጢሉ ብዘይ ንቡር ተሃዋኺ ክዕዘር እንክሎ ይርኣየኒ። መልክዐይ፡ ፍልጠተይ፡ ጉልበተይ፡ ፍሽኽታይ፡ ሓሶተይ ክንደይ የውጽእ ዝብል በዚሑ።

ኣብዚ ሳልሰይቲ መጽሓፈይ በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ህዝቢ መጠነ ሰፊሕ ኩናት ኣሕሊፉ ነይሩ። እተን ክልተ መጽሓፍተይ ቀንዲ ትሕዝቶአን ፍቕሪ'ኳ እንተኹነ ፍቕሪ ንበይኑ ኣብ ሃዋሁ ክንሳፈፍ ስለ ዘይክእል ምስ ካልእ መሰነይታ ታሪኽ ክዋሳእ እንክሎ ዘርኢ ብሰዓብቲ መግለጽታት ከባቢ ተዓጂቡ ቀሪቡ። ብዓቢኡ እቲ ከባቢ ዛንታ ንሓንሳብ ቅርብ ንሓንሳብ ርሕቕ እናበለ ነቲ ቀንዲ ታሪኽ ብዝተፈላለየ ኣእዳው ክተነኻኽፎ እንክሎ ስለ ዝርአ፡ ንሱ'ውን ርእሱ ዝኸኣለ ተዋሳኢ ኰይኑ ይርከብ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ማእከል ከተማ ቡን እናሰተኹ በየን መጸ ዘይበልኩዎ መሓመድ እድሪስ ኣብቲ ንበይነይ ብሒተየ ዝነበርኩ ሕዛእቲ ጠረጴዛ ሕውስ በለኒ። ነታ ኣብ ኵርናዕ ዝተደኮነት ቦታ ብውዕዉዕ ድምጹ ምልእ ኣበላ።

“እዞም ገዛ ቡኖም ከመይ ኢዩ?” ኢሉኒ።

“ካባኻስ ሰላም፡ ደሓን'ዶ ቀኒኻ! ምኳኑ ድዩ?” ክብሎ እንክሎኹ ተገዲሱ ኣይሰምዓንን። እንታይ እዋኑ ተንሲኡ ምስቲ ምስ መኪና ጥልያን መፍልሒት ቡን ዝቃለስ ዝነበረ መንእሰይ ምክርኻር መሪጹ። እንታይ ይብሎ ከም ዝነበረ ብንጹር ኣይሰማዕኩን፣ እቲ መንእሰይ ግን ይስሕቕ ነይሩ። ቁሩብተይ ጽንሕ ኢሉ ናባይ እናጠመተ፡ “ሕጂ ክትርኢ ኢኻ፡ ናይ ሓቂ ቡን ከስትየካ እየ፡” ብምባል ኣብ ጐደንይ ተቐሚጡ።

መሓመድ እድሪስ ንዝቐረበሉ ቡን ብቕጽበት ኣሰናቢቱ መዓስ ከም ዝጨለጦ ኣይተረድኣንን። በቲ ውዑይ ቡን ከም ዝረብሐ ግን

ገጹ ቀልጢፉ መስኪርሉ።

"መጽሓፍካ ከመይ ትስጉም ኣላ?" ኢሉ ክሓተኒ እንከሎ ዓቢ ግዳሰን ሓልዮትን ኣብ ድምጹ ይልለ ነይሩ።

"ኣይትሃውኸኒ ትብል ኣላ፣ ባዕለይ ክሳለ እየ፡ ኣይትደፋፍኣኒ በሃሊት ኢያ ድርሳነ-ፈጠራይ። ከምተን ዝሓለፋ ክልተ መጽሓፍቲ፡ እዚኣ'ውን ዛንታ ፍቕሪ ኢያ። እንድዒ ከኣ እምበር ንዓይ ፍቕሪ ዘይትንክፍ ዛንታ ኣይርኣየንን። እንተኾነ ፍቕሪ ኣብ ግዜ ሰላም ጥራሕ ኢዩ ዝነግስ ዝብሉ ይበዝሑ ኣሎዉ። ሕጂ ግዜ ኲናት ስለ ዝኾነ ፍቕሪ ቦታ የብሉን ይብሉ። ኣነ ግን ንኹናት ፍቕሪ ክምክቶ እንከሎ ኢዩ ዝርኣየኒ። ክንዲ ናይ ሕጂ ዝዳረግ ሃብታም ፍልጠት ኣብ ሃገርና ተኣኪቡ ኣይፈልጥን። ናይ ግዜ ውግእን ድሕሪ ውግእን ፍቕሪ መሰታ የብሉን። ፍልስፍናና ኣሀብቲምና ንሓድሽ ስነ-ጥበብ ንቕረብ ኣሎና። ፍቕሪ መሬት ይኹን ፍቕሪ ሓድሕድ፡ ሕጾ ይኹን መርዓ፡ ምሕዝነት ይኹን እምነት ላዕለዋይ ጥርዙ ክበጽሕ እንከሎ ይርኣየኒ። ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ክንዲ ናይዚ ድሕሪ ኲናት ዝበዝሕ መርዓ መንእሰያት ተመዝጊቡ ኣይፈልጥን ይብሉ መዝገብቲ ናብራ ዕብየት።"

"እሞ ፍቕሪ ምስ ሰላም ኢዩ ዝሳነ ዝብሉ ፈላጣት ኣጥሪና ኣሎና ዘይትብለኒ? ካብ ምንታይ ተበጊሶም ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ከም ዝኣምኑ ክርድኣኒ ኣይክእልን። ሰላም ካብ ደረጃ ባዶ ቃላት ክሓልፍ ርእየ ኣይፈልጥን። ዝርኣየ ሰብ'ውን ኣይገጠመንን። ንስኻ ስቕ ኢልካ ቀጽል። መን ፈላጣት ገይሩዎም፡" ኢሉ ካልኣይቲ ቡን ኣዚዙ።

ድሕሪ ካልኣይ ፍንጃል፡ ወልፊ ቡኑ ከም ዘውጽኦ መረዳእታ ዝሓሰቦ ይመስል፡ ብሓንሳብ እንቅዓ ኣስተንፈሱ። ፍኹስ ምስ በሎ ድማ፡ "ስማዕ እስከ፡ ንስኻትኩም ባዕልኹም ትፈጥሩዎ ዛንታ ንምጽሓፍ ትሳቐዩ፣ ንሕና ናይ እማን ታሪኽ ንምምዝጋብ ንጓየ ዘሎና ክንደይ ከም ንሳቐ ዝግምት ሰብ ኣይጎነፈንን። ናይ ፈጠራ ጸሓፍቲ ህዝቢ ሓቝፉ እሩሩ ኢዩ ዘብለኩም። ከም ደቁ ኢዩ ዝርኤኩም። በብግዜኡ 'እዞም ደረስቲና'፡ 'እዞም ስነ-ጥበበኛታትና'፡ 'ሓደ ካብዞም ዓበይቲ ጸሓፍቲና' እናተባህለ ኣብ ብዙሕ መድረኻት ክጭርሓልኩም ይውዕል ኣሎ። 'እንታይ ኰይኖም ደሃይ ኣጥፊኦም?'፡ 'እንታይ ኰይኖም ሳልሰይቲ ራብዐይቲ መጽሓፎም ዘየሕተሙ?' ኢሉ ስርሓትኩም ክናፈቕ ይስማዕ። ብዛዕባና ግን ዝግደስ የለን፡" ብምባል ኣስተንቲኑ። ኣብ ገጹ ግን ጓሂ ኣይነበረን። እኳ ደኣ

ጸወታ ዝመልአ ወግዒ ዝደለየ መሲሉ ተራእዩኒ። ምኳን መሓመድ እድሪስ ከምኡ ኢዩ። ላዛ ዓለም ከየስተውዓለ መዓስ ይዛረብ?

ንዕኡ ዝምልስ ኣምሲለ ንርእሰይ ንምፍታን፡ "ሕማም ሕርሲ ስቓይ ክብሃል ይከኣል ድዩ? ፍረ ዘሎዎ ስቓይ'ኮ ዋጋ ኣሎዎ። ክልተና በብወገንና ሓቂ ኢና ንእልሽ ዘሎና። ህልውናኣ ይስምዓና ኣሎ፣ ኣብ ዓይንና ውርግሪግ ትብለና፣ ኣብ ጥቓና ኣስኪኣ ከም ዘላ ከኣ ንኣምን፣ ምጭባጣ ግን ቀሊል ኣይኰነን። ናትና ሓቂ ካብ ውሽጢና ንግዳም፣ ናታትኩም ድማ ካብ ግዳም ንውሽጢ ንምእላይ'ዩ እቲ ስቓይ ንብሎ ዘሎና። ናይ ስቓይ ፍረ ምስ ርኣና ድማ እቲ ቃንዛ ቀልጢፍና ንርስዮ'ሞ ከም ብሓድሽ ንምፍጣር ኣብ ካልእ ስቓይ ንኣቱ፡" ኢለዮ እናተወራዘኹ።

"ታሪኽ ንምምዝጋብ'የ ዝጓየ ዘሎኹ። ከም ዝበልካዮ ካባይ ወጻኢ ዘሎ ሓቅታት ንምእካብ እየ ዝጽዕር። ግን ብዝሒ ሓቅታት ጥራሕ ዘይኰነስ መለክዒ ሓቂ'ውን የሎን። ፋሕ ኢሉ ዘይተጠርነፈ ሓቅታት ይበዝሕ። ነፍሲ-ወከፍ ነናቱ ሓቂ ዊጥ ዊጥ የብል ኣሎ። ከም እትፈልጦ ንዓይ ሕጂ ዘሎ ታሪኽ ኤርትራ ኢዩ ዘገድሰኒ። ነቲ ናይ ቀደም ድማ ካልኦት ግዱሳት ኣሎዎ። ካብ ጥንቲ ናብ ሕጂ ካብኡ ድማ ናብ መጻኢ ዝወሳሰብ ሓቅታት ከም ዘሎ'ኳ እንተ ፈለጥኩ፡ ዕላማይ ነቲ ኣብ ሕጂ ዘሎ ቀንጠመንጢ ሓቅታት ኣኻኺበ ምስቲ ግዙፍ ታሪኻዊ ሓቂ ንምዝማድ ኢዩ። መብዛሕትኡ ዝእከቦ ዘሎኹ ዝተፈላለየ ጸብጻባት ኢዩ። እቲ ጸሓፊ ጸብጻብ፡ ወይ ከኣ እቲ ጸዋይ ታሪኽ፡ ግን ነቲ ጸብጻብ ወይ ታሪኽ ምስቲ ዓቢ ስእሊ ግስጋሰ ሃገር ዘየዛምድ ስለ ዝኾነ ኩሉ ዝተገብረ ተዘርዩ ይተርፍ። ኣነ ንበይነይ ነዚ ኩሉ ዝተበታተነ ለቓቒመ መልክዕ ከትሕዞ ኣይክእልን። ኩሉ ሰብ ተግባራቱ ምስቲ ዓቢ ታሪኻዊ ሓቂ እንተ ዘዛምዶ ነይሩ ግን ናይ ሕጂ ታሪኽ ምጽሓፍ ቀሊል ምኾነ። ኩሉ ንዕኡ ጥራሕ ዝርድኦ ብትኽታኽ ሓቅታት ሒዙ ናይ ምሉእ ሃገር ውራይ ከሳሲ ይጽዕር። ብናቱ ዓይኒ ጥራይ ክርኢ ናይ ካልኦት ራኢ ይሓልፎ። ካብ ክፍኣት ዘይኰነ ካብ ዘይምፍላጥ፡ በዚ ሕጂ ግዜ በተንቲ ካብ ጠርነፍቲ ንላዕሊ ዝነጥፉ ዘሎው ይመስል። ቅንጥብጣብ ሓበሬታ ሒዞም ፋሕ ከብሉን ክብሉን ይርኣዩ ኣሎዉ። ምስቲ ዓቢ ታሪኻዊ ሓቂ ስለ ዘየዛምድዎ ድማ ንርእሶም ትርጕም ስኢኖም ንኻልኦት ትርጕም ይኸልኡ ኣሎዉ። እምበኣርከስ ጸሓፊ ታሪኽ ኣብ ከመይ ዝበለ ጸገም ከም ዘሎ ክትርዳእ ትኽእል።"

መሓመድ እድሪስ ካብ ታሪኽ ፍልስፍና ኢዩ ዝፈቱ። ዝጕንፎ

ዘሎ ጸገም ከም ዝተረድኣኒ ንምቅላሕ ድዩ ወይ ንገዛእ-ርእሰይ ንምፍታን፡ "ንኣብነት ጸሓፍቲ ጋዜጣ ሓቂ ኣኪቦም ምስ ዓቢ ሓቂ ከዛምዱ እንድሕሪ ኲይኖም እንታይ ዓይነት ክእለት የድልዮም? እቲ ፍልጠት መን የሕድረሎም? ግዜኸ ይረኽቡ'ዶ? እቲ ሓቂ ኢሎም ዝእክቡዎ ማለት ካብዚን ካብቲን ተኣኻኺቡ ዝጸንሖም ወይ ባዕላቶም ዝኣከቡዎ ሓበሬታታት ኢዩ። ናይ ምንታይ ሓቂ ንመን ክዝርግሑ? ጸሓፊ ታሪኽ ኬንካ ትእክቦ ዘሎኻ ሓቂ ምስቲ ዓቢ ስእሊ ሃገራዊ ግስጋሰ ምስምማዕ ይኣብየካ ከም ዘሎ ትገልጸለይ ኔርካ። እቲ ጸሓፊ ጋዜጣ ግን ዝገጠሞ ድዩ ዝእክብ ወይ ከኣ ንሱ ብወገኑ'ውን መምዩ ምስቲ ዓቢ ስእሊ የውሃህዶ'ዩ?"

"ስቕ ኢልካ ኣይተኸብዶ ቀሊል ኢዩ፡" ኢሉ ጀሚሩ "ክግበር ዘይክኣል ኣይምሰልካ። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ድምጺ ሓፋሽ'ሞ ዘክር። ዝኹነ ሓበሬታ በሎ ሓቂ ምስቲ ቀንዲ ሓቂ ይወሃሃድ ስለ ዝነበረ ኣብ ገድሊ፡ ኣብ ስደት፡ ኣብ ዓዲ፡ ዋላ ኣብ ማእሰርቲ ተዘሪኡ ዝነበረ ኤርትራዊ ቅኑዕ ምላሽ ሕቶኡ ይረክብ ነይሩ። እቲ ሓበሬታታት ነቲ ኣብ ጸልማት ዝጉዓዝ ዝነበረ ደላይ ናጽነት ዕላማኡ ከይጠፍኦ ከም ሽግ ኣብሪህሉ። ካብ ዘየድሊ ጭንቀት ድማ ኣድሒኑዎ። ኣብ ናጽነት'ውን ጋዜጣ ይኹን ረድዮ ወይ ቴለቪዥን ከምኡ'ውን ኢንተርነት ምስቲ ዓቢ ሓቂ እንድሕሪ ተዛሚዱ ንድሕነት ሰብ ክውዕል ዝኽእል ኢዩ።"

"ብዛዕባ ቀንዲ ሓቂ ምዝራብ ቀሊል ኢዩ። ግን እቲ ወሳኒ ቅኑዕን ግጉይን ሓቅታት መዛኒ መን ኢዩ? ኣንባቢ፡ ሰማዒ፡ ተመልካቲ፡ ዶስ በዓል ስልጣን? ፈላጥ ሓቂ ድዩ ዝመርሕ ወይስ ኣማን ሓቂ?" እናበልኩ ክዝርዝር ከሎኹ ከምቲ ዝደለኹዎ ከይቅጽል ድምጸይ ጠፊኡኒ።

ቅድሚ ምዝራቡ ሰሓቕ ቀዲሙዎ። ነቲ ካዕካዕ ከብሎ ዝደለየ ምኽንያት ሰሓቕ ብልጓም ክቕይድ እናተጋደለ፡ "ቀደም ተቓሊሰ ብዘውድቕኩዎ ፍልስፍና ሓሊኽካ ሸተት ከይተብለኒ እፈርሕ ኣሎኹ። ርግጽ ንፍልስፍና ስዩም ኣየበልኩሉን፡ ግን ዝኣክል ኣርሒቐዮ ኣሎኹ። ግዜያቱ ዘመን ፍልስፍና ኣይኰነን። ሓያሎ ኤርትራውያን ካብ ፍልስፍና ዝሃድመሉ ወቕቲ ኢዩ። እቶም ብፍልስፍና ዝተዳህሉ ኣተሃዳድማ ዝበርገጋ ከብቲ ኢዮም ዝሃድሙ ዘሎዉ። 'ፍልስፍና ነቲ መቦቆል ናህሪ ዓንኬል ለውጥታት ኣገልጊሉስ ኣብቂዑ'ዩ' ዝብሉ ዘሎዉ ይመስሉ። 'ሕልሚ ብርሃን ለውጥታት ኣብቂዑ' ዝብሉ'ውን ኣይተሳእኑን። 'ደጊም ኣይንመነ

ኣይንሕለም’ ዝብሉ’ውን ኣሎዉ። እቶም ዓንኬል ለውጥታት ደው ዝበለ ዝመስሎም ድማ ፍልስፍና የድሊ ኢሎም ኣይገመቱን። ሕጂ ሓቂ ሓበሬታ፡ ሓበሬታ ድማ ሓቂ ኢዩ። ሓቂን ጽባቐን ወይ ሓቂን ሕያውነትን ሓደ ምኳኖም ምግንዛብ ተሪፉ። ሓቂ ምስቲ ዓቢ ሓቂ ምዝማድ ነውሪ ኰይኑ ኣሎ። ጋዜጣን መጽሓፍ ታሪኽን ገጽ ንገጽ ኣይርኣኣዩን ኢዮም። መጽሓፍ ታሪኽ ሓበሬታ ጋዜጣ ክቕለብ ኣይክእልን። ጋዜጣ ምስ ታሪኽ ዝነበሮ ዝምድና ሓኺኹ ደርብዩ ሓርነቱ ኣዊጁ። ጋዜጣ ወልፊ ሓበሬታ ዘርዊ ግዜያዊ ፈውሲ ጥራይ ኰይኑ ተሪፉ። ተስፋና ካብ ስነ-ጥበብ ኢዩ። ካብ ከማኻ ዝመስሉ ናይ ፈጠራ ጸሓፍቲ፣ ማለት ስነ-ጥበብ ልዕሊ ፍልስፍና ምኳኑ ዝኣምኑ እንተልዮም። ካብኡ ንንየው ድማ እምነት መወዳእታ ዝብሉ እንተ ኰይኖም...” እናበለ ነቲ ዝዝርዝሮ ዝነበረ ሰንሰለት ሓሳባት ይኣክል ኢሉ ግዲ ኰይኑስ ኣቋሪጹዎ።

ከምዚ ዝበለ ወግዒ ክቋረጸኒ ኣይደለኹን። ብዓንተቡኡ’ውን ኣብ ኣስመራ ተረካቢ ኣይኰነን። ኣብዚ ድሕሪ ኲናት ንብሎ ዘሎና ግዜ ሓያሎ ሰባት ንዕላዊ ወግዒ ወይ ንፍልስፍና ዝበቅዕ ዓቕሚ ከም ዘይብሎም ብግሉጽ ዘመስከሩሉ እዋን ኢዩ። ዝነበራኦም ደቀቕቲ ፍልጠታትን ክእለታትን ገይሮም ነተን ዝርኣየኦም ንእሽቶ ሓቅታት ኣብ ምጭልላፍ ኣትዮም። ስንቂ ሓቆም ከኣ ቀልጢፎም ወዲኦም። ምስ ዓቢ ሓቂ ከዛምዱ ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮም ዝወቕዓ ይውቅዓ ግዲ ኢሎምስ ብዘይ ንጹር ጨመተ ነተን ኣብ ሓደ ኢዶም ዝጨበጡወን ሒደት ጸጸር ሓቂ ዝመሰልኦም ናብ ዝገጠሞም መኣዝን ደርብዮመን። ኣብ መጽሓፍ ኣወሃሂዶም ከይምዝግቡወን ክእለቶም ኣየሰንዮምምን። ሓቂ ምጽላም ሓይሊ ይፈጥር ኢዩ ዝብል ሕማም ተመሓላሊፉዎም ከይከውን እሰግእ። ቀንዲ ጉድለቶም ግን ናይ ምምሃዝ ክእለቶም ድሩት ምኳኑ ኢዩ። ሓደ መሳርሕተይ ከም ዝበሎ፡ “ካብ ለቖታ ግጉይ ስርዓተ-ትምህርቲ ገዛእቲ ዝወደቐ እሱራት ስለ ዝኾኑ ቀንዲ ድኽመቶም ፍልስፍና ስነ-ጥበብ ዘይምፍላጦም ኢዩ።”

ሃንደበታዊ ኲናትን ዝገደፎ ጽልዋ፡ በሰላ ውግእ፡ ግፍዒን መኸተን፡ ሓደ ልቢ፡ እንታይ ንበሎ ንዝሃደመ? ህድማ’ዶ ወራር? ግጉይ ምሕደራ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ረጽሚ ራኢ፡ ዘይቃዶ እምነታት፡ ብህረራ ሃገራት፡ ውግእን ስነ-ቁጠባን፡ ውግእን ፍቕሪን፡ ኢድ ገዛእቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኲናታዊ ቁጠባ፡ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት፡ መሕበርቲ ጽልኢ፡ ዓበይቲን መሻረውቲን፡ ወዘተ. ብዝብል ኣርእስቲ

ንምምርማርን ንምጽሓፍን ዝቀራረቡ ግዱሳት ኣሎዉ ይብሃል። ባዕለይ ዝፈልጠምʼኳ ሒደት ኢዮም። ቀንዲ በዓል መሓመድ እድሪስን ብጾቱን ክኾኑ ኢዮም። ሱሌማንን ባህታን እንተኾኑʼውን ኩናት ስነ-ኣእሙሮ ኣንጻር ፍቕሪ ኢሎም ዝምርምሩዎ ምስ ሓድሽ ታሪኽ ኤርትራ ዝዛመድ ይመስለኒ። ካብ ደረጃ ዘረባ ሓሊፉ ናብ ሕትመት ዝበቕዐ ግን ኣይገጠመንን። መን ኢዶም ኣሲሩዎም ኢልካ ምላሽ ዝህብ ግን የለን።

* * *

ሱሌማንን ባህታን ኣብ ድርሳነ-ፈጠራኻ ንኽጽንበር ኣቕልበሉ ስለ ዝበሉኒ ደኣʼምበር ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ስራሐይ ኢለ ኣይሓዝኩዎን። ዕላማ ስራሐይ ገይረ ድማ ኣይእብዶን። ኣብ ፈጠራዊ ድርሰተይ እንተሃለወ ከኣ ምስ ካልኦት ፍጻመታት ብዘይ ሓሰብኩዎ ኣጋጣሚ ዝተለከመ ኢዩ ዝኸውን። ፈጠራዊት ድርሳነይ ምስ ዘሎ ሓበሬታታት ጸኒሓ ናብ ዘየሎ ክትዕንዘርን ተሃንዲዳ ክተውዕልን፣ ከምኡ ኢላ ሽንኮለል እናበለት ክትዝምቢ ይዓርባ። ኩዳ እለሽኣ ሾኾርተት ኢሉ ኣብ ደረጃን ግዜን ምውዓል መዓስ ከም ዘብጽሓ ክንበ ኣይክኣልኩን። ካብ ውሽጠይ ተበጊሰ ኣጋውላ ህርመት ከበሮ ልቢ ኤርትራውያን ካብ ምድማጽ እየ ሓቅታት ክእክብ ዝደሊ። ክባረኹ እንከሎዉ ካብቲ በረኸቶም ንኽረክብ ምስ ኣማልኽቶም ከዋግዑ እንከሎዉ ኩሉ ግዜ እዝነይ እጸሉ።

ናይ መጽሓፈይ ሓቅታታ ናይ ውሽጢ ኢዩ። ጋዜጣዊ ሓቅታት ምስቲ ክፈጥሮ ዝጽዕር ዘሎኹ ዛንታ ኣይተወሃሃደለይን። ሓያሎ ካብቶም ዝጽሕፉʼውን ኰነ-ተገብረ እምበር ፍልስፍናዊ ጥልቀት ዘይብሎም ምኺኖም ተረዲኡኒ። ካብ ውህደት ሓቅታት ዝባሕተወ ሓበሬታ ካብ መንበረ መጎሱ ነጺሎም ምስ ዘይመኻይዱ ሓበሬታታት ናብ ስደት ይዳርጉዎ። ስለ ዝኾነ፡ ምስ ስራሓት ፈጠራ መጽሓፈይ ኣይሳነን። ኣነ ዝኣምኖ ስነ-ጥበባዊ ሓቂ ንስምዒትʼውን የምልኽ ኢዩ። ባህጊ፡ ሕልሚ፡ ፍቕሪ፡ ጸሎትን ምህለላን ኤርትራውያን ንዓይ ንብዓት ሓቂ ኢዩ።

ብኻልእ ድማ ኣሰር ኲናት ናበይ ወሲዱ ናበይ የብጽሕ ከይመርመሩ፡ እቲ ኲናት እንታይ ዓይነት ጽልዋ ገይሩ ዝብል ሕቶ ከይመለሱ፡ ናብ ሓበሬታዊ ጽሑፍ ዝተጓየዩ ንኣሽሓት ሓቅታት ከየስተውዓሉሎም ሓሊፎም ይኾኑ እየ ዝብል። ሓቂ ይኹን ግምት ምላሽ ኣብ ምሃብ እምብዛ ቀልጢፎም ዝብሃሉ

ጸሓፍቲ ሓበሬታታት ብኹናት ስነ-ኣእሙራዊ ውግእ ዝደመዩ ክኾኑ ኣሎዎም ኢሎም ዝኣምኑ ብዙሓት ኣሎዉ።

መጽሓፈይ ንምህብታም ዘድልየኒ ሓበሬታታት ብዙሕ ኢዩ። ንምርካቡ ግን ቀሊል ኣይኰነን። ውሽጡ'ኳ እንተ ደለኹ ግዳሙ ጥራይ በዚሑኒ። ህርመት ጽሙው ልቢ ከይሰምዕ ጫውጫው በዚሑ። ግዳስ እንታይከ ኣሃዊኹኒ እየ ዝብል። ሓቂ ኣበይ ከይሕባእ? ሓቀኛ ጽባቐ ዘተንፍስ መጽሓፍ፡ ፊልም፡ ስእሊ፡ ወዘተ. እንድሕሪ ተቐልቂሉ ብርሃኑ ንምጕልባብ ዘኽእል ሓሶት የለን። ርቱዕን ብቑዕን ምህርቲ ስነ-ጥበብ ኣለልዩኒ ኣይብል፡ ዘላልዮ ድማ ኣይደሊ። ሓይሊ ሓቂ ጽባቐ ኢዩ - ከም ፈጣሪ ዝምለኽ ጽባቐ።

መሓመድ እድሪስ፡ ኩሉ ግዜ፡ ብምላሽይ እኳ እንተ ዘይዓገበ ሕጕስ ምኻኑ ኢዩ ዝገልጸለይ። ከምኡ ምባል ስለ ዝሕሾ ይኸውን። ናሕሲ ዘይብሉ ዘተ ኣብ ኩሉ ኣይርከብን። ጥልቀት ዘሎዎ ምይይጥ ንምክያድ ግድን መጻምዲን መዋፍርቲን የድሊ። ኣብዚ ሎሚ እዋናት ፈጠራዊ ወግዒ ክትረክብ ንጋዳ ኢዩ ክብሃል ይክኣል።

ሓደ መዓልቲ ቀለምቀመሳት ዘዘውትሩወን ዘረባታት ብዝሐንን ትሕዝቶአንን ዘጽንዐ መንእሰይ ገጢሙኒ። ከምኡ'ውን ሓደ ደራሲ ተዋስኦ ስራሑይ ኢሉ ሓንቲ መስሓቄን ተዋስኦ የቕርብ ከም ዝነበረ ገሊጹለይ። እታ ተዋስኦ ግን ኣብ መድረኽ ኣይበጽሐትን። እቲ መንእሰይ ብዝገበሮ ዳህሳስ እናተገረመ፡ "ብዙሓት ካብቶም ህይወት መስዩዎም ንመደቀሲ ዓራርቦ ሸበድበድ ህይወቶም ከስግሉ ካብ ዝምነዩ፡ ኣብዚ ይጽንሑ ካብ ወጻኢ ይምጽኡ ዘየግድስ ዘንቁሕዎ ሓድሽ ዓይኒ ዘሎዎም ኣይመስሉን። ኣዒንቶም ንሕሉፍን ንድሕሪትን ዝጥምተኦ ዝዓዝዝ ይመስል። ንሓደሽቲ ኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዘርኢ ዓይኒ የብሎምን። ናብ ቀደም ተመሊሶም ነቲ ከይተረድኦም ዝሓለፉዎ ናይ ገዛእቶም ዝነበሩ ስነ-ጥበብ ዝመስሎም እዋን ይዝክሩ። ኤርትራዊ መጽሓፍቲ ክደርሱ ዝተቐረቡ ኣይመስሉንን። ጸሓፍቲ ኣይኰኑን። ኣቐድም ኣቢሎም ናብራ ከርተት ህይወቶም ኣብ መዝገብ ዓቂቦም ናብ መጽሓፍ ከስፍሩ ዝጸንሑ ኣይኰኑን። መደርቲ ትንቢታት ኣይመስሉን። ናይ ሓቂ ተዋጋእቲ ድማ ኣይኰኑን። ከም ውግእ ሓቂ ዝጽልኦምን ዘፍርሖምን ነገር የብሎምን፡" ኢሉኒ።

ደረስቲ ብሓፈሻ፡ ደረስቲ ተዋስኦ ድማ ብፍላይ ነዚ ሕጂ ዝዕንድር ዘሎ ኣዘራርባ፡ ወግዒ፡ ምይይጥ፡ ዘተ፡ ክትዕ፡ ክጥቀሙሉ

ዘዘኻኽሩ ግዱሳት ኤርትራውያን ኣይተሳእኑን። ሰማዒት እዝኒ ዝረኸቡ ግን ኣይመስሉን። እቲ ቁንጣሮ ዛዕባ ኣይሰሰነን፡ ጥልቀት ዘተ ኣይወሸጠን፡ ቅዲ ክትዕ ኣይቀየረን፡ እዚ ይገበር ዝብል ወገን ድማ ኣይተረኽበን። ነዚ ብምጽናዕ ጥራይ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገር ካብ ምፍላጥ ኢልካ ከኣ ንኻልእ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ግስጋሰ ንምንጻር ምተኻእለ ዝብሉ ወገናት ኣሎዉ። ከም ፈኸራኦም ኣጽኒዖም ከቕርቡልና ንጽበዮም። እንተ ክኢሎም መጽሓፍቲ ኣሕቲሞም እንተ ዝዝርጉሕልና መመስገናዮም።

* * *

ሓደ ካብቲ ምቁር ቀለብ ናይ ፈጠራ ደራሲ ወግዒ ኢዩ። ልዙብ ወግዒ! ኣብቲ ዝበጽሖ ጸምጸም ገማግም ፈጠራ ንበይኑ ክቕመጥ ኣይብህግን። መዛርብቲ ሰብ ይደሊ። ኣብቲ ወሪዱ ዝጠልቆ መዓሙቕ ህልውና ነዊሕ ከይጸንሕ፡ መዋግዕቲ ዝኹኑዎ ብጾት ይእልሽ። ኣብቲ መንጎ ፈጣሪን ተፈጢሮም ፈጠርቲ ዝኹኑ ጠባያት መጽሓፍቲን ዝልዓል ክትዕ ህያው ሰብ ክዳንዮ ይምነ። ሰብ ግን ተረካቢ ኣይኰነን። ምስ ሓሳባትካ ናብ ኣየር ዝቕየር፡ ምስ ሕልሚኻ ሃገር ደቂ-ሕድርቲና በጺሑ ዝምለስ፡ ምስ ዕብዳን ፍልስፍናኻ ጥራሑ ወጺኡ ዝልህ ሰብ ተረካቢ ኣይኰነን። እቲ ጸሓፊ ሕሱም ጽምዋ ንኽቕበል ድሉዊ ክኸውን ኣሎዎ ደኣ'ምበር ምሳኻ ናብ ሓቂ ዝጸድፍ ሰብስ ተረካቢ ኣይኰነን። ኣብዚ ሃገር ዝጐንፈካ ሰብ፡ ካብቲ ይምጻእ ኣብዚ ይጽናሕ፡ ደኺሙዎ ከዕርፍ ኢሉ ዝመጽእ መሲሉ ይስመዓካ። እቲ ዘይቅድው ናይ ቀደም ግዝኣት ዘስዓቦ ትኻስ ሕልናዊ ማህዙ ዘፈንከዎ ይመስል። "ሕጂ ያኢ ክዕረፈለይ! ክኸብረለይ! ክጥረየለይ!" ኢሉኒ እቲ መንእሰይ።

ኣብ መንእሰያት'ውን ኩሉ ኣይጸበቐን እናበለ ዘዋግዓኒ ዓርከይ ኣገሪሙኒ። "ስማዕ'ሞ" እናበለ'ዩ ኣዕሊሉኒ። "ሓደ ናይ ፈጠራ ጸሓፊን ገጣሚን ምስ ካብኡ ብዕድመ ትንእስ ጓል ተዓራሪኹ ንጉዕዞ እለሻ ጽባቐን ሓቂን ከተሰንዮ ተመንዩ። ጓል፡ ስነ-ጥበበኛ ንምኳን ዘብቅዕ ብሩህ ሓለፋታት ስለ ዝርኣየላ፡ ሓቂን ጽባቐን ንምርካብ ዘኽእል ሃብቲ ተመክሮታቱ ብፍቕሪ ስነ-ጥበብ ኣብ መገዲ ዕላማኣ ኣንቢሩላ። ንሳ'ውን ብወገን ዓለማ ከምኡ እናፈጠረት ፍረ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ከተወፊ ኣዝዩ ብሂጉ። ክልቲኦም ኣብ መድረኽ እለሻ ሓቂ ምስ በጽሑ መገዲ ክተሓባበሩ እንከሎዉ ይርኣዩ። ብደላይ ጽባቐ ሓሳቡ ንዓለም ብስነ-ጥበባዊ ቋንቋ ክስንጥቑዋ እንከሎዉን ብድኽመቶም ክስሕቁን ይሓልም። እንተኹነ ነቲ ጽንኩር መገዲ

ዘድሊ እምነት ኣይነበረን። እታ ጓል መሰረት ተደላይነታ ብንጹር ኣይተረድኣን። ብግዙፍ ምልክታት ጾታዊ መንነታ ዘይኰነስ ብረቂቕ ሕልማን ርሑቕ ትምኒታን ትድለ ኣይመሰላን። ነቲ ተፈጥራኣዊ ንስነታ ዘይንቡር ዋጋ ሓቲታትሉ። ከምቲ ልግሱ ኣይለገሰትን። ከምቲ ፍቕሩ ኣየፍቀረትን። 'ዓስቢኻ ካብ ጽላሎት ንእስነተይ ኣይሓልፍን ኢዩ። ብዋጋ ሽዊት ንእስነተይ ኢኻ መገዲ ስነ-ጥበብ ክትሕብረለይ ዝደለኻ። ደሞዝ ሓጢኣትካ ተኸፊልካ ኢኻ። ዓስቢ ከንቱነትካ ከምቲ ንስኻ ዝተመነኻዮ ዘይኰነስ ኣነ ዝሰላዕኩዎ ቍራስ ደርቢየልካ' ኢላቶ። እቲ ጸሓፊ መዘና ወግዑ ስኢኑ። ብግርህነት ንጹህ ዕሽነቱ እታ ጓል ምስኡ ክትጽለል ትኽእል መሲሉዎ ነይሩ። ምስኡ ዓቢዳ 'ዓዲ ዝበለ ይበል' ትብል መሲሉዎ ነይሩ። ከምኡ ክትፈርስን ክትህደስን ዝተቐረበት መሲሉዎ። ከምኡ ኣረጊት ጨርቅታት ንኽትድርቢ ዝመሓለት መሲሉዎ። ከምኡ ብጽላለ ጽባቖ ናብ ሞት ተሓንቢባ ንምትንሳእ ዝተዓጥቀት መሲሉዎ። ግዜ ፈላስፋዊ ሃረርታ ከም ዘብቅዐ ኣይፈለጠን፡" ኢሉ ተሰናቢቱኒ።

መዘና ወግዒ ዘይርከበሉ ወቕቲ ከም ዝበጻሕና ብዙሓት ኣስተውዒሎምሉ። ጽሩይ ወግዒ የለን። እንካ-ሃባ ዝብል ምልልስ ዘረባ ተነዚሑ። ኩሉ ንዕዳጋ ከውርዶ ዝሓሰበ ኣቕሓ ኣንጠልጢሉ ብዘይ ንቡር ተሃዋኺ ክዕዘር እንከሎ ይርኣየኒ። መልክዐይ፡ ፍልጠተይ፡ ጉልበተይ፡ ፍሽኽታይ፡ ሓሶተይ ክንደይ የውጽእ ዝብል በዚሑ። እታ መንእሰይ ጓል ምስቲ ጸሓፊ ዘሎዋ ዝምድና ብወግዓዊ መነጽር ምርኣያ ከገርም ኣይምተገብአን። ከም ሰባ ንምኻን ኢያ ፈቲና። ዘይሸየጥን ዘይዕደግን ክብሪ ኣይገጠማን። ክንደይ ክትብሃልን ክንደይ ክትብልን ሽዊት ዕድመኣ ኣሕሊፋቶ። ዓለም እንታይ ሂብካ እንታይ ክትብል እንከላ ኢያ ትፈልጣ። ብስልጣኖም ወይ ብሃብቶም ተመኪሖም ንኽብሪ ሰብኣዊ ንጽህናኣ ክዋገዩ ዝሃቀኑ ገጢሞማ ይኹኑ። መንእሰያት ፍልጠት ወይ ስነ-ጥበብ ንምህዳን ዝወፍርሉ ዱር ኣይርኣየትን። ብስነ-ጥበብ ዝኣክል ከፋቐሩ ወይ ክጸልኡ እንከሎዉ ኣይገጠማን። ተፈጥሮኣዊ ውህበታ ብልዛይ ህርፋኖም ፈቲሾም ንዕለታዊ ባህታኦም ክምነዩዋ ጥራሕ ተዓዚባ።

ንጽሩይ ወግዒ ረማዕ ንበል ዝብል ብቐሊል ስለ ዘይርከብ መሓመድ እድሪስ ዝፈተዎን ዘይፈተዎን ዘረባይ ብጸጋ ኢዩ ዝቕበሎ። ኣነ'ውን ከምኡ ዝኣመሰሉ ሒደት ሰባት እንተ ዘይረክብ እንታይ ምኾንኩ ኢለ ክግምት ኣይክእልን።

ንመሓመድ እድሪስ ከም ዝዕዘቦ ንሱ'ውን ከም ዝነገረኒ ጽምዋ ኢዩ በዚሑዎ። ሓደ ግዜ ከም ዝበሎ፡ "ጸሓፋይ ታሪኽ ዝጐነፎ ሓቅታት ወይ ሓበሬታታት ግሒጡ ኣይእክብን ኢዩ። ንመርትየ ታሪኽ ዝዕቀብን ዘይዕቀብን ሓቂ ዘጻሪ ብኹሉ ቅቡል ዝኾነ መንፈት ስለ ዘየለ ንምጽራይ ወግዒ መድለየኒ፡ ንርእሰ-ተኣማንነት ኣኼባታት ጸሓፍቲ ታሪኽ'ውን ምሓገዘኒ። ናተይ መጽሓፍ ኣነ ከም ዝምነዮ ኲይኑ እንተ ቀሪቡ ዝኾነ ኣባል ሕብረተሰብ ታሪኻዊ ጒዕዞ ሃገር ክፈልጥ ኢዩ። ናበይ ይኸይድ ከም ዘሎ፡ ኣበይ በጺሑ ከም ዘሎ፡ በየን ይጒዓዝ ከም ዘሎ እንድሕሪ ተረዲኡ ብዙሕ ነገራት ክስተውዕል ኢዩ። ኣመራርሓ ህይወቱ ምስቲ ዕላማ ታሪኻዊ ጒዕዞ እናወሃሃደ ክስለፍ ኢዩ።"

እንታይ ሓሲቡ ዘረባ ከም ዘቋረጸ ኣይፈለጥኩን። ምንጪ ፍሽኽታኡ'ውን ኣይገመትኩን። እናሰሓቕ፡ "ስማዕሞ! ጐደና ታሪኽ ዘይምፍላጥ'ኮ ጽቡቕ ኣይኰነን። ጐደና ታሪኽ ዝጠፍኦ ሰብ'ኮ ብዙሕ ኢዩ። እቲ በዓል ባህታን ሱሌማንን ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ዝብሉዎ ተወርዊሩ ናብዞም ታሪኽ ዝጠፍኦም ሰባት ኢዩ ዝሽከል። መርዛም ኲናት ስለ ዝኾነ ከኣ ንሕሰያ የብሉን። ዓይኖም ከም ዘይኣምኑ ገይሩ ኢዩ ዝዕዝሞም። ብኣና፡ ብጸሓፍቲ ታሪኽ፡ ጥራሕ ዝእለ ስራሕ ኣይኰነን። ግደ ፈጠራዊ ደረስቲ ካብ ኩሉ ዓዚዙ ይርኣየኒ። ምኽንያቱ፡ ሕብረተሰብ የሐንቅቐኩም ኢዩ። ዝጽሓፍኩሞ ከይሓየኸ ኢዩ ዝውሕጥ፡" ምስ በለኒ ቁሩብ ክኹሪ ደልየ ነይረ። እንታይ ዝረኽብና መሲሉዎ ኢዩ ዝኸውን እናበልኩ ተገሪመ።

"ስማዕ መሓመድ እድሪስ፡ ንዓና ዘሐንቅቐና የለን። ክንደይ ቆሲልና ክንደይ ሓሚምና እኹል ኣቓልቦ ሕብረተሰብ ዝረኸብና ኣይመስለንን። ዓይኖም ናባና ዘየውደቑ ብዙሓት ኢዮም። ኣየኖት ጠበቓታት፡ ሓካይም፡ መሃንድሳት፡ መማህራን ወይ ነጋዶ ናባና ክጽግዑ ወይ ክርድኡና ርኢኻ ትፈልጥ? ሰኣን ኣፍልጦኦም ውራይና ኣይገብሩን ኢዮም። ስራሓት ፈጠራ ብገዛእቲ መንፈሶም ጥራሕ ዘካየዱ ይመስሎም። ናይ መንፈስ ገዛእቶም ስነ-ጥበብ ንምርዳእ ዘኽእል ፍልጠት ኣይለገሱሎምን። ተስፋና ናብቶም ብኣታቶም ዘይተበከሉ መንእሰያት ኢዩ። ውራይና ክገብሩ ዝጽዕሩ ሒደት ሓቦ ዘሎዎም ኢዮም። ርግጽ ሒደት ናብ ፈጠራዊ ድርሰት ዘተኮረ ቆላሕታን ባህግን ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ ጥሜት'ውን ኣሎ። ፈጠራዊ ድርሰት መዘናግዒ ምዃኑ'ውን ኣይትረስዕ። ገለ ዝሕብሕቡ

እንተ ረኺብና ከኣ ካብ ኣቀራርባና ኢዩ። ንስኻትኩም ግን ኣቀራርባ የብልኩምን። ዘልኣለም ኣብ መጽናዕቲ ኢኹም። ንመን ዝጸሓፍኩሞ ኣልዩ? እንታይ ጽሒፍኩም? ድምጺ ዝጽበዩኹም ዘሎዉ ተመሃሮን መማህራንን እኳ ክትሰምዑ ዘይከኣልኩም? እተን ጽሒፍና ትብሉወን ድማ ንመዓርግ ትምህርቲኹም መሞገሲ ኢልኩም ንባዕዳውያን ትካላት ትምህርቲ ኣወፊኹመን ዝመጻእኩም እንደኣለን! ነዚ ህዝቢ ኢልኩም ናብ ዕዳጋኡ ዘውረድኩምሉ ናይ ጥንቲ ይኹን ናይ ሕጂ ታሪኻዊ መጽሓፍቲ ክንደይ ይኸውን? ህዝቢ ምስ ፍትሒ ክዛመድ ኢሉ ዝጸሓፈ ጠበቓ'ዶ ኣሎ?” ኢለ ክምልሰሉ እንከሎኹ ሕርቃነይ ውሒጠዮ ነይረ።

* * *

ብማዕዶ ኣዛሚት ናባና ኣቢላ ክትስጉም ርእየያ። ንኽልተና ኢያ ትፈልጥ። ንዓይ ኣብዚ ንዕኡ ድማ ኣብ ሜዳ ቃልሲ ሓርነት። መምህራ እውን ነይሩ። እዛ ብዙሕ ነዘውትራ ዘሎና እንዳ ቡን ልምድቲ መተኣኻኸቢት መሓዙት ክትከውን ጀሚራ። ካብ ማእከል ከተማ ቁሩብ ፍንትት ኢላ ንምብራኽ ኣስመራ ገጻ ኣሳፊሓ፡ መእተዊኣ ዝዘርግሐት ገዛ ኢያ። ዋናኣ ትብለጽ ዝብሃላ ዓባይ ሰበይቲ ኢየን። ኣብ ውሽጢን ኣብ ኣፍደገን እኹል መዋግዒ ዝኸውን ቦታ ኣሎዋ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብቲ ቆጥቋጥ ናይ ቀደም ዕንባባ ዝተዘርግሐ ናይ ሓጺን መናብርን ጠረጴዛታትን ኢና እነዕርፍ። ቍሪ ኣስመራ ክጣባሕ እንተ ጀሚሩ ግን ናብ ውሽጢ ኣቲና ንዕቆብ።

ኣዛሚት፡ ኣሰንጉማ ከምዘን ኣበሰርቲ ሓድሽ ቅዲ ክዳን ገይራ፡ ጻሕ ንዝበለ ውጡር ርሕቀት መገዲ ከም ማይ ኢያ ትሰትዮ። መን ይእለሞ መን ይቕደዶ ከይተባህለ ዝኹነ ዓይነት ኣልባሳት ምስ ዝባና ዘይላዘብ ኣይርኣኹን። እቶም ኣልባሳት ድማ ምስ ኣካላታ ተቓድዮም ንዝገበረቶ ምንቅስቓስ ተወሳኺ ሓይሊን ቅርጺ ፍቓድን ይህቡዋ። ካብ ኔው ናባና ከተብል እንከላ ከም ዘስተባሃልኩላ ሓይሊ ስሕበት ምድሪ ይቃለሳ ኣይነበረን። ከም ንምንፋር ኣንቂዳ፡ መሬት ገዲፋ ኣብ ኣየር ትንሳፈፍ ዘላ ቆቓሕ፡ ነቲ ርሑቕ ዝመሰለኒ መገዲ ውሒጣ እንታይ ሻቡኣ ናብ መኣዲ ጠረጴዛና ከም ዝበጽሐት ኣይተረድኣንን። ሰቐጥቀጥ ሕንባበኣ ካብ ርሑቕ ተዓዚበ ኣይጸገብኩዎን። ሓንሳብ ከየቋረጸ ከምኡ እንተ ዝቕጽል ምፈተኹ። ኣዝያ ምስ ቀረበት ከም ዘላ ናብ ዓባይ ፍሽኽታ ተቐዪራ። ጸናጽል ድምጻ'ውን ናብ ኣእዛንና ኣትዮም

ሕንቲኸቲኸ እናበሉ ኣሰራሲሮምና። ጸሓፍቲን ስራሖምን ከኣ ንመጻወድያ ዘረባና ፈንጺጎም ናብ ንፋስ ሃፊፎም። ንሕና'ውን ሩፍ ኢልና ህይወት ኣተንፊስና።

ኣዛሚት ኮፍ ምስ በለት ወግዒ ተቐይሩ። መምጽኢኣ ክግምት እንተ ዘይኰይነ ብርግጽ ኣይፈለጥኩዎን። ነዛ ክንራኸበላ ጀሚርና ዘሎና እንዳ ቡን ካብ ትፈልጣ ሓጺር ግዜ ኣይኰነን። ንሓንሳብ ገለ ክትሓስብ እንከላ መዛርብቲ ዝኸውን ሰብ ደልያ ናብዚ ትመጽእ ከም ዝነበረት ነጊራትኒ ነይራ። ዓይነይ ይኹን እንድዒ፡ መሓመድ እድሪስ ዝተሰከፈ መሲሉ ተራእዩኒ። ንኣብነት ተወሳኺ ቡን ኣይኣዘዘን፡ ኣነ'ውን ዝእዝዞ ስኢነ። ኣዛሚት ግን ዝሑል ማዕድናዊ ማይ ደንጎሎ ጠሊባ ጣምጣም እናበለት ብሓንሳብ ኣፋሪቓቶ። ሓድሽ ወግዒ ንምብራኽ ከምኡ ኢላ ድማ ንሕና ዘይከፈትናዮ ማዕጾ ወግዒ ንኽትከፍት ዕድል ንኣዛሚት ሂብናያ። ኩሉ ስልጣን ንዓኣ ሓዲግናላ። ናትና ናይ ወግዒ መኣዲ ምውዳእ'ኳ እንተ ዘይከኣልና እንታይ ይፍለጥ ገለስ ተላዒሉዎ ይኸውን ግዲ? ኣብ መኣዲ ዘተ ንዝቐረቡ ዛዕባታት ኢድ ምልስ ኣቢልና እምበር ንዕኦም ዝቐበል ሸውሃት ይኹን ከብዲ ከም ዘይብልና ኣይጠፍኣናን። ንምሉእ ሃገር ዝቐረበ መኣዲ ብኸልተ ሰባት ክልዓል ኣይሕሰብን። እንተኾነ፡ ምስ መሓመድ እድሪስ ብወግዒ ዘሕለፍኩወን ሰዓታት ቀለብ ከም ዝኾናኒ ኣይሰሓትኩን። እንታይ ከም ዝኾነ ኣብ መወዳእታ ድኻም ተሰሚዑኒ። ኣብ ገጽ ኣዛሚት ግን ዘይከማይን መሓመድ እድሪስን ውዕዉዕ ህይወት ይርአ ነይሩ። ብልበይ ከኣ የጸብቆ ኢለ።

-5-

ገሊኦም ድማ ተቓሊሶም ዝዓቀቡዎ እምነት ብመንኮርኮር ሓይልታቱ ናብ ዝልዓለ እምነት ንምብጻሕ ቃልሶም ክንዲ ዝቕጽሉስ ደረት ዘብጽሑ መሲሉዎም ካልእ እምነት ናብ ምንዳይ ይኣትዉ።

ኣዛሚት ብ1991 ሰለስተ ሰሙን ድሕሪ ዕለት ናጻነት ፍርቂ ለይቲ ናብ ገዛይ መጺኣ። ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ተራኺብና ማለት ኢዩ። ምሳይ ሰለስተ ዓመታት ከም ሓደ መዓልቲ ምስ ተቐመጠት ንከረን ከይዳ፡ ሰለስተ ዓመት ኣብኡ ተናቢራ ናባይ ተመሊሳ። ክሳዕ 1997 ኣብ ገዛይ ምስ ጸንሐት ብ1998 ምስ ተሰለፈት ብወርሒ ታሕሳስ 2000 ናባይ ተመሊሳ። ጓላ ጓል 11 ዓመት ኰይና ጸኒሓታ። ከምታ ቀደም ብጥይት ተወጊኣታ ናብ ጽብቕቲ ብሮት ተቐይራትላ ዘላ በሰላ ሕንፋጦ ጥይት፡ ሕጂ ድማ ልክዕ ክንድኣ ትኸውን ኣብታ ካልኣይቲ ሰለፉ ከም ሽልማት ተሓንፊጣ ተመሊሳ። ተወቂጣ ምባል ይሓይሽ ይኸውን። ክልተኣን ሕንፋጦ ሕብረንን መጠነንን ይኹን ሰለፋዊ መነባብሮኣን ኣዝዩ ተመሳሳሊ ምኳኑ ገሪሙኒ። መሓውር ኣዛሚት ንበይኑ ኢዩ። ውጽኢት ረቂቕ ስነ-ጽርበት መሲሉ ይስመዓካ። እተን በሰላዊ ምልክታት ካብ ብርካ ስድሪን ፈረቓን ንላዕሊ ኢየን ሰፊረን። ደይ-መደይ ኢልካ ዝተኻሕላን ዝተሳእላን ነጥበ-ጽባቐ ወይ ብሮት ድማ ኰይነን። ባህ ዘብል ብሮት ኣደይ-ማርያም ክትፈቱ እንከላ ዝርከብ ውህብቶ ክኸውን እንከሎ፡ ግሩም ውቃጦ ድማ ብኽኢላታት ሰብ ሞያ ዝሕንጸጽ ማህተመ-ጽባቐ ኢዩ። ሕልሚ ዘብዝሑ ስነ-ጥበበኛታት ነዚ ክስተት'ዚ እንተ ዝፈልጡ ኣዛሚት ኣብ መንጎ ዘይሞቱ ኣማልኽቲን መወትቲ ሰባትን ብዝተገብረ መውስቦ ዝተወለደት ኢያ ምበሉ።

ከምዚ ሓደ ኤርትራዊ ባሕታዊ ገዳም ዝበሎ፡ “ንፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ብሮትን ውቃጦን ኣሎዎ። ብሮት ካብ ኣምላኽ ውቃጦ ካብ ሰብ ኢዩ ተዋሂቡዎ። ብሮትን ውቃጦን ከለሊ ዘይክእል

እንተልዩ ብዘይ ንሕስያ ኩነኔኡ ክቕበል ኢዩ።" ትርጉሙ ንገሊኦም ዘከራኽር'ኳ እንተኾነ ብናይ ብዙሓት መረዳእታ እንድሕሪ ተራእዩ፡ ኤርትራውያን ልዑልን ትሑትን ነገር ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም ብምባል ይዓጽዉዎ። ኤርትራውያን ረቒቕ ፍልልይ ከስተውዕሉ ኣይክእሉን ኢዮም ዝበሉ'ውን ኣሎዉ። ነዚ ክትዕ ክጥቀሙሉ ዝደለዩ ጸላእቲ ድማ ብግሩሃት ኤርትራውያን ገይሮም ዝኾነን ዘይኮነን ትርጉም ክህቡዎ ላሕ ይብሉ። በዚ ትርጉም ኩሉ ዓጊቡ ማለት ግን ኣይኮነን።

ናይ ብሮትን ውቃጦን ትርጉም ንምንጻር ዝግበር መጽናዕቲ ከም ዘሎ እሰምዕ፣ እንተኾነ፡ ክሳዕ ሕጂ ውጽኢቱ ገና ኣይበርሃለይን። ብተወሳኺ ናይ ኣዛሚት ፍልይ ዝበለ መጽናዕቲ ከድልዮ ይኽውን'ዶ እብል። ኣብ ሰለፋ ብሰብ ዝተገብረ ውቃጦ ናብ ኣምላኽ ዝገበሮ ብሮት ስለ ዝተቐየረ እቲ ዝብሃል ዘሎ መጽናዕቲ ብምንታይ ክዛመዶ ከም ዝኽእል ክግምት ኣይክእልን። ኣብ ኤርትራ ብዙሕ በሰላታት ኣሎ። ገሊኡ ውቃጦ ገሊኡ ብሮት ይመስል። ምልክት ማህሰይቲ ጸላኢ ምኳኑ እናተረስዐ ናይ ውልቀ-ሰብ መለለዪ ጥራሕ ክኸውን ዘስተውዓሉ ሰብኣይ ገጢሞምኒ። ምስ ሓተትኩዎም፡ "ናይ ሓደ ምልክት ናይ ኩሉ ትርጉም ክኸውን ኢዩ ዝግባእ። ንኹልና ደኣ መን እናዞረ ክቖርሓና፡" ኢሎምኒ። እቲ ዘይርአ ውሽጣዊ ምልክት'ከ መን የስተውዕለሉ? ንሱ ከም ዝበዝሕን ከም ዘቖንዙን ይፍለጥ ኢዩ። እንታይ'ሞ ይኹን ቍስሉን በሰላኡን ዝሓብእ በዚሑ!

* * *

ሓደ ብናይ ጽሕፈቱ ሳን ጥራሕ ዝፍለጥ ኤርትራዊ ኣብዚ ቁሩብ እዋናት፡ ኣብ መጀመሪያ 2000 ዘቕረቦ ስነ-ጥበባዊ ሓተታ ብሕሉፍ ማሃዝነቱ ልበይ ወሲዱዋ። ምስ ኣንበብኩዎ ብኣካል ንኽረኽቦ ዘይፈተንኩዎ ኣይነበረን። ብበሊሕን ረቂቕን መሳርሒ ንህልውናይ እናሰንጠቐ ዝነዝሖ ዓንኬል ዝኽርታት ናብ ቀደም-ሕጂ መጻኢ ዕንክሊል ኣቢሉኒ። ኣብ ሃገር ህንዲ ይነብር ከም ዝነበረን ባዕሉ እምበር ሰብ ከም ዘይረኽቦን ተሓቢረ። ኣብቲ ዝቕመጠሉ ዓዲ ከም ባሕታዊ ነይሩ ይብሉ። እምነቱ ብትኽክል እዚ'ዩ ዝብል መረዳእታ ኣይገጠመንን። ንሱ ኢሉዎ ኢሎም ዝነገሩኒ ግን ኣብ ፈለማ ሩባታት እምነት እምበር ገና ናብ መገዲ ፍጹም እምነት ከም ዘይተሰጋገረን ኣብ መንጎ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ሰፈፍ ይብል ከም ዘሎን ተረዲኡ። ካብ ስደት ቅድሚ ናብ ናጻ ሃገሩ ምምላሱ፡

መጽናዕቱ ምስ ወድአ ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጒዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን እትብል ዓባይ መጽሓፍ ከም ዘሕትም ንሓያሎ ሰባት ኣረጋጊጹ። እቲ ኣብ ናይ ኤርትራ መጽሔት መጽናዕቲን ምርመራን ተሓቲሙ ዘንበብኩዎ ጽሑፍ ንሓዋሩ ኣብታ ዓባይ መጽሓፉ ኣገዳሲ ምዕራፈ-ሓሳባት ከም ዝሕዝ ንኣዳለውቲ መጽሔት ኣተንቢሁሎም። ጽሑፉ ነዊሕ ስለ ዝኾነ ሰለስተ ግዜ እናተኸታተለ ወጺኡ። ቅዲ ጽሑፉ ንበይኑ ኢዩ፡ ተመሳሳሊ የብሉን። ቅርጹ ይኹን ትሕዝቶኡ በዚ ዘሎናዮ ዘመን ተፈቲኑ ዝፈልጥ ኣይመስለንን። ብጥንቲ ግን ቀንዲ ገድልታት፡ ፍካሬታት፡ ማህሌታት፡ ዋዜማታት ክገጥሙዎ ዝጽዕሩ ዝነበሩ ውራይ ኢዩ። ብስደ-ንባባዊ ግጥሚ ዝተመዛዘነ ውህደት ፈጠራዊ ድርሰት ገይሩ ኢዩ ሓሳባቱ ዘንጸባርቐ። ኣብ መንጎ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ኰይኑ ነቲ ናይ መወዳእታ በሪ እምነት ንኽኸፍት ዝገብሮ ጻዕሪ ዘደንቕ ኢዩ። ዝተዓጹዎ መኽዘን ፍልጠት ብቓላት ንኽኸፍት ክሹሕኩሕ ኢሉ ዘስምዖ ድምጺ፡ ብምሒር ክእለት፡ እቲ ድምጺ ናብ ብኤርትራዊ ስሙር ህርመት ዝተዓጀበ ጥዑም ዜማ ይቕየር።

ካብቲ ጽሑፉ ንሓንሳብ ብዕምኮ ንሓንሳብ ከኣ ብቕኑጣሮ ወሲደ ንኤርትራዊ ሓቂ ከስተማቕር ጽዒረ። ብብዝሒ ቃላቱ ዘይኰነስ ብናተይ ኩላሶ ሓሳባት እቲ ጸሓፋይ ዘመሓላልፎ ኵሉ ምስ ኤርትራውያንን እምነቶምን ዝተዛመደ መሲሉኒ። ካብቲ ዝጸሓፎ እየ መዝገበ ዘሎኹ። ንሱ ከም ዝብሎ ወዲ-ሰብ ናይ ኣማልኽቱ ምስጢር ክውንን ይደሊ ኢዩ። ዋላ እቲ ምስጢር እንተ ዘይጨበጦ ከም ዝሰረቖ ወይ ከም ዝተዋህቦ ገይሩ ከቕርብ ወይ ክርአ ይሕልን። ካብ ጥንቲ ታሪኽ ወዲ-ሰብ ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ፈላስፋታት ይኹኑ ስነ-ጥበበኛታት መራሕቲ ዝተፈላለዩ ለውጥታትን ንዘምሓላለፉዎ መልእኽታት ካብ ነብሶም ዘይኰነስ ካብ ሰብ ዝልዕሉ ብሉጻት ሓይልታት ዘሕደሩሎም ምኳኑ ንኽእምኑ ዘይገብሩዎ የብሎምን። እዚ ንምግባር ኣማልኽቲ ይምህዙ፡ ንዝተፈላለዩ ኣማልኽቲ ብሓይሊ ስነ-ጥበብ ናብ ሓይሊ ቃላት ይቕይሩ፡ እቲ ቃላት ድማ ንግብሪ ሰብ ይመርሕ።

እቶም በላሕቲ ኢና ዝብሉ ደቂ-ሰብ ነቶም ዝፈጠሩዎም ኣማልኽቲ ንኽመስሉ፡ እንተ ዘይኰይኑሎም ድማ ንኽውክሉ ሓርኮት ይብሉ። ብጻዕርታቶም ኣይዕወቱን'ዮም ምባል ዕሽነት ኢዩ። ንሓንሳብ ግን እቲ ዝነደቑዎ እምነት ብቕዓት ስኢኑ ረማዕ ኢሉ ክሰባበር ይርአ። ካልኦት ጉጅለ ሓይልታት ካብ ውሽጢ ፍልስፍናኡ

ተንሲኦም ነቲ እምነት ዝቐይሩዎ፡ ጸኒሖም ከኣ ዘዕንዉዎ ኣሎዉ። ወይ ድማ ሓድሽ ተካኢ እምነት ገይሮም ነቲ ዝነበረ በዲሆም ዘህድሙ ኣይሰኣኑን። ቀደም እምነት ዘይነበረ ናብ እምነት ክቕየር ምርኣይ'ውን ኣሎ። ብርቱዕ እምነት ዝብሃል ዝነበረ ብውሽጡ ቦኽቢኹ ዘይጠፍእ ኣይኰነን። ናይ ካልኦት ደምሲስካ ናትካ እምነት ምትካእ ብብዙሓት ሓይልታት ዝዝውተር ተግባር ኢዩ። ብሓደ ወገን ኣንጻር ብርቱዓት ሓይልታት መኪቶም እምነቶም ዘጽንዑ ክህልዉ እንከሎዉ ብኻልእ ወገን ድማ ናይ እምነት ፈንካዋት፡ ብዝመጸ ኣንጻር እምነት ዝኹነ ንፋስ ዝድፍኡ ኣሎዉ። ገሊኦም ድማ ተቓሊሶም ዝዓቀቡዎ እምነት ብመንኮርኮር ሓይልታቱ ናብ ዝልዓለ እምነት ንምብጻሕ ቃልሶም ክንዲ ዝቕጽሉስ ደረት ዘብጽሑ መሲሉዎም ካልእ እምነት ናብ ምንዳይ ይኣትዉ። እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ቃልሲ እምነት ዘብቅዐ ይመስሎም። ሕሉፍ ሓሊፎም ገሊኦም ግጉያት'ሞ ንውልቃዊ ረብሓኦም ጥራሕ ከዕግቡ፡ ነቲ ዝኣምኑዎ ዝነበሩ እምነት ኣንቃዕሪሮም ክንዲ ዝጥምቱ ግዜያዊ ረብሓታት ንምእራይ ድንን ድንን ክብሉ ይርኣዩ። መትከል ዓበይቲ ትካላት ዘንጊዖም ካብ ቅኑዕ መስመር ናብ ጥውጥዋይ መሽጎራጉር ዘድህቡ እውን ኣይተሳእኑን። ንግፍሒ ምሉእ ዱር ዝርኢ ኣዒንቲ ስለ ዘይብሎም ሓንቲ ገረብ ኣብ ምርኣይ ጥራይ ይውሰኑ።

* * *

ብቖላሕታ-ድሕሪት ዘይርኣኻዮ እናናፈቕካ ናብ ጥንታዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ብናይ ወኒ ስምዒት፡ ምብጻሕ ምቁር ኢዩ። ኣብኡ ዝነበሩ እምነታዊ ሓቅታት ካብ ምፍታሽ ዝርከብ ፍልጠት ክዝርዝር ምደለኹ። ዓቢ በደል ከይፍጽም ስለ ዝፈርሕ ግን ኣይግምትን። ብጕዕዞ ቆላሕታ-ድሕሪት ናብቲ ዘመን ምሕንባብ ድኻም የብሉን። ብሰምታ ዓይኒ ኢዩ ዝብጻሕ። ካብቶም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ቀንዲ ኰይኑ ዝመርሕ ዝነበረ እቲ ናይ ባሕሪ ኣምላኽ ኢዩ። ግሪኻውያን ፖሰዲዮን፡ ሮማውያን ኔፕቱን ይብሉዎ ነይሮም። ዝነበሮ ኤርትራዊ ኣሰራርሓ ስም ብዝሓለፈ ሰንሰለታዊ ግዝኣታት ኣደማምጽኡ ንሓንሳብ ክጠብቕ ንሓንሳብ ክልሕልሕ ምስ ጸንሐ ኣብ መወዳእታ ብምሒር ድንቁርናን ፍርሒን ተፋሕፊሑ ሓቒቑ። ከምዚ ሕጂ ኣስማት ሰብን ትካላትን ብምቕያር ኣብ ካልእ መንነት ንኽሕብኡ ብሽንቱነት ዝዘናግዑ ንዕዘብ ዘሎና። ቀንዲ ስም ኣማልኽቲ መንሚኑ ክሓቅቕ ስለ ዝኽእል ከኣ ብኻልእ ምልክታቱን ክስተታቱን ገይሮም ንኽረኽቡዎ ላሕ ዝብሉ ፈላጣት ኣሎዉ። እዞም ኣጉል ዓዋሉ-

ፍልጠት ዘውጽኡዎ ኣስማት ባዕሉ ከም ስሩ ዝተጐድአ ገረብ ኣቑጽልቲ ምስ ረገፈ እቲ ቀንዲ ኣስማት ዘዳልዮም ንኽረኽቡ ፍሉይ ዕድል ይግጠሞም'ዩ ክብሃል ዝክኣል። ናይ ኣምላኽ ወይ ናይ ሰብ ስያመ ዝኣክል ጠፊኡ ከብቅዕ ቀሲኑ ዝሓድር ኤሪትራዊ የሎን። ኣብ ውሽጢ ከርሲ መሬት ይኹን ኣብ ዑናታት፡ ኣብ ጎቦታት ይኹን ኣብ ስንጭሮታት ተኣሊሹ ቅርጹን ዕጥቁን፡ ቅዲ ኣሰራርሓኡን ብሰብ ሞያ ምስ ተጋህደ፡ ካብቲ ስብርባር ሓወልትታቱን ቤተ-መቕደሳቱን ብምብጋስ ንህዝቢ ዘዕግብ ሃብቲ ክሕፈስ ኢዩ። ብድሕሪኡ ኣብ ስነ-ህንጻን ኣብ ኩሉ ስነ-ጥበባትን ስነ-ፍልጠትን ሃገር ዓቢ ጽልዋ ክገብር ኢዩ። እቲ ዝነበረ እምነት ኣማልኽቲ ባሕሪ ከም ቀደሙ ዓብላሊ እምነት ኤርትራውያን ኣብ መገዲ ምኳን ከም ዝርከብ ይኣምን። እቶም ሓውሲ ምሁራት ዝመስሉ ዘይፈለጡዎ፡ መንእሰያት ገማግም ባሕሮምን ደሴታቶምን ንኽፈልጡ ዝግበር ጻዕሪ ክብርትዕ ከም ዘሎዎ እኣምን። እቶም ቤተ-ሰብ ኣምላኽ ባሕሪ ምስ ናይ ቀደም ኣምለኽቶም ተራኺቦም እምነታዊ ዝምድና ንኽኹልዑ ተሃንጥዮም ከም ዘሎዉ ነብሰይ ይነግረኒ እናበለ ጽሒፉ።

እዚን ክንዲ'ዚን ምስ ኣንበብኩ ሓድሽ ስምዒት ሓዲሩኒ። ኣብኡ ከሎ ባሕሪ ክርኣየኒ ጀሚሩ። ይሕንብሰሉ። ብጀልባታት የንሳፍፈሉ። ምስ ዓሳታት ሽኽርከር ምባል ተፈቲዩኒ። ንመንጉዳታት ባሕሪ ከም ፈረስ ከጋልቦም ክኢለ። ባሕሪ መሳሕቕተይ ኰይኑ። ካብ መሬትን ኣየርን ኣብ ብባሕሪ ዘሎ ህይወት ከም ዝበዝሐ ተረዲአ። ዝባን ባሕሪ ክሽምረርን ክዝርጋሕን ምዕዛብ ለሚደ። ቆርበት ባሕሪ ዘየቋርጽ ምልውዋጥ ሕብሪ እናገበረ ከም ዝዛረብ ኣስተውዒለ።

ንሓንሳብ ከም ንእሽቶ ቈልዓ ብቐትሩ፡ ብፍኑው ሓሳባት፡ ትምኒታት ብማህዘይ እናሃነጽኩ ሕጕስ ግዜ ምሕላፍ ይፍተወኒ። ከምቲ ፕሮመተዩስ ዝብሃል ኣምላኽ ካብ ከምኡ ኣማልኽቲ ሓዊ ሰሪቑ ንወዲ-ሰብ ሂቡ ዘሐጐሰ፡ ንዓና ድማ ሓደ ካብቶም ናይ ጥንቲ ኣማልኽትና ካብ ከምኡ ኣማልኽቲ ተፈልዩ ምሳና ክነብር ይርኣየኒ። ናይ ዝደለናዮ ምስጢራት ባሕሪ ይኹን ጎቦታት ክህበና ተሳኢሉኒ እሕጐስ። ካልእ ገዲፉ ምስጢር ስነ-ጥበብ ክገልጸልና ይርኣየኒ'ሞ ኣብ መንጎ ቅሳነት ተሰሚዑኒ ምስ ልዙብ ሕልምታተይ ተሓጃቚፈ ሩፍታ ዝመልአ ድቃስ ይወስደኒ።

ብኻልእ ወገን ግን ጻውዒት ባሕሪ ኤርትራ ዘየስምዕ እዝኒ ብምንታይ ክፍወስ ኮን ይክኣል እናበልኩ አስተንትን። ኣብ ጎቦታት፡

ጨርሕታትን በሪኽ ቦታታትን ሓኹርካ ንቑልቁል ክትጥምት እንከሎኻ መስመስ ዝብል ሜዳ ባሕሪ ዘይርኢ ዓይኒ ክንደይ በሰር ዝዓፈኖ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣይተረድኣንን።

"መሕለውለዊተየ! መሕለውለዊተየ! ከም መስትያት ባሕሪ መሕለውለዊተየ!" ትደጋግም ዝነበረት ናይ ቀደም ደርፌ ዘኪረ ከዚ.ማ እፍትን'ሞ እቶም ክደርፉዋ እንከሎዉ ዝዛነዩ ዝነበሩ ሰባት ንባሕሪ ኤርትራ ከም ተደላዩት ግን ከኣ ከም ቀቀሊጻ ትሃድም ጽብቕቲ ጓል ክከታተሉዋ ተራእዮምኒ።

* * *

ኣነን ኣዛሚትን ኣብ ከባቢ ምጽዋዕ ቀኒና ስለ ዝነበርና ናብ ኣስመራ ክንምለስ ወሲንና። ዘይትሓስበ ግን ሱሌማንን ባህታን ናብቲ ዝነበርናዮ መዕርፎ ኣጋይሽ መጺኦም ብንግሆኡ ኳሕኲሖምና። ከም ልማዳ ኣዛሚት መን ከይበለት ማዕጾ ከፊታ።

"ሎሚስ ከኣ ናይ ኣስመራ ከይኣኽለኩም ናብዚ? ቍርሲ ምጽዋዕ'ዶ ኣይትፈልጡዎን ኢኹም?"

"ሕጂስ ኣጆኹም ኣይትፍርሑ። ቍርሲ ክንዕድመኩም ኢና መጺእና። ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ኣሎና፡" ኢሉ መሊሱላ ሱሌማን እናሰሓቐ።

ቀልጢፍና ተቐራሪብና ምስ ወረድና ክልተኦም ዘረባ እናተቐባበሉ ናይቲ ኩሉ ዝበልዑዎ ሕልበት ልቓሕ ንምምላስ ናብ ፍሉጥ ቤት-ቍርሲ ወሲዶም ክዕድሙና ወሲኖም ከም ዝመጹ ከበስሩና ፈቲኖም።

"ዝዓደምኩም እንተ ዓደምኩም ናይ ክንደይ መዋእል ዕዳ ብናይ ሓደ መዓልቲ ዕድመ ክኽፈል ከም ዘይክእል ኣይትፈልጡን ዲኹም?" ኢላቶም ኣዛሚት ክምስ እናበለት።

ሕጕስ ዕንደራ ክትዕና ካብ ኣፍ ሓደ ናብ እዝኒ ሓደ እናተናጠረ ናብ ሓደ ስጡሕ ሜዳ ዓውዲ ጥንታዊት ከተማ ምጽዋዕ በጻሕና። እቲ ዓውዲ ብገዛውቲ ግጥም ኢሉ ኣይተደረተን። ኣብ መንጎ ገዛውቲ ሓያሎ መገድታት ካብቲ ሕምብርቲ ዓውዲ ከም ፈንጢሱ ዝተወንጨፈ ጨራ ኰይኖም ናብ ኩለን መኣዝናት ይብገሱ። ኣብ መንጎ እኩብ ገዛውቲ ድማ ሃጓፍ ዝተፈጥረ ይመስል። እቲ ብጥንታውነቱ ሒደት መዘናታት ጥራሕ ዘሎዎ መስጊድ፡ ሓደ ካብቶም ነቲ ዓውዲ ዝኸበቡ ህንጻታት ኢዩ። ንሕና ዝኣተናዮ

እንዳ ሻሂ ኣብ ምብራቓዊ ደረት ዓውዲ ኰይኑ ካብቲ ሜዳ ንዝወጻ ሓያሎ መገድታት ይጥምት።

በቲ ዝኸድናሉ እዋን፡ እቲ ብዕስለ ጣዋሉ ዝመልአ ውሽጢ እንዳ ሻሂ፡ ድሮ-ንድሮ ተቐለብቱ ኣብ ምእንጋድ ነበረ። ኣብ ግንባር መእተዊ እንዳ ሻሂ ኰይኑ መጀመርያ ንዓሚል ቀልጢፍኩም ርኣዩኒ ዝብል መሳርሒ ንመጠጠቕ ፉል ዘገልግል በሪኽ ንእዲ እቶን ኢዩ። እቲ ንፍሖ ዕትሮ-ብረት ምቕት እቶን እናወብአ ኣብ ከብዱ ዓደስ ይሙሽልቕ'ሞ ፍሉይ መኣዛዊ ሽታኡ ምስ ቅብኣት፡ ሽጉርቲ፡ ጉዕ-በርበረ፡ ቀመም ሻሂ፡ ዑድን ሓድሽ ሕብስቲን ተወሃሂዱ ብምዕቡል ሃፉ ኣዕሪጉ ንምሉእ ገዛ የባጽሕ። ምስ ውዑይ ሰሓቕናን ክትዕናን ክልተ ጣዋሉ ኣዋሲብና ኣብ ማእከል እንዳ ሻሂ ኣራጢጥና ኮፍ በልና። ሻሂን ባኒን ፍሉይ ትእዛዝ ኣየድለዮን፡ ንኹሉ ማዕረ ኢዩ ዝቐርብ። እንተኾነ ሻሂ ብኣፈላልሓ መዓመር ወይ ተጊል ንኽቐርብ ተገልጋላይ ክጠልብ ይኽእል። ፉል ንኹልና ባህታ ክጠልበልና እንከሎ ኣዛሚት ተቓውሞ ከተቕርብ ጽዒራ ነይራ። ባህታ ግን እዝኒ ከም ዘይብሉ ኰይኑ ቀጺሉ። ምጽዋዕ ንግሆ የጥሚ ኢዩ ዝብሉዎ ሓቂ ግዲ ኰይኑስ ብጋሻ ሸውሃት ንኹሉ ዝቐረበ ሽሻይ ነበረያ-ነበረ ጌርናዮ።

* * *

ናይ ብሓቂ ጽጋብ ተሰሚዑኒ። ብዕግበተይ ከኣ ምስቲ ፍሉይ ሕቑፎ እንዳ ሻሂ ተወሃሂደ። ነቲ ምዉቕዉቕ እናበለ ዝነግስ ዝነበረ ዓውዲ ከተማ ምጽዋዕ፡ ነቶም ኣብ ገዛውቶም ክሰራሕ ስለ ዘይክእል ስሓን፡ ስልጣንያን ድስቲን ካልእ ዘሎ ኣቕሓ ገዛን ሒዞም ንቑርሶም ዝኸውን ንጣብ ፉልን ቅጫን ከምጽኡ ብኣደታቶም ዝተላእኩ ህጻናት፣ ነቶም ቊርሲ ፉሎም ኣቃቢጾም፡ ትኪ ሽጋራ ፈቲሎም፡ ምስጢር ናብራ ዝእልሹ ዝነበሩ፣ ነቶም ምሳይ ዝቐረሱ መሓዙተይ፣ ነቲ ዓብላሊ መኣዛ እኽሊን ሰብን፡ ናብ ውሽጢ መንፈሰይ ኣእትየሞ። ንግዳም ካብ ዝጸሉ ዘረባ ተቐጢበ ምስ ውሻጠ ሕልናይ ኣዋጊዐ። ካብ ሩፍ ዝበለ ኣካል ዝተበገሰ ኣቓልቦይ ናብ ሃዋሁ ሕልሚ ቀትሪ ወሲዱኒ። ዘሎኒ ሚዛን ክብደት ኣራጊፈ ብመንፈስ ኣብ ሰማንያታትን ባሕሪን ኤርትራ ክዝንቢ ክኢለ።

ቅድሚ ሒደት መዓልታት ርእየያ ዝተመለስኩ ገምገም በራኽ ፎሮ ኣብ ትሕተይ ከም ዝነበረት ኣስተውዒለ። ቀስ ኢለ ከኣ ኣብ መንኩባ ዓሊበ። ግን ተቐይራ ጸኒሓትኒ። ፎሮ ግርማ ናይ ጥንቲ

ህንጻታታ ለቢሳ ናብ ትሕቲ እግራ ንዝተዘርግሐት ኣዱሊስን ናብ ባሕሪ ዘሳፍሓ ሓውሲ ደሴታትን ጎቦታትን፣ ኣብ ምሉእ ዝባን ሓንቲ ከም መልሓስ ዝወጸት ንእሽቶ ሓውሲ ደሴት ዘዔመት ስፍኒክስ፣ ኣብ ርሑቕ ኣብ ሃሳስ ኣድማስ ብሉል ሰማያዊ ለቢሶም ኣሎና እናበሉ ዝቀላቕሉ ጎቦታት፣ ሓፋሽ ኣድማስ ባሕሪን ሰማያትን ትቋመት ነይራ። ኣብቲ ደረት ዓይኒ ሰብ ዝበጽሖ ርሕቀት ራኢ፡ ማለት ኣብቲ ኣድማስ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ንምፍጣር ዝህቅኑ ዝመስሉ ካብ የማንን ጸጋምን ንባሕሪ ዘንሳፍሑ ሰንሰለት ጎቦታት ካብ ግፍሒ ቀረባ ናብ ጽበት ርሑቕ ዝኸይድ ሰልፎም ናብ ልዝበት ወደብ ዘእቱ ጐደና ፈጢሩ። ኣብቲ ጫፍ መንቆርቆር ዝመስል መወዳእታ ራኢ ዓይኒ ሰብ ድማ ንየማንን ጸጋምን ዝፈላሊ ጸቢብ ማዕጾ ባሕሪ ርእየ። ፍርቂ ኣካላታ ናብ ማዕጾ ባሕሪ ዘእተወት መርከብ ዓቢ ጨንፈር ማሕጸ ጽዒና ናብ ርግኣት ወደብ ክትኣቱ ተመልኪተ። እቲ ማሕጸ ሰለስተ ኣስናኑ ኰናት ዘይኰነስ ኣብ ባንዴራ ኤርትራ ዘሎ ምልክት ዘምሰልስል ብቖጽሊ ኣውሊዕ ዝተሰርሐ ማሕጸ ምዃኑ ኣስተውዒለ። ዳርጋ ንምሉእ ሰማያዊ ኣድማስ ብግዝፈቱ ሸፊኑ ብሩህ ቆጽላዊ ሕብሩ ብዓወት ካብ ራሕቂ ከም ዝልለ ገይሩ። ካብ ፊት መርከብ ጀሚሩ ናብ ኣንፈት ገምገም ፎሮ እናቐረቡን እናሃጠሩን ከምኡ ድማ እናነጸሩን ዝግሃዱ ኣርባዕተ ጫፍ ምልክት ማሕጸ ቆጽሊ ኣውሊዕ ኣብ ልዕሊ ማይ ክንሳፈፉ ይርኣዩ። እቲ ነዊሕ በትሪ መቐሚያ ማሕጸ ግን ዝዓበየ ክፋሉ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ተኸዊሉ። ምልክት ማሕጸን ክፋል መቐምያኡን ይርአ'ምበር ርእሲ ይኹን ኣካል ዝሓዙዎ ኣማልኽቲ ግን ትሕቲ ባሕሪ ጠሊቑ ነበረ። ሓደ ኣምላኽ ባሕሪ ግን ገለ ክፋላት ገጹ ብሳልሳይ ምልክት ማሕጸ ተኸዊሉ ርእሱ ካብ ባሕሪ ኣቕንዕ ኣቢሉ ንገምገም ፎሮ ኣዝዩ ክቐርብ ሒደት ስጉምቲ ተሪፈንኦ እንከሎዋ ምስ ፍሉይ ፊደላት ገጹ ይርአ።

ኣብ ከተማ ፎሮ ዝነበራ ኩራዛት ባሕሪ እታ ቀንዲ ካብቲ ብሕብረት ጽኑዕ መሰረታትን ተሪር መናድቕን ዝቖመ ዓበይቲ ገዛውቲ ብነድሪ ሰራውር ህንጻ ተወንጪፉ ዊዋ ኢላ ዝተገተረት'ሞ ንፍጻመ ቁመት ዝተወርወረት ነዋሕ ቅርጺ፡ ካልኣይቲ ካብኣ ሕጽር ዝበለት፡ እተን ሰለስተ ከኣ ከም ዘውዲ ገዝፍቲ ህንጻታት ብቐዲ ሕብጠ ናሕሲ ዝተሰርሓ ሓሙኽሽታዊ ሕብረን ምስቲ ርጉእ ሰማያዊ ባሕሪን ሰማይን ተነጻጺሩ ሓይሊ ቁመት ክፈጥር እንከሎ ርእየ። መስርዕ ብዙሕ መሳኹቲ ኩራዝ ባሕሪን ህንጻታትን

ከም ብብልሓት ዝተኣልመ ውሽጢ ጕላ ጻጸ መተሓላለፊ ኣየርን መዝሓል ውሽጣዊ ክፍልታት፡ መኽዘናት፡ ዕዳጋታት፡ መናብሮታት፡ መዘናግዕታት፡ ቤት-ኣምልኾታትን ቤት-ዕዮታትን ዝሰተረ ምዃኑ ካብቲ ሰቕጥቕጥ ህርመት መኣዝኑን ውህደት ቅርጹን ተረዲኤኒ። ስነ-ህንጻ ፎራዊያን፡ ኣዱላውያን፡ መጠራውያን፡ ቆሓይታውያን ወዘተ. ገና ኣይተጻንዐን። እዚ ዝርኣኹዎ ግን ኣብ እርኑብ ፒራሚዳዊ ሃዋሁ ውልቀ ገዛውቲ ብሕብረትን ብብሕቲን ኣጣጢሖም ቀጻላታት ደብሪ ንኽፈጥሩ ዝተኣልመ ይመስል። ዕንወት ስልጣነ ፎራውያን ምስ ዕንወት ስነ-ህንጻኦም ከም ዝወረደ ነብሰይ ብቕጽበት ነጊሩኒ። ሕጂ'ውን ነዞም ኣብ ቅየሳን ስራሕ ስነ-ህንጻን ንኽቕዝፍ ካብ ዝወርድ መዓት ሰውረና ኢለ ኣማልኽቲ ባሕሪ ንኽቡቕቡቑልና ተማሕጺነ። ስዒቡ እናተኸታተለ ዝቐጸለ ታሪኽ ኤርትራ ሓድጊ ስነ-ህንጻታቱ እናጥፍአ ከም ዝሃደመ እቶም ኣብ ባሕሪ ዝንሳፈፉ ኣማልኽቲ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ድምጺ ኣረጋጊጹለይ። እቲ ድምጺ ነጎዳዊ ዕምብረ ዝተሸፈነ ናይ ሕብረት ዋዕዋዕታ ይፈጥር'ሞ ካብ ውሽጡ ፈትሊ ሓንቲ ጥዕምቲ ዜማ ቀስ ኢላ ትምዘዝ። ነታ ዜማ ዘሰኒ ዘረባ መልእክተ ኣማልክተ ባህረ ንኤርትራውያን ከም ህያው መሃዛዊ ማሰኛ ናህሪ መልሓስ ውሕጅ ስምዒቱ ብምድራስ ይምዝግብ። "ናይ ቀደም እምነትኩም ምእንቲ ክሕደስ እቲ በዓል ሰለስተ ኣስናን ኵናት ዝነበረ ምልክትናን መሳርሒናን ኣብ ባንዴራኹም ዝተሳእለ ቅርጺ ብዝመስል ብዘለላ ሰለስተ ቅርንጫፍ ኣውሊዕ ተኪእናልኩም ኣሎና። ካብ ሕቑፍና እንታይ ከም ዘህደመኩም ከም ብሓድሽ ኣይንዝርዝሮን። እንታይ ካብ ባሕሪኹም ከም ዝድሃለኩም ከም ሕሉፍ ዕዳ ጠምቱዎ። ኣመንቲና ኢኹም ኔርኩም - ፍቑራት ዓማዊልና። ንዑ'ባ ናብ ባሕሪኹም ተመለሱ! ምስ ህያው ነብሳት ባሕሪ ንዑ ሓንብሱ፡ ተጻወቱ። ጉንያ ኣማልኽቲኹም ክትበልጹ ንዑ'ባ ቅረቡ። ውረዱ ካብ ዛሕሊ ጎቦታት፡ ካብ መዓሙቕ ስንጭሮታት፡ ካብ ቅልዓት ሜዳታት። ኢድ-ንኢድ ተታሒዝኩም ካብ ቃሮራ ክሳዕ ራስ ቄሳር ተሰለፉ። ኣብ ክቢ ገማግም ደሴታትኩም ሸኽርክር በሉ፣ ምስ ፍሽኽታ ኣማልኽቲ ባሕሪ ብሕብረት ዘምሩ።"

ኣብ ሕልሚ ቀትረይ ክንደይ ከም ዝጸናሕኩ ኣይፈለጥኩን። መዓስ ከም ዝተበራበርኩ ብናይ ኢድ ሰዓተይ ክመዝኖ ኣይከኣልኩን። ኣዛሚት፡ ሱሌማንን ባህታን ህይወት ዘሎዎ ወግዒ ከስተማቕሩ እንከሎዉ ርእየ ግን ካብ መዓሙቕ ከብደይ ዝተነዝሐ ሓጒስ ኣጉሲዐ።

* * *

ብድሕሪ ኲናት ኣዛሚት ኣብ ኣካላታ ይኹን ኣብ ባህርያታ ኣዝዩ ዝርአ ለውጢ ከይገበረት ተመሊሳ። ሕጕስ መንፈሳ ንዓኣ ኰይኑ ንኻልእ ምኣኽለ። ብዙሕ ሰብ ባህሩ ተቐይሩ ምስ ጎነፉ ግን ተገሪማ። ኣብ ኲሉ ኤርትራዊ ገጽ ሓድሽ ዋዕዋዕ ዝብል ፍልጠት ህይወት ደሚቑ ተራእዩዋ። ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነት ርኣዩኒ ዝብል ሓድሽ ምዕራፍ ታሪኽ ጽንዓት ተገንጺሉ ጸኒሑዋ። "ለካ ኲናት፡ ነቲ ደላይ ኲናት ኣደንቀኍሩ፡ ነቲ ተኸላኻሊ ኢዩ ዘለብም፡" ኢላ ብውሽጣ። ሰሚዓቶ ዘይትፈልጥ ሓድሽን ብሱልን ቋንቋ ክዝረብ'ውን ሰሚዓ። ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ዝቐሰሞ ፍልስፍናዊ ፍልጠት፡ ሕሰም ኲናት ዝነደረ ስንብራት ማህረምቲ ገዲፉ ኢዩ ዝሓለፍ። ኣሰር ሕሰሙ ኣብ ዝርአ ጥራይ ዘይኰነ ኣብ ዘይርአ'ውን ሰሪጹ ክነብር ይኽእል። ንገዛእ-ርእሰይ ግን ውግእ ተንኪፉኒ ኣይተንከፈንን ዝብሎ ኣይነበረን። ምናልባት ኣዐርዩ ክትንክፈኒ'ሞ ብዙሕ ንምጽሓፍ ክሕግዘኒ ኣብ ምባል እየ ነይረ። ህዝቢና ከም ዝለበመን ብሃብቲ ሓቂን ፍልጠትን ጭልጭል ከም ዝበለን ግን ዝክሓድ ኣይኰነን። እቲ ኲናት ዝወርወረልና ሓይሊ እዚ እንተ ዝፈልጥስ ኲናት ገዲፉ መገዲ ፍቕሪ ከናዲ'ዶ ምጀመረ ኢለ ሓሲበ።

ኣዛሚት ባሕሪ ርእያ ከተዕርፍ ኢልና ብምባል ኢና ካብ ኣስመራ ንምጽዋዕ ወሪድና። ሰሙን ምሉእ ብፎሮ ፈሊምና ደሓር ናብ ኣዱሊስ ወሪድና ክንሕምብስ ምስ ቀነና ናብ ምጽዋዕ ተመሊስና። ኣንጊህና ናብ ኣስመራ ክንምለስ ኣብ ዝሓሰብናሉ መዓልቲ ሱሌማንን ባህታን ቍርሲ ዓዲሞምና። እቲ ርክብ ኣይጸላእኩምን። ዘይሓሰብኩዎ ወግዒ ረኺበ። ኣዛሚት'ውን ተሓጒሳ። ንንቕሎ ኣስመራ ግን ኣዝዩ ስለ ዝረፈደ ኣብ ምጽዋዕ ክንሓድር ወሲንና።

ሳዕቤናት ኲናት ብዙሕ ኢዩ። ጋህዱ ኣብ ዕንወት ንብረትን ጥሪትን ስለ ዝኾነ ጠማቲኡ ማእልያ የብሉን። ዝፈረሱ ህንጻታትን ዝተኸወሉ ኣባላትን ዘይዕዘብ የለን። መአበድ መጽሓፈይ እንተኾነኒ ኢለ ሳዕቤን ኲናት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ንምርዳእ ፈቲነ። እንታይ ፈሪሱ፡ እንታይ በሪሱ ኢለ ኣይተገደስኩን። ጉራኡ ንኽስምዕ ብዘይ ቅቡል ድምጽታት ከፈራርሕ ዘይህቅን ኲናት የለን። ናይ ውግእ ቶግቶግን ኳሕኳሕን ንህጻናት ካብ ምፍርራሕ ዝተለምደ ብልሓት ኢዩ ዝብሃል። ኣብ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣስዒቡ ኢለ ንሓያሎ ምስ ሓተትኩ ዝተፈላለየ ምላሻት ሰሚዐ። ካብቲ ኲሉ ምላሻት ግን

ናይ ሓንቲ ግርምቲ ሰበይቲ መግለጺ ትርጉም ሂቡኒ። “ሕማቕ መዓልቲ ውዓሉ ኢሉዎም! ሕማቕ መዓልቲ ውዓሉ ኢሉዎም! ቈልዓ ሰበይቲ ኣሰንቢድካ’ዶ እንታይ ይርከብ ኢዩ? ሕማቕ መዓልቲ ውዓሉ ኢሉዎም!” ኢለናኒ።

እቲ ምላሽ ግን ንሕቶይ ብምሉኡ ኣይመለሰን። ድሕሪ ኩናት እንታይ ተቐይሩ? ኣብ ኣርኣእያ? ኣብ ስምዒት? ኣብ ኣዘራርባ? ኣብ ኣተሓሳስባ? ኣብ እምነት? ኣብ ፍልስፍና? ኣብ ስነ-ጥበብ? ኣብ ስራሕ? እናበልኩ ንብዙሓት ሓቲተ። ኣብ ኩሉ ለውጥታት ከም ዘስዓበ ዘጠርጥር ምኽንያት ኣሎኒ። ብመጽናዕቲ ግን ገና ኣይተደገፈን። ገሊኡ ግዜያዊ ለውጢ ምዃኑ ዕለታዊ ናብራይ ይምስክሮ ኣሎ። ገሊኡ ግን ብሃውሪ ዝልለ ኣይመስለንን። ነቶም ተመራመርቲ መጀመሪያ ንድሕሪት ከም ዝገሹ ስለ ዝገበሮም፡ ሃገሮም መብራህቲ ጥንታዊ ታሪኽ ወዲ-ሰብ እንከላ ተራእያቶም። ካብቲ ራሕቂ ተሃንዲዶም ድማ ነዚ እዋን ዘሊሎም፡ ንመጻኢ ነጢሮም ተዓዚቦም። ኩናት ንሽይህሉ፡ ሰብ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝኣትወሉ ትምህርቲ ክረክብ ከም ዘሎዎ መኺሮም። ሓድሽ ዓይነት ትምህርቲ ከተኣታተዉ ከም ዘሎዎ ስለ ዝኣመኑ ነዚ ዘሎ ዘጥፍእ ሓይሊ ተመንዮም። ሓድሽ ስነ-ጥበብ ክነግስ ተመንዮም ይኹኑ እብል ኣነ። ምኽንያቱ፡ ብደገን ብውሽጢን ዘፈራርሐና ዘሎ ስነ-ጥበብ ሒዝካ ርሑቕ መገዲ ፍቕሪ ዝምለኽ ኣይመስለንን።

“ሕሰም ኩናት ድላዩ ይኹን ግን ነቶም ተመነይቲን ብሃግቲን ኣየጥፍእ። ነቶም ኣብ ድሕሪ ድቕድቕ ጸልማት ጩራ ብርሃን ዝርኣዮም ኣየጉሂ! ነቶም ራኢ ዘሎዎም መራሕቲ ኣይዓንቅፍ። ነቲ ወናን ሓቦ ዝኾነ ህዝቢ ዕጥቁ ኣየፍትሕ። ነዞም ደድሕሪ ሓቂን ጽባቐን ዝጎዩ ስነ-ጥበበኛታት ፈላስፋታትን ኣየሰንብድ። ካልእ ንቡር ልማድ ኩናት ኢዩ፡” ኢሉ ሓደ ኤርትራዊ ፈላስፋ።

-6-

ሰብ እኳ ቃላቱ ኢዩ

ኣዛሚት ኣብ ዝነበረት ነይራ ክትምለስ እንከላ ተርእዮ ፍሉይ ባህሪ የብላን። ነቲ ስምዒታ ትቆጻጸሮ ድያ ወይስ ኣብ ውሽጣ ትሓዞ ክፈልጥ ኣይፈተንኩን። ዘድሊ'ውን ኣይመሰለንን። ትሽዓተ ዓመት ይገብር ካብ ሜዳ ምስ ተመልሰት ስራሕይ ኢላ ዝገለጸቶ ስምዒት ኣይነበረን። ጸኒሓ ንሰለስተ ዓመት ዝኣክል ናብ ከረን ከይዳ ምስ ተመልሰት እዚ ዝብሃል ለውጢ ባህሪ ኣየርኣየትን። ኣብ ዳሕረዋይ ኩናት ተሳቲፋ ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስ ተመልሰት ድማ ርኡይ ለውጢ ኣየስተውዓልኩን። እንተኾነ ኣብ ናይ ሕጂ ማልሳኣ ኣዝዩ ክጸሉዋ ዝኽእል ለውጥታት መሊኡ ጸኒሑዋ ይኸውን ኢለ ገሚተ። ኣነ ግን እምብዛ ለውጢ ግዲ ዝብህግ ኰይነስ ንዓይ ዝፍለጠኒ ለውጢ ኣብ ነብሰይ ክኸሰት ኣየርኣኹን።

ድሕሪ ኩናት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ለውጢ ተራእዩ። ገለ ካብቲ ለውጢ ኣብ ኣዘራርባን ኣጸሓሕፋን ሓያሎ ሰባት ዝተራእየ ፍልልይ ኢዩ። ካብ ዓይነት ኣርኣእያ ወይ ካብ መኣዝን ጨመተ ዝተላዕለ ናይ ስምዒት ፍልልይ'ውን ነይሩ። ጎንጺ ስምዒት ንኣተሓሳስባ ሰባት ተናኺፉ። ዝተተናኸፈ ሓሳባት ድማ ቃላት ወሊዱ። በብዘሎዎ ቃላት ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ነቲ ኩነታት ክርዳእ ጽዒሩ። ቀንዲ መንጎዲኡን መብረቒኡን ንምፍላጥ ኣንፈት ንፋሳትን ደበናታትን ብድምጻዊን ጽሑፋዊን ቃላት ንምትንታን ተፈቲኑ። ቃላት ግን ወይከ ኢሎም ተሓሲሞም። ሕሰም ቃላት ኣይረድ ኢዩ ዘብል። ሓደ ፈላስፍ ምኻኑ ዝሕብር ኤርትራዊ፡ "ሰብ እኳ ቃላቱ ኢዩ" ኢሉ ዝጽሓፎ መጽሓፍ ኣንቢበ በቲ እዋን ኣይተገደስኩን ነይረ፡ ሕጂ ግን ተሓቢኡ ዝነበረ ትርጕሙ ብንጹር ተገሊሁ ይርኣየኒ ኣሎ። ምኽንያቱ ውሕጅ ኩናት ቃላት ወሪዱ፡ ሕጂ'ውን ይወርድ ኣሎ። ካብ ቅኑዕ ወይ ጉዕጹጽ ሓሳባት፡ ካብ

ጥዑይ ወይ ስንኩል ስምዒታት፡ ካብ ጸልማታዊ ወይ ብርሃናዊ ራኢ፡ ካብ ሕያውነት ወይ ካብ ጭካነ፡ ካብ ሰሓቕ ወይ ካብ ብኽያት፡ ካብ ዕሽነት ወይ ካብ ልቦን፡ ካብ እምነት ወይ ካብ ክሕደት፡ ካብ ትብዓት ወይ ካብ ፍርሒ፡ ካብ ናጽነት ወይ ካብ ዕሱብነት፡ ውሕጅ ኲናት ቃላት ፈሲሱ። ፍራንሲስ ቤከን ዝተባህለ ናይ ቀደም እንግሊዛዊ ፈላስፋን ጸሓፋይን ነዞም ተረኽቡ ኢልና ብዘይ ቅኑዕ መረዳእታ እንጥቀመሎም ቃላት፡ "ጣኦታት ዕዳጋ" ኢሉ ሰይሙዎም ነይሩ። ብዘይ ነጸረልና ቃላት ተመሪሕና ንገብሮ ዘበለ ካብ ናይ ሓቂ ፍልጠት ተፈጥሮ ከም ዘርሕቕ ንምርዳእ ኢዩ ከምኡ ኢሉ።

እቲ ኤርትራዊ ፈላስፋ "ሰብ እኳ ቃላቱ ኢዩ" ኢሉ ዝጽሓፎ መጽሓፍ ከም ብሓድሽ ከንብቦ ምስ ጀመርኩ ጓሂ ዘሎዎ ሓጐስ ተሰሚዑኒ። እቲ ጓሂ ነቶም ምስጢር ቃላት ንምፍላጥ ዘይጸዓሩ ደቂ ዓዲ ኢዩ። እቲ ጸሓፋይ ቃላት ንኽገልጽ ሓሙሽተ ሚእቲ ገጻት ዘሎዎ መጽሓፍ ኢዩ ኣቕሪቡ። ኣነ ግን ጭልፍ ኣቢለ እየ ኣቕሪበልኩም። ኣብ ሓደ ምዕራፍ ከምዚ ዝስዕብ ኣንቢበ፡ "ኣብ ስነ-ጽሑፍ ቃላት ብፊደላት ኢዮም ዝምልከቱ። ኣንባቢ ናብ ድምጺ ይቕይሮም፡ ሰማዒ ከኣ ትርጉም ይህቦም። ቃላት እንታይ ምዃኖም ዝሓትት ግን ሒደት ኢዩ። ዓበይቲ እምነታትን ፍልስፍናታትን ነቲ ቀንዲ ምኽንያት ህልውና ቃል ይብለኦ። ቃል ሓቂ ማለት ኢዩ። ሰብ ይሃሉ ኣይሃሉ ቃል ኣሎ። ቃል ንኽህሉ ዝጽሕፎ ወይ ዘድምጾ ሰብ ኣየድልዮን ኢዩ፡" ኢሉ ነታ ምዕራፍ ደምዲሙዋ።

ኣብ ካልእ ግዜ እቲ ፈላስፋ ኣስተምህሮ ኣብ ዝገበረሉ ኣዳራሽ ተረኺበ ዘረባኡ ተኸታቲለ ነይረ። ቅዲ ኣቀራርብኡ ብሕልፊ ንመንእሰያት ዝስሕብ ስለ ዝነበረ ኣብ ገዛኡ ዝተረፈ ሰብ ዘሎ ኣይመስልን። ኣብ ግዜ ሕቶን መልሲን እቲ ኣኼባ ኣስተምህሮ እናደመቐን እናመቐን ተሃንዲዱ። ኲናት ሕቶታት ተወርዊሮም፡ ሕልኮታት'ውን ተፈቲኖም፡ እቲ ፈላስፋ ግን ልቢ ሰብ ተንኪፉ ደኣ'ምበር ካብ እምነቱ ኣይተነቓነቐን።

"ነዚ ኲናት ቃላት ንብሎ ዘሎና ደኣ ብምንታይ ክንእብዶ ኢና?" ኢሉ ሓቲቱ ሓደ መንእሰይ ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ።

"ቃል ዝእብዶ ኣይደልን ኢዩ። ቃል ዝእልሾ ተመራማሪ ኢዩ ብዓቕሊ ዝጽበ፡" ብምባል ከፉኑዎ ሓሲቡ። እንተኾነ መንእሰይ ቃልሱ ከየብቅዐ፡ "ኣበይ ስለ ዝሕባእ ኢዩ ዝእለሽ? ስለምንታይከ

ይሕባእ?" ዝብል ሕቶ ወርዊሩ ኮፍ በለ።

ፈላስፋ ብሕቶ ዝተኾልዐ መሲሉ፡ "እዚ 'ስነ ስነ' ትብሉዎ ዘሎኹም ቃለ ቃለ እንተ ትብሉዎ መሕብኢኡ መለለኽሞ ኤርኩም። ካብ ሕጂ ጀሚርካ ቃለ-ኣእምሮ፡ ቃለ-ጽሑፍ፡ ቃለ-ህይወት፡ ቃለ-ህንጻ፡ ቃለ-ጥበብ፡ ወዘተ. ምባል እንተ ትጅምር ክትእልሾ ምኽኣልካ፡ ምናልባት'ውን ምሉእ'ኳ እንተ ዘይኮነ ክፋል ገጹ ምርኣኻ፡" ኢሉዎ።

ተራኡ ክሕሉ ዝጸንሐ ካልኣይ ተመሃራይ ዓውዲ ፍልስፍና ፍር ኢሉ፡ "ኣብዚ እዋን ኣብ ፊት መልሓስ ውሕጅ ቃላት ንርከብ ከም ዘሎና ገሊጽካልና። ብዝተፈላለየ መጓዓዝያታትን መገድታትን ቃላት ይውሕዙ ከም ዘለዉ ድማ ነጊርካና። ነዚ ግሁድ ክስተት ኩልና ኣስተውዒልናሉ ስለ ዘሎና ዘረባ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ብርግጽ ቃላት ይሃርሙና ኣለዉ። ኣበድቲ ስኢንና ኣሎና። ናይ ፍልስፍና መማህራንና ምስቲ ውሕጅ ተሻሪኽም ይሃርሙና ኣለዉ። መማህራን ይኹኑ ካልኦት ነቲ ዝጥቀሙሉ ቃላት ሓቁ ይፈልጡዎ ድዮም? እዞም ቃላት ዘዝንቡ ዘለዉ ምስቲ ራዕ ኢሉ ዝድርበ ዘሎ ቃላት ዝምድና ኣሎዎም'ዶ? ወይ ዓይኒ የብለይ ልቢ የብለይ ብምባል'ዮም ዝተፍኡዎ ዘለዉ?" ምስ በለ ንኣዳራሽ ዘናውጽ ሰሓቕ ተሰሚዑ።

ፈላስፋ ብሓጐስ ተኾሊዑ። "ካባይ ጀሚርካ ወዲ-ሰብ ነቶም ዝጥቀመሎም ቃላት ብጭቡጥ ኣይፈልጦምን ኢዩ። ንገሊኦም ብልማድ ኢዩ ዝጥቀመሎም። ንኻልኦት ክመስል ኢሉ'ውን ይጥቀመሎም ኢዩ። ገሊኦም ቃላት ዘመናውያን ኰይኖም ስለ ዝስምዑዎ ክለብሶም ይብህግ። ንገሊኦም ክዕጠቖም ኢዩ ዝደሊ። ገሊኦም ቃላት ኣብ ውሽጢ ምስጢሮም ስለ ዘየእትውዎ ነቲ ዝተደርበየ ቆፎኦም ንመከላኸሊ ሕፍረቱ ይምነዮ። ሰባት ብዘይ ፈልጡዎ ቃላት ክገሹ ተኽእሎ ኣሎዎም። ቃላት ዝቕብኡን ዝስለሙን ኣለዉ። ብዙሕ ግዜ ቃላት ከም መሸፈኒ መንነቶም ዝጥቀሙ ሰባት ይጎንፉና ኢዮም። ቃላት ብዘረባ፡ ቃላት ብጽሑፍ፡ ቃላት ብኹሉ ዓይነት ስነ-ጥበባት ዓምጺጾም ድላዮም ክገብሩ ይጽዕሩ። ንቓለ-ፖለቲካ ውሽጡ ከይኣተዉ ብግዳሙ ክነግዱ ዝደልዩ ብዙሓት ስለ ዘይሰኣኑ ብሕልፊ መንእሰያት ተመራመርቲ ክትኮኑ ጸዓሩ።"

ሓደ ዕብይ ዝበለ መምህር ዩኒቨርሲቲ ሓውሲ ቁጥዓ ወሲኹ፡

“መንእሰያት ንመን ኢዮም ክኣምኑ? መማህራኖምን መጽሓፍቶምን እንድሕሪ ዘይኣሚኖም ደኣ ንመን ክኣምኑ ትመኽሮም?” ኢሉ ኮፍ ክንዲ ዝብል ደው ኢሉ ምላሽ ተጸቢዩ።

“ንቓላት ይእመኑ! ንሓቂ ይእመኑ! ኣይብልን እየ። ንቓላት ይኣልሹዎ! ንሓቂ ይጉየዩዋ! የርክቡወን ኣየርክቡወን ደድሕሪኣን ይከተሉ። ብፍልስፍናኦም፡ ብስነ-ጥበቦምን ብእምነቶምን ከይርኣዩወን ይርኣዩወን። ኣብ ኣፍ መማህራኖምን ገጻት መጽሓፍቶምን ኣብ ክስተታት ቃለ-ጥበባትን ከየቋረጹ ይኣልሹ እምበር ተቐቢልና ኢሎም እለሻኦም ኣየብቅዑ። ሓቂ ዘሎ ጥራይ ኣይኰነን፣ ሓቂ ይምሃዝ ኢዩ። ነቲ ዘይርአ ዘሎ ሓቂ ብማህዛዊ ክእለቶም ክቐልዑዎ ይጽዓሩ። መማህራን ካብ ዝርኣዩዎ ዘይርኣዩዎ ሓቂ ይበዝሕ፡” ምስ በለ ብርቱዕ ጣቕዒት፡ መብዛሕትኡ ካብ መንእሰያት ተመሃሮ ተሰሚዑ።

* * *

ኣዛሚት እቲ “ሳልሳይ ወራር” ዝብሃል ዝግ ምስ በለ ኢያ ገዛ ተመሊሳ። ኣነ ከኣ ካብቲ ቀዳማይ ወራር ክሳዕ መወዳእታ ሳልሳይ ወራር ዝነበረ ግዜ ሕማም ጎብለል መጽሓፈይ ክኣሊ ኣሕሊፈዮ። ከምኡ እናበልኩ እንከሎኹ ኣብ መወዳእታ 2000 ዓመተ-ምህረት ኣዛሚት ነቲ ዝሒሉ ዝጸንሐ ገዛይ ክተምውቖ ዘይተበለሓተቶ ሜላ የለን። ኣብ ሜዳ ዓወት ኢላ ዝሰመየታ ጓላ ካብ ከረን መጺኣ ምስ ናብራና ለጊባ፣ እንተኾነ ኣብ ውሽጠይ ግዲ ነይሩስ ኣብ ናብራይ ለውጢ ኣየምጽኣለይን። ምስ ኣዛሚትን ዓወትን ናብራ ተፈትዩኒ።

* * *

ጸገመይ ምስ ድርሳነ-ፈጠራ ዝተትሓሓዘ'ዩ ነይሩ። ንባህግታት ሓዳስ መጽሓፈይ ቅኑዕ መኣዝን ከትሕዝ ኣይክኣልኩን። ንሕንቃቐ መጽሓፈይ ዝእብድ ጽባቐ ተሰዊሩኒ። በተን ዝሓለፋ ክልተ መጽሓፍቲ ዝተላለኹዎ ሰብ ሕብሪ ሕልናኡ ሃሲሱኒ። እቲ ቀደሙ ብሕልና ዘይሕመ ዝነበረ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ብንፋስ ቅብጸት ተበቲኑ። ገሊኡ ሰብ ብዘይፈልጦ ቃላት ምውሳእን ኣብ ፈቐዶ ዝተዘርወ ሓቅታት ምእካብን ከፊኡዎ። እቶም ምንጪ ቃላትን ሓቅታትን ዝብሃሉ ግን ነቲ ዝነዝሑዎ ኣኪቦም ሰብ ዘለልዮ መልክዕ ክገብሩሉ ኣይተራእዩን። ራኢ ሰብ ምብታን ከም ብልሓት ፖለቲካ ቆጺሮም መመሊሶም ዝተበታተነ ሓበሬታታት

ምዝራው ቀጺሎም። ዋላ እቶም ካብ ድንቊርና ክሳዕ ስንክልና ኣእሙሮ ዘጥቅዖም ዝመስሉ ሰባት ፖለቲካዊ ሓቂ ዝመሰሎም ዘይምዕሩግ ሓበሬታታት ክብትኑ ጀሚሮም። ብሓፈሻ ኣብ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንእሰያት ዝወርድ ዝነበረ ጸበባ ግን ክመዝኑዎ ኣይክኣሉን። ጸቕጢ ድንቊርና ኣብ ሕብረተሰብ ዘውርዶ ራዕዲ ዝብል ምርምር ኣይገበሩን። ሓቂ ዝጥርንፍ ውሁድ መጽሓፍቲ ንኸደርሱ ዘብቅዕ ክእለት ስለ ዘይብሎም ገሊኦም ገና ክሳዕ ሕጂ ብብላይን ብቚርጽራጽን ሓበሬታታት ይጻወቱ ኣለዉ። ናይ ሕጂ ፈሪሖም ናብ ቀደም ምህዳም ለሚዶሞ። በዓል ሓንካስ ጠባይ፡ ለዋይ ኣእሙሮ፡ ስንኩል መትከል፡ ርኹስ፡ ጻቕጥ፡ ንጉድለት መንነቱ መሸፈኒ ዝገበረ መሲሉዎ ንጽርየት ሓቂ ናብ ሓሬት ሓሶት ክቕይር ጽዒሩ። ፍቕሪ ዝሰብኸ ኣይሰማዕኩን። ፍቕሪ ናይ ፈርሓት ምልክት መሲሉና ከይከውን ፈሪሐ። ንተስፋ ዘመልክታ ኣጻብዕቲ ኣይተወሳወሳን። ተስፋ ናይ ዓሻታት ምልክት መሲሉና ከይከውን ፈሪሐ።

* * *

በዚ እዋን'ዚ ሓደ ኣጋ-ምሸት ሱሌማንን ባህታን ከዛርቡኒ ከም ዝደልዩ ስለ ዝነገሩኒ ከም ቆጸራይ ኣብታ እንዳ ቡን ክጽበዮም ከይደ። ኮፍ ምስ በልኩ ሓንሳብ ከየጸበዩኒ ኣብ ሰዓቶም መጺኦም። ተመራሪሖም ክኣትዉ እንከሎዉ ገጾም ከም ቀደሙ ብሩህ ኣይነበረን። ቅልጥፍ ኢሎም ብየማነይን ጸጋመይን ኮፍ ምስ በሉ እታ መኣዲ ቡን ጣውላ ደቃቕ ስለ ዝነበረት ብዘይ መጠን ተቐራሪብና። ቡን ብወግዒ ክሳዕ ዝቐርብ ኣይጸንሑን።

ገጹ ቅልጡፍን ሓጺርን ምላሽ ዝጽበ ምንባሩ ብግህዶ እናመልከተ፡ “ስማዕ እስኪ፡ እዚ ዝርአ ዘሎ ቀጨውጨው ካብ ምንታይ ዝነቐለ ይመስለካ?” በለኒ ሱሌማን።

“ናይ መን ቀጨውጨው ኢኻ ትጠቅስ ዘሎኻ? ቀጨውጨው ካብ መግለጺ ስምዒት ሓሊፉ መግለጺ ሓሳብ ክኸውን ዝኽእል ኣይመስለንን። ክሳዕ ሕጂ ኩሉ ሰብ ስምዒቱ ክገልጽ ይፍትን ከም ዘሎ ንርኢ ኣሎና። መስኣሊ ምሉእ ሓሳባት ግን ኣይተረኸበን። ኣብ ሓጸርቲ ዘረባታትን ጽሑፋትን ዝሰፈሩ ቊርጽራጽ ሓሳባት ኣብ መራኸቢ-ብዙሃን ክነፍሩ እምበር ኣብ መጽሓፍ ክዓልቡ ኣይተዓዘብኩን። እዚ ከኣ ቀጨውጨው ይፈጥር። ምኽንያቱ፡ ቀጨውጨው ፍሉጥ ምንጪ የብሉን፣ ነድሪ ገና ብግቡእ

ዘይተጨበጠ ጸበባ ኢዩ፡" እናበልኩ እንከሎኹ መሓመድ እድሪስ ነታ ተሪፉ ዝነበረት ሓንቲ መንበር ኅቢጡ ተጸንቢሩና። ንሓደና'ኳ ሰላም ከይበለ ብሓደ ኢዱ ነቲ ቀዳሕ ቡን ዓርኩ ምስጢራዊ ምልክት ብምግባር፡ "'ቀጨውጨው ፍሉጥ ምንጪ የብሉን፣ ነድሪ ገና ብግቡእ ዘይተጨበጠ ጸባባ ኢዩ' ክትብል እንከሎኻ ኣርኪበካ። ናይ ፈጠራ ደራሲ ምኻንካ ግርም ጌርካ ንኹልና ኣመስኪርካ እብል። ስነ-ጽሑፍኩም ዘጸብቕ ኩይኑ እንተ ተሰሚዕኩም ሓቂ ድዩ ኣይኩነን ኣይትብሉን ኢኹም። ንሕና ግን ሓቂ ክንእልሽ ወጊሑ ይመስየና። ኣነ ምንጪ ቀጨውጨው ሓብር እንተ ዝብሃል ዋሕዲ ራኢን ተልእኾን ምበልኩ። ራኢን ተልእኾን ብማዕረ ንኹሉ ኣይባጻሕን'ዩ ዘሎ። ራኢ ዝተኸወሎ ድማ ተበግሶ ከጥሪ ስለ ዘይክእል ቀጨውጨው እንተበለ ኣየኽፍኣሉን። መን'ዩ ነታ ጸላም ናብራ ብራኢ ዘብርሃ እንተ በልኩም ከኣ ስነ-ጥበበኛታት ምበልኩ።"

ባህታን ሱሌማንን ብናይ መሓመድ እድሪስ ኣዘራርባ ዝተመሰጡ መሲሎምኒ።

"እወ መሓመድ እድሪስ፡ ሓቂ ኢዩ ዘድሊ። ሓቅታት ሒዝና ኢና ንስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ክንብድህ ንኽእል፡" ኢሉ ባህታ ናባይ እናጠመተ።

ዘረባይ ዋጋ ከም ዘይብሉ ገሚተ'ኳ እንተ ነበርኩ፡ ገለ ምላሽ ይኸውን ኢለ፡ "ኣብ ቋንቋታት ንሓቂ ሓያሎ ትርጉም ይዋሃቦ ኢዩ። ሓቂ ንህሉዊ ነገር ንምግላጽ ንጥቀመሉ፣ ንሓንሳብ እቲ ነገር ምህላዉ ጥራሕ ሓቂ የብሎ። እቲ ዘሎ ነገር ሕያዋይ ድዩ ኢልና ግን ኣይንሓትትን፡" ኢለ ንሰለስቲኦም በብተራ ጠሚተዮም። ቀጺለ ዳርጋ ከምዛ ንነብሰይ ጥራይ ዝዛረብ ዘሎኹ፡ "ኣብ ድሕሪ ኩናት ዝተነዝሐ ሓቅታት ኩሉ ወይ ገሊኡ ወይ መብዛሕትኡ ህሉው ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ሓቅታት መሊኦም ኣሎዉ፡ ግን ኣይተኣሳሰሩን። ዝተጨለፈ ሓቂ ሕያዋይ ኣይኩነን። ማለት ምስቲ መሰረታዊ ሓቂ ዘይተዛመደ ዋጋ የብሉን። ኣየናይ ሓቂ ነየናይ ሓቂ ወሊዱ? ኣየናይ ሓቂ ምስ ኣየናይ ሓቂ ይዛመድ? ኣየናይ ሓቂ ነየናይ ሓቂ ይኸተል? ኣየናይ ሓቂ ምስቲ መሰረት ሓቂ ይቃዶ? ካብ መኣዲ ሓቂ ዝተበጥሎቐ ኵላሶታት፡ ካብ ጊባቦ ሓቂ ዝተሰልዐ ቊራሶታት፡ ካብ ግራት ሓቂ ዝተሃንኮቱ ሰዊታት፡ ውሳይ ኢዮም፣ ኣየጽግቡ ኣየርውዩ። ካብዚን ካብቲን ዝእከቡ ሓቅታት ንወዲ-ሰብ ዘርብሖ ሕያዋይ ሓቂ ምእንቲ ክኾኑ፡ ኣብ ሰፍኢ ሓቂ ኣንቢሮም

ዝኣርዩ፡ ዝብቁጹ፡ ዝነግፉ ክኢላታት የድልዩዎም። ሞያ እዞም ክኢላታት ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ ንዓይ ተራ ናይ ፈጠራ ጸሓፍቲ ኢዩ ዝርኣየኒ። ካልኦት በብኽእለቶም ሓቂ ኣኪቦምን ኣዛሚዶምን ንህዝቢ ብመልክዕ ጥርኑፍ ኣቀራርባ መጽሓፍ፡ መጽሄት፡ ቪድዮ፡ ወዘተ. እናቕረቡ ክምህሩ እምነየሎም። ምኽንያቱ እዚኣቶም'ዮም እተን ዝዝፈልጡወን ሓቅታት ምስ ካልእ ሓቅታት ከየወሃሃዱ፡ ካብ ጸባብ ለኞታ ሓበሬታኦም እናቖንጠሩ፣ ክሳዕ ዝንገፋ ንፍረ ከም ዘይበቕዓ ገይሮም ብፍንው ክነዝሑወን ዝነብሩ ዘሎዉ። ብድኻ ቆረባብሻ ሓቅታቶም ክንደይ ሰብ ሓቂ ይሕረሞ ከም ዘሎ ድማ ገና ኣብ ልቦም ኣይተሰቀሮምን። ሱሌማንን ባህታን ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት፡ ድበያ፡ መጥቃዕቲ፡ ክትብሉ ልቢ ኸሉም ይመሉቕ ኣሎ። ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት እቲ ጸላኢ ሓቅታት ብሓንሳብ ከይዳረግ'ዩ ክገብር ዝቃለስ። ነንበይኑ ተፈናጪሉ ክብተን ከኣ ይጽዕር። እቲ ተጠቃዓይ ወገን ድማ ሓቅታት ከሕብርን ከዛምድን ክጽዕር ኣሎዎ በሃላይ እየ። ኣብዚ ድሕሪ ኲናት ንርእዮ ዘሎና መድረኽ ቃልሲ ሓቂ መጽለሊ ስኢኑ ይኹልል ኣሎ። ገሊኡ ሓቂ ክብትን ገሊኡ ድማ ሓቂ ክእክብ ወጠጥ ክብል ኢና ንዕዘብ ዘሎና፡" ኢለ ምስ ወዳእኩ ሰለስተኦም ስሒቖም። ኩላቶም ከም ዝዓገቡ ድማ ተፈሊጡኒ።

መገዲ ገዛይ ምስ ሓዝኩ ሓሳባተይ ናብ ርሑቕ ገይሹ። ድሕሪቶም ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም ዝብሉዎም መቕዘፍቲ ዝተኸስተ ኣተሓሳስባ ገለ ካብ ዘንበብኩዎ ትዝ ኢሉኒ። ብሕልፊ ናብ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ዘውርዶ ሳዕቤን ዘኪረ። ንብዙሓት ትርጒም ናብራ ተሰዊሩዎም። ሓቂ ተደቒሱ መእረዪ ዝኸውን ወረጠ ተሳኢኑ፡ ቀጨውጨው፡ ሰንፈላል፡ ሸቐልቀል፡ ሕጫጨ፡ ብደረጃ ሕማም ተቐልቂሉ ዝብሉ ፈላስፋታትን ስነ-ጥበበኛታትን ክጽሕፉን ክቐብኡን ተራእዮም፡ ኤግዚስተንሲያላዊ ኣጠማምታ ዓለም ወይ ትርጒም ህልውናን ምኽንን ንምግላጽ ዝኣመቱ ጻዕርታት ኣብ መድረኻት፡ መጽሓፍቲን ኣሳእልን ቦታ ሒዞም። ኩሉ ናብራ ትርጒም የብሉን ዝብሉ ደፊሮም ሰቢኾም። ዓይነት ቀጨውጨዋት ከም ኣንግስት ዝብሉዎ ኣስማት ኣጥርዩ። ኣብ ናትና ግዜ፡ ድሕሪ ኲናት፡ ድማ ብሓይሊ ስነ-ቁጠባን ፖለቲካዊ ረብሓታትን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ብረቂቕ ስነ-ጥበባዊ ፍልስፍና፡ ብልሓት ገይሮም ንህዝቢ ክፍውሱ ዝኽእሉ መንእሰያት ዶኾኑ ይቕልቀሉ እናበልኩ ተመንየ። ፍረ ኣጻብዕቶም ክእለት ወይ ሌላ ቃላት ጥራይ ዘይኰነስ ውጽኢት

ፍልስፍና ህይወትን መበቆላዊ ማህዚን ተጠቒሞም ዘቕርቡዎ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ንየማንን ጸጋምን ደረት መገደይ ክሽፍኑዎ እንከሎዉ ተራእዩኒ። ኤርትራውያን ዶስትየስኪ፡ ካፍካ፡ ኒቾ፡ ሳርትር፡ ፒካሶን ከምኣቶምን ዝኣመሰሉ መንእሰያት ሕውስ እንተ ኣቢልናስ እንታይ ይፍለጥ እናበልኩ ደርፌ ዓደይ ንጽምው ልበይ፡ ብዘይ ድምጺ፡ እናሰማዕኩ ንገዛይ ኣቢለ።

* * *

ኣዛሚት ምስ ዓወት ጓላ ክትጽበየኒ ጸኒሓ። ገዛ ኣትየ ኮፍ ምስ በልኩ ዓወት ብርሳስ ዝሰኣለቶ ሕንጣጦ ኣርእያትኒ። ናይ ኣደኣ ገጽ'ዩ ነይሩ። ኩሉ ግዜ ገጽ ኣደኣ ኢያ ትስእል። እዚ ግን ፍልይ ዝበለ መሲሉኒ። ርሕቕ ኢሉ ብድሕሪ ገጽ ኣዛሚት ናይ ሰብኣይ ገጽ ነይሩ። ገጽ ኣዛሚት ኣብ ግንባር እቲ ገጽ ሰብኣይ ከኣ ኣብ ዳሕረዋይ ጸግዒ ስእሊ ኢዩ ተሓንጢጡ። ኣብ የማናይን ጸጋማይን ክንፊ ጸግዒ ስእሊ ዕጹው መሳኹቲ ይርአ። እቲ ኣብ ድሕሪ ገጽ ኣዛሚትን ኣብ ቅድሚ ገጽ ሰብኣይን ዝተዘርግሐ ርሕቀት፡ ናይ ምድሪቤት ምኻኑ ካብ ዘረድኡ ቀንዲ ምልክታት ደቀቕቲ ትርብዒት ሕጡባት ነይሮም። እቲ ገዛ ንነብረሉ ዘሎና ምኻኑ ብሓንሳብ ይልለ። ካብ ስእላ ናብ ህሉው ገጻ ቁሊሕ ኢለ ንኣዛሚት ርእየያ። ሽኾርተት ናብራኣ ቅድም ይርአ ዘይነበረ ሕጂ ኣብቲ ፍሕሹው ገጻ፡ ኣብ ከባቢ ግንባራ እትለብሶ ቀጢን ሕንጻጽ ኣንቢሩላ። እቲ ቀዳማይ ሽምርር ግንባራ ረቂቕ መገዲ ጻጸ ይመስል። ዓወት ነቲ ሕንጻጽ ህይወት ብርሳስ ኣድሚቓ ቀሊዓቶ እምበር ኣነስ ኣይመስተበሃልኩሉን።

መስመር ህይወት ንኹሉ ኣዛሚት ዝሓለፈቶ መገድታት ኣይሕብርን። ዕድመኣ ኣብ ገጻ ኣይተሳእለን። ፍሕሹው ገጻ ከምዚ ንብርሃን ዝጥምት ዕንባባ መሲሉ ይርኣየኒ። እቲ ተሰሚዑኒ ዝነበረ ድኻም ንኣዛሚት ምስ ርኣኹ ገዲፉኒ። ብዓወት እናተሓገዘት ድራር ቀሪባ። ንእሽቶ ኮሊሰ ዝሑል ማይ ኣውሪደ። ካብ ልማደይ ቁሩብ ኣምስየ'ኳ እንተ ነበርኩ ካብቲ ዝወዓልኩዎ ንመጽሓፈይ ዝኸውን ፍረ እንተ ለቐምኩ ኢለ ወረቓቕቲ ክግልብጥ እንከሎኹ ኣዛሚት ተኸቲላትኒ ናብቲ ብልማድ ክፍሊ መጽናዕቲ ዝብሎ ኣትያ።

ወግዒ'ኳ ኣይደለኹን ነይረ። እታ መዓልቲ ዝገደፈትለይ ኣይነበራን። ሱሌማን፡ ባህታን መሓመድ እድሪስን እንታይ ይደልዩ

ከም ዝነበሩ ዳርጋ ጠፊኦኒ። ኣዛሚት ኩነታተይ ግዲ ምብራህ ኣብዩዋ፡ "እንታይ ድኣልና ሎሚስ ዝደኸምና ንመስል?"

"ግደፍዮ'ባ! ሎሚስ ናይ ብሓቂ እየ ደኺመ። ዝሰረሕኩዎ ነገር'ኳ ክንድዚ ዝብሃል ኣይነበረን። ከምዚ ብዙሕ ዝሰረሕኩ ግን ሓይለይ ጥልም ኢሉኒ።"

"ኣነ ከም ዘስተባህለልካ'ኮ ዘረባ ኢዩ ዘድክመካ። ስራሕኩም ዘረባ እንዳኣሉ። ሓቀይ'ዶ?"

"እወ ሓቂኺ። ጸወታ ከይመስለኪ፡ ስራሕና ዘረባ ኢዩ ዝኸውን ዘሎ። ህዝበይ'ውን መልክዕ መሲሉዋ ዘረባ ኢያ ኲይና ዘላ። ዘረባ ምብዛሕ ድማ ንመልሓስ ኣትሪሩ ንመሓውር የልምሶ ኢዩ። ፈቲና ጸሊእና ግን ህዝበይ ገረውረው ብዝብል ባዶ ቆፎ ትርጉም ትድንቀኵር ኣላ። ሎሚ ምሸት ምስ በዓል ሱሌማን ሓቂ፡ ቃልን ሓበሬታን ገለ-መለን ክንብል ኣምሲና።"

"እወ 'ባደኣ! እንታይ ኢዩ ኣዳም ሓቂ፡ ግሉጽነት፡ ሓበሬታ እናበለ ዘረባ ጥራይ ኲይኑ ዘሎ? ሓቂ ሕጂ ድዩ ተወሊዱ? ምናዳ መሓመድ እድሪስ ታሪኽ ዘመናዊ ኤርትራ ክጽሕፍ ብምባል ዝዛረቦ ዝሰኣነ ይመስለኒ። ሓቂ ክኣሪ ውዒለ! ሓቂ ተኸዊሉኒ! ታሪኽ ብሓቂ ኢዩ ዝጸሓፍ! ቊርጽራጽ ሓበሬታታት በዚሑ! ወዘተ. ክብል እንከሎ ከምዚ ሓቂ እግሪ ኣውጺኡ ክጎየኒ ዝኽእል መሲሉኒ። ሕጂስ ባህታ በል ሱሌማን ሕልበት ብሓቂ ሃብኒ ከይብሉኒ እየ ዝፈርሕ፡" ኢላ ከተዘናግዓኒ ፈቲና።

"ስምዒ እስከ ኣዛሚት፡ ንሓቂ እስከ ግለጽለይ። ሓቂ እንታይ'ያ?"

ንኽትምልሰለይ ሰጋእ ኣይበለትን።

"ሓቂ ናይ ውሽጢ ኢያ። ኣብ ግዳም ዝልበስ ሓቂ ዘሎ ኣይመስለንን። ሰብ ሓቂ ሓቂ ዝብል ግዳማዊ መልክዕ እናርኣየ ኢዩ። ውሽጢኻ ዝኣቱ ሰብ የለን። ብዛዕባ ኩናት ክዛረቡ፡ ክጽሕፉ ንዕዘብ ኣሎና። ሓቂ ውግእ ዝፈልጥ ግን ኣይርኣናን። 'ኣብ ኩናት ዘይውዓለስ በሊሕ ኣፉ' ተባሂሉ እንድዩ ቀደም። ሓቂ እቲ ዝፈልጣ ኢዩ ዘለልያ። ሰብ ጥራሕካ ክርእየካ ይኽእል ይኸውን፣ ሓቕኻ ግን ኣይርእዮን ኢዩ። ብውሽጡ ግን ዝፈልጦ ይመስሎ። ሓቂ ኣብ ውርዙይ ቃላት የላን። ኣብ ኩናት፡ ኣብ ጥሜት፡ ኣብ ፍቕሪ፡ ኣበይ'ሞ ክብለካ እየ? ሓቂ ኣብ ናፍቖት፡ ኣብ ትምኒት ኢያ ዘላ። ብዓቕመይ ንሓቂ ዝፈልጣ ኢዩ ዝመስለኒ። ኣብዞም ፈለጥና፡

ተመሃርና፡ በለጽና ዝብሉ የላን። ንፈልጣ ኢና ኢሎም ብዛዕባኣ ክዛረቡ ይስምዑ ኢዮም። ሓቂ ስደተኛ፡ ተጋዳላይ፡ ዋርሳይ፡ መንእሰይ፡ ወዘተ. ግን ዝፈልጡ ኣይመስለንን። ሓቂ ጓል-ኣንስተይቲ ዝፈልጥ እሞ ከኣ ኣይርኣኹን። 'ሓቂ ኣብ ሓፋሽ ተደርቢያ ዘልዕላ ዝስኣነት ምስኪን ኢያ' ዝብሉ ሰሚዐ ኣሎኹ። 'ሓቂ ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮ ተዓቍባ ክሳዕ ደለይታ ብምህለላ ስነ-ፍልጠት ንኸብራ ዝውድሱ ኣስኪኣ ኣላ' ዝብሉ'ውን ኣሎዉ። እቶም ፈለጥና ዝብሉ ስለ ዝፍንፍኑዋ ኣየልዕሉዋን ኢዮም። ኣብ ክንድኣ ግን ሓቂ ኢሎም ንዘይኰነሎም ሓንካስ ሓቂ ክፈጥሩ ላሕ ይብሉ። ናቶም ዘይፈለጡስ ብዛዕባ ናይ ህዝቢ ሓቂ ይዛረቡ። ናተይ ሓቂ ንስኻ ኣይርኣኻያን፡ ካልኦት ኣይርኣዩዋን፡ ዓወት ጓለይ'ውን ኣይርኣየታን፣ ኣነ ጥራሕ እየ ዝፈልጣ። ብዛዕባ ናተይን ከማይን ሓቅታት ግን ኩሉ ይጽሕፍ ኩሉ ይዛረብ ኣሎ፣ ኣነ ድማ ኪርኪር ኢለ እስሕቕ።"

ኣብ ዘይሓሰብኩዎ ደልሃመት ከም ዝጠለቕኩ ተፈሊጡኒ። ኣብ ውሽጢ ኣዛሚት ዘሎ ሓቂ ዘይኰነስ ባዕለይ ዝፈጠርኩዎ ምኳኑ ገጽ-ንገጽ ገጢሙኒ። ንናይ ቀደም ይኹን ንናይ ሕጂ መጽሓፍተይ ተጠራጢረለን። ኩልና ሓቂ ክንፈጥር ንጽዕር ከም ዝነበርና ኣይተጠራጠርኩን።

"ሓቂ ኣብ ናፍቖት፡ ኣብ ትምኒት ኢያ ዘላ፡" ምስ በለት ብርቱዕ ጓሂ ተሰሚዑኒ። ኣነ ኮነ ካልኦት፡ ንዝደለናዮ ሓቂ ካብ መኣዲ ፖለቲካ ይኹን ካብ መኣዲ ቁጠባ ቦጥሊቕና እናውጻእና፡ ስፍሓት መኻፍቲ ኣፎም ከይፈለጥና፡ ባህጊ መግቦም ከይገመትና፡ ይዕገቡ ኣይዕገቡ ብኢድና ዘዝዓተርናዮ ኩላሶታት ሓቂ እናበልና ክሳዕ ዘስገድግዶም ንውትፈሎም ከም ዘሎና ተረዲኡኒ። በዓል በለጽና ኣብ ዘዝምችኦም ኰይኖም ገበርና ፈጠርና እናበሉ ካብቶም ብኹላሶ ሓሶቶም ዝተሓንቁ መሳኪን ተገዛእቲን፡ ኣምልኾን ዕሽነትን ይጽበዩ። ንሓንሳብ ኩሉ ሓሳዊ ከይከውን እፈርሕ። ዝበዝሕ ዘይብሉ ኣሎኒ፡ ዘይገበሮ ገይረ፡ ዘይኰኖ ኰይነ፡ ዘይበጽሖ በጺሐ፡ እናበለ ሕማም ኣተሓባባእ ሓቂ እንድሕሪ ተጻዊቱ፡ እንታይ ዓይነት ፍረ ከም ዝርከብ ኣይፈለጥኩን።

ስነ-ጽሑፈይ ከም ብሓድሽ ክግምግሞ ወሲነ። ኣዛሚት ኣብ ሕልናይ ኣትያ ኣሳቕያትኒ። ሓቂ ዘይብሉ ስነ-ጽሑፍ ካብ ዘቕርብ ዘይምጽሓፍ እሕሽኒ ኢለ ንነብሰይ ቃል ኣትየላ። ስነ-ጽሑፋዊ ጽባቐን ሓቂን ዝፈላሊ ጸሓፊ ነዊሕ ከም ዘይስጉም ብንጹር ኣብ ህይወተይ ገጢሙኒ። ንኣዛሚት ከፍቅራ እንድሕሪ ኰይነ

ከም ብሓድሽ ክፈልጣ ከም ዘሎኒ ተረዲአ። ቀሊል ኰይኑ ግን ኣይረኸብኩዎን። ኣዛሚት ንዓይ ቅርጺ ኣካላታ ኢ.ያ ነይራ። ናይ ኣዛሚት ሕጕስ ጠባይ አቕልበሉ ነይረ። መወዳእታ ንዘይብሉ ርሕቀት ብድፍረት ክርኢ ዝሕግዘኒ ናታ ባህርያዊ ናጽነት ኢዩ። ብጨዋን ምጭውነታን ሓጕሰይን ሰሓቐይን ስለ ዝኾነት እየ ኣፍቂረያ። ናታ ሓቂ ግን ክእልሾ ኣይፈተንኩን። ሓቃ ኣብ ውሽጣ ተዓኺሊሉ ይነብር ከም ዝነበረ ንምርዳእ ነዊሕ ግዜ በሊዐ።

ኣብ ሜዳ ቃልሲ ምስ ተጸንበረት ኣብ ሓይልታት ኢ.ያ ተወዚዓ። "ድልዳለ ቅርጺ ኣካላተይ ርእዮም ይኾኑ" ኢ.ያ ትብለኒ እናሰሓቐት። ኣብ ግዜ ታዕሊም ብቕዓት ከም ዝነበራ ኩሎም መቓልስታ ይምስክሩላ። ከባቢ.ኣ ኰነ ዓለም ነቲ ኣብ ውሽጣ ዝነድድ ዝነበረ ትጽቢት ሓርነት ኣየስተውዓሉን ማለት ግን ኣጸጋሚ ኢዩ። ኣብ ፍሉጣት ግንባራት ብወኒ ተሳቲፋ። እቲ ፍልስፍና ቃልሲ ንሓባራዊ እምበር ንውልቃዊ ፍጻሜታት ዘይቀዱ ኰይኑ እምበር ልዕል ዝበሉ ሽልማታትን መዓርጋትን ተሰኪማ ምተመልሰት ነይራ። ዝረኸበቶ ሽልማት ድማ ኣብ ክዱን ኣካላት ስለ ዝነበረ ካብ ብዙሓት ተሰዊሩ ይነብር ኣሎ። ከም ዝብሉዎ ዳርጋ ናብራ ተጋድሎ ዝመቀራ ይመስል ነይሩ። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ግን ንሓይልታት ክትገድፎ ተገዲዳ። እታ ሰለፉ ገርኒባ ዝዘሓለት ጥይት ናብ ብሮት ትቕየር ውቃጠ በሰላ ገዲፋትላ። ደሓር'ኳ ብሮት እንተ ተባህለት ኣቐዲማ ውቃጠ በሰላ ኢ.ያ ነይራ።

* * *

ካብ ሓይልታት ናብ ምምህርና ተወዚዓ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ወዲኣ ዝተሰለፈት ተጋዳሊት ስለ ዝነበረት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ንህጻናት ክትኣሊ ተመዚዛ ክሳዕ ናጽነት ሰሪሓ። ዓወት ኳላ'ውን ምስቶም ካልኦት ህጻናት ከተዕብያ ክኢ.ላ። ንህጻናት ዝኣክል እኹል መጽሓፍቲ ስለ ዘይነበረ ባዕላ ክትጽሕፍ ትፍትን ነይራ። እዚ ገይረ ኢ.ላ ንሰብ ኣየርኣየቶን። ንበይና ኰይና ክትቃለሶ እንከላ ሓደ መዓልቲ ኣዘንጊዐያ። ካብ ሜዳ ድሕሪ ምምላሳ ሽዱሽተ ወርሒ ኣቢሉ ይኸውን ስራሕ ኣቋሪጸ ንገዛ ምስ ኣቶኹ ሰብ የለን ኢ.ላ ዝዘርግሐቶ ወረቓቕቲ ጎኒፉኒ፡ ኣንቢበዮ። ናብ ጥቓና ዘሎ ድኳን በጺሓ እትው እንተ በለት ተመሲጠ ምስጢራዊ ስራሓ ከስተማቕር እንከሎኹ ረኺባትኒ።

"ገሌና እምበኣር ጸሓፍቲ ኢ.ና፡" ኢ.ለያ ብምጸት፡ ገበን ክትፍጽም

ዝረኸብኩዋ መርማሪ ኣምሲለ።

"እንታይ ጸሓፊት? ስቕ ኢለ እየ ዝሕንጥጦ። ኣብ ኤው ከሎኹ'የ ጀሚረዮ፡" ኢላትኒ እናሓፈረት።

"ብሓቂ ዘደንቕ ስራሕ ኢዩ። ክትቅጽልዮን ክትፍጽምዮን ኣሎኪ። ኣነ ድማ ብዘሎኒ ክሕግዘኪ እየ።"

"ብዓቕምና ስራሕኩም ክንወስደልኩም ኢና ንጽዕር ዘሎና። ዓቕሚኻ ዘይምፍላጥ ኢዩ ኣብ ዘይስራሕና ዘእትወና።"

"ድልየት ደኣ ይሃሉ'ምበር ዓቕሚስ ተደላባይ ኢዩ። ናይ ህጻናት ዛንታ ካብቲ ኣዝዩ ዘድሊ ሃብቲ ኢዩ። ንህጻናት ቀንዲ መግቦም ዛንታ ኢዩ ይመስለኒ። ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ተማሂሮም ዝዕነዱ ሰባት በዚሖምና ዘሎዉ ብግዜ ህጻንነቶም እኹል መግቢ ዛንታ ስለ ዘይረኸቡ ኢዩ። ዛንታ ህጻናት መሃዝነት የማዕብል ኢዩ። ኣብቶም ተማሂሮም ወይ ተሞኩሮም ዝብሃሉ ቀለምቀመሳት ጎዲሉ ዘሎ ከኣ ናይ ምህዞ ክእለት ኢዩ። ኩሉ ሃብቲ ከቢቡዎም እንከሎ ድኽነት ይርኣዮም፣ ወጋሕታን ኣጋ-ግዜን ክፈልዩ ኣይክእሉን። ስለዚ ኣጆኺ ቀጽሊ፡" ኢለያ ብሓቂ ተሓጒሰ።

"እዛ ገዛ ክልተ ጸሓፍቲ ትሕዝ'ዶ ኢልካያ? ሕልበትከ መን ክቕርቦ?"

"ሕልበት ጸሓፍቲ ቈልዑ፡ ሻሂ ጸሓፍቲ ዓበይቲ ኢዮም ዝብሉ ሊቃውንቲ፡" ምስ በልኩዋ ኣዝያ ስሒቓ።

ድሕሪ'ዚ ትንፋስ ዘይመልስ ደብዳብ መጽሓፍቲ፡ ቪድዮ፡ ካርቱን፡ ናይ ረድዮ መደባት፡ መጽሔታትን ኣሳእልን ኣውሪደላ። ክልተ ዓመት ምሳይ ተቐሚጣ ናብ ከረን ቅድሚ ምኻዳ ዳርጋ ኩሎም እቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ብጽሕፈት መጽሓፍ ህጻውንቲ ዝፍለጡ ዓበይቲ ደረስቲ ኣንቢባቶም። ምስቶም ንዛንታ ህጻናት ብስእሊ ዘሰንዩ ተላሊያ። ስራሕ ፍሉጣት መሃዝቲ ናይ ቈልዑት ካርቱን ድማ ብምግዳስ ተኸታቲላቶ። ኣብ ከረን ኣብቲ እንዳ ህጻናት እናሰርሐት ነቲ ዝተላለየቶ ሓይኻ፡ ተወሳኺ ስራሓት'ውን ወሲኻትሉ። እዚ ከም ዘይኣክል ስለ ዝተረዳዳእና ድማ ናይ ኤርትራ ጽውጽዋያትን ጸወታታት ህጻናትን ካብ መጽሓፍ ዘይኰነ ካብ ህሉዋት ተማሂራ። መማህራና ዓበይቲ ጥራሕ ኣይነበሩን። ካብ ህጻውንቲ ዝተማሃርኩዎ ይበዝሕ ኢያ ትብል።

ካብ ከረን ምስ ተመልሰት ብዛዕባ ዛንታ ህጻናት ኣዕሊልና።

“ኣዛሚት ሕጂስ ብዛዕባ ዛንታ ህጻናት ሊቕነት ክትቅበሊ ተቐሪብኪ ትኾኒ?” ኢለያ ዘረባ ንምጅማር። “ናይ መን ሃገር ዛንታ ህጻናትን ጽውጽዋያትን ይፍተወኪ?”

“ንዓይ ግርም ዝብለኒ ጽውጽዋያት ዓለም ዘመሳሰሉ ምዃኖም ኢዩ። ተማኺሮም ኣዘንትዮሞ ከይብሃል ኣበይ ተራኺቦም ኢልካዮም? እቶም ምዕቡላት ሃገራት ዝብሃሉ ነቶም ሳልሳይ ዓለም ዝብሃሉ ዝበልጹዎም ብምንታይ ይመስለካ?” ኢላትኒ። ንሕቶኣ ባዕላ መላሲት ኰይና ድማ፡ “ኣብ ናይ ጥንታዊ ጽውጽዋያቶም ጥራሕ ኣይትሓጽሩን። ፍሉያት መሃዝቲን ፈጠርቲን ዝኾኑ ጸሓፍቲ ስለ ዘፍረዩ ምስ ስጒምቲ ናብራ ዝጕዓዙ ቀጻሊ ዛንታታት እናወሰኹ ይኸዱ። ንሕና ኣብቲ ናይ ቀደም ተደሪትና ደው ዝበልና ይመስለኒ። ነቲ ናይ ጥንቲ’ውን ብግቡእ ኣይዓቀብናዮን። ምዕባለና ድማ ምስኡ ደው ኢሉ ይኸውን። እንተ ሓሰብካዮ ብዘይ ዛንታ እንታይ ዓይነት ምዕባለ ክህሉ ይኽእል? ሕጂ’ሞ ግደፈኒ! ትምህርቲ ብዘይ ዛንታ ህጻናት ጎደሎ ምዃኑ ተረዲኡኒ። ምኽንያት ስንክልና ምሁራትና ድማ ፈሊጠዮ። ጉድኣት ኣተሓሳስባ ካብ ደቂ ሰለስተ ጀሚሩ ኢዩ ሒዙዎም። ሰኣን ጽውጽዋይን ሰኣን ዛንታ ህጻናትን ክንደይ ሕማም ድንቁርና ኣብ ምሁራት ዓዲና ይወርድ ይኸውን? ንኣብነት፡ ብዙሓት ስነ-ጥበብ ክከታተሉ ኣንቂዶም ዘሎዉ እንተ ርኣና፡ ዛንታ ስኢኖም ደው ዝበሉ ይመስሉ።”

ምላሽ ኣዛሚት ባህ ኢሉኒ። ዓባይ ጸሓፊት ክትከውን ከም እትኽእል ብልበይ ኣሚነ። ብዘሎኒ ክእለት ክሕግዛ ድማ ወሲነ።

“ዓወት ጓልኪ ከመይ ኣቢላ ምስኣል ክኢላ?”

“ካብቲ ዘንብበላ መጽሓፍቲ ኢዩ ዝኸውን። እቲ ትህበኒ ዝነበርካ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ብዘገርም ኣሳእል ኢዩ ተዓጂቡ። ኣነ’ውን ምስኣል ክኢለ። እንተ ዘይስሒቐካንስ ከርእየካ፡” ኢላ ሓደ ዓቢ ሓቓፊ ኣሳኣል ሂባትኒ። ብኣወዳድቓ ሕንጻጻታ ተገሪመ። ዑደት ሕንጣጦኣ ብነብሰ-ተኣማንነት ከም ዝንቀሳቐስ ምስ ኣስተወዓልኩ ብዛዕባ ንሓዋሩ ዘወፍየላ ኣድለይቲ መሳርሒ ስእሊ ሓሲበ። ብጸቕጢ ርቱዕ ኣተሓሕዛ ርሳሳ ዝተመርሑ መስመራትን ነጥብታትን መበገሲኦም ኣለልዮም ምልክታት ውሽጣዊ ባህግታታ ከም ዝመዝገቡ ምስ ፈለጥኩ፡ ብመጻኢ ዕብየታ ኣይተጠራጠርኩን። ነቶም ዛንታታት ህጻናት ካብ ብተረኽቲ ፊደላት፡ ብፈጠርቲ ምልክታታት ከተግህዶም ከም እትኽል ተረዲኡኒ።

ኣዛሚት ዝገበረቶ ምቅርራብ ኣይወሓደን። ብዓቢኡ ናይ ቃልሲ ተመክሮኣ ሕሉፍ ሃብቲ ኰይኑዋ። ካብ ተቓላሲት ናብ ኣላዪት ህጻናት ዝተኣኻኸበ ተመክሮ ምንጪ ምህዞታት ኢዩ። ሸሞንተ ዓመታት ዝኣክል ብዛዕባ ዛንታ ህጻናት ዝንበብ ንባብ ብቐሊሉ ዘይርከብ ልዑል ትምህርቲ ኣኪባ። ኣነ'ውን ንዓኣ ክብል ብዙሕ ተኸታቲለ። ብ2000 ካብ ግንባር ምስ ተመልሰት ዝምላእ ተመክሮ መሊኣ ምጽሓፍ ጀሚራ። ብሕቱው ኣጸሓሕፋ ኢያ ትጥቀም። ዝጽሓፈቶ ብምስጢር ትሕዞ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ምጽሓፍ ድማ ኣይብርሃን። ስሕት ኢላ ብዛዕባ ምፅባለ ወይ ብዛዕባ ዝገጠማ ሽግር ተዋግዓኒ። ኣነ'ውን ናተይ ተመክሮ ኣካፍላ።

* * *

ምስ ኣዛሚት ፍሉይ ርክብ ኢዩ ጠሚሩና። ብዘይ ቃልዓለም ዘሎና ኢና ንወሃሃብ። ኣካላትና ይኹን መንፈስና ኣይተባቐቕናን። ምስ ሒደት ካልኦት ግን ብዕዳጋዊ ስምምዕ ዝኸተምናዮ ዝምድና ዘንገስና ይመስል። ገሊኦን ጾታዊ ንስነተን ንፍሉይ ዋጋ ዝዕድም ይመስለን'ሞ ዝተገብረ ፍረ ርክብ ዋጋ ተፈጥሮኣዊ ውህበተን ገይረን ይቕበልኦ። ምስ ኣዛሚት ግን ንህሉውን ንመጻኢን ናብራ ንምቕያር ብዘይ ግዜያዊ ውዕል ኣንቂድና ዝተራኸብና ክልተ ናጻ ሰባት ኢና ንመስል። ኩሉ ተውህቦታትና ንኻልእ እንተ ኣካፊልና ድማ ዘቕሕረና ቅንኢ ኣይነበረን። ርክብና ካብ ሂበካን ውሲደልካን ወጻኢ ኢዩ ነይሩ።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣብቲ ዝውቱር ስነ-ጥበባዊ ወግዒና፡ ኣዛሚት ክሳዕ ትነብዕ ከርኪር ኢላ ስሒቓ ምስ ተኣበደት፡ ምኽንያት መስሓቒኣ ክትገልጸለይ ጽዒራ።

"ኣብ ጥንታዊ ጽውጽዋያትና ውኻርያ፡ ኣንበሳ፡ ዝብኢን ኣድጊን ቀንዲ ተዋሳኣቲ ኢዮም። ኣብ ዛንታ ቈልዑት ሓሰማ ከተኣታቱ ስለ ዝደለኹ ብምስሊ ሓሰማ ዘቕርቦ ጠባይ ክደሊ ጀሚረ። ወቓሕ ዝብለኒ ባህሪ ሰብ ግን ስኢነ። ንእኒ በዓል ማንቲለ፡ ኢራብ፡ ድሙ፡ ከልቢ፡ ወዘተ. ግን ብቐሊሉ ንዕየም ዝመስል ሰባዊ ግብሪ ረኺበሎም። ኣብ ሃገርና ሓሰማዊ ምስሊ የብልናን እናበልኩ እንከሎኹ ነዚ ኣብ ጥቓና ኣብ መገዲ ዝሸይን ዘሎ ሰብኣይ ምስ ተዓዘብኩ እየ ዝስሕቕ ዘሎኹ። ንሓሰማ ዝውክሉ ሰባት ከም ዘሎዉና ድማ ኣረጋጊጸ፡" ኢላትኒ።

-7-

መጽሓፈይ ነጻጊት ተዓሳብነት ምዃና ብዙሕ ግዜ መስኪራትለይ። ግዝእቲ ህሉው ኩነታት ጥራሕ ክትከውን ከም ዘይትኽእል ምስኣ ተረዳዲእና ኢና።

ድሕሪ ኲናት ዝብሃል ዘመን ከም ጽጉብ ሩባ መልክዑ እናላለየ ናብ ባሕሪ ታሪኽ ኤርትራ ብሰልፊ ክጽንበር እንከሎ ይስመዓኒ። ኣካይድኡ ሰላሕታ ድዩ ፊሒኹታ ወይ ድማ ጉያ ኢሉ ዝሓትት እንተ ዝመጽእስ ኩሉ ነናቱ ምበለ። ግዜ ሓደ መለክዒ ዘሎዎ እናመሰለና ኢዩ’ምበር ብዙሕ መለክዒ ኣሎዎ። ንገሊኡ ይነውሖ ንገሊኡ ይሓጽሮ። ብስጕምቲ ምዕባለ መጽሓፈይ እናገመትኩዎ ግዲ ኰይነስ ንዓይ ግዜ ኣዝዩ ይሓጽረኒ። መዓስ ነጊሁ መዓስ ከም ዝመሰ ይገርመኒ። ጽሑፈይ ብፊሒኹታ’ውን ንቕድሚት ምባል ኣብዩ። መን ይፈልጥ፡ ከም ደራሲ ፈጠራዊ ጽሑፍ ኣነ ክጥቀመሉ ዝኽእል ነገር ብዓይነቱ ይኹን ብብዝሑ የደንጽወኒ ይህሉ። ተወሳኺ ድዩ ሓድሽ ሓቅታት በብመዓልቱ ፋሕ ኢሉ ክንዛሕ እርኢ። ኣየናይ ገዲፈ ኣየናይ ከም ዝኣሪ ግን ሓይሊ ውሳነ ይጎድለኒ። ናይ ኩሉ ሰብ ጸገም’ውን ተመሳሳሊ ይመስለኒ። ንሓቅታት ምዝማድን ምትሕብባርን ቀሊል ስለ ዘይኰነ ነፍሲ-ወከፍ ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ በተን ብህቦቡላ ዝተበተናሉን ተመናጢሉ ዝኣከበንን ቁርጽራጽ ሓበሬታታት ገይሩ ሓደ ዝተላገበ ድርዕቶ ሓቂ ንምስራሕ ብድዉይ መሓውርን ብሓባል ዓይኒን ክሽብልል ይፍትን። እቲ ነንሕድሕዱ ብዘይቃዶ ኣጫርቐ ሓቂ ዝተደርዐ ክዳን፡ ንኣካላዊ ጥዕና ይኹን ንመንፈሳዊ ቅሳነት ዘይሰማማዕ ኰይኑ እረኽቦ። ካልእ ሕይሽ ዝበለ ሓቅታት ካብቶም ኣሎና ዝብሉ ሃገራትን ካብ ዓዱን ይእክብ፣ ዘዕግቦ ግን ኣይረክብን። መሊሱ ይእክብ መሊሱ ይጕሕፍ። መሊሱ ይውሕጥ መሊሱ ይተፍእ። ጽንሕ ኢሉ ድኻም ይኸትል። ሰብ ብሓንካስ ሓበሬታታት ክስክሕ ምርኣይ ንቡር ኣይኰነን። እቲ ህዝቢ የደንግጸካ። መጻወቲ ስሱዓት ኰይኑ ክትርእዮ ባህ ኣይብልን። እቶም ንህዝቢ ብምድንጋሮም

ዝሻደኑ ናይ ሓቂ ስንኩላን ሳዕቤናት ድንቁርናኦም ዘውርዶ ዘሎ ነውጺ ሓሳብ ክግምቱ ዘይምኽኣሎም የጕሂ። እቶም ማዕቢልና ዝብሉ መንግስታት ዓለም ነቲ ጽጉም ህዝቢ ብግጉይ ውሕጅ ሓበሬታታት ኣናዊጾም ከዕንው ምርኣይ የቐንዙ። ብዙሓት ተገደስቲ መዓስ ኮን ኢዩ እቲ ኤርትራዊ ሕብረት ልበይ ቃል ሰናይ ኣጉሲዑ ዝብል እናበሉ ከስተንትኑ ተሰሚዖም።

ኣብ ሓደ ተስካር መኣዲ እናበላዕና እንክሎና ገለ ዘረባ ንዘረባ ኣምጽኦ ዝዓይነቱ ወግዒ ተላዒሉስ፡ ከይዱ ተጠዋውዩ ዘየስተንተንኩዎ ፍልስፍና ህይወት ምሂሩኒ። እቲ ወግዒ ኣብ መንጎ ኣዕሩኽ ኢዩ ዝመስል። ደሓር ብርግጽ ከም ዝተረድኣኒ እቲ ምላሽ ሃብ ዝብሃል ዝነበረ ኣብ ኤርትራ ብዙሕ ከይተፈልጠ ብውሑድ ሰባት ዝንበብ ዝነበረ ናይ ፈጠራ ጸሓፋይ ኢዩ። እቶም ሓተትቲ ድማ ብዓንተቦ ተለለይቲ ዝኾኑ ውሱናትን ሒደትን ሰባት ኰይኖም ካብዞም ካብ ሜዳ ቃልሲ ኰነ ወጻኢ ሃገራት ይምጽኡ ወይ ኣብዚ ይጽንሑ ብዛዕባ ጉዳያት ሃገር ኣፍልጦ ኣሎና ኢሎም ንዝተዘርበ ጣዕሚ ወግዒ ፖለቲካዊ መሰል ዘልዛል ክዳን ዘልብሱ ኢዮም ነይሮም። እቲ ጸሓፊ ንኣባላት መኣዲ ከዘናግዕ ኢሉ ልዙብ ጣዕሚ ዘሎዎ ጸወታ ኣካፊሉና። ኣነ ብፍላይ ትሕዝቶ ወግዑ ተፈትዩኒ። ከይቋርጹዎ ድማ ፈሪሐ። እንተኾነ እቶም ሰለስተ ዝፈልጡዎ መሓዙት ነቲ ፈትሊ ዛንታኡ ኣብ ዘይከውን ግዜ እናበተኹ ከሕስሩዎ ተዓዚበ። መልሰሎም ዝብል ውሽጣዊ ድፍኢት ሸንዲሑኒ ነይሩ፣ ዝገበርኩ ገይረ ልቢ ኣዕብየ ግን ንስምዒተይ ለጕመዮ። እቶም ተቐናቐንቲ መቐረት ወግዒ ግን ነቲ ዕንቅፋት ዘረባ ብሸሃረት ቀጸሉዎ። እቲ ጸሓፋይ ብዛዕባ ሓድሽ ቅዲ ክዳን ኣንስቲ ኣልዒሉ ኣብ መንጎ ንሱ ዝፈልጦም ሰብ ሓዳር ዝስዓበ ዘይምርድዳእ ኣፍ ዘየኽድን ዋዛ ክነግረና ይጽዕር። ንሳቶም ድማ ሓንቲ ከይሰሓቑ ፖለቲካዊ ትርጕም ዝበሉዎ ይትንትኑልና። ንሕና ናብ ዋዛ ከነቕልብ፡ ንሳቶም ካብኡ ክኣልዩና ላሕ ክብሉ መቐረት መኣዲ ጠፊኡና። እቲ ፖለቲካ ዝብሉዎ ዝነበሩ ሃሰውሰው ንዓና ትርጕም ክህበና ኣይከኣለን። ጸሓፊ'ውን እቲ ዘዘንቱዎ ዝነበረ ዛንታ መቐረት ህይወት እምበር ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ከም ዘይነበሮ ከረድኦም ጽዒሩ። ንሳቶም ግን በዚ ዘሎናዮ እዋን ዝኾነ ዘረባ ዋዛ ይኹን ቁምነገር ፖለቲካዊ ጽልዋ ከም ዘሎዎ ከረድኡ ፈቲኖም። ብሓደ ወገን እንተ ርኣኹዎ እቶም ሰብ ፖለቲካ ምኳኖም ዝኣምኑ ካብ ሰቦም ኣይተፈልዩን። ግዜኡ ግዲ ኰይኑስ ኵሉ ክከም ዓቕሙ ንትርጕም ህይወትን

ንመኣዛ ናብራን ብዓይኒ ፖለቲካ ዝብሃል መነጽር ጥራይ ክጥምት ይህቅን ኣሎ።

ኣባል መኣዲና ዝነበሩ ዓቢ ሰብኣይ፡ "መወዳእታ እዛ ዋዛ ንስማዕ'ሞ ደሓር ናብ ፖለቲካኹም ትኣትዉ እዞም ኣሕዋተይ። ዘይ ሎሚ ዘይተረኽበ ጥዑም ዘረባስ ባዕልና ክንዝርጎ?" ኢሎም ከረድኡ ፈቲኖም። ካልኦት ኣባላት መኣዲ'ውን እታ ዛንታ ክሳዕ መወዳእታኣ ንኽትበጽሕ ብዘሎዎም ዓቕሚ ጽዒሮም። እንተኾነ መወዳእታኡ ክስማዕ ዝተባህገ ዛንታ ሰብኣይን ሰበይቲን መሕለፊ ስኢኑ ኣብ ጎሮሮ ጸሓፋይ ተዓጊቱ ተሪፉ። ብሽም ፖለቲካ ኢሎም ዝብሉዎ ክንደይ ጥዑም ዛንታ ህይወትን ናብራን ብርሃን ከይርኣየ ተቐቢሩ ተሪፉ ይኸውን እናበልኩ ብውሽጠይ ኣስተንቲነ።

እቲ ጸሓፋይ ግን ኣይ ሰሓኽ ኣይ ኩራ፡ ናይ ሕጫጩ መልክዕን ድምጺን ለቢሱ፡ "ንስኻትኩም መማህራን ንሕና ተመሃሮ ዲና ኴንና ዘሎና? ማለት ኣብ ትሕቲ ጽላልኩም ተዓሲብና ንስኻትኩም ብዝወሰንኩሞ ቅዲ ኣተሓሳስባ ዲና ክንነብር? ብዛዕባ ስጉምቲ ህይወትና ንምርዳእ ካባኻትኩም ዲና ትርጉም ክንጽበ? ንዕለታዊ ርክብ ናብራና ፖለቲካዊ ትርጉም ወሃብቲ ንኽትኰኑ መን ኣዕጢቑኩም ወይ ወኪሉኩም እንተ ተባህለኸ? ንሕና መን ኢና ኢልኩም ነብሲኹም መዚንኩም ትፈልጡዶ? ከምዚ ናይ ጥንቲ ግሪኻዊ እምነት ንስኻትኩም ስድራ-ቤት ኣማልኽቲ ንሕና ድማ ድኹማት ሓለፍቲ ደቂ-ሰብ ኴንና ከይንብል ድማ ኣብ መንጎኹም ነቶም ኣማልኽቲ ግሪኽ ዝመስሉ ውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለታት ኣይርኣናን። ዓይንና ደኣ ተሸፊንና ከይንኸውን እምበር ኣብ መንጎኹም ንጽላሎት ኣፖሎ ዝመስል'ኳ ኣይርኣናን። ኣብቶም ኣባላት ኣማልኽቲ ግሪኽ ዝተኣከበ መልክዕ ይኹን ግርማ፡ ሞያ ይኹን ፍልጠት ዝመስል ተውህቦ ዘይተዓደልኩም ምኻንኩም እቲ መሸፈኒ መንነቱ ዝሞሎቐ ቅሉዕ ሕፍረትኩም ብስንባደ ይምስክር ኣሎ። እዚ ኲይኑ ግን ህይወትናን ናብራናን ብሓንካስ ሞያኹም ክትመርሑና ምድላይኩም ንታሪኽ ዝግደፍ መስሓቄን ኩነታት ኢዩ። ቁሩብ ክንዛናጋዕ ዘይትገድፉና! መቐረት ህይወት ክንጥዕም እንዶ ግደፉና! ሓንሳብ እንተ ሰሓኽና እንታይ ኣሎዎ! ካን ካን ብምዝንቡላት ሽቃጠን ብሓንካሳት ቀለምቀመሳትን ክንጓስ!" ኢሉዎም።

በቲ ዝተዋህቦም ርቱዕ ምላሽ ድዩ ብኻልእ ኣፎምን ጸግዮምን ሒዞም ተፈልዮሙና። እቲ ጸሓፋይ ነታ ዝተቛረጸት ዛንታ

ክምልኣልና ኣይከኣለን። ማይ ዘሕጽቡን መኣዲ ዘልዕሉን ሓደስቲ ኣባላት መኣዲ ዘነባብሩን በብወገኖም ነቲ ወግዒ ዕድመ መፈጸምታ ገይሮምሉ። ኣነ'ውን ከም ሰባይ እናጕሃኹ ቃንዛ ዘይተመልአት ዛንታ ኣንጠልጢለ ናብ ገዛይ ተመሊሰ።

* * *

ባህታን ሱሌማንን ከም ኣመሎም ኣንጊሆም ገዛይ ኳሕኲሖም። ንቕድሚኦም ቍርሲ ሕልበት እንተ ዝረኽቡ'ውን ኣይምጸልኡን። ኣዛሚት ገይሻ ስለ ዝነበረት ግን ከይፈተዉ ናተይ ዝሑል ሻሂ ንምስታይ ተገዲዶም። ኣብ ስራሕ ንራኸብ ኢና። ኣስራሕተይ ምኳኖም'ውን ኣይተረፈን። ከም ዝበልኩኹም ቀንዲ ስርሐይ ብኻልኦት ዝተቐረበ ጸብጻባት ምትዕርራይ ወይ ምጽብባቕ ኢዩ። ዝትርጐም እንተሎ እትርጉም። ወግዒ ንዘድለዮ በዓል ሞያ ወይ በዓል ጉዳይ ድማ ኩሉ ግዜ ቁሩብ ኰይነ እርከብ። ካብዚ ዝተረፈኒ ግዜ ንመጽሓፈይ ኣቐምጦ። በዓል ሱሌማን ብዛዕባ ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ዝምልከት ስራሖም ከዛርቡኒ እንተ ደልዮም ኣብ ገዛይ ወይ ከኣ ኣብታ እንዳ ቡን ምምጻእ ምቐለሎም። ናይ ሎሚ ንግሆ ኣመጻጽኣኦም ግን ኣይፈለጥኩዎን፣ ክግምት'ውን ኣይክኣልኩን።

"ድሕረ-ኵናት ዘሎ ምንቅስቓስ ሓበሬታታት ንገለ ተመራመርቲ የተሓሳስቦም ከም ዘሎ ይንገር። ሓበሬታ ጽፍዒት ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ድማ ይብሉ ኢዮም። ብወገንካ ከመይ ትግምግሞ?" ኢሉ ባህታ ኣተሓትታ ቅጭ ዝመጸ ጋዜጠኛ ገይሩ ንኽዛረብ ደፋፊኡኒ። ገና ከይመለስኩ ሱሌማን፡ "እንታይ መሲሉካ? እቶም ስራሕ ዝሃቡና በብግዜኡ ካባና ዝጽበዩዎ ጸብጻብ ከም ዘሎ ትፈልጥ ኢኻ። መጀመርያኻ ኣይኰነን። ሕጂ ኣቐድም ኣቢልና ክነቕርቦ ዝደፋፍኣና ሓደ ምኽንያት ከም ዘሎ ትስሕቶ ኣይመስለንን። ድሕረ-ኵናትን ሓበሬታትን ኣብ ኤርትራ ብዝብል ኣርእስቲ ተጻሒፉ ዘሎ መጽሓፍ እናሓደረ ኣገዳሲ ኰይኑ ይዝርጋሕ ኣሎ። እቲ መጽሓፍ ንብሎ ዘሎና እካብ ጽሑፋት ኢዩ። እቶም ትሸዓተ ኤርትራውያን ተመራመርቲ ኣቕሪቦሞ ዘሎዉ ሓሳባት ዘቀራረብን ዘፈላሊን ነጥብታት ኣሎዎ። ከም እትፈልጦ ናይ ትሸዓተኦም ሓሳባት ምጽሟቕ፡ ምግንዛብን ምእሳርን ከድሊ ኢዩ። ኣድላይነቱ ገሚትካ ጌርካዮ እንተ ኴንካ ጽቡቕ፣ እንተ ዘይኰነ ድማ ብቕልጡፍ ክትገብሮ ከም ዘሎካ ድሮ ፈሊጥካ ትኸውን እብል፡" ኢሉ ንባህታ ጠሚቱዎ።

ተወሳኺ ገንዘብ ሃሪፌ ዝተቐበልኩዎ ስራሕ ናብ ጣዕሳ ከብለኒ ደልዩ። ኵሉ ሓበሬታ፡ ኵሉ ሓቅታት፡ ኵሉ ቃላት ብዓይኒ ስነ-ኣኣሙራዊ ኩናት ምርኣይ ቀሊል ኰይኑ ኣይረኸብኩዎን። መጽሓፈይ እምብዛ ብስራሐይ ክትጽሎ ስለ ዘይደለኹዋ ሕሉፍ ጥንቃቐ ምግባር ከፊኡኒ። ማህዛዊ ሓይለይ ከይደክም ድማ ፈሪሐ። ብኻልእ ወገን ግን ብዙሕ ሓቅታት ኤርትራ ኣደዳ ተጻባእቲ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ምዃኑ ምፍላጠይ ኣይከፍኣንን። መኣዝናት ቆላሕታይ ሰፊሑ ጥራሕ ዘይኰነስ ንጽሑፈይ ዝኸውን ነገር'ውን ኣይሰኣንኩን። ህዝቢ ብስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ኣብ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ናብራኡ ክንደይ ማህሰይቲ ከም ዝውርዶ ምፍላጠይ ኣስደሚሙኒ። እታ ንእለታ ዝለብሳ ኰነ ዝበልዓ ወይ ዝዛረባ'ኳ እንተኾነት ውጋእ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ምዃና ምስትውዓል ንድቃስ ለይተይ ኣየድመዓለይን።

ምስ ድርሳነ-ፈጠራ ዝቃለስ ደራሲ ሓጋዚ የብሉን። ኩሉ ግዜ ንበይኑ ኢዩ። መጽሓፈይ ነጻጊት ተዓሳብነት ምዃና ብዙሕ ግዜ መስኪራትለይ። ግዝእቲ ህሉው ኩነታት ጥራሕ ክትከውን ከም ዘይትኽእል ምስኣ ተረዳዲእና ኢና። ግን ካብቲ ከባቢ ዘገድስ ፍጻሜታት ክርከብ እንከሎ ንምዕበላ መጽሓፈይ ዘይውዕለሉ ምኽንያት ኣይነበረን። ብርግጽ ጸሓፊ ብጥርሱ ካብቲ ከባቢኡ ዝህቦ ሃብቲ ከይጥዓመ ዝሓልፎ የለን። ህሉው ኩነታት ግድን ክጸሎዎ ኣሎዎ። ኣነ'ውን ከባቢየይ ኣይትንክፈንን ኢዩ ኣይብልን፣ ብእኡ ክግዛእ ግን ኣይደልን። ፈጠራዊ ጽሑፍ ዘቕርቡ ዘሎዉ ደረስቲ ምስ ከባቢኦም ብቐንዕና ይዋስኡ ኣሎዉዶ ንዝብል ሕቶ ብግርህና ዝድርበ ምላሽ ኣይረኸብኩን። ምምርማር ዘድልዮ ምዃኑ ግን ዘጠራጥር የብሉን። ከም ዝዕዘቦ ዘሎኹ እንተኾይኑ ግን ካብ ሓቅታት ከባቢ ንምርሓቕ ዝግበር ዘሎ ክሕደት ዘሕፍር ኢዩ። ካብ ሕሉፍ ታሪኽና ርሕቕ ኢሎም ኣብ ዕዳጋ ርኹሳት ብምእታው ጕንያ ሓጢኣት ከንቱንቶም ክሓፍሱ ዝጽዕሩ'ውን ኣይሰኣኑን። ምስቲ ዘንቆልቆለ ስራሓት ስነ-ጥበቦም ወዲቖም ከይተርፉ እፈርሕ። ነዚ ኩነታት ዘድሕን ፍልስፍና ክቕልጥፍ ድማ እምነ።

ስራሐይ ኢለ ዘስተበሃልኩሎም ኤርትራውያን ጸሓፍቲ እንተ ረኺበ ንህሉው ኩነታት ብዝተፈላለየ መገዲ ክዛመዱዎ ወይ ክንስዩዎ ከስተውዕል ከም ዘሎኒ እኣምን። ክሳዕ ሕጂ ነዚ ዘሎ ኩነታት ገጽ-ንገጽ ዝተጠማመቶ ኣዝዩ ውሑድ ቁጽሪ ጥራይ'ዩ ዘሎ። ሰብ ናይ እማን ጸሓፍቲ ኣሎዉዶ የሎዉን ክሳዕ ዝብል ሃለዋቶም

ብጽሑፎም ከመስከሩ ኣይተራእዩን ክብል እደፍር። ባህጊ ፍትሒ ይኹን ዕቤት ቀኑጠባ፡ ሃብቲ ሃገር ይኹን ምዕባለ ፍልጠት ዘተባብዕ ምልኣት ዘሎዎ መጽሓፍ ዝደረሱ ጸሓፍቲ ክሳዕ ሕጂ ብብዝሒ ተወዚ ኣይበሉን። ሓደ ዓርከይ፡ "እዚኣቶም ብርያም መልሓሶም ኢዩ። ምኒን በሉ ደኣ በሎም!" እናበለ ደጋጊሙለይ። ነቲ ህሉው ኩነታት ብማህዛዊ ኣእሙሮ ኣይቀረቡዎን። ንዘይኰነሎም ካብ ሓቂ ንምህዳም ዝሕግዞም መሲሉዎም ኰነ-ተገብረ ከም ዋልታ ሕፍረቶም ክጥቀሙ ምርኣይ ስቓይ ኢዩ። ብድኹም ሕልናኦም ዝኣክል ከም ሓደ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት መሳወርቲ ተጠሚቶም ክጭመቱ ከም ዝኽእሉ ንበዓል ሱሌማን ኣመልኪተሎም ነይረ።

ቁሩብ ሕስብ ኣቢለ ንሱሌማንን ባህታን እናጠመትኩ፡ "ድሕረ-ኵናትን ሓበሬታትን ኣብ ኤርትራ ዝብል መጽሓፍ ኣንቢበዮ ኣሎኹ። ይጸሞቕ እንተ ተባሂሉ ክጸምቆ ምኽኣልኩ። ኣብቲ መጽሓፍ ብዝበዝሕ ተደጋጋሚ ሓሳባት ኢዩ ዑደት ኮለላ ዝገብር። ካብዞም ትሽዓተ ኣቐረብቲ ጽሑፍ ሰረጃቓ ዝብሃል ዝኣንፈቶ ሓሳብ ሓዲሱኒ። ገና ብጥረኡ'ኳ እንተኾነ ሓድሽ ኣረኣእያ ከም ዘሎዎ ኣየጠራጥርን። እንተ ወሓደ ደፋር መኣዝን ጠመተኡ ነዚ ኣብ ሓደ ዓውዲ ሸንኮለል ዝብል ዘሎ ኣረኣእያ ሓበሬታታት ካልእ መገዲ ከም ዘሎ ዓይኒ ሰብ ይኸፍት ይኸውን። ንሱ ከም ዝብሎ ስነ-እሙራዊ ኩናት እዚ ፕሮፖጋንዳ ዝብሃል ወይ በብመዓልቱ ብመራኸቢ-ብዙሃን ይኹን ብበለካ-ለኽዓካ ዝፍኖ ሕንትኽታኽ ሓድሽ ሓበሬታታት ጥራይ ኣይኰነን። ነዚ ዓይነት ሓቅታት ወይ ሓበሬታታት ኣዝዩ'ዩ ዝንዕቆ። ብስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ዝተወግአ ሓድሽ ቀኑስሊ ቀሊል ኢዩ ይብል ሰረጃቓ። ከም ቀኑስሊ ከልቢ ቀልጢፉ ኢዩ ዝሓዊ። ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ኣብ ናይ ቀደም በሰላታት ክውርወር ኣሎዎ እናበለ'ዩ ዝጭድር ሰረጃቓ። በቲ ግጥማዊ ኣጻሓሕፋኡ ንኣንባቢ ሰለል እናበለ ምስ ሓድሽ ሓቂ ናይ ምልላይ ክእለት ኣሎዎ። በሊሕ ጸላኢ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናቱ ዝጭምተሉ ኣብነታት የመልክት'ሞ እቲ ተኸላኺላይ እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል ሓሳባት የቕርብ። ስለዚ፡ እቲ ኩናት ኣብቲ ቀደም ብዓመጽን ድንቁርናን ዝጎድጎደ ቀኑስሊ መግዛእቲ፣ ኣብቲ ቀደም ብፍርሒን ስክፍታን ብዘስክአ ናይ ነብሰ-ትሕተት ቅርጥማት ተሳቓዩ፣ ኣብቲ ቀደም ብጸላኢ ኣብ ዝተኣነየ ቦኽባኾ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝዓረደ ተምሳል ምሁር፣ ኣብቲ ቀደም ብርሃን ኣብ ዝተነፈጎ ምንሙን ስምዒት ዝተንጠልጠለ ስነ-ጥበበኛን ሰዓብቱን፣ ኣብቲ ኣብ ዘይ ውራዩ ከሳሲ ዝጸልመቶ መምህር፣ ኣብቲ ብሕሱማት

ዘመቲ መንነቱ ተመንጢሉ ካብ ባህሉ ዝሃድም ዘኽታም፣ ኣብቲ ብሕሉፍ ተመክሮ ተጸሚዱ ብሓድሽ ተኽእሎታት ዝብህርር ስሉብ ከም ዝውርወር ይዝርዝር፡" ኢለዮም።

ከም ኣመሎም ክልተኦም ስሒቖም። "ጽቡቕ" ኢሉ ጀሚሩ ባህታ። "ጽቡቕ፡ ግን እንታይ ሒዝና ኢና'ሞ ክንከይድ? ዋላ ናይዚ ሕጂ ግርም ጌርካ ዝበልካዮ ጽሕፍ ኣቢልካ እንዶ ሃበና።"

"እዚ እኹል ኢዩ ትብሉ እንድሕሪ ኴንኩም ቀሊል'ዩ" ኢለ ጅምር ከብል እንከሎኹ ሱሌማን ግዜ ኣይሃበንን።

"ናይ ሕጂ እዚ ሃበና'ሞ ናይ ዝተረፈ ድማ ተስዕበልና። ገና ካባኻ ብዙሕ ኢና ንጽበ። ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ፡ ማለት ኣብ ድሕረ-ኩናት ኤርትራ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓበሬታታት ስለ ዘሎ ምንጭታቱ ክልለዩ ኣሎዎም። ዝንቀለ ኣንቂሉዎም ድዩ ኣብ ቃልዕ ዝበጽሑ ወይስ ኣብ ዘሎዉ ሃልዮም ብደለይቲ ተኻዒቶም'ዮም ዝወጹ? መበገሲኦም ግድን ክፍለጥ ኣሎዎ። ድሕሪኡ ኣብ ምዝርጋሕን ምብጽጻሕን ዝዋስኡ ክፍለጡ ይግባእ። ፍልስፍናን እምነትን መመንጨውቲ ሓበሬታታት ምስ ፍልጠታዊ ብቕዓቶም ዝመዛዘን ምኽኑን ዘይምኽኑን ገና ዝተመርመረ ኣይመስለንን። ከምኡ'ውን ክእለት ምርዳእ ተገልገልቲ ኣይተመዝነን። ብሓበሬታታት ዝወርድ ዘሎ መቕዘፍቲ ወይ ዝርከብ ዘሎ ድሕነት ብዝርዝር ተፈልዩ ብሕልና ክግመት ኣሎዎ። ስለዚ ብዙሕ ስራሕ'ዩ ዝተርፈና፡" ኢሉ ጠሚቱኒ።

"እዚ ዝበልካዮ ብኣይ ዝከናወን ኣይኰነን። ኣብ ውዕልና'ውን የሎን። ነዚ ኩሉ ክገብር ኢልካ ኣይትሕሰቦ። እተን ክገብርኦ ዝግብአን መደበር ትምህርቲ ደኣ እንታይ ክገብራ ደሊኻየን? ስራሐን'ባ ኣይንመንጥለን! ነቶም ዘምህራኦም ኣብ ልሙድ መጽሓፍቲ ዝተዓሸጉ ሓሳባት ክሳዕ ቍሩምባ ሒዙዎም ዝንፍሑ ኣስትየን ክነዝሓኦም ዘይኰናስ፡ ካብ ፈለማ ስጕምቲ፡ ፍልጠት ኩነታት ሃገሮም ባዕሎም ከም ዘጽንዑ ብግብራዊ ስልቲ ኣመሃህራ ኣተባቢዐን ናብ ተመክሮ ስራሕ ከሰንይኦም ኣሎወን። ኣነ ከም ውዕለይ ኣብ መንጎ ሓበሬታታትን ስነ-ኣኣሙራዊ ኲናትን ዘሎ ምትእስሳር ፈልየ ንዓኻትኩም ከቕርብ እየ። እቲ ዘሎኒ ስራሕ'ውን እንተ ዘይተረስዐ ጽቡቕ እብል። ካልእ ብዙሕ ስራሕ ከም ዘሎኒ ካባኻትኩም ንላዕሊ ዝፈልጥ የለን፡" ኢለ ዘረባይ ደምዲመ።

"ምሳኻ ብደረት ውዕል ንሕጸር ኣይመስለንን። ኣብቲ ንቡር

ስራሐይ ትብሎ'ውን ብደረት ኣይተኸለልናን። ሕጂ ድማ በቲ ዘሎካ ግዜ ዝኸኣልካዮ ሃበና ኢና ንብለካ። ሰብ ሞያ ኣይተሳእኑን፡ ስነ-ጥበበኛታት ኢዮም ዘይተረኽቡ ዘሎዉ። ህዝቢ ሰኣን ፍረ ስነ-ጥበብ ኢዩ ብቓንዛ ዝሕመስ ዘሎ፡" እናበለ ክሳግለኒ ፈቲኑ ባህታ። ስምዒተይ ንምዝሓል ኢሉ'ዩ ዝኸውን።

ማዕጾ ብመፍትሕ ካብ ደገ ክኽፈት ሰሚዕና። ጸሓይ ገጻ ኣዛሚትን ወርሒ ዝፍሸኽታኣ ዓወት ጓላን እናሰሓቓ ኣትየን።

"ሰብ ገይሹ ኢልኩም'ኳ ኣይትስከፉን? እንታይ ዝገበረ ሰብኣይ ኢዩ ቍርሲ ሃባ እናበልኩም ተጻብቡሉ?" ምስ በለት ባህታን ሱሌማንን ፍኹስ ኢሉዎም ክዘናግዐ ጀሚሮም።

"እዚ ድኻ ጸሓፊ ደኣ ቍርሲ ካበይ ከምጽኦ? ኣብ ምጽዋዕ ቍርሲ ዝዓደምናኩም ዘኪርኩም ዋላ ሻሂ እንተ በልናዮ ማይ ሰሊሱ ዘፍልሖ ዝሃበና እንሄልኪ ኣይተንከፍናዮን፡" ኢሉዋ ሱሌማን እናሰሓቐ።

"ኣየ እዛ ቍርሲ ማሳዋ እዚኣ! ካን ዝበለዕናዮ ገዲፍኩምስ ዝዓደምናኩም ኰይኑ መውጽኢ ኣፍኩም? ሐራይ በሉ ምጹ! ሎሚ ቅነ ገለ ሕልበት እንተ ረኺብናልኩም ሃሰውሰው ክንብል ኢና። እንታይ ደኣ ክንገብር? ብጻይካ ብጥሜት ዕጽፍጽፍ ክብል እናርኣኻ ሰቐ ክትብል ኣይበላዕ ኢዩ።"

ዘረባ ኣዛሚት ሰሚያም ክልተኦም እናሰሓቑ ተሰናቢቶምና።

* * *

ኣዛሚት ንዓይ ክትብል ዝተፈጥረት ኢዩ ዝመስለኒ። ኩሉ ብኣኣ ይጽብቐ። ጓላ ብትምህርቲ ኣይሰነፈትን። ብምስኣል ግን ዓቢ ተስፋ ዝህብ ዝንባለ ኣርእያ። ምንጪ ተውህቦኣ እቲ ኣዛሚት ካብ ቀደም ትእክቦ ዝነበረት መጽሓፍቲን መጽሔት ህጻናትን ምዃኑ ቀስ ኢሉ በሪሁልና። ኣብ ሜዳ ጓል ሰለስተ ዓመት እንከላ ጀሚሩ ከም ብጻያ ዝቐርባ ዝነበረ ኣሳእል ክሳዕ ሕጂ ኣይተፈለያን። በዚ ሕጂ'ሞ ከኣ፡ ኣዛሚት፡ ጸሓፊትን ሰኣሊትን መጽሓፍቲ ቈልዑ ንምዃን ነቲ ዕላማ ብፍቕሪን ብባህጊን እናተቐራረበቶ ትኸይድ ስለ ዘላ ጽሑፋትን መጽሓፍን፡ ኣሳእልን መስኣሊን ንከባቢ ዓወት ይዕብልሉዎ ኣሎዉ። ቁሩብ ጸኒሓስ ዓወት ቀንዲ ሓጋዚታ ክትከውን ኢያ ዘይበለ ፈላጢ የሎን።

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሮም ማሕበር ኤርትራውያን ተመራመርቲ

ብሰበ-ሰብ ምስ ኣዛሚት ተፋሊጦም። እታ ማሕበር ምዕቡል ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ንኽሰፍን ዓሚቕ መጽናዕቲ ኣብ ምግባር ንነዊሕ ግዜ ዝበሃገት ኢ.ያ። ሕልሚ ኤርትራ ንምግሃድ ዝግበር ጻዕሪ ምስ ፍሉይ ሜላ ኣመሃህራ ክዛመድ ኣሎዎ ዝብል እምነት ኣሎዋ። ገሊኦም ኣባላት ማሕበር፡ ከም ልማዶም፡ ናብ ኤርትራ መጺኦም መጽናዕቲ ክገብሩ እንከሎዉ ኣዛሚት ድማ ካብ ሜዳ ጀሚራ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት ተገልግል ብምንባራ ፈሊጦም። እቲ ፍልጠት ዓንቢቡ ናብ ፍረ በጺሑ። ኣዛሚት ከም ኣባል መጽናዕቲ መጒስ ዝህብ ሓገዝ ኣበርኪ.ታ። እታ ማሕበር ድማ ንኣዛሚት ብመልእኽታዊ መገዲ ትምህርቲ ኣብ ምውፋይን ዘድሊ ናይ ንዋያት ትምህረቲ ሓገዛት ኣብ ምግባርን ዘይርሳዕ ውህብቶ ገይራ። እቲ ዝምድና ንኽልተኡ ወገን ሓድሽ ዓይኒ ከፊቱ። ሓይሊ መጽናዕቲ ኣዛሚት ኣብ ባህሪያዊ ቅንዕናኣ'ዩ ተመስሪቱ ክብሃል ይክኣል። ካብ ሓይልታት ናብ ክፍሊ ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ብፍሉይ ድማ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲን ክንክንን ህጻናት ምስ ተወዝዐት ሽዑ-ንሽዑ ሓደ ዘገርም ክስተት ኣስተውዒላ። ኣብ መንጎ ዓበይቲን ህጻናትን ዓቢ ፍልልይ ከም ዘየለ ስለ ዝተረድኣ ኣብ ዓውዲ ይኹን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ፍልልይ ክግበር ከም ዘይብሉ ኣሚና። ውሉድን ወላዲን፡ ውሉድን ሕብረተሰብን፡ ሕብረተሰብን ወላዲን ዝፈላሊ ትምህርቲ ነጊሱ ብሕሰም ይገዝእ ከም ዝነበረ ቀልጢፉ በሪሁላስ ግዜ ከይተጸበየት ፍልስፍናኣ ክትሃንጽ ጀሚራ። ፈጠራዊ ዛንታታትን ኣሳእላን ብህጻናት፡ ወለዲን ሕብረተሰብን ከም ዝንበብ ገይራ ስለ ዝቐረበቶ ኩሎም ከም ዝፈትዉዎ ኣረጋጊጻ። ኣቀርራርባ ዛንታን ስእሊን ህጻናት ካብ ቅንዕና ኣዛሚት እናወሓዘ ኣብ ብዙሓት ደለይቲ ለውጢ ቀደም ዘይትሓሰበ ሓድሽ ኣጠማምታ ፈጢሩ። ካልእ ይትረፍ ህንጻ ኣብያተ-ትምህርቲ ንተመሃርቲ ጥራሕ ዘይኲነስ ንምሉእ ነበርቲ ሓደ ቍሸት ክኸውን ከም ዘሎዎ ደገፍቲ ሓሳባት ኣዛሚት ኣግሂዶም ክጽሕፉን ክዛረቡን ጀሚሮም። ካብዚ ተበጊሶም ካልኦት ተመራመርቲ ንኣድላይነት ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ዘየተባብዕ ሓሳባት ብመጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣቕሪቦም።

ኣዛሚት ምስቶም ኣብ ወጻኢ ዝመደበሮም ጕጅለ መጽናዕቲ ንሓንሳብ ብኣካል ንሓንሳብ ድማ ብዝተፈለየ ንመተሓላለፊ ዘቀላጥፍ መሳርሒ መልእኽትታት ቀጻሊ ርክብ ነይሩዋ። ሓደ ቁሩብ ግዜያት ድማ ናብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራትን በጺሓ ተመሊሳ። ካብ ኩሉ ግና ነቲ ኣብ ህንዲ ዝነበረ ኤርትራዊ ፈላስፋ ምርካባ ኣሐጕሱዋ። ንሱ'ውን ብመንፈሳ ተመሲጡ መደበሩ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝርከባ

ጎቦታትን በዓትታትን ገይሩዎ። ንሱን ጭሕሙን ንበረኻታት ኤርትራ ግርማ ኰይኖሞ ኣሎዉ ኢያ ትብል ኣዛሚት።

እቲ ከተዳሉዎ ትሸባሸብ ዝነበረት መጽሓፍ ዛንታታትን ኣሳእልን ህጻናት ምስ ተዓዘቡ ብዙሓት ክጠራጠሩ እንከሎዉ ሒደት ድማ ተገሪሞምላ። ካብቶም ጉጅለ መጽናዕቲ መሳርሕታ ሓድሽ ራኢ ትምህርቲ ፈጢሩ ኢሉ ዝጸሓፎ ሓሳብ ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኻት መዛረቢ ኰይኑ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ድማ ዝተሓጐሱን ዝጕሃዩን ወገናት ተራእዮም። ጕሁያት እቶም መግዛእታዊ ትምህርቲ ዓፊኑዎም ከም ዘሎ ዘይኣመኑ ኢዮም። ካብዞም ብትምህርቲ ይኹን ብዓይኒ ሰብ ከም ኣገደስቲ ናይ ከተማ ጽሉላት ዝቑጸሩ ወዲ-ጎቦ ዝብሉዎ ብዛዕባ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ወገናት ክዝረብ ምስ ሰምዐ፡ “ነዚኣቶም ዳንተ ኣለጊየሪ እንተ ዝረኽቦም፡ ብዘይ ምሕረት ኣብ ሻድሻይ ወይ ኣብ ሻውዓይ ዓንኬል ድቕድቕ መበሎም ነይሩ፡” ኢሉ ይብሃል።

እቶም ዝተሓጐሱ መብዛሕትኦም መንእሰያት ኢዮም። ብጸልማታዊ ኣመራርሓ መማህራን ክንደይ ከም ዝተሃስዩ ተረዲኡዎም ዘስተንተኑ ስለ ዝኾኑ ንሓድሽ ኣመሃህራ ብናፍቖት'ዮም ዝጽበዩዎ። እዚ ኩሉ ብግዜ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኢዮም ክርድኡዎ ክኢሎም። ኣብቲ መባእታ፡ ማእከላይን ላዕሎዋይን መኣዲ ትምህርቲ ዝብሃል ዝቐረበን ኣብቲ ንሃገር ክሕልዉ ዝረገጹዎ ከባቢ ዝርኣዩዎን ኣይተመሳሰለን። መማህራኖም ምስ ተሰፋ ገማግም ባሕሮም፡ ግርማ ኳዕናን ጎቦታቶም፡ መቐረት ሃብቲ ሜዳታቶምን ከም ዘየዛመድዎም ኣብ ጕዕዞኦም ተጋሂዱሎም። ዘየቋርጽ ብዓንኬላዊ ምብጽጻሕ ዝምስከር ዝምድና ከበሳን ቆላን ካብ ላዕሊ ማይ ሰኒቑ ንቑልቁል ክወርድን ካብ ታሕቲ ድማ ፍረ ሓፊሱ ንዓቐብ ክድይብን ዘስርጽ ስእሊ ኣብ ልቦም ዘይሓተመሎም ምኽኖም ኣገሪሙዎም። ቁጠባዊ፡ ማሕበረዊን ባህላዊን ናብራ ህዝቦም ሽዑ ፈሊጦም። ናይ ጸሓይን ንፋስን ተኽእሎ ጸዓት ከም ዘይተረድኡ ኣብ ግዜ ውትህድርና ተረዲኡዎም። ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ዝተዘርግሐ ሰፊሕ ተፈጥሮኣዊ ተኽእሎታት ናብ ረብሓ ሰብ ንምቕያር ዘኽእል ሞያ ከም ዘይተዋህቦም ደንጊዩ በሪሁሎም። ሓድሽ ኣመሃህራ ክምሃዝ ከም ዘሎዎ ኣስተውዒሎም።

እቶም ህይወት ኣሎዎም ዝብሃሉን ዘይብሎም ዝመስሉን ነበርቲ ከባቢ ኤርትራ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ቋንቋ ዝርዳእ ኣይነበረን። ኣዕዋፍ ተዛሪበን ንተዛራቢ ከም ዝሃባኦም ውሒጠሞ ደኣ'ምበር

ንሕፍረትስ ለቢሶማ ኢዮም። ንበዓል ጠበቕን ተመንን ከም ኣዝማድ ንምቕባል ነዊሕ ወሲዱሎም። ኣብ ግዜ ኮለላ ሰቐጥቀጥ ቆጽልታትን ሰም-ሰም ዓይኒ እንስሳታትን፡ ምስ ፊንፊን ንፋሳትን ሕሽኹሹኽ ማያትን ሓቢሩ ብስም'ቲ ከባቢ ዘመሓላለፈሎም ዝነበረ መልእኽቲ ንምትርጓም ዘብቅዕ መዝገበ-ቃላት ከም ዘይተዓደሎም ቀልጢፉ ትዝ ኢሉዎም። ባሕሪ እንተ ጸውዐ፡ ኣኻውሕ እንተ ቀለጹ፡ በዓትታት እንተ ኣፋጸዩ፡ ዝሰመጡ ማዕድናት እንተ ተኹተኹ፡ ሽንጭሮታት እንተ ዓደሙ፡ ፍጥረት ናይ ሓባር መዝሙር እንተ ኣዕረገት ዘስምዕ ቋንቋ ከም ዘይተማህሩ ሽዑ ተረዲኡዎም። እዚ ኩሉ ምስ ተዓዘቡ ድማ ሓድሽ ፍልጠትን ሞያን ክጭብጡ ከም ዝነበሮም ተረዲኦም። ካብ ምሁራት፡ ካብ ትካላት፡ ካብ ሰብ ዋኒንን ሰብ ሞያን ዝረኸቡዎ ትምህርቲን ተመክሮን እኹል ከም ዘይነበረ ሽዑ ፈሊጦም። እቲ ኩሉ ስራሕ ዝብሃል ባዶ ቆፎ ምንባሩ ከኣ ተግንዚቦም። "ለካ ነስርሓካ ኣሎና ዝብሉና ዝነበሩ ንዘይመለኹዎ ስራሕ ኢዮም። ክንድኡ ትዕቢትን ጉራን ምርኣዮም ሞያ ስለ ዝጎደሎም ኢዩ፡" ኣብ ዝብል ሓሳብ ወዲቖም።

ነቶም መንእሰያት ኣብቲ ግዜ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ግዜ ታዕሊም፡ ኣብ ግዜ ምልላይ ሃገር፡ ኣብ ግዜ ሓለዋ ዶባት፡ ኣብ ግዜ ውግእ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲን ራኢ መጻኢ ህይወትን፡ ኣብ ግዜ ሕልሚን ትምኒትን፡ ኣብ ግዜ ፍቕሪን ቅየሳ ናብራን ምስ ሌላ ባሕሪን መሬትን፡ ንፋስን እሳትን መንኩብ ንመንኩብ ተደራሪጎም ዝተኸሰቱሎም ምስጢራት'ውን ነይሮም። እቲ ፍልጠት ብዓይኒ ተራእዩ፡ ብሽታ ተለልዩ፡ ብእግሪ ተበጺሑ፡ ብኢድ ዝድህሰስ ግን ኣይነበረን። ካብ መኣዲ ትምህርቲ ናብ መንፈስ ልቦና ሰሪጹ ንፍልስፍና ህይወት ዘሀብትም ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ዝነበሩ መማህራኖም፡ ብግዜ ህጻንነት ይኹን ዕሽልነት፡ ከም ኣገዳሲ ፍልጠት ዘይጠቐሱዎም መራሕቲ ሓቅታት ከም ዝነበሩ ነቶም መንእሰያት ነብሶም ነጊሩዎም። ምስጢር ሰላምን ኲናትን ኣብ ሰደቓ ቤት-ምህሮታት ክትንተን ኣይተዓዘቡን። ማእለያ ዘይብሎም ኣብ ካልእ ሃገራት፡ ዘመናትን ወቕትታትን ዝተኻየዱ ውግኣት ዝርዝር ዕለታቶም፡ ቦታኦምን መራሕቶምን እናደጋገሙ ንዕለት መርመራ ከይሃፈፉ ክዕቅቡ እንከሎዉ ጥራሕ ተዘኪሩዎም። ጺጋ ተስፋን ፍቕሪን ዘተሓሳስብ ኣዝዩ ውሑድ መምህር ጥራይ ትዝ ኢሉዎም። ማህዛውነት ዘተባብዕ ትምህርቲ ዝሃቡዎም ክረቑሑ ኣጸጊሙዎም።

* * *

ኣዛሚት ምስ እከለ ወይ ምስ እከሊት እዚን እቲን ተበሃሂላ ኢልካ ዝንገር ዛንታ የብላን። መንነታ ስራሓ ኢዩ። ጽሑፋ ኣብ ኣምር ኣመሃህራ ዓቢ ጽልዋ ገይሩ። እቲ ውሩይ ኤርትራዊ ደራሲ ተዋስኦ ትጃር ንናይ ኣመሃህራ ብልሓትን ውሕልነትን ሓንሳብ ብሸምጠጣዊ ዋዛ፡ ሓንሳብ ብመጺጽ ቁምነገራዊ ወግዒ ገይሩ ዘጽሓፎ ምንባብ ንድቁስ ኣበራቢሩ ምስ ሕቡእ ዘራኽብ ይመስለኒ። እቲ ደራሲ ንኣዛሚት ምፍላጥ ጥራይ ዘይኰነስ ብፍልስፍናኣ ስለ ዝኣመነ ካብ ምዝንጋዕ ሓሊፉ ናብ ምህናጽ ዘሰጋግር ተዋስኦ ደሪሱ። ኣምህሮዮም ብዝብል ኣርእስቲ ዝደረሳ ተዋስኦ ናይ ኣዛሚት ፍልስፍናን ጸልዋኡን እናዘናግዐ ዘረድእ ምኻኑ ብዙሓት ይምስክሩ። ትጃር ነዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ምስታ ኤርትራ ትብሃል ኣብ ሃገር ግሪኽ ዝነበረት ናይ ጥንቲ ሃገራዊት ከተማ ወይ ፖሊስ[1] እናመሳሰለ ከም ዝሓስብ ንገለ ኣዕሩኽቱ ኣውጊዑ ነይሩ። ሓደ-ሓደ ቀባሕ ዝብሎ ታሪኻዊ ተምሳል ከም ዝርኣዮ ድማ ኣካፊሉዎም ነይሩ። ንሳቶም ግን እቲ ተምሳል ንምርዳእ ዘኽእል ስነ-ጥበባዊ ተውህቦ ስለ ዘይነበሮም ነቲ ቁምነገር ዝመልኦ ሕልማዊን ትምኒታዊን ግምቱ ናብ ትሑት ባጫ ኣውሪደሞ። እቶም መሓዙት ዝብሃሉ ትጃር ናይ ጥንታዊ ግሪኽ ቅዲ ተዋስኦ ገይሩ መልእኽቱ ንምትሕልላፍ ዝፍትን ምንባሩ እናሓጨጩ ኣውርዮም። እዚን ክንድዚን ሰሚያም ሓያሎ ተጣበቕቲ ጽርየት ባህሊ ኤርትራ ኢና ዝብሉ ኣምሪሮም ምስ ነቐፉዎ ድምብርጽ ኣይበሎን። ንዝቐረበሉ ነቐፌታት ድማ ኣብ ሃገራዊ መድረኻት እናቃልዐ ሓቅነቱ ኣመስኪሩ።

* * *

ቅድሚ ናጽነት፡ ብዘመን ቃልሲ ሓርነት፡ ትጃር ካልእ ኤርትራዊ ዘይገበሮ ነገር ፈጺሙ ነይሩ። በቲ እዋን'ቲ ካብ ስደት ናብ ስደት ንምባል ሃገር ግሪኽ ምስ ኣተወ ናብታ ብጥንቲ ኤርትራ ትብሃል ዝነበረት ሃገራዊት ከተማ ወይ ፖሊስ ስራሐይ ኢሉ ከም ዝበጸሐ ዘካፈሎም መሓዙት ክሳዕ ሕጂ ብላግጻዊ ጸወታ የልዕሉዎ ኣሎዉ። ቅድሚኡ ወይ ብድሕሪኡ ናብታ ሕጂ ሃሲሳ ዘላ ንእሽቶ ሰፈር ዝነገደ ኤርትራዊ ኣሎ ኣይብሃልን። ትጃር ኣብዚ ኩሉ ዝበጽሓሉ ምኽንያት ነይሩዎ። ከም ህሩፍ ኣንባቢ ታሪኽ ጥንታዊት ግሪኽ ብዛዕባ ጕዕዞ ጎስጓስ ስልጣነ ግሪኽን መራሒኡ ዝነበረ ስክንድር ዓቢ ን ከንብብ እንከሎ ክሳዕ ሕጂ ዝምስጦ ዛንታ ጕኒፍዎ። ናብ ምብራቓዊ ክፋል ዓለም ኤልናዊ ስልጣነ ግሪኽ ንምዝርሕ ቅድሚ

ምብጋስ፡ ኩሎም መራሕቲን ተሳተፍቲን ጎስጓስ ስልጣነ ግሪኽ ነንሃገራዊ ከተማታቶም ወኪሎም ኣብ ዝገበሩዎ ዋዕላ ናይታ ኤርትራ ትብሃል ፖሊስ መራሒ ዝነበረ ዘስምየ መደረ ኣዝዩ ኣገዲስዎ። "ንእሽቶ ፖሊስና ካብዚ ንኣህዛብ ንምስልጣን ዝግበር ጎስጓስ ኣይትፍለን ኢያ፡" ኢሉ ዝመደረ መራሒ ጥንታዊት ኤርትራ ካብ ዝኾኑ ኣይሃስስን። ነዛ ናጽነታ ዝዓተረት ኣፍሪቃዊት ኤርትራ ከም ሃገሩ ምስ ወነና ድማ ብሓሳቡ ኣብ ሓደ ዓቢ ዓለም-ለኸ ዝኾነ ጎስጓስ ከሳትፉ ይምነ።

ህይወቱ ምስ ፈጠራ ተዋስኦ ምስ ተዛመደ ቀስ እናበለ ንጹር ፍልስፍና ተዋስኦ ብምህናጽ እምነቱ ብጽሑፍን ብመድረኽን ኣብ ምዝርጋሕ በጺሑ። ብመሰረት ፍልስፍናኡ ተዋስኦታቱ መስትያት ሕብረተሰቡ ከም ዝኾኑ'ኳ እንተ ወሰነ ከይሓሰቦ ዓለምለኻዊ ባህሪ ምልባሶም ኣገሪሙዎ። ንኣብነት ኣምህርዮም እትብል ተዋስኦኡ ዓለም-ለኸ ለውጢ ኣመሃህራ ስለ እትእምት ፈለጥቱ ስሒቖም። "ኣበይ'ሎ እቲ ሓድሽ ስክንድር? ነየናይ ጎስጓስ ኢና ክንጽንበሮ? ንመን ኢናኸ ነሰልጥኖ?" ኢሎም ንዘባጭዉ ኣይተገደሰሎምን። ኣምህርዮም ጥራሕ ዘይኰነት ካልእ ተዋስኦታቱ እውን ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ኣይተሓጽሩሉን። ዶብ ዘይሰግር ተዋስኦ ክፈጥር ኣይከኣለን። ሕልና ዓለም ዘይትንክፍ ታሪኽ ኣብ መድረኽ ኣየቕረበን። ኤርትራ ኣብ ጕደና ዓለም-ለኸ ጎስጓስ ከትሳፍ ክኢላ ኢሉ ግን ኣይዓገበን። ንሃገሩ መስትያት ዝኸውን ተዋስኦ ብምፍጣር ዶባት ክሳገር ምስ ከኣለ ምስ ምልእቲ ዓለም ሓቢሩ ዝቃለሰሉ መድረኽ ዝውንነሉ ዕለት ርሑቕ ከም ዘይከውን ብምምናይ ባህጊ ፈጠራ ዓብሊሉዎ። እዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ከምታ ናይ ጥንቲ ፖሊስ ኣብ ሓደ ዓቢ ዓለም-ለኸ ጎስጓስ በዓልቲ ጉዳይ ኰይና ንኽትሳተፍ ዘኽእል ብልሓት ከም ዘጥረየ ስለ ዝተኣማመነ ህይወቱ ኣብ ምድራስን ምጽሓፍን ከሕልፍ ወሲኑ፡ ካብ ነዊሕ ስደት ንሃገሩ ተመሊሱ።

ተዋስኦ ንምፍጣር ዝደፋፍእ ሓይሊ ንምርካብ ኣብ ውሽጢ ሓያሎ ገፊሕን ጸቢብን ውራይ ናብራ ህዝቢ ኣትዩ ወጺኡ። ምስቲ ማእለማ ህይወት ህዝቢ ተፋሒሱ ብዝተፈላለየ ቅጥኒን ሕብሪን ዝተወሃሃደ ዘየቋርጽ ድምጺ ጓይላታት ኣዝዩ ተለልዩ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ህዝቢ ነየናይ ፍጻሜ ናብራ ብእምነት ከም ዝጽንብለሉ'ውን ኣለልዩ። ዋላ ንድሕሪት ተመሊሱ ንናይ ቀደም ኣስመራ እንተ ዘከረ ዲምዲም ከበሮታት ናብ ዝኾኑ እናቐረቡ ዝምድና ሕጂን ቀደምን ኣቀራሪበምሉ። እቲ ፈለማ ብጭራ ዋጣ፡ ቀጺሉ ብኽራር

ዝስነ ህርመት ከበሮ መሰነይታ ህይወት ከም ዝነበረን ሕጂ ድማ ቅርጹ ቀይሩ ይቕጽል ከም ዘሎን ኣረጋጊጹ።

እቲ ጽንብል ምስ ምርቓታት ስልማትን ንብረትን ዝተኣሳሰረ ነበረ። ስልማት ወርቀይ መርቑለይ ክብሃል እንከሎ ምስኡ ዝቃዶ ዋጣን ድግስን ነይሩ። ነዚ ዘጽንዐት ኤርትራዊት ሊቕ ብዙሕን ውሑድን ኢያ ትብል። "ኣብ ኤርትራ ኩሉ ክምረቕ ኣሎዎ። ዘይተመረቐ ስልማት ይኹን ንብረት፡ ሕጸ ይኹን መርዓ፡ ማሕበር ይኹን ኣኼባ፡ ሽመት ይኹን ዕድል ህዝቢ ኣይቅበሎን ኢዩ። ኣብ ግዜ ናጽነት እቲ ጽንብላትን ምርቓታትን ብብዝሒ፡ ዓይነትን ብዝርጋሐን ተዓጻጺፉ ይርአ ኣሎ። መርቑለይ ኢዩ መልእኽቱ። ኣሕዋተይ ሃብተይ፡ ዕድለይ፡ ስልማተይ፡ ንብረተይ፡ ፍልጠተይ መርቑለይ'ዩ መልእኽቲ ጽንብላት። ልማኖ ደጋሳይ ሳዕሳዑለይ ተላሃዩለይ ኢዩ። ወጋሕ-ትበል ለይቲ ምባልኩም ካብ ዘይተረፈ፡ ኣብ ካልእ ካብ ትሃልኩስ፡ ኣብ እንዳ ሓብቲኹምን እንዳ ሓውኹምን ዝግበር ጽንብል ይሕሸኩም ኢዩ ዝብል ዘሎ ህዝቢ፡" ኢላ ጽሒፋ። እታ ተመራማሪት ነቲ ኣብ ርኹስን ትሑትን ቦታታት ዝጠፍእ ገንዘብ ኣብ ጽንብል ሕብረተሰባዊ ክብርታት ውዒሉ ኣሕዋትን ፈተውትን እንተ ኣሓጉሰ እንታይ ኣሎዎ በሃሊት ኢያ። ስነ-ኣእሙራዊ ጥዕና ኣብ ምድንፋዕ ዓቢ ግደ ከም ዘሎዎ ብምግላጽ ድማ ኣብ ካልኦት ማዕቢልና ዝብሉ ሃገራት ዝርኣዩ ጸገም ኣእሙራዊ ሕማማት ከም ዘይብልና ኣብነታትን መርትዖታትን እናቕረበት ተረጋግጽ።

ትጃር ካብዚ ምስ ተማህረ ካልእ ከስተባህል ጀሚሩ። ስነ-ጥበብን መንእሰያትን ከመይ ይጠማመቱ ምዕዛብ ከም ዘድልዮ ገሚቱ፡ ኣዒንቱ ቁሊሕ ኣቢሉ። ደረጃ ተዋስኦታት ንሓዋሩ ዕቑር ተስፋ'ኳ እንተ ሃሎዎ ገና ውሕልነትን ብልሓትን ከም ዘድሊ ፈሊጡ። ንስነ-ጥባብ ዘኣንግዳ ሓያሎ መድረኻት ከም ዝቖማ ፈሊጡ። ኣብ ኣስመራ መድረኽ "ቁርሲ ቀዳም ኣብ ጠዓሞት"፡ ኣብ ደቀምሓረ "ጋብላ ስነ-ጥበብ"፡ ኣብ መንደፈራ "ማህጸን ስነ-ጥበብ"፡ ኣብ ዓሰብ "ኩስራ ስነ-ጽሑፍ"፡ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ "መኣዲ ስነ-ጽሑፍ" ወዘተ. ተዓዚቡ።

ካብ መድረኽ ስነ-ጥበባት ናብ መድረኽ ስነ-ጥበባት ኣብ ዝዘረሉ ግዜ ዝረኸቦም ገጠምቲ መንእሰያት ልቡ መሲጠሞ። ቀዳሞት ግጥሚ ንግስቲ ስነ-ጥበባት ኢያ ዝብሉዎ ዝነበሩ ዘኪሩስ ንግስና ግጥሚ ኣብ ሃገሩ ብምርኣዩ ኩርዓት ተሰሚዑዎ። እቶም ጉጅለ

ስነ-ጥበባት ነቶም ኣብ ናይ ጥንቲ ዘመናት ነይሮም ዝብሃሉ ጉጅለታት ፍልጠት ኣዘኻኺረሞ። ኣብ እዋን ሶቅራጠን መኻትዕቱ ሶፊያውያንን ደቀ-መዛምርቱን ኣብ ኣደባባያት ከተማ ኴይኖም ብዛዕባ ሓቂን ጽባቐን ክመያየጡ እንከሎዉ ተራእዮሞ። ነቲ ኣዝዩ ዝፈትዎ ዛንታ ቡዳሃን ተመሃርቱን'ውን ብናፍቖት ዘኪሩ ብዛዕባ መወዳእታ ዘይብሉ ህልውና ንምስትንታን ሱባኤ ክኣቱ እንከሎዉ ተራእየሞ። እዞም መንእሰያት ሃገሩ ፍልይ ከም ዝብሉ ግን ኣስተውዒሉ። ምኽንያቱ ናይዚኣቶም ምንጪ ፍልጠት ካብ መደረ ሓደ ወይ ካብ ዘተ ክልተ ፍሉጣት ሰብ ዝና ተጸቢኻ ዝወጽእ ሓቂ ዘይኰነስ፡ ካብ ወግዒ መሳቱን መሓዙትን ምኻኑ ኣገሪሙዎ። ኣብ ጽምኢ ጸምጸም በረኻ ተራእዩና፡ ኣብ ጫፍ ጎቦታት ተሰሚዑና፡ ኣብ ጽምዋ ብሕትውና ተኸሲቱልና፡ ኣብ ኣድባራት ፍልጠት ተገሊጹልና፡ ኣብ መኽዘን ምህሮ ተዋሂቡና ኢሎም ውርዝናኦም ንደቀ-መዛሙር ከላልዩ ዝፍትኑ ዘይምርኣዩ ኣገሪሙዎ። መዘና ንመዘና ብዘይ ቃልዓለም ክወዳደሩ ርእዩ። ሓደ ዝጸሓፎ ግጥሚ ዓው ኢሉ ኣንቢቡ ምስ ወድአ፡ እቶም ኣባላት መድረኽ ነቲ ግጥሚ ተቐባቢሎም ክትንትኑዎን ከሀብትሙዎን ዘቕርቡዎ ዝነበሩ ምኽንያታት ነንርእሱ እናተገራጨወ ክበልሕን ክተብዕን ብዓይኑ ርእዩ። ኣብ መንጎ መሳቱ ስነ-ጥበባዊ ኣውሃህባ ርእይቶ ዘተባብዕ መኣዲ ፍልጠት መዓስ ተዘሪኡ መዓስ ከም ዝዓንበበ ደንጺዩዎ። ንሓዋሩ ብሩኽ ፍረ ክህብ ከም ዝኽእል ድማ ኣይተጠራጠረን። ብዘይ ተረፈ ዘወክፉ ወራዙ ዓዲ ዘሎዎም ፍልጠት ሒዞም ኣብ መድረኻት ስነ-ጥበብ ከካፍሉ እንከሎዉ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ገጢሙዎ። ብዙሓት ምሁራት ዝብሃሉ ግን ነዚ ዝመስል መድረኽ ዝበቅዕ ክእለት ከም ዘይነበሮም ምስ ፈለጠ ናይ ኣዛሚት ሰውራዊ ስርዓት-ትምህርቲ መሊሱ ኣፍቂሩዎ። ኣብ ሓያሎ ተዋስኦታቱ እውን ነቶም ብስም ምሁራት ዝብሃሉ ኣብ መድረኽ ስነ-ጥበብ ንኽሳተፉ ግን ዓቕሚ ዘይብሎም ከም መስሓቔን ተጠቒምሎም። ዳርጋ ኩሎም መማህራን፡ ጠበቓታት፡ ኣማሓደርቲን ካልኦት ተወዳዳሪ ደረጃ ኣሎና ዝብሉ ሰብ ሞያ ስነ-ጥበብን ፍልስፍናን ዝጎደሎ ፍልጠት ዝተሰከሙ ምኻኖም ኣገሪሙዎ። ብንግዲ ይኹን ብሞያ ገንዘብ ሒዝና ዝብሉን ጥቓ ሓይሊ ተጸጊያም ስልጣን ኣሎና ዝብሉን'ሞ ናብ ስነ-ጥበብ ገጾም ክቀራረቡ ኣይርኣየን። እቲ ኣበሮም ናብ ደቆም ከይላባዕ ኣፍሪሑዎ። ንደቆም ብኣርኣይነት ንምምራሕ ዘብቅዕ ፍልጠትን ክእለትን ከም ዝጎድሎም ብጉሁድ ተዓዚቡስ ጭንቀት ተሰሚዑዎ። ንዝወለዱዎም ቈልዑ ነጸብራቕ

ከንቱነቶም ዝኾነ ኣስማት፡ ንብረትን ልማዳትን ክልጥፉሎም ምስ ርኣየ ዓቢ ጸገም ከም ዘሎ ተገንዚቡ።

* * *

ትጃር ኣምህርዮም ኢሉ ዝሰመያ ተዋስኦኡ ብህዝቢ ተፈታዊት'ኳ እንተኾነት ዘስዓበቶ ክትዕ ግን ዳርጋ ኣይደገም ዘብል ኢዩ። ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ከምዚ ዝኣመሰለ ስምዒት ተገሊጹ ኣይፈልጥን ይብሃል። ኣምህርዮም ንመን? እታ መምህር መን ኢያ? ኣብ ተዋስኦ ኑራ ኢሉዋ ዘሎ ንኣዛሚት ዶኾን ይኸውን? ኑራኸ መን ኢያ? ነታ ብቐርጺ ኣካላታ ተወዳዳሪ ዘይረኸበት ጽብቕቲ ኑራ ዘኪሩ እንተ ኰይኑ ግድን ፍቕሪ ሒዙዎ ኣሎ ዝብሉ ኣይወሓዱን። እታ ናይ ሓቂ ኑራ ብዛዕባኣ ዝዝረብ ዝነበረ ምስ ሰምዐት፡ "ትጃር ብመልክዐይ ጥራሕ ዘይኰነ ብኣእምሮይ ኢዩ ዝፈልጠኒ፡" ኢላ ተባሂሉ ምስ ተወረየ ትጃር ሰሚዑ።

"ተዋስኦይ ስነ-ጥበባዊ ፈጠራ ምዃኑ ክፍለጥ ኣሎዎ። ንዘሎዉ ሰባት ይምስሉ ደኣ'ምበር ከም ብሓድሽ ፈጢረ እየ ዝጥቀመሎም፡" ኢሉ ከኣ መሊሱ ይብሉዎ። ዝኾነ ኰይኑ ትጃር ኣብ ተዋስኦታቱ ብቐረባ ተዓዛቢ ዘለልዮም ጠባያት ምፍጣር ስለ ዘዘውትር ካብቲ ትሕዝቶ ተዋስኦታቱ ንላዕሊ ብዛዕባ'ቶም ዝተጠርጠሩ ሰባት ዝውረ ይዓዝዝ ነይሩ።

ኣምህርዮም ከም ዛንታ ብዙሕ ዝብሃል የብላን። ብግርጭታት'ያ ተሃኒጻ ክትብሃል ግን ይክኣል። እታ ዛንታ ርክብ ፍሉይ ሓሳባት ዘሎዎም ሰባት ኢያ። ዛንታ ፍልልይ ራኢ መሃዝቲን ዓቀብቲ ጸልመትን፡ ዛንታ ውግእ ግዙኣትን ሕሩያትን ኢያ። ኣብ መንጎ ጠባያት ናይ እምነት፡ ራኢን ሓሳባትን ዘየቋርጽ፡ ማእለያ ዘይብሉ ምፍጣጥን ምስሕሓብን ኣሎ። እቶም ጠባያት ዝጻወቱዎ ፍልልይ እምነት ወይ ኣርኣእያ ህይወት ከም ካራ ምስ ካራ ብቐጻሊ ይበራረድን ይበላላሕን። እቶም ዝተብዑ እምነት ካራሩ ድማ ዕብላለ ፍልስፍና ንምርግጋጽ ዝገብሩዎ ቃልሲ ንተዓዛባይ ወጊኡ የድሚ። መንፈስ ተዓዛባይ ብዝሑል ቃንዛ እምነት ናብ እዝኒ ሰብ ክበጽሕ ብዘይክእል ምንቕናቕ ድምጺ ይውጭጭ። ካብቲ ግርጭት ዝውርወር ስምዒት ከኣ ልክዕ ከም ቍልዒ ሓዊ ይበታተን'ሞ ተዓዛባይ ከይልከም ይሽቊረር። ወጥሪ ግርጭት ኣኽሪሩ ዝቓነየ ቀልቢ ቆላሕታኡ ብሓይሊ ስለ ዝተመጠጠ ተዓዛቢ ንሰምታ እውን ይኹን ናብ ካልእ ከስፍል ኣየክእልን። ከምኡ ኢላ ከኣ እታ

ተዋስኦ ትፍጸም።

ሓንቲ ካብቶም ዓብለልቲ ዛንታ ኰይና ትቐርብ ጠባይ ኑራ እትብሃል ደራሲት ዛንታ ቈልዑ ኢያ። ካብቶም ኣገደስቲ ካልኣት ተጠማመትቲ ጠባያት ሓደ ዘይናሳሕ ናይ ቀደም መምህር፡ ሓደ ናይ ስርዓተ-ትምህርቲ ተመራማሪ፡ ሓደ ናይ ትምህርቲ ፈላስፋን ባህሕታዊን ኢዮም።

ካብቲ ኣካይዳ ተዋስኦ ዝዝከረኒ መሊኡ ኣሎ። ብሕልፊ እቲ ኣብ መንጎ ጠባያት ዘሎ ምፍጣጥን ጥምጥምን ክርስዖ ኣይክእልን። ንኣብነት እቲ ናይ ቀደም መምህር ኑራ ዝጸሓፈቶ ዛንታ ቈልዑ ምስ ኣንበበ ምግራም ሓሊፉዎ ንኑራ እናጠመተ፡ “ዛንታ ህጻን ዛንታ ህጻን ክኸውን ኣሎዎ። እዚ ንመን ምኳኑ ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ንዓበይቲ ድዩ ንንኣሽቱ? ኣነ እንድዒ! ዝልለ ኣይኰነን፡” ኢሉ ምስ ኣባጨወላ ኑራ ተገሪማ።

“ኣብ መንጎ ዓበይቲን ንኣሽቱን ዘሎ ፍልልይ ብዙሕ ኣይርኣየንን። ኲሎም ሓድሽ ክእለት ክህሉዎም ይደልዩ፣ ኲሎም ብሓድሽ ነገር ይግረሙ፣ ኲሎም ሰሓቕ ይፈትዉ፣ ዘይሮም ዘይሮም ከኣ ብሓባር ምስራሖም ኣይተርፍን ኢዩ። ስለዚ፡ ካብ ሕጂ ብሓባር ምምሃር ክጅምሩ ኣሎዎም እየ ዝብል። እቲ ቈልዓ ብዝቐጸር ዕድመ ዕብየት ከይቅበር እየ ዝጽዕር፡” ምስ በለቶ ብሕርቃን ነቲ መድረኽ ሸንኮለል ክብሎ እንከሎ ካብ ዓይነይ ተኸዊሉ ኣይስወርን።

ኣብ መፈጸምታ ተዋስኦ መዕጸዊት ዛንታ ብኑራ ኢያ ትዓርግ። ኣብቲ ግንባር መድረኽ ወጋሕታ ዘበስር ድኹም ብርሃን ጽልግልግ ክብል እንከሎ፡ ኣብቲ ርሑቕ ደረት መድረኽ ግን ንጸልማት ዝምክት ብርሃን ከሸንፍ እንከሎ ይርእ። ኑራ ነቲ ባሕታዊ ተሰናቢታ ናብ ገዛኣ ተንቆልቍል።

“እምበር’ዶ እዚ ትምህርቲ መሊኸዮ ክብል’የ? ናይ ህጻናት ዓለም ክንድ’ዚ ገፊሕ ክኸውን ኣይተጸበኹዎን። ለካስ ኲሉ ኣብ ግዜ ህጻንነት ኢዩ ዝምስረት። ኲሉ ደሓር ዝሕፈስ ጸጋ ኣብ ግዜ ቈልዕነት ዝተዘርአ ኢዩ። እዞም ተማሂሮም ዝስንክሉ ዘሎዉ ካብቲ ቅድም ከጥርዩዎ ዝግብኦም ዝነበረ ስለ ዝጎደሎም ኢዮም ናብ ሸንኮለል ሃዋህው ከንቱነት ዝኣትዉ ዘሎዉ! እዚ ኲሉ ነብሲኻ ምጽላእ! እዚ ኲሉ ናይ ነፍሰ-እምነት በተኽነት! እዚ ኲሉ ፍርሒ ማህዚን ፈጠራን! ልዙብ ናብራ ማህጸን፡ ምዉቕ ሕቑፎ ወለዲ፡ ዘመን ሕጕስ ፌሑኽሑኽ፡ እዋን ፍሕሸው ተንከል ተንከል ዝጎደሎ

ውልቀ-ሰብ መመላእታ የብሉን። በዚ እዋን ዘይተራእየ ጽባቐ ብወሰኽ ዕድመ ኣይገሃድን። በዚ እዋን ዘይተዘርአ ባህጊ ንተበግሶ ህይወት ኣይፈርን። ቀደም ብዘመን ንጽህና ቈልዕነት ዘይተሃንጸ ሕልሚ ብዘመን ዕብየት መንበሪ ኣድራሽ ኣይከውንን። ቀደም ጀበብ ክሳዕ ዝብል ዘይመልአ ፍቕሪ ንሃገር ኣይዕቆርን። ህጻን ኬንካ ዘይተረኽበ ፍልጠት ትምህርቲ ተላሕጕንካ ኣይርከብን። ደረቕ ወላዲ ዝነፈጎ ፍቕሪ ቈልዕነት መን ክመልሶ ይኽእል? ደንባር መምህር ዝረገጾ ሕልሚ ንእስነት መን ከልዕሎ ይኽእል?" እናበለት ነቲ መድረኽ ብፍቕራ ከተምቕ እንከላ ጠሰስ ኢሉ ናብ ውሽጢ ህይወተይ ዝተነዝሐ ምዉቕ ሓጐስን ዝሑል ፍልስፍናን ከቶ ክርስዖ ኣይክእልን። ተዓዛቢ ተዋስኦ ንመድረኽ ተሰናቢቱ ክወጽእ እንከሎ ኣብ ልባስ ገጹ ፍሽኽታ፡ ኣብ ውሽጡ ድማ ቅሱን ሓሳባት ከም ዝምዓጐ ይልለ። ኣዒንቱ'ውን ነጠባ ጽሩይ ማይ ዘሕበጠን ተነቀፍቲ ለቖታ ይመስላ ነይረን።

-8-

ዝኽሪ የፍርሕ'ዩ ምስ ሰማዕኩ ምርሳዕ እምበኣር ዑቕባ ምንባር'ዩ ኢለ።

ንስጕምቲ ህይወት ብጽሑፍ ክምዝግቡ ላሕ ዝብሉ ሰባት ኣሎዉ። ንዛንታ ህይወት ኣብ ውሽጢ ገንኢ ኣእትዮም ክሓትሙዋ ዝጽዕሩ ከኣ ማዕረኦም። መዓልታዊ ግብሮም ናብ ጽሑፍ ዝቕይሩሉ ምኽንያት ኣይመራመሩሉን ይኹኑ፣ ሓታቲ እንተ ዝረኽቡ ግን እንታይ ኮን ምበሉ? ቅዲ ኣመዘጋግባ ስጕምቲ ህይወት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ ኢዩ። መብዛሕትኦም ናይ ገዛእ-ርእሶም ስጕምቲ ህይወት ምስ ዕለታዊ ናብራኦም ኣዛሚዶም፡ ብጽምዋ፡ ኣብ ስቱር ደብተር የስፍሩ። ብዛዕባ ጽልዋ ከባቢኦም'ውን ብካዕቦ ወይ ብቚንጣሮ ይምዝግቡ። ገሊኦም እሞ ከኣ ልዕሊ ናቶም ህይወት ብዛዕባ ከባቢኦም ይጽሕፉ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ከባቢ ውግእ ይካየድ እንተ ሃልዩ ወግሐ-ጸብሐ ንዕኡ ይጠቕሱ። እቲ በብዕለቱ ዝተመዝገበ ዕቑብ ጽሑፍ ገሊኡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ መጽሓፍ ዝኽሪ ይኸውን፡ ገሊኡ ዓቢ ክብሪ ስለ ዘጥሪ ደለይቱ ይበዝሑ። መብዛሕትኡ ግን ከምቲ ዝፈጠሮ ጽምዋ፡ ዓይኒ ሰብ ከይወደቖ ብስውር ሓቚቑ ይርሳዕ።

እዚ ልማድ'ዚ ኣብ ሃገርና ክሳዕ ክንደይ ከም ዝዝውተር ንምፍላጥ ዝገበርዎ መጽናዕቲ ገና ጭቡጥ ምላሽ ከም ዘይሃበ መሓመድ እድሪስ ነጊሩኒ። ከመይ ኢሉ ብዛዕባ'ዚ ክፈልጥ ከም ዝኽኣለ'ውን ኣረዲኡኒ። ነቲ ዘጽንዖ ዘሎ ኩነታት ግዜ ናጽነት ታሪኽ ኤርትራ ዘገልግሉ ሓቅታት ንምእካብ ክብል ብውልቀ-ሰባት ዝተመዝገበ ዝኽርታት ንምእካብ ብርቱዕ ጻዕሪ ኣካይዱ። ክንድቲ ግን ኣይተዓወተን። እቲ ምኽንያት ብዙሓት ስለ ዘይመዝገቡ ኢዩ። ሓደ ኤርትራዊ ተመራማሪ ስነ-ኣእሙሮ ከም ዝበሎ፡ "ዝተዓመጸት ጓል ዛንታ ዓመጻ ንምምዝጋብ ኣዝያ ትብህግ ኣይመስለንን። ዓመጻ ብኻልእ መገድታት ኢያ ክትገልጾ ትጽዕር።"

ኣብ ስደት፡ ኣብ በረኻ፡ ኣብ ትሕቲ ገዛእቲ ዝነበሩ ኤርትራውያን ይዕበዩ ይንኣሱ፡ ዝመዝገብዎ ዕለታዊ ታሪኽ ናብራኦም ይሃሉ ኣይሃሉ፡ ገና ኣይተፈለጠን። ንልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ተሰዲዱ ዝነበር መምህር ሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ገለ ብዛዕባ ህይወቱ ከይመዝገበ ናብ ሃገሩ ተሰጕጉ ከም ዝተመልሰ ኣውጊዑኒ። ዝኸሪ የፍርሕ'ዩ ምስ ሰማዕኩ ምርሳዕ እምበኣር ዑቕባ ምንባር ኢዩ ኢለ። ናይ ምምዝጋብን ምዝካርን ፍርሒ እንታይ መምጽኢኡ እንታይ መምለሲኡ ዘጽንዐ የጽንዓዮ ደኣ'ምበር ንዓይስ ኣስደሚሙኒ።

ዕለታዊ ናብራኦም ኣብ ደብተር ዘስፍሩ መን'ዮም ንዝብል ሕቶ፡ "እቶም ጽባሕ ከም ዝወግሕ ዝኣምኑ፡" ይብል ደራሲ ተዋስኦ ሓሰበላ። ብሓቂ መዝጋብ ታሪኽ ንዝሓለፈ፡ ንዘሎን ንዝመጽእን ግዜ ዘይኅሲ ሰብ ይመስለኒ። ካብ ዝመጹ መጺኦም፡ ኣብ ዝጸንሑ ጸኒሖም ናብ ሃገሮም ምስ ኣተዉ ንኤርትራውያን ደቂ ሃገሮም ደብተር ህይወቶም ከረክቡ ዝኸእሉ ሒደት ኢዮም ዝኾኑ። መዝገብ ፍልጠቶም ንባዕዳውያን መኸዘናት ትምህርቲ ኣረኪቦም ንዓዶም ዝኸውን ቅዳሕ ከይሓዙ ድዮም ዝመጹ ዘለዉ? ሒዞም እንተ ዝመጹ'ውን ተቐቢሉ ዝዕቅበሎምን ዝዝርግሓሎምን ሓይሊ ይሃሉ ኣይሃሉ ኣይተፈልጠን። ኣበይ ኔርካ ክብሃል ዝደሊ ብዙሕ ስለ ዘይኰነ ዶኾን ይኸውን? ወይ እቲ ሰብ ከም ዝጥዕሞ ገባቢሩ ባዕሉ ከዘንቱ እናደለየዶ ይኸውን?

ኣብ ግዜ ናጽነት፡ ሰራሐይ ኢሉ ንማእከል ከተማ ኣስመራ ኣብ ምጽናዕ ዘሎ ዓርከይ፡ ብዙሕ ኢዩ ዝነግረኒ። ህዝቢ ምእንቲ ከረብሕ መጽሓፉ ቀልጢፉ እንተ ዘሕትም ክንደይ ባህ ምበለኒ። ኣብ ደብተር ህይወት ዘይተመዝገበ ታሪኽ ህይወት ኣንጻራዊ መልክዑ ኣብ ማእከል ከተማ ከንጸባርቑ ዝጽዕሩ መንእሰያት ከም ስነ-ኣእሙራዊ ስንኩላት ገይሩ'ዩ ዘቕርቦም። ኣብ ሓጺር ዕንክሊል ከተማታት እናኾለሉ ከም ሓድሽ መርድእ ከእውዩ እንከሎዉ ይርኣዩዎ። ሓገዝ ስኢኖም ክልምኑ እንከሎዉ'ሞ ሓደ ዝረድኦም ሰብ ድማ ከም ዘይርኣየ ይገልጽ። ካብ ዓንኬል ከንቱነት ምኹላል ዘድሕን ሓይሊ እንተ ዝርከብ ነቲ ዓንኬል ንምሉእ ቀርበትን ማይን ኤርትራ እናተጠዋወየ ከም ዝትንክፍ'ሞ ሰብ ኣብ ዘዝደለዮ ቦታ ጥር ጥር ኢሉ ከም ዝወርድ ምገበሮ ይብል እቲ ተመራማሪ።

መዓልታዊ ይኹን ዘመናዊ ውልቀ ታሪኽካ ምምዝጋብ ድንገታዊ ኢዩ ዝብሉ ተመራመርቲ ኣሎዉ። ካብቲ ዘቕርቡዎ ምኽንያታት

ሓደ ታሪኽ ዝምዝግብ ኩሉ ግዜ ካብቲ ንቡር ውነኡ ንኽዝልቕ ዕድል ስለ ዘይረክብ ኢዩ። ሰብ ድማ ንብዙሕ ነገራት ናብ ትሕተ-ውነ ክቐብሮ ስለ ዝጽዕር መዝለቒ እንተ ስኢኑ ብተገራጫዊ ስምዒት ክህሰ ይኽእል ኢዩ። መብዛሕትኡ ካብ ሓቂ ዘርሕቖ እምበር ዘቐርቦ ኣይደልን። ህድማ ኢዩ ዝመርጽ። መሓዙትካ ዘንብራ ድፋዓት፡ ስድራ-ቤትካ ዝጸራ ዓድታት፡ ሰብኣውነትካ ዝዓቀበት ሃገር ገዲፍካ ዶብ ሕፈርት ተሳጊርካ ኣብቲ ዝዓለብካዮ ቦታ ኬንካ ጉዕዞ ህይወትካ እናዘከርካ፡ ምስ ዕለታዊ ናብራኻ ኣዝሚድካ፡ ብጽሑፍ ምመዝገብካዶ ንዝብል ሕቶ መን ኮን ምመለሰ ኢለ አስተንትን። እንታይ ይፍለጥ ገሊኣቶም ተናሳሕቲ ዕለታዊ መዝገብ ጥራሕ ዘይኰነስ ታሪኽ ህይወቶም ዝሓቖፈ መጽሓፍ እውን የሕትሙ ይኾኑ። እቶም ኑዛዜ ጣዕሳኦም ዝጽሕፉ ምህርቲ እምበር ጉርዲ ዘየፍርዩ ኢዮም። ጉርዲ ዘሪኡ ጉርዲ ዝዓጽድ ሰብ እንታይ ክምዝግብ ይኽእል? ብዛዕባ ሓጢኣቶምን ስንክልናን ጠባዮምን ዝጽሕፉ እንተልዮም ግን ብሓቂ ዓበይቲ ሰባት ኢዮም።

* * *

ብዕሊ ዘይኰነስ ከም ዝመጸለይ፡ ጽሑፋት ክሓናጥጥ ብምጅማረይ ናጻ ኤርትራ ብድሕሪ ኵናት ዳርጋ ዘርእስቱ ጽሑፍ ዝኣኻኽብ ዘሎኹ ይመስል ይኸውን። እንተኾነ ግን ፈጠራዊ መጽሓፍ እየ ከስብሕ ዝህቅን። ብርግጺ ይኹን ዝኽሪ ሽተት እናበለ ንሓንሳብ ናብቲ ቅድሚ ኵናት ዝነበረ እዋን ይወስደኒ። ዋላ'ኳ ነቲ ድፍኢት እንተ ዘይተቓለስኩዎ ሕሉፍ እናገደፍኩ ናብቲ ቀንዲ ዕላማ ጽሑፈይ ዝኾነ እዋን ቀልጢፈ እምለስ። ዕለታዊ ስጉምቲ ናብራይ ምስ ጽልዋ ከባቢየይ ኣዛሚደ ብስሩዕ ክጽሕፍ ኣይበሃግኩን። ኣጸሓሕፋይ ናይ ግዜ ወይ ናይ ትሕዝቶ መስርዕ ሒዙ ዝሳለ ዓይነት ኣይኰነን። ጽምኢ መጽሓፈይ ከርዊ ካብቲ ናብቲ ክብል ዘጥፍኦ ዘሎኹ ግዜ በዚሑ። ብሓፈሻ ሸውሃት መጽሓፈይ ዘዕግብ ሓቂ ካብ ዕለታዊ ናብራይ ክረኽቦ እየ ብምባል ኣይከኣልኩን። መጽሓፈይ ካብ ግዳማዊ ሓቅታት ውሽጣዊ ስምዒታትን ሓሳባትን ከም ትፈቅድ ፈሊጠ። ነቲ ግዳማዊ ሓበሬታታት ናብ ውሽጢ ኣእትየ ብሓሳብን ስምዒትን ናብ ሰነ-ጥበባዊ ነገር ምቕያር ድሕሪ ብዙሕ ምድግጋም ዝተወሃሃደኒ መሲሉ ይስመዓኒ። ነታ ዘይትዓግብ ህርፍቲ መጽሓፈይ ዝኣክል ግን ጸሚቔ ክእክብ ኣይከኣልኩን። መጽሓፈይስ ብርግጽ ባህጉ ኢያ። ሽማ ባህጉ እንተ ዝኸውን መጥዓመላ ነይሩ።

ኣብዚ ዘሎኹዎ እዋን እንታይ'ዩ ዝምዝገብ እንታይ'ዩ'ኸ ዝግደፍ

እናበልኩ ንበይነይ እሓስብ። ንኣብነት እቲ ሳዕቤናት ውግእ ዘቦኡ ንበይኑ ፈሊኻ ምርኣይዶ ይሓይሽ ይኸውን እብል። በቲ ዝዕዘቦ ዘሎኹ ግን ንበይኑ ዝፍለ ሓቅታት ዘሎ ኣይመስልን። ንኹሉ ኤርትራዊ ዝተኣሳሰረ ምራን ሓቅታት ከም ገበል ይጥምጠሞ እሞ በቲ ዝወረዶ መዕበስቲ ዓቕሊ ጽበት ወሪዱዎ ሓደ ፍጻሜ ካብቲ ሓደ ንምፍላይ ይጽገም ከም ዘሎ ይስምዓኒ። ሓደ ዝፈልጦ ጸሓፋይ ፍጻሜታት ውግእ፡ ፍጻሜታት ሳዕቤን ውግእ፡ ፍጻሜታት ሕውየት ውግእ፡ ብዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ የዳሉ ኣሎኹ ካብ ዝብል ነዊሕ ኰይኑ። እቲ መጽሓፍ ደንጉዩ እምበር ካብቲ ብዝተፈላለየ መራኸቢ-ብዙሃን ዝመሓላለፍ ቁርጽራጽ ጽሑፋት ዝሓሸ ውሁድ ስእሊ ምሃበ ነይሩ እብል።

ሓቂ እምብዛ እንድሕሪ ተበታቲኹ ላዛ የጥፍእ ኢዩ። ካብቲ ኣኻኺቡ መልክዕ ዘውርሶ እቲ ደቕሱ ዝብትኖ በዚሑ። ብሕልፊ እቶም ነቲ ድሕሪ ኲናት ዝስዓበ ኩነታት ብብቂ ድላይ ገምጊሞም ንጸቢብን ውሱንን ህረፍ ከውዕሉዎ ዝምነዩ፡ ቅንጥብጣብ ሓቅታት ደቕሶም ከም ኵሕሊ ንኣዒንቶም ይቐብኡ’ሞ ነቲ ብሽፋን እንትናኦም ዝተዳህለ ብዶሮና ድቁስ ሓቅታቶም ኣዕዊሮም ከእምኑዎ ሸበድበድ ይብሉ። ህዝቢ ብዝተበታተነ ሓቅታት ካብ ምህሳይ፡ ነቲ ዝሕመስ ዘሎ ሓበሬታታት ግቡእ ቅርጺ ትሕዝቶኡ ኣዕጢቕካ ኣጆኻ ምባል ምሓሽ። ብፍርሒኻ ምፍርራሕ ግን ዋጋ ከም ዘይብሉ ድሮ ህዝቢ ፈሊጡዎ። ነቲ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ዝዘረዎ ሓርጭ ሓቅታት ኣኪቡ መልክዕ ዘሎዎ ሓቂ ክፈጥር ዝኽእል ሰብ ውሒዱ። ምኽንያቱ እቶም ከም ዝናብ ዘውርዱዎ ከዕገርግር እምበር ተዘሪኡ ከርብሕ ኣይፈነዉዎን። በዓል ሱሌማንን ባህታን ነዚ ፈላልዮም ቅኑዕ መልክዕ ንኽትሕዙ ክንደይ ከም ዝተዕቡ ስለ ዝፈለጥኩ ብልበይ ከደንቕም ክኢለ። ናታቶም ፍልጠት ናብ ኩሉ ክባጻሕ ድማ ተመንየ ጥራሕ ዘይኰነስ መጽሓፈይ እንድሕሪ ብቑዕ ኢላቶስ ክምዝግቦ እውን ብሂገ።

ነቶም ብድሕሪ ኲናት ክፍተሉን ክፍሓሱን ጸኒሖም ብዘይ ቅጥዒ ዝዝርጉሑን ዝእለሙን ዝነበሩ ወረታት፣ ነቶም ዝኹኑን ዝብሃሉን ምኳኖም ዝንገረሎም ምልክታት ዓንኬል ናብራ ካብ ምምዝጋብ ዓዲ ኣይውዓልኩን። ኣብ ዝመጸለይ ከም ዝመጸለይ ገይረ ክምዝግቦ’ኳ እንተ ፈተንኩ መዝቆቒ ሓበሬታታት፡ መንፈይ ሃተፍተፍ፡ መኹባዕቲ ፍርሒን መጻረዪ ሓሬት ሓቂ ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ክጥቀምስ እፍትን እየ። ናይቶም መመንጨውቲን

ዘርጋሕቲን ዓለም መብዛሕትኡ ክፋል ኣካላታ ጩራ ጸሓይ ስለ ዘይዓሰሎ ካብ ስነ-ፍልጠታዊ ሓቂ ባህሪሩ ይርሕቀኒ። ንሓንሳብ ግን ሳዕሩን በሰሩን ብመግሓጢ ተቐቢለ ክሳዕ በኹዑ ዝጸልል እጽበዮ። ብዙሓት ዝገጥሙኒ ሰባት ነቲ ግዜ ዳርጋ ብሓደ ብዝመለኹዎ መዝሙር ገይሮም ኢዮም ዝገልጹዎ። ግዜ ከፊኡ፡ ሰብ ሓሲሙ፡ ዘራይ ተሳኢኑ፡ ደረት ዓዲ ዝሕንጥጥ ቆርዩ፡ ልቢ ሰብ ኣብ ክልተ ተመቒሉ፡ ሓሳባት ከቢዱ... እናበሉ በብቐዲ መጥዓም ወግዖም ሰሊሶም ክዛረቡ እንከሎዉ ትኹረት ድምጾም ናብ ገዛእ ርእሶም ስለ ዝዓለመ ካልእ ንምርኣይ ይጽገሙ ከም ዝነበሩ ደንጉዩ ተረዲኡኒ። መብዛሕትኦም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት ብመቓልሕ ዝተቐበሉዎ ዓውታ ድምጾም ኢዮም ዝሰምዑ። ካብቲ ብኣለምቱን ቀየስቱን ተዋሃሂዱ ከም ዝሰምዑዎ ዝተገበረ ሓበሬታታት ንላዕሊ ካልእ ሓቂ ዘመልክት ኣተሓሳስባ ከም ዝነበረ ኣይፈለጡን። ገሊኦምስ ከይተፈለጠም ፍልስፍና ሞት ዝኸተሉ ዝነበሩ መሲሎምኒ። ካብ እዚኣቶም ብዙሓት ዝጠራጠሩን ዝመራመሩን ኣይገጠሙንን። ኲናት ሰውራዊ ፍልስፍናታትን ዋልታ ፍልጠትን ተዓጢቖም ዝዋግኡን ዝምክቱን ከይውሕዱ ፈሪሐ። ገሊኣቶም ከኣ ኲናቶምን ዋልታኦምን ንመዝገብ ዘይምችኡ ዘረባታት ጥራሕ ምዃኖም ኣገሪሙኒ።

"እንታይ ኢዩ ወሪሱና? ንፈርሕ ዲና ዘሎና? ክንሃድም ዲና ደሊና? ወጅሂ ፍልስፍና ህይወት ድዩ ርሒቑና? እምበርዶ ናይቶም ፍርሒ ዝዘርዉልና ዘሎዉ ትሑት ዓቕሚ ኣለሊና ኢና? እንታይ ኢዩ ወሪዱና? ቀንዲ ዘፈራርሑና ዘሎዉ እኮ ዓቕምታት ኣእሙሮና ኢዮም። እቲ ብጸላኢ ዝትሓላላኽ ዘሎ መጻወድያ ታሪኽ ጥራሕ ከይመስለኩም። ጥሜት ኣእሙሮ እምበር ጥሜት ከብዲ ኣየጥቅዓናን፡" እናበለ ሓደ ሰብ ክዛረብ ሰሚዐ። ብዙሓት ዝተሰረዩ ዝመስሉ ከኣ ኣስተውዒለ። ኣእሙሮኦም ብምጽባቡ ዘይጸብብ ክጸቦም እንከሎ ኣስተውዒለ። ዘይተሰርሐ መሬት ይጸቦም። ዘይተጀመረ ስራሕ ይውሕዶም። ንኹሉ ዝኣክል ዕድል እንከሎ ኣዒንቶም ስለ ዘየርእዮም ሓጋዚ የስገድግዶም። ካብ ወሱንነት ኣስመራን ጽበት ኣእሙሮኦምን ናብ ጎላጉል ባሕርታት ክዕንድሩ ከም ዝኽእሉ ኣይፈለጡን። ገለስ ዓዚሙዎም ይኸውን ኢዩ ዝብሃል።

* * *

ብዛዕባ እተን ሰለስተ ወራራት ብዙሕ ዝተመዝገበ ነገር ይህሉ

እብል። ብስሙር ዕለታዊ ወይ ብሓላፍ ዘላፍ ቅዲ ኣመዛግባ ነቲ ግብሪ ኣብ ጽሑፍ ዘስፈሩዎ ሰባት ከም ዘሎዉ ይእመን ኢዩ። መሓመድ እድሪስ ኣብታ እንዳ ቡን ምስ ረኽብኩዎ ከምዚ ንዓይ ብሕልፊ ዝምልከተኒ ገይሩ፡ “ስማዕ እስከ፡ ሕጂ ድማ እዚ ዛንታ ክቑንጠር ድዩ? እቲ ቀዳማይ ተቖንጢሩ እምበር ኣይተላዕሎን፣ እዚ ድማ ብምቑንጣር ክሃልቕ? ሕጂ ድማ ንጀጋኑ ጀጋኑ ከይበልና ተጣየስቲ ጥራሕ ዲና ክንብል? በዓል ንስኻትኩም እንታይ ኢኹም ትገብሩ ዘሎኹም?” ኢሉኒ።

“ንስኻትኩምከ እንታይ ትገብሩ ኣሎኹም? ሓቅታት ንእክብ ኣሎና እንዲኹም ትብሉ? ቅድሚ ሕጂ ከም ዝነገርካኒ ሰብ ዝመዝገቦ ዝኽርታት ኣብ ምእካብ ምሉእ ኣሳልጠ ረኺብ ኢልካ ኣይዓገብካን። ካልእ ምንጪ ሓቂ ስኢንካ ዲኻ? ኣሎዶኽ? ኣነ ዝእከቦ ዓይነት ሓቂ ነዞም መዝገብቲ ቅኑዕ ታሪኽ ትብሃሉ ተመራመርቲ ዝውዕል ኣይመስለንን። ንስኻትኩም ትደልዩዎ ሓቂ ፍሉይ ኢዩ። ዕቑብን ርቱዕን ክሽውን ኣሎዎ ኢኹም ትብሉ። ኣነ ግን እዚን እቲን ኣይብልን'የ። ዝምስጠኒ ሓቂ እየ ዝሓቁፍ። ማለት ክሓቕፎ እንክሎኹ ሕቑፍ ዘብለኒ፡” ኢለዮ ብቑጥዓ ዝጀመርኩዎ ምላሽ ብሰሓቕ እናዛዘምኩ።

መሓመድ እድሪስ ከም ኣመሉ ኣብ መንጎ ዘረባይ ሓፍ ኢሉ ቁሩብ ናይ ምውስዋስ ኣካላት ብዘምሰልስል መልክዕ ተመጣሊዑ። ጸኒሑ ናብቲ መኪና ቡን ዝመርሕ መንእሰይ ብቕልጡፍ ሰጒመ።

“ሓንቲ ጽብቕቲ ቡን'ዶ ይግበረልካ?” ኣብኡ ኲይኑ ሓቲቱኒ።

ኣቐዲመ ሻሂ ሰትየ ስለ ዝነበርኩ ብድምጸይ ሰላም ከባብየይ ከይብከል ብምስጋእ ብምልክት ኣእዳወይ፡ “ደሓን! ይኣኽለኒ ሰትየ፡” ኢለዮ። ድምጸይ ካብቲ ዝነበርኩዎ ናይ ጣውላ ሃዋህው ናብ ካልእ ዘይከፈልኩሉ ሃዋህው ጣውላታት ኣባዚሐ ናብቲ ኣፍላሒ ቡን ከሰጋግር ኣይደለኹን።

ኣብ ኣስመራ፡ ድምጺኻ ኣብ ዘይከፈልካሉ ሃዋህው ምፍናው፡ ልሙድ'ኳ እንተኾነ ቆለይ ኣይተቐበሎን። ድምጺ ኣካላዊ ህልውና ከም ዘሎዎ ብዘይ ምፍላጥ ሓይሎ ኣብ ጥቓኦም ማለት ኣብቲ ዝውንኑዎ ወይ ኣብቲ ከፊሎም ኣብ ዝተኻረዩዎ ሰፈር፡ ጥራሕ ንኽቕየድ ልጓም ኣይጥቀሙን። ድምጾም ናብ ድላዩ ክዕንድር መሰል ዘሎዎ እናመሰሎም ካብ ትሑት ህርመት ዘሊሉ ናብ እዝኒ ዝጨድድ ሓይሊ ክቕየር እንክሎ ብሓላፍነት

ዝሕተቱ ኣይመስሎምን። ብድምጾም ክንደይ ክስማዕ ዝነበሮ ምሉእ ሓሳባት ተበታቲኹ ትርጉሙ ከም ዘጥፍእ ኣይፈልጡን። ዘይተቐየደ ድምጺ መዕነዊ ወግዒ ለባማት ምኳኑ እንተ ዝፈልጡ ሰባት ንድምጾም ሓጺር መቐየዲ ምገበሩሉ'ሞ ኣብ ጽርግያታትን መዘናግዒ ቦታታትን ዝስማዕ ዘሎ ጫውጫው ተሪፉስ ሰላም ምሰፈነ። ኣድላዪ ምይይጥ'ውን መዕገርገሪ ድምጺ እምበር ተቐባሊ እዝኒ ስለ ዘይረክብ መኺኑ ይተርፍ ኣሎ። መርገም ኣይትስምዑ ዝብል ዘሎ ኢዩ ዝመስል። እዚ እዋናት'ዚ ብዙሕ ብዛዕባ ዝኾነ ዝፈልጥ እናመሰሎስ ድምጹ ኣብ ምጉልባት ኢዩ ዝብርትዕ ዘሎ። በቲ መንፈስ ዘዕኑ ድምጺ ዝኣክል ክንደይ ረቂቕ ሓሳብ ቀምሪሩ ከም ዝተርፍ መን ኣውያት ከም ዘብጽሕ ኣይፈለጥኩን።

መሓመድ እድሪስ ወልፉ ዘውጽኣሉ ቅዲ ኣፈላልሓ ቡን ንሰብ ሞያ ኣእሚኑ ብዓወት ምስ ተመልሰ ኣብ ጥቓይ ኮፍ በለ። እቲ ዝተኣዘዘ ፍንጃል ቡን ድማ ሓንሳብ ከይደንጎየ ተሰናዲኡ ብሓደ ውፉይ ኣገልጋሊ ኣብ ቅድሚኡ ተቐመጠ። መኣዛኡን ርሃጽ ጣዕሙን ካብ ጽላል ኣፉን ኣፍንጫኡን ከም ዘይሓልፉ ኣእዳዉ ከም መንቆርቆር ብምምእካል እናስተማቐረ ፊት ኢሉ ብዘይ ንሕስያ ምስ ውዑይ ሃፋኡ ኣህለቖ። ከደራይ ገጹ ብፍሱህ ወዝ ታህታህ ኢሉ ናይ ቅሳነት መልክዕ ኮሊዑ። ኣውሒ ዝመስል ቆርበቱ ብምርኣይ እምበርዶ ተጋዳላይ ኢዩ ነይሩ ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ዘኪረስ ዘየብል ኣይንበሮምን ኢለ ሓሲበ። ምስጢር ብቕዓት መልክዑ ኣካላዊ ዘይኰነስ ጣዕሚ ጠባዩ ምኳኑ ግን ድሕሪ ነዊሕ ዝተደጋገመ ርክባትን ወግዕታትን ተረዲኡኒ።

"ስማዕ'ሞ" ኢሉ ጀሚሩ፡ "ንጸሓፍቲ ፈጠራዊ ዛንታ ከሕስር ኢለ ኣይኰንኩን። ንስኻትኩም መዝገብቲ ታሪኽ ኣይኰንኩምን። መዳመቕቲ ታሪኽ ኢኹም። ንሕና ተኣዘዝቲ ሓቂ ኢና። ከነዳምቕ ወይ ከነህስስ ኣይንኽእልን። ንስኻትኩም ግን ነቲ ዘይርአ ሓቂ ከም ዝርኣኹሞ ጌርኩም ጥራሑ ምስ ወጸ ዘንጸባርቕ መልክዕ ትገልጹ። ይዝከረኒ፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ንሓደ ብርቱዕ ግጥሚ ውግእ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ንእሽቶ ደርፊ ዝሽቱ ነይሮም። ወረ ንምሉእ ቃልሲ ናጽነት ብኽልተ ቃላት ክግለጽ እንከሎ ይዝከረኒ። ሓንቲ ደሃይ ወዳ ዝሰኣነት ኣደ ደሃዩ ክትገብር ንሜዳ ወፊራስ 'ወደይ ኣበይ እረኽቦ?' ኢላ ምስ ሓተተት 'ምስ ሰብ ዝናር ኣሎ ኢሎምኒ' ኢላ ክትደዓዓስ እንከላ ይዝከረኒ[2]። ሰብ ዝናር ክብሃል እንከሎ ዝህቦ ትርጉም እሞ ሕሰቦ! ዝናር ክንደይ ነገር ኢዩ ወኪሉ ዘሎ?

ጀጋኑ፡ ጎተና፡ በረኻ፡ ግርማ፡ ዘለኣለማውነት፡ ትንሳኤ-ሞት፡ እንታይ ስእሊ ሓበንን ሓቦን ዘየምጽኣላ ዝናር። ነታ ኣደ'ኮ ካልእ ሓበሬታ ኣይሃቡዋን። ወዲኺ ምስ ሰብ ዝናር ኢዩ ዘሎ ጥራይ ኢሎማ። ንሳ'ውን ካልእ ኣይሓተትን። ኩሉ ተረዲኡዋስ ሓበን ከይተረፈ ተሰሚዑዋ። ስነ-ጥበብ ዘይተባህለ ከም ዝተባህለ ክገብር ይኽእል ኢዩ። ነዚ ድሕሪ ኹናት ተዘርጊሑ ዘሎ ተርእዮ ዝገልጽ ዝናር እምነየልካ። ንሕና ሓደ ግብሪ ድሕሪ ሓደ ክንሰርዕ ላሕ ክንብል እንከሎና ንስኻ ብኽልተ ቃላት ክትፍጽሞ ትኽውን።"

"ቅንኢ ኣሎካ ድዩ መሓመድ እድሪስ? ንስነ-ጥበብ ልዕሊ ምርምር ታሪኽ ዲኻ ትሰርዮ?"

ምምላሽ ምስ ደንጎየኒ ድማ፡ "ናይ ታሪኽ ሰብ እየ እናበልካ እምበር ስነ-ጥበባዊ ጠባይ ኢዩ ዘሎካ።"

"ቁሩብ ቅንኢ'ኳ ኣይስእንን እኽውን፣ ስነ-ጥበበኛ ግን ኣይኰንኩን። ክኽውን እውን ኣይደልን። ዓለመይ ኣይኰነን። ከምዞም ዝጽሓፉ ጽሒፎም ከም ደረስቲ ፈጠራዊ ስራሓት ክመስሉ ዝደልዩስ ኣይኰንኩን። ንኹነታት ድሕሪ ኹናት ዘይነጥብቐሉ ነገር ደኣ ስኢንና እምበር ዝተዛመደ ኣይመስለንን። ሕማም ጎረቤት እንተ ኰይኑ ከኣ ሓቢርና ንርኣዮ። ሰብ ሞያ ጋዜጣ፡ ታሪኽ፡ ትርጉም፡ ወዘተ. ጸሓፍቲ ክብሃሉ'ሞ ንዕኡ ለቢሶም ድማ ደረስቲ ፈጠራዊ ዛንታ እንተ መሰሉ ዝጸልኡ ኣይመስለንን። ስምዒት ትሕተ-መንነቶም ካበይ ከም ዝነቐለ ኣይርድኣንን። ንዓይስ ብወረጦ ዝተኣርየ ሓበሬታታት ሃበኒ'ሞ መዓንጣኡ ኣውጺእካ ተትዓዮ በለኒ። ብኽልተ ቃላት ኩናት ክገልጽ ኢለስ ኣይፍትኖን'ኳ። ወዳ ስኢና ዝተሸገረት ኣደ ሓቲታትንስ ወዲኺ ምስ ሰብ ዝናር ኣሎ ኢለ ከሐጕሳ ዝኽእል ኣይመስለንን። ንዓኻ ሓንቲ ኣደ ዋርሳይ እንተ ትሓተካኽ ክንደይ ቃላት ምተጠቐምካ? ካብ ክልተ እንድሕሪ ኣብዚሕካ ስነ-ጥበበኛ ኣይኰንካን ማለት ድዩ?" ዓው ኢሉ ሰሓቐ። ምላሸይ ክህብ ድማ ኣገደደኒ።

"ነታ ኣደ ገጸይ ኣብሪሀ ምተቐበልኩዋ፡" ኢለ ምስ ጀመርኩ ከድኩ ከይበለኒ ናብቲ ቀዳሕ ቡን ከይዱ ክመያየጥ እንከሎ ብርሑቕ ኣብቲ ኩርናዕ ገዛ ርእየዮ። ንዕኡ እናጠመትኩ ብዘይ ውነይ ናብ ካልእ ዓለም ኣቶኹ። ነብስሄር ኣደይ ብዛዕባ ተጋደልቲ ናጽነት ኣምጺኦም ኢላ ዝበለትኒ ዘኪረ። እታ ብዛዕባ ወዳ ትሓተኒ ኣደ እናተራኣየትኒ ድማ ከምቲ ኣደይ ክትብል ዝሰማዕኩዋ ዕጣቕ

ህዝቢ ኢዩ ወድኺ! ዕጣቕ ህዝቢ ኢዩ ወድኺ! ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ድለይዮ! ህይወት ህዝቢ ኢዩ ወድኺ! ምበልኩዋ ነይረ ኢለ ሓሲበ። እታ ኣደ ድማ ምሉእ ትርጉም ዕጣቕ ህዝቢ ተረዲኡዋስ ሓጐሳ ብፍሽኽታ ክትገልጸለይ እንከላ ተራእያትኒ። ካብ መዓልታዊ ሕልመይ ዘበራብር ድምጺ መሓመድ እድሪስ ካብ ርሑቕ፡ “ጥዑም ቡን ትደሊ ዲኻ?” ዝብል ምስ ሰማዕኩ ናብ ውነይ ተመሊሰ።

“ዕጣቕ ህዝቢ! ዕጣቕ ህዝቢ!” ኢለ ኣህተፍተፍኩ። እቲ ካብ ርሑቕ ናባይ ዝጽጋዕ ዝነበረ መሓመድ እድሪስ ግን ቀልጢፉ ተረዲኡኒ ኢለ ኣይገመትኩን። እንተ ተረድኦ ኢለ ከም ብሓድሽ “ዕጣቕ ህዝቢ! ዕጣቕ ህዝቢ! ሰብ ዝናር! ሰብ ዝናር!” ደጋጊመ። ፈሊጡ ከም ዘይተረድኦ ይመስል ከም ዝነበረ ምስ ፈለጥኩ፡ “ከምታ ናይ ቀደም ኣደ ናይ ሕጂ ኣደ ድማ ተሓጒሳ ንገዛኣ ክትምለስ ኢያ ይብል ኣነ። ንስኻኸ?”

“እዚ’የ ዝበልኩ፡ ሕጂ’ውን ብኽልተ ቃላት ብዙሕ ተገሊጹ። ዕጣቕ ብዙሕ ኢዩ ትርጒሙ። ንሕና እንተ ንሽውን ግን ነዊሕ ምጽሓፍና። ዕጣቕ ዝብል ቃል ካበይ መጺኡልካ? ንዓይ ኣይምመጸለይን። ዕጣቕ እኮ ኩሉ ነገር ኢዩ። ዕጣቕ ሓቦ፡ ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ብልሓት፡ መስዋእቲ፡ እንታይ’ሞ ክብለካ? ዕጣቕ ንኹሉ ልዑል ነገር ኢዩ ዘስምዕ።”

* * *

ንመጽሓፊይ ኢለ ክስተታት ድሕሪ ኲናት ክምዝግብ ኣይተበገስኩን። መጽሓፈይ ባዕላ ደብተር መዝገብ ስጒምቲ ታሪኽ ኢያ። ርግጽ መዓልታዊ ወይ ሰሙናዊ መዝጋቢት ህይወት ኣይኰነትን። ኣብ ዝመጸላን ከም ዝኾነላን ትቕበል ከኣ ኣይኰነትን። ዘይቀባበላ’ኳ ይበዝሕ ይኸውን። ናይ ገዛእ-ርእሳ ዝኾነ ስነ-ጥበባዊ መምዘኒ ኣሎዋ። ካብ ግዳም ተጋሒጡ ዝመጽአ ጉሓፍ ሓበሬታታት ኣይትቕርቦን። ካብ ውሽጢ መንቀል እምነታት ዝተጸምቀ ሓቂ ጥራይ ትብህግ። ዛንታ ምሉእ ህይወተይ ንኽትስከም ዓንዲ ሕቖ ስኢና ዘይኰነስ ኩሉ ኣይትደልዮን ኢያ። ንዓይ ዘዕግብ ወይ ንጽምኣት ሓቂ ዘርዊ ቀለብ ንምእካብ እንተ ክትጽዕር ደሊኻ ዘይተራእየ ዳህስስ፡ ዘይተፈተነ ግበር፡ ዘይተራሕወ በሪ ክፈት ትብለኒ። ሰብ’ውን ዓቕሚ ስኢኑ እምበር እዛ መጽሓፈይ ትእዝዞ ዘላ እንተ ዝረከብስ ኣይምጸልኣን። ንዓኣ ኢለ ሃሰውሰው ክብል እንከሎኹ ሽግር ሰብ’ውን ምስዚ ከም ዝዛመድ ገጢመዮ።

ዘይርኣዮ ዘሎ ንኽርኢ ዓይኒ ኣኽፊቱ ዘመልክት ዘይኰነስ ዓይኒ ዓሚቱ ዝኽውል በዚሑዎ።

ምስዚ ኩሉ ነጐዳን ማዕበልን ምንቅጥቃጥ ምድረ-ሰማያትን ስነ-ጥበብ ገና ንወኑ ዘለዓዕል ህርመት ኣይሰምዐን። ከም ሰቡ ኣእዛኑ ሓቲሙ ኣብ ማእሰርቲ ቀደም ኣሎ። ገና ኣይጨደረን፡ ገና ኣየእወየን፡ ገና ኣይደበለን፡ ገና ኣይመርሐን። እቲ ንዕጥቂ ናጽነት ፍስሃ ዘጉስዐ ነጋሪት ህርመቱ ክዕፍኑ ዝጽዕሩ ዕሱባት ስነ-ጥበበኛታት ኣበይ'ሞ ክበጽሑ'ኳ እንተ በልኩ፡ መጽሓፈይ ሓዪኻ ጡፍ ንኽትብሎም ከቕርበላ ከም ዘሎኒ እኣምን። ነቶም ቀንዲ ሞያኦም ገዲፎም ስነ-ጥበበኛታት ክመስሉ ዝህቅኑ ድማ በብሞያኹም ንምዕባለ ህዝቢ ዘምሩ፣ ብናይ ሞያኹም መጽሓፍቲ፡ መጽሔታትን ጋዜጣታትን ንተስፋ ዕብየት ህዝቢ ኣበስሩ፣ ኩሉ ብቕዱስ ሓበን በብወገኑ ይሰለፍ ምበልኩዎም። ነቶም ብዛዕባ ስነ-ጥበብ ክጽሕፉ ዝኽእሉ መሲሉዎም ኣብ ገጽ መራኸቢ-ብዙሃን ብርሃን ሓቂ ከይሰፍር ብጸልማት ኣእሙሮኦም ዝኽውሉ ዘሎዉ ብዕዉር ምኽርኹም ኣይትሓንኩልና ምበልኩዎም።

-9-

ህይወት ቃልሲ ሕቶን ምላሽን ምዃኑ ዝፈልጡ ሰባት ወይ ትካላት ይህሉ'ዶ ኢለ እጠራጠር።

ንህጻናት ዝተዳለወት ቀዳመይቲ መጽሓፍ ኣዛሚት ተሓቲማ ኢልና ኣብ ገዛ ንእሽቶ በዓል ጌርና። እቲ ካብ ህንዲ ዝመጸ ኤርትራዊ ፈላስፋ ዝነበሮ ዓቢ ፍቕሪ ኣዛሚት ተሰኪሙ ዕዱምና ኰይኑ። ብ2000 መጺኡ እንከሎ ከም ዘተስፈወና ብ2002 እታ ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን እትብል መጽሓፍ ተሓቲማስ መዛረቢት ኣንበብቲ ኰይና ስለ ዝነበረት ዕዱማትና ነቲ ውሩይ ደራሲኣ ብህይወቱ ኣብ ጥቓኦም ብምርኣዮም ተሓጒሶም። ደራሲ ተዋስኦ ትጃር እውን ብሃረርታ ኩልና ኢዩ ተዓዲሙ። እታ ኣምህርዮም ዘርእስታ ውዕውዕቲ ተዋስኦኡ ብቐጻሊ ንመበል ሰለስተ ወርሒ ትርኣ ስለ ዝነበረት ዕዱም ከቢቡ ከይበልያ ሰጊእና ኔርና። ኣተዓዳድማን ኣመጻጽኣን ካልኦት ዕዱማት ኣይተረድኣንን። በዚን በቲን ግን ሓያሎ ሰባት ተኣኻኺቦም። እንታይ ምስ ምንታይ ኣዛሚዶም ከም ዝኾኑ ኣይፈለጥኩን ደኣ'ምበር ገሊኦም ነቲ ዕድመ ኣኼባ ዝበሉዎ ነይሮም።

"ነዚ ኣኼባ 'ሕሱም ጥምየት ዛንታ ቈልዑ ኣብ ዓበይቲ ኣሕዲሩዎ ዘሎ ሕማም ንምፍዋስ' እንተ ትብሉዎ መምሓረልኩም፡" ኢሉኒ ሓደ ዕዱም።

መሓመድ እድሪስ ነቲ መጀመሪያ ምርቓ መጽሓፍ፡ ደሓር ኣኼባ ዝተባህለ ዕለት ምስ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ኣላጊቡ እቲ መጽሓፍ ኣብቲ ጕዕዞ ናጽነት ሓድሽ ምዕራፍ ዝቕይስ ፍጻመ ከም ዝኾነ ንዕዱማት ገሊጹ። ተረዲኡና ዝብሉን ኣይተረድኣናን ዝብሉን ወገን ፈልዮም ክከራኸሩ እንከሎዉ ብኻልእ ወገን ድማ ደጊም ትሩፍ ምስ ቀደም እምበር ሓድሽ ምዕራፍ ክብሃል ከም ዘይግባእ ርእሰ-ግሉጽ ኢዩ ዝብሉ ወገን ኣይተሳእኑን።

"ርእሰ-ግሉጽ ቃል-ንቓል ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ክቕዳሕ እንከሎ ሕመረት መበቆላዊ ትርጉሙ ተቐንጢጡ ናብ ትግርኛ ዝተጸንበረ ሓንካስ ሓረግ ኢዩ፡" ኢሉ ሓደ መጽሓፍ ስዋስው ዘቕረበ። ንዕኡ ይድግፍ ኣሎኹ ዝብል ሓደ ጸሓፊ፡ "እዚ ተርእዮ'ዚ ሓቁ ይውጻእ እንተ ተባሂሉ'ኮ በዚ ተወሲኑ ዝተርፍ ኣይመስለንን። ቋንቋና ብግጉያት ተርጉምቲ ካብ ምውቕ መኣዲ ቤተ-ሰቦም ተተመንጢሎም በብግዜኡ ብዝድርበዩ ዘሎዉ ባዕዳውያን ቃላትን ሓረጋትን ንውሽጡ ኣትዮም ብዝገብሩዎ ዝርጋን ኣብ ዝኣቱዎ ጠፊኡዎ ኣሎ። ኣኼባና ነዚ ዝፈለዮ ግዜ እንድሕሪ'ልዩ ኵይኑ ካብቲ ግድን ክንዛረበሉ ዝግብኣና ጉዳይ ይመስለኒ። ወረ ካብዚ ዝዓቢ ነገር ዘሎ ኣይመስለንን! ብበዓል እከለ ብዘይትብሎም ሰባት ቋንቋ ከምዚ'ሉ እንተ ተሓሚሱ ደኣ እንታይ ቅሳነት ክርከብ ኢልኩሞ?"

"ኣነ ዝመስለኒ ንኣኼባ ዘይኵነስ መጽሓፍ ኣዛሚት ክንምርቕ ኢና መጺእና ዘሎና። ብዛዕባ መጽሓፉ ሕጽር ዝበለ ዘረባ ከተስምዓና ስለ ዝኾነት ካልእ ገዲፍና ንዓኣ ንስማዕ በሃላይ እየ። ብዛዕባ ጽርየት ቋንቋ ዝግደስ እንተልዩ ድማ ጽልዋ ዘመናዊ ታሪኽ ሃገርና ኣብ ምስጢር ቃላት ዘኸትሎ ዘሎ ሳዕቤናት ምስ ስነ-ቋንቋ ኣዛሚዱ ናብዚ ክሕተም ጀሚሩ ዘሎ መጽሔት ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ እንተ ሰዲዱልና ካብ ሕጂ ኣመስግኖ፡" ኢሉ መሓመድ እድሪስ ነቲ ዘረባ ኣልዩዎ።

ኣዛሚት ከም ቈልዓ ተሰንያ ናብ ዓንኬል ዕዱማት ተፈንያ። ንዲ ኵዳ ልመዲ መልክዓ ዘውዲ እትብሃል ደርፊ ብህርመት ከበሮ እናሰጕመታ፡ ብጭራ ዋጣ እናሓንበበታ፡ ብጣቕዒት እናወሳወሰታ፡ ብሓጕስ ክትልህ እንከላ ተራእያትኒ። ብውሽጢ ልበይ ወና ንኽተውጽእ ተመንየላ። ኣውዕሊ ተባሂላ ክሳብ ኵዳ ትጸግብ ደርፊ እናተቐበልኩ ኢደይ ክሳዕ ዝቕንዞ ናይ ሓይሊ'ቦይ ከጣቕዐላ ወሲነ። ኣዛሚት ድማ ካብ ንስኒታ ብዝነቐለ ሓይሊ ባዕላ ከም መፍትል ሰለል ከም እትብል ኣሚነ። ብልበይ ንዲ ኵዳ ልመዲ መልክዓ ዘውዲ እናበልኩ ደሪፈ። ኣዛሚት ነዛ ደርፊ ኣጸቢቓ ከም እትፈትዋን ንጓላ ትደርፈላ ከም ዝነበረትን ዘኪረ። ኣዛሚት ውሑድ ኢያ ተዛሪባ። እታ ዝጽሓፈታ መጽሓፍ እናንበልበለት እንከላ ኣብቲ ብውዕዉዕ ሕብርታት ዝተኾልዐ ናይ ህጻናት ዛንታ፡ ኣዛሚት ናብ ቈልዓ ተቐይራ ዕንባባ ትኣሪ ከም ዘላ ዘእምን ምኽንያት ነይሩኒ።

"ንህጻናት ንምሕጓስ ኩልና ህጻናት ክንከውን ኣሎና። ኣብ ዓለም

ህጻናት ዘይነብር ንህጻናት ዘርብሕ ምህርቲ ከወፊ ኣይክእልን ኢዩ። እቶም ዝበለጹ መማህራን ንህጻናት ክምደቡ ኣሎዎም። ህጻናት ምስ ኣድማሶም ዘሎዎም ዝምድና ዘርጉዱ መማህራን የድልዮም። እቲ መምህር ናይ ህይወት ዘማሪን ናይ ፍጥረት ተመራማሪን እንተኾነ ይምረጽ። እንተ ዘየሎ ግን ከምዞም ሕጂ ዝርኣዩ ዘሎዉ ግዳያት ትምህርቲ ክድገሙ ኢዮም። ስነ-ጥበባዊ ምህዞን ስነ-ፍልጠታዊ ፈጠራን ዝጎደሎም ጾማልያ ዓበይቲን መንእሰያትን ብስም ምሁራት ተሪፎም ኣሎዉ። ከምዞም ንርእዮም ዘሎና ክንደግም የብልናን። ኣይተሓጐስናን'ሞ ንህጻናት ከነጕሂ ኢና ዝብሉ ጨካናት ክርሕቁ ኣሎዎም። ፈጠርቲን መሃዝቲን እምበር ተኸተልቲ ውሽጡ ዘይተፈልጠ ቅድታት ይኣኽሉና። ኢዶም ናብ ጎቦታት'ኳ ዊጥ ዘየብሉ!" ኣዒንታ ሰም ኣቢላ ምስ ተዛረበት ኣብ ነብሳ ተጠርኒቑ ዝጸንሐ ወና ዘውጽአት መሲላትኒ። ድሕሪ'ዚ ኣብ መንጎ ዕዱማት ዝነበረ ወግዒን ጸወታን ድምጺ እናወሰኸ ቀጺሉ።

ኣብ ቅሉዕ ዝባን ኣዛሚት ክወርድ ዝኽእል መግረፍቲ ሕቶታት ተራእዩኒ። ዓይነት ኩርማጃት መልክዖም ንሓተትቶምን ሕቶታቶምን ዘቃልሑ ይመስሉኒ። ሕቶታት መንነት ሓተትቲ ኢዩ። እዞም ብፍልጠት ሰብ ርዒዶም ድንቁርናኦም ንምኽዋል ዘወድቑዎ ነጥብታት ሕቶ፡ ገርማዕ ድምጺ እምበር ክብደት ሓይሊ የብሉን። ኣዛሚት ብዓሻ ሕቶታት ኣይተጸገመትን። ንገሊኦም ኩርማጃት ሕቶ ግን ከም መውጽኢ ቆለታታ ቆጺራ ብባህጊ ዕግበት ሰቐጥቀጥ እናበለት መሊሳቶም። መመሊሶም ንዘውደቑላ ኩርማጅ ሕቶታት ከኣ ዝባና ቀሊዓ ተቐቢላቶ። ኣብ ገጻ ድማ ፍትወት እምበር ስቓይ ኣየርኣየትን።

ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ሕቶታት ከቲርካ ምላሽ ካብ ምሃብ ሓሊፎም ኣስተምህሮ ናብ ምሃብ ተቐራሪቦም ዝመጹ መሲሎም። ንገሊኦም ሕቶታት ካብ ሓተትቲ ተወርዊሮም ከበሮ እዝኒ ኣዛሚት ቅድሚ ምኹሕኳሖም፡ ኣብ መገዲ ጸኒሖም፡ የሐክሉዎም ነይሮም። ንኣብነት ፈላስፋ ህንዲ ንዝጎነፉዎ ሕቶታት ሰብ ናብ ዘይሓኹሮ ጎቦ ሓሳብ የብጽሖም ነይሩ። ጽንሕ ኢሉ ከም መደራግሕ ንታሕቲ ከንከራሩዎ እንከሎ ኣድሕነኒ ወይ እግረይ ኣውጽእኒ ዘየብል ኣይነበረን። ነቲ ረቂቕ ፍልስፍና ብፍሉይ ክእለት ጸሚቑ፡ ንጹር ኣምራት ህይወት ሰሪሑ ንዕዱማት ኣርዲኡ። ትጃር ብወገኑ፡ ንፍልስፍናዊ ሕቶታትን መልሲን ብማህዛዊ ክእለት ከም ብሓድሽ ከም ዝፍጠሩ ብምግባር ኣብ ሕቑፊ ህዝቢ ኣንቢሩዎም። ብሕሉፍ

ተዋስኣዊ ብልሓት ሃዋህው ፍልስፍናን ጭቡጥ ህይወትን ብስነ-ጥበባዊ ክእለት ኣዛሚዱ ስለ ዘቕረበ ዕዱማት ከይተጸገሙ ናብርኦምን ከባቢኦምን ኣለልዮም ክግምግሙ ክኢሎም።

"እዚ ኩሉ ትብልዮ ጌርካ መጻኢ ትውልዲ እንተ ተመሓየሸ ኢልኪ ኢኺ። ሕጂ ዘሎ ኩነታትከ መን ይኣብዶ?" ኢሉ ሓቲቱ ሓደ ካብ ዕዱማት፡ ቀልቢ ኣዛሚት ብገርናዕ ድምጹ እናኣተተ።

ምላሽ ግን ካብ ፈላስፋ ህንዲ ተኺዕዩዎ።

"ድሕሪ ምላሽ ዘሎ ሕቶ ካልእ ሕቶ ጎቲቱ ካልእ መልሲ ኢዩ ዝጽበ። እቲ ምላሽ ድማ ብኻልእ ሕቶ ካልእ ምላሽ እናኣናደየ ክሳዕ ሓቂ ዝበርኽ ዘየዕርፍ ምኺኑ ደኣ ርኢናዮ እንዲና! ንሓንሳብ ገሊኡ ሕቶታት ካልእ ሕቶታት ጐቲቱ፡ እቶም ተጎቲቶም ዝወጹ ድማ ንኻልኦት ብምጒታት መወዳእታ ዘይብሎም ሕቶታትን መልስታትን ክቀባበሉ መዋእል'ኳ እንተ ሓለፈ ሓቂ ከይተቐልቀለ ዝተርፈሉ እዋናት እውን ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ብናተይ ፍልስፍናዊ እምነት ዘይኰነስ ብኣርኣእያይ ህይወት ቃልሲ ሕቶን መልሲን እኳ እንተኾነት ሓቃ ገና ኣይተጋህደን። እዚ ፍልስፍና'ዚ ሎሚ-ቕነ ንሰምዖ ምስ ዘሎና ጉዳይ ሃገርና ክነዛምዶ እስኪ ንፈትን። ንሕና ኤርትራዊ ሓቂ ኢና ንእልሽ ዘሎና። ሓቂ ንምርካብ ድማ መሳርሒና ሕቶ ወይ ሕቶታት ኣቕሪብካ ምላሽ ምጽባይ ኢዩ ኰይኑ ዘሎ። ብውሕዱ ኣነ ከም ዝፈልጦ ግን ንሕቶና ዝኸውን ምላሻ ግና ኣይረኸብናን። ሕቶታትን ምላሻትን ብስሩዕ ይስጉሙ የሎዉን በሃላይ እየ። ስለምንታይ ንሃገርና ክወሩዋ ደልዮም ንዝብል ሕቶ ዝምልሽ ትካል ኣይርኣኹን። ኣስዒብና ካልኦት ምላሾም ዘድልዩና ሕቶታት እንተ ነቕርብከ መን ምመለሰልና? ንኣብነት እቶም ተጻባእቲና ዝብሃሉ ዘሎዉ ንምንታይ ኲናት ደልዮም? ብፍቓዶም ድዮም ብድፍኢት ሓያላት? ብዘይ ኲናትከ ክቐስኑ ምኽኣሉ'ዶ? ፍቕሪ ኣይፈትዉን ማለት ድዩ? ናይ ፍቕሪን ኲናትን መረዳእታኦም እንታይ ይመስል? ወዘተ. ኢልካ ንመን ይሕተት መንከ ይምልሽ እንተ ኢልና ሓቂ ክትሃድም'ምበር ክትቀርብ ኣይትርአን። ምናዳ ዝመጸ ይምጻእ ኢልና ወዲ-ሰብ ስለምንታይ ሰላም ከም ዝጸልእ እንተ ንሓትት ኣኼበኛታት ሕቡራት መንግስታት ክዝትዩ ውዒሎም እንተ ዝሓድሩ ምላሽ ኣይምሃቡናን።

"ብዙሓት ትካላት እዚ ክገብር እየ ኢለን ደኣ ይምስረታ'ምበር እንታይ ተሓቲተ እንታይ ክምልሽ እየ ኢለን ኣይሓስባን ኢየን። መብዛሕትኦም ሰባት እውን ከምኡ ኢዮም። ንዝሕተቱዎ ምላሽ

ይሃሉዎም ኣይሃሉዎም ኣይግደሱን። ህይወት ቃልሲ ሕቶን ምላሽን ምኳኑ ዝፈልጡ ሰባት ወይ ትካላት ይህሉዉዶ ኢለ እጠራጠር። ኣብ ኤርትራ ግን ከም ፍልስፍና ጥራይ ዘይኰነ ከም እምነት ክንቅበሎ ከም ዘሎና ገሊጸ ኣብ መጽሓፈይ ኣመልኪተዮ ኣሎኹ፡” ኢሉ ከተንፍስ ምስ ጀመረ ክምልሹ ወይ ክሓቱ ዝተሃንጠዩ ዝገብሩዎ ድምጺ በርቲዑ።

ትጃር ኣብ ኩርናዕ ገዛ ጸኒሑ ናብ ማእከል ብምምጻእ ብተዋስኣዊ ብልሓት ድምጹን ገጹን ሰብ ካልእ ገዲፉ ዓይኒ-ዓይኑ ከም ዝጥምቶ ገይሩ። ኩሉ ተጻባይ ቡራኬኡ ምኳኑ ምስ ኣረጋገጸ ዋዛን ቁምነገርን ሓዋዊሱ ዘረባ ጀሚሩ።

“ፈላስፋ ህንዲ ዝበሎ መስደመም ኢዩ። ትርጉም ህይወት ከምዛ ዋዛ ገይሩ ገሊጹልና። ትምህርቲ ማለት እዚ ኢዩ። እታ ፍልጠት እንተ’ልያ ንኽቢድ ብቐሊል ምግላጽ ይክኣል ኢዩ። እንተ ዘየልያ ድማ ነዛ ንእሽቶ ኩጀት ጎቦ ምግባር ኢዩ። ኤርትራውያን ነዘውትሮ ዘሎና ሕቶታት ምስ ምላሻት ይስጉምዶ ኣይፋል ብሓደ ወገን ክርአ እንከሎ ብኻልእ ድማ ቃልሲ ሕቶን ምላሽን ክሳዕ ሓቂ ዝቐልቀል ይቕጽልዶ ኣይፋል ንዝብል ሕቶ ምምላሽ ከድሊ ኢዩ። ምስ ተጻበእቲና ዘሎ ቃልሲ ሕቶን መልሲን ግርም ገይሩ ገሊጹዎ ኣሎ። ኣብ መንጎና ዘሎ ቃልሲ ሕቶን መልሲንከ እንታይ ይመስል? ሕቶዶ ይበዝሕ ምላሽ? ገሊኦም ንዝኹነ ሕቶ ቅልጡፍ ምላሽ ክህቡ እንከሎዉ፡ ገሊኦም ድማ ብዘይካ ምላሽ ትሕዝቶ ሕቶታት ዘይፈልጡ ኣሎዉ። መጽናዕቲ ኣካይድና ዝብሉ ከም ዝገልጹዎ ኣብ ሃገርና ካብ ሕቶ ምላሽ ይበዝሕ ይብሉ። ንሓደ ሃገር ሕቶዶ ምላሽ ይሓይሽ ዝብል ሕቶ እንተ ተላዒሉ ምላሹ ቀሊል’ኳ እንተ ዘይኰነስ በቶም ናይ ምላሽ ሕሉፍ ተመክሮ ዘሎዎም ቅልጡፍ ምላሽ ምተዋህበ ነይሩ፡” ብዘረባ ትጃር ዕዱማት ብሓደ ስሒቖም።

ኤርትራውያን ብነብስና ንምስሓቕ ንኽእል ሕብረተሰብ ምኳንና ሓደ ካብቲ ጸጋታትና ኢዩ። ሰብ ክስሕቀና ኣይንደልን፡ ንነብስና ግን ኣይንምሕርን። ዕዱማት ደጋጊሙ ዝዝውተር ሕቶን ምላሽን እናዘከሩ ክስሕቁ እንከሎዉ ካብ ርሑቕ እዕዘብ ነይረ። ሓሳበይ’ኳ ካብዚን ናብቲን ክመላለስ ዝነጠበ ኣገዳሲ ርእይቶታት ገለ ንመጽሓፈይ ዝኸውን እንተ ማእረርኩ ብምባል ኢዩ ነይሩ። ንኣዛሚት ኢሉ ዝነቐለ ሕቶ ከቲሩ ናብ በሪኽን ግሩምን ሰገነት ፍልስፍና ህይወት ክኣልዮ ምኽኣሉ ኣደኒቑኒ። ሓቂ ህይወት ቃልሲ

ሕቶን መልሲን ኢዩ ምባሉ መንፈሰይ ብርሃን ወሲኹሉ።

ኣተኣላልያ ትጃር'ውን ኣዝዩ ኣሐጕሱኒ። ደረስቲ ተዋስኦ ከመይ ኣቢሎም ካብ ፍልስፍና ይኹን ካብ ታሪኽ ወይ ካብ ዕለታዊ ናብራ ተበጊሶም ተዋስኣዊ ውራይ ከም ዝፈጥሩ ከስተውዕል ክኢለ። ትጃር ነቲ ፍልስፍና ሕቶን መልሲን ምስ ባህሪ ሰብ ኣራኺቡዎ። ብሓንቲ ሕቶ፡ ማለት ኤርትራውያን ሓተቲ ድዮም መለስቲ፡ ኢሉ ምስ ጠየቐ ጥራሕ ነቲ ብሒደት ተመራመርቲ ተወኒኑ ዝነበረ ፍልስፍና መንዚዑ ንህዝቢ ከረክቦ ክኢሉ። እቶም በላሕቲ ስነ-ጥበበኛታት ከምኡ ኢዮም፣ ነቲ ንሒደት ተሓዚኡ ከም ሕቡእ ምስጢር ፍልስፍና ወይ ስነ-ፍልጠት ተዓቂቡ ዝነበረ ሓሳባት ንኽብሪ ሰብ የውዕሉዎ። በዚ ምኽንያት ኢዩ ስነ-ጥበብ ልዕሊ ፍልስፍና ምዃኑ ዝረጋገጽ። ከይተፈለጠኒ ንበርናርድ ሸው ዝብሃል ውሩይ እንግሊዛዊ ደራሲ ተዋስኦ ዘኪረ። ስራሑ ዘበለ ከምኡ'ዩ ነይሩ። ሰጋእ-መጋእ ዝብል ዝነበረ ፍልስፍና ናብ ርትዒ ስነ-ጥበብ ስለ ዘሳገረ እየ ዝዝክሮ።

ግርጭት ሕቶን መልሲን፡ ጉልባብ ድንቁርና ቀቀሊዑ ገጽ ሓቂ ከርኢ እንድሕሪ ዝኽእል ኰይኑ፡ ትምህርቲ ከድሊ'ዩ ኢለ እናሓሰብኩ መሓመድ እድሪስ ካብቶም ዕዱማት ንሽሰግል ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢሉ። ክልተና ነቶም ብናህሪ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ተናዊጾም ሓሳባት እናንጠሩ ዝቀባበሉ ዝነበሩ ዕዱማት ተገዲስና ንርእዮም ኔርና። እተን ኣቐዲመን ንብረት ፍልስፍና ነይረን ናብ ዋንነት ተዋስኦን ዕለታዊ ናብራን ተሰጋጊረን ዝተቐየራ ኣምራት ቀንዲ መዛተይቲ ጸወታ ዕዱማት ኰይነን ወግዒ ይመርሓ ከም ዝነበራ ተዓዚብና።

"ኲሉ ቃልሲ ሕቶን መልሲን ኢዩ፡" ኢሉዋ ሓደ ቀያሲ መድረኽ ንሓንቲ ምጭውቲ ተዋሳኢት።

"ይኹን ደኣ'ምበር ኣተሓትታ ክትመሃር ኣሎካ" ኢላ መሊሳትሉ ድምብርጽ ከይበላ።

"ንስኺ ድማ ኣመላልሳ ክትመሃሪ ኣሎኪ።"

ክልተኦም እናተቐባበሉ ናይ ልቦም ክስሕቁ እንከሎዉ ምስ ተዓዘብኩ ብዙሓት ዘይከምኣቶም ከኣ ሰኣን ብሩህ ኣእሙሮ ናብ ዘየድልዮም ዝተሓላለኸ መጻወድያ ፍልስፍና እናኣተዉ ንሓጐስ ዘይተዓደሉ ሰባት ከም ዘለዉ ዘኪረ። እቲ ቀያሲ መድረኽን እታ ተዋሳኢትን ነየናይ ሕቶ ነየናይ ምላሽ ይብሉዎ ከም ዝነበሩ

ጥንሲ ትርጉሙ ከም እተደለየ ክዝርጋሕ ዝኽእል ኢዩ ነይሩ። እቶም ክልተ ፍቑራት ነየናይ ትርጉሙ ይብህጉ ከም ዝነበሩ ድማ ዘሸግር ኣይነበረን። እታ ምሸት፡ ምናልባት ድማ እታ ለይቲ፡ ክንደይ ተጻዊቶም ክንደይ ከም ዝሰሓቑ ተራእዮምኒ። ካብ ዓቐባትን ኣጻድፍን ፍልጠት ብብልሓት እናተኸናኸኑ ዘውርዱዎም መስተወዓልቲ እንድሕሪ ረኺቦምስ ፍልስፍና፡ ስነ-ጥበብን እምነትን ንዕለታዊ ሰሓቕን ጸወታን ወዲ-ሰብ ባህ እናበሎም ንምዕጃብ ቅሩባት ምዃኖም በሪሁለይ።

ነቲ ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢሉ ቁሩብ ዝን ክብል ዝርኣኹዎ ዝመሰለኒ መሓመድ እድሪስ፡ "እንታይ ደኣ ትኸስ ኢልካ? ፈላስፉ ህንዲ ልዕሊ ጽሑፉ ዝኸደ መሲሉኒ። ብርግጽ ኣብ መጽሓፉ ኣሎ። ከምዚ ሎሚ ምሸት ገይሩ ግን ኣይነጸረን፡" ኢለዮ።

"እስኪ ኣርእስቲ መጽሓፉ ድገመለይ። ነዊሕ ኣርእስቲ ኣይተሓዘለይን ኢዩ። ገሊኦም ጸሓፍቲ ስለምንታይ ነዊሕ ኣርእስቲ ከም ዝመርጹ ኣይርደኣንን፡" ኢሉኒ ካብ ትኸሱ ወይ ካብ ትካዘኡ እናተበራበረ።

"ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጒዕዞ ስነጥበብን እምነትን ኢያ ትብል። ካብዘን ብዘመን ናጽነት ዝተሓትማ መጽሓፍቲ ዝነውሐ ኣርእስቲ ክህሉዋ ይኽእል ኢዩ። ምናልባት እዛ ናትካ ምስ ተሓትመት ብቑመት ኣርእስቲ ዝወዳደራ ትስእን ትኸውን፡" ምስ በልኩዎ እታ ዋዛ ከም ውዕይቲ ቡን ኣበራቢራቶ።

"ካብ መዛኑኣ ዝነውሐት መሸላስ ወይ ንዑፍ ወይ ንወንጭፍ ኰይኑ'ምበር ብቑመት ኣርእስቲስ ንላዕሊ ጸብለል ምበልኩ፡" ኢሉኒ እናላገጸ።

"እዚ ፈላስፉ ህንዲ ሕቶን መልሲን ኣብ ሰውሒ ህይወትና ኣቃሊሉ ሓቂ ቦንቀሩ ንኸውጽእ እንታይ ተሪፉዎ? ኩልና ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ክንቃለስ ምርኣይ'ኳ ይኣኽሎ። ድሮ-ንድሮ ህዝበይ ኩላ ትሓትትን ትምልስን ኣላ። ዘገርም ኢዩ። ንስኻ'ኸ ኣብ ፈጠራዊ ድርሰትካ ክትጥቀመሉ ዲኻ? ሓቂ ካብ ሕቶን መልሲን ኢዩ ዝብል ፈላስፋና?" ኣስዓበለይ።

"ነቶም ኣብ ቅድሚኤና ኰይኖም ዝጻወቱ ዝነበሩ ክልተ ዕዱማት ብሓንሳብ እንዲና ክንሰምዖም ዝጸናሕና። ኣለሊኻዮም'ዶ ኣሎኻ፣ እታ ጓል ኣብ ተዋስኦ ኣምህርዮም መስሓቁን መምህር ኰይና ዝዓየየት ኢያ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ናይታ ተዋስኦ መድረኽ ዝኣለመ

ኢዩ። ብኣጋጣሚ ኣስማቶም ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ንሱ ኣላይ፡ ንሳ ድማ ሚለና ስለ ዝብሃሉ መሓዙቶም በቲ ግዜ ልምምድ ኣለይ-መለይ ዝብል ሳጓ ሂቦሞም። እታ ተዋሳኢት ኣተሓትታ ክምሃር ከም ዝነበሮ ምስ ሓበረቶ እቲ ሰኣላይ ንሳ'ውን ኣመላልሳ ክትመሃር ከም ዝነበራ ኣመልኪቱላ። ኣይተሰናነፉን። ጸሓፍቲ ታሪኽ ኢዮም ሓቂ ንእልሽ ኣሎና ዝብሉ። ንስኻ ኢኻ ሕቶታት ኣዝኒብካ ምህርቲ መልስታት ትጽበ ዘሎኻ። ናተይን ናትካን ሕቶታት ሓደ ኣይኰነን። ንጽበዮም መልስታት'ውን ሓደ ኣይመስሉንን። ንስኻትኩም ኣብ ዝሓለፈ ሓቂ ትእልሹ፣ ኣብ ዘሎ ንሓቂ ጎይኹም ተሳድዱዎ፣ ኣብ ዝመጽእ ሓቂ ካባኹም ሃዲሙ ስለ ዝርሕቕ ኣይርኣየኩምን ኢዩ።"

"ንስኻ ኩሉ ግዜ ካብ ሓቂ ሃዲምካ ኣበይ ከም እትሕባእ ኣይፈልጥን እየ። ሓቂ ሓቂ ኢዩ። ናይ ስነ-ጥበብ፡ ናይ ታሪኽ፡ ናይ ምህንድስና፡ ናይ ጋዜጣ እናበለ ዝፈላለ ኣይመስለንን። ንስኻ ግን ሓቂኻ ፍሉይ ምዃኑ ኢኻ ትኣምን። ገሪሙኒ'ኳ!" ኢሉ ገጽ ምግራም ኣርእዩኒ።

ንሕቶኡ ዝበቅዕ ምላሽ ኣይነበረንን። ሓቂ ብሕቶ ተፋሒሩ ዝግላህ እንተ ዝነብር ሕቶታት መሓመድ እድሪስ ቀደም ካባይ ሓቂ ሒዞም ምወጹ። ሕቶታቱ ኣይወሓዱን፡ መልስታተይ'ውን ሒደት ኣይነበሩን። ንኽልተና ዘዕግብ ሓቂ ግን ተወዘ ኣይበለን።

ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን እናዋግዑ ናባና ገጾም ኣቢሎም። ቦታ ስለ ዝነበረ ድማ ምሳና ኮፍ ኢሎም። ክልተኦም ንዕዱማት ሓድሽ ህይወት ከም ዝሃቡ ኣነን መሓመድ እድሪስን ተቐባቢልና ደጋጊምናሎም። ግን ነቲ ናእዳ ነጺጎም ካልእ ወግዒ ንኽነምጽእ ኣተባቢያምና። ኣነ ኣቐድም ኣቢለ ብዛዕባ ወግዒ ኣለይ-መለይ ከም መስሓቕ ገይረ ኣዕሊለዮም። ኣላይ እንታይ ኢሉዋ ሚለና እንታይ መሊሻ እናደጋገምኩ ኣጻዊተዮም። ሚለና፡ "ኣተሓትታ ተመሃር! ምስ በለቶ ኣላይ ድማ ንስኺ ከኣ ኣመላልሳ ተመሃሪ!" ተባሃሂሎም ኢለ ምስ ነገርኩዎም እቲ ውዑይ ዛንታ ሓድሽ ህይወት ሂቡዎም። ምስ ናቱ ተዋስኦ ዝተዛመዱ ስለ ዝኾኑ ትጃር ቀልጢፉ ንሚለናን ንኣላይን ዘኪሩዎም። መሓመድ እድሪስ ድማ ኣብ ቀረባ ስለ ዝርኣዮም መኣዲ ወግዒና ንኽመልኡ ብግዲ ከብኪቡ ጸንቢሩዎም።

ምድረ-ሰማይ ናብ ምምሳይ ገጹ ከይዱ፡ መብዛሕትኦም ዕዱማት ተጸንቂቖም ዝተረፉ ዳርጋ ኣይነበሩን። መኣዲና ግን ሱሌማን፡

ባህታን ኣዛሚትን ወሲኻ እናገፍሐትን እናመቐትን ብሰሓቕን ሓጒስን ገዛ ዓብሊላ። ኣቓልቦ ሰብ ኣብ ኣላይን ሚለናን ኰይኑ። ዘይሓሰቡዎ ምሩጻት ሰብ ምሸት ኰይኖም። መልክዕ ሚለና ካብቲ ኣብ መድረኽ ዘማዕደኹዎ ተቐይሩኒ። ቀሪበ ምስ ርኣኹዋ ዘይተጸበኹዎ መልክዕ ብሃንደበት ኅኒፉኒ። ውልዶ ሓረግ ስየ ኢያ ትመስል። ለይለይ ዝብል ቅርጻ ብዘየቋርጽ ደመት ፍሽኽታኣ ይንቀሳቐስ። ብታዕሊም ዘጥረየቶ ውጽኢት ክእለት ተዋስኦ ይኹን ወይ ውህብቶ ፍጥረት ንምፍላይ ኣይክኣልኩን'ምበር ድምጻ ብዘይ ዕንቅፋት ናብ ውሻጠ ሰብ ዝሰርጽ ህያው ደወል ኢዩ። ኣላይ ተዛራባይ ኣይኰነን። ሞያኡ'ውን ብሓይሊ ኣፍ ዘይኰነስ ብሓይሊ ዓይኒን ኣጻብዕቲን ዘይነበረ ከባቢ ተዋስኦ ቀይሱ ዝሃንጽ ኢዩ። ናይ ትጃር ኣምህሮዖም ብማእለማ መድረኻ ንተዓዛቢ ስለ ዝማረኸት ኣላይ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ኤረ-ቲቪ ቀሪቡ ምስ ሰብ ተላሊዩ። ኣብ ወግዒ ድማ ኣከያይዳ ዘረባኡ ዝሕሉ ልዙብ መስተውዓሊ ኰይኑ ረኺበዮ።

ፈላስፋ ህንዲ ንኹልና እናጠመተ፡ “ዓደይ ካብ ዝምለስ ከምዚ'ለ ተሓጉሰ ኣይፈልጥን። ቃላት ናብ ጭቡጥ ግብሪ ክቕየር ምርኣይ ቀሊል ከይመስለኩም። ኣብ ምሉእ ዓለም ቃል ርሑቕን ዝሑልን ኰይኑ ከይተጨበጠ ክተርፍ እንከሎ ኢና ንዕዘብ ዘሎና። ቀለምቀመስ ንብል ዘሎና ደኣ ስለምንታይ ድዩ? እቲ ቀለም ወይ ቃል ስጋ ኣይለበሰን ማለት እኮ'ዩ። ቀለም ህይወት ለቢሱ ምስ ወዲ-ሰብ ክዋሳእ ኣይርኣናን። ኣብ መጽሓፈይ ቃል ዝነበረ ንሚለናን ንኣላይን ቃል-ኪዳን ከእስር ምብቅዑ ንዓይ ዓቢ ዓወት ኢዩ። ኣብ ብርሃንኩም ጸንብሩና እየ ዝብል፡” ኢሉ ንዋራ ብብዝሒ ማይ ዘቕቢበን ክወድቃ ደልየን ዝነበራ ህጡራት ንብዓት ካብ ዓይኑ ናብ መንዲሉ ተቐቢሉ ኣዕቊቡወን።

“ኣብ መንጎ ኣላይን ሚለናን ኰይኑ ተገይሩ ዝብሃል ዘሎ ተኣምራት ወግሐ ጸብሐ ዝገጥመና ኣይመስለንን። ከም ዝብሃል ዘሎ እቲ ቃል ካብ ደረጃ ፍልስፍና ናብ ስነ-ተዋስኦ ምስ በጽሐ'ዩ ህይወት ለቢሱስ ንኣላይን ሚለናን ትርጉም ናብራ ክገልጸሎም ዝኸኣለ። ፈላስፋ ህንዲ ህይወት ቃልሲ ሕቶን መልሲን ኢዩ ምስ በለ ስነ-ጥበባዊ ተዋስኦ ድማ ኤርትራውያን ሓተትቲ ድዮም መለስቲ ኢሉ ንህዝቢ ኣሳቲፉ። ኣብ ፈጠራዊ ተዋስኦ ዝተሳተፉ ድማ ትርጉም ቃል ወይ ሓቂ ወይ ህይወት ኣዝዩ ከም ዝስጉም ስለ ዝገበሩዎ ሚለና ንኣላይ ሕቶ ወይ ኣተሓትታ ተመሃር ምስ

በለቶ ኣላይ ድማ ንስኺ ድማ መልሲ ወይ ኣመላልሳ ተመሃሪ ክብላ በቒዑ። ነዞም ክልተ መንእሰያት ሕቶን መልሲን ክብሃል እንከሎ መን እንታይ ሓቲቱ እንታይ መልሲ ይጽበ ተረዳዲኦም ከም ዘሎዉ ኰሉ ፈሊጡ። ኣብ ሰማየ-ሰማይ ይወፍር ብዝነበረ ቃል ገይሮም ኣላይን ሚለናን ፍቕሮም ገሊጾም። ንሕና ድማ ፍቕሪኹም ይዓንብብ ንብሎም፡” ኢሉ ትጃር፡ ንፈላስፋ ህንዲ፡ ከም ምልክት ዕርክነት ዝባኑ ደሪዑዎ።

ሚለናን ኣላይን ብፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ከም ውልዶ ቈልዑ ተሓቝፎም። ብደዎም እንከሎዉ ግብሮም ናብ ሰማይ ዓሪጉ። ዘይወጠኑዎ ውራይ፡ ስነ-ቁጠባዊ ገጹ፡ ጸዊጉ ምስ ርኣዮም ኣብ ዝኣትዉዎ ጉድኣድ ጠፊኡዎም። ንባዕላ ክትብል ምድረ-ሰማይ ትውጋሕ ክብሉ ግን ኣይከኣሉን። ካብ ግዳማዊ ዕርክነት ሓሊፉ ብሰንሰለት መርዓ ዘቋርን ፍቕሪ ከም ዘይነበሮም ንመን ነጊሮም ንመን ከእምኑ ከም ዝኽእሉ ክውስኑ ኣይክኣሉን። እዚ ክትብሎ ደኣ ኣይከኣለትን እምበር ኣዛሚት ብኩነታት ኣላይን ሚለናን ኣይቀሰነትን።

ሚለና ኣብ መንጎ ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ኰይና ሕንቃቕ ዝመልኦ ወግዒ ምቕጻል ከም ዘየዋጽኣ ገሚታ። ኣላይ ኣብ መንጎ ባህታን ሱሌማንን ኰይኑ ዓይኑ ሰሰሪቑ ዘመሓላልፎ ዝነበረ መልእኽቲ ኣይሰሓተቶን። ኩሎም ግዱሳት ግን ክልተኦም ፍልይ ኢሎም ንኽዛረቡ ዕድል ኣይሃቡዎምን። ርክቦም ብምልክት ኣካላትን ብጥቕስታት ኣዒንቲን ኰይኑ። ኣላይ ዝገበረ ገይሩ ሚለና ነቶም ሊቃውንቲ ዓይኖም ክትከፍተሎም ተማሕጺኑዋ። ምኽንያቱ፡ እቶም ግዱሳት ናይ ሚለናን ኣላይን መርዓ ተቐቢሎምስ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ናብራኦም ክትንበዩ ጀሚሮም ነይሮም።

ሚለና ዕጥይ-ምጥይ እናበለት ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ኣቓልቦ ከም ዝገብሩላ ምስ ተዅተዀት ነቲ ደወል ድምጻ ናይ መጻኢ ህይወታ ንምድሓን ተጠቒማትሉ።

“ሓንሳብ እሞ ስምዑኒ! ኣነን ኣላይን ሕጹያት ኣይኰናን። ኣብዚ ብወዝቢ ኢና ተራኺብና። ዝቖጸርናዮ መርዓ የለን፡” ኢላ ርሑቕ ከይበጽሐት እንከላ ትጃር ተቐቢሉዋ።

“ኣጆኺ! ኣይተቐረብናን ኢልኪ ኣይትሻቐሊ። እቲ ቀንዲ ነገር ፈጺምኩሞ ኣሎኹም። ቃል ናብ ፍቕሪ ቀይርኩሞ ኢኹም። መርዓ ከም ዝሓለፈ ክሓልፍ ኢዩ፡” ኢሉ ካብ ፈላስፋ ህንዲ።

ፈላስፋ ህንዲ፡ ንሚለና ብፍቕሪ እናጠመተ፡ ምኽሪ ኢዩ ዝበሎ ኩሉ ሂቡዋ። "ዘረባ ትጃር ወዲኡዎ ኢዩ። መርዓ ይንዋሕ ይሕጸር ዘገድስ ኣይኰነን። ፍልስፍና ተዋስኦ ኰይኑስ ናብ ህይወት ተቐይሩ ምርኣይ እኹል ኢዩ። ንስኻትኩም ድማ ናይዚ ፍልስፍና ህያው ምስሊ ኢኹም። ርኢኹም፡ ጽሩይ ፍልስፍና ጽሩይ ስነ-ጥበብ ፈጢሩ ንሱ ብወገኑ ድማ ጽሩይ ህይወት ኰይኑ። ህይወት ንኽትቅጽል እምነት የድልያ። ቀለብ ህይወት እምነት ኢዩ። ኣብዚ ገዛ ገና ተፈጺሙ ዘይተሓትመ መጽሓፍ ኣሎ። እቲ ኤርትራዊ ጸሓፋይ ኤርትራውያን ምስ መላእኽቶም፡ ጻድቃናቶምን ኣማልኽቶምን ከዋግዑ እንከሎዉ ኢዩ ዘቃልሕ። ሕሉፍ ሓሊፉ ምስ ናይ ቀደም እምነቶም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ክዛረቡ እንከሎዉ ይርኣዩዎ። ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ኣብ እትብል መጽሓፉይ ብገድለ-ሰማእታት ዝተመስከረ ከም በዓል 'ቅድሜኹም/ ቅድሜኽን እስጥሓኒ' ዝብል ኤርትራዊ እምነት መዝገበ ኣሎኹ። ብሓጺሩ እምነትኩም ወሳኒ ኢዩ። ኣብ መርዓኹም ድማ ምሳኹም ኣሎና።"

ሱሌማንን ባህታን ድምጾም ከም ቀደሙ ክዕብልል ኣየምሰየን። ንሰብ ክዕዘቡ ዝጸንሑ መሲሎምኒ። ብሕልፊ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት መጽናዕቲ ንገብር ኣሎና ክብሉ ካብ ዝጅምሩ ሓድሽ ባህሪ ከዘውትሩ እንከሎዉ ኣስተውዒለ። ቀደም ይገብሩዎ ዘይነበሩ ንዝገጠሞም ሰብ ብዓይኖም ምብላዕን እዝኖም ብዘይ ነውሪ ምጽላውን ኣብዚሖም። ትጃርን ፈላስፋ ህንዲን ፍልስፍና ሕቶን መልሲን ምስ ኣልዓሉ ነቲ ዝነቐለ ወግዒ ደረቱ ክሳዕ ዝሕዝ ጸጥ ኢሎም ሰዒቦሞ። ሕቶን መልሲን መፍሓር ሓቅታት ምዃኑ ቦኽሪ እዝኖም'ኳ እንተ ዘይኰነ ኣበሃህላኡን ኣቀራርባኡን ግን ኣዝዩ ተሓዲሱዎም። ቀንዲ ቀልቦም ናብ ኣላይን ሚለናን ገይሮም ነይሮም። ንዓይ ውግን ኣቢሎም፡ "ስማዕ! ከምዚ ዓይነት ርክብ ብዛዕባ ስነ-ኣኣሙራዊ ኵናት ሓበሬታታት ዝእከበሉ ቦታ ጥራይ ዘይኰነ ኵናት ስነ-ኣኣሙሮ ዝካየደሉ ምዃኑ ምፍላጥ ከድልየና ኢዩ። ንግዜኡ ተዓዚብካዮ ዘሎኻ ኣሕጽር ኣቢልካ'ዶ ምገለጽካልና? ምስ'ዞም ክልተ ሊቃውንቲ ዘሎካ ዝምድና ጽባሕ ሓብረና፡" ኢሉኒ ባህታ ኣብ ጥቓ ሱሌማን ኰይኑ።

ድምጸይ ኣትሒት ኣቢለ፡ "ኤርትራውያን ሓተትቲ ድዮም መለስቲ ንዝብል ነጥቢ ምስትውዓል ከድልዮ ኢዩ። ጸላኢ ድማ ንዕንወትና ከውዕሎ ዝኽእል ይመስለኒ። ምኽንያቱ ብዙሓት ኤርትራውያን

ንዘይፈልጡዎ ሕቶ ናይ ምምላሽ ልማድ ኣጥርዮም ኣሎዉ። ካብ ዘዋር ታክሲ ጀሚርካ ጠበቓ፣ ሓኪም፣ መሃንድስ፣ መምህር፣ ኣማሓዳሪ፣ ወዘተ. ክሳዕ ዝሕተት'ውን እንተ ጸኒሑ እንድዒ። ንዝኾነ ሕቶ ከይመዘነ ናይ ምምላሽ ቅልጣፈ ኣሎዎ። እዚ ማለት ቃልሲ ሕቶን መልሲን ተገራጭዩ ክሳዕ ዝጽንቀቕ ዓቕሊ ዘይገብር ሕብረተሰብ መልክዕ ሓቂ ክርኢ ዘሎዎ ተስፋ ምንሙን ኢዩ። ጸላኢ እዚ ፈሊጡ ከየጥቅዓና ህዝቢ ዝምሃረሉ ብልሓት ክርከብ ኣሎዎ እብል ብወገነይ፣" ኢሉ ናብ ኣጋይሽይ ተሓዊሰ። ንሳቶም'ውን ዝዓገቡ መሲሎምኒ።

ባህታን ሱሌማንን ብናተይ ግዜያዊ ሓበሬታ ኣይተወሰኑን። ነቲ ናይ ሓንጎል መሳርሒ ዝኾነ መፍሓር ሓቂ ሕቶታትን መልስታትን ክፍትኑዎ ኣንቂዶም ተበጊሶምሉ። ሱሌማን ነቶም ጨኒቑዎም ዝነበሩ ኣላይን ሚለናን ብዓይኑ በሊዑ ክጸግቦም ኣይክኣለን። ብኢዱ እንተ ዝጭብጠም'ውን ኣይምጸልኣን። ባህታ ከም ገለ ገይሩ ፎግፊጉ ኣብ መንጎ ሚለናን ኣላይን ኣትዩ ኣእዳዉ ኣብ መመንኩቦም ኣውዲቑሎም። ቅርብርብ እናብዝሐ ከኣ የጻውቶም ነይሩ።

ሱሌማን ፍሉጥ ፍሽኽታኡ ዓይኖም ክሳዕ ዝደጉሖም መስ ኣቢሉ ብፍላይ ንሚለና ኣተኩሩ ብምጥማት፣ "'ኣነን ኣላይን ሕጹያት ኣይኮናን። ኣብዚ ብወዝቢ ኢና ተራኺብና' ክትብሊ ሰሚዐኪ። ቅድሚ ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ምዝራቦም ብዛዕባ መርዓ ዝሓሰብኩሞ ከም ዘይነበረ ዲኺ ክትገልጺ ትጽዕሪ ዘሎኺ? ፍልስፍናዊ ቃል ናብ ጭቡጥ ፍቕሪ ቀይርኪ ክትበሃሊ እንከሎኺ'ኸ እንታይ ዓይነት ሓበን ተሰሚዑኪ?" ምስ በላ ሚለና ምሉእ ተኸእሎ ድምጻ ተጠቒማ ከም ዘይሓልፍ ገይራ ወጪጫ። ኣውያታ ደው ከተብል ስለ ዘይከኣለት ዝግበር ተሳኢኑ። ብልሓት ዝፈጥር'ውን ኣይተረኸበን። ኩሉ ሰብ በብወገኑ ሕቶታት ኣዝኒቡላ። እንታይ ኢኺ ኴንኪ? ኣብ ምንታይኪ ኢዩ? መን'ዩ? ደሓን ዲኺ? እናተባህለ ዘሎዉን ዘየሎዉን ሕቶታት ተሰሪያም። እንተኾነ እቲ ሓቂ ክወጽእ ኣይክኣለን። ልቡ ዝጠፍኦ ሱሌማን ኣብ ግንባር ዝጸንሖ ሙዚቃ ዓንቀሩ ክሳዕ ዝልሕትት ከፊቱ። ሚለና ግን ምውጫጭ ሓሊፉዋስ ምጉራዕ ጀሚራ። ገሊኦም ዕዱማት ኣየናይ ወኒ ውቃበኣ የውርድ ኢሎም ኣብ ዓይነት ሙዚቃ ምምራጽ ባእሲ ፈጢሮም። ክራርዶ ዋጣ ይሓይሽ እናበሉ ክደፋፍኡ እንከሎዉ ዘስተወዓለ ጋሻ ከበሮ ንኽመጽእ ተቓሊሱ። ለውጢ ግን ኣይተራእየን። ነቲ ምውጫጭ ናብ

ኣውያት ቀይራቶ። ኩሉ ሰብ ተስፋኡ ካብኦም ምኳኑ ኣመልኪቱ ገለ መዝሓል ሕርቃን ክገብሩ ስለ ዝተማሕጸኖም ትጃርን ፈላስፋ ህንዲን ጸር ሓላፍነት ከቢዱዎም ኣብ ዘንብሩዎ ጠፊኡዎም ዘዘው ኢሎም ተሪፎም። ደሓር ግን ፈላስፋ ህንዲ ዘላቶ ቀጣን ድምጺ ገይሩ ጻውዒት ዝጨነቓ ውኻርያ ዝጥዕም ናቛ ፈንዩ። ትጃር፡ ፈላስፋ ህንዲ፡ ኣብ ዓዲ ህንዲ ባሕትዩ እንከሎ ዝተማሃሮ ቋንቋ እንስሳታት ዘኽትሎ ሳዕቤን ገሚቱ ይኸውን ኢሉ ስለ ዝሓሰበ ገለ እንተ ጠቐመ ኢሉ ብተዋስኣዊ ብልሓቱ ዝመለኸን ክልተ ናይ እንስሳ ድምጺ ከልቢን ድምጺ ስቡሕ ብዕራይን ዝጥዕም ናቛታት ፈንዩ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ሚለና ኣውያታ ውሒጣ ቀባሕባሕ ክትብል ጀሚራ። ኣዛሚት ድማ ንውሻጠ ኣእትያ ብማይ ምስ ደበሰታ ናብ ልባ ተመሊሳ።

-10-

ድምጺ እንተ በዚሑ ተኸእሎ ምሕሳብ ይንኪ ኢዩ።

ካብ ዝገመትኩዎ ንላዕሊ ሚለና ምስ ኣዛሚት ብብዙሕ መገዲ ተመሓዚያ። ገዛና ካብቲ ሩፍታ ዘይብሉ ስራሓን ናብራኣን መስገሊ ስለ ዝኾና ወግሐ-ጸብሐ ክትመላለሰና ጀሚራ። ብወገነይ ከም መናብርቲና ቆጺረያ። ሚለና ነቲ ኣብ መንጎኣ፡ ኣዛሚትን ኣባይን ዘሎ ፍልልይ ዕድመ ከይተስተባህል ኣብ መንጎና ዘሎ ተመሳሳሊ ቆላሕታ ዓለም ኣታሊሉዋ። ሓቃ ድማ ኩልና ተጸበይቲ ሓደ ዓይነት ምንጪ ትካቦ ኬንናያ። ኩልና ናይ ኣሕዋት ስነ-ጥበባት ትካቦ ክንብህግ ርእያ። እተን ረቀቕቲ ኣሕዋትና መዓስ ኢየን ቁሊሕ ዝብላና በሃልቲ ምኻንና ኣስተውዒላ። ዘረባና ንተውህቦ ስነ-ጥበብ ምህለላን ስግዳንን ኢዩ ነይሩ። ሚለና ዘሎዋ ዓቕሚ ኣኻኺባ ብልሓት ተዋስኦ ንምምላኽ ኢያ ትጥቀመሉ። ዘሎዋ ኣቓልቦ ከኣ ውሕልነት ተዋስኦ ኣብ መንፈሳ ንኸተስርጽ ተውዕሎ። ብህርፋን ዝነደረ ስምዒት ተዋስኦ ብውሽጣዊ ልጓም ንኽትኣሊ ዘይትገብሮ የብላን። ናህሪ ስምዒታ እናዓንደረ ኣብ ዘይእቶ ከየእቱዋ ባዕላ ኢያ ትእብዶ። ውሽጣዊን ግዳማዊን ህይወታ ሚዛኑ ሓልዩ ዕለታዊ ናብራኣ ናብ ሓደ ወገን ከይዛዘወ ንኽቕጽል ምሉእ ህይወታ ብምቅላስ ኣሕሊፋቶ። ናይ ተዋስኦ ድላያን ክእለታን ካብቲ ውሽጣዊን ግዳማዊን ውጥረት ህይወታ'ዩ ተበጊሱ። ናብራኣ፡ ናብራ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ብኣንጻርነት ብዝፈጥሩዎ ውጥረት፡ ቅሳነት ኣይረኸበን። ነዞም ዘይቃደዉ ሓይልታት ንምዕጋስ ሞያዊ ተዋስኦ ቅድሚ ምጅማራ ብናታ ብልሓት ዝተሃንጸ ሞያ ኣጥሪያ ነይራ።

ካብ ቈልዕነታ ጀሚራ ጉልባብ ባህግታታ ቀሊዓ ኣይትፈልጥን። ትምኒታታ ዕኹልል ኣቢላ ናብ ውሽጢ ሳንዱቕ ሕልናኣ ኣጥሊቓ ምቕማጥ ንቡር ኣመላ ኰይኑ ኣብ ኩሉ መጋብር ባህርታታ

ይርአ። ወለዳ ብንእሽቶኣ ናብ ዓዲ ኲልና ስለ ዝተሃወኹስ ምስ ዝተፈላለዩ ኣዝማዳ ዓቢ.ያ። ምስ ናይ ወለዲ'ኺ እንተ ዘይተዳረገ በቶም ዘጸግዑዋ ኣዝማድ ትምህርታ ንምክትታልን ኣድለይቲ ነገራት ንምርካብን ግን ክኢላ። ነቲ ሓቲታ ክትረኽቦ ዘይትደሊ ነገራት ግን ብርቱዕ ድላይ ኰይኑ ንስምዒታ ከይዕብልል ገጽ ከይሃበት ኣቀባብራኡ ብዓንተቦ ፈሊጣትሉ። ብዝገበረት ገይራ ግዳማዊን ውሽጣዊን ህይወታ ኣብ በቦታኦም ኣንቢራ ዓቢ ግርጭት ከየርአየት ናይ ምንባር ክእለት መሊኻ። ገጻ ፍጹም ሚዛን ስምዒታ ዓጊቱ ዘየድሊ እሞ ከኣ ንዝተጋነነ ምሽምራር ወይ ምውጥጣር ጭዋዳታት ዘተባብዕ ምልክታት ኣይነበሮን። ጭዋዳታት ገጻ ባዕላ እንተ ዘይኣዚዛቶም ስምዒት ደፊኡና ኢሎም ካብቲ ንሳ ትደልዮ ልዙብ ዕረፍቲ ኔው ነጀው ኣይብሉን።

* * *

ብ1996 ሃገራዊ ግቡኣ ንኽትፍጽም ንሳዋ ወሪዳ። ነቲ ጽንኩር ታዕሊም ዝብሃል ተጻዊራቶ ዘይኰነትስ ኣፍቂራቶ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ህይወታ ናጽነት ተሰሚዑዋ። ዳርጋ እቶም ግዳማዊን ውሽጣዊን ሓይልታት ክሓብሩ ደልዮም ነይሮም ኢ.ያ ትብላ ንኣዛሚት። መሳቱኣ ብዝተፈላለየ ዓይነ ክርእዩ እንከሎዉ ተስተውዕል ነይራ። ንሳ ግን ህይወታ ሓድሽ መኣዝን ሒዙ ዝውንጨፈሉ ወቕቲ ከም ዝኣኸለ ተረዲኡዋ። ደሓር ከም ዝተረደኣቶ ብዙሓት ምስ ናታ ዝመሳሰል ስምዒት ዝነበሮም ፈሊጣ። ሳዋ ትርጉም ሓድሽ ህይወት ኣጽኒሓትላ። እቲ ዘዕበያ ወጥሪ ግዳምን ውሽጢን ፍኹስ ኢሉ ተሰሚዑዋ። እንተኹነ ነቲ ብልጓም ጥራይ ትጓስዮ ዝነበረት ስምዒት ቁሩብ ቀይዲ ኣንዊሓትሉ'ምበር ከምቲ ዝደልዮ ክዕንድር ኣይገደፈቶን።

ህይወታ ሓድሽ መኣዝንን ናህሪን ረኺቡ ብዘይ ተጸበየቶ መገዲ ንኽትብገስ ዝመጽአ ዕድል፡ ብመልክዕ ጻውዒት ስነ-ጥበብ ቀሪቡ ተኸሲቱላ። ሃንገፋይ ኢላ ከኣ ተጠምጢማቶ። ሓድሽ ጕደና ህይወታ ተዋስኦ ኰይኑ። ኣብ ግዜ ኣገልግሎታ ኣብ ባህላዊ ውራያት ምስታፍ ከም ቀንዲ ድላያ ገይራ ስለ ዝሰርዓቶ ኣብኡ ተኣሊኻስ ተሓጺባ ክብሃል ምተኻእለ። ሓድሽ ዓለም ተዋስኦ ንሚለና ተሰማሚዑዋ። ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃታት ትምህርቲ እንከላ'ውን ኣብ ንጥፈታት ተዋስኦን ስነ-ጽሑፍን ምስታፍ ይፍተዋ ከም ዝነበረ ትገልጽ ነይራ። ተዋስኦ ነቲ ቀደም ብልጓም ተጎቲቱ ኣብ ውሽጢ ውነ ተዓኺሊሉ ዝሕባእ ዝነበረ ባህግታት ኣብ ግሉጽ መድረኽ ከም

ዝነግስ ገይሩዎ። ኣብ ግዜ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተጠረየ ክእለት ተዋስኦ ብዙሕ'ኳ እንተ ዘይኰነ ኣብ ዓይኒ ሰብ ኣእትዩዋ። ሚለና ብመልክዓ ምሒር ተፈላጥነት ከተጥሪ ዘኽእል ውህብቶ ዝለበሰት ሰብ ኣይኰነትን። እቲ ዘሎዋ እኹል እምበር ፈሲሱ ዝሕፈስ ኣይነበረን። ቀንዲ መለለዪኣ ድምጻ ኰይኑ፡ ብቐሊሉ ካብቲ ዝተሓተ ናብቲ ዝልዓለ መዝገብ ቃና ንምምልላስ ስለ ዘኽእላ ድምጻ ሃብታ ምኺኑ ኣይዘንግዐትን። ኣብ ገዛና ዘስምዓቶ ምውጫጭ ግን ከም ናይ ሽዑ ዝተሰምዓ ጭንቀት መቓልሕ እምበር ከም ብልሓት ተዋስኦ ክግመት ከም ዘይብሉ ንኣዛሚት ምሒላትላ።

መልክዕ ሚለና ከም ድምጻ ብዙሕ ዝተፈላለየ ናይ ገጽ ፊደላት ከንጸባርቕ ይኽእል። ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ደረጃታት፡ ዓይነት፡ ዓቐን፡ ሓይሊ፡ ጽባቐን ዝርጋሐን ኣሎዎ። ብገጻን ኣካላታን ካብ ክቱር ድሌት ስጋን ስልጣንን ናብ ናይ ዓለም ምናነን ሕራመን ዝዝርጋሕ ህያው ምልክታት ከተምሓላልፍ ስለ እትኽእል መራሕቲ ተዋስኦታት በብቑሩብ ዓይኖም ከውድቑላ ጀሚሮም። ኣብታ ትጃር ዝደረሳ ህብብቲ ተዋስኦ ኣምህርዮም ዝተጻወተታ ቀዅራስ ተራ ንነባሪ ኣስመራ ኣብ ህድማ ስነ-ጥበብ እንከሎ ኣድቢያ ጸኒሓ ብድንገት ማሪኻቶ። ኣብ ገዛና ዝወጨጨታ መልእኽቲ ንበይና ዓይነታ'ያ ነይራ ትብሃል። ደሓር ፈላስፋ ህንዲ ከም ዝበሎ፡ "እቲ ንዘበናት ተዓሺጉ ዝነበረ ኤርትራዊ ድምጺ ካብ መዓሙቕ ጥንታውነቱ፡ ነዞም ፍትሒ ዝበቑሉ ዘሎዉ ሓይልታት፡ ከሕፍር ዝፈነወቶ ዘየዳሉ ኲናት መሲሉ ተሰሚዑኒ። ኣብ ውሻጠና ይሃሉ ኣብ ገደናና፡ በቲ ድምጺ ከም ዝርዕዱ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ድምጺ ሚለና ምስ ርሑቕ ጥንቲ ይኹን ምስ ሕጂ ወይ ምስ ርሑቕ ስግር መጻኢ ኤርትራ ክዋሳእ ዝኽእል መልእኽታዊ ቋንቋ ሓቂ ኢዩ።"

ትጃር ተቐቢሉ፡ "ድምጻ ምስ መልክዓ ተሳንዩ፡ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ተዋስኦ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ኤርትራ ከም ዝዕንብብ ክገብር ከም ዘኽእል ዘጠራጥር የለን። ምስ መራሕ ተዋስኦ ተረዳዲኣሉ ከም ዘሎኹ ኣብዚ ቀጺሉ ዝቐርብ ተዋስኦይ ቀንዲ እኳ እንተ ዘይኰነ ልዑል ተራ ከም እትጻወት ክንገብር ኢና። እታ መወዳድርቲ ኣልቦ ዝኾነት ተዋሳኢት ስለ ዘላ'ምበር ሚለና ነቲ ቀዳማይ ተራ ምሓዘቶ፡" ምስ በለ ኣዚዩ ገሪሙኒ።

* * *

ሱሌማንን ባህታን ካብ ዝኾነ ንድሕሪት ክተርፉ ኣይደልዩን ኢዮም። ከም ልማዶም ንግሆ ገዛና ኳሕኵሖም። ኣዛሚት ከም ቀደማ ከፊታ ምስ ኣእተወቶም ነቲ መኣዲ ሕልበትን ስልሲን ብፍሉይ ሸውሃት ገጢሞም ኣብ መብልዕ እንጀራ ኣሰሩ ከም ዘይርአ ገይሮሞ። ክልቲኦም ተፈታዊ ጠባይ ኣሎዎም። ምስኣቶም ካብ ዝሰርሕ ዘመን ኲይኑ። ዋዛናን ቁምነገርናን ብዘይ ደረት እናተሓላለፉ ሓጐስ ዝመልአ ጭርጭር ዓበደ ምጽዋት ስለ ዝለመድና መዓስ ዋዛ መዓስ ቁምነገር ብዘይ ዘረባ ነለልዮም። ኣዛሚት ከም ትብሎ፡ "ኣብ መንጎ ህጻናትን ዓበይቲን ብዙሕ ፍልልይ የሎን። ክልተኦም ጸወታን ሰሓቕን ይብህጉ። እቲ ቀንዲ ዝብህጉዎ ድማ ጭርጭር-ዓበደ ኢዩ።"

ብሃንደበት ሱሌማን ናባይ እናጠመተ፡ "ስማዕ እስኪ፡ ድምጺ ሚለና ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ዝጻወቶ ተራ ኣሎዶ ትብል?" ኢሉ ሓቲቱኒ። መልሲ ግዲ ደንጉየዮ ኰይነስ ባህታ ከም ሓጋዚ እናተሃንጠየ፡ "ኣብዞም ስነ-ጥበበኛታት ኢና ዝብሉ ድምጺ ሚለና መዛረቢ ኲይኑ ኣሎ። ንፈላስፋ ህንዲን ንትጃርን እናጠቐሱ ብድምጻ መልክዕ ትቕይር ክብሉ ሰሚዐ። ምስ ናትና መጽናዕቲ ይዛመድ'ዶ ትብል?" ኢሉ ንኣዛሚት ጠሚቱዋ።

"ግደፉዋ እንዶ'ዛ ቈልዓ! ሕጂስ ብዘይካ ገዛና ናብ ትኣቱዎ ስኢና ኢያ ዘላ። ኣብ ተዋስኦ'ያ ብርትዕቲ ትመስል። ህይወታ ካልእ ዓለም ኢዩ። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንከላ ዘይገበረቶ የለን። ንሰለስተ ወራራት ኣብ ረመጽ ግንባራት ኰይና ኢያ መኪታቶ። ዕጥቕቲ ኢያ ኳለያታ። ነቲ ግጥማት ውግእ ከም ናይ ተዋስኦ መድረኻት ኢያ ትርእዮ። ሰለፈይ ብእሾኽ ሓጺን ኣብ ዝተገርነብኩሉ ግንባር ምሳይ ኣብ ሓደ ድፋዕ ኢያ ነይራ። ድምብርጽ ክብላ ኣይርኣኹን። ከምዚ ሕጂ ኣብ ዓለም ተዋስኦ ብዓንተቦኣ ኣብቲ ዓለም ውግእ'ውን ተመሳሳሊ ባህርታት ተርኢ ነይራ።"

"እሞ ተዋጋኢት ኢያ በልያ እምበር፧" ኢሉ ባህታ ካልእ ሓሳባት ንኽውስኽ ከይተሃንጠየ። "ውልቃዊ ህይወታ ከመይ'ዩ ኢልኪዮ? ስየ ለይለይ ዝመስል መልክዕ መሊኡ ኢዩ፣ ኩመል እየ ኢላ ድያ ንኣላይ ዘይደለየቶ? ንመን ኢያ ትፈቱ? ዝፍለጥዶ ኣሎ?"

ኣዛሚት ከም ቤተ-ሰብ ስለ እትቐጽሮም እምበር እቲ ምስጢር ክትዕቅቦ ም'ኽኣለት። ብ'ካልእ ወገን ድማ ሚለና ብግዳማዊ መልክዓ ውሽጣዊ ህይወታ ክትትንከፍ ኣይደለየትን።

“ሚለና ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር ፍቕሪ ሒዙዋ ነይሩ። መሰታይ’ኳ እንተ ዘይኰነት ንዓይ ዘእምን ስምዒት ነይሩዋ። ከም ዝገለጸትለይ ካብ ግዜ ቈልዕነታ ጀሚራ ውሽጣዊ ስምዒታ ብብርቱዕ ልጓም ገኒሓ ኢያ ትነብር። ስምዒትካ ምግላጽ ምጥፋእ ኢላ ኢያ ኣሚናትሉ። ምስ ሓደ ኣባል ዕቑር ሰራዊት ሕሱም ፍቕሪ ሒዙዋ። እዚ መልክዑ እዚ ቁመቱ ዝብሃል ኣይነበረን። ብዕድመ ኣዝዩ’ኳ እንተ መርሓ ምስቶም መንእሰያት መሓዙታ ኣወዳዲራ ኣብ ምሉእ ኩነታቱ ዝርኣየቶ ጸጋታት ፍልጠት፡ ግርማን ወግዒን መሲጡዋ። ስነ-ጽባቐኣዊ ጥልቀቱን ምልክት ተዋስኣዊ ፍልስፍናኡን ፍሉይ ሰውራዊ ተበግሶ ምኳኑ ጥራይ ዘይኰነስ ዘሎዎ ሃብቲ ንዝቐረቦ ሰብ ክምጽውቶ ቁሩብ ምንባሩ ኣገሪሙዋ። ዝርዝር ክትርጕሞም ዝሓስብ ዝነበረ ተዋስኦታት ነጊሩዋ። ምስ ደረስቶም ከኣ ሓደ-ብሓደ እናተንተነ ማዕረ ምስ ኣዝማዱ ገይሩ ከላልያ እንከሎ ኣደኒቓ ክትጸግቦ ኣይከኣለትን። ብሕልፊ ምስ በርናርድ ሸው ዝነበሮ ፍቕሪ ኣገሪሙዋ። በቲ ሰጋእ ዘይብል ርቱዕ ኣዘራርባኡ ነቶም ደረስቲ ብኣካል ዝፈልጦም መሲሉዋ። ንሳ’ውን ንበርናርድ ሸው ከም ኣብ ሳዋ ዝተላለየቶ ሰብ ገይራ ኣፍቂራቶ። ናብ ቋንቋ ኤርትራ እናተርጐመ ኣፋሪቑ ሓሊፉዋ ዝነበረ ናይ ሸው ተዋስኦ ሰብን ስእለ ሰብን ትብል ኢያ ነይራ። ንኽፍጽማ ሓንቲ ግብሪ ጥራሕ ኢያ ተሪፋቶ። እተን ዝተርጐመን ክፍልታት ግን መምስወድኣ ንዓኣ ይህባ ስለ ዝነበረ ደጊማ ደጋጊማ ብምንባብ ኣጽኒዓቶ። ናይ መወዳእታ ግብሪ ከይሃባ እንከሎ፡ ዕቑር ወተሃደር፡ ኣብታ ኣዛሚት ዝተዋግኣትላ ግንባር ተሰዊኡ። ካብቲ ንምዝንጋዕ ኢሉ ዘዘንተወላ ታሪኽ በርናርድ ሸውን ሓንቲ መፋልጥቱ ዝኾነት ተዋሳኢትን ተበጊሳ ብሓሳባታ ካብኡ ውላድ ትብህግ’ሞ ጠባይ ኣቦኡን መልክዕ ኣደኡን ለቢሱ ከም ሕልሚ ይርኣያ ነይሩ። ብህይወቱ እንከሎ ዝገልጸላ ዝነበረ ፍቕሪ መልሲ ኣይሃበቶን። መልሲ ሕቶታቱ ካብ ሚለና ብዓቕሊ ተጸብዩ፣ ንሳ ግን ስምዒት ምግላጽ ሞት መሲሉዋ ሓይሊ ኣይረኸበትን። ካልኣይ ዕድል’ውን ኣይረኸበትን።

“መድረኽ ተዋስኦ ግን ዘይተኣደነ ተኽእሎ ሂቡዋ። ኣብ ህይወት ዘፍርሓ ኣብ መድረኽ ክትገልጾ ክኢላ። ክሳዕ ሕጂ ነቲ ዝሓለፈ ኣፍቃሪኣ ኣብ ብዙሕ መድረኻት የፍቅረካ ኢላቶ ኣላ፣ ድሕሪ ሕጂ’ውን ኣብቶም ዝጎንፉዋ መድረኻዊ ኣጋጣሚታት የፍቅረካ ክትብሎ ኢያ። ንዕኡ ክትብል ኵሉ ግዜ ብፍቕሩ ክትሕጸብ ኢያ። ዘየቋርጽ ሕሉፍ ውሕልነት ኣገላልጻ ውሽጣዊ ስምዒት እናማዕበለት ብዝሓሸ ድምጺ፡ ብዝበለጸ ቅርጺ፡ ብዝጠዓመ መልክዕ፡

ብዝዓበየ እምነት ክትጽበዮ ክትብል እታ ዝበለጸት ተዋሳኢት ኤርትራ ከም ትኸውን ኣይጠራጠርን እየ።”

“እምበኣር ሚለና ምስ ኣላይ ዘቋርን የብላን። ገለ ርክብከ እንታይ ኣሎዎም ይብሃል?” ኢሉ ሕቶታቱ ከም ዝነገፈ ብምልክታት ገሊጹላ።

ኣዛሚት’ውን ካብ ጀመርኩዎ ኢላ’ምበር ነዊሕ ክትዛረብ ዝደለየት ኣይመሰለትንን። “ኣላይ እኮ እቶም ምሁራት ኢና ትብሉ ቀለምቀመሳት ዝፈጠርኩሞ ኢዩ። ጓል-ኣንስተይቲ ንስነ-ጥበብ ኢላ ክትውጭጭ ሰሚዕኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም። ጓል-ኣንስተይቲ ንሓቂ ኢላ ክትቃለስ ርኢኹም ኣይትፈልጡን ትኾኑ። ጓል ፍቕሪ ወይ ዕጥቂ ኣላይ ጥራሕ ኢዩ ከወጭጫ ዝኽእል ኢልኩም ኢኹም ትኣምኑ። እቲ ዘሎ ግን ኣላይ፡ ኣላይ መድረኽ ተዋስኦ ኢዩ። እታ ሚለና ዝተዋስኣትላ ብትጃር ዝተደርሰት ኣምህርዮም ትብል ተዋስኦ መድረኻ ቀይሱዋ። ኣብኡ ተረኣእዮም። ኣላይ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ቈልዑን ኢዩ። ምስ ሚለና ብርሑቕ እንተ ዘይኰይኑ ናይ ቀረባ ፍልጠት የብሎምን። እቲ ተባሂሎም ዝብሃል ዘሎ ዘረባ ተርጐምቱ’ዮም ናብ ቋንቋ ፍቕሪ ቀይሮሞ እምበር ጸወታ’ዩ ነይሩ። ዕድመ ንዓኻትኩም፡ ኣላይ ድማ ምስ ዘፍቅራ በዓልቲ-ቤቱ ኣብ ኣፍደገ ፍትሕ ይርከብ ኣሎ፡” ኢላ ደምዲማ።

“እሞ እዚ ድምጺ ሚለና ዝብሃል ዘሎ ምስ ስነ-ኣእሙራዊ ውግእ እንታይ ዝምድና ይህሉዎ ትብል?” ኢሉኒ ሱሌማን ቀላሕታኡ ናባይ ገይሩ። ዘረባ ከም ዝበዝሐ ተፈሊጡዎስ ዝተሰከፈ ኢዩ ዝመስል።

“ኣብ’ዚ ገዛ ሕልበት ጥራይ ኣይኰነን ተወዲኡ ዘሎ። ዘረባ’ውን ዝተረፎ የብሉን። ድምጺ ኣብ ስነ-ኣእሙሮ ኣገዳሲ ምኳኑ ይፈልጥ፣ ተራ ድምጺ ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ግን መጽናዕቲ ዘድልዮ ይመስለኒ። ጸላኢ ድምጺ የባዝሕ ምኳኑ ፍሉጥ ኢዩ። ድምጺ እንተ በዚሑ ተኽእሎ ምሕሳብ ይንከ ኢዩ። ድምጺ ሚለና ግን ጻውዒት ፍቕሪ ስነ-ጥበብ ኢዩ ዝኸውን። ፍቕሪ ስነ-ጥበብ ኣዳልዩኒ ኢያ ክትብለና። ንዑ ንፍቕሪ ንድለ፡ እንታይ ዝኸውን ፍርሒ! እንታይ ዝኸውን ውግእ! ኢያ ክትብል። ንግለጸ ስምዒትና። ኣፍቅረኪ! በቲ ደወል ሓቂ ድምጻ ገይራ ኣፍቅረካ ንብሃሃል ክትብለና ኢያ፡” ኢለ ዳርጋ ንጸገም ናብራ ብዓወት ዝተገላገልኩ መሲለ። ዝተለምደ ሕጕስ ሰሓቕ ካብቶም ፍቐራት ኣዕሩኽተይ ተቐቢለ። ሱሌማንን

ባህታን ከቢዱዎም ዝጸንሐ ፍኹስ ኢሉሎም ደሓን ወዓሉ እናበሉ ተመራሪሖም ወጺኦም። ኣዛሚት'ውን ብዘረባይ ከም ዝተሓጐሰት ኣብ ገጻ ርእየዮ።

-11-

ዓይኒ መስኮት ውሽጣዊ ሓቅታት ኢዩ። ቅድሚ ምጽሓፈይ ዓይኒ፡ ድሕሪ ምጽሓፈይ ከኣ ዓይኒ እርኢ።

እቲ ኩነታት ድሕሪ ኩናት ናብ ሳልሳይ ዓመቱ ይሳለ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ስነ-ቁጠባ እትብሃል መጽሔት ተሓቲማ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ተዘርጊሓ። ንስነ-ቁጠባ ሃገር ካብ ሓያሎ መኣዝን ጠመተታት ዝትንትኑ ብትሽዓተ ኣርእስታት ዝተሰየሙ ጽሑፋት ነይሮማ። ምስ ስነ-ቁጠባ ናይ ቀረባ ዝምድና ዘሎዎም ዘይመስሉ ጽሑፋት እውን ዳርጋ ብድፍረት ኣብ ዘይወቕቶምን ዘይመስርዖምን ብምሽቑራርን ብስክፍታን ኣብ እግርታት ቁጠባዊ ገጻት መጽሔት ዝተዓቑቡ ይመስሉ። ካልእ ይትረፍ ክልተ ሓጸርቲ ግጥምታት ኣብቲ ናይ ዘኽታም ቦታ ዝመስል ኣብ ጸግዒ እግሪ ገዘፍቲ ኣሳእል ኩዳ ቁጠባ፡ ኣብ ንእሽቶ ስፍራ ተሸኵዐን ነይረን። ንኣንባቢ ዘደነቐ ነገር ግን ብፈላስፋ ህንዲ ዝቐረበ ጽሑፍ ኣብ ማእከል ኲይኑ ህልውናኡ ብዘይ ስክፍታ ምስ ኣረጋገጸ ኢዩ። ትሕዝቶኡ ብዓሌት ይኹን ብዘርኢ ምስተን ንህዝቢ ኩሉ ስነ-ቁጠባ ኢዩ እናበላ ከምህራ ኢለን ዝተመክሓ ናይ ስነ-ቁጠባ ጽሑፋት ዝዛምድ ኣይመስልን ነይሩ። ደሓር ግን ሰብ መልሓሱ ሓይኹ።

እተን ትሽዓተ ጽሑፋት ውላድ መጽናዕቲን ምርምርን ምዃነን ነፍሲ-ወከፍ ጸሓፊ ደጋጊሙ ካብ ምምልካት ድሕር ኣይበለን። ተወኪስናዮ ዝበሉዎ ምንጭታት ሓባሪ ጽሑፍ ከም ግቡእ ተጠቒሱ ክብሃል ይክኣል። ብዛዕባ ኤርትራ ብመንግስቲ፡ ብሽርክነት መንግስታት፡ ብዘይ መንግስታዊ ትካላት፡ ብውልቂ፡ ብሓባር፡ ብፈተውቲ፡ ብጸላእቲ፡ ብተመሃርቲ፡ ብመምህራን፡ ብዝተፈላለያ ናይ ምርምርን መጽናዕትን ትካላት፡ ወዘተ. ዝተገብሩ መጽናዕትታት ከም ዝተመርመሩን ዝተመዘኑን መብዛሕትኦም ጸሓፍቲ ሓቢሮም። ኩሉ ጽሑፎም ድማ ምስ ኣምርን ስርዓትን ዓውለማነት ዝተዛመደ ምዃኑ ስለ ዝመስከሩ ኤርትራ ናብቲ ብሃንቀውታ ዓውለማነት ዝልለ

ዓለም ንምእታው ትቀረብ ኣይትቀረብ ከም ሰባ ከም እትጽንበር ንኣንባቢ ከበስሩ ዝደለዩ ይመስሉ።

ገሊኦም ሕሉፋት ተመራመርቲ ድማ ናብ ጥንታዊ ታሪኽ ኤርትራ ተመሊሶም ብጽፍሪ ምርምር ከም ዝኹዓቱን ብጸቢብ ነፍዮም ከም ዝመመዩን ኣመልኪቶም። ሒደት ከኣ ድሕሪ ሓምሳ ክሳዕ ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት፡ ኤርትራ እንታይ ክትመስል ከም ትኽእል ኣብ መድረኽ ግምቶም ስኢሎም ብንጹር ከም ዘርኣዩን ብመጽናዕታዊ ትንታነ ተተንብዮም ከም ዘረጋገጹን ገሊጾም። ልዕሊ ኩሉ ድማ መብዛሕትኦም ናይ ገዛእ-ርእሶም መጽናዕቲ ኣብ ሃገሮም እናተዛወሩ ከም ዝገበሩ ክገልጹ እንከሎው፡ ሽለል ኢሎም ዝሓለፉዎ ሰብ፡ እንስሳ፡ ማይ፡ ገረብ፡ ምድሪ፡ ወይ ኣየር ከም ዘየለ ብእምነት ሓቢሮም። ቍርሲ-ቡን ኣደታት እናስተማቐሩ ዝገበሩዎ ዕላላት፣ ኣብ ዕሙራት ኣብያተ-ስዋ ብኻራር ዝተሰነየ ምለሊኽ ጽራይ እናጨለጡ ዘካየዱዎ ወግዕታት፡ ብጭራ ዋጣ ክሳዱ ዘንወሐ ብርለ ሜስ ብፍቕሪ እናዓተሩ ዝተማሃሩዎ ምስጢራት፣ ኣብ ባይቶታት ተሳቲፎም ዝተቐበሉዎ ምኽርታት፣ ኣብ ዶባት፡ ሳዋ፡ ወፍሪን ኣብያተ-ትምህርቲን ካብ መንእሰያት ዝጣጠሙዎ ሓቅታት፣ ኣብ መገድታት ካብ ዝገጠሙዎም ነበርቲ ከተማታት ዝሰምዑዎ ነቐፌታት፣ ኣብ ሓያሎ መዘናግዕታት ጎፍ ካብ ዝበሉዎም ዝኣከቡዎ ተረካብ ዘረባታት፣ ኣብ ኩሉ ቤት-ዕዮታት ዘይሮም ካብ ኣባላትን ሰብ ሞያን ዝተዋህቦም ሓበሬታታት፣ ሓፊሶም ከም መርትዖ ከም ዝመዝገቡ ብምግላጽ ኣፍ ተዛራቢ ዓጽዮም።

ፈላስፋ ህንዲ ግን መርትዖ ከም ዘሎዎ ንኣንባቢ ንምእማን ኣይተጸገመን። እዚ ርእየ፡ ሰሚዐ፡ ኣንቢበ፡ ወዘተ. ኣይበለን። እቲ ዘቕረቦ ጽሑፍ ባዕሉ ከም ዝምስክር ብርእሰ-ተኣማንነት ተጸብዩ። ብዘረባ ዘረባ ሓደ መዓልቲ ብዛዕባ መርትዖ ምስ ሓተቱዎ፡ "ኣነ ኣዒንቲ እየ ዝርኢ። ዓይኒ መስኮት ውሽጣዊ ሓቅታት ኢዩ። ቅድሚ ምጽሓፈይ ዓይኒ፡ ድሕሪ ምጽሓፈይ ከኣ ዓይኒ እርኢ። ኣዒንቲ ጥዑም ዜና እናነቀዋ መኣዛ ሰላም'የን ዝኸዕዋ። ናይ ርቡሽ መንፈስ ኣውያት'ውን ይተፍኣ ኢየን። ኣብ ውሽጢ ዓይኒ ብርሃን ይርአ ጸልማት'ውን ይርአ። ካብ ኣዒንቲ ዝሕባእ የለን። ጓሂን ሓጕስን ሰፈሮም ዓይኒ ኢዩ። ተስፋ ዘሎዎን ተስፋ ዝቖረጸን ኣብ ዓይኑ ኢዩ ዝልለ። ሕርቃን ቅሳነትን ኣብ ዓይኒ ኢዩ። ንህዝቢ ዓይኒ ዓይኑ እየ ዝርእዮ። ዓይኒ ህዝቢ ዘይርእዩስ ዕዉራት ኢዮም። ኣዒንቲ ዘዕብዩዎም ዘሎዉ ውሉድ፡ ዝመርሑዎም

ዘሎዉ ሰራሕተኛታት፡ ዘምህሩዎም ዘሎዉ ተመሃሮ ዘይርእዩ፡ ዝተኸፈተሎም ናይ ብርሃን መስኮት ፍልጠት ስለ ዘይጥቀሙ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሶም ጸልማታዊ ድንቁርና ተኣሲሮም ይነብሩ። እቶም ዓይኒ ህዝቢ ክብርሁ ዝብገሱ የለልዮም እየ። እቶም ዘጸልምቱ ድማ ተለለይቲ ኢዮም። መብዛሕትኦም ኣጸልመትቲ ንገዛእ-ርእሶም ኣብ ዓዘቕቲ ጸልመት ዝነብሩ ኢዮም። እዞም ናይ ስነ-ኣሙራዊ ኩናት ዝውርውሩ ነዞም ኣጸለምቲ ከም ዝውድቡ ሱሌማን ነጊሩኒ። እምብዛ ስለ ዝጽልምቶም ንሓንሳብ ጸሓይ ትጠፍኦም። ገሊኦም ዓይኒ ሰብ ዘጸልምቱ ገበኖም ምእንቲ ከይርአ ስለ ዝሰግኡ ኢዮም። ኣዒንቲ ሰብ ብንብዓት ንኸዳኽሙ ላሕ ዝብሉ'ውን ኣሎዉ። ንብዓት ቆላሕታ ዓይኒ ይንኪ'ዩ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ዘንብዕ ወረ ይምህዙ። ንህዝቢ ዘፍቅር ዓይኒ ህዝቢ ባሕሩ ርእዩ ከም ዝፍሳሕ፣ ዓይኒ ህዝቢ ሰማዩ ተመልኪቱ ከም ዝትስፎ፣ ዓይኒ ህዝቢ መሬቱ ዳህሲሱ ከም ዝምዕብል ክገብር ኣሎዎ፡" ኢሉ መሊሱሎም።

እቶም ኤርትራውያን ጸሓፍቲ ዳርጋ ኩሉ ንናይ ኤርትራ ስነ-ቁጠባ ክጸሉ ዝኽእል ናይ ደገን ናይ ውሽጢን ቅድመ ወይ ድሕረ ኩነታት ከም ዝተጸንዐ ኣረጋጊጾም። መጽናዕቶም ምስ ደረጃን ዓይነትን ትምህርቲ ከም ዘወሃሃድዎ ግን ከኣ ገፊሕ ሃንፍ ከም ዝርኣዩ ድማ ደጋጊሞም ጠቒሶም። ስነ-ቁጠባ ምስ ዓይነት ትምህርቲ ስለ ዘዛመዱዎ ግን ብዙሓት ኣብ ንግዲ፡ ሸቐጥ፡ ምምሕዳርን ምምሃርን ዝነጥፉ ኣይተሓጕሱን። ኣብ ሃገርና ትምህርቲን ስነ-ቁጠባን ክሳዕ ክንድዚ ክዛመድ ተራእዩ ስለ ዘይፈልጥ ነታ መጽሔት ዝኣምኑ እምብዛ ውሒዶም። ትምህርቲ ስነ-ቁጠባ ኣሎና ዝብሉ ኣብ ምሕደራታት ተዓሲቦም ክውኽለሉ እምበር ኣብ መቓልሕ ዕዳጋታትን ባይቶታት ነገድትን ተጸንቢሮም ዓቐን ምህርቲ ምስ ጠለባት እናዛመዱ ክዋስኡ ተራኣዮም ስለ ዘይፈልጡ ንብዙሕ ሰብ ተሓዲሱዎ።

ካብ ናይ ፈላስፋ ህንዲ ጽሑፍ ስነ-ቁጠባዊ መኽሰብ ዝተጸበየ'ኳ ኣይነበረን። ከምቲ ናይ ካልኦት ጽሑፍ ኣብ መንጎ ፊደላት ምስ ስእልታትን ምጩዋት ቅርጽታትን ብሕብርታት ተወሃሂዶም ቋሕ ዝብሉ ኣሃዛዊ መርትዖታት ኣይተራእዩን። ዝተጠቐሱ ዓይነት መግቢ፡ ዋጋ ሸቐጣት፡ ወይ ክብሪ ኣልባሳት ብስነ-ቁጠባዊ ዓይኒ ተጠሚቶም ዝገብሩዎ ኩዳ ዋጋ ኣይተገለጸን። እቶም እዝኒ ህዝቢ ዝለመዶም መንግስታዊ፡ ውልቃዊ፡ ናጻ ዕዳጋ፡ ውሱን ዕዳጋ ወዘተ. ዝብሃሉ ስነ-ቁጠባዊ ቃላት ስለ ዘይተዘውተሩ ሓያሎ ኣንበብቲ

ስክፍታታቶም ገሊጾም።

ካብቲ ወለላ ጽሑፍ ፈላስፋ ሀንዲ ንክይ ኣቢልና ከይጠዓምና ምእንቲ ከይንሓልፍ እዚ ዝስዕብ መዝገበ ኣሎኹ። ኣብ ጽሑፉ፡ “ስነ-ቁጠባ እውን ካብ ካልኦት ስነታት መሳቱኡ ዝፍለ ኣይኰነን፡” ኢሉ ይጅምር እሞ ቀጺሉ፡ “ናይ ሓቂ ሃብቲ ንምርካብ ብቓልሲ ሕቶን መልሲን ኢዩ ዝእለሽ። ንምሕታት ትምህርቲ ከም ዘድሊ ንምምላሽ'ውን ትምህርቲ ኢዩ ዘድልዮ። ባሕሪ ዘይፈልጥ ብባሕሪ እንታይ ተሓቲቱ ኢዩ ብቛንቋ ባሕሪ ክምልሽ? ፍሽኽታ መሬት ምስ ምጽዋግ መሬት ድዩ ክቕጽሮ? ሰማይ ምስ ኅቦታት ክዛተ እንከሎ እንታይ ሰሚዑ እንታይ ክሓትት ይኽእል? መልሲ ሰማይከ ተረዲኡ ክትንትን'ዶ ይኽእል? ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ኣብ እትብል መጽሓፈይ ክገልጾ ከም ዝጸዓርኩ ኣብ ስነ-ፍልጠት ዝተመስረተ ፍልስፍና ህይወት ዘይብሉ ናብ ስነ-ጥበብ ክሳገር ኣይክእልን ኢዩ። ስነ-ጥበብ ዘይብሉ ድማ ናብ እምነት ኣይግስግስን ኢዩ። ኣብ ነብሱ እምነት ዘይብሉ ብሕቶን መልሲን ፍልስፍና ሃኒጹ ናብ ስነ-ጥበብ ኣይበጽሕን ኢዩ። ካን ኰይንዎ ብስሙ ዝሓፍር ገበሩዎ ኢሉ ክመስል ዝፍትን ናይ ኣእሙሮ ግዙእ ኰይኑ ይተርፍ ስለ ዝብል መቐረት ጽሑፉ ክትግምት ትኽእል ንኸውን እየ ዝብል።”

* * *

እተን ኣብ ዘይመጽሔተን ተጸንቢረን ዝተባህላ ክልተ ግጥምታት'ውን ካልእ ዘይተሓስበ ምስጢር ወሊደን። እታ ቀዳመይቲ ግጥሚ ፍቕሪ ብዝብል ኣርእስቲ ኢያ ተሰሊማ። ኣሕተምቲ መጽሄት ነቲ ፍቕሪ ዝብል ኣርእስቲ ወርቃዊ ብርሃን ብዝብትን ምውስዋስ ተመን ተቲያሞ። ተመን ምስ ግርማ ሕብራዊ መልክዑን ጭዋዳዊ ግታረ ጭዋዳታቱን እናተራኣየ እንከሎ እተን ፍቕሪ ዘድምጻ ሰለስተ ፈደላት ቅርጻዊ ህይወት ለቢሰን ንዝጥምተን ኅሊሐን ስለ ዘፍጥጣ ብቐሊሉ ይንበባ። ደራሲ ፍቕሪ ኣብ ወጻኢ ኰይኑ ንሓንቲ ዘፍቅራ ዝነበረ ጓል-ገዛውቱ እናተጸበያ እንከሎ ገዲፋቶ ምስ ካልእ ዘይኰና ሰብ ምስ ከደት ምኽሪ ከም ዝልኣኸላ ገይሩ ኢዩ ገጢሙዎ። ምስ ስነ-ቁጠባዊ ሓሳብ ብምንታይ ከም ዝተሓሓዝ ግን ብዘይካ ፈላስፋ ሀንዲን ደቂ-መዛምርቱን ከምኡ ከኣ ዝተረድኦም ሒደት፡ ማለት ኣብ ገና ጥልቀቱ ዘይተገመተ ምርምር ኣሎና ዝብሉ፡ ኢዮም። ነታ ዝኸሓደቶ ጓል ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ብቕዲ ፍቱሕ ግጥሚ ኰይኑ እቶም ቃላት ከም ዋዛ እናተወርወሩ ምስ ዝፈጥሩዎ ስእላዊ

ምስሊ ንምግጣም ናይ መስትያት ስእሊ ብቓላት ኣቕሪቡሎም። ግጥሞም ምስ ነናቶም ምስሊ ኣብ መስትያት ኢዩ። ነታ ስምዒቱ ዘድመየቶ ጓል ግብራ ንኽትፈልጥ ብቓላት ዘንጸባርቕ መስትያት ግብራ ልኢኹላ። "ገዲፍክዮ ነቲ መዓሙቕ ባሕሪ፣ ነቲ ውሽጣ-ውሽጢ ምድሪ፣ ነቲ ጭቡጥ ግብሪ፣ ነቲ ናተይ ፍቕሪ። ለሚድኪ ፈለውፈለው ላዕሊ-ላዕሊ፣ ሽለው-መለው ብዘይዕሊ፣ ዘድሊ ገዲፍኪ ዘየድሊ፣ ዘሕድር ንዒቕክስ መወዓሊ።"

ነዚ ግጥሚ ዝተርጐሙ እቲ መልእኽቲ ብሓፈሻ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ናብ ንግዲ፡ ምምሕዳር፡ ስነ-ጥበብን ሕርሻን ወዘተ. ንዝተሰለፉ ኢዩ ኢሎምና። ብዝገበሩ ገይሮም ከዛምዱዎ ክዕዘብ እንከሎኹ ከኣ ምግራም ኣኺሉ ዒቕ ይብለኒ። ከምቲ ዝብሉዎ እንተ ኰይኑ ቀንዲ መልእኽቱ ንውሽጢ ጥልቕ ኢልኩም ተመራመሩ፣ ብብልጭልጭ ዝብል ረብሓ ሸቕጥ ኣይትተዓሸዉ፣ ንዕለታዊ ጥቕሚ ዘይኰነስ ንሓዋሩ ዝኸውን ሕሰቡ፣ ንእሽቶ ገዲፍኩም ዓቢ ተመነዩ ከም ዝኾነ የረድኡ። መመሊሰ ምስ ኣንበብኩዎ ድማ ብርግጽ ዝመስል ኢዩ። ገሊኦም ድማ እቲ መልእኽቲ ንስነ-ቁጠባውያን ዘይኰነስ ንስነ-ጥበበኛታት ኢዩ ይብሉ። በዓል ፈላስፋ ህንዲ ከም ዝብሉዎ እንተ ኰይኑ ከኣ ኣብ ዝተዋፈረ ይዋፈር ንኹሉ ኤርትራዊ ምኳኑ ይገልጹ። ዘይመስል እውን ኣይኰነን። ኩሉ ኤርትራዊ ንውሽጢ ጥልቕ ኢሉ ምምርማር እንተ ዝኽእል ኢሉ ዘይምነ ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለንን። ኩሉ ኤርትራዊ ኣርሒቑ ንኽጥምት ዘይደሊ ኤርትራዊ የለን። ኩሉ ኤርትራዊ ንእሽቶ ዋኒን ገዲፉ ዓቢ ውራይ ክፍጽም ዘየተባብዕ ኤርትራዊ ኣይተራእየን። ስለዚ፡ ትሕዝቶ መልእኽቲ ግጥሚ ፍቕሪ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ንኹሉ ኤርትራዊ ንኹሉ ዓይነት ሓሳቡ፡ ስምዒቱ፡ ትምኒቱን ስራሑን ዝመርሕ ምኳኑ ብዙሓት ተሰማሚያምሉ። እቲ ጽሑፍ ግጥሚ ፍቕሪ ብኹሉ ኤርትራዊ ቋንቋ ከም ሽልማት ተቐሪጹ ክልበስ ዘተባብዑ ለባማት ክርኣዩ ጀሚሮም። ስነ-ጥበበኛታት ድማ ነቲ ቃላት ግጥሚ ናብ ጥንሲ ምስጢር ዝተሰከሙ ምልክታት ንምቕያር ምስ ተዓወቱ ሰኣልቲን ቀረጽቲን በብወገኖም ተምሳሎም ብማህዛዊ ቅዲ ክፈጥሩ ክኽእሉ ምኳኖም ኣየጠራጥርን።

እታ ካልኣይቲ ግጥሚ ነዋሕ ኣብ ርእሲ ምኳና ቋንቋኣ እውን ሕብእብእ ዝበለ ይመስል። ባዕልኹም ርኸቡና ኢሎም ካብ ዓይኒ ኣንባቢ ዝተሰወሩ፡ ዝተጎልበቡ፡ ዝተሓብኡ ሓቅታት ከም ዘሎዉ ብምቁር ቃናን ህርመትን ተዛኒ ኢያ። ደራሲኣ ስሙ ኣይጠቐሰን።

ኤርትራዊ ጥራሕ ኢሉ ኣመልኪቱ። ብድሕሪ ኲናት ንዝተኸሰተ ነገራት ክትገልጽ ከም እትፍትን ኣንባቢ ኣይጠራጠርን። ብንጹር እዚ'ዩ ትሕዝቶኣ ንማለት ግን ኣየተኣማምንን። እታ ግጥሚ ሓሳባት ከተበግስ እምበር ክትፈትሕ ዝተጻሕፈት ኣይትመስልን። ብሓደ ወገን ብድሕሪ ኲናት እንታይን ምንታይን ይቕየር ኢላ ተወዓውዕ፣ ምላሽ ግን ካብ ባዕላ ዘይኰነስ ካብ ኣንባቢ ትጽበ። እታ ግጥሚ ብቕዲ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ኢያ ተነዲቓ። ፈላስፋ ህንዲን ደቂ-መዛምርቱን ከም ዝብሉዎ እታ ግጥሚ ሓቂ ኩነታት ድሕሪ ኲናት ንምውጻእ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ተበሃሃሉ፣ ሕጂ'ውን ሓቂ ብቓልሲ ሕቶታትን መልስታትን ኢዩ ገጹ ዘርእየኩም፣ ካብ ውሽጢ እምበር ካብ ግዳም ዘመጽእ ሓቂ ከም ዘየሎ ፍለጡ፣ ስነ-ቁጠባ ንበይኑ ስለ ዘይኣክል ካልኦት ስነታት'ውን ኣማዕብሉ፣ ኩሉ ንስነ-ቁጠባዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኣይትግደፉሉ፣ ንበይኑ ስንኩል ኢዩ ዝብል መልእኽታት ኣሎዋ። ካብዚ ንላዕሊ ግን እታ ግጥሚ ኣብ ሃገርና ተራእዩ ዘይፈልጥ ባህሪ ኣርእያ። ኣብ ታሪኽ ምሉእ ዓለም'ውን ካብ ዓሰርተ ግዜ ንላዕሊ ኣይተራእየን ኢዩ ዝብሃል። ኣንባቢ ከም ብሓድሽ ደጊሙ በብዘንበበሉ ቁጽሪ ሓድሽ ብርሃን ፍልጠት ይረክብ። ኣርእስቲ ግጥሚ ሃብቲ ሃገር ዝኾነሉ ምኽንያት ሓደ ካብ ደቂ-መዛምርቲ ፈላስፋ ህንዲ ከም ዝበሎ፡ "ኩሎም ደቂ ሃገር ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ ንግጥሚ ሃብቲ ሃገር እንድሕሪ ኣንቢቦም ኣብ ዓመት ዝእከብ ሃብቲ ፍልጠት ንምግማት ናይ ምርባሕ ክእለት ኢዩ ዝኣኽሎም። ሃብቲ ሃገር ቁጠባዊ ጥራሕ ዘይኰነስ ካብኡ ኣዝዩ ዝዓቢ ካልእ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ስነ-ጥበባዊ፡ መንፈሳዊ ሃብትታት'ውን ከም ዘጠቓልል ምርዳእ የድልየና። ንኣብነት ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ዓመት ክንደይ ወረቐት ይሕይኽ? ክንደይ መቋሰዪ ቀለም ፊት ፊት ይብል እናተባህለ ዘይሕተተሉ ምኽንያት የለን፡" እናበለ ከም ኣብነታዊ መረዳእታ ሃብቲ ሃገር ብዝሒን ዓይነትን መጽሓፍቲ፡ ደረጃ ስነ-ጥበብን ስነ-ምግባርን፡ ልዕልና መሃዛውነት፡ ፈጠራውነት፡ ፍቕሪ ኣሃዛዊ መርትዖታት፡ ወዘተ. ይዝርዝር።

መጽሔት ስነ-ቁጠባ ነዚ ዘሎ ኩነታት ድሕሪ ኲናት ዓቢ ጽልዋ ዝገበረትሉ መሲሉኒ ነይሩ። እንተኾነ ቁጽሪ ኣንበብቲ ስለ ዝወሓደ እቶም ዘንበቡ ዝበሉዎ ብቓል ዘራብሕ በዚሑ። ምድግጋም ምስ በዝሐ ትርጒም መልእኽቲ መጽሔት ስነ-ቁጠባ ክብረዝ ጀሚሩ። ንምሉእ ህዝቢ ክውሕዝ ዝኽእል ዝነበረ መልእኽቲ ብሒደት ቀለምቀመሳት ተኸቲሩ ጥራሕ ዘይኰነስ ብደገል ውሱን ፍልጠቶም

ካልእ ሕብሪ ተለኽዩ። ጽጋብ ዕዳጋታት ከም ዝወሰኑዎ ነቲ ሓቂ ከም ሰልዲ ኣብዚሖም ወይ ኣውሒዶም ዘሸርፉ ኣብ ፎቐዶ ሰፈራት ተዋፊሮም።

ካብ ሰልዲ ሓሊፎም ካልእ ዝገዝኡን ዝሸጡን ግን ኣይተራእዩን። ጃህራ ገሊኣቶም ደረት ስኢኑ። ኩሉ ንፈልጥ እናበሉ ሕብሪ ሓቂ ኣፋሕሸዮም ከም ዘይልለ ከሕቅቑዎ ፈቲኖም። ንሓንሳብ ምስ ዘዋግየ ጠፊኡኒ ብጽምዋ እብላዕ። ርግጽ ከማይ ዝጸመዎም ስሕት ኢሎም ይጕንፉኒ'ሞ ብዛዕባ ብጽጋብ ዕዳጋታት ዘይብርኽ ወይ ዘይትሕት ምስጢር ህይወት ነዋግዕ። ዝጕነፉኒ ሰባት ኣገዳሲ ኢሎም ዘልዕሉዎ ወግዒ ፍረ ስኢነሉ። ዳርጋ ኩሉ ኣቐድም ኣቢለ ዝሰማዕኩዎ ይኸውን። ሓድሽ ወይ ዘይበለየ ጉዳይ ተሰዊሩኒ። ብዙሓት ቃልሲ ሕቶታትን መልስታትን ዘብቅዐ ዝመሰሎም ሰባት ገጢሞምኒ። ሰውራዊ ህይወት ተወዲኡ ኢዩ ዝብሉ ህንጡያት ክንደይ ሻብ ጎፍ ኢሎምኒ። ምቁራጽ ቃልሲ ሕቶን መልሲን ትርፉ ሞት ጥራሕ ምዃኑ ካብ ዘይፈለጡ ሰባት እናርሓቕኩ መገዲ ክቕይር ጀሚረ።

* * *

ፍሉይ ባህጊ መጽሓፈይ ሰኣን ማህዛዊ ሓሳባት ደው ክይትብል ፈሪሐ። ብዘይካኣ መን ኣሎኒ? ብዘይ ባህጉ 'ታ ቃቑጣ መጽሓፈይ ዓዲ ዝኸውን ኣይመሰለንን። ዘይተዓግብ መጽሕፍ ይጽሕፍ ኣሎኹ እንተ ዘይብል እንታይ ምገበርኩ ኢለ ንነብሰይ እንተ ሓተትኩ ምላሽ እስእን። ሞት ዝቐርበኒ ዘሎ መሲሉኒ። ትማሊ ኣብ ስርዓተ ሞት ዝተዜመ "ወመጽኣኒ ድንጋጸ ሞተ..." ንዓይ መሲሉኒ። እቲ ንእሽቶ ዲያቆን ዓይኒ ዓይነይ ይጥምተኒ ነይሩ። እቲ ዝሞተ ካብ ስንባደ ሞት እንተ ተገላጊሉ ንመን ኢዮም "ወመጽኣኒ ድንጋጸ ሞተ" ዝዝምሩሉ ነይሮም እናበልኩ ኣስተንቲነ። ነቲ ዘሎ'ዮም ዝኾኑ ኢለ ክመራመር ፈቲነ። እቲ ዝሞተ መንእሰይ ኢዩ። ኣዛሚት ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንከሎ ኢያ ትፈልጦ። ኣብቲ ንሳ ዝተወግኣትሉ ግንባር ምስ ሚለና ኲይኑ ዓቢ ሓገዝ ዘወፈየ ተባዕ ጅግና ነይሩ ይብሃል። ሕጂ ግን በዚ ቀዛፊ ዝብሉዎ ሕማም ተሰኒፉ። ግናይ ገጽ እቲ ቀዛፊ ሕማም ነቶም ብመልክያም ንፍጥረት ዘሐጕሱ ህዝቢ ከፈራርሕ እንከሎ ተራኣዩኒ። ምስቶም ሰላም ዝሕርሞም ሰባት መኺሩ ንዓና ከጥፍእ ዝኣለመ መሲሉኒ። ጸልማት ሞት ዝፈቱ ሓይሊ ከፍርሓኒ ጀሚሩ። ፍልስፍና ሞት ተኸቲሎም ወትሩ ከጥፍኡ ንዝውስኑ ፍቕሪ ክምህሮም እንተ ዝኽእል ኢለ

ተመንየ። ሓደ ግዜ ፈላስፋ ህንዲ፡ "ወዲ-ሰብ ስለምንታይ ብርሃን ዘይፈቱ? ስለምንታይ ንጸሓይ ዘየፍቅር? ግብሩ ከይፍለጥ ኢሉ ከይመስለኩም። ንጸሓይ ስለ ዘይፈልጣ ኢዩ፡ ካልእ ኣይኰነን፡" ክብል ሰሚዐዮ። ጸሓይ ዘርእስታ መጽሓፍ ዝደርስ ኤርትራዊ እንተ ዝርከብ ነቶም ኣብ ጸልማት ጽልኢ ዝነብሩ ብርሃን ፍቕሪ ከም ዝርእዩ ምገበሮም'ሞ ንቑስሊ ውሱንነቶም ዝፍውስ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ መፍረዩ እናበልኩ ክሓስብ ናብ ሕልማዊ ዓለም ኣትየ።

ኣብ የማነይን ጸጋመይን ኣዛሚትን ሚለናን ደው ኢለን ይንፍቕፈቓ ነይረን። ብሕልፊ ሚለና ብኽያታ ክትመልሶ ኣይክኣለትን። ዕረ ሞት ምውሓጥ ኣብዩዋ። ምናልባት ብዕድመ ስለ ዝቐርባ ሓዘን ንዓኣ ሓሊፉዋ ይኸውን። ጓሂ ሓለፉ ድዩ? ሕልፊ ሓዘን ዝስምየ ሰብ የቕንእ ድዩ? ኣነ ግን ቀኒአ። ነቲ ጉድጓድ መቓብር ከቢቦም ዝነበሩ ኩሎም ዓው ኢሎም በኸዮም። ድምጾም ከም መስዋእቲ ዕጣን ንሰማይ ገጹ ክዓርግ ተራእዩኒ። መሊሱ ቅንኢ ተሰሚዑኒ። ዳርጋ ናይ ቃኤል ዝመስል ቅንኢ ክሕዘኒ ደልዩ። ምስ ኣማልኽቶም ክዛረቡ እንክሎዉ መዓስ ኢዩ እቲ ቃል ዝርድኣኒ? ጸላእቲ'ውን ምስ ኣማልኽቲ ምይይጥ የቕንኦም ይኸውን። ሓቂ ቃልሲ ሕቶታትን መልስታትን እንድሕሪ ኰይኑ መን ንሕቶን መልሲን ኣማልኽቲ ከም ዝትርጕመለይ ኣይፈለጥኩን። መዓስ ኮን'የ ቋንቋ ህዝቢ ዝምሃር? እዛ ዘይትረዊ ጽምእቲ ሓቂ መጽሓፈይ እንታይ ትደሊ ከም ዘላ እንተ ዝፈልጥስ መዓስ ምኸፍአ! ሞት ካብ ንመንእሰይ ንኻልኦት እንተ ዝጥምት ምሓሸ። ብጭራ ዋጣ ተሰንያ "ሞትየ ንየው በሊ ኣነስ'የ ዝብሎ'ሎኒ" ትብል ደርፊ ካብ ፍልስፍና ህይወት ናብ ስነ-ጥበብ ተሳጊራ እዝኒ መላእኽቲ ዝማረኸት ናቓ ሰብ ኢያ። ሞት ናብዞም ቃና ኣማልኽቲ ባሕሪ ንመንእሰያት ዘይሕብሩ እንተ ዝቐርብስ ኣብ ትሕቲ መሬት ምሓብኦም። ወይ ነዞም ኣብ ትካላት ተጸጊዖም ራኢ ትካላት እናንቀሩ ንዕለታዊ ድኽመቶም ተገዚኦም ሕልሚ ሃገር ዝረግጹ ናብ ድኹዒ ምቐየሮም። ሞት ስራሑ እንተ ዝፈልጥ ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ። ነዚ ሎሚ ዝተቐብረ መንእሰይ ጅግና ምዃኑ እናፈለጡ ምስኪን ዝብሉዎ ዝነበሩኸ ብደዎም ክገድፎም ድዩ? ብህይወቱ እንከሎ ጅግና ዘይበሉዎ ቀኒኦም ድዮም? ብጽሕነቱ ኣቕኒኡዎም ድዩ ምስኪናይ ዝብሉዎ? ብቛንቋ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ንጅግና ምስኪናይ ኢዩ ዝብሃል። ንጸላኢ'ኻ ጅግና ኣሎካ ኣይብሃልን ኢዩ። ብቛንቋ ተጸባእቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ዝብሃሉ ጀጋኑ ኣሎዎም ኣይንብሃልን ኢና፣ መህደሚ ዝስኣኑ መሳኪን ኣሎዎም ኢና ንብሃል።

* * *

ሸውሃት መጽሓፈይ መትሓዚ ስኢነሉ። “ጓሓፍ ሓቅታት ኣኻኺብካ ኣይትሃበኒ! መጀመሪያ እቲ ሓቂ ዝብሃል ዘሎ ንባዕልኻ ኮልሶ! ገሊኡ የምልስካ ግደፎ! ገሊኡ ጡፍ በሎ! ገሊኡ ከብዲኻ ገላቢጡ እናነጎደ ይውጻእ! ነብሲኻ ረስዕ! ኣብ ሓሙኽሽቲ ሓሳር ተለሎ! ብእሾኽ ጭዓ ተተፍተፍ! ደሓር መሃዝ! ደሓር ፍጠር! ኩሉ ሓበሬታ ኢዩ እናበልካ ኣይተኞርበለይ! ሓቂን ጽባቐን ዘጠመዮም ገጻተይ ኣይቅበሉዎን ኢዮም። ካብ ሓሳርካ፣ ካብ ውርደትካ፣ ካብ ቅብጸትካ ብትሕትና ምስ ተሓጸብካ ብግርህና ካባኻ ዝበቖለ ሓቂ እንተ ረኺብካ ግን ኣብ ገጻተይ ኣመልክቶ፣” እናበለት ኣሸጊራትኒ።

* * *

ኣዛሚትን ሚለናን እንዳ ሓዘን ኣምስየን ክሓድራ ከም ዝኸእላ ገሚተ ነይረ። ኣብ ገዛ ዓወት ንበይና ጸኒሓትኒ። ድኻመይ ርእያ ግዲ ኰይናስ ብዓቢ ጣሳ ገይራ ሻሂ ሂባትኒ። ብኡ-ንብኡ ድኻም ወሪሩኒ። መጽሓፈይ ትእዝዞ ግብሪ ክኸፍል ከም ዘይክእል ነብሰይ ነጊሩኒ። ሞት መንእሰይ ምስቲ ዘይግደሰሉ ዝነበርኩ ሞት ኣባኢሱኒ። መጽሓፈይ ጾማ ምሕዳራ ድማ ብዙሕ ከየጨነቐኒ ኣብ ዓራተይ ተደርቢየ ከይተገልበጥኩ ሓዲረ።

-12-

ኵሉ ትምህርቲ ይኹን ተመክሮ ኣሎኒ ዝብል፡ ዓይነይ ብትምህርቲን ብስራሕን ነቕሑ ኢዩ በሃላይ፡ ክሕክም፡ ክመርሕ፡ ክጣበቕ፡ ክነግድ፡ ክሃንጽ፡ ክምህር፡ ክጽሕፍ ዝጓየ ዘሎ ብስነ-ጥበብ ክፍወስ ኣሎዎ እየ ዝብል ዘሎኹ።

ገዛና ሚለና፡ ሚለና ጨንዩ። ትጃር ናብ ገዛና ብምምልላስን ሕልበት ብምቕራስን ንበዓል ባህታን ሱሌማንን ተዓጻጺፉ ሓሊፉዎም።

“ኣብ ሃገርና ናይ ሕልበት ምብላዕ ዝለዓለ ዓወት ኣመዝጊብካ እየ ዝብል። ከምዞም ውሕልነት መሲሉዎም ክብረ-ወሰን ሰቢርካ እናበሉ ትርጒም ሓቂ ከጥፍእ ስለ ዘይደሊ፡” ኢሉዎ ባህታ ንትጃር። ትጃር ድማ፡ “ቅንኢ ዘይገብሮ የብሉን” ኢሉ ስሒቑዎ። ኣዛሚት ካብ ጸሓፊት መጽሓፍ ህጻናት ኣባል ተሓባበርቲ ደረስቲ ተዋስኦ ኰይና። ትጃር ድማ ምስ ድርሰት ምምራሕ ተዋስኦ ወሲኹሉ። ፈላስፉ ህንዲ ናብ ገዛና ምምልላስ ኣብዚሑ’ሎ ምስ ተባህለ ኣዛሚት፡ “ግደፎ እንዶ! ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጒዕዞ ስነ-ጥበባዊ ሕልበት ንኸጽንዕ ኢዩ ዝመላለስ ዘሎ፡” ምስ በለትኒ ክሳዕ ዝነብዕ ስሒቐ። ፈላስፉ ህንዲ ምስ ሰምዐ ከኣ፡ “እዛ ኣዛሚት ዘይትኣደነ ውሕልነት ሕልበት ጥራይ ዘሎዋ ይመስለኒ ነይሩ፣ ከምዚ ዝርእዮ ዘሎኹ ግን ንድርሰት ተዋስኦ ዝኸውን ማጫ ዘሎዎ ዘረባ’ውን ኣይክትስእንን ኢያ፡” ኢሉ ብዋዛ ንሓመይቲ ቀዲሙዎም። መሓመድ እድሪስ መጽናዕቲ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ገዲፉ ምስ በዓል ኣዛሚት ብዛዕባ ተዋስኦ ሕሹኽሹኽ ምስ ኣብዝሐ ታሪኽ ንምጽሓፍ ዘብርዮ ረኺቡ ከይከውን እናበሉ ይስሕቁዎ ነይሮም። ኣብዚ ናይ ድሕሪ ኵናት ዘሎ ኩነታት ዝእድን እምበር ዝዛዝም ኣይተራኣየን ኢሉኒ ሓደ ጎረቤተይ።

ኣብ ገዛይ ኩሉ ተዋስኦ ኰይኑ ሓዳሩ። ኣብ ሃገር ግን ምህርቲ ፊልም ዓብሊሉ። ብዙሕ ፊልም እናተሰርሐ ንህዝቢ ክዝርጋሕ

ጀሚሩ። ገሊኦም በቲ ተርእዮ ፈሪሖም ጥራሕ ዘይኰነስ ባህሪሮምን ርዒዶምን ክብሃል'ውን ይክኣል። ዘይሓሰቡሉን ዘይክእሉዎን ውጽኢት ስነ-ፍልጠት ብመልክዕ ቪድዮ ፊልም ቅልቅል ምስ በለ ጠፋእና ዝዓይነቱ ፍርሓት ኣትዩዎም። ኣብታ ቡን ንሰትየላ ገዛ ንበይነይ ኮፍ ኢለ ንመጽሕፈይ ዝኸውን ነጥብታት ኣብ መዐምረሪት ደብተረይ አመልክት ነይረ። ስሕያ ዝርኣዩዋ ጣውላ ዓይኖም ግዲ ስሒባቶምስ ሰለስተ ሰባት ምሳይ ተጸንቢሮም። ብሓቂ ፍቓድስ ሓቲቶም ነይሮም ንምላሸይ ደኣ ዘይተጸበዩ ኰይኖም እምበር። ግብሮም ኣስሒቑኒ። ካብዞም ከም ሰቦም ሕጊን ስርዓትን ጠፊኡ እናበሉ ምእዋይ ዝኽእሉ ግን ብዘይ ሕልና መሰል ሰብ ዝጥሕሱ መሲሎም ተራእዮምኒ። በዓል ትጃርን ፈላስፋ ህንዲን ዝርከቡዎም መሓዙት፡ ንኸምዚኣቶም፡ ኣባላት ስኹእ መንግስቲ ኢዮም ዝብሉዎም።

ዘድልዮም ኣገልግሎት ምስ ሓተቱ ነንሕድሕዶም እናተጠማመቱ ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዘሎ ዝብሉዎ ጉድለት ኣገልግሎት ኣብያተ-መስተን መግቢን ኣለልዒሎም ኣብ መኣዲ ዘረባኦም ክድርብዩ ጀሚሮም። ናብ ኣሳሳዪት እናመልከቱ፡ እታ ጓል ንዓራት ዝዕድም ክእለት ከም ዘይብላ ንምርዳእ መልክዓን ባህርያታን ይገልጹ ነይሮም። ኣካላዊ ምቕለላ ምስ ውህበት ፍቕሪ ብምምስሳል ኣብ ስግር ዶብና ትርከብ ዓዲ እናጠቐሱ እተን ምቑሉላት ኣዋልዶም ኩሉ ግዜ ንዓራት ዝዕድማ ምኳነን ዘኪሮም። ነቶም ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ንሳልሳይ ዓለማት ዝብሉወን ሃገራት ዘመስግኑን ዘዋርዱን ሓያላት ሃገራት ኣዘኻኺሮምኒ። ነተን ቀልጢፈን ኣብ ዓራት ንብረተን ዝዕድምኦም ክፉታት ኢየን ክብሉ እንከሎዉ፡ ነተን ብቐረባ ዘይሰድዓ ድማ ዕጹው መሓውር ኣሎወን ይብሉ። ሓደ ተዛራባይ ዓርከይ ከምዝበሎ፡ ሓያል ዝርጉሕ ሰለፍ ኢዩ ዝደሊ።

ብወገነይ ንመጽሓፈይ ዝኸውን እንተ ረኸብኩ ኢለ ካልኣይ ቡን ኣዚዘ ጽን ኢለ።

"ፊልም ኢሎም ዝሰርሑዎ ዘሎዉ ኣየገርመኩምን? ኣይርኣኹዎን! ክርእዮ'ውን ኣይደልን! ግን ሓደ ካብቲ ዝጽልኣኒ ነገር ኢዩ። ከም እትፈልጡዎ ኣብ ሃገርና ምኽሪ ምሕታት ዝብሃል ነገር የለን፡" ኢሉ ሓደ ካብኣቶም።

መርድእ ዝተነግሮ ክመስል ሓደ ናይ ምህንድስና በዓል ሞያ ምኳኑ ካብ ዕላሉ ዝፈለጥኩዎ፡ ርእሱ ብጓሂ እናነቕነቐ፡ "ኣብዚ

ዓዲ እዚ'ኮ ኢዩ ዘጉህየካ። ካልእ ዘይገበርካስ ናብ ፊልም ምዝላል እንታይ ኣምጽኦ? ካልእ ክንደይ ዝግበር ነገር ገዲፍካ ኣብ ዘይትኽእሎ ምእታው ክርደኣኒ ኣይከኣለን።"

ሳልሳዮም ከምኣቶም በዓል ሞያ ዘምስሎ ሒደት ናይ ጥብቅና ሓረጋት ድርብይ ምስ ኣበለ ነድሪን ቁጥዓን ሓዋዊሱ፡ "ናይ ሃገርና ፊልም ብዕልግና ካብ ምርባሕ ሓሊፉ ዝገብሮ የብሉን። ካብ ኣጀማምራኡ ተረዲኡኒ ኣሎ። ድሮ-ንድሮ ምስዕዓም ጀሚሮም ኣሎዉ ኢዩ ዝብሃል። ጸኒሑም እንታይ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ርዱእ ኢዩ። ቀደም-ቀደም ፊልም ምስራሕ ዝጀመሩ ህንዳውያን ግን ክሳዕ ሕጂ ክስዓዓሙ ኣይተራእዩን። ብርግጽ ኣብ ምዕጉርቲ፡ እቲ'ውን ተጠንቂቖም ንሓጺር እዋን ክስዓዓሙ ጀሚሮም ኣሎዉ። ንሕና ኣበይ ጸኒሕና ኢና ሕጂ ተሃንዲድና ናብ ምሉእ ስዕማ ወይ ምስዕዓም ንኣቱ? ፊልምስ ካልኦት ደኣ ይስርሑዎ! ዘይከማና ቋንቋ፡ ደርፍታትን ሳዕስዒትን ስለ ዘሎዎም የጠዓዕሙዎ እኳ ይኾኑ። ከማና ድርቕ ዝበሉ ኣይኰኑን፡" ኢሉ ንዓይ ጠሚቱኒ።

ኣነ ግን ኣብቲ ዘይወግዐይ ኣይተጸንበርኩን። ከምዚኣቶም መሊኦም ኢዮም። ሰብኣዮም ሰበይቶም ኣብ ዝነበሩ ነይሮም ንነብሶምን ንሰብን፡ ንኽባቢን ንባህሊን ዘናሽዉ መሊኦም ኣሎዉ። ኣብዚ ይጽንሑ ካብ ስደት ወይ ካብ በረኻ ይምጽኡ ብዘይ ተጋህደ ነብሲ ዘጽልእ ናይ መንፈስ ስንክልና ክሕንክሱ ዝርኣዩ ሒደት ኣይኰኑን። ሓያሎ ኣጉል ፍልጠት ዘሎዎም ነቲ ከተማታት ብርእሰ-ምንሻው በኪሎሞ ኣሎዉ። ኩነታት ኲናት ቁጽሮምን ደረጃ ውድቀቶምን ወሲኹሎም ደኣ ይኸውን እምበር ኣብ ፈለማ ናጽነት'ውን ተራእዮም ነይሮም። ኣቐድም ኣቢሎም'ውን ከም ዝነበሩ ኩሉ ዝዝክሮ ኢዩ። እዚ ናይ ምንታይ ምልክት ምዃኑ ብሰፊሑ ዘጽንዕ ከም ዘሎዉ ብጽንጽንታ ሰሚዐ። ሕጽር ዝበሉ መጽናዕትታት ከም ዘተንብሁዎ ግን ቀስ እናበለ ክበርስ ዝኽእል ናይ ቀደም፡ ሎሚን መጻኢን ፍርሒ ኢዩ ይብሉ።

"ምሉእ ሕውየት እቲ ትምኒት ኤርትራውያን ምስ ኰነ ኢዩ ዝርከብ። ኣንጻር ትምኒት ዝመስል ባህርታት ኣብ ዝኾነ ግብሪ ኤርትራዊ እንድሕሪ ተራእዩ ግን እቲ ፍርሒ ክቕጽል ኢዩ። መድሃኒቱ ናይ ኣእሙሮ ሰውራ ኢዩ። እዚ ዘሎ ኣተሓሳስባ ብሓዊ ሰውራ ተቓጺሉ ክበንን ኣሎዎ። ሰውራ ደው ኢሉ ከይጠፍእ ድማ ዘንበድብድ ሓሳባት ካብ ጥቓኡ ክፍለዩ የብሎምን። እዘን ፊልም ዝብሃላ ዘሎዋ ብድንኪታት ባህሊ ክስራሓ የብለንን። ብግዙፋት ስነ-

ጥበበኛታት ክህነጻ ኣሎወን። እቶም ሃዘዝ ዝብሉ ዘሎዉ ቅዙፋት ጸየቕቲ ፊልም ክፉት ቀኑስሊ ዝገጠሞም ሃመማ ኢዮም ዝመስሉ። ክሳዕ እቲ ዓቢ ሓቀኛን ፊልም ዝቕልቀልን እቶም ኣዛብእ ካብቲ ከቢቦሞ ዝጸንሑ ገምቢ ርዒዶም ክሳዕ ዝጠፍኡን ግን ብዙሕ ኣይትጨነቑ፡” ክብል ሰሚዐዮ ፈላስፋ ህንዲ።

ብኸርበን ዕጣንን ዘይተሰነየ ቡን እናሰተዩ ንመንነቶም ጀሊጦምን ገሪፎምን ምስ ላህልሁ ካልእ እናናሸወ ዝጅልዋ ጎዲም ቃላት ንምእካብ ነታ ቅድም ብሒተያ ዝነበርኩ መኣዲ ጣውላ ገዲፎምለይ ከይዶም። ዘይተሰተየት ቡነይ ዝሒላ ስለ ዝጸንሐትኒ ከይሓሰብኩላ ካልእ ኣዚዘ። መጽሓፈይ ትቀበሎ ኣይትቀበሎ እንታይ ይፍለጥ ኢለ ከላ እቲ ኣብ ገሊኦም ሰባት ዝተዓዘብኩዎ ርእሰ-ምንሻው ብቕልጡፍ ኣብ መዘከሪ ደብተረይ ከስፍር እንከሎኹ ካበይ ከም ዝነጠበ መሓመድ እድሪስ መንበር ስሕብ ኣቢሉ ኣብ ፊተይ ኮፍ ኢሉ። ንሰላምታ ግዜ ኣይፈቐደን።

“ስማዕ እስኪ! ምስ ዝሑል ቡን እንታይ ኣሎካ? ዝሑል ምዃኑ ካብ ርሑቕ ብዓይነይ ጥራሕ ፈሊጠዮ። መልክዕ ጥዑይ ቡን ፍሉጥ ኢዩ። ካብቲ ፍንጃል ንላዕሊ ዘሊሉ ክስዕመካ ኢዩ ዝመጣጠር። ህይወት ዘሎዎ ቡን ዘይትእዝዝ? ናተይ ይመጽእ ኣሎ። ካልእ ከምጽኣልካዶ ክነግሮ? ዝሞተ ቡን ምርኣይ ኣይፈቱን እየ።”

“ንስኻ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ እናበልካ ሸንኮለል ካብ ትብል ዘመናዊ እንዳ ቡን ዘይትኸፍት? እዚ ህዝቢ ካብ ዘይውዳእ መጽናዕቲኻ ዝጽበ ቡን ንምስታይ እንተ ዝስራዕ ምሓሾ። ሓደ መዓልቲ ነዚ ቡን ዘፍልሕ መንእሰይ ስራሑ ከይትምንጥሎ እየ ዝስከፍ ዘሎኹ፡” ኢለዮ ካብ ንበይነይ ኲይነ ዝርኣየኒ ዝነበረ ቀንጣ-መንጢ ሓሳባት ፈላልዩ ዘዋግዓኒ ዓርኪ ብምርካበይ ብልበይ እናተሓጐስኩ። ከም ዝበሎ ውዑይ ቡን ዝሓዘ መንእሰይ እግሪ-እግሩ ተኸቲሉ ኣብ ፊቱ ጻዕዳ ፍንጃል ኣንቢሩሉ። ኣነ'ሞ ሰለስተ ቡን ከይሰተኹዎ ስለ ዝዝሓለ ራብዓይ ከዝሕል ኣይመረጽኩን።

መሓመድ እድሪስ እንታይ ሻቡኡ ቡኑ ጨሊጡስ፡ “ስማዕ እስኪ፡ ገዛኻ መቐረቢ ተዋስኦ ድዩ ወይስ መዕየዪ ክኸውን?”

“እሞ ተዋስኦ ይዓዪ ኣሎኹ ኢልካ ክንደይ ዝጽዓረሉ መጽናዕቲ ረሲዑ ዘሎ ኣነ ድየ? ኣነ ድየ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ይምዝግብ ኣሎኹ ኢለ እንቅዓ ቡን ክሸርብ ውዒለ ዝሓድር ዘሎኹ?”

እንታይ እዋኑ ናብ ካልእ ፍጥረት ተቐይሩኒ። ኩለንትናኡ ካልእ

ኲይኑ። ካበይ ከም ዝመጹ መጋርጃ ንስነቱ ዝቐልዑን ዝጋርዱን ምልክታት ኣብ ገጹ ኣዒሞም ተራእዮምኒ። ኣብ ትሕቲ እቲ ጓሂ ዝተኸድነ ዝመስል ገጹ፡ ገንፊሉ ክወጽእ ዝደለየ ሓጐስ ብርሃን ይቕልጽ ነይሩ። ግን ናይ ምንታይ ጓሂ ወይ ናይ ምንታይ ሓጐስ ክብሎ ኣይክኣልኩን።

"ንዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ክገጥም ዝኽእል ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለንን። ኤርትራዊ ኲንካ ንኤርትራውነትካ ክትርኢ ምፍታን ጸገም ኢዩ። ንኤርትራውያን ንኽርኢ ዝመዘዝኩዎ ዓይኒ ንገዛእ ርእሰይ እናጠመተ ተሃላሊኹኒ። ታሪኽ ንዝሓለፈ ፍጻሜታት ክፈትል እንከሎ ኢዩ መልክዕ ምልቆታቱ ዘጸብቕ። ደርፊ ታሪኽ ኲነ-ተገብረ ኢዩ። እቲ ተቐባል ደርፊ ታሪኽ ነበረ ሓለፈ ኢዩ ዝብል። ኣነ ግን ነቲ ሕውዝውዝ ዘብል ውሕጅ ለውጥታት ክዓግት እየ ዝቃለስ ዘሎኹ። ክፉል እቲ ሕውዝውዝ ዘብል ነድሪ ውሕጅ ምኽንያይ ዘንጊዐ ነይረ ማለት ኢዩ። ንቕሎ ገና ነዊሕ ዘይሰጐመ ሓድሽ መገሻ ተኸለ መንግስቲን ህዝቢን ንኽገልጽ ላሕ'ኳ እንተ በልኩ እቲ የማነ ጸጋም ዝውርወር ዘሎ ለውጥታት ብኢደይ ከይዕተር ንዓይ ገገዲፉ ተሓንቢቡ። ጽናሕ ክፍትሸካ እየ እናበልኩ ኣብ ቀራና መገድታት ከይከትሮ ከኣ ንዕኡ ዝገጥም ሓይሊ የብለይን። ናህሩ ክዓግት ኣይክኣልኩን። መሲሉኒ እየ ተቓሊሰ። ሕጂ ግን ደኺሙኒ፡" ኢሉ ንኸባቢና ብዓይኑ ምስ ኮለሎ ቡን ዝብል መሲሉኒ ነይሩ። እንተኹነ ቡን ኣምጽኡለይ ከይበለ ነቲ ዘዝሓልኩዎ ጣሳ ቡን እናተዓዘበ ርእሱ ብምንቕናቕ ምላሸይ ተጸቢዩ።

ዘይጭንቕ ሰብ ክጭንቕ ምርኣይ ጽቡቕ ኣይኲነን። ዛንታ ጭንቀት ምእላም ንዝለመዶ ኣይጓዳእን። እቲ ተጨኒቐ በሃላይ ብብዝሒ ተመክሮ ንኣዘናትዋ ጭንቀት ከይተረፈ ቀመም እናወሰኸ ዘይነበረ መልክዕ ኢዩ ዘውጽኣሉ። ብእምብዛ ምልከት ኣዘናትዋ ንራህዋ ናብ ጸገም ከቕይር'ውን ይኽእል። መሓመድ እድሪስ ግን ተልመዴን ነጋር ዛንታ ጭንቀት ኲይኑ ተሰሚዑኒ። ክንደይ ዓመታት ዝደኸመሉ ስራሕ ብሓንሳእ ራሕ ንኽብሎ ዝደፍኦ ሓይሊ ንምግማት ኣይክኣልኩን። ክስነፍ ርእየዮ ስለ ዘይፈልጥ ድማ ብዙሕ ተገሪመ። ብውሽጠይ እቲ ጭንቀት ግዜያዊ ክኸውን ተመንየ።

ዝዛረቦ ጠፊኡኒ ምላሽ ምስ ደንጎኽዎ፡ "ቅድሚ ሕጂ ኢለካ'ንድየ! ናታትኩም ይሓይሽ። ታሪኽ ዝተፈጸመ ሓቂ ጥራሕ ኢዩ ዝኣሪ። ሓደ ዓሌት ሓቅታት ተወሊዶም ኣብቲ ዘሎዉዎ ጽፍሒ ቀጸላ እግሪ ክተኽሉ እንከሎዉ፡ ኣብቲ ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ቀጸላ ካልኦት

ዕብይ ዝበሉ ሓቅታት ክስጉሙ ይስምዑ። ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ዘሎ ቀጸላ ድማ ካልኦት ፍልይ ዝበሉ ሓቅታት ይኅዩ። ኣብ ልዕሊኦምን ልዕሊ ልዕሊኦምን ኣብ ዝተነደቁ ቀጸላታት ድማ ሓቅታት ኣሎዉ። ነዞም ኩሎም ቀጸላ ሓቅታት ዘወሃህድ መን ኢዩ? መን'ዩ ምስቶም ላዕለዎት ሓቅታት ክዛምዶም? ሕጂ ኣሎና ዝብሉ ምኩሓት ኣብቲ ቀዳማይ ቀጸላ ዝተዛሕዝሑ ሓቅታት ክኣርዩ ይደኽሙ ዘሎዉ። እዚ ኰነ እዚ ተገብረ ንዝገልጽ ብቱን ሓቅታት እውን ጠርኒፎም ኣይክኣሉን። ኣብ ምፍጣር ንዘሎ ሓቂ ክገፍፍ ዝኽእል ናይ ስነ-ጥበብ ሰብ ኢዩ። ንስኻትኩም ዋላ ገና ንዘይተፈጠረ ሓቂ መትሓዚ ኣይትስእንሉን ኢኹም እብል ኣነ። ዓይነይ ናብ ተዋስኦ እንተበለ ኣይትገረም። ተኽእሎታት ኣብኡ ኢዩ ዝርኣየኒ ዘሎ።"

"እሞ ታሪኽ ስዩም ኢሉ ዘይትብለኒ። እቲ ደላይ ሓቂስ ደላይ ስምዒት ድዩ ክኸውን? ይኽእሎ'ዶ? እምበኣር ናብ ገዛይ ምልስልስ ምባልስ ዕጣን ኣምልኾ ንምውዳቕ ኢዩ? ባህታን ሱሌማንን'ውን ሞባእ ዕጣንን ከርበን ሒዞም ንስግዳን ተዋስኦ ኢዮም ዞኽዞኽ ዝብሉ ዘሎዉ? ናይ ፈላስፋ ህንዲ ገደደ'ምበር! እዛ ሃገር ሓንቲ ዓይኒ ፍልስፍና ኣጥርያስ ገና ቋሕ ከየበለታ ክትዓውር ማለት ድዩ? ኣዛሚት ድማ ክንዲ ትመርሕስ ደድሕሪ ሚለና እናሰዓበት ንመላእኽቲ ስነ-ጥበብ ክትውድስ የምሕረላዶ ትብል?" ኢለዮ እናተዋዘኹ።

"ከምኡ ኣይኰነን። ከምኡ ጌርካ ኣይትተትዓየ። ከምኡ ኣይምሰልካ። ብስነ-ጥበብ ክንፍወስ ኢና ደሊና። ንቐንዲ ጻውዒትና ዘይንግዛእ ከይመስለካ። ኣነ ንንግስቲ ታሪኽ ብናይ መወዳእታ ትንፋሰይ'ውን ከገልግላ እየ። ሕጂ ግን ክፍወስ ጥራሕ እየ ደልየ። እወ ኩልና ክንፍወስ ኢና ደሊና ዘሎና። ብስነ-ጥበብ ክንፍወስ ኢና ንምህለል ዘሎና። ኩሉ ትምህርቲ ይኹን ተመክሮ ኣሎኒ ዝብል፡ ዓይነይ ብትምህርቲን ብስራሕን ነቝሑ ኢዩ በሃላይ፡ ክሕክም፡ ክመርሕ፡ ክጣበቕ፡ ክነግድ፡ ክሃንጽ፡ ክምህር፡ ክጽሕፍ ዝኻየ ዘሎ ብስነ-ጥበብ ክፍወስ ኣሎዎ እየ ዝብል ዘሎኹ። ሕሰቦ እስኪ! ሸቀጥቲን ቀለምቀመሳትን ጽባቐ ስነ-ጥበብ እንተ ዝሰርጾም እዚ ሃገር እንታይ ምኾነት ነይራ? ካልእ ይትረፍ ወጀሂ ስልጣን'ኳ ምወረሶም። ነዚ ምኽንያት ድማ ካባኻ እየ ፈልፊለ ኣውጺአዮ። ንስኻትኩም ሓገዝቲኹም ብዙሓት ኢዮም። መን'ከ ዘይሕግዘኩም? ከም ኩልና ብዓይኒኹም ትርእዩ፡ ብእዝኒኹም ትሰምዑ። ብተወሳኺ ግን ሕሹኽ ዝብላኹም ደቂ-ሕድርቲና ከም

ዘሎዋ ኣይንጠራጠርን ኢና። መለኮታዊ ሓይልታት ንኽትፈጥሩ ከም ዝደፋፍኣኹም ኣሚነ። ንስኻትኩም ድማ ነቲ ሕቡእ ሓይሊ ኣለሊኹሞ ኣሎኹም። መን ደፊእኩም ኢኹም ብማሰ ትትርኹ? እዚ ኩሉ መልእኽትታት ብቓና፡ ብግጥሚ፡ ብሕብሪ ትዝርግሑዎ ዘሎኹም መዓስ ዘጽናዕኩሞ ኢዩ? ብተዋስኦ ኣምህሩ፡” ምስ በለ ናብቲ ፈጣር ቡን ዝብሎ ወዲ በጺሑ ተመሊሱ።

“ኣብ ገዛኻ እንታይ ዓይነት ተዋስኦ ከም ዝጥቓእ እስከ ሕሰብ? እስከ መን ክዋሳእ ይኽእል ኢልካ ሕሰብ? እንታይ ዝዓይነቱ ታሪኽ ኢዩ ክእለም? ነቲ ኣሰር ታሪኽ መን ክስልሞ’ዩ? ጕዕዞ ታሪኽ ናበይ ዘብል ይመስለካ? መን ምስ መን ይራኸብ ትብል? ክንደይ ቀራና መገድታት ታሪኽ ክንደይ መገድታት ይዝርግሓ ወይ ይራኽባ? ኣነኸ ደብተራት እናቐየርኩ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ካብቲ ኩሉ ሓቂ ዝጕሓፈሉ ጎዱፍ ሓቂ ክቕርም እንክሎኹ’ዶ ይርኣየካ? መንጉዳ እቲ ገዚፍ እንዳ ጕሓፍከ ብናትና ድርባይ ሓቅታት ጥራሕ ዝሓበጠዶ ይመስለካ? እቲ ካብ ደገ ዝተደርበየ ዘይቅዱው ሓቅታትከ መን የልዕሎ? እቶም ዝበሰበሰ ሓቅታት ዝኣርዩ ኣብ ተዋስኦ ብኸመይ ክቐርቡ ይኽእሉ ትብል? እንታይ ዓይነት ተዋስኣዊ ኣከዳድና ትምነየሎም? እስኪ ብዓይኒ ስነ-ጥበብ ገምቶ?” ኢሉ ተሰናቢቱኒ።

* * *

ኣብታ ዝወዓልኩላ መኣዲ ጣውላ እንዳ ቡን ንበይነይ ተሪፈ። ቡነይ’ውን ብዝሕልታ ዓይኒ ዓይነይ ጠሚታትኒ። ብዘይ ሕሱብ ድንገት መሓመድ እድሪስ ካብ ገለ መጺኡ ኣብ ቅድመይ ኣብ ዝተገተረ መድረኽ ክዋሳእ ተራእዩኒ። ቀልጢፈ መማእረሪት ደብተረይ ኣውጺአ። “ቀዳማይ ግብሪ፡ ቀዳማይ ምርኢት” ኢለ ኣብ ላዕለዋይ ጫፍ ገጽ ደብተር ኣመልኪተ። ኢደይ ምስቲ ንውነይ ክዕብልል ዝጀመረ ናህሪ በርቃዊ ራኢ ክቀዳደም ኣይከኣለን። ዝከኣሎ ግን ገይሩ። ቅድሚ ሕጂ ክንደይ ዝርኣኹዎ’ሞ ዘይሓለፈኒ፡ ክንደይ መስ ብልጭ ዝበሉ ጽባቐታት ስነ-ጥበብ ሰኣን ምምልካት ሃዲሞም ጠፊኦምኒ ኢዮም። ብሰረገላ ሕልሚ ዝመጹኒ ሰኣን ብር ኢልካ ምምዝጋብ ናበይ ከም ዘበሉ ኣይፈልጥን። ናይ ሕጂ ከኣ’ሞ ንበይኑ ኢዩ። ዝርኣየኒ በዚሑ። ናይ መን ጻውዒት፡ ናይ መን ድምጺ፡ ናይ መን መቓልሕ ከለሊ? መድረኻት ኣብ ልዕሊ መድረኻት ተደራሪቦምኒ። ታሪኽ ወዲ-ሰብ ኣብ መድረኽ ክዛነ እንክሎ ተዓዚበ። ኢደይ ብመለኮታዊ ሓይሊ እናተኣዘዘ ክጽሕፍ

እንከሎ ኣስተብሂለ። ደራሲ ሓሳዊ ምኳኑ ከኣ ኣረጋጊጸ። ምኽንያቱ ደራሲ ናይ ሓይልታት ምእዙዝ እምበር ደይ-መደይ ኢሉ ዝቐይሶ ዛንታ ከም ዘይሃንጽ ኣረጋጊጸ። ርግጽ እቲ ሓይሊ ኣብ ውሽጠይ ምህላዉ እፈልጥ እየ። ንራኽበሉ ግዜ ጥራሕ እየ ዝጽበ ነይረ። ከይሓሰብኩዎ ማዕጾ ትሕቲ-ውነይ በግ ኢሉ ተኸፊቱ። ካብኡ ዝነቕለ ውሕጅ ንውነይ ደፊኡ ኣህዲሙዎ። ኩሉ ኣኪቡዎ ዝነበረ ፍልጠትን ስምዒትን ንዓይ ኣወፍዩለይ። ከም ክእለተይ። ከም ምቕልጣፈይ።

እቲ ጸገም ግን መንእሰያት ጸሓፍቲ ሃገርና ምስቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ሓይሊ ከም ዝላለዩ ዘተባብዕ ሓይሊ ኣይኀነፎምን። ፈለጥና ኢሎም ዘየሎ ዝነግሩዎም ኣሎዉ። መጽሓፍ ፈጠራ ከምዚ’ዩ ከምቲ እባ ዝብሉ ኣይሰኣኑን። ካልእ ይትረፍ ባእታታት ፈጠራዊ ድርሰት ብዓይንና ርኢና ዝብሉ ጸረ ስነ-ጥበባዊ ሓይልታት ካብ መገዲ ሓቀኛ ጽባቐ ኣኳሊፎሞም። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ካብቲ ውሽጣዊ መንነቶም ዝነቅል ጋሻ ውሕጅ ዝዓግት ማዕጾ ከፊቶም ምስቲ ውሕጅ ምጉዓዝ ከፍርሖም ይኽእል። ኣነ ግን ሕጂ ምስቲ ሓይሊ ብንጹር ተራኺበ ይእዘዞ ኣሎኹ። ትእዛዙ ናተይ ምኳኑ ስለ ዝተረደኣኒ ንኽጭብጦ ዝኽኣልኩ ኩሉ ነገር፡ ስምዒት ካብ ሓሳባት፡ ሕልሚ ካብ ጋህዲ፡ ራኢ ካብ ድምጺ ከይፈሎኹ ዝማረኽኩዎ ዘበለ ኩሉ መዝገበዮ ኣሎኹ። ደሓር ግዜ ምስ ተረኽበ ኣመዓራርዮ ይኸውን።

-13-

ስራሑ ዘኽብር ኣላይ መድረኽ ንህዝቢ ከፍቱ ኢሉ ዝገብሮ የብሉን። ኣድላዪ እንተ ኰይኑ ንተዓዛባይ ብቑሪ ክጭጉርሮ፡ ብፍርሒ ክርዕዶ፡ ብምቕት ከባርያ ይኽእል ኢዩ።

ቀዳማይ ግብሪ፡ ቀዳማይ ምርኢት

መሓመድ እድሪስ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ጎዱፍ ርያ ዝመስል ገዚፍ ጥቕላል ወረቐት ብገመድ ክጎትት ይርአ። እቲ ርያ ምስ ድንኩልን ደናጉላን ክገራጮ እንከሎ ናይ ገልጠምጠም ድምጺ የስምዕ። ኣብቲ ግራት ዝመስል ቦታ ክበጽሕ እንከሎ ድማ ትኪ ዝመስል ደሮና ንሰማይ የዕርግ። ንሓንሳብ መሓመድ እድሪስ ንዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ዝኸውን ሓቂ ንበይኑ ጥራሕ ብሓሳባት ይርኣዮ'ሞ ሓቂ መሲሉዎ ነቲ ርያ ገዲፉ ብኢዱ ይፍሕር፡ ድንኩል ይሰብር፡ ኣእማን የልዕል። ሓቂ ረኺቡ ምስ በለ ድማ ናብቲ ርያ ተመሊሱ ብገመድ እናጎተተ ነቲ ሓቂ ናብ ርያ ንኽጽዕኖ ይጽዕር። እቲ ዝጽዓኖ ሓቂ ሽተት እናበለ ክወድቕ እንከሎ ይርኣዮ ግዲ ኰይኑስ ብዙሕ ክቃለስ ይርአ። የንጸርጽር። ንሓንሳብ ድማ ሓጐሱ ብምዝላልን ነቲ ሜዳ ጐሓፍ ብጉያ ብምኹላልን ይገልጽ። ብዙሕ ዓይነት ሓቅታት ይእክብ ከም ዘሎ ኩሉ ተዓዛቢ የስተብህል። ገሊኡ ከም እሾኽ ኰይኑ ንገዛእ ኢዱ ይወግኦ። ገሊኡ ከም ተመን ተጠቕሊሉ ይጸንሖ'ሞ ትንክፍ ምስ ኣበሎ ተወንጪፉ ይጠፍእ። ገሊኡ ካብ ወጻኢ ሃገራት ብመልክዕ ስነ-ኣእሙራዊ ብትኽታኽ ኵናት ዘተደርበየ ሓቅታት ምኳኑ ዓው እናበለ ብቛንቋ ባዕዲ ከንብቦ እንከሎ ይፍለጥ። ኣዕጽምቲ ዝተፈላለዩ እንስሳታትን ዝተሰባበረ ኣስከሬናት ሰብን ኣብቲ ቀልቀል ጻዕዳ ሕብሮም የርእዩ። ስብርባር ኣቕሑት፡ ቅዳድ መጽሓፍቲ፡ ንጥርጣር መልእኽቲ ኢንተርነት፡ ብትኽታኽ ኣጫርቕ ንጎዱፍ፡ ጎዱፍ ከምስሉ፡ ዝተዘርኡ ይመስሉ።

ኣብ መድረኽ ብዘይካ ስሕት ኢሉ እቲ ርያ ክጉተት እንከሎ ዝገብሮ ዓረምረማዊ ድምጺ ካልእ ኣይስማዕን። ኩሉ ጸጥ ዝበለ ይመስል። ጸሓይ ቀትሪ ምስ ምሉእ ሕሰሙ ነጊሱ ይርአ። እቲ መድረኽ ቀትሪ፡ እሞ ከኣ ኣብ ጎዱፍ፡ ኣየናይ ሰይጣን ጽፍዒቱ ኣብሊሑ ከም ዝጽበ ኣብ ዘይፍለጠሉ ክፍለ መዓልቲ ኢዩ ዘንጸባርቕ። መሓመድ እድሪስ ድኻም ከም ዝሓለፎ ብስንኩል ስጉምቱ ይልለ። ነቲ ዝጎቶ ርያ ዝኸውን ሓይሊ እናተጸንቀቐ ይኸይድ ከም ዝነበረ ካብ ዓይኒ ተዓዛቢ ተዋስኦ ኣይሕባእን። ረድረድ እናበሎ ናብቲ ሜዳ ጎዱፍ ሓቂ ጻሕ ኢሉ ይስጣሕ። ሰለስተ ቀጠንቲ ሰማይ ጠቀስ ዘራጊቶታት ካብ ጎደቦ መድረኽ ተበጊሰን ናብ ግንባር መድረኽ የብላ። ተዓዘብቲ ተዋስኦ ዘራጊቶ ናይ ቀትሪ ዓረብያ ሰይጣን ምኺነን ስለ ዝፈልጡ እቲ ብግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ የማነይቲ እግሩ ካብ ብርኩ ንታሕቲ ዝሰንከለ መሓመድ እድሪስ ከይርገጽ ብምፍራሕ ብጭንቀት ኣብ ክልተ ይዕጸፉ። ዘራጊቶታት ምስ ሓለፉ መሓመድ እድሪስ ከም ዘይተረገጸ ንተዓዘብቲ ንምርዳእ ግዲ ኢሉዎስ ሓንሳብ ሓፍ ኢሉ ኣብታ ዝነበራ ርኹምሽ ይብል። እንተ ወሓደ ከም ዘይሞተ ስለ ዘረጋገጸ ካብ ሒደት ተዓዘብቲ ጣቕዒት ተሰሚዑ።

* * *

መድረኽ ትሕቲ ጨካን ጸሓይ ስለ ዝተዘርግሐ ጽላሎት ኣይርአን። ቀስ እናበለ ግን ጽላሎት ክልለ ይጅምር። ኣብ ዳሕረዋይ ወሰን መድረኽ መታለሊ ዓይኒ ዝመስላ ቅርጺ ኣዋልድ ይርአ። እቲ ምርኢት ካብ እንግድዓ ግንባር መድረኽ ኣዝዩ ርሑቕ ኣብ ዝኾነ ቦታ ከም ዘሎዋ ንተመልከትቲ ብቐሊሉ ከም ዝርዳእ ኢዩ ተሰሪሑ። ናይ መድረኽ ብርሃን ናብተን ኣዋልድ ይዓርብ። ሽገ ቅርጸን ከኣ ይልለ። ኣልባሳተን ዝተፈላለየ ሕብሪን መልክዕን ከም ዘሎዎ ይፍለጥ። ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ኣዋልድ ምስ ዝተፈላለየ ባህላዊ ኣልባሳተንን ቁኖአንን ክወሳወሳ ይርኣያ።

ካብ ቅርዓት መድረኽ መዝሙር ይኹን ደርፊ ምኺኑ ዘይፍለ ቅነ የስምዓ። መኣዛ ዝሰረበ ወለላ ናቋ ነቲ መድረኽ ይመልኦ። "እዚአን ሰብ ድየን ካልእ ፍጥረት? መሓመድ እድሪስ ሓቂ ብብዙሕ ብልሓት ምስ ሰኣኖ ካብተን ንስነ-ጥበበኛታት ምኽሪ ዝህባ ፍጥረት እንተ ረኸበ ኢሉ ኢዩ ንመልኣኽ ተዋስኦ ክሰግድ ወሲኑ፡" ክብል ይስማዕ መንእሰይ ኣላይ፡ ካበይ ከም ዝመጸ ከይተፈልጠ። ብደፋር ስጉምቲ እናተመጠ ናብ ግንባር መድረኽ ቀሪቡ። ብርሃን መድረኽ ድማ ካብ ናይ ድሕሪት ሓይሉ ነክዩ ናብ ኣላይ ወዲቑ።

እተን ኣዋልድ ካብቲ ዝነበራኦ ርሕቀት መሊሰን ምስ ህሱስ ብርሃን ርሒቐን። ኣላይ ግን ብጽቡቕ ክዳን ማዕሪጉ "እዚኣን ደቂ-ሕድርቲና ኢየን። ሰብ ከምዚ ገይሩ እናቕነውነወ ከስቆንቁን ኣይክእልን ኢዩ። ሕልሚ ኢዩ ናቐኣን። ኣነ ግን ከም መሰለሚ መድረኽ እየ ተጠቒመለን ዘሎኹ። ጽቡቕ ቅርጻን፡ ምዑዝ ቃንኣን ሕልውልው ሕብረን ኣብ ኣድማስ መድረኽ ገይረ ምስ ኣብ ሕንብርቲን ግንባርን መድረኽ ዘሎ ዘሰክሕ ትርኢት ኣወዳዲረዮ ስለ ዘሎኹ ንዓኻትኩም ትምህርቲ ኢዩ። ዓለም ከሰክሐና የብሉን። ውግእ ተቐልቂሉ፡ ጥምየት ተጸጊዑ ኢሉ ዝኾሪ መሃዚ ኣይኰነን። ተስፋ ምቑራጽ መለለዪ ድንቁርና እምበር መልክዕ ልቦና ኣይኰነን። ሃንቀውታ ተመሃርቲ ዕሽሽ ኢሎም ዘጽቅጡ መማህራን ቃንዛ ጽምኢ ሓቂን ጥበብን ወዲ-ሰብ ዘየለልዩ ምኺኖም ኣይተረድኡን። ሃናጺ መድረኽ ካብ ልዑል ኣምር ራኢን ድምጺን ተበጊሱ መድረኽ ከም ዝቕይስ ዘይፈልጡ'ውን ኣሎዉ። ንመንእሰያት ብዛዕባ'ዚ ዘምህሩ መማህራን ኣብ ዓድና ገና ኣይተቐልቀሉን። ኩሎም ቀለምቀመሳት ግጉይ ኣምር መድረኽ ኢዩ ዘሎዎም። ኣላይ መድረኽ ሽላሚ መድረኽ ኣይኰነን። ስራሑ ዘኽብር ኣላይ መድረኽ ንህዝቢ ከፍቱ ኢሉ ዝገብሮ የብሉን። ኣድላዪ እንተ ኰይኑ ንተዓዛባይ ብቑሪ ክጭጉርፎ፡ ብፍርሒ ከርዕዶ፡ ብምቕት ከባርያ ይኽእል ኢዩ። ኣብዚ ሕጂ ንምልከቶ ዘሎና መድረኽ ሓቂ ጠፊኡዎ ከርተት ዝብል ሰብ ኢና ንዕዘብ ዘሎና። ከም ዝርኣኹሞ ንሓቂ ኣብ ጎዱፍ ኢዩ ክደልያ ቀንዩ። ምስ ደኸመ ድማ ኣብ ጽላሎት እግራ ሰጣሕ ክብል ርኢኹሞ። ክሳዕ ሕጂ ገና ኣብቲ ዝወደቐሉ ቦታ ትርእዩዎ ኣሎኹም። ሓቂ ዝደሊ ንዝጎንፉዎ ጸገማት ክቃለስ ኣሎዎ። ሓቂ ዝሓዘ'ሞ ከኣ ስቓይ ኢዩ ርካቡ።

ካብ ርሑቕ ናይ ዝቋየቑ ዘሎው ዝጥዕም ድምጺ ይስማዕ። ቅርጺ ሰብ እምበር መልክዕ ክልለ ኣይክኣልን። እቶም እኩባት ሰባት ኣብ ቅድሚ እተን ርሒቐን ዘሎዋ ኣዋልድ ክወሳወሱ ይርኣዩ። ካብኣቶም ብርሑቕ "በሉኻየ በሉኻ" እናበሉ ንኣላይ መልእኽቲ ይፍንውሉ።

ካብቶም ካብ ርሑቕ ዝርኣዩ ሓደ ዘይንጹር መልእኽቲ ኣስሚዑ። ተዓዛባይ ይኹን ኣላይ ኣይተረድኦን። ሓደ ኣብ ማእከል መድረኽ ሽዑ-ንሽዑ ዝተጋህደ ሰብ ድማ "በሉኻየ በሉኻየ! ናትካን ናይ ሚለናን ፍቕሪ ኣበይ በጺሑ? ኣብ መንጎኹም እንታይ'ዩ ኣትዩ?" ኢሉ ምላሽ ተጸቢዩ። መልክዑ ግን ኣይልለን።

ኣላይ ድምጹ ኣበርቲዑ፡ "ፍቕሪ የብልና፡ ጽልኢ የብልና ኢለ ነጊረኩም እንድየ፣ ክንደይ ምሕታት ኣሎ?" ምስ በለ እቲ መንጎኛ፡ "በሉኻየ በሉኻየ" እናበለ ከምሓላልፍ እንከሎ ይስማዕ።

ኣላይ ካብ ገምገም መድረኽ ንህዝቢ እናጠመተ፡ "ኣይበልክኹምን! ንኣላይ-መድረኽ ዘኽብር የለን። ናተይን ናይ ሚለናን ርክብ ኣብ ሞያ ዝተመስረተ ኢዩ። ሕጂ ሳልሳይ ግዜና ኣብ መድረኽ ንራኸብ ኣሎና። ሚለና ድምጻ መባልዕታ ኢዩ። መልክዕ'ኳ ክንደየናይ! ዝተዓጸጸፍ ቅርጺ ግን ኣሎዋ። ንምሉእ መድረኽ ዝውንን ተሪር ኣካላት ተዓዲላ። ድምጻ ግን ንበይኑ ኢዩ። ነቲ መድረኽ ንድምጻ ከም መስዋእቲ ንላዕሊ ከም ዘዕርግ ገይረ እየ ዝፈጥሮ። ንሳ ድማ መድረኽይ ይብርሃ ኢዩ። ካብኡ ዝተረፈ ግን ፍቕሪ - ጽልኢ ንብሎ የብልናን። ኣብ ሃገርና ናይ መድረኽ ፈላስፋን ስነ-ኣእሙራዊን ንስነ-ጥበበኛታት ከም ዘሎ ዘምሃረ መምህር የለን። ብዛዕባኡ ዝተጻሕፈ ዛንታ ኣይገጠመንን። ሽላሚ ጥራሕ ኢዩ ዝመስሎም። ምስ ብርሃንን ጽልሚን፡ ድምጺን ጸጥታን፡ ሕብሪን ድህለትን፡ ደርፊን ቁዝማን፡ ሰሓቕን ኩራን፡ ሩፍታን ጭንቅን፡ ዝገጥሞ ቃልሲ ኣይፈለጡሉን።"

ካልኣይ በልኹምየ በሉኹም ተሰሚዑ። ፍረኡ ኣይተነጸረን። መንጎኛ ብንጹር ድምጺ፡ "በሉኹምየ በሉኹም! እዘን ኩለን ሚዘራት ኣብ መድረኽ ኣእቲኻ መንእሰያት ከተጸልል ዲኻ? መዓስ ኢየን ሕንብርቲ መድረኽ ዝረግጻ?"

ኣላይ ድምብርጽ ከይበለ፡ "ኩለን ንዓኹም ኢየን፣ ንመንእሰያት ኣይኰናን። ነቶም ሃልሃልታ ወኒ ክጠፍኣኩም ዝደለየ ህይወት መሊሰን ከተሳስኣ ናብ መድረኽ ይእተዋ። ዓይንኹም ቅሉዕ ብርሃን ንምርኣይ ኣብዩኩም'ዩ ዘሎ። ንመንእሰያት እሞ ብድንጋጸኹም ከተዕውሩዎም ትምነዩ ኣሎኹም። ናብ ሕልሚ ውድቀትኩም ከም ዝሰደዱ ኢዩ ጻዕሪኹም። ካብዘን ዕንባባታት ጽባቐ ክትፈላልዩዎም ላሕ ትብሉ ኣሎኹም። እንተኾነ (ንበይኑ እናሰሓቐ ገጹ ንድሕሪት መሊሱ። ጽንሕ ኢሉ ንተዓዘብቲ ተዋስኦ እናጠመተ) እንተኾነ ካብተን ኔው ዘሎዋ ጽቡቓት ኣብ መንጎኣን ንዓኻትኩም ክፍውሳ ዝኽእላ ኣሎውኣን። እዘን ዝብለኩም ክፈጥሩ ንዝደልዩ ንስነ-ጥበበኛታት ንኻልኦት ምሁራንን ይሕግዛ ኢየን። ኣብ መንጎኹም መጽሓፍ ንኽጽሕፍ ዝተዓጥቀ፣ ብምህዞ ሓድሽ ነገር ንኽፈጥር ዝተቐረበ፣ ብምርምር ምስ ሓቂ ንኽራኸብ ዝበሃገ፣ ብኽቱር እምነት ፍቕሪ ንኽንግስ ዘንቀደ፣ ተስፋ ረኺቡ ተስፋ ንኽህብ

ዘተቐረበ፣ ስነ-ኣእሙራዊ ጽፍዒት ካብ ምውሳድ ተሓሪሙ መበቆላዊ ምህዞ ንኸርኢ ዝተዓጥቀ እንተልዩ እዘን ጽባቐታት ሓድሽ ወኒ ይልግሳ ኢየን። ንዝለመኑወን መንእሰያት ከኣ ከከም ባህጎምን ቅንዕናኦምን መገዲ ስነ-ጥበብ ክሕብርኦም ኢየን፡” ምስ በለ እቲ በሉኹምየ በሃላይ ነዚ ብኣላይ ዝተባህለ ዝርዝር ሓቅታት እናደጋገመ ይምልከቶም ንዝበሎም ኣባላት ሕብረተሰብ መልእኽቲ ከቃልሕ እንከሎ ይስማዕ።

ካብ ርሑቕ ፈላስፋ ህንዲ እናተማህለለ ንምሕዳር ትኻስ ከየጥቅያ ኢሉ ዝደግሞ ጸሎተ-ታሪኽ ብንፋሳት በረኻ ብዝተሰነየ ድምጺ ከም ሕልሚ ይስማዕ።

“ነዚ ዘሎ ግዜ፡ ነዚ ዘሎ ሓቂ፡ ነዚ ዝበራብር ዘሎ ታሪኽ መኪቱ ኣብ መጻወድያ ኣምራት ዝጥርንፍ ኣእሙሮ ኣሎዶ ትብሉ? ፋሕ ንዝበለ ሓበሬታታት ታሪኽ ዝእክብ ይኽሰተልና ዶኾን? ገሊኦም’ኮ ነቲ ኣብ መጀመርታ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ገጽ ሓደ ኣንበቢና ኢሎም ኣብቶም ፊደላት፡ ሓረጋትን ኣረፍተ-ነገራትን ንገዛእ-ርእሶም ክነብሩ ክብሉ ዝባሕጎጉዎም ሃንፋት እናጸደፉ ራኢኦም ይሰበሩ ኣሎዉ። ምስቲ ገና ዘይደረቐ ቀለም ተለዋዊሶም ዓይኖም ሕውዝውዝ ይብሎም ኣሎ። ምስ ሒደት ፊደላት፡ ምስ ፍንጨላት ቃላት፡ ምስ ስብርባር ድብተራት ይዛነዩ ኣሎዉ። ገሊኦም ዝተዓደሉ ብሓደ ቆላሕታ ምሉእ ገጽ ኣንቢቦም ትርጉም ስእሊ ሓደ ምሉእ ወቐጢ ይርድኡ፣ ገሊኦም ሓደ ምዕራፍ ብመስታ ውሒጦም ትሕዝቶ ሓደ መዋእል የስተማቕሩ፣ ሕልፍ ዝበሉ ድማ ቀዳማይ መጽሓፍ፡ ካልኣይ፡ ሚእታዊ፡ ወዘተ. እናበሉ ናይ ዘዘመኑ ሓቅታት ታሪኽ ባህ እናበሎም ከም ቆሎ ክጎስሙ ይርኣዩ። እቶም ብቐለም ፊደላት ጠልቅዮም ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ ንጽርቲ ቃል ከየለለዩ ኣብ ጎዱፍ ሓቅታት ተሸኺሎም ዘለዉ የጉህዩ ኢዮም። ከምኦም ምብዛሖም ድማ መገዲ ተስፋ ክቑረጽ እንታይ ተሪፉዎ? ፊደላት ምእራይን ፋሕ ዝበለ ቃላት ምሕፋስን ገዲፎም ብቓላት ዝተሃንጹ ጽባቐታትን ሓቅታትን ንምርኣይ ዘኽእሎም ትምህርቲ ኣብ ግዜና ይትኣታተዉ ዶኾን?”

-14-

ባሕታዊ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ኲይኑ ብጽምኢ ሓቂን ጽባቐን ንዝደቐቐ ሰብ ኣካላተይን መንፈሰይን ብሓጐስ ኢዩ ዝቕበሎ።

ቀዳማይ ግብሪ፡ ካልኣይ ምርኢት

(ኣላይ ኣብ መድረኽ ይርአ። ገጻ ዘይርአ ሚለና በቲ ምሉእ ድምጻ ንነፍሲ-ወከፍ ተመልካቲ ተዋስኦ ተስምዮ።) ኣላይ ኣቀያይሳ መድረኽ ኣብ ግዜ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ኢዩ መሊኹዎ። ደሓር ስራሐይ ኢሉ ሒዙዎ። ነታ ኣምህርዮም ትብል ናይ ትጃር ተዋስኦ ኣላይ ኢዩ መድረኽ ሃኒጹላ። ሕጂ መድረኽ እንድሕሪ ተባሂሉ ኣላይ ኢዩ ዝጽዋዕ። ምስ ኣላይ ሞያዊ ርክብ ኢዩ ዘሎና። ፍቕረይ ምስ ተዋስኦይ ኢዩ። ደድሕሪ ስነ-ጥበብ እየ ዝጎዩ ዘሎኹ። ናይ ብሓቂ ነብሰይ ኣብ ስነ-ጥበብ እየ ዝረኽባ። ንነብሰይ ንኽረኽባ ቁሩብ ጥራሕ ከም ዝተረፈኒ ከኣ ነብሰይ ይነግረኒ ኣሎ። ዘዝቐረብኩዎም ዓበይቲ ሰባት ንኣካላተይ ካብ ዘስተባህሉ ንመንፈሰይ እንተ ዝቋመቱ ምፈተኹ። መንፈስ ዘይውነን እናመሰሎም ድዮም? ኣካላትከ ይውነንዶ? መብዛሕትኦም ሰብ ሕቡእ ኢንታታት ኢዮም። እቲ ኢንታኦም ናብ ፍርሓት ብዝተቐየረ ደንቀሮ ጨንገር ተገሪፉ ስለ ዝተሃሰየ ምሉእ መልክዕ ሓቂ ንኽርእዩ ይጽገሙ።

(ቁሩብ ሰሓቕ ወሲኻ) ኣብታ ኣምህርዮም ትብል ናይ ትጃር ተዋስኦ ሓንቲ ቍርሶ እየ ተጻዊተ። እቲ ዝዓበየ ናይ ኑራ ክፋል ካልእ ተዋሳኢት ኢያ ተጻዊታቶ። ኣየ! ክንደይ እየ ዝቐናእኩላ? ንተዋስኦ እሃርፎ'የ። እታ ከም ኑራ ኲይና ክትጻወት ዕድል ዝረኸበት ጽብቕቲ መንእሰይ ሕጂ ንኻልእ ዓባይን ብልጽቲን ብትጃር ዝተደርሰት ተዋስኦ ቀዳማይ እጃም ክትጻወት ተወሲኑ ነይሩ። ቈልዓ ግን ዓዳ ገዲፉ ኣብ ሓንቲ ምዕራባዊት ሃገር ናይ

ገዛ ሸቃሊት ኲይና ትሰርሕ ኣላ ይብሉዋ። ሕጂ ሓንቲ ኣረጊት ኤውሮጳዊት ኢያ ኣላዪት ህይወታ። ካብ ድፋዕ ንዕረፍቲ ምስ ኣፍቀደት ኪዳን ኣፍሪሳ ብእኡ ገይራ ጠሊማ። ወለዳ ዕብየት ተዋሳኢት ኣይፈለጡን። ምሁራት ኣይኰኑን። ካብ ወለዶምን ካብ ከባቢ መዕበያኦምን ዘይሕሹ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኣሕዋታ ናብ ናብራ ግዙኣት ይጎቱዋ ከም ዝነበሩ ኣይፈለጡን ነይሮም። ወለዳ ኣብ ተዋስኦ ዘየርኢ ዓለም ኢዮም ዝነብሩ። ዕቤት ናይ ከዳሚት ገዛ ግን ከም ሰቦም፡ ማለት ከም መብዛሕትኦም ወለዲ ኣዳዕዲያም ይፈልጡ ኢዮም። እታ ፍቕሪ ጸሓፋይ እትብል ናይ ትጃር ተዋስኦ ናብ መድረኽ ክትቀርብ ምስ ተወሰነት እቲ ቀዳማይ እጃም፡ ዕድመ ንዛዳሚት፡ ንዓይ ክውሃብ ተመዲቡ ከም ዘሎ ትጃር ባዕሉ ኣበሲሩኒ።

(ናህሪ ድምጻ ዝግ እናበለት) ንኣላይ ሽው እየ ተላልየዮ እምበር ሕጹየይ ኣይኰነን። መልክዕ ከም ዘሎዎ ሰብ'ኳ እንተ መስከረሉ ንዓይ ዝስሕብ ዓይነት ባህጊ መልክዕ ኣይውንን ኢዩ። ቁመት ኢልካ፡ ደርጊ ስኒ ወይ ሽወንወን ከም መልክዕ ኣይቆጽሮን። ሓጓብ ይኹን ሓርፋፍ ወይ ክርንዲሉ ኣየገድሰንን። ኣእሙሮ ሰብ ኢዩ ዘጸልለኒ። ለባም መስተውዓሊ እየ ዝፈቱ። ባሕታዊ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ኲይኑ ብጽምኢ ሓቂን ጽባቐን ንዝደቐቐ ሰብ ኣካላተይን መንፈሰይን ብሓጉስ ኢዩ ዝቕበሎ። ርግጽ ኣላይ ናይ መድረኽ መፋልጥተይ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን ምስ ኣላይ ይኹን ምስ ካልእ ዝኣስረኒ ገመድ የለን። ፍቕሪ እሞ ዘይሕሰብ ኢዩ። ዓለመይ ተዋስኦ ኢዩ። ናጽነትን ትርጕምን ህይወተይ ኣብ ተዋስኦ እየ ረኺበዮ። ማንም ወዲ-ተባዕታይ ከሕድገኒ ኣይክእልን ኢዩ። ክምንጥለኒ ዝኽእል ሓይሊ የለን።

(ቁጥዓ እናወሰኸት) ኩሉ ሰብኣይ እየ በሃላይ ዘንጠልጠለ እንተ ኣንጠልጠለ ካብ መገሻ ስነ-ጥበበይ ንኽታርፈኒ ዕድል ዝህብ ሰብ ኣይኰንኩን። ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ኢሉ ጽሒፉ ፈላስፋ ህንዲ። ናብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብ እየ ዝነቅል ዘሎኹ። ሕሰቡዎ'ሞ! ሓደ ቀደም ዝፈልጠኒ ካብ ኣመሪካ ወረቐትን ስእሊን ሰዲዱለይ። ኣብቲ ወረቐቱ በታ ውስንቲ ዓቕሚ ፍልጠቱ ናብኡ ንኽስሕበኒ ዘኽእል ጉርሒ ከም ዘሎዎ ገሊጹለይ። እታ ዝሰደደለይ ስእሊ ጠቒሰ እንታይ'ለ መሊሰሉ ይመስለኩም? “ኣብቲ ዝዓበየ መድርኽ እቲ ዓዲ ቀንዲ ተዋስኣዊ ተራ እናተጻወትካ እንከሎኻ ዘርኢ ስእሊ እንተ ሰዲድካለይ ነፈረ ናባኻ ክመጽእ

እየ። ስራሕካ ነቲ ኣዳራሽ ተዋስኦ ምኹስታር ካብ ኰነ ግን ኣብ ናይ ዓደይ ተዋስኣዊ መድረኽ ኰይነ ከልቅሰልካ እየ። ኣካላተይ እንተ ርኣኻ መንፈሰይ ዝርኣኻ ከይመስለካ፡” ኢለዮ ይብለኩም።

(ዘረባ ኣመቂራ) ብግዜ ወራር ካብ ግንባር ከታርፉኒ ዝደለዩ ሓይልታት ነይሮም። ቡን ናብ ምፍላሕ ክውስኑኒ ዝሃቀኑ ጃጀውቲ'ውን ነይሮም። ኣነ ግን ኣብ ግንባር ውዒለ። ሽዑ እንድየ ምስ ኣዛሚት ዝተፋለጥኩ። ኣዛሚት ተወጊኣ ምስ ርኣኹዋ ቀኒአ። ቁስላ ምሳሕ ጻጸ ኢያ ነይራ። ግን ቀኒአ። እታ ፍሕጣረ ብረት ኣብ ሰለፋ ከም ባህርያዊ ብሮት ወይ ከም ጥበባዊ ውቃጦ ኰይና። እታ ሓዳስ ህራም ምስታ ኣብ ቀዳማይ ቃልሲ ሓርነት ዘጥረየታ ብሮት ተዳሪጋ። ኣብ ክልተ ኣስላፉ ክልተኤን መውጋእቲ ተመሳሳሊ ሰፈር፡ ቅርጺን ሕብሪን ሒዘን መልክዕ ግርማ መጎስ ኰይነናላ። ዘይትኸድኖ፡ ዘይትሸፍኖ ዝብሉ ጋህዲ ብርሃን ሓቂ ዝደጉሖም ጠምባራት ኣሎዉ። ንሕና ግን ቅልዕዮ ኣስላፍኪ! ኣርእይና ጽባቐ ብሮታትኪ፡ ብልሓት ውቃጦታትኪ፡ ትእምርቲ ታሪኽ በሰላታትኪ ኢና ንብላ። ሓጺር ስረ ግበሪ! ስየታት ኣዕኑድ መሓውርኪ ብዘይዛመዱኺ ኣልባሳት ሽፊንኪ ካብ ዓይኒ ተመነይቲ ኣይትሕብኢ! ኢና ንብላ።

(ጽንሕ ኢላ ብምስጢር ምስ ዝተሰወረ ፍጥረት ትዛረብ ዘላ ብምምሳል) ኣነ ድማ ተዓጢቐ ኣብ ግንባር ስነ-ጥበብ ክውዕል እየ! ብኵናት ስነ-ጥበብ ክውጋእ እየ! ብሞት ናብ መዓሙቕ ፍልጠት ጠሊቐ ሓቂ ምስ ዓተርኩ ክትስእ እየ! ደሓር ብተዋስኦይ ህይወት ከዕምር እየ! ታሪኽ ሃገረይ ድማ ብድምጺ ተዋስኦይ ናብ ዓለማት ከዕርግ እየ!

(ቁሩብ ኣዕርፍ ኣቢላ ብሓድሽ ሓይሊ) ርኣዩዎ'ሞ! ኣላይ ነቲ ክትርእዩዎ ዝጸናሕኩም ናይ ሓቂ ጎዱፍ የተዓራርዮ ኣሎ። ምናልባት መሓመድ እድሪስን ሓቂን ገጽ ንገጽ ዝርኣዩሉ ህሞት ክኸውን ይኽእል ተባሂሉ'ዩ፡ እቲ ተዋስኦ ብናይ ኩልና ሕብረት ተቐዪሱ ዘሎ። ምስ ሓቂ ጥምጥም ቃልሲ ንምግጣም ግን ሓቂ ምልላይ ከድሊ ይኸውን። እዚ ተዋስኦ ብወፍሪ ኢዩ ተሰሪሑ። ኩልና ከም ሓደ፡ ሓደ ድማ ከም ኵሉ ኴንና ኣወሃሂድናዮ።

* * *

(ኣላይ ኣብቲ ናይ ሓቂ ጎዱፍ ብርግኣት እናተዛወረ ድንን ቅንዕ ክብል ይርአ። ካብ ሓደ ዓቢ ከፈር ኣዕጽምቲ እንስሳታት እናውጽአ

ኣብ ወሳኒ ዝበሎም ቦታታት ከም ዝርኣዩ ገይሩ የንብር። ካብ ካልእ ዕብይ ዝበለ ከፈር መሸከል ሰብ በብሓደ የውጽእ'ሞ፡ ካብ ካልእ ከፈር ድማ ነዋሕቲ ኣባትር እናመሸተ ሓሓሊፉ ይሸክል። ጽንሕ ኢሉ ኣብ ርእሲ'ቶም ዝተሸኽሉ ኣባትር ሓሓደ መሸከል ሰብ ይሰኩዕ። ካብ ካልእ ከፈር ዝኣረገ ኣጫርቕ፡ ካብ ካልኣት ድማ ንጕሓፍ ዝበቕዑ ዝተፈላለዩ ነገራት ናብቲ ግራት ጕሓፍ ሓቂ ከደራቢ ይርአ። ካብ ንእሽቶ ከረጺት ብኢዱ ሓሙኽሽቲ እናቖንጠረ ኣብ ገገሊኡ መኣዝናት ግራት ጎድፍ ይዘሩ። መሊሱ ቆንጢሩ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተዘርጊሑ ዝነበረ መሓመድ እድሪስ ይንስንስ።)

(ሕብእቲ ሚለና ብድምጻ ንእኩባት ጉባኤ ተዋስኦ ተዛኒ፡ ትመክርን ትትርኽን።)

(ሚለና ጸውጽዋይ ህይወት ብጽሩይ ቃና እናቐጸለት) ሕጂ መድረኽ ዳርጋ ተቐራሪቡ ኢዩ። ሕጂ ኣብ መድረኽ ዓራርቦ ጸሓይ ኢዩ ነጊሱ ዝርኣየኩም ዘሎ። እቲ ግዜ ካብ ቀትሪ ናብ ዓራርቦ ተቐይሩ ኣሎ። ደይ-መደይ ኢልካ ኢዩ ኣጋ-ግዜ ተመሪጹ። መብዛሕትኡ ግዜ ጸልማት ንብርሃን ክዕብልል ምስ ኣንቀደ ኢዩ ሰብ ንሓቂ ዝደልያ። ወዲ-ሰብ ዕድል ዝብሃል ኩሉ ምስ ተጸንቀቐ፡ ጥዑም ጥዑም ከይተባህለ ግዜ ምስ ሓለፈ'ዩ መቐረት ሓቂ ዝግሃደሉ። መሓመድ እድሪስን ሓቅን ገጽ ንገጽ ክጋጠሙ ድዮም? እንታይ ክብሃሃሉ ይኾኑ? ባዕልኹም ርኣዩዎ። ኣነ ሕጂ ኣይነግረኩምን እየ። ነብስኹም መርምሩ እናበልኩ ከለብመኩም ዘኽእል ሓይሊ ንኽጥሪ እምነ። ስነ-ጥበብ ብፍቕሪ ኢዩ ህይወት ዝረክብ። የፍቅረኩም እየ ደቂ ዓደይ። ካብ ህይወት ሓቂ ርሒቕኩም ኣብ ቀልቀል ሞት ክርእየኩም ብኽያት ይስዕረኒ። ኣብ ውሽጢ ሓሳባትኩምን ኣብ ከባቢ ናብራኹምን ዝገርገሩ ጸላእቲ ሓሶት ኣንጊሶምልኩምስ ንስንኩል እምነቶም ክትምህለሉ እርኢ ኣሎኹ። ንሃደምቲ ጅግና ክትብሉ ጀሚርኩም። ንውሉድኹም ደሞዝ ጻማ ሓጢኣት ከም ዝቕበል ምግባር ለሚድኩም። ደቂኹም ካብ ሜዳ ተኽእሎታት ናብ ሜዳ ሞት ምስዳድ ኣመል ጌርኩሞ። ኣብ ወሽጢ ትካላት መንግስቲ ይኹን ኣብ ብሕቲ ብምምራሕ ኰነ ብምስራሕ ዘሎኩም ራኢ ሃገር ስሒትኩም ውራይ ትሑት ፍትወትኩም ከይዓጅበኩም እፈርሕ። ነቲ መሬትን ባሕሪን ንኽዛምድ ተበጊሱ ዘሎ ባህጊ ህዝቢ ከተናሽዉ ትስምዑ ኣሎኹም። ሓቂኹም ካብ ኣፍንጫኹም ዘይርሕቕ ገንዘብ ጥራሕ ከይከውን እሰግእ።

ምንሻው ኣይተብዝሑ! ነብሰ-ምንሻው ወይ ናሽዋ እንታይ ይዓብስ? ነታ ነዚ ብዓንቀጽነቱ ጥራሕ ዝፍለጥ ዝነበረ ግሲ ምንሻው ናብ ቅጽል፡ ናብ ምስጢራዊ ስም፡ ናብ መስተፋኽር ወዘተ. ክትዝርግሕ ላሕ ትብል ዘላ ተመራማሪት ሃገርና ንሕሰበላ። ብናታ ጻዕሪን ድኻምን ሕጂ ነሽወ፡ ንሽውና፡ ነሻው፡ ንሽው፡ ንሽውቲ፡ ንሹዋት፡ ተናሽውቲ፡ ወይ መናሽውቲ፡ መናሾ፡ መናሽውቲ፡ መናሽዊት፡ መናሽዊ፡ ንሾ፡ ነሾ፡ ወዘተ. እናበልና ንነብስና ብስነ-ኣእሙራዊ ሜላ ክንፍውስ ከም ንኽእል ሓጊዛትና ኣላ። እዚ ማለት ከኣ ነብሶም ዘየናሽዉ ክውሕዱልና እንከሎዉ ንዓና ዘናሹ ዘበለ ድማ መእተዊ ክስእን ኢዩ።

ነዚ ተዋስኦ ትርእዩዎ ዘሎኹም ተዓዘብቲ፡ ተመልከትቲን ተሳተፍቲን ስለ ዝኾንኩም ካብ መሓመድ እድሪስ ኣይትፍለዩን ኢኹም። ንሱ ከም ተዋስኣይ መስትያትኩም'ዩ። ንስኻትኩም እኮ'ዩ። ፈሊጥኩም'ዶ ኣሎኹም? ሓቂ ክደሊ'ኮ ኢዩ ኣብ ቅድሜኹም ሰጣሕ ኢሉ ዘሎ። ንስኻትኩም'ውን ደለይቲ ሓቂ ኢኹም። ሓቂኹም ሰሪቕም ሓቢኦምልኩም ዘለዉ ርኸቡዎም። ከም መሓመድ እድሪስ ሓቂ ንኽትረኽቡ ጻዓሩ። ሓቂ'ኮ ኣብ ሓደ ጽፍሒ ኣይኰነን ሰፊሩ። ንላዕሊ ዝቐመቶም ቀጸላታት ሓቂ ኣለዉ። ንኹሎም ኣዛምዱዎም። ጸላኢ ግን እቲ ኣብ ቀዳማይ ጽፍዒ፡ ኣብ ቀዳማይ ቀጸላ ዝነጠበ ሓቂ ጥራሕ ኢዩ ከም እትርእዩ ዝገብረኩም። ተዋስኦ'ኮ መስትያት ኢዩ። ትጃር ከም ዝብሎ ኣብቲ ተዋስኦ በዓቲ ሕልናኹም ክትርእዩ ኢኹም። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ውሽጢና ዝሰረተ መጋርጃ ድንቁርና ካብ ብርሃን ሓቂን ጽባቐን ይፈላልየና ኣሎ። ተዋስኦ ነቲ መጋረጃ ንምትርባዕ ክሕግዘኩም ኢዩ። ነቲ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ድንቁርና ምስ ርኣኹም ምስ ሓቂ ተዓሪቕኩም ሓድሽ ብርሃን ህይወት ክትርእዩ ኢኹም። ከም ኣብ ፈለጥና ዘሎ ድንቁርና ዝሽፍእ የለን ኢዮም ዝብሉ በዓል ፈላስፉ ህንዲ። ንዓይ'ሞ ተዋስኦ ናይ ውሽጠይ መስትያት ኢዩ። ክዓዮ እንከሎኹ እፍወስን እሓዊን። ከም መስትያቱ ኰይኑ ድማ ንሰብ ገጹን ግብሩን እናርኣኹ ካብ ነብሱ ከም ዝድሕን ክገብሮ እጽዕር።

(ድምጻ ኣዚያ ብምቕያር ኣብ መድረኽ ብኾናዕናዕ ግርማ እናዞረት) ንመሓመድ እድሪስ ርኣዩዎ። ሓፍ ንምባል ክጸዓር እንከሎ ርኣዩዎ። ካብ ደረጃ ጻዕረ ሞት ክትንስእ ይቃለስ ኣሎ። ይዕወት'ዶ ትብሉ? ቡቕሊ ሓቂ ኣብ ጭቃ ስቓይ ተለልዩ ራግጽ

ንዕቀት ምስ ኣሕለፈ'ዩ ፍረ-ህይወት ዝህብ። ኣነ ዳርጋ ከም ስነ-ጥበብ ኢዩ ምበልኩ። ጽራይ ስነ-ጥበብ ካብ ዱቋ ስቓይ ጸሊሉ ኢዩ ንመስተ ዝበቅዕ።

(ክምስ እናበለት) ሕጂስ ዓይኒ ንዓይኒ ንርአአ ኣሎና። ቅድም ብድምጺ ጥራይ ነይሩ። እናተርኣኣኻ ይሓይሽ መስለኒ። ኣብዚ መራሕቲ ተዋስኦ እንተሊኹም ድምጺን ምርኢትን ከተዋሃህዱ ትኽእሉ ኢኹም። ግንከ! ነቲ ክቡር ጽራይ ዛንታ ዓዲኹም ብዘይትፈልጡዎ ድምጽታትን ሙዚቃታትን ከነሰኒ ኢልኩም ከይተባህርሩዎ ተጠንቀቑ። ጕሓፍ ሙዚቃ ናብ እዝኒ ተመልከትቲ ኣይትደርብዩ። እቶም ዓበይቲ ደረስቲ ሙዚቃ ዝመዝገቡዎ፡ እቶም ዓበይቲ ፈለጥቲ ሙዚቃ ዝዓቀቡዎ ክቡር ናይ ዓለም ሃብቲ ኢዩ። ኣብ ዘይመዓልኡ ኣይተውዕሉዎ። ናይ ገዛእ-ርእሱ ታሪኽ ንኸዘንቶ ዝተፈጠረ ስነ-ጥበባዊ ሃብቲ ምኳኑ ኣይትረስዑ። ምስ ነብሲኹም ክትዕረቑ ምስ ሙዚቃኹም ተዓረቑ። ብዝተረፈ ድማ ነዚ ተዋስኦ ከነርኢ ትብሉ እንተ ኬንኩም ነናትኩም ምህዞ ጌርኩም ምርሑዎ። ንሕና ቅዋም መድረኽ ኣይተኸልናን።

(ናብ ግንባር መድረኽ እናቐረበት) ንዓኻትኩም ዘይርኣዩኹም ኣብ ድሕሪ መድረኽን መጋርጃን ኰይኖም ንተዋሳእቲ ብምኽሪ ዝሕግዙ ኣሎዉና። ቀንዲ ስራሖም ክእለት ዝኽሪ ተዋሳእቲ ሃሲሱ ወይ ጎዲሙ ነቲ ብጽሑፍ ዝተዋህቦም ብቓሎም ክደግሙ እንክሎዉ መስመር ብምስጋር ኰነ ፍረ ቃላት ብምዝንጋዕ ጌጋ ንኸይገብሩ ምሕጋዝ ኢዩ። ንመሓመድ እድሪስ ንምሕጋዝ ብዓቢኡ ትጃር ኣሎ። በዓል ባህታ፡ ሱሌማን፡ ፈላስፋ ህንዲ፡ ኣዛሚት፡ ዓወትን ኣነን ከኣ ኣሎና። እንተ ኣድልዩ ካባኻትኩም ካብ ተዓዘብቲ ካብ ኩርሲኹም ጸዊዕና ብድሕሪ ደጀን ይኹን ብግንባር መድረኽ ኬንኩም ከም ትሕግዙ ክንገብር ኢና። ካልእ ይትረፍ ኣብ ሕምብርቲ መድረኽ ኬንኩም ተራኹም ከም ትጻወቱ ክንገብር ተዳሊና ኣሎና። ኣብ መንጎ መድረኽን ኩርሲን ዝነበረ ፍልልይ ናይ ጥንቲ ታሪኽ ኰይኑ ኢዩ ዝርኣየና። ሕጂ ኩሉ ሓደ ኢዩ። እዚ ንምግባር ግን እልፊ ኣእላፋት መዳርኽ ሃኒጽና ኣብ ምሉእ ሃገር ክንዝርግሕ ኣሎና። እዚ ኩሉ ስነ-ጥበባዊ ፍረ ኣብ ሓንቲ ጉድጓድ መድረኽ ክንቀብሮ ክንብል ታሪኽ ከይስሕቀና።

-15-

ሓቂ ተቐራሪሱና! ተረፋቲቱና! ተጠሓሒኑና! ተበታቲኑና! መን'ዩ ዝእክቦ? ለዊሱ ቅርጺ ዝህቦ? ኣኻኺቡ ዘመላኽዖ? ህይወት ዝህቦ?

ቀዳማይ ግብሪ፡ ሳልሳይ ምርኢት

ኣጋ-ግዜ። ኣብ ጎደቦ መድረኽ ኣብ ምስንባት ዘላ ዝሕልቲ ጸሓይ ንተዓዘብቲ ተዋስኦ ቀዛሕ ትብሎም። ናይ መወዳእታ ባናታታ ኣብ ልዕሊ ጎዱፍ ስለ ዘንበረት ትሕዝቶ ጎዱፍ ንተዓዘብቲ ግሁድ ይኸውን። እቶም ኣብ ቀጠንቲ ኣባትር ዝተሰኽዑ መሸከል ሰብ ጻዕዳ ምኳን ሓሊፉዎምስ ብሩራዊ ብርሃን የንጸባርቑ። መሓመድ እድሪስ ክትስእ ክብል ዝገብሮ ድምጺ ይስማዕ። ደሮና እናቦኸኸ ነቲ ዝወደቐሉ ከባቢ ይዕብልሎ። ደሮና እናዓበየን እናጸዓቐን ካብ መድረኽ ንላዕሊ ይዓርግ። ብዕምብረ ደሮና ስለ ዝተሸድነ፡ መሓመድ እድሪስ ይተስእ፡ ይንበርከኽ፡ ተዓዛቢ ብዘይ ምፍላጡ ይጭነቕ። ጽንሕ ኢሉ ናቓ ብርቱዕ ንፋስ ይስማዕ። ካብ ድሕሪ መድረኽ ናብ ግንባር ዝኣንፈቱ ሓደ ቀጢን ዘራጊቶ ብነድሪ ክግስግስ እንከሎ ይርአ። እናተሓንበበ ኣርኪቡ ከኣ ነቲ ጎቦ ኲይኑ ዝነበረ እካብ ደሮና በቲኑ ይጠፍእ። ካብኡ መሓመድ እድሪስ ይርአ። ቁሩብ በኾኽታ ደሮና ከም ካብ ፍሕም ዝብል ኩቦ ክተክኽ እንከሎ ተዓዛባይ የስተባህል። ቀስ ብቐስ ግን መሓመድ እድሪስ ኣብ ክዳኑን ጫማኡን ዝነበረ ደሮና እናነገፈ ጸርዩ ይርአ። ናይ ቀደም ፍሽኽታኡ'ውን ይምለስ። ድኻም ከም ዘሎዎ ግን ክሓብኦ ኣይክኣለን።

(መሓመድ እድሪስ ኣብ መድረኽ ብናጻ እናተዛወረ፣ ብርሃን መድረኽ ንኹሉ ኣጸልሚቱ ኣብ መሓመድ እድሪስ እናዓለበ፣ በይኑ ኣብ ዝበሓቶ መድረኽ ከም ሃተፍተፍ)

ምህላው! ዘይምህላው! ሕቶይ ኣይኰነን። ሕቶ ሃምለት ኣይኰነን።

ምንባር ዘይምንባር ጸገመይ ኣይኰነን። ጸገም ስሩዓት ኢዩ።

ይሃሉ ኣይሃሉ ኣየገድሰንን። ትርጉም ምኺን ኢዩ ጸገምይ።

ሓቂ እየ ክርኢ ደልየ ዘሎኹ። ዋላ ንሓንሳብ ክርእያ እደልያ።

ኣብ ልዕሊ ጎዱፍ ሓቂ እንድየ ዘሎኹ!

(ይስሕቕ)

(ሰሓቕ ኣይዕገትን ይብሎ'ሞ ሰሓቕ ይቕጽል)

እዚ ግራት ሓቂ ሰብ ንብረት ኣቐዲሞም ዓጺዶሞ ዝኸዱ ኢዩ ዝመስል። እልፊ ካብ ደገ ዝተደርበየ ስብርባር ሓቅታት'ውን ይርአ። ኣነ እቐርም እየ ዘሎኹ። ከማይ ድኻ ሓቂ ደኣ እንታይ ክገብር ኢልኩሞ! ኣብ ጎዱፍ ሓቂ እናወዓልካ ሰይጣን ክጸፍዓካ'ዩ እናበሉ የፈራርሑኒ ኣሎዉ። ብግዳም ጥዑያት ዝመስሉ ሰባት ሓቂ ደሊኻ ኢሎም ይስሕቁኒ ኣሎዉ። ሓቆም እንተኾኑ እንታይ ይፍለጥ? (ንዝመጸ ሓያል ሰሓቕ ንምዕጋት ክቃለስ እንከሎ ተዓዘብቲ ይገጥሙዎ።)

(ናብ መድረኽ ገጹ እናጠመተ) እቶም ሃብቲ እናመሰሎም ኩሉ ዓይነት ሓቂ ዝእከቡ የደንግጹኒ። ጥዑይ መመመዪ መንፈት የብሎምን።

መለሳ ዘሎዎ መሲሉኒ ኣነ'ውን ከምኡ እገብር ነይረ። ኩሉ ምስ ተኣከበ ግን ኣዕበድቢዱኒ። ሓቂ ኣብ ስነ-ጥበባዊ ዓረብያ ጥራይ ኢያ ሐራይ ኢላ እንተ ተሰቕለት። እንተ ደየበት ወይ እንተ ተሳፈረት ማለተይ ኢዩ። ኣብ ምስቃል ካልእ ትርጉም ምድያብ ስለ ዘሎ እየ ፈሪሐ። እንተኾነ፡ ሰቕለት ሓቂ ንምርኣይ ኣይምኸፍኣንን። ግንከ! ዘይ ሕጂስ ንዕኡ እየ ዝርኢ ዘሎኹ። ሰቕለት ሓቂ!

ሕጂ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ክጽሕፍ ምስ ተበገስኩ ኢዩ እዚ ኩሉ ሓተታ ዝቕልቀለኒ ዘሎ።

ነይረ ነቲ ጀሚረዮ ዝነበርኩ ጽሑፍ ኣፋሪቐዮ እኮ'የ፣ ነቲ ዘመናዊ ታሪኽ ዝበልኩዎ መጽሓፍ።

ድሕሪ ኩናት፡ ግን ትርጉም ሓቂ መዛረብ ሰብ ኰይኑ። ናይተን ማዕቢልና ዝብላ ጸሓፍቲ ከም ዝብሉዎ ሓቂ እንድሕሪ ኰይኑስ፡

ድሕሪ ክፉእ እዋናት ኲናት ሓቂ ይድቀስ ኢዩ። ከም ደሮና ይብተን ኢዩ። ፋሕ-ብትን ይብል ኢዩ ክብሉስ ሓቆም እንድዮም። ዝሰኣሉዎ ይኹን ዝጸሓፉዎ ምትርትር ዝበለ ኢዩ። ስነ-ጥበባዊ ስራሓቶም ብምሉእ ኣረፍተ-ነገር ዝውሰን መልክዕ ሰብ ኰነ ነገራት ወይ ሓሳባት ኣየንጸባረቕን። ኩሉ ዝተጨማደደ፡ ዝተቖራርጸ፡ ዝተበታተኸ ኣካላት፡ ሓሳባትን ስምዒታትን ኰይኑ ኢዩ ዝግለጽ። ድቑስ ሓቂ ንምሕኩልቲ ፍልስፍና ስነ-ጥበብ ማእ ኢዩ ዘብሎ። ማዕረ በዚ ልምዱ ናይ መወትቲ ኣዒንቲ ክልለ ዝኽእል ሓቂ የለን ዝብሉ ስነ-ጥበበኛታት ደረስቲ ከም ዝኸሰቱ ኢዩ ዝገብር።

(ቁሩብ ኣዕርፍ ምስ ኣበለ ፍሽኽታኡ ከየጥፈአ)

ገሊኦም ስነ-ጥበበኛታት ብብህራረ ልቦናኦም፡ ብዕንደራ ሕልናኦም፡ ብጉያ ሓሳባቶም፡ ብህድማ ስምዒቶምን ዕብዳን ራኢኦምን ኢዮም ዝስእሉን ዝቕይሱን፡ ዝዋስኡን ዝገጥሙን፡ ዝሃንጹን ዝቐርጹን፡ ዝፍልሙን ዝደርሱን። እቶም ፈላስፋታት ድማ፡ “ትርጉም ናብራ እንታይ ኢዩ? እቲ ብድሕሪ ኲናት ዝወርድ እሞ ከኣ ብስነ-ቁጠባዊ ኣምር ዘይግለጽ መንፈሳዊ ቅልውላው፡ ጸበባ፡ ጭንቀትን ትርጉም ኣልቦነትን ንኽስርጽ ዘገድድ ናጽነት ኢዩ፡” ይብሉ። ብፍልስፍና ስነ-ጥበብ ከም ዝፍወስ ከኣ ይኣምኑ።

ህዝቢና ድማ ዘይሓሰቦ ኲናት ገጢሙዎ።

ትርጉም ስኢንሉ።

ሞት ደቁ ኣሕዚኑዎ

ትርጉም ሞት ጠፊኡዎ።

ሰላም ብሓሶት ክትዳነ እንከላ ተዓዚቡ ህዝቢ።

ትርጉም ስኢንሉ።

ኣይናይ ሓቂ ኣየናይ ሓሶት ምልላይ ስኢኑ።

ጸገም ስነ-ቁጠባ ዝመስሎም ኣሎዉ፣ ፍልስፍናዊ ፍወሳ ዝምነዩ ድማ ኣሎዉ።

(ክሳዕ ሕጂ ምኽንያቱ ዘይተፈልጠ ሰሓቕ እናቐደሞ)

ሰውራ ዝተወድአ ዝመስሎም በዚሖም። መዓስከ ተላዒሉዎ! እሞ ህድማ መልክዕ ሓየት ክኸውን?

ሓቂ ስነ-ጥበብ ትተኣለሽ! ኣብ ዓይኒ ታሪኽ ምእታው ኣብያ!

ብብህረራ ልቦና ትርአ! ብትሕተ-ውነ ትደረስ! ብዕብዳን ሓሳባት ትተሃደን!

ንዓይን ንብዙሓትን ግን ተሰዊራትና።

እቲ ክብርታት ንብሎ ዝነበርና በዓል እምነት፡ ትብዓት፡ ልግሲ፡ ድንጋጸ ትርጕሙ ሃሲሱ።

ሓቂ ተቖራሪሱና! ተረፉቲቱና! ተጠሓሒኑና! ተበታቲኑና!

መን'ዩ ዝእክቦ? መን ለዊሱ ቅርጺ ዝህቦ? ኣኻኺቡ ዘማላኽዮ? ህይወት ዝህቦ?

ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣይክኣልናን፡ ስነ-ጥበበኛታት ግን ይቃለሱዎ።

ግን ነቲ ረቂቕ ክስተት ከቲሮም ክፍውሱ ዝኽእሉ ይህሉዉ'ዶ?

እንድዒ!

ወይ ከምዞም ዘንበብኩዎም ሰባት ካብ ደረጃ ስነ-ፍልጠትን ፍልስፍናን ናብ ጎቦ ስነ-ጥበብ ሓኹሮም ንጭንቀት ሰብ ዘድሕን ብርሃን ዝኹልዑ?

እንድዒ!

ነቲ ኣብ ፎሮ ነይሩ ዝብሃል ሰማይ-ጠቀስ ኩራዝ ባሕሪ ከም ብሓድሽ ሃኒጾም ዝውልዑ መንእሰያት ከም ዝህልዉ ዝገብር ስነ-ፍልጠታዊ፡ ፍልስፍናዊን ስነ-ጥበባዊን ስራሕ ቀልጢፉ ይምጻእ እየ ዝብል።

እዞም ሓቂ ጥሒኖም ዝዘርዉ ንጎቦ ስነ-ጥበብ ምሓኾሩ'ዶ? እንድዒ! እንድዒ!

ማለት ቅልጡፍ ኣሰራርሓ ካይላ ውሕልነት'ዶ ንናብራኦም ምሰነቑ?

ማለት ነቲ ሓርጭ በጽብጹዎ፡ ኣቖምጥዑዎ፡ ልወሱዎ፡ ኣብኩዑዎ፣

ደሓር ንህይወት ብዘፍቅራ ኣጻብዕቲ፡

ብርህራሀ ህርመት ልቢ

ብብሩህ ራኢ

ማህዚ፡ ብባህጊ ፍትሒ፡

እቲ ተለዊሱ ዝበቑዐ ሓቂ

መልክዑ ይሓዝ ኣይትኀልብቡዎ! ቅርጹ ይዕጠቕ ግደፉዎ! ይለለ መንነቱ!

ሓቂ ጽባቐ ይኹን፡ ጽባቐ ድማ ሓቂ ይኹን! ክብሃል ድየ ሰሚዐ?

ወይስ ካብ ትምኒትኩም እየ ቀዲሐዮ?

(ንበይኑ ይስሕቕ)

* * *

ኣዛሚት መሓመድ እድሪስ እናበለት ትጭድር'ሞ ናብ መድረኽ ትኣቱ። እምብዛ ንላዕሊ ዝተሰብሰበ ሓጺር ቁምጣ ስረ ለቢሳ ነይራ። ኣብ ክልተ ኣስላፋ ዳርጋ ሓደ ዝዓይነተን ዝዕብየተንን ጸለምቲ ብሮት፡ ውቃጦ ወይ በሰላ ይርኣያ። ደይ-መደይ ተባሂሉ ነቲ ብሩህ ንፍሖ ብራና ኣስላፋታ ሕርጎ ቁመቱ ንምምልካት ተባሂሉ ዝተቐለመ ነጥቢ ይመስል።

ኣብቲ ግንባር መድረኽ፡ ሓደ ቀራጺ እየ ዝብል፡ ኣስላፍ ኣዛሚት ኢሉ ዝሰመዮ ሓውልቲ ንምጽራብ ዘገልግሎ ቅየሳዊ መዘክር ኣብ ሓደ ክንዲ ጋቢ ዝኣክል ጎርፋዕ ወረቐት ብዓቢ ርሳስ ክድብትር ይርአ። ዓው ኢሉ፡ "ንሕና ዕድል ጌርና እምበር ዣንዳርክ[3] ምልክት ትብዓታ ኣብ ሓደ ሰለፉ ጥራሕ ኢዩ ነይሩ። ኣዛሚትና ግን ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲን ኣብ ግዜ ምውሓስ ልኡላውነትን ዘጥረየቶ ኣብ ክልተ ኣስላፋ ምልክት ኩርዓትና ተሰሊሙ ኣሎ። ዓረ እየ ዝጥቀም ዘሎኹ። ኣብ ጸምጸም በረኻ ሃገርና ዝዓንበበ ዓረ። መንበር ዕረፍቲ ተባዓት ዝቐረጸ። እቲ ህዝቢ ባህ ምእንቲ ክብሎ ጥራሕ ናይ ኤርትራ ቨኑስ ደሚሎ ረኺብና ከም ዝብል'ውን ክገብሮ እየ። ኣዛሚት! ኣጆኺ ቅልዕዮ። ብመጋረጃ ቃልዓለም ካብ ራኢ ዓወትና ኣይትኸውልና። ኣስላፍኪ ብጽርበት ዝተቐርጸ ኢዩ ዝመስል። ነቲ ውቁብ ስየ ዓንድታት ኣካላትኪ ብስነ-ጥበበይ ዘለኣለማዊ ሃብቲና ክገብሮ እየ። ነተን ብሮት ኣግፍሕ ኣቢለ ኣብቲ ዓረ ክፍሕረን'የ። ከም ክፉት ሻምቡቆ ካብ ቅድሚት ንድሕሪት ክራኽበን እየ። ከመይ መሲልኩም! ኣብ ስነ-ቅርጺ ንግንባርን ዝባንን ዘራኽብ መስኮታዊ ሃዋህው እንተ ፈጢርካ እቲ ሓወልቲ ዝዓበየ ቦታ ይሕዝ። ምኽንያቱ ምስ መወዳእታ ዘይብሉ ሃዋህው ብምርኻብ ነቲ ሓወልቲ ልዕሊ ወሰንነት ቦታ ከም ዘሳፍሕ ገይሩ ይዝርግሖ።

እቲ ውሱን ዝነበረ ኣካል ንገዛእ-ርእሱ ሃዋህው ይኸውን። ኣዛሚት ድማ ወሰን መልክዕ ዘይብላ ህልውና ኤርትራ ክትኮነልና ኢያ፡" ኢሉ እንቅዓ ከተንፍስ እንከሎ ተዓዛባይ ድማ ምግራሙ ንምግላጽ እንቅዓ የተንፍስ። (ቀራጽ እምኒ ዓረ በብቑሩብ ብርሃን እናቐሃሞ ሃሲሱ ይስወር። ኣዛሚት ግን ብበሊሕ ብርሃን ህልውንኣ እናደመቐ ንተመልከቲ ይንጸር።)

* * *

(ኣዛሚት ናብ ህዝቢ ብምጥማት)

ሓደ መዓልቲ እቲ ዘፍቅሮ ዓቢ ኤርትራዊ ደራሲ ኣዝዩ ደኺምሙዎ ገዛ ኣትዩ። ኩነታቱ ስለ ዘይተበርሃኒ፡ "እንታይ ደኣልና ሎሚስ ዝደኸምና ንመስል፡" ኢለዮ።

"ግደፍዮ'ባ! ሎሚስ ናይ ብሓቂ እየ ደኺመ። ዝሰረሕኩዎ ነገር'ኳ ክንድዚ ዝብሃል ኣይነበረን፣ ግን ከምዚ ብዙሕ ዝሰረሕኩ ሓይለይ ጥልም ኣቢሉኒ፡" ኢሉኒ።

"ኣነ ከም ዘስተባህለልካ'ኮ ዘረባ ኢዩ ዘድክመካ። ስራሕኩም ዘረባ እንደኣሉ። ሓቀይዶ?" ኢለዮ ከስሕቖ ኢለ።

"እወ ሓቅኺ! ጸወታ ከይመስለኪ፣ ብርግጽ! ስራሕና ዘረባ ኢዩ ዝኸውን ዘሎ። ምስ በዓል ሱሌማን ሓቂ፡ ቃል፡ ሓበሬታን ገለ-መለን ክንብል ኢና ኣምሲና። ኣብዚ ሕጂ ሰብ ናይ ጥዕናኻ ይኹን ናይ ስሚዕትካ ሓቂ ኣይሓትትን ኢዩ። ብዛዕባ ስልዲ ሓቂ ኢዩ ዝግደስ፡" ኢሉኒ።

ኣነ ድማ ከምዚ ዋዛ፡ "እወ'ባደኣ! እንታይ ኢዩ ኣዳም ሓቂ፡ ግሉጽነት፡ ሓበሬታ እናበለ ዘረባ ጥራይ ኲይኑ ዘሎ? ሓቂ ሕጂ ድዩ ተወሊዱ? ምናዳ መሓመድ እድሪስ ታሪኽ ዘመናዊ ኤርትራ ክጽሕፍ እየ እናበለ ዝዛረቦ ዝሰኣነ ይመስለኒ። ሓቂ ክኣሪ ውዒለ! ሓቂ ተኸዊሉኒ! ታሪኽ ብሓቂ ኢዩ ዝጸሓፍ! ቁርጽራጽ ሓበሬታታት በዚሑ! ወዘተ. ክብል እንከሎ ከምዚ ሓቂ እግሪ ኣውጺኡ ክኸየኒ ዝኽእል መሲሉኒ። ባህታ በል ሱሌማን ሕልበት ብሓቂ በጽቢጽኪ ሃብኒ ከይብሉኒ እፈርሕ፡" ኢለ ከዘናግዮ ፈቲነ።

(ኣዛሚት ኣብ ጫፍ ግንባር መድረኽ ኲይና ንተዓዘብቲ ትርኢ. ትመስል ግን ናብ ርሑቕ እናማዕደወት ኣብ ገለ ባሕሪ ሓሳባት ትጠልቕ ከም ዘላ ዝሕብር ምልክታት ኣይከወለትን።)

"ስምዒ እስከ ኣዛሚት፡ ሓቂ እስከ ግለጽለይ። ሓቂ እንታይ ኢያ?"

ኢሉ ሓቲቱኒ እቲ ፍቕረይ እናበለት ንተዓዘብቲ ትነግሮም።

(ክምስ እናበለት ጀሚራ ደሓር ናብ ጥቓ ሕርቃን ብምቕራብ) ንምላሽ ሰጋእ ኣይበልኩን (ካብ ተመልከትቲ መተባብዒ እናተጸበየት ቁሩብ ልባ መሊሳ) "ሓቂ ናይ ውሽጢ ኢያ። ኣብ ግዳም ዝልበስ ሓቂ ዘሎ ኣይመስለንን። ሰብ ሓቂ ሓቂ ዝብል ግዳማዊ መልክዕ ብምርኣይ ኢዩ። ውሽጢኻ ዝኣቱ ሰብ የሎን። ብዛዕባ ውግእ ክዛረቡ፡ ክጽሕፉ ንዕዘብ ኣሎና፡ ሓቂ ኲናት ዝፈልጥ ግን ኣይርኣናን። ኣብ ኲናት ዘይወዓለስ በሊሕ ተባሂሉ እንድዩ ቀደም! ሓቂ እቲ ዝፈልጣ ኢዩ ዘለልያ። ሰብ ጥራሕካ ይርእየካ ኢዩ፣ ሓቂኻ ግን ኣይርእዮን ኢዩ፡ ግን ዝፈልጦ ይመስሎ። ሓቂ ኣብ ውርዝው ቃላት የላን፣ ኣብ ውግእ፡ ኣብ ጥሜት፡ ኣብ ፍቕሪ ዘላ ሓቂ፡ ኣበይ'ሞ ክብለካ እየ! ኩሉ ግዜ ምስ ኣስክሕት ኢያ። ሓቂ ኣብ ናፍቖትን ኣብ ትምኒትን ኣላ። ብዓቕመይ ንሓቂ ዝፈልጣ ኢዩ ዝመስለኒ። ሓቂ ኣብዞም ፈለጥና፡ ተመሃርና፡ በለጽና ዝብሉ የላን፣ ሓቂ ንፈልጥ ኢና ኢሎም ብዛዕባ ኩሉ ክዛረቡ ይስምዑ ኢዮም፣ ሓቂ ስደተኛ፡ ተጋዳላይ፡ መንእሰይ፡ ወዘተ. ግን ኣይፈልጡን ኢዮም። ሓቂ ጓል-ኣንስተይቲ እሞ ዝፈልጥ ኣይርኣኹን። ሓቂ ኣብ ሓፋሽ ተደርቢያ ዘልዕላ ዝሰኣነት ምስኪን ኢያ። እቲ ሓፋሽ እውን ይምነያ ደኣ'ምበር ኣብ ታሪኹ ገጽ ንገጽ ገጢማቶ ኣይትፈልጥን። እቶም ፈለጥና ዝብሉ ስለ ዝፍንፍኑዋ ኣየልዕሉዋን፣ ኣብ ክንደኣ ግን ሓቂ ኢሎም ካብ ጎዱፍ ሓቂ ካልኦት ዝደርበዮዎ ስብርባር ሓቅታት ክኣርዩ ይርኣዩ። ንዘይኲነሎም ከኣ ሓንካስ ሓቂ ክፈጥሩ ላሕ ይብሉ። ናቶም ዘይፈለጡስ ብዛዕባ ናይቲ ጽሩይ ማይ ዝተሓረሞ ህዝቢ ሓቂ ይዛረቡ። ናተይ ሓቂ ንስኻ ኣይርኣኻያን፡ ካልኦት ኣይርኣዩዋን፡ ዓወት ጓለይ'ውን ኣይርኣየታን፣ ኣነ ጥራሕ ኢየ ዝፈልጣ። ብዛዕባ ናተይን ከማይን ሓቅታት ግን ኵሉ ይጽሕፍ፡ ኩሉ ይዛረብ ኣሎ። ኣነ ድማ ኪርኪር እናበልኩ ይስሕቕ፡" ኢለዮ ንጸሓፊና።

* * *

(ካብ መወዳእታ ጫፍ ድሕሪ መድረኽ ድምጺ ፈላስፋ ህንዲ ይስማዕ)

ሓቂ እቲ ብርሃን ራኢና ኢዩ። ሓቂ እቶም ናብ ራኢና ዘብጽሑና መገድታት ኢዮም። ሓቂ ሕልሚና ኢዩ። ሓቂ እቶም ንሕልሚና ዘግህዱ ጻዕርታት ኢዮም። ካልእ ሓቂ ዋጋ የብሉን። ሓሶት ድማ እቲ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ብርሃን ራኢናን ዝተገተረ ርኹስ

መጋርጃ። ሓሶት ውሉድ ድንቁርና ኢዩ። ሃብታም ይኹን ድኻ ደንቆሮ እንድሕሪ ኰይኑ ንሓቂ ክርእያ ኣይክእልን። ሓሶት ብግብሪ ይኹን ብሓሳባት ናብ ራኢና ከይንበጽሕ ዘደንጉየና ጸላኢ ኢዩ። ዓቢ ገዲፍና ንእሽቶ ከም ንርኢ ዝገብሩና ዘሎዉ ጸላእቲና ኢዮም። እቶም መደንጎይቲ ኣእሙሮ የብሎምን። ቀኒዖም ክንዲ ዝስጉሙ ድንን ድንን የብዝሑ። ሓይሊ ናብ መገዲ ዓወት ክህንደድ እንከሎ ምስኡ ክንዲ ዝስጉሙ ዘርጠብጠብ ኢሉ ንዝወደቐ ንብረትን ባዕሎም ንዝመንዝዑዎ ርስሓት ስልጣንን ናብራን ንኽልዕሉ ይደኑ። ንኹሉ ብዋጋ ዕዳጋን መኽሰብ ሸቐጥን ክጥምቱዎ ይፍትኑ። ነቲ ልዕሊ ንብረት ዝኾነ ረቂቕ ሓሳባት ጽባቐን ሓቂን ዘርኢ ዓይኒ የብሎምን። ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጉዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ኣብ ዝብል መጽሓፊይ ኣስፊሐ ገሊጸዮ ኣሎኹ።

* * *

(ክዳን መሓመድ እድሪስ እናጸረየ ገጹ ድማ ወዙ እናመለሰ ከም ዝተምሓየሸ፡ ተመልከትቲ ይዕዘቡ። ናብ ሕምብርቲ መድረኽ ይቐርብ'ሞ ብርሃን መድረኽ ይዓስሎ። ባህታን ሱሌማንን ናብኡ ይቐርቡ።)

"ብዛዕባ ሓቂ ሓደ ደራሲ ዓርከይ ክብል ዝሰማዕኩዎ ክነግረኩም፡" ኢሉ ዘረባ ጀሚሩ። (ሩፍታ ተሰሚዑዎ ናብ ተመልከትቲ ብምቕራብ።)

ኣነ ካብ ውሽጠይ ተበጊሰ ኣጋውላ ህርመት ከበሮ ልቢ ኤርትራውያን ካብ ምድማጽ እየ ሓቅታት ክእክብ ዝደሊ። ኤርትራውያን ምስ ኣማልኽቶም ከዋግዑ እንከሎዉ ኩሉ ግዜ እዝነይ እጸሉ። ህልውናኡ ክቕዝፍ ዝመጽአ ናይ ድንቁርና ወራር ንሕልሙ፡ ባህጉን ተስፋኡን ብናይ ቅብጸት ደመና ክሽፍኖ ክጽዕር እንከሎ እቲ ኤርትራዊ ድማ "ሰማየይ ዝሸፍን ሃብቲ የብልካን፣ ሕልመይ፡ ባህገይ፡ ተስፋይ ዝቕይድ ሓይሊ የብልካን፣ መሲሉካ ደኣ'ምበር ኣሎና! እወ ኣሎና" ክብል እንከሎ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓቂ ትኽ ኢሉ ናብ ዝደለዮ ምዕራፋት መጽሓፈይ መሪጹ ክጽንበር ዝኽእል ኢዩ። ናይ መጽሓፈይ ሓቅታት ናይ ውሽጢ ኢዩ። ጋዜጣዊ ሓቅታት ምስቲ ክፈጥሮ ዝጽዕር ዘሎኹ ዛንታ ኣይተወሃሃደለይን። እቶም ዝጽሕፉ'ውን ኰነ-ተገብረ እምበር ፍልስፍናዊ ጥልቀት ዘይብሎም ምዃኖም ተረዲኡኒ። ካብ ውህደት ሓቅታት ዝባሕተወ ሓበሬታ ካብ መንበረ መጎሱ ነጺሎም ምስ ዘይመኻይዱ ሓበሬታታት

ናብ ስደት ይዳርጉዎ። ስለዝኾነ ሓበሬታዊ ሓቆም ምስ ስርሒት ፈጠራ መጽሓፈይ ኣይሳነን። ምኽንያቱ፡ ኣነ ዝኣምኖ ስነ-ጥበባዊ ሓቂ ንስምዒት'ውን የምልኽ ኢዩ። ንኣብነት ንዓይ ንብዓት ሓቂ ኢዩ። ባህጊ፡ ሕልሚ፡ ፍቕሪ፡ ዋላ እዚ ኩሉ ጸሎትን ምህለላን ኤርትራውያን'ውን ከምኡ።

-16-

"ኣርዒመልካ"፡ "ተርጒመልካ"፡ በሃልቲኽ መንዮም? ደፊሮም ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ጸሓይን ምግታሮም ካብ ብርሃን ክጋርዱና ዝኽእሉ ድዩ መሲሉዎም?

ካልኣይ ግብሪ፡ ቀዳማይ ምርኢት

(እቲ ጎዱፍ ናብ ለምለም ሰውሒ ተቐዩሩ። ምሉእ መድረኽ መወዳእታ ዘይብሉ ቀጠልያ ሜዳ ኲይኑ። ኣብ ድሕሪ መድረኽ ግን ብእምብዛ ርሕቀት ናብ ሃሳስን ድሙቕን ሰማያዊ ዝተቐየሩ ናይ ኤርትራ ነዋሕቲ ዝተባህሉ እምባታት ተሰሪዖም ምስ ሰማይ ጉጅም ክብሉ ብኸቐርጾም ይልለዩ። ገና ኣይወልወለን። ልሙዕ ቀጠልያ ሜዳ ኣብ ትሕቲ ሰግለለት ብልዙብ ንፋስ ይወዛወዝ። ጓይላ ተኺሎም ሁር ክብሉ ዝወዓሉ ካበይ መጺኡ ዘይበሉዎ ብሃንደበት ቦኽሪ እዝኖም ወለላ ዝጥዕም ቅንዋ ቅንውንው ክብል ምስ ሰምዑ ንጸወታኦም ኣዝሒሎሞ። ካብ ርሑቕ ናብኣቶም ይቐርቡ ናብ ዝነበሩ እኩባት ሰረቕቲ ኣቓልቦ የቋምቱ። እቶም ሰብ ርሑቕ ሓንሳብ ከይጸንሑ ብቕጽበት ተዓዘብቲ ተዋስኦ ከለልዩዎም ናብ ዝኽእልሉ ቅርበት ይበጽሑ። ኩለን ሓሜንን ዝተወሃሃዳ ፋይቶታትን ኢየን ነይረን። ሕልሚ ዝጥዕም ደርፊ ክቀባበላ ይስመዓ። እቶም ጓይላ ተኺሎም ዝነበሩ ካብ ዕረፍቶም ተበራቢሮም ሓድሽ ጓይላ የውርዱ። ገሊኤን ፋይቶት ከም መፍተል ክሕንበባ ገሊኤን ድማ ክቆጻጸያ፡ ከጣቕዓን ክደርፋን እንክሎዋ ይርኣያ። ለሚን ዝመልአ ዓቢ ከፈር ሳምቦ-ሳምቦ እናበሉ ጸይሮም ኣብ ግንባር መድረኽ ከንብሩ ተመልካቲ ይዕዘብ። ካበይ ከም ዝመጹ ዘይፍለጥ በዓል ባህታ፡ ሱሌማን፡ ትጃር፡ ፈላስፋ ህንዲን መሓመድ እድሪስን ካብቲ ከፈር ለሚን እናሓፈሱ ናብ ፋይቶት ገጾም ይድርብዩ። ፋይቶት ሳዕስዒተን ኣቋሪጸን ኣብቲ ሰውሒ ዝተደርበየ ለሚን

ይኣርያ። እቶም ካልኦት እውን ለሚን ሓሓፊሶም ናብተን ፋይቶት ይድርብዩ። ኣዛሚትን ሚለናን ተገሪመን ክዕዘባ ይርኣያ። ሓደ ከፊር ሎሚን ክውዳእ ብኻልእ እናተተክአ ዝተደርበየ ጥራሕ ነቲ ቀጠልያ ባይታ ኣበጭዩዎ።)

"ምድርባይ ሎሚን ይኣክል! ካብዚ ንላዕሊ ዕብዳን'ዩ። ናይ መን ሎሚን ኣልዒለን ንመን መሪጸን ከም ዝመጻ ብትዕግስቲ ምጽባይ ኢዩ ዘድሊ። ናይ መን ሎሚን ምኳኑ የለልያ ኢየን ዝብሉወን። ካብቲ ሽታ ለሚን መኣዛ ሰብ ፈልየን ናብቲ ብውሽጢ ልቡ ዝምነየን ይመጻ። ውህብቶአን ናይ ሓጺር ግዜ ዕግበት ምውፋይ እኳ እንተኾነ ኣብ ምምራጽ ኣይህወኻን። ናይ ደሌተን ድሌት ዘገድሰን ደለይቲ ደለይተን ከም ዝኾና ኩሉ ይምስክረለን። ጽምዋ ፍቕሪ መዓንጣኡ ዝበተኾ ደላይ ፍቕሪ ቀልጢፈን ኢየን ዘለልያ። ቃጭል ናይ ፈጠራ ሓይልታት ዝጽበዩ ስነ-ጥበበኛታት ብቦቕባቑ ከብዲ ለገስቲ ተለለይቲ ኢዮም።"

ኣዋልድ ደቂ ዓዲ ብፍሉይ ሓይሊ ተዘዊረን ሹሽ ክብላ ይጅምራ። "ፋይቶት ርእየን ቀኒአን ኢየን። ቀደም ደኣ ጽምዋ ፍቕሪና ዘይእብዳ ነበራ? ግደፉወን ዘው የብልኦ! ይውረደለን ግደፉወን!" ክብሉ ይስምዑ ደቂ ዓዲ። ከበሮ ክሳዕ ዝንቁ ይህረም፣ ጣቕዒት ንህርመት ከበሮ እናተኣዘዘ ከም ጩግራፍ የቃልሕ፣ ትልሂት ከም ዝዓበደት መፍተል ይሕንበብ፣ ደርፌ ንዝሞቱ መተንስአ። ወዶም ጓሎም ኣያይ በዓል ባይሩ! ኣንታ ኣያይ በዓል ባይሩ እናበሉ ሰሚሮም ይደርፉ። ደርፌ ካብ ኣውያትን ምህለላን ንምፍላይ የጸግም። ሓላውለይ ዝደጋግም በዚሑ። ነቲ ጎልጎል ዕዉር ወኒ መሊኹዎ። ትልሂት ካብ ኣምልኾ ንምፍላይ የጸግም። ሳዕስዒትን ፍትወተ ህይወትን ብሓደ ሰሚሩ። ተመልከትቲ ተዋስኦ ኣይ ብፍርሒ ኣይ ብድፍረት ጉንበት ዝብሉዋ ወርሒ ኢሎም። ንሕቡኣን መናፍስቲ ክቕበላ ድየን ከፋኑዋ ጥጥቕ ዝነዝሓ ኣንስቲ እናደረፋን እናዓለላን ነቲ ሜዳ ይኹለኦ። ኣዋልደየ ኪዳ ዕበዳ፡ ላዕላይ ሰማይዶ ኣሎዎ ሜዳ ዝብላ፡ ዲኖይዶ ዲኖኺ ዝብላ፡ ኣሸንዳ ዝብላ ደርፈን ተኣኻኺቡ ብሕብሪ ድምጺን ብውልቃዊ ግህዶን ነቲ ሜዳ ይመልኦ።

እተን ፋይቶት ድማ ቁሩብ ርሕቕ ኢለን ጓይላ ኣጒደን ይኸባ። ስምረት ደርፈን ሕልሚ ይጥዕም። ሰለል በላ'ሞ ኣይትማነዋየ እናበላ ሰለል ይብላ። ሰለል ክብላ እንከሎዋ ምድሪ ዝትንክፉ ኣይመስላን። ምስ ደቂ ዓዲ ውድድር ኣየፍርሐንን። እናኹደዳ

ሰቐጥቀጥ ይብላ።

መልእኽቲ መድረኽ ንተዓዘብቱ ዘረባ ብዘይብሉ ብኣካላዊ ምውስዋስ ጥራይ ትርጉም ከምሓላልፍ ፈቲኑ። ኣብ ምትሕልላፍ መልእኽቲ ንደርፊ ግደ ስለ ዝተዋህቦ እቲ ኣካላዊ ምልክታት ብደርፊ እናተዓጀበ መልእኽቱ የነጽር። ትርጉም ህይወት ካብ መድረኽ ናብ ተዓዘብቲ ክበጽሕ ጀሚሩ። እቶም ወቓዕቲ ከበሮ፡ ሃረምቲ ጭራ ዋጣ፡ ሓኸኽቲ ክራር፡ ነፋሕቲ እምብልታ፡ ተጻወትቲ ሻምብቆ፡ ደሰቕቲ ነጋሪት፡ መዛረብቲ መለኸት፡ ኣጣቓዕቲን ተቐበልቲ ደርፊን ብርኽ ናብ ዝበለ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ወሰን መድረኽ ቦታ ሒዞም። ኣብ ግንባር መድረኽ ዘሎ ሜዳ ንሳዕሳዕቲ ተገዲፉ። ናይ መድረኽ ብርሃን ኣብቲ ሰውሒ ሳዕስዒት ብድምቀት ክዓስል እንከሎ ዳሕረዋይ ወሰን መድረኽ ድማ ብልዙብ ዕምብረ ብርሃን ተጎልቢቡ እቶም ደገፍቲ ሳዕስዒትን መሳርሕታቶምን ከም ሰብ ርሑቕ ብማዕዶ ተራእዮምሉ።

ሳዕስዒት ተጀሚሩ። ከም መኽፈት ኣፍ ደርፊ፡ ንዒ ስታሊለየ ሰሉምለይ ክወርሳ ባዕለይ ተመሪጻ። እታ ሓረግ ቅነ እስታሊለይ ብመውረድቲን ተቐባሎን ተደጋጊማ። ተዓዛቦ'ውን ስቕ ኣይበሉን። ኣዋልድ ደቂ ዓዲ ካብ ጸጋማዊ ክንፊ መድረኽ ናብ የማን ሸው ክብላ እንከሎዋ እተን ስርኤል ቀትሪ ዝመስላ ፋይቶት ድማ ብኣንጻረን ካብ የማናይ ክንፊ ናብ ጸጋም ወገን ፊው-ሸለው እናበላ ቦታ ይሕዛ። ክልተኤን ጉጅለ ሳዕሳዕቲ ብርሑቕ እናተጠማመታ ብፈኲስ ዝልዝል ዕጽፍ ዝርግሕ ክብላ ይጸንሓ'ሞ፡ ኩሩኹሮ ሎሚን ኣእጋረን ብፈኲስ ትንካፈ ባይታ ንኣካላተን ሓፍ-ሰፍ እናበለን ቦታ ንምቕያር ኣብ ማእከል ከይተተናኸፋ ይተሓላለፋ። ከምኡ ኢለን ክደጋግማ ድማ ነዊሕ ይቕጽላ። እንተኹነ ኣብ ውሽጢ ዝተኣጉደ ብርቱዕ ረመጽ ህልኽ ከም ዘሎ ካብ ኣዒንቲ ተዓዘብቲ ክስወር ኣይከኣለን። እቲ ብቑሩብ ኣእጋር ምልዓልን ኣካላት ምብርባርን ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ናይ ዝሰንበዳ ኢራባት ኣብ ግዜ ህድማ ዝጥቀማሉ ዝላ ይቕየር።

ክብደት ኣካላት ተላሃይቲ ብቐጻሊ እናፈኾሰ ናብ ሚዛን ንፋስ ተቐይሩስ ክንፊ ኣውጺእካ ምንፋር ጥራሕ ተሪፉወን። እቲ ብስርዓት እስታሊለ ካብ የማናይ ናብ ጸጋማይ፡ ካብ ጸጋማይ ናብ የማናይ ክንፊ መድረኽ ምትሕልላፍን ቦታ ምቅይያርን መጠን ዘይብሉ ናህሪ ወሲኹ። ኣየኖት ፋይቶት ኣየኖት ደቂ ዓዲ ምዃነን ንምፍላይ ኣጸጊሙ። መድረኽ ናይ ምንቅስቓስ መስመስታ ሓይልታት ንዓይኒ

ሰብ ብሓይሊ ብርሃኖም ክኣስሩዎን ክፈትሑዎን ምሉእ ስልጣን ኣረኪቡ። እቲ ብሓንሳብ ናብ ግዙእ ዝተቐየረ ውነ ተመልከትቲ ድማ ሐራይ ኢሉ ተማእዚዙ።

ውዕዉዕ ሙዚቃ ምስ ዘሰንዮ ምዕቡል ህርመት ኣብ ተመልከትቲ ዘይንቡር ህይወት ኣተንሲኡ። ብፍሉጥ ቅርጺ ዘይተደኀለ ብርሃን ድማ ብደገሓ ሕብረ-ሰማያዊ ማሾታቱ እናቐለጸ ምስ ከበሮን ጣቕዒትን ተሰራሲሩ። ብሕቑፎ ዕግበት ተኣሳሲሩ እናተረረወ መድረኽን ኩርሲን ሓደ ኰይኑ። ሳዕሪ ሮማዲ፡ ዕንባባታት ኀላጉል፡ ዝሸትታ ፋይቶትን ደቂ ዓዲን ካብ መድረኽ ናብ ኩርሲ ክጽንበራ እንከሎዋ ተመልከትቲ ብመኣዛታት ሪሓንን ጠስነን ዓቢዶም። ንወዲ-ሰብ ኣኺሉ ዝተርፍ ቀልጢፉ ዝሓልፍ ባህታ ምስ ኣረከባ ግን ሓንሳብ ከይጸንሓ ከም ኣመጻጽእአን ናብ መድረኽ ተመሊሰን። ካብታ ሓጻር እዋን'ቲኣ እቲ ተቐሪቡ ዝጸንሐ ስነ-ጥበበኛ ወይ ተመራማሪ ንብልሓቱ ዘብርህ ሕሹኽታ ምስጢር ቆሪቡ። ንሳተን ከኣ ጕዕዝአን ብምቕጻል ካብ ቅድሚት መድረኽ ንድሕሪት ተሸምጢጠን ናብ መወዳእታ መድረኽ እናደቐቓ ካብ ራኢ ተዓዛቢ ሃፊፈን።

(መልክዕ ቀጠልያ ሸኻ ተኀምጊሙ ዝነበረ መድረኽ ሕብሩ ቀይሩ። ቀጠልያ ዝስዕሮ ዝነበረ ለምለም ሳዕሪ፡ ኣቑጽልቲን ኀቦታትን ብዝተፈላለየ ደረጃ ድምቀትን ህሰትን ብዝተባዕጠ ጭቃ እናተለኸየ ዝተፈላለየ ብጫን ሓመድን ሕብርታት ኣንጸባሪቑ። ጻዕዳ ከም ሕብሪ ነጊሱስ ነቲ ውህደት ብጫን ሓመድን ንሓንሳብ ሕውስ፡ ንሓንሳብ ጆልሕ፡ ንሓንሳብ ድማ ጺቕ እናበለ ብምስራጽ ዋዒ ውዕዉዕ ብርሃንን ልዝበት ጽላሎትን ዓዲሉዎ።)

ኣበይ ከም ዘሎ ዘይልለ ድምጺ ካብ ብዙሕ መኣዝን መቓልሓት እናራጸመ ንምሉእ መድረኽ መሊኡዎ። ምንጪ መቓልሕ ግን ከምቲ ህርፋን ተዓዘብቲ ቀልጢፉ በሎኽ ኣይበለን። እቲ ድምጺ ናይ ሰብ ይኹን ኣራዊት ገና ኣይነጸረን። ድምጺ ሓጐስ ይኹን ጓሂ ኣይተፈለየን። ተመልከትቲ ተዋስኦ ትጽቢት በዚሑዎም ዕጥይጥይ ክብሉ ተራእዮም።

ኣብ ግንባር ሓድሽ መድረኽ ብርሃን ዝተኀልበበት ሚለና ደው ኢላ። ብድሕሪ እንግድዓኣ ብርሑቕ ብዝልለዩ ሓጸርቲ ኀቦታት ዝዋሰን ፍትው ሜዳ ተራእዩ። ካብ የማናይን ጸጋማይን ኩሊት መድረኽ በብታራ በዓል ትጃር፡ ባህታ፡ ሱሌማን፡ ኣዛሚት፡ መሓመድ እድሪስ፡ ፈላስፋ ህንዲን ኣላይን ሕጐስ ክዳውንቲ ለቢሶም ንሚለና ኣማእኪሎማ።

ሚለና፡

ካብ ስነ-ጥበብ ክንምሃር ኢና ኢልኩም ምሳና ቀኒኹም። እስኪ እንታይ ተማሂርና ኢልኩም ነንነፍሲኹም ሕተቱ። ትጃር ዝመራሒና ኣላይን ኣነን ህይወትና ኣብ ጸምጸም ስነ-ጥበብ ኢዩ። ብዘይካ ተዋስኦ ካልእ ህይወት የብልናን። ናብራና ኣባዲ ኣብ ዘይብሉ፡ ኣብ ቃልዕ መድረኽ ኢዩ። ኩሉ ከም ድላዩ ጥራሕና ይርኤና። ይፈትወና ወይ ይኹንነና። ከም ሻሙ - ፋይቶት ንብሃል ደቂ ዓዲ ከኣ ንብሃል።

(ስቕ ኢላ ምስ ጸንሐት) ንስኻትኩም ግን ተመራመርቲ ኢኹም ’መስለኒ።

(ቁሩብ ሕስብ ምስ ኣበለት) ምስ ፋይቶት ዲኹም ምስ ደቂ ዓዲ? ናይ መን ሳዕሳዒት ተፈትዩኩም? ኣብ መወዳእታ ምፍልላየን’ዶ ኣጸጊሙኩም? ሓቂ ተዋስኦን ንምፍላይ እውን ቀሊል’ዩ ኣይኮነን።

(እናተገረመት) እንታይ ደኣ’ዩ እዚ መድረኽ ጭር ኢሉ? እቲ ኩሉ ሳዕሳዒት ኣበይ ከይዱ?

ኣላይ፡

(ከምዞም ካብ ወጻኢ ንዝመጹ ኣጋይሽ ዝመርሑ ኣገልገልቲ ንግደት ዓዲ እናመሰለ) ናይ ሕጂ መድረኽ’ሞ ኣስተባህልሉ! ክንደይ ተጻዊሩዎ ይመስለኩም! ሕብሪ ኣዛብእ፡ ጽፍሪ ንስሪ ኢዩ ዓብሊሉ ዝርአ ዘሎ። እቲ ዝሕልሕል ዝብል ዝነበረ ቀጠልያ ሕብሪ ዳርጋ ኣፈንፊትኒ ክብለኩም እኽእል። ንዕኡ ቀንጢጠ ሕብሪ እሾኽ ጭዓ፡ ዝባን ቆቛሕ፡ ነብሪ ጎልጎልን ተመን ቆላን ከም ዝዕብልል ገይረዮ ኣሎኹ። ንመልክዕን ሕብሪን ኣጻምእ ዝዳረግ ግርማ የለን። መልክዕ ዓዝቕቲን ሰበባን ስኽፍክፍ ኢዩ ዘብለኒ። ጽርየት ኣብ ሜዳ ጭዓታት ኢዩ ዝርኣየኒ።

ኣዛሚት፡

ካብ ስነ-ጥበብ ረኺበ ድየ ስኢነ ገና ኣይፈለጥኩን።

ኣነ መምህር ህጻናት እየ። መን ይፈልጥ ስነ-ጥበባዊ ተዋስኦኹም ቀለብ ህጻናት ክኸውን እንተኻኣለ? ይኽእል'ውን ይኸውን መን ይፍለጥ? ንህጻናት ብዓበይቲ እየ ፈሊጠዮም። ብዙሕ ፍልልይ ኣይርኣኹሎምን።

ትጃር፡

(እናሰሓቐ) ነዚ ካብዚ፡ ነቲ ካብቲ ተመሃሩዎ ዝብሃል ዘረባ ክፍተሸ ኣሎዎ። ንኣብነት መን ካብ መን'ዩ ስነ-ጥበብ ክመሃር? መን'ዩ ካብ መን ጥበባት ሰሪቑ ክጥቀም? ንርእዮም እንዲና ዘሎና ሃመም ኢሎም ክተርፉ! ስርቂ ጥበብ'ዶ ቀሊሉ! ነቲ ዝስረቐ ኣለሊኻ፡ ናውቲ ስርቂ ወኒንካ፡ ብልሓት ስርቂ መሊኽካ፡ ዝሰረቐካዮ ዓቂብካ፡ ብጥዑዩ ዓዲ ኣእቲኻ ምህርቲ ምሕፋስ መዓስ ቀሊል ኰይኑ! እቶም ክምሃሩ ዝተላእኩ ባዶ ኢዶም እንድዮም ዝምለሱና ዘለዉ። ሓንቲ ወረቐት ኣንጠሊሎም ካልእ ከይሰረቑ ይምለሱ ኣሎዉ። ትርጉም ሰረቀ ዝፈልጡ ኣይመስለንን።

ፈላስፋ ህንዲ፡

ይዝከረኒ ኣብቲ ናይ ቀደም መጽሓፈይ ጥቕስ ኣቢለዮ ሓሊፈ ነይረ። ጥበብ መን ካብ መን ይቕዳሕ ቅልጡፍ ፈውሲ ዘድልዮ ቀንዲ ቁስሊ ኰይኑ ይርኣየኒ። ኣብዚ ዘሎናዮ ተኣፋፊ እዋን ብዙሓት ጥበብ ዝቐድሑ ዘለዉ እናመሰሎም ዝሓስቡዎ፡ ዝገብሩዎን ዝዛረቡዎን ንዕዘብ ኣሎና። ዕሊ ኣቀዳድሓ ዘይመለኸን መቕድሕ ጥበብ ዘየጥረየን ጥበብ ክቐድሕ'ዶ ይኽእል'ዩ? ኣብ ውሽጢ ዒላ ዘሎ ጽሩይ ማይ ዘቕድሕ መገለል ዘይብሎም ሰባት ካበይ እንታይ ክቐድሑ ይርኣዩ ኣሎዉ? ኣብቲ ንሳቶም ዝፈልጡዎ ኣብ ርስሓት ዓዘቕቲ ካብ ዝርከብ ዕቋር ሕሱኽ ፈሳሲ ጥራሕ ኢዮም ክግሕጡ ዝኽእሉ። ንርእሶም ጨሊጦም ድማ ንኻልኦት ይልክሙ ኣሎዉ። ኣብ መዓሙቕ ዘሎ ጽርየት ንምቕዳሕ ዘኽእል ሰፊሕ ልቢ ዘሎዎም ውሑዳት ኢዮም። ጽሩይ ዓይኒ ዘሎዎም እናመሰሎም ኣብዚዶ ኣብቲ ዝርኣናዮ ክብሉ ምስማዕ

ቃንዛ ህይወት ኢዩ። ምርዳእ ዝሰልጦም እናመሰሎም ከም ዘንበብናዮ ክብሉ እንከሎዉ ስቓይ ህዝቢ ኢዮም። ምኩር እዝኒ ዘሎዎም እናመሰሎም ዝሰማዕናዮ ዘረባን ዘዳመጽናዮ ደርፊን ክብሉ እንከሎዉ መሕፈር ሰማዕቶም ይኹኑ። እዚኣቶም ዝጎተትዎ መጽሓፍቲ፡ ዝሰሓቡዎ ደርፊ፡ ዘምለኹዎ ንብረት፡ ዝኣመኑዎ ፍልስፍና፡ ዘሰናኸሎም ሳዕሳዒት፡ ዘዕበድበዶም ልምድታት ህዝቢ የበሳብስ ኣሎ?

መሓመድ እድሪስ፡

(ዘረባ ትጃር ኣቋሪጹ) ኣነ ግን ካብ ስነ-ጥበብ ተማሂረ እየ እንተ በልኩ ይሓይሽ። ኣብ ተዋስኦ ምስ ተሳተፍኩ ተወሳኺ መርትዖ ዝረኸብኩ ይመስለኒ። ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ንምጽሓፍ ቅዲ ተዋስኦ ትጃር ምርኣይ ኣይከፍኣንን። እምብዛ ረቒቑ ምርኣይ ዝኣብየኒ ዝነበረ ታሪኻዊ ሓቅታት ብቕርጺ ሰባት ክቐርቡኒ ክኢሎም። ህያው ሰባት ነጸብራቕ ሓቂ ምዃኖም ተረዲኣ። ሓቂ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኰነስ ንደረስቲ ተዋስኦ እውን ትቕልጸሎም ከም ዘላ ኣስተብሂለ።

ፈላስፋ ህንዲ፡

እቲ ክምሃር ዝኽእል ክምሃር ይኽእል ኢዩ። ሓደ ጸሓፋይ ወይ ሓደ ፈላስፋ ካብ ደራሲ ተዋስኦ ክምሃር ዘይክእለሉ ምኽንያት የለን። ከም ዝበልካዮ እንተ ወሓደ እቲ ሓሳባት ናብ ሰብ ይቕየረሉ'ሞ ጭቡጥ ንምዝራብ ይቐሎ። ህዝቢ ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ግን ኣብ ዓዘቕቲ ድንቁርና ኢዩ ዝድቕደቕ ዘሎ። ሓበሬታታት በሎ ሓቅታት ብውሕጅ መራኽቢ-ብዙሃን ይናወጽ ኣሎ። በየናይ ፍልጠተ-ኣምር ወይ ቋንቋ ኢዩ'ሞ ከለልዮ፡ ክመምዮን ክጥቀመሉን? ሕጂ'ውን ፍልጠት ካብቶም ልቡ ዘኒቦም ዝገዝኡዎ ደሃልቱ ዝርከብ እናመሰሎ የማዕዱዎም ኣሎ። ገና ምሉእ ሓበሬታ ዝጎደሎም ቀለምቀመሳት ኢዮም መማህራኑ። ኣብ መንጎ ሓቂን ሰብን ብናይ ሓሶት መንፈት በሰር ርትዒ ዝብትኑ ኣሎዉ። ኣብ መንጎ ዓበይቲ ጸሓፍቲን ኣንበብቲን ፍቕሪ ከይሰፍን ብሓንካስ ክእለቶም

ከይሓፈሩ ዘይብቑዕ ትርጉም ዝብትኑ ኣሎዉ። ካልእ ይትረፍ ሓደ ድሩት ሰብ፡ ቀደም ካብ ጥንታዊ ግሪኽ ናብ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ካብኡ ድማ ናብ ሓደ ቋንቋ ተተርጒሙ ዝተባህለ ተዋስኦ ብሓደ ኤርትራዊ ቋንቋ ናብ መድረኽ ከቕርብ ዝፈተነ ሰብ ኣሎ ይብሃል። ጋቢ ሓቂ ብተባልዓይ ሽብጢ ተፋሕፊሑ ምስ መመየ ንመን ግርማ ወይ ምቕት ክህብ ይኽእል?

ሱሌማንን ባህታን፡

(ተራኣም ክጽበዩ ጸኒሖም ፈላስፋ ህንዲ ዘረባኡ ውድእ ምስ ኣበለ ናብ ተመልከትቲ ቁሊሕ-ምሊሕ ኣብዚሖም። ንዓይ ከርክቡ ምኳኖም ተረዲኡኒ። ፍርቂ ውነይ ኣብ መድረኽ ፍርቁ ከኣ ኣብ ኩርሲ ተመልከትቲ ግዲ ኰይንዎምስ ንኽርእዩኒ ተጸጊሞም። ኣብቲ መድረኽ ዕግርግር ይብሉ። ተመልከትቲ ጨኒቕዎም። እቶም ኣብ መድረኽ ዝነበሩ በዓል ኣላይ፡ ኣዛሚት፡ ፈልሳፋ ህንዲ፡ መሓመድ እድሪስ፡ ወሰን ክሕዙሎም ተገዲዶም። ኣነ ኣብ መድረኽ ኰይነ እዕዘቦም። ደሓር ካብቲ ገፊሕ ከብዲ መድረኽ ናብ ገምገም ምስ ቀረቡ ካብ ማኣከል ተመልከትቲ ፈልዮም ኣለልዮምኒ።)

ሱሌማን፡

(ኢዱ ናባይ ዊጥ ኣቢሉ) ጸሓፊ! እንታይ ደኣ ኣብ ውሽጢ ተዓዘብቲን ተመልከትቲን ተሸኵዕካ? ተሓቢእካ ትተርፍ መሲሉካ ድዩ? ስነ-ኣእሙራዊ ውግእ ወይ ኲናት ስነ-ኣእሙሮ ኣብ መድረኽ ክንዛረበሉ'ዶ ኣይንኽእልን ኢና? ምስጢር ድዩ መሲሉካ? ኣበይ ኣሎ መጽናዕቲኻ? እዚ ትርጉም ዝብሉዎ ምስ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ይዛመድ ድዩ ኣይዛመድን? ምላሽ'ኮ ካባኻ ኢዩ።

ባህታ፡

(ከም ተወሳኺ ዘረባ ገይሩ) ጸሓፊ! ከም ዝበላካ እዚ

ምቕዳሕ፡ ምትርጓም ዝብሃል ዘሎ ዘረባ ምስ ስነ-ኣኣሙራዊ ኩናት ዝዛመድ ድዩ ወይስ ኣይኰነን? ካልእ'ኮ ኣይበልናን። ንኣብነት እቲ ብጥንታዊ ቋንቋ ተጻሒፉ ደሓር ናብ ኤውሮጳዊ ቋንቋ፡ ጸኒሑ ድማ ናብ ሳልሳይ ቋንቋ ድሕሪ ምትርጓሙ ካብኡ ንዝተረፈ ግለት ናብ ቋንቋና ተርጒሞም ንህዝቢ ዘቕርቡ ስነ-ኣእሙራዊ እንተ ዘይበልካዮ እንታይ ዓይነት ኩናት ደኣ ክትብሎ ኢኻ? ነዞም ዓበይቶም ናይ ዓለም ጸሓፍቲ ብድኹም ትርጉሞም እናወግኡ ከም ህዱን እንሳሳ እንድሕሪ ኣውዲቖሞም ናይ ህዝቢ ስነ-ኣእሙራዊ ጽርየት ኣይውጽዑን'ዶ ትብል? "ኣርዒመልካ"፡ "ተርጒመልካ"፡ በሃልቲኸ መን'ዮም? ደፊሮም ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ጸሓይን ምግታሮም ካብ ብርሃን ክጋርዱና ዝኽእሉ ድዮ መሲሉዎም? ነታ ዝሓብኡዋ ዝመሰሎም ጸሓይ ባዕላትና ክንርእያ ከም እንኽእል ስለ ዘይፈልጡ ድዮም ነፍሶም ዘዐሸዉ? እቲ ዲዮጅን[4] ዝብሃል ዝነበረ ስኒካዊ ፈላስፉ ንእስክንድር ዓቢ ዝበሎ እንተ ዝድገመሎም ዘብል ኢዩ። ናይቶም ተርጐምቲ ምላሽ ግን ኣይግምትን።

ሱሌማን፡

(ንምምላሽ እናተቐዳደመ) ካብዚ ዝዓቢ ውግእ እንታይ ኣሎ? እዞም ኣምር የብሎም፡ ኣቕሓ ቀዳሕና እናበሉ ጕሓፍ ዘይትርጐሙ ባዶ ቃላትን ሓረጋትን ከም ኵዕሶ ኣብ መሬትና ዘንጥሩ ዘሎዉ እንታይ ክትብሎም ኢኻ? ብጎደምቲ ኣምራት ክትርብዑና ዝውዕሉ ዘሎዉኸ! ጽራይ ስነ-ጥበብ ሰቲና ከይንረዊ ክዘርጉልና ላሕ ዝብሉ መዓስ ውሒዶም? ክንደይ ግዜ ሓተላ ባህሎምን ግለት መሳርሒታቶምን ክንእብድ ደልዮምና?

ኣዛሚት፡

(ቁጥዓ ሓሊፉዋ ከም ዘሎ ግሁድ ኰይኑ፡ ካብ ጎኒ መድረኽ ናብ ሱሌማንን ባህታን ቀሪባ) ንስኻትኩም'ሲ ንግሆ እንዳ ሰብ ገስጊስኩም ቍርሲ ሃቡና ደኣ በሉ። ካባኻትኩም ኩናት ስነ-ኣኣሙሮ ይሕሸኒ። ንሱ ንስነ-ኣእሙራዊ

ፍቕሪ ኢዩ ዘቕንዕ። እንታይ ዘይገበረ ኢኹም ትብሉዎ ዘሎኹም? ወግሐ ጸብሐ ጸጽሒፉ ክህበኩም እንከሎ ብዓይነይ እንድየ ዝርኢ ዘሎኹ። ጽንሑ! ድሕሪ ሕጂ ገጽ ሕልበት እንተ ርኢኹም! ጸሓፊ'ኮ መጽሓፍ ኢዩ ዝጽሕፍ። ምውድኡ ዘጸግም መጽሓፍ ኣብ ቅድሚኡ ኰይኑ ዘጨንቖ ዘሎ ምኣኽሎ ነይሩ።

ሱሌማን፡

(እናሰሓቐ) ብሕልበት ከተፈራርሕና ዲኺ ክትነብሪ? ሓቂ እንተ ኰይኑስ ብፋብሪካ ክዳሎ'ዩ ይብሃል ኣሎ። ካብ ኣፍ ሰብ'ኳ ምወጻእና! ኣብ መጽሓፉ ይጽሓፎ'ኮ ምበልና! መዓስ ተወዲኣ መዓስ ትሕተም መጽሓፍ ኰይናሞ! ድሕሪ ኵናት ዘሎ ኩነታት ብስነ-ጥበብ ይገለጽ ምበልና፣ ከም እንርእዮ ዘሎና እንድሕሪ ኰይኑ ግን እቶም ሰብ ሞያ ዝብሃሉ ካብ ሓቂ ክሃድሙ እንከሎዉ ይርኣዩ ኣሎዉ። በዓል መሓመድ እድሪስ ካብ ዘመናዊ ሓቅታት ታሪኽ ኤርትራ ናብ ቅዲ ተዋስኦ ጌሽና ክንምለስ ይብሉ ኣሎዉ። ፈላስፋ ህንዲ ባዕሉ ተዋስኦ ኣብ ምድራስ ኢዩ ተዋፊሩ። ኣዛሚት'ውን ትምህርቲ ህጻናት ገዲፍኪ ተዋስኦ እንደኣልኪ ትብሊ ዘሎኺ! ሕጂ ትጀር፡ ኣላይን ሚለናን ከይቀንኡ የፍርሕ። ኩሉ ተዋስኦ ኰይኑ።

ሚለና፡

(ንኻልኦት ንድሕሪት ገዲፋ መሪሕነት ሰልፊ መድረኽ ንምሓዝ ኣብ ቅድሚት ናብ ዘሎ ገማግም እናተጸግዐት) ንሕና መንእሰያት ግን ተርጒምልና ኢና ንብል። ሓቂ ተርጒምልና ሓሶት ይኣኽለና ኢና ንብል። ክንትርጒም፡ ክነርዕም እናበልኩም ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ደረስቲ ተዋስኦታትን ኣይትእተዉና። ናታቶም ክቡር ስራሕ ኣይተርስሑ፡ ናትና ጥሙይ ከብዲ ድማ ኣይትረስዑ። ሕጂ ኩሉ ኣብ መድረኽ ዝዋሳእ ዘሎ ክነግረኩም ይኽእል ኢዩ። ተርጒምኩም ኰነ ደሪስኩም ቀባሕ ዝብሉና ቃላት ኣየቕረብኩምልናን፣

ሓረግ ኢልኩም ዘይውሓጥ እሾኽ ኢኹም ተኾልሱና ዘሎኹም። ቋንቋኹም መተሓላለፊ ድኽመትኩምን ውሱን ፍልጠትኩምን ደኣ እምበር መራኸቢ ስምዒታትና ኣይኰነን። እቲ ዓቢ መምህርና ትጃር እንታይ ኢሉና ይመስለኩም (ኣብ መንጐ ሰሓቕ ይመጻ) "ግደፎም እዞም ንመድረኽን ንሲነማን ዝጽሕፉ ዘሎዉ። ቋንቋ ከንቱነቶም ኢዮም ዝጥቀሙ። ንተዋሳእቲ ኣይኰኑን ዝጽሕፉ፣ ንዝዓረቐ ንስነቶም ዘጎልብብ ቃላት ኢዮም ዝድርዑ ዘሎዉ።"

ኣላይ፡

(ናብ ሚለና እናተጸግዐ፡ ምሉእ ገጹ ግን ናብ ተመልከትቲ ገይሩ) ሚለና ብዛዕባ ትሕዝቶ ዛንታ ተዋስኦታትን ኣዘራርባ ወይ ኣወጋግዓ ጠባያት ተዋስኦታትን ኢያ ትገልጽ ዘላ። ሓቃ'ያ፡ ጩው ዘይብሉ ወግዒ ኢዩ ዝስማዕ ዘሎ። ከምኡ ገይሩ ዝዛረብ መንእሰይ ወይ ሽማግለ ዘሎ ኣይመስለንን። ብሓጺሩ እቲ ዘረባ ግናይ ኢዩ። ብሕልፊ ንዓይ ዘገድሰኒ ግን ቦታ ዛንታ ኢዩ። እቲ ዛንታታት መጽሓፍቲ ይኹን ተዋስኦ ኣበይ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ? ኩሉ ግዜ ኣብ ጣውላ! ዓራት! ባራት! መቐበል ኣጋይሽ! ካልእ ክሓስቡ'ዶ ኣይክእሉን ኢዮም? ብቓላት ፍቕሪ፡ ብቓላት ኩራ፡ ቃላት መጀመርያ፡ ቃላት መፈጸምታ፡ ከመይ ምስ መድረኽ ይዛመድ! መምህር ትጃር ከም ዝነገረኒ እንተኹይኑ ንሞቢ ዲክ[5] ኣብ መድረኽ ከነቕርቦ ዝበሉ ሰባት ኣሎዉ ይብሃል። በዓል ትጃር ድማ ንዛንታ ምዝላቕን ዓወቱን ኣብ መድረኽ ከነቕርቦ ኢና በሃልቲ ኢዮም። ብሕልፊ ድማ ትጃር ሳሕል ምስ ኩሉ መሽጎራጉራ ኣብ መድረኽ ኮፍ ምስ ኣበልኩዋ ተዓዘብቲ ካብ ኩርሶም ተተንሲኦም ክዓስሉዋ ኢዮም። ኣብኣ ድማ ክነብሩ ኢዮም። ካልኦት ዘቕርቡዎ ዘሎዉ ተዋስኦ ይኹን ፊልም ግን ንሃናጽ መድረኽ ዘተባብዕ ኣይኰነን። ማጫ ዘይብሉ ዘረባታት ኢዩ ዝበዝሖ። መድረኻት ኤርትራ ናፍቖት ምኡዝ ዛንታ የመንምኖም ኣሎ። ዝኣጎሉ ጸሓፍቲ ዝደርሱዎ ማህዛውን ፈጠራውን ዛንታ ተሓሪሙዎም ኣሎ ፊልምታትን ተዋስኦታትን።

ትጃር፡

(ኣብ ማእከሎም ኰይኑ ንኽልተኦም ይሓቑፎም) እዞም መንእሰያት ሓቆም ኢዮም። ንስነ-ጥበበኛታት ተዋሳእቲ ዘዕግብ ዛንታ ኣይቀረበን፣ ግዜ የጸብቐልና ደኣ ንበል እምበር ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ገና ኣይተቐልቀለን። ካብ ማዮም ዝሰተዩ'ሞ ፈጺሙ ኣይቀረበን። ዝቐርብ'ውን ኣይመስልን። ኣብ ስርዓተ-ትምህርቶም ኣይነበረን። ሕጂ ካብዞም ጽምኣት ፍትወቶም ዘይቈጻጸሩ ኢዩ ብሱልን ጥረን ናብ መድረኻትን ፊልምታትን ዝስንዶ ዘሎ። ጥረ ስምዒቱ ብላዛ ወግዒ ዝገንሕ፡ ቀምቀም መረረኡ ብመልሓስ ጭውነት ዘለዝብ፡ ህድማ ታሪኹ ብልጓም ዘጋለበ፡ ሓቂን ጽባቐን ንኽረክብ ደም ዘጉስዕ፡ መኻይዲ ሓቂን ጽባቐን ንዝኾነት ኣብ ፍልጠት ዝተማህለለ፡ መንነቱ ጥሒኑ ናብ ከባቢኡ ዝበተነ፡ ዝወደቐ፡ ዝጨቀወ፡ ዝተረግጸ፡ ዝሓፈረ፡ እሞ ካብዚ ኩሉ ህይወት ዝረኸበ ኢዩ ተኽሊ ስነ-ጥበብ ከብቁል ዝኽእል።

ሚለና፡

(ናብ ኩርሲ ብምጥማት) ካብዞም ጸሓፍቲ ትብሃሉ ኣብዚ እንተ'ሊኹም ሓደ ነገር ክነግረኩም ስምዑኒ። ብዛዕባ ድምጺ'ውን ሕሰቡሉ። ንኣብነት ኣነ ሰለስተ ምሉእ ኦክታቭ ድምጺ ኣሎኒ። ክሳዕ ሕጂ ግን ብምሉኡ ኣይተጠቐምኩሉን። እቲ ድምጸይ ካብቲ ታሕተዋይ እግሪ መዝገብ ቃና ክሳዕ ዓንቀር ርእሱ ክወናጨፈሉ ምደለኹ። ግን እንታይ ይግበር ናጻ ዕንደራ ድምጸይ ብሓጺር ቀይዲ እናቖረንኩም ምዝርጋሕ ከሊእኩምኒ!

ኣላይ፡

(ኣዝዩ ተተባቢዑ) ሓቃ ኢያ ሚለና! ሓቃ ኢያ! ንህንጸት መድረኽ ዝበቕዕ ሙዚቃ'ውን ኣይቀረበን። ናይ ዓለም ቋንቋ እንተ ተባህለ፡ ኩሉ መዚቃ ኣድማሳዊ ሓቂ ዘሎዎ ዝመስሎም ይህሉዉ ይኾኑ። ግንከ ድዩ? ንሓንሳብስ እኮ ከም ጨግራፍ መግዛእቲ ኢዩ ዝንቂ። ዘይ መበቆላዊ ሙዚቃ ንኤርትራዊ መድረኽ ይኸውን'ዶ? እንድዒ! ምስ ታሪኽ ይኹን ምስ ቦታ ዘይሳነ እንተኾነኸ? ኣብ ጎቦታት

ኤርትራ ዝተኸናወነ ዛንታ ብባዕዳዊ ህርመት ብዝተሰነየ ሙዚቃ ከሳሊ ክፍተን እንከሎ ንህንጸት መድረኽይ ዘበላሸወለይ ኰይኑ ይስምዓኒ። ሙዚቃ ንእዝኒ ጥራሕ ኣይኰነን። ባህጊ ዓይኒ እውን ኢዩ። እቲ ተመልካቲ፡ ሰማዒ'ውን ስለ ዝኾነ፡ ንዓይኑን ንእዝኑን ዝቐርብ ኩሉ ውህደትን ዝምድናን ክህሉዎ ከም ዝግባእ ኢና ብትጃር ተማሂርና። እንተ ተኻኢሉሞ ኢሉ መምህርና ሓደ እዋን! ንኣፍንጫኡ ዝሽውን መኣዛ፡ ንኣፉ ዝቐዱ ጣዕሚ፡ ከባቢኡ ንዝትንክፍ ኣካላቱ ዝሰማማዕ ባህታ እንተ ዝቐርብ ምሉእ ዓወት ምኾነ።

ፈላስፋ ህንዲ፡

(ፍኹስ ኢሉዎ ሓጕስ ተመሊኡ) ሓቂ ኢዩ! ካብ መዓሙቕ ባሕሪ፡ ካብ ግርማ ጎቦታት፡ ካብ ከርሲ ምድሪ፡ ካብ ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ ኤርትራ፡ ካብ በዓቲ ሕልና ሰብ፡ ካብ ሓቂ ዝተሓለበ ሙዚቃ ዝደረሰ ሰብ ኣሎ'ዶ የለን ዘከራኽረና ኢዩ። እቲ ኣብ ዛራ ፊልምታት ተመሊኡ ንዛንታታት ዘሰኒ ሙዚቃ ግድን ነቲ ዛንታታት ብሓልዮት ዘፋኑ ክሽውን ኣሎዎ። ከምዚ ንርእዮ ዘሎና እንተ ኰይኑ ኣብተን ዛንታ ተዋስኦ ወይ ፊልም ተባሂለን ዝቐርባ ዘሎዋ ስጕምቲ ትሕዝቶአን ናብ ልዕል ዝበለ ስምዒት፡ ማለት ከም ፍቕሪ፡ ናፍቖት፡ ጽምዋ፡ ሓዘን፡ ድንገት፡ ፍርሒ፡ ዓወት፡ ምሕረት፡ ወዘተ. ክበጽሕ እንከሎ ናይ ባዕዲ ሙዚቃ ከሰንዮ ንርኢ ኣሎና። ኣከናወንቲ ፊልምን ተዋስኦታትን ናይ ረድዮ መደባትን ሙዚቃ ሃገር ንናይ ወዲ-ሰብ ዓበይቲ ስምዒታትን ሓሳባትን ንምፍጻም ከሰኒ ከም ዘይበቕዐ ዝኣመኑ ይመስሉ። እቲ ሕማም ይግሃድ ኣይግሃድ ሕማም ነብሰ-ቅትለት ወይ ነብሰ-ትሕተት ወይ ነብሰ-ጽልኢ ምዃኑ ዘከራኽር ኣይመስለንን። ገና ምስ ነብሲና ኣይተዓረቕናን። ተጎምጕምናዮ ዘሎና ድርዕቶ ፍርሒ ቅልዕ ኣቢልና ቁስልና ኣይርኣናን። ሓቂ የሰቅቐና ኣሎ። ኣብ ዓዲ ህንዲ እንከሎኹ ሓደ ህንዲ ኢሎም ዝሰርሑዋ ፊልም እዝክር። ኣብታ ፊልም ህዝቢ ህንዲ ጥርሖም ወጺኦም በሻዕሻዕ ዝብል ንዝነበረ ቁስሎም ብዘይ

ሕፍረት ርእዮሞ። ነቲ ዓዲ ዘሕድግ ኩነታቶም ድማ ሰጋእ ከይበሉ ብዘይ ቃልዓለም ገጢሞሞ። ስለዝኾነ፡ ሕጂ ኣብ ጐደና ሕውየት ይጕዓዙ ኣሎዉ። ነብሲኻ ኣታሊልካ ኣበይ ከይብጻሕ? ሃደምቲን መታለልቲን ኩሉ ግዜ ብሓቂን ብጽባቐን ክደሃሉ ይነብሩ።

መርሓመድ እድሪስ፡

(ምላሽ ሕቶታቱ ዝረኸበ እናመሰለ) ሓቂ ኣብ ስነ-ጥበብ ኣይረኽብኩዋን። ኣብዚ ድሕሪ ኲናት ዘሎ ኩነታት ሓቂ ካብ ኩሉ ኢያ ትስወር ዘላ ይመስለኒ። ምርካባ'ኳ ዘይተርፍ እንተኾነ ብርቱዕ ትዕግስቲ ከድልየኒ ኢዩ። ኣብ ተዋስኦታት ብዙሕ ሓቂ ኣይርኣኹን። ተዋሳእቲ ዝመላለሹሉ ዘሎዉ ቆፎ ዘረባታት ባዶ ኲይኑ ዘስምዖ ዘሎ ትርጕም ካብ ናይ ሓቂ ዓለም ዝርሓቐ ኢዩ። ድምጹ እምበር ፍረኡ ኣይትሓዝን። መብዛሕትኡ ታሪኽ ህድማ ኢዩ። መብዛሕትኡ ሓቐፌ ዝሰኣነ ጽውጽዋይ፡ ገናሒ ዘይብሉ ህንዱድ ዘረባ፡ ጥሓስ መትከል ስነ-ጥበባዊ ቅዋም፡ ክሓድ ሕሉፍ፡ ከዳዕ መጻኢ ዕድል፡ ጠላም ጽባቐ ኢዩ። ነቲ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ንምጽሓፍ ዝእክቦ ዘሎኹ ሓቅታት መረዳእታ ዝኾውን ኣበርኪቱለይ ኣሎ። ንድሕሪ ኲናት ዘሎ ኩነታት መረዳእታ ዝኾውን ድማ ካብ ተዋስኦታት ብዙሕ ከሲበ ክብል እኽእል። ዛንታታት ተዋስኦ ኣብ መድረኽ ይኹን ኣብ ረድዮ ወይ ኣብ ፊልም ከም ሓሰኻ ደምበ ናብ ዝለስለሰ ሒደት ክፋል ሕብረተሰብ ለመም ይብሉ ኣሎዉ። ደራስ ተዋስኦ ካብቲ ኣፍጢጡ ዝጥምቶ ዘሎ ፍልስፍናዊ ብድሆታት ንኽሃድም ዘይገብሮ የብሉን። ነቲ ዝተሰርሐ ፊልም መሰነዪ ዛንታ ተባሂሉ ኣብ ዛላታት ጕዕዞኡ ኲይኑ ዝፍኖ ሙዚቃ፡ መዐንደር ታሪኽ ንኽኸውን ዝምረጽ ቦታታት፡ ውሽጣዊ መለለዪ ተዋሳእቲ ንኽሽፍን ዝልበስ ክዳውንቲ፡ መተዓሻሸዊ ንስነት ንኽእምን ዝድረብ ምልክታት፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ናብራ ንምግጋይ ዝግተር ዘሎ ድኹም ሕብርታት ቆጺርካ ድሕሪ ምስትውዓል ኩሉ ሕፍረት ደረስቲ ብምቕላዕ ኣብ ውሽጠም ዘሎ ፍርሒን ጸልማት ድንቁርናን የጉልሕ። መብዛሕትኡ ድርሰት

ካብ ሓቂ ክሃድም ይፍትን ኣሎ። ዘይኮና ንኽመስል ኢዩ ዝጽዕር ዘሎ። ናይ ሕጂ ተዋስኦታት ካብ ግንባር ህዝቢ ተኸዊሉ ኣሎ። ስቓይ ህዝቢ ኣይገልጽን፡ ተስፋ ህዝቢ ኣየተምብህን፡ ሕልሚ ህዝቢ ኣይፈትሕን፡ ግብሪ ህዝቢ ኣይዕጅብን፡ ራኢ ህዝቢ ኣየብርህን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነቲ ሰሓቕ ዝፈቱ ህዝቢ ኣየስሕቕን ዘሎ። ህዝቢ ገና ካዕካዕ... ኪርኪር እናበለ ክሳዕ ዝነብዕ ብምስሓቕ ኣይተፈወሰን።

ሱሌማን፡

(መድረኽ እናበዝሑን እናዓብለሉን ዝኸከቡ ብዘሎዉ ተዋሳእቲ፡ ኣለይቲ መድረኽ፡ መወልቲ ስራሕ፡ ጸሓፍቲ፡ ስኣልቲን ተዓዘብቲን ዓቕሉ ክጸቦ ጀሚሩ። ሱሌማንን ባህታን ብፍርሒ ናብ ገማግም ናይ ቅድሚት መድረኽ ተጸጊዕም። በዓል ሚለና፡ ኣላይ፡ ትጃር፡ ከም ዘይፈልጡዎም ካብኣቶም ርሒቖም። ኩርናዖም ምስ ሓዙ ባህታን ሱሌማንን ንተመልከትቲ በብተራ ከእምኑ ፈቲኖም።) ኣነን ባህታን ግን ንስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ዝጠቅስ ሓቅታት ኣብ ተዋስኦ ኣስተውዒልና ኣሎና። ብድሕሪ ኩናት ኣብ ዘሎ እዋናት ተዋስኦታት ካብ መድርኽ ወሪዶም ናብ ፊልምን ረድዮን ውዒሎም። ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ዘሎዎም ግደ ጸሓፊና የጽንዖ ኣሎ። መጽናዕቱ ድማ ገና ኣይወድአን። ንሕና ካብ መጽሓፍ ጸሓፊ ኢዩ ትጽቢትና። እንተኹነ ካብ ፊልምታት ኣይተምሃርናን ኣይንብልን። ኩናት ስነ-ኣእምሮ ንብዙሓት ታሪኽ ፊልም የኳድድ ከም ዘሎ ቅሉዕ ሓቂ ኢዩ። ካብ ሓቂ ሃዲሞም ናበይ ከይበጽሑ ንማለት ኣጸጋሚ ኢዩ። ኰይኑ ግን ህድማ ባህሊ ኢዩ ዓብላሊ ስምዒት ኰይኑ ዘሎ። ካብ ፍቕሪ ህድማ፡ ካብ እምነት ህድማ፡ ካብ ሓላፍነት ህድማ፡ ካብ ወለዲ ህድማ፡ ካብ መሓዙት ህድማ፡ ካብ ሃገር ህድማ፡ ካብ ውላድ ህድማ፡ ካብ ቃል-ኪዳን ህድማ፡ ካብ ማሕላ ህድማ ቅቡል ንምግባር ብርቱዕ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ከምዞም ብዛር ተለኺፎም ብዘይፈልጡዎን ዘይመልኩዎን ቋንቋታት ዝዛረቡ ኢዩ ዝመስል።

ባህታ፡

(እናተገረመ) መን'ዩ ነቲ ዛንታታ ምስ ቋንቋታቱ ዘመንጭዎን ዝዝርግሑን ዘሎ? እቶም ዛንታታትን ቋንቋታትን ዝመርሑ ዘሎዉ መን መራሕቲ ገይሩዎም። መን መሪጽዎም? መን ገበርቲን ሓደግቲን ገይሩዎም? መን ውልቀ-ገዛእቲ ባህሊ ገይሩዎም? ዘደንቕ ኢዩ! ፍልስፍና ህዝቢ በዚኦም ክምራሕ እንከሎ እቲ ሃገር ፈላስፋታት ኣየፍረየን ማለት ድዩ? መን ኢዩ ደረጃ ብቕዓት ከማዕብል ዝግብኦ? ብውሽጦም ንመን ኮን መራሕ ብቕዓት ኢሎም ይኽተሉ ይኾኑ! በዚ ዝተለኽፈ ህዝቢ'ኮ መድሃኒት ኣይክርከቦን ኢዩ። ብስነ-ጥበብ ዝወርድ ዕንወት መንነት ቀሊል ኣይኰነን። ምንጪ ብቕዓት ዝኾና ኣብያተ-ምህሮን ምርምርን ቀልጢፈን እንተ ዘይቆይመን ስነ-ኣእሙራዊ መጥቃዕቲ ክሕይል ኢዩ። (እቶም ኣብ መድረኽ ዝተኣከቡ ምስ ኣማልኽቶም ምዝራብ ጀሚሮም። ገሊኦም ኣላህ፡ ገሊኦም እዝጊዮ፡ ገሊኦም ስግዳን፡ ገሊኦም ዝገብሩዎ ዝጠፍኦም ኰይኖም። ባህታን ሱሌማንን ድማ ካብኣቶም ሃዲሞም ጠፊኦም።)

-17-

ዓንዲ ሕቼ ቃላት ጸር ራኢ ንኽስከም ብብቕዓቱ ክምካሕ ዝኽእል ኣይመስለንን።

ካብቲ እንዳ ቡን ክወጽእ እንከሎኹ ዝሕል ዝበለ ጽሩይ ኣየር ኣስመራ ስለ ዝተቐበለኒ ፍኹስ ኢሉኒ። ጸቒጡኒ ዝነበረ ጸር ናበይ ከም ዘበለ ጎዲሉ ጠፊኡ። ናብ ገዛይ ንኽኣቱ እሞ እቲ ዝተራእየኒ ንኽምዝግብ ተሃዊኸ። ከም ልማደይ ድማ ካብቲ ኣብ ሰንሰለታዊ መድረኻት ዝተራኣየኒ ፍሉይ ተዋስኦታት ሓደ ሲሶኡ'ኳ ዝመዝገብኩ ኣይመስለንን። ኣዛሚትን ዓወት ጓላን ስለ ዘይነበራ ካብ ገዛ ከይወጻእኩ ነቲ ኣብ እንዳ ቡን ዝተራኣየኒ ክስተት ንኽምዝግብ ፈቲነ። ለይቱን መዓልቱን ዘይፍለ ሰለስተ መዓልቲ ሓሊፉ። ንግሆ ይኹን ምሸት ንገዛይ ዝመጸ ኣይነበረን። ከምዚ ዝኣመሰለ ራኢ ናብ ቀለመ-ቃላት ምቕያር ቀንዲ ናይ ወዲ-ሰብ ክንቱነት ከም ዝመስል ኣይጠፍኣንን፣ እንተኹነ ካልእ መገዲ ስለ ዘየለ ኣእሙሮይ ክሳዕ ዝስሕት ስራሐይ ቀጺለ።

እቲ ብሕቑፎ ስንኩል ቃላት ጠምጢመ ናብ መጽሓፈይ ንኸስፍሮ ዝፈተንኩዎ ምስጢር ህይወት ንድኹም ሰብኣዊ ሓይለይ ፈንጺጉ ክበርር እንከሎ ኣይተደሃልኩን። ራኢ ንኢድ ቃላት ራሕሪሑ ክሃድም እንከሎን እቲ ዝተስኣኖ ደራሲ ድማ ሰኣን ዓቕሚ ንተስፋ ቅብጸቱ ውሕጥ ከብል ምርኣይ፣ ኩሉ ስነ-ጥበበኛ ዝስከሞ ዘይምሕር መርገም ምዃኑ ተቐቢለዮ። ሓደ ናይ ፈጠራ ጸሓፋይ ካብቲ ዓቢ ዝተረኣዮ ነገር ቁንጣሮ ጥራሕ ካብ ምጭባጥ ከም ዘይሓልፍ ዘይልመድ የለን እናበለ ክለምዶ ኣሎዎ። መጨበጥ ራኢ ዝኸውን መሳርሒ ኣሎኒ እንተበለ ድማ ካብ ቃላት ንላዕሊ የብሉን። ዓንዲ ሕቼ ቃላት ጸር ራኢ ንኽስከም ብብቕዓቱ ክምካሕ ዝኽእል ኣይመስለንን። ቃላት ኣብ ታሪኽ ወዲ-ሰብ ገና ውልዶታት ኢዮም። ገና መዓንጣ ኣይቆጸሩን። ዝገበርኩ ገይረ ግን ንመጽሓፈይ

ዝኸውን ሞባእ ብዓቕሚ ድኻታት ኣብ እግሪ ትዕቢት ለገስቲ ራኢ ኣውዲቐ። ንዘረኸብኩዎ ኣየስተዋሓድኩዎን። ብመልክዕ ተዋስኦ ዝተደርበየለይ ምጽወታ ራኢ ፈጠራዊ ጽሑፍ ነተን ወሃብተይ ዝበልኩወን ብልበይ ኣመስጊነ። ለገስቲ ስነ-ጥበብ ነቲ ፈራሕ ውነይ ብውሕጅ ውሽጠይ ተደፊኡ ከም ዝሃድም ምስ ገበርኦ፡ ቀደም ደፊረ ይጥምቶ ዘይነበርኩ ራኢ፡ ብፍሉይ መልክዕ ተዋስኦ ገጢመ ከም ዘስተማቕር ገይረናኒ።

ኣብ ሳልስቲ፡ ኣብቲ ጫፍ ኣጋ-ምሸት፡ ሚለና መጺኣትኒ። ስራሐይ ኣሳሊጠ ብዝሑል ማይ ተሓጺበ ዝብላዕ ከናዲ እንከሎኹ ኢያ ሚለና ደበኽ ዝበለት። ድሮ-ንድሮ ጸገመይ ኣለልያስ መግቢ ንኽትረኽበለይ ሃተምተም ክትብል ጀሚራ። እንተኾነ ዓወት ቀልጢፉ መን ኢኺ ኣይበላን። ነቲ ሃተምተም ገልጠምጠም ምስ ወሰኸትሉ ኣብ ከረጺት ዝሰፈረ ጥሕኒ ረኺበ ኢላ ብብርቱዕ ወጪጫ። ፍሉይ ናይ ሓጐስ ድምጺ ፈንያ። እቲ ድምጺ ናብ ከባቢ ገዛይ ከም ዝተባጽሐ ኣይተጠራጠርኩን። ሰንቢዶም ገዛ ዝሹሕኩሑ ጎረባብቲ ግን መጺኦም ኣየሕፈሩናን።

ናተይ ስክፍታ ኣብ ጥቓ ሚለና ኣቢሉ ኣይተጸግዕን። “ኣብ ሳዋ ካብ ዝቐሰሙ ምስጢራዊ ብልሓታት ዳርጋ ብቐዳማይ ክስራዕ ዝኽእል ፍልጠት ኣጠቓቕማ ጥሕኒ ኢዩ። ኣብ ሳዋ ጥሕኒ ካብ ምግብና ሓሊፉ ብደርጃ መድሃኒት ወይ ፈውሲ ተፈሊጡ ኢዩ። ሕጂ ኣቀራርባኡን ኣቀማምኡን ሓድሽ ተባላሕነት፡ ሓድሽ ሞያን ሓድሽ ውሕልነትን ይብህግ ሰለ ዘሎ ብዘመናዊን ምዕቡልን መሳርሒ ንኽዳሎ ብህርኩታት ሊቃውንቲ ኤርትራውያን መጽናዕትታት ይግበር ኣሎ። እቲ ዝበልኩኹም ምሁር ዓርከይ ምስጢር ጥሕኒ ምስ ተረድአ ንኻልእ መግቢ ንዒቑ ነይሩ። ጥሕኒ ቀለብ ፍቕሪ ኢዩ ዝብል ነይሩ። ጥሕኒ እንተ ዘይነብር ነቲ ዝትርጒሞ ዝነበረ ተዋስኦታት ከሳልጥ ይኽእል ከም ዘይነበረ ገሊጹለይ። ኣብ ሳዋ ጥሕኒ ካብ ድሩቕነት ናብ ጭቃውነት ቀጺሉ ድማ ናብ ፈሳስነት ምስ ተቐየረ መኣዝናት ጥቕሙ’ውን ቀደም ናብ ዘይተራእዩ ዕላማታት ክእምቱ ከም ዝኽኣሉ ዝምስክሩ ሓያሎ መርትዖታት ኣሎዉ። መበቆላዊ መንበሪኡ ገዲፉ ኣብ ዘመናዊ ፕላስቲካት፡ ታኒካታትን ጠራሙዝን ክዕቆብ ምስ ጀመረ ኣይተደናገረን። እኳ ደኣ ዘይነበሮ ሓድሽ ቅርጽታትን መኣዛታትን ከወፊ ጀሚሩ። ምስ ብዙሓት ቀመማትን ካልኦት ዓይነት መግቢን መስተን ብምትሕብባር ኣብ ታሪኹ ዘይነበረ ላዛ ጣዕሚ ንነበርቲ ኣበርኪቱ። ኣብ ምግብና

ከይተወሰነ ድማ ኣብ ሕክምና ዓቢ ሓገዝ ገይሩ። ኣብ ምዝንጋዕ ርኡይ ተራ ከም ዘሎዎ ዝመስከሩ'ውን ሒደት ኣይኰኑን። ከም ዝብሉዎ ፈሳሲ ባህርያቱ እናተጠቕሙ ምሉእ ጓይላ ኣሕሊፍና ዝብሉ ኣሎዉ። ብዛዕባ ስነ-ኣእሙራዊ ጥቕሙ'ኳ ዘከራኸር የለን። ጥሕኒ ኣሎ እንተ ተባሂሉ ደቂሱ ዝዓግብ ብዙሕ ኢዩ፡" እናበለት በቲ ብርቱዕ ድምጻ ገሊጻትለይ።

ከምኡ ኢላ ነቲ ኣብ ሃተምተም ዝጎነፉ ጥሕኒ ብዘይ ዓቕን ኣብ ስሓን ኩዕያ ምስ ማይ ኣካዊሳቶ። ኣብ ቀረባ ብዝጎነፉ መኸስ ኣዳዊሳ ድማ ኣብ ሓጺር እዋን ካብ ጭቃዊ ባህሪኡ ምስ ፈሳሲ ዕድሉ ኣራኺባቶ። እዚ ከይኣክል፡ ምሕባራ እናቐጸለት ካልእ ነገራት ወሲኻ መረቑ ከተሰማምዖ ጀሚራ። ኣብ መዝሓል መግቢ ዝተረኽበ ጸባ፡ መዐቀቢኡ መሊኡ ዝነበረ ሽኾር፡ ብማንካ ዝተጋሕጠ ኣዋዘ፡ ድርቕ ኢሉ ዝነበረ ኵዕሶ መዓር፡ ካልኦት ኣብ ውሽጢን ከባቢን ከብሒ ዝተረኽቡ ነገራት እናሕበረት ዝሕየኽ ዱቋ ምስ ፈጠረት፡ ናብ ዓቢ ድስቲ ገልቢጣ ኣፍሊሓቶ። ተወሳኺ ማይ ጸንቢራ ከኣ ከም ሕሱም ብምሕባር ፈለኽለኽ ኢሉ ክሳዕ ኵዕሶታት ኣዒንቱ ገላቢጡ ታዕ እናበለ ክነጥር ዝጅምር ተጸብያቶ። ደሓር ብውዑዩ ናብ ክልተ ዓበይቲ መስፈር መረቕ ነክያ ከምዚ ንደቃ ጆባእ ትብል ኣደ ስተ ኢላትኒ። ንርእሳ ድማ ኣይበቐቐትን። ከክልተን ፈረቓን ኩባያታት ከብዲና ክትርባዕ ክሳዕ ዝደሊ ሰቲና።

ጥሜተይ ዓዲ ሓዲጉ ተበቍጹ። ጽጋብ ከኣ ሓድሽ ሓይሊ ፈጢሩለይ። ቀመም ዘሎዎ ሻሂ ምስ ደጋገምኩ'ሞ ምሉእ ዘይጉዱል ሩፍታ ረኺበ። ኣብቲ መቐበል ኣጋይሽ ረማዕ ኢለ ኮፍ ምስ በልኩ ኣካላት ሚለና ነቲ ኣብ ፊተይ ዝነበረ ንእዲ ዝኣክል ኮፍ መበሊ ምልእ ከብሎ ኣስተውዒለ። ክልተና ተንሲእና ኣብ ዓራት ተጋዲምና። ለይቲ ፍትወት ኣሕሊፍና ንግሆ ምስ ነቓሕና ገጽ ንገጽ ኣይተጠማመትናን። ሚለና ሻሂ ብምፍላሕን ብምቕዳሕን ሕዱር ስምዕታኣ ክትገልጽ እንከላ ኣነ ድማ ነቲ ኣብ መስኮት ኮምፕዩተር ዝተቐልቀለ፡ ሰለስተ መዓልቲ ዝወድኣለይ ጽሑፍ፡ እናተመልከትኩ ኣብ መንጎ ፊደላት ዝተሓላለኸ ኣካላት ሚለና ከም ፈትሊ ሳርየት ዝጥምጥሞ ዝነበረ ምልክት ህይወት ክርዳእ ጽዒረ። ኣካላተይን ምሉእ ህልውናይን ኣብ ቅብኣት ሽታ ሚለና ተኣሊኹ ዝወጽአ ኰይኑ ተሰሚዑኒ። ብሚለና ጠልቂየ። ዘንብቦ ዝነበርኩ ጽሑፍ ብድምጺ ሚለና ናብ ኣእሙሮይ እናለሓኹ ዕውንውን ኣቢሉኒ። ትርጕም ፊደላት ድማ ኣብ መቓልሕ ድምጽታቱ ተሰዊሩኒ። ብናይ

ትማሊ ውዑይ ናይ ድልየት መኣዲ ስምዒት ንመበል ክንደይ ግዜኣ ጠንጢናትኒ ንዝኸደት ኣዛሚት ሕነይ ፈድየ ድየ ክብል? ሚለናኸ ደበሰይ ድያ? ወይ ከም ክፍሊት ጋር ነብሲ ኰይና'ያ ትዋሳእ ዘላ? ብኣካላታ እናጠበረት ናብ ውሽጢ በዓታ ትሓብኣኒ ዘላ እቲ ዝወሓጥኩዎ ጓሂ ሓቒቑ ክጠፍኣለይ ተመንያ ድያ? ካብ መንደቕ ኣካላት ሚለና ንውሽጢ ሰጊረ ዝበጻሕኩዎ ጥልቀት ግን የለን። ሃው ዝበለ መዕረፍ እግሪ ዘይብሉ ጉድጓድ ገጢሙኒ። እቲ ተፋሒሰ ከርክቦ ዘይክእል ደልሃመት ከኣ ኣፍሪሑኒ። ሕቚፎ ሚለና ጒዕዞ ዕዉር ድልየት ኢዩ ነይሩ። ናታ ትምኒት ግን ኣይተረድኣንን። ምኽንያት ርክብና ልክዕ ከምቲ ምስ ኣዛሚት ንሓቂ ከይተቓልዐ ብኽዱኑ ኢዩ ተሪፉ። ዋላ ናይ ኣዛሚት'ውን ክሳዕ ሕጂ ብድብድቡ እንደኣሉ ዘሎ።

ኣብ ባሕሪ ህይወተን ተኣሊኸ ናብ ገምገም ውኑይ እናኸምለሰ መብዛሕትኡ ብዛዕባ መጽሓፈይ እሓስብ። ንሳተን ከኣ ብዛዕባ ናብራኣን ይሓስባ ይኾና። ኣዛሚት ካብ ቀደም ጀሚራ ገዲፋትኒ ምእላይ ልማዳ ኢዩ። ብዙሕ ሻብ ራሕ ኣቢላትኒ ፍልይ ክትብል እንከላ ከም ምግዳፍ ትቑጸሮ ኣይትቑጸሮ ሓቲተያ ኣይፈልጥን። ኣነ'ውን ብሸመይ ከም ዝርእዮን ዝቕጽሮን ኣይሓሰብኩሉን። ከም ዝመስለኒ ኩሉ እናወሓጥኩ እየ ነዚ ዓለም ነይረዮ። ከምዚ ዝመስል ርክባትን ዝምድናታትን ካብቲ ዝርድኣኒ መዳዩ እቲ ዘይርድኣኒ ጎኑ ይዓዝዝ። ሕጂ ድማ ኣዛሚት ንመበል ራብዓይ ድዩ ሓሙሻይ ጓላ ሒዛ ገዛይ ገዲፋ ከይዳ። ናብራ ከረን ከም ዝሕሻ'ውን በቲ ናይ መወዳእታ ዝበለቶ መልእኽታ ተቐቢለዮ። እቲ ካብ ወጋሕታ ንቕሓት ጀሚሩ ብህርመት ትንሳእ ሕልበት እናተሰነየ ዝረፍድ ዝነበረ መዓልቲ ሕጕስቲ ጸሓይ ንዓይ ጥራሕ የገልግል ከም ዝነበረ ንምግላጽ፡ "ንመጽሓፍካ ትነብር ስለ ዘሎኻ ፍቕሪ ኣወፍየላ፡" ኢላትኒ ኣብቲ ናይ ዳሕረዋይ መልእኽታ።

* * *

ኩላተን መጥቃዕትታት ምስ ሓለፈን ኢየን ናባይ ዝቐርባ ይመስለኒ። ከይሓሰብኩሉ ዘይተፈልጠ መዕቀብ ነዳያን ፍቕሪን ውርዝውናን ኰይነ። ብነውጽታት ማዕበል ፍትወት ካብቲ ናብቲ ክብላ ጽባቐኣን ዘህሰሳ ኣዋልድ ኮና ኣንስቲ ንመዝሓል እግረን ኢየን ገዛይ ዝኣትዋ። ገሊኤን ንመኣበድ ቃንዛ ቁስሊ ሕልናኣንን ሕፍረተንን ኢየን ዝቐርባኒ። ጸማልያታት ረኽሲ ህይወት ዝኾና ኢየን ዝፈትዋኒ። ሕይሽ ምስ በለን ምሳይ ኣይውዕላ ኣይሓድራ።

ናብቶም መጥቃዕቲ ሰብኣውነተን ናብ ዘውረዱ ሓይልታት ንኽምለሳ ዘርእያኦ ተሃዋኽ ብዙሕ ግዜ ተዓዚበ። ናተይ ጉድለት ድማ እፈልጦ እየ። ድላየን ይኹና ካብ መጽሓፈይ ጥራሕ ኣይፈላልያኒ እየ ዝብል። ኩላተን እንተ ዘይኩናʼውን ገሊኦንስ ነቲ ውሽጣዊ መንነተይ ርእየን ይኹና እብል። ኣዛሚት ከይዳ፡ ሚለና መጺኣ ቃልሰይ ምስ መጽሓፈይ ኢዩ። ናይ ሚለና ፍቕሪ ግን ናብ ድላዩ ደኣ የብል እምበር ብሓቂ ክቖርቦ ክጽዕር ወሲነ። መጽሓፈይ እውን እቲ ትደልዮ ሓቂ ኢያ ስኢና ትኸውን። ሓደ ካብ ርቱዕ ምንጭታት ሓቂ ትብዓት ኢዩ። ተባዕ እንድሕሪ ኰይነ ኣፍቅረኪ ኢለ ኣየፍቅረካን ዝብል ምላሽ ንኽቕበል ክኽእል ኣሎኒ። እቲ ሓቂ ድማ ካብቲ ናይ ሓቂ ቃንዛ ፍቕሪ ምወጸ ነይሩ። ስነ-ጥበባዊ ሓቒʼውን ካብ ቃንዛ ውድቀት ኢዩ ንብርሃን ገጹ ዝዓርግ። ነቲ ብራኢ ተዋስኦታት ዝተኸሰተለይ ስእሊ ህይወት ናብ ቃላት ንምቕያር ዝገጥመኒ ዘሎ ጸገም ምስ ኣንበብተይ እማን ክገብር ትብዓት የድልየኒ። ካብቲ ዝተራኣየኒ ቁንጣሮ ጥራሕ ኣቕርብ ከም ዘሎኹ ክቕበሎ ኣሎኒ። ሕቘፎ ሚለና ብምሉኡ ጥምጥም ፍቕሪ ከም ዘይኰነ ንምቕባል ግን መሪሩኒ። መዓስ ደኣ እየ ምሉእ ፍቕሪ ዝዓትር? መዓስ ደኣ እየ ራኢ ከም ዘሎዎ ናብ ቃላት ዝቕይር? ኣብ መጽሓፍ ፈላስፋ ህንዲ ግን ጽላሎት ምላሽ ተወዝ ክብል ዝርኣኹ ይመስለኒ። "ሓጢኣት ዘይፈርሕ ስነ-ጥበበኛ ራኢኡ ብምሉኡ ናብ ስነ-ጽሑፍ፡ ሙዚቃ፡ ስእሊ፡ ቅርጺ፡ ተዋስኡ፡ ፊልምን ግጥሚን ክቕይር ይህቅን። ቅድሚ ሕጂ ዝተዓወተ የለን፣ ዝዕወት ድማ የለን። እቲ ጽባቐ፡ እቲ ሓቂ ኣብ ትሕትና ሰብ ኢዩ ዝርአ። ናጽነት እውን ከምኡ ኢዩ። ንፍጹምነትን ምልኣትን ናጽነት ብምሉኡ ናብ ናብራ ዓለም ክቕይር ዝኽእል ሓይሊ የለን። ናጽነት ኣብ መንጎ እቲ ክኸውን ዝኽእልን ኣብቲ ዝተዓቀበን ዘሎ ፍልልይ ምስ ርኣኻ ትፍኑዎ ዕልልታን ኣውያትን ኢዩ። እቲ ዕልልታን ኣውያትን ኢዩ ጽላሎት ናጽነት። እቲ ባህታን ጓሂን ናጽነት ቀረበ፡ ረሓቐ እናበለ ንህይወት ይእብድ፡" ኢሉ ጽሒፉ ፈላስፋ ህንዲ።

ጽባቐ ሚለና ኣብቲ መንጎ ዝተሓዝአን ኣብቲ ብምሉኡ ክውነን ዘይክእል ኣካላታን ተኽእሎታታን ዘሎ ዘይጭበጥ ፍልልይ ኢዩ። ጽባቐ ነቲ ዘይምንጠል ዘይዓተርኩ ካብ ምባል ዝወርድ ቀቢጸ ተስፋ ኢዩ። ጽባቐ ስነ-ጥበብ ድማ ብዓይኒ ስነ-ጥበበኛ እንድሕሪ ኰይኑ ኣብቲ ኣብ መንጎ ራኢን ትግባረን ዘሎ ፍልልይ ኣሰሩ ይርከብ። እቲ ዘይርከብ ዓወት ዘይኰነስ እቲ ቅብጸት ፍጹም ተኽእሎ ኢዩ

ጽባቐ እናበልኩ ውራይ መጽሓፈይ ቀጺለ። ሚለና ድማ ብዘይ ጸገም ኣብ ገዛይ ሰፈራ። ምሳይ ምቕማጣ ገዛ መሞቒ ኰይኑኒ። ንጃሕጃሕ ኣዛሚት ዝለመደ ገዛ ንበይነይ ክብሕቶ ምኸበደኒ።

* * *

ጽባቐኣ ኣብ ብዙሕ ተግባራታ ይርኣየኒ -- ዋላ ኣብ ጉድለት ጠባያ። ከም ኣዛሚት እንኩም ኣይትፈልጥን። ዝዓዘዘ ሓይላ ኣብ ምውሳድ ኢዩ። ፍልጠት ክትዘምት ትደሊ፡ ዕርክነት ክትሓፍስ ትጽዕር፡ ዕድል ክትሓቁፍ ትቐረብ፡ ደገፍ ክትቅበል ድማ ትጽበ። ንዋታዊ ሃረርታ ግን ኣይተዓዘብኩላን። እዚ ኩሉ ብጽቡቕ ከም ዝቕበሎ ስለ እትፈልጥ ፍሉይ ሰብ ገይራ ክትርእየኒ ምደለየት። ብኻልእ ወገን ግን ንዓይ ንምርካብ ዝኸፈለቶ ዋጋ እንታይ ምዃኑ ንምርግጋጽ ውሽጠይ ክትፍትሽ ላሕ ትብል። ብኻልእ ኣበሃህላ ዋጋይ ንኽትልክዕ ኣነ ንዓኣ ክንደይ ዋጋ ክኸፍለላ ከም ዝተቐረብኩ ንምግማት፣ ወይ ድማ እንታይ ሂባ እንታይ ክትረክብ ከም እትኽእል፣ ከምኡ'ውን ኣነ እንታይ ከፊለ እንታይ ክረክብ ከም ዝጽዕር ንምፍላጥ ጽዒራ። ልክዕ ከም ምስ ኣዛሚት ወይ ምስ ብዙሓት ካልኦት ግን መሰረት ርክባትና ብድብዱቡ ይተርፍ ነይሩ። ሚለና ግን ክትፍሕር ግዲ ደልያስ ንመጽናዕታ ዘድልዩ ዘይቋረጹ ሰንሰለት ሕቶታት ተቐርበለይ ዝነበረት ኰይኑ ይስምዓኒ። ትእመኖ ኣይትእመኖ ደኣ ኣይፈልጥን እምበር፡ “ርክብና ብዝኾነ ዋጋ ዝምዘን ኣይኰነን። ንዕኡ ዝኽፍል ዋጋ የለን፡” ኢለያ ነይረ ሓደ መዓልቲ፡ እንታይ ከም ዝተራኣየኒ እንድዒ።

ሓደ መዓልቲ ትጃር ብዘረባ ዘረባ ብዛዕባ ሚለና ኣልዒሉለይ። “ንስኻ ንሚለና ሰብ ኣይኰንካን። ጎቦ ኢኻ። ኣብ ከብሕታት ብራኼታትካ ክትዑቀብ ኢላ ኢያ ትሓኹረካ ዘላ። ስጋዊ ርክባታ ንዓኻ ከተወፍዮ ኣይትኽእልን ኢያ። ብስጋዊ ርክባት ዝረብሓትሉ ግዜ የለን። ኣካላታ ብዘይ ሓደ መኽሰብ ቀደም ኣብ ፎቖዶኡ ኣንጠብጢባቶ ኢያ። ሕጂ'ውን ቀደም ዘይተረኸበ ገለ ረብሓታት እንተ ረኺብኩ ኢላ ኣብዚን ኣብቲን ትበታትኖ ኣላ። ምሳኻ ግን ብስጋ ክትጻወት ኢላ ትደኪ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ብስጋኣ ተጻዊቱ ንመንፈሳ ዘዕገበ የለን። ንንስነታ ዝፈቅድ ሰብ ተናዲ ኣላ። ካባኻ ስጋ ዘይኰነስ መንፈስ ትጽበ ኣላ። ኣብ ጫፍ ጎቦ እናማዕደወት ተፍቅረካ ኣላ። በጃኻ ካብቲ ብዓይኒ ሚለና ዘሎኻዮ ሰማይ-ለኸ ዓቐብ ናብ ሸው ዝበለ ጸድፊ ኣይተንቆልቁል። ኣይትውረድ። ኣብ ንእዳ ምስኣ ኣይትጋደም። እንተወሓደ ነዚ ሒዛቶ ዘላ ተዋስኦ ክሳዕ

ትፍጽሞ፥” ኢሉኒ ዳርጋ ብልማኖ።

“ሓቂ'ኻ! ነዚ ሓድሽ ተዋስኦ ብመራሒት እጃም ክትጻወት ምስ ቀረጽካያ ንስጋዊ ርክብ ተሓሪማ። ሕጂ ኣዝዩ ነጺሩለይ። ነዚ ሂብካያ ዘሎ'ኻ ጠባይ ብግቡእ ንተዓዘብቲ ንምቕራብ ጥራሕ ኣይኮነትን ትጽዕር ዘላ። ነቲ ጠባይ ከም ልባስ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ንስነታ ከተስርጾ ተበጊሳ ኣላ። ብእኡ ገይራ ንስነታ ክትቅይር ኢያ ተቐሪባ። እታ ሚለና'ያ ኢልካ ዝፈጠርካያ ተዋስኣዊት ጠባይ ኣብ ገሊኡ ታሪኻስ ኣንጻር ሕሉፍ ህይወት ሚለና ኢዩ። ሚለና ክትውንኖ ዘይከኣለት ተውህቦታት እውን ኣሎዋ። ሚለና ንተዋስኣዊ መድረኽ ኣይኮነትን ትቕረብ ዘላ። ንናይ ሓቂ ህይወት መድረኽ ኢያ ትእምት ዘላ። ሓጋዚኣ እየ። ትምኒታ ንኽትረክብ ንድሕሪት ከም ዘይብል ኣይትጠራጠር፥” ምስ በልኩዎ ትጃር ሓፍ ኢሉ ኣብ ግንባረይ ስዒሙኒ።

“ንሚለና ጥራሕ ኣይኮንካን ትሕግዝ ዘሎ'ኻ። ብዓቢኡ ንዓይ። ንዓ'ኻን ንኤርትራውያን ኣፍቀርቲ ስነ-ጥበብን ተስፋ ትህብ ኣሎ'ኻ። ነዚ ናተይ ተዋስኦ ሚለና ጥራሕ ኢያ ክትገጥሞ ትኽእል። ም'ኽንያቱ ሚለና ንሰብ ኢላ ኣይኮነትን ትዋሳእ። ንርእሳ ኢያ። ጓል ጸሓይ ስነ-ጥበብ ኢያ። ከምዘን ንርእየንን ዘሎና ብሰብ ተወሊዐን ብሰብ ዝጠፍኣ ኩራውዝቲ ኣይኮነትን፥” ኢሉኒ እናሰሓቐ።

“እንታይ ኴንካ ደኣ ትስሕቕ?” ኢለ ሓቲተዮ።

“ዓቢ ጸሓፊ'የ'ኳ እንተበልካ ሚለና ኣዐርያ ኢያ ትፈልጠካ። ‘ለጋስ ይመስል እምበር በቃ'ቕ ኢዩ። እቲ ዝህበካ ነቲ ቦታ ስኢኑ ዝንጠባጠብ ፍልጠቱ ኢዩ። ፍቕሩ ግን ምስ መጽሓፉ ኢዩ። ከማና'ሞ ቀለብ ስነ-ጥበቡ ኢና’ ክትብለካ ሰሚዐ።”

“ከምኡ ደኣ ይብሉ'ኻ!” ኢለዮ ንትጃር። “መጽሓፊይ እኮ ኣብ ኢደይ ዘሎ ኣይኮነትን ትቕበል። ነቲ ገና ዘይማረ'ኽኩዎ ሃዋህው ኢያ ትቋመት። ዘየሎ ፍጠር ኢያ ትብለኒ። ሚለና'ውን እቲ ዘሎኒ እንተ ወፈ'ኹላ ኣይተሓጕሰትን። እቲ ዘይብለይ ከይህባ ግን ብመጽሓፊይ ተቐዲሙ። ንሚለና ብጽላለ ክቐርባ ኣይደለ'ኹን። ምስ ልበይ እየ ዘሎ'ኹ። ዕብዳነይ ቀደም ሞባእ መጽሓፊይ ገይረዮ እየ። ምሳይ ትገብሮ ዝነበረት ርክብ ፍትወት ብሓደ ወገን ከም ክታም ተኣማንነታ ብ'ኻልእ ወገን ድማ ብኣኣን ከምኣን ከም ምስክር ተደላይነተይ እየ ዝቖጽሮ ይመስለኒ። ንሱ እንድሕሪ ካብ ርክብና ኀዲሉ እንታይ ከም ዝተርፍ ኣይፈልጥን። እቲ ድላይ

ፍትወተይ ተነጺጉ ኢለ ዓማጺጸ ዝውሕጦ ዘሎኹ ሕቡእ ሕፍረት ካብ ምጽማም ሓሊፉ መአበዲ የብሉን። ሚለና ንሕፍረተይ ክእብድ ዝኽእል ህያብ እንታይ ኣሎዋ? እንታይ ክትህበኒ ትኽእል? ዘሎዋ የብላን። ስነ-ጥበባ ንኸተምልኽ ዝሕግዝ ፍልጠት ግና ኣይበቀላን እየ። ምኽንያቱ ጫፍ ስነ-ጥበባዊ ፍጹም ተኽእሎኣ ክትበጽሕ ንዓኣ ኢለ ጥራሕ ዘይኰነስ ንጻውዒት ስነ-ጥበብ ክብል ናብቲ ዝለዓለ በረኽ ቦታ ዕግበታ ነፊራ ክትዓልብ ክርእያ እምነ። መኽሰበይ ከኣ ንዕቤት ስነ-ጥበብ ምስታፊይ ኢዩ እንተኾነ። እቲ ኣብ ቀይዲ ዘእተኹዎ ዘይዓገበ ፍትወተይ ተስፋ ከይሓጠየ ንሚለና ሓገዝኩ ኢሉ ጥቓ መገዲ ዕግበት ኣቢሉ እንተ ቀሪቡ ግን ዓወት ድዩ ሕፍረት ክስመዓኒ ክትንበ ኣይክእልን።"

"ነዚ ዝደረስኩዎ ተዋስኦ ኢኻ ክትተናኽፍ ጸኒሕካ። ከም ትፈልጦ መብዛሕትኡ ኣብ ናትካን ሚለናን ታሪኽ እየ ሃኒጸዮ። ሕጂ ከተውጽኦ ዝፈተንካ ሓቅታት ግን ነቲ ታሪኽ ኣብ ሃው ዝበለ ሜዳ ስምዒት ሃጽ ከብሎ ኢዩ። ብነውጺ ህቦቡላ ዛንታ ፍቕሪ ተዓዚብቲ ኣብቲ በረኻ ስምዒት ተደርብዮም እንታይ ክዛረቡ ከም ዝኽእሉ ካብ ሕጂ ብፍርሓት ይግምት ኣሎኹ። ፍቕሪ እንታይ ኢዩ ክብሉ ኢዮም። እምበርዶ እቶም ዝጽሕፉ ይፈልጥዎ'ዮም እናበሉ ክሓቱና ኢዮም።"

"ነቶም ተዓዘብቲ በሎም ኣንበብቲ ወይ ሰማዕቲ ንሕና ምስ ዘይመለኽናዮም ስምዒታት ንኽገጥሙ እኮ ኢና ባዕልና ኣብ ዘይንፈልጦ በረኻ ንዕድሞም ዘሎና። ኣብኡ እንተ ጠፍኡኸ? ኣብዚ ድሕሪ ኲናት ዘሎ ግዜ ህዝቢ ኤርትራ ገሪሙዎ ኣሎ። ካብዞም ብስም ፍቕሪ ዝቐርቡ ዘሎዉ ዘይተገንሑ ዛንታታት ዝሓይሽ ክንደርስ ዝግብኣና ይመስለኒ። ፍቕሪ'ባ ከይጸልእ ሰብ፡" ኢለዮ እናሰሓቕኩ።

ትጃር ብዘረባይ ከም ዘይተጎድአ ብፍሽኽታኡ መስኪሩለይ።

"ኣጆኻ ኣይትጨነቕ። ናትካን ናይ ሚለናን ፍቕሪ ናይ ኩሉ ሰብ ዛንታ ፍቕሪ ኢዩ። ግዙእ ስነ-ጥበብ ስለ ዝኾንካ ኢዩ ከቢዱካ። ፍርሒ'ዩ ካብ ናይ ሚለና ፍቕሪ ጋሪዱካ። መትከል ፍቕሪ የብልካን። ምስ ኩለን ዝገጠማኻ ወሰና-ወሰን ፍቕሪ ምኻድ ለሚድካዮ ኢኻ። ዕዳ ህይወት ንኽትከፍል ኣይተቐረብካን። ብፍቕሪ ንኽትደሚ ኣይወሰንካን። ሕፍረት ፍቕሪ ኣይጠዓምካን። ውርደት ፍቕሪ ኣይቀመስካን። ካብቲ ዕረ ፍቕሪ ኣየውረድካን፡"

እናበለ ከም ሰንሰለት ዝተኣሳሰረ ዘረባ ዘርጊሑ።

እዚ ኩሉ መደረ ፍቕሪ ብዛዕባይ ድዩ ወይስ ብዛዕባ ተዋስኦኡ እናበልኩ ኣስተንቲነ። ተዋስኦኡ ከሀብትም ክብል ካብ ሓቂ ዝተኸወለ መሲሉኒ። "ቁሩብ'ዶ ኣይበዝሐን? ነቲ ባዕልኻ ዛንታ ኩሉ ምኽኑ ዝገለጽካዮ ፍቕሪ ብስነ-ጥበባዊ ብልሓት እናነፋሕካ ዘይነበሮ ወርዲ፡ ቁመትን ስፍሕን እንተ ሂብካዮ ምናልባት እንድሕሪ ተመሲሉልካ ተፈታዊ ተዋስኦ ይኹነልካ ይኸውን። ብኻልእ ወገን ድማ ተዓዘብቲ እምብዛ ብዘይ ቅጥዒ ኣጋኒንካ ከይብሉኻ እሰግእ። ናብ ናተይን ሚለናን እንተ ተመሊስካ ግን ኣነ ዝኽእሎ ኢዩ። ምስ ሚለና ሒዙኒ ዘሎ ፍቕሪ ኣይኩነን። ፍትወት ኢዩ። ኣካላታን ንእስነታን ንሒደት ግዜ'ውን ይኹን ብፍቓዳን ብድሌታን ክውንን ይኽእል'ዶ ኣይክእልን ዝብል መጽናዕቲ ታሪኽ ህይወተይ እየ ዝገብር ዘሎኹ። ብኣጋጣሚ ከም ሕቡእ ትምኒተይ እንድሕሪ ተመሲሉለይ ድማ ኲይኑለይ ኢለ ንፍሉይ ትዕድልተይን ክእለተይን እየ ከመስግን። ማዕረ እዚን ከምዚን ክገብር ይኽእል እየ እናበልኩ ንነብሰይ ክጥብር ካብ ምኽኣል ሓሊፈ ከኣ ንኸንቱነተይ እቲ ዝዓበየ ቀለቡ ኣበርኪተ ነቲ ዘይዓግብ ሸውሃቱ ከርዊ ላሕ እብል ኣሎኹ።"

* * *

ድሕሪ'ዚ ዘይተዛዘመ ወግዒ ንገዛይ ተሳልየ። ከፊት ምስ ኣቶኹ ሚለና ነቲ ትጃር ብድርሰት ዝፈጠረላ ጠባይ ንምምሳል ጥራሕ ዘይኰነስ ብሓቂ ንምኽን እጃማ ክትለማመድ ጸኒሓትኒ። ምስ ርኣየትኒ ጽላለ ተዓሊማ ኣየቋረጸትን። ካብ ሓደ ጸግዒ'ቲ መቐበል ኣጋይሽ ናብቲ ሓደ እናሰጎመት ኢያ ትለማመድ ነይራ። ድምጻ ነቲ ገዛ ይመልኦ ስለ ዝነበረ እቲ ገዛ ከይጸበኒ ፈሪሐ። ካብ ልዕሊ ሓደ ከብሒ ዝተጠረዘ ጽሑፍ ኣልዒላ ሂባትኒ። ነቲ ጥሩዝ ጽሑፍ ቅልዕ ኣቢላ ከኣ ናብ ብሸሊሕ መመልከቲቶ ኣጻብዕታ ዘመልከተትለይ ገጽን ወገን ጽሑፍን ንኸስተውዕል ብሒደት ቃላትን ምልክታትን ኣዚዛትኒ። ጽሑፍ ተመርኵሰ ብምምላስ ንኽገጥማ ትጽበ ከም ዝነበረት ድማ ዝገበረት ገይራ ኣረዲኣትኒ።

ምሉእ ኣካላታ ብዝርግሐ ርሃጽ ተወሪሩ ነይሩ። ብሕልፊ ገጻ ርሃጽ ስለ ዝተኻዕዎ ብምሉኡ ጠልቐዩስ ዝተሓዋወሱ ሕብራዊ ብርሃናት መስመስ ኣቢሉ። ኣብ ክሳዳ ብዝተሓዘለ ስሉም ዓለባ ገይራ ርሃጻ ክትሕብስ እንከላ ነቲ ጽሑፍ ኣብ ጣውላ ኣንቢራ ትምልከቶ።

ደሓር ብኹዳ መልቀስ ብዝተጀልሐ ድበላን ተሓምበለን ኔው ነጀው ምኹላል ትቕጽል። ንገሊኡ ኣረፍተ-ነገራት ብዙሕ ግዜ ብምድግጋም ኣብ ውሽጣ ጉድጓድ ፍሒራ ክትቀብሮ ዝደለየት ትመስል። እተድምጾም ንዝነበረት ቃላት ዘሰንዩ ምንቅስቓስ መሓውር፡ ርእሲ፡ ሓፈሻዊ ምሉእ ቅርጺ ኣካላት ምስ ትርጉም ተዋስኦ ተወሃሂዶም ከም ዝጕዓዙ ብሞያዊ ምልከት ክትሳውር ርእየ ተገሪመ። ብሕልፊ ገጽ ሚለና ጭዋዳታቱ እናፈትሐን እናሸምረረን፡ ኣዒንቲ እናፍጠጠን እናሰምሰመን፡ ኣፍ እናኸፈተን እናገጠመን፣ ኣፍንጫ እናነፍሐን እናሸምቆቐን ብፍኑው ግቱር ስምዒት ገይሩ ማእለያ ዘይብሉ ባህርታት ሓንቲ ተዋሳኣዊት ጠባይ ክውንን ምስ ተዓዘብኩ ደንጽዩኒ።

ሚለና ነታ ናይ ትጃር ሚለና ንምኳን ዘይትገብሮ ኣይነበረን። ብምስለይ ዝተቐርጸ ናይ ትጃር ተዋስኣዊ ጠባይ ጸሓፊ ኣብቲ ሚለና ዝሃበትኒ ደብተር ተዋስኦ፡ ካብቲ ናይ ቃላት መቕሑ ብድምጸይ ናጽነት ህይወት ክለብስ ከም ዝነበሮ ተረዲአ። ተራይ ምብጻሑ ሚለና ክሳዕ ትነግረኒ ነቲ ብቐለም ትጃር ዝተሓንጸጸ ጸሓፊ፡ ብስምዒተይን ብድምጸይን፡ እንተ ከኣልኩ ድማ ብምንቅስቓስ ኣካላተይ፡ ህይወት ከልብሶ ይኽእል'ዶ እናበልኩ ፈሪሐ። ብኢድ ዝተጻሕፈ ኣርእስቲ ተዋስኦ ካብ ርሑቕ ስርቕ ኣቢለ ምስ ተመልከትኩዎ “ፍቕሪ ጸሓፊ” ዝብል ኣንቢበ፡ ሰሓቐይ ክዓግት ኣይከኣልኩን። ብዓውታ ካዕካዕ ኢለ ድማ ስሒቐ።

ሚለና ልክዕ ከም ቈልዓ ገሲጻትኒ። ብማእከል ካትም ከናፍራ ዝፈነወቶ፡ ናብ ፋጻ ዝቀራረብ ሽውታ ንፋስ-ቀልቀል፡ ነቲ ኣብ ከንፈራ ዝተጸግዐ መመልከቲቶ ኣጻብዕታ ሓሊፉ ንኸበሮ እዝነይ ኣሾቕሪሩዎ። ኣብቲ ገዛ ዝፍጠር ዝነበረ ሓውሲ ስነ-ጥበባዊ ዓለም፡ ደረጃ ስልጣን ሚለና ኣብ ልዕለይ ከም ዝዘንበየ ፈሊጠ፡ ንትእዛዛ ለጥ ኢለ ተቐቢለዮ። ተራይ ምብጻሑ ሚለና ብመግናሕታዊ ምልክት ምስ ሓበረትኒ ከኣ ነቲ ኣብ ደብተር ትጃር ዘሎ ተዋሳኣዊ ንስነተይ ብድምጸይ ህይወት ክህቦ ተቐሪበ።

ድሕሪ ክንደይ ትጽቢት ተራይ በጺሑ። ኣብቲ ንኻልእ ኣገልግሎት ተሃኒጹ ሕጂ ከም መድረኽ ክብ ዝበለ በሪኽ ቦታ ሚለና ኣቐድም ኣቢላ ደው ክብለሉ ሓቢራትኒ ናብ ዝነበረት ኵርናዕ ገዛይ ኣቢላ ክትሳለ ጀሚራ።

(እቲ ብኣኣ ዝድገም እጃማ ብቓላ ኣጽኒዓቶ ስለ ዝነበረት ደብተራ ከይተመልከተት በቲ ብርቱዕ ድምጻ ገይራ)

ሚለና፥

ናተይን ናትካን ርክብ ወይ ዝምድና ንቡር ድዩ መስተንክር? እንታይ ኢዩ ሓይሉ? እንታይ ኢዩ ድኻሙ? መንፈስ ዲኻ ናብ ስጋ ክትቅይር? ኣነ ናብ መንፈስካ ክዓርግ ንስኻ ድማ ናብ ስጋይ ክትወርድ ክምኡ ኢልና ክሳዕ መዓስ? ክሳዕ መዓስ?

(ኣብቲ ጥሩዝ ጽሑፍ ተዋሳእቲ እጃመይ ንምርካብ እናተጸገምኩ)

ጸሓፊ፥

እዚ ዓይነት ክብሎ ዝኽእል ርክብ ኣይኰነን። ስቓይ ግን ኣሎዎ። ካባኺ እንታይ እየ ደልየ? እንታይ ክትህቢ ወይ ክትክልኢ ትኽእሊ? ክልተና እቲ ዝወሃብን ዝኽላእን ንፈልጠ ዲና? ኣየናይ ኢዩ ልዑል? ኣየናይከ ትሑት?

(ካባይ ርሒቓ፥ ንገጻ መልክዕ ጓሂ ኣልቢሳ ታሕቲ ታሕቲ እናጠመተት)

ሚለና፥

እስኪ ነዚ ናብ ሰማይ ዝውንጨፍ ዘሎ ኵናት ዕላማይ ጠምት። ጥርዚ ስነ-ጥበባዊ ተዋስኦ ምስ በጻሕኩ እየ ሰብ ኰይነ ዝብል። ነታ ናይ ሓቂ እኳ እንተ ዘይኰነ ነታ ስነ-ጥበበኛ ሚለና ክረኽባ እየ። ትጃር ጽሒፋዋ ዘሎ ሚለና ጽላሎተይ ኢያ። ብርግጽ ንሓንሳብ ብገለ ገለ ተውህቦታት ጸብለል ትብለኒ ትኸውን፣ ክንዳይ ግን ኣይትኣክልን ኢያ። ናተይ ሕርቃን የብላን። ናተይ ስቓይ ኣየሕለፈትን። ኣነ ሳላ ተዋስኦ እየ ስምዒት ዝገልጽ ዘሎኹ። ናይ ሓቂ ስምዒተይ ገና ኣብ መቓብር ኢዩ ዘሎ።

(ናይ ሚለና እጃም ካብቲ ደብተር ዘይምኻኑ ተረዲኡኒ ካብይ ከም ዝምልሽ እናሓሰብኩ።)

ጸሓፊ፡

ካብ ደብተር ተዋስኦ ድየ ክምልሸልኪ? ካብኡ እንድሕሪ ኰይኑ ቀሊል ኢዩ። ሰስጋኡ ንዓና፣ ዓዓጽምቱ ንኸልቢ እንዳ ኀይታና ኢለ እየ ዝምልሸ። ኣነ ድማ ኣይግድሽንን ኢዩ። ናብ ንእደይ ኣይትውረድ፡ ሰማየይ ጠምት፡ ኵናት ዕላማይ ጠምት፡ ወዘተ. ሰሚዐዮስ ተቐቢለዮ ይነብር ኣሎኹ። ብዝበቐቕክለይ ስጋ ግን ስምዒተይ ከም ዝቐሓረ ፍለጢ። ንሰብኣዊ ከንቱነተይ ደኣ ብምንታይ ክእብዶ?

(ብቑጥዓ ገጽ ገጸይ እናጠመተት)

ሚለና፡

ዝተጻሕፈ ዘይተንብብ? ዓቢ ጸሓፋይ እየ ኢልካ ዲኻ? ዘየሎ ካብ ተቋመት ኣብ ቅድሜኻ ዝተዘርግሐ ዘይትርኢ? ኣብ ገዛኻ እንድየ ክቕመጥ ጀሚረ ዘሎኹ። ናብቲ ንስኻ ትሓልሞ ሃዋህው ወንጭፊኒ እምበር ናብ ንእደይ ኣይትውረድ እንተ በልኩኻ ተጋግየ ድየ? ንመንፈሰይ እምበር ንኣካላተይ ኣይተመነኹኻን። ስጋዊ ርክብ ምስ ካልኦት እምበር ምሳኻ ተሓሪመዮ እየ።

(ሰሓቕ በዚሖ እና'ስዓለኒ)

ጸሓፊ፡

ኣየ ትጃር! ሰስግኡ ንዓና፣ ዓዓጽሙ ድማ ንኸልቢ እንዳ ኀይታና ኢሉ ድዩ ጽሒፉ? ኣካላትኪ ንዕኡ መንፈስኪ ድማ ንዓይ ድዩ ክኸውን? ወይ ከምቲ ናይ ጀርመናዊ ደራሲ ጌተ ስጋ ሂቡ መንፈስ እንተ ዘሕድግ ዶኾን ምሓሾ?

(እናነደረት)

ሚለና፡

እቲ ጽውጽዋይ ረሲዕካዮ ትኸውን ደኣ'ምበር፣ ኣብቲ ናይ ቀደም ዛንታ ቈልዑ ኢላ ኣዛሚት ጽሒፋቶ ዘላ መጽሓፍ፡ እቲ ሰስጋኡ ብጌጋ ይኹን ብጉርሒ ንኸልቢ እንዳ ጎይታና ከይዱስ ነቲ ሃሪፉ ክበልዕ ዝመጸ ኣዕጽምቱ ጥራሕ ከም ዝተጸበዮ ኢዩ ዝገልጽ።

(ትጃር ከመይ ኢሉ ከም ዝኣተወ ከይተፈልጠ። ብምሒር ተሰፉ ምቑራጽ ርእሱ ነቕነቐ።)

ትጃር፡

ስለምንታይ ጽሑፍ ዘይትጥቀሙ? ሚለና ኣይትዓሽዊ። እዚ ፍቕሪ ጸሓፊ ኢለ ዝሰመኹዎ ተዋስኦ ኣይትንዓቕዮ። እቲ ዝዓበየ ድርሰተይ ኢዩ። ዝዓበየ እጃም ተዋስኦ ንምጽዋት ምብቃዕኪ ንዕድልኪ ኣመስግኒ። ትፈልጥዮ እንዲኺ! እዚ ክፋል መን ክትጻወቶ ተሓሲቡ ነይሩ ይመስለኪ? እታ ክትወዳደርያ ዘይትሓስብዮ ዝነበርኪ ተዋሳኢት ባዕላ መድረኽ ራሕሪሓ ናብ ስደት ተዋፊራትልኪ። ኮስታሪት ገዛ ኲይና ስለ ዝጠፍኣት ኢኺ እቲ ቀዳማይ እጃም ተዋስኦ ረኺብክዮ። እንታይ ዓይነት ጌጋ ኢያ ፈጺማ? እቶም ትሰርሓሎም ዘላ ገዛ ዓይኒ መድረኽ ተዋስኦ ዓደይ ኲይነ ነይረ እንተ በለቶም ይኣምኑዋ'ዶ? እቶም ከምኣ ኣብ ስደት ዘሎዉ ኤርትራውያንከ?

(ርግእ ኢለ ንትጃር እናተቛመትኩ)

ጸሓፊ፡

ተዋስኦን ህይወትን ምፍላይ ኣብዩና። ኣየናይ'ዩ እቲ ሓቂ ንብል ኣሎና። ብሓንሳብ ኣብ ክልተኡ ኣቲናስ መፍለዪ ስኢንናዮ ይመስለኒ። ኩሉ ተሓዋዊሱና።

(ካበይ ከም ዝመጸ ብዘይፍለጥ መገዲ)

መሓመድ እድሪስ፡

ኣየናይ ሓቂ ኢኹም ትብሉ ዘሎኹም? ሕጂ'ኮ ሓቂ ዝፍልፍሉ ፍሉያት ሰብ ሞያ ከድልዩና ኢዮም። በዓል ሱሌማንን ባህታን መጽናዕትና ወዲእና ይብሉ ኣሎዉ። ንስኻ እንዲኻ ምስኣቶም ትሰርሕ ዘሎኻ!

(ጓል-መገዲ ንምፍጣር ዝሓሰቦ ናብ ቁምነገር እናመርሖ)

ጸሓፊ፡

ኣብዚ ውዑይ ቡን ኣሎ ኢሎምኻ ድዮም መጺእካ? ወይስ ካብቶም ትጓስዮም ዝነበርካ ሓቅታት ኣብዚ ኣሎዉ ሰሚዕካ? ገዛይ መላመዲ ተዋስኦ ጌርኩሞ ማለት ድዩ? ሕጅስ መእተዊ'ኮ ስኢነ። ሚለና ኣካላተይ ኣይትጠምተለይ ንትጃር ኢዩ ትብለኒ። ደጊማ ድማ ኣነ መንፈስ እየ ኣካላት የብለይን ትብለኒ። ትጃር ብወገኑ ናተይን ናይ ሚለናን ርክብ ብተዋስኦ ገይሩ ከምህረኒ ይጽዕር። ኣነ ሓቂ ስነ-ጥበብ እየ ዝፈልጥ። ሓቂ ስነ-ጥበብ ጽባቐ ማለት ኢዩ። ጻዕሪ ስነ-ጥበብ ነዚ ግናይን ግዕዙይን ቀይዲ በተኽ ዓለም ትርጉም ዘሎዎ መልክዕ ምሃብ ኢዩ። ስራሕ ስነ-ጥበብ ነቲ ብጥስጣስ ሓቅታትኩም ኣኻኺቡ ዝልለ ቅርጺ ዘሎዎ ትርጉም ህይወት ምሃብ ኢዩ። ነቶም መጠቕለሊ ሓቂ ዘይብሎም ቀለምቀመሳት ግን ሓቂ ፋሕ ኢሉዎም ኣሎ። ክእብዱዎ ዝኽእሉ ኣይመስለንን። እምብዛ ሰላሊያም፡ መቓቒሎም፡ መታቲሮም፡ ኣብ ቁራጽ ወረቓቕቲ ቀላሊሞም በቲኖሞ። ኣብ መጽሓፍቲ ጠርኒፎም ኣይኣለዩዎን። ብኣፍን ብቕዳድ ወረቓቕቲን ዝብተን ናይ ቃላት ህቦቡላ ገይሮሞ። ኣብ ውሽጦም ኣእትዮም ኣይተመራመሩሉን።

(ኣቐዲሙ ክምስ ብምባል ኣብ ጥቓ ጸሓፊ ተጸግዐ'ሞ ብቕዲ ደርፊ ጀመረ)

መሓመድ እድሪስ፡

ኣይበልናን'ዶ ኣይበልናን'ዶ! ኣይበልናን'ዶ ኣይበልናን'ዶየ! እዞም መትሓዚ ስኢንናሎም ዘሎና ሓቅታት ብስነ-ጥበበኛታት ኢዮም መልክዕ ዝለብሱ ኢለካ ነይረ እንድየ! ሓቀይ'ዶ? ይኹን እምበር በዓል ሱሌማንን ባህታን ግድን ውጽኢት መጽናዕቶም ከቕርቡልና ይግባእ። እዚ ኩሉ መጽናዕቲ ንብላሽ ክተርፍ የብሉን። ሓቂ ይሓይሽ እቶም ታሪኻዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ ንብሎም ሓቅታት ንዓና ርኣዩ ሰይጣን ርኣዩ ከም ዝርኣዩ ኲይኖም ኣሎዉ። ኣተሓሕዛ ኣይክኣልናሎምን፡ ዕጥቆም ኣየለለናሎምን። እቶም ናይ ዓድና ስነ-ጥበበኛታት ዝብሃሉ እውን ኣተሓሕዛ ኣይክኣሉሎምን። ሒዝና እንተበሉ ብምሕኩልቶም ይሕዙዎም። ንኣብነት፡ ነቲ ናይ ፍቕሪ ሓቂ ዝብሃል ሒዝና ኢሎም ክንቲት መልክዑን ግርማኡን ክነጽዩዎ ተዓዚብና። ኣፍደገ መእተዊ ፍቕሪ ከፌቶም ንውሽጢ ኣየእተዉን። ገና ምስቲ ዓሚቑ ባሕሪ ፍቕሪ ኣይተላለዩን። ኣብ ዕቑር ማይ ፍቕሪ ጨርሕባሕ! ጨብረቕረቕ! ይብሉ ኣሎዉ።

(ሱሌማንን ባህታን ናብ መቐበል ኣጋይሽ ኣትዮም ኣብ ማእከል ደው ይብሉ።)

ሱሌማን፡

መጽናዕቲና ናብ ዘየእተወና መሽጎራጉር ሓሳባት የብሉን። ዘይሩ-ዘይሩ እቲ መዛረቢ ኲይኑ ዘሎ ሓቂ ድዩ እቲ ሓበሬታ ትብሉዎ ዘሎኹም? ንሕና ግን ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ኢና ክንብሎ ጸኒሕና። ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ክፍልታት ከም ዘሎዎ ተረዲእና። ዘካይድዎ ትካላት፡ ማሕበራትን፡ ሰባትን ማእለያ የብሎምን። ኣብ ሃገርና ዝካየድ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ምስ ካልኦት ሃገራት እንድሕሪ ተወዳዲሩ ከኣ ኣዝዩ ንኡስ ምኺኑ ይሕብሩ እቶም ፈላጣት። ዝኾነ ኲይኑ ግን ክንዓቕ ዘሎዎ ኣይኲነን። እቲ ውሩይ ጸሓፊ ሃገርና ዝብሃል ሓጋዚና ኩን ኢልና ኣስሪሕናዮ ኢና። ክከሓድ

ዘይክኣል ሓገዝ ከም ዝሃበ'ኒ እንተ ተፈለጠ ኣብ መዛዘሚ መጽናዕቲ ምስ ኩልና ከም ዘይተሰማምዐ ድሮ ፈሊጥኩሞ ኣሎኹም። ድሕሪ'ዚ ኩሉ መጽናዕቲ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት መበገሲኡ ስነ-ጥበብ፡ መህድኢኡ ድማ ስነ-ጥበብ ኢሉ ወዲኡዎ። ወይ ድማ ኩሉ ጉዳይ ፍቕሪ ኢዩ ኢሉ ደምዲሙዎ።

(ዝጎደለ ዘረባ ንኽምልእ እናተሃንጠየ)

ባህታ፡

እወ! ኣብ ምዝዛም ኣየሐጕሰናን። በዓል ትኳርን ፈላስፋ ህንዲን እውን ምስኡ ኰይኖም ዝገብሩዎ ዘሎዉ ንሃገርና ዘርብሕ ኣይመስለናን። ፈላስፋ ህንዲ ኣብ መንጎ ሚለና፡ ትኳርን ጸሓፊን ዘሎ ስሉስ ኩርናዓዊ ውጥረት ዘይተረድአ ብዛዕባ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ክፈልጥ ኣይክእልን ኢዩ ስለ ዝበለ ኣብ ፈቖዶኡ ይዕለል ኣሎ። ንሕና ከኣ ኩሉ ብስነ-ጥበብ፡ ብፍቕሪን ብፍልስፍናን ኢልካ ዘረባ ኣይበርህን ኢና ንብል ዘሎና።

(ብርቡጽ መንፈስ)

ሱሌማን፡

እዚ ስነ-ጥበብ ዝብሃል ዘረባ እንታይ ኢዩ? ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ብስነ-ጥበብ ኢዩ ንድሕሪት ዝሃድም ዝብሉ ይበዝሑ ኣሎዉ። ዘበን ድዩ መጺኡሉ? ኵሉ ብስነ-ጥበብ ኢዩ ዝፍታሕ ክብሉ እንታይ ተሪፍዎም?

(ትኳር፡ ፈላስፋ ህንዲ፡ ኣዛሚትን ኣላይን እናከብከቡዋ ሚለና ናብ ማእከል መድረኽ ፎግፊጋ ትኣቱ።)

ፈላስፋ ህንዲ፡

ንዘሐጕሰ የሐጕስ፡ ንዘጕሃየ የጕሂ ብዘየገድስ፡ ኣብታ ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጕዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ዝብል መጽሓፈይ ምስጢሩ ቀሊዐዮ እየ። ዝመጸ ይምጻእ

ኢለ ኣብ ማእከል ዕዳጋ ጥርሑ ኣውጺኦዮ። ርግጽ ቅጭ ዝበሎም ኣይተሳእኑን ደኣ እምበር ህዝቢስ ስነ-ጥበብ ተሓሪሙዎ ኣሎ። እቶም ፈሊጥና ንፈልጠልካ ዝብሉ መማህራን፡ ኣማሓደርቲ፡ ሰብ ሞያ፡ ነገድቲ ምስ ዓቢ ራኢ ዘይተሓጃጃፈ እራይ ሓቅታት ተሓንጊጦም ዝነዝሑዎ ጌጋታት ንትምኒት ሰብ ኣሰኪሑ። ከምኡ መግበሪኦም ከኣ ስእነት ስነ-ጥበብ ኢዩ። ስልብና ጽዋገኦም ከም ናይ ዕቡዳት ሓለንጊ ኣብ ሕልምታትና ይወድቕ ኣሎ። ኣርሒቕኩም ኣይትርኣዩ ኰይኑ መውጽኢ ኣፎም። ምኽሮምን ተግሳጾምን በዚሑና።

ስነ-ጥበብ ዝጎደሎ ሰብ ኣደዳ ኵናት ስነ-ኣእሙሮ ኢዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ንመከላኸሊ ዝኸውን ህንጻት ዋልታ፡ ህርመት ግጥሚ፡ ሳዕስዒት ደበላ፡ ልሳን መንነትን ፍኖት ብርሃንን የብሉን።

(መስርዑ ሓልዩ ዝዛረብ ዘሎ እናመሰለ)

ትጃር፡

ኵናት ስነ-ኣእሙሮ ንዓና ግደፉልና፣ ስራሕና ኢዩ። እታ ንሚለና ኣብዚ ትረፊ ክትብላ ትኽእል ዝነበረት ሕጽይቲ ተዋሳኢት ሎሚ ኣበይ ኣላ? ሚለናኽ ኣበይ ኣላ? ብኹናት ስነ-ኣእሙሮ ተወቒዓ ካብ ሕቑፎ ክብሪ ሃገራ ሶሊኻ፡ ኣብ ርሑቕ ዓዲ ተሰዲዳ፡ ኣብ ክድምና ወዲቓ። ጻውዒት ስነ-ጥበብ ኣለልያ እንተ ትነብር ግን ኣብዚ ምሃለወት። ነዚ ሚለና ክትኮርዓሉ ጀሚራ ዘላ መድረኽ ድማ ምወነነቶ ነይራ። እዚ ኩሉ ዕልልታን ጣቕዒትን ንዓኣ ምኾነ። ኣብዚ ይሃሉ ኣብ ወጻኢ እንተ ኰኑስ ጻውዒታት ዘይምልላይ እንደኣሉ ንሕልሞምን ትምኒቶምን ዓሚጹዎ ዘሎ። እቶም ጸላእቲና ዝብሃሉስ እንታይ ድዩ ጉድለቶም? ኣብ ቅኑዕ ታሪኽ ዝበቖለ ስነ-ጥበብ ዘይምፍራይ እኮ'ዩ። ምኽንያቱ ስነ-ጥበብ ብፍቕሪን ብሓቂን ጥራሕ ኢዩ ተዘሪኡ ዝበቁል። ብጽልኢን ሓሶትን ከቶ ኣይጥጥዕን ኢዩ።

(ንፈላስፋ ህንዲ ብልዙብ ላግጺ ድሕሪ ምጥማት)

ጻውዒት ባሕሪ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ጻውዒት ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ጻውዒት ተዋስኦ ድማ ብፍላይ ምስማዕ የድሊ። እቲ ካልእ ጻውዒት ኢሉ ፈላስፋ ህንዲ ዝዘርዘሮ ድማ "እየይ"፡ "ኣቤት" እንተ በልናዮ ሓጋዚ ይመስለኒ። ፈላስፋ ህንዲ ብስነ-ጥበብ ዝተዓጥቀ ኩናት ስነ-ኣእሙሮ ኣይወግኦን፡ ንሱ'ውን ኣይወግእን ኢዩ ዝበሎ ሓቂ ምዃኑ ንፍለጥ።

(ኣቓልቦኡ ናብ ሚለና ገይሩ)

ሚለና ግን ንጻውዒት ተዋስኦ እየይ ክትብሊ እምሕጸነኪ። ሳላኡ ኢኺ ኣብዚ በጺሕኪ። ጸሓፊ ኢሉዎ ኢልኪ ከይትጋገዪ። ነቲ ጻውዒት ዝነጸጋ ንኹለን ሕተትለን። ኣብ ዝበጽሖኦ የብለንን።

ሚለና፡

ትጃር ካብ ጽሑፈይ ጥራሕ ኣንብቢ እንድዩ ዝብለኒ ዘሎ። ባህ ይበሎ ከኣ ካብ ጽሑፉ ከንብብ እየ። እታ ኣብ መወዳእታ እዚ ኩሉ ጕዕዞ ስነ-ጥበብ እትርከብ ሚለና ግን ብጽሑፍ ትጃር ኣይክትሕጸርን'ያ ይብል ጸሓፊ። እታ ውጽኢት ነዊሕ ጕዕዞ ምዃን ዝፈጸመት ሰብ ነቲ ዓቢ ጸሓፊና መንፈስ ጥራሕ ዘይኰነስ ኣካላታ'ውን ባህ እናበላ ከተረክቦ ምዃና ጸሓፋይ ብምሉእ እምነት ይዛረብ። ኣነ እየ መቐረት ናይ ሓቂ ናጻነት ከጥዕመኪ ላሕ ዝብል ዘሎኹ ኢሉኒ። ኣነ ግን እጠራጠር።

ትጃር ብሸንቱነተይ መሊኹኒ። ኣብቲ ንሱ ዝፈጠሮ መድረኽ ብዘይ መጠን ውርይቲ፡ ጽብቕቲን ተደላይትን ኰይነ ከም ዝርአ ስለ ዝገበረኒ ብኽቱር ትምክሕቲ ነቲ ክቡር ፍቕሪ ዓቢ ጸሓፊና ብእግረይ ዘርግጽ ትዕቢት ኣጥርየ። ትጃር ኣብቲ ንሱ ዝፈጥሮ ዛንታ ኣእትዩ ንኣካላተይ ወኒኑዎ። ካልእ ተዋስኦ ምስ ደረሰ ግን ንዓይ ብእግሩ ክረግጸኒ ይኸውን። እዚ ፈቃር ጸሓፊ ድማ ልዕሊ ተዋስኦ ኩኒ ይብለኒ። ፍርሐይ ኣይተረድኦን ይመስለኒ። ኣነ ብዘይ ተዋስኦ እንታይ እየ? ብዘይ ተዋስኦ ሰብ

ኣይኰንኩን፣ ትሕቲ ሰብ እየ። ናጽነተይ ኣብ ተዋስኦ እየ ረኺበ። ኣብ ገዛ ኣንነተይ ኣድብዩ ዝጽበየኒ ዘሎ ጽምዋ ክንደይ ከም ዘሰካሕካሓኒ ኣይተረድኣለይን።

ኣብ ሳዋ እንከሎኹ እቲ ምሁር ዓርከይ ብዛዕባ ማረሊን ሞንሮ ትብሃል ዝነበረት ኣመሪካዊት ተዋሳኢት ዘዘንተወለይ ክርስያ ኣይክእልን እየ። እቲ ካብ መጻወድያ ተዋስኦ ፈንጺግካ ምስ ወጻእካ ዝርከብ ናጻነት ጽባቐኡ ይርኣየኒ'ሞ እፈርሕ። ኣብኡ ንኽትነብር መን ይፈቕደልካ? መንፈስካ ንላዕሊ ክዓርግ ዝደሊ መዓስ ኣልዩ? እዚን ከምዚን ስለ ዝርኣኹ እኮ እየ ንፍቕሪ ጸሓፊ መሊአ ዘይኣምኖ ዘሎኹ።

-18-

ዓቐን ገልዒ ውዱቓት ኣጥባትካ፣ ዓቐበት፡ ቍልቍለትን ሜዳታትን ሽምጢኻ እንግድዓኻን ከብዲኻን፣ ስንጭሮታት መሓውራትካን ክሳድካን ምስ ዳህሰሰ ሰብ ኣኺሉዎ ኢዩ፣ ካብኡ ዝሓልፍ ሓይሊ የብሉን።

ኣዛሚት ትቕረብ ትርሓቕ ወረኣ ኩሉ ግዜ ጥዑም መኣዛ ኣሎዎ። ናብራ ከረን ከም ዝተሰማምዓን ዓወት ጓላ ሕጉስቲ ምኳናን ጽሒፋትለይ። መብዛሕትኡ ግዜኣ ሓደ ሓድሽ መጽሓፍ ህጻናት ኣብ ምስንዳእ ተሕልፎ ከም ዘላ'ውን ኣበሲራትኒ። ዓወት ጓላ ነቲ መሰነይታ መጽሓፍ ህጻውንቲ ዝኸውን ኣሳእል ኣብ ምምልካት ትገብሮ ዘላ ትብዓትን ውሕልነትን ሰብ ኣደኒቓ።

ኣብቲ ስሕት ኢሉ ዝመጻኒ መልእኽትታት ኣዛሚት ገለ ለውጢ እንተ ርኣኹ ኢለ መመሊሰ ዘንበብኩዎ ግዜ ኣሎ። ብዙሕ ዝተቐየረ ኣዘራርባ ኣይረኸብኩን። እንተኾነ እቲ ሰሓቕ ብቑምነገር ዝተተከአ መሲሉ ተሰሚዑኒ። ንበዓል ባህታን ሱሌማንን እናጠቐሰት ብዛዕባ ቍርሲ ሕልበት ትገብሮ ዝነበረት መስሓቄናት በብቑሩብ ሃሲሱ። ንፈላስፋ ህንዲን ንትጃርን ዳርጋ ካብ ዝኸራ ዘውጽኣቶም ትመስል። መሓመድ እድሪስ ኣብ ጥቓኣ ስለ ዝነብርን ብሓባር ዝሰርሑዎ መጽናዕትታት'ውን ስለ ዝነበረን ካብተን ሒደት መልእኽታ ኣይተፈለየን።

ብስልኪ'ውን ሒደት ግዜ ኢና ተደሃሂና። ዘረባና ኣዝዩ ሓጺር ጥራይ ዘይኰነስ ንመግለጺ ናፍቖትን ስምዒትን ዘተርእስ ጸግዒ ኣይነበሮን። ኣብዚ ቀረባ እዋን ናይ ትጃር ተዋስኦ ኣምህርዮም ኣብ ከረን ስለ ዝተራእየት ምስ ሚለና ተራኺብን ነይረን። ደድሕሪ'ዚ ርክብ ምስ ኣዛሚት ብስልኪ ምስ ተዛረብኩ፡ ሒደት ደኣ ይኹን እምበር፡ ንህይወተይ ወይ ንመጽሓፈይ ዘዘኻኽር ስንቂ ረኺበ።

"እምበኣር ኣይጸመወካን?" ኢላትኒ ኣዛሚት ነቲ ዘይናታ እዋናዊ

ሰሓቕ ናብ መጺጽ ላግጺ እናጸግዐት።

"እዋእ! እንድዒ! ጸሚዩኒ'ዶ ክብል?" ኢለያ ርጡብ ምላሽ ስኢነ።

"እምበር'ዶኸ ጽምዋ ዝብሃል ትፈልጦ ኢኻ? ይሃሉ ኣይሃሉ ንምፍላጥ'ኮ ጸገም ኢዩ።"

"ሓቂኺ! ወይ ከኣ ለሚደዮ ይኸውን፡" ኢለያ ዘረባ ጠፊኡኒ።

"እወ ትለምዶ። ንመጸካ ንኸይድ፡ ንመጸካ ንኸይድ፣ ከምኡ ክንብል እንዲና ኣምሲናልካ። ገዛኻ ፍቓድ መእተዊን መውጽኢን ኣየድልዮን። ናይ ብሓቂ ነበርቲ ንስኻን መጽሓፍካን ኢኹም ኤርኩም፣ ሕጂ ግን እታ ዓይኒ ዕዳጋ መድረኽ ተዋስኦ ትብሃል ዘላ ሚለና ብሒታቶ ይብሃል ኣሎ።"

እቲ ዘረባ ባህ ኣይበለንን። ድርኺቱ ኣይተረድኣንን። "ሚለና'ውን ከም ኩለን ገያሺት ኢያ። ንስኺ መጽሓፍኪ ምስ ኣሕተምኪ ርሒቕኪ። ሚለና ድማ ነቲ ኣብ መድረኽ ዝዓልብ ብርሃን ብምሉኡ ምስ ወነነት ትርሕቕ ትኸውን፡" ኢለያ ብልዙብ ፍልስፍና ህይወት።

"ኣይትጋገ! ሚለና ንተዋስኦ ስዩም ምስ ኣበለት ነድሪ ሓይላ ናባኻ ተቕንየ ትኸውን። ከምተን ማእለያ ዘይብለን ኣብ ህይወትካ ኣትየን ዝወጻ ደቂ ሄዋን ኣይኰነትን። ንኽትስዕረካ ትጸመካ ኣላ። ኣብ ድሮ ዓወታ ትሕረም ዘላ ሕጽይቲ ትመስለኒ፡" ምስ በለት ካልእ ዘረባ ከም ዘይትውስኽ ነብሰይ ነጊሩኒ። ከም ግምተይ ድማ ብደሓን ተሰናቢትና።

"የቕንየለይ ኣዛሚት። እንተ ወሓደ ንመጽሓፈይ ዝኸውን ቀለብ ረኺበ ማለት ኢዩ፡" ምስ በልኩዋ ቃና ቀደም ዝምዓጐ ሰሓቕ ኣስሚዓትኒ።

በዚ እዋናት'ዚ ኣዛሚት ከም ናይ ህጻናት ዛንታ ጸሓፊት ኣብ ምሉእ ሃገር ተፈሊጣ ነይራ። ብዛዕባ ሜላ ኣመሃህራ ህጻናት'ውን ካብቶም ኣሎና ዝብሉ ኢ.ያ ትጥቀስ። ብሕልፊ ብዛዕባ ህጻናት ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ብፍልጠት ኰነ ብሞያ ዝዳረጋ ኣይረኸበትን። ብዓወታ ግዲ ተተባቢዓስ ዘሎ ሓይላ ኣብዚ ሜላ'ዚ ኣውዒላቶ። ንሳ ከም እትብሎ፡ ቀለምቀመሳትና ኣብ ከባቢ ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመታት ኣብ ዘሎ ዕድመኦም እንክሎዉ ኢዮም ግዳይ ማህሰይቲ ዕዉር ኣተዓባብያን ኣምሃህራን ዝኾኑ። ከም ውጽኢቱ ድማ

መርኣያ ጽባቐታት ስነ-ጥበብ ዘይብሎም ዘኽታማት ኰይኖም ተሪፎም። ሽዑ ዝጸልመቶም ክሳዕ ሕጂ ንሰብ የጸልምቱ ኣሎዉ። ዋላ ተማሂርና፡ ሞያ መሊኽና፡ ብስራሕ ተሞኪርና፡ ሃገራት በጺሕና እንተበሉ ገና ብስነ-ጥበብ ይብህርሩ ኣሎዉ። ኣብ ኣተሓሳስብኦም ኰነ ኣብ ግብሮም ጽባቐ ስነ-ጥበብ ኣይርአን። ምርምር ፍልስፍና ህይወት'ውን ኣየዘውትሩን። ሕቶን መልሲን ክቃለሳ፡ ክስዕስዓ፡ ክጻወታ፡ ክፈጥራ፡ ክምህዛ፡ ኮታ ክዋስኣ እንከሎዋ ህርመተን ተኺቲሎም ተጠቒሞም ምስአን ክተዓጻጸፉ ኣይርኣዩን።

ትጃር ኣብ ታሪኻ መስሪቱ ዝደረሳ ተዋስኦ ኣምህርዮም ንኣዛሚት ኣብ ምሉእ ሃገር ኣንጊሳታ። ምኽንያቱ፡ ተዋስኦታት ትጃር ስነ-ጥበባዊ ፈጠራ ደኣ ይኹኑ እምበር ነቲ ዝጥቀመሉ ናይ ሓቂ ዛንታ ብዝልለ መልክዕ ኢዩ ዘቕርቦ። ዛንታ ኣዛሚት ምኳኑ ዝጠራጠር የለን። እዚ ፍቕሪ ጸሓፋይ ኢሉዎ ዘሎ ድርሰቱ'ውን ኣብ መድረኽ ምስ በጽሐ ታሪኽ ሚለና ምኳኑ ዝርኣየ ዘለልዮ ይመስለኒ። ኣነ'ውን ዝበዝሕ ናብራይ ኣብ ጽላሎት'ኳ እንተኾነ ንዝፈልጥስ ዝልለ ምስልታተይ ኣብቲ ተዋስኦ ክርኢ ኢዩ። እታ ኣብ መመረቕታ ኣምህርዮም ዝተባህለት ተዋስኦ ከም ቀንዲ ጠባይ ኑራ ኰይና ዝዓየየት ተዋሳኢት ናብ ስደት ኣቢላ ስለ ዝርሓቐት ኣብ ከረን ኣብ ዝተገብረ ምርኢት ሚለና ቦታኣ ወሲዳ ከም ቀንዲ ተዋሳኢት፡ ማለት ከም ኑራ ኰይና ሰሪሓ። ሓደ ጸሓፋይ ጋዜጣ ከም ዝበሎ፡ "ሚለና ንነበርቲ ከረን ብድምጻ ገዚኣቶም። ኣብ መድረኻ ከኣ ኣስጊዳቶም።"

* * *

ብድሕሪ'ቲ ምሸት ዝተኻየደ ተዋስኦ፡ ኣዛሚት ንሚለና ኣብ ገዛኣ ንኽትሓድር ወጢጣ ወሲዳታ። ኣካየድቲ ተዋስኦ ኣብቲ ዓቢ መዕርፎ ኣጋይሽ ከረን ኣቐዲሞም ንሚለና ዝሓዝኡዎ ክፍሊ ምህላዉ እናፈለጠት ሚላና ሐራይ ኢላ ምስ ኣዛሚት ከይዳ። እንዳ ኣዛሚት ምስ ሓደረት ሕሉፍ ተዘኪሩ፡ ህሉው ተገምጊሙ፡ መጻኢ ድማ ብትምቢት ተተንኪፉ። ክልቲአን ብሓባር ዝፈልጥኦ ነበረያ ነበረ ብምዝካር ናብ ግንባር ተመሊሰን። ኣብቲ ንመመረቕታ መጽሓፍ ኣዛሚት ኢሉ ዝተገብረ ዝኽሪ ሚለና ዝፈነወቶ ድምጺን ዘስዓቦ ሳዕቤናትን ብሰሓቕ ኣልዒለን ምስ ሕሉፍ ግዜ ተራኺበን። ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ብዛዕባ ኣላይን ሚለናን ዝገበሩዎ ፍልስፍናዊ ሽንኮለል እናደጋገማ ስሒቐን።

ጥዑም ሓዲረን ወጋሕታ ከረን ብመስኮት ዘስሎኹ ብርሃን ገይሩ ምስ ኣንቅሐን ብሓጕስ ተበራቢረን። ኣዛሚት መዓስ ካብ ዓራት ነጢራ መዓስ ከም ዝወቐዐቶ ዘይግመት ቍርሲ ሕልበት ምስ እንጌራ ብልቱግ ኲይኑ ንሚለና ሓድሽ ሓይሊ ፈጢሩላ። እቲ ውሩይ ሻሂ ከረን ዝብሃል ድማ ብቕመማት ተዓጂቡ ነቲ ዝወረዳ ቅሳነት ኣሰንዩዎ። ኣብ ምሉእ ኤርትራ ብዘይካ ኣዛሚት ቍርሲ ሕልበት ዝቐርብ ሰብ ይህሉ'ዶ እናበለት ሚለና ከም ሓዳስ ፈላስፋ ብንግሆኡ ተመራሚራ መልሲ ኣይረኸበትን። ሓቂ ቃልሲ ሕቶን መልስን ኢዩ - ሳዕስዒት ሕቶን መልሲን፡ ፍቕሪ ሕቶን መልሲን፡ ውግእ ሕቶን መልሲን ኢዩ እናበለ ትጃር ኣብዚ ድሕሪ ቁሩብ ንኽርእ ዝቀራረብ ዘሎ ፍቕሪ ጸሓፊ ዝብል ተዋስኦ ዝርከብ ሓደ መስሓቔን ጠባይ ዘኪራ ሚለና ምስጢር ገና ዘይተጋሃደ ተዋስኦ ገሊሃ። ንኣዛሚት ንምፍላጥ ምስጢር ፍቕሪ ሕልበታ ምፍላጥ የድሊ እናበለት ክትሓስብ ምስ ጀመረት ኣዛሚት ኣቋሪጻታ።

"ብዘየጠራጥር ዓባይ ተዋሳኢት ክትኲኒ ኢኺ። ጸሓፉይ ንዓይን ንኽንደይ ካልኦትን ከም ዝገበሮ ንዓኺ'ውን ክሕግዘኪ ኢዩ። ክሳዕ ትገድፍዮ ተኸናኸንዮ። ጸሓፊና ንጹህ ናይ ሰብኣይ ህጻን ኢዩ። እዛ ዘይትውዳእ መጽሓፉ ተወዲኣትሉ እንተ ዝርኢ ክንደይ ባህ ምበለኒ። በብሓደ ኣብኣ ኢዩ ዘእትወና ዘሎ። ኣብኣ ንጸንሓዶ ትብሊ? ኤርትራ'ውን ኣብታ መጽሓፍ ኣላ። ኣብኣ ትጽንሓዮ። ቁሩብ ተቐንእኒ ኢኺ። ብሓቂ ዘቕንእ ፍጥረት ኢዩ። ግን ናይ ስጋ ኲይኑኒ እምበር ዘቕንእ'ኳ የብለይን። ካብ ጽላሎት ዕብየት ኣልጊሰ ንገዛእ ስራሐይ የዕቢ ኣሎኹ። ካብ ጸግዒ ዕብየት ምርሓቕ ክንደይ ከቢድ ይመስለኪ! ብሕልፊ መቐረት ሰብኣውነት ጸሓፊና ዝርሳዕ ስለ ዘይኲነ፡ ምናዳ ኣብቲ መጀመርታ ናይ ፍርሒ ንፋስ ክወስደካ ኢዩ ዝደሊ። ንፍቕሪ'ሞ እምብዛ ዓብዩ። ዝኾነ ኲይኑ ካብ ርሑቕ ሓይሊ ይሰደለይ ኣሎ።"

"ብተዋስኣዊ ኣዘራርባ ኣጋኒነ ንምዝራብ፡ ጸሓፉይ ንዓይ በዓል ለይተይ ኣይኲነን ምበልኩኺ። ህይወተይ ናብ ፍጡራት ስነ-ጥበብ ዝኾና ጠባያት ብምእታው እየ ዓቂበዮ። ኣብ ናብራ ዓለም ዘይገብሮ ኣብ መድረኽ እናገበርኩ ክነብር ክኢለ። ንሓለውቲ ተዋስኣዊ ስነ-ጥበብ ዝኾና ሓላውል፡ ንመጻምደን ምጨዘሪጋን ምሉእ ኣካላተይ ዕጽፍ ዝርግሕ እናበልኩ ከኹድድ፣ መንኩብ ሽምጢ እናንፈርፈርኩ ዓንዲ ሕቖይን መሓውረይን ፈቲለ ብምቕብቃብ ማእለማ ስምዒተይ ንዓይኒ ሰብ ክዝርግሕ፣ ኩዳ ኣውዒለ ኣካላተይ

እናሰበርኩ ቀመማት ድልየትን ስምዒትን ፈሊሖም ሓሙኹሽቲ ክሳዕ ዝገብሩኒ ከጉርዕ ክነብር ኢዩ ሓሳባተይ። ጸሓፊና ግን ካብተን እትው ውጽእ ትብልየን ጠባያት ወጺእኪ ነታ ናይ ሓቂ ሚለና ርኹብያ ኢዩ ዝብለኒ። ስነ-ጥበብ መጠበር ቃንዛኺ ጥራሕ ክኸውን የብሉን። ፈውሰይ ኢዩ ኢልኪ ክትቀርብዮ የብልክን ኢዩ ዝብለኒ። የፈራርሐኒ ከም ዘሎ ግን ኣይተረድኣን። ኣነ ድማ መዓልቲ ይነውሕ እምበር ዝገበርኩ ገይረስ ከረድኦ እየ። ኣብ መጽሓፉ ከም ተዋሳኢት እምበር ከም ሚለና ኩይነ ኣይኣትወሉን። እንታይ ከምጽእ! ንስነ-ጥበባዊ ኩሉ ይፍቀደሉ ኢዩ እንተ ተባህለስ ከመይ ድዩ? እንተ ሒሹዎስ ኣካላተይ ከም ዘይረክብ ገይረዮ ኣሎኹ፡" ምስ በለት ኣይቀጸለትን።

ኣዛሚት ናይ ልባ ስሒቓ። "ኣካላትኪ ደኣ ኣብ ንእዲ እንተ ሰኣኖ ኣብ መጽሓፉ ክረኽቦ እንድዩ። ኣነ ንኣዛሚት ተጋዳሊትን ንኣዛሚት መምህርን ገዲፈ ንኣዛሚት በላዒት ሕልበት ምስ ተቓላዕኩ እየ ጸሓፊት መጽሓፍ ህጻናት ኩይነ ዘሎኹ። ከም ምስ ነብሲኻ ምዕራቕ ዝመስሉዎ የለን። ብዙሓት ምስ ነብሶም ዘይተዓረቑ ኩይኖም ኢዮም ቀባሕባሕ ኢሎም ተሪፎም ዘለዉ ድዩ ዝበለ ትጀ̈ር ኣብታ ጠባቑ (ጠበቓታት ንምባል) ትብል ተዋስኦኡ? እታ ተዋስኦ መስሓቕ ኢያ ነይራ። እቲ ናይ ሕጊ ምሁር እየ በሃላይ ንዝደለኹዋ ጓል ብሕጊ ከም ተፍቅረኒ ክገብር እኽእል እየ ኢሉ ኩሉ ሕግታት ዝተዘርዘረላ ሕዛብ ከም ዝናር ዓጢቑ፣ ቅዋም ዓዲ ኢዩ ዝበሎ ዓለባ ኣብ ርእሱ ጠምጢሙ፣ ኩናትን ጉራዴን እናንፈጥፈጠ ኣብቲ መድረኽ ክድብል እንከሎን፣ ወለደኛታት እንታይ መጸና ኢሎም ምስ ቈልዓ ሰበይቶም እግርና ኣውጽኣና ኢሎም ክሃግሙ እንከሎዉን እናተራኣየኒ ንበይነይ እስሕቕ።"

"ንመን እየ ዝቃላዕ? ንምንጪ ሓይልታት ስነ-ጥበብ ተዋስኦ ዝኣክል ኣምሊኺ፡ ምስጢረይ ነጊረ'ውን ዕርቃነይ ኣርእየ። ንሰብ ኢለ ግን ኣይቃላዕን። ጥራሕካ ምስ ርኣየካ ሰብ ቁሊሕ ኣይብለካን ኢዩ። ዓቐን ገልዒ ውዱቓት ኣጥባትካ፣ ዓቐበት፡ ቍልቁለትን ሜዳታትን ሽምጢኻ እንግድዓኻን ከብዲኻን፣ ስንጭሮታት መሓውራትካን ክሳድካን ምስ ዳህሰሰ ሰብ ኣኺሉዎ ኢዩ፣ ካብኡ ዝሓልፍ ሓይሊ የብሉን። ከምዚ ጸሓፉይ ዝብሎ ንገዛእ ርእሰይ ክቃላዕ ከኣ ገና ኣይደለኹን። ነቲ ከይርኣኹዎ ዝርኣኹዎ ዝመስለኒ ደልሃመት ፍርሒ ውሽጠይ መዓልቱ ምስ በጽሐ ይትዓረቕ። ዘይ ኩሉ ሰብ ከምኡ ኢዩ። ብኣይ'ዶ ተጀሚሩ? ንናይ ሓቂ መንነቱ

ዝሽፍን እምበር መንነቱ ዘቃልዕ'ዶ ኣልዩ? ኣነ ግዳ ንፍቕሪ ስነ-ጥበብ! እቶም ኣብ ተዋስኦ ትያትር ዝቐርቡ ጠበቓታት ውሽጦም ምስ ተቐልዑ እንታይዶ ተሪፉዎም'ዩ? ትያትር እኮ ነዞም ዘሎዉ ዝመስሎም ቀለምቀመሳት በብሓደ ቀላሊዑ ቀልቦም ኣጥፊኡሎም። ወረ መሸፈን ድንቁርንኦም እናቐረፈ ሓማቲሉዎም ኢዩ፡” ክትብል እንከላ ንኣስመራ ትመልሳ መኪና ጥሩምባ ኣስሚዓ።

ኣዛሚት ምላሽ ከይሃበት ክተፋነዋ ስለ ዘይደለየት፡ “ግዲ የብልክን ሚለና። መጀመሪያ እዞም ብሓሶት ፍልጠት ተሸፊኖም ዘሎዉ ይቀልዑ። በብሓደ ጸልማት ውሽጦም ይገለጽ። ትያትርን ፈላስፋ ህንዲን ዘይትሓሰቡ ልኡኻን ሓቂ መሲሎም ይስምዑኒ። ነዛ ሃገር ከጽርዩዋ ኢዮም። ዕድመ ነዚኣቶም፡ ብሁልን ዘይብሁልን ትብል ዝነበረት ምድረ-ሓውሲ-ፍልጠት ድንን ክትብል ጀሚራ። ሰበይ ሰስራሓ ጥራሕ ከም ትገብር ክገብሩዋ ኢዮም፡” ኢላ ናይ ሚለና ሳንጣ ናብ መኪና ሰቐለቶ።

ሚለና እዚ ኩሉ ኣዋጊዓትኒ ኣይጸገበትን። “ገና ክንዘራረበሉ ኣሎና። እንተ ወሓደ ንዓይ ክጠቕመኒ ኢዩ። ንዓኻ'ውን እንታይ ከይብለካ? እዚን ወዲ'ዚን ጠጠርኒ'ቕካ እንደኣልካ መጽሓፍካ ተህጥር፡” ኢላትኒ ብዓወት ናብ ልምምድ ተዋስኣዊ መጽናዕታ እናተረበጸት። ኣነ ድማ ቁሩብ ንኸዕርፍ ኣብ መደቀሲ ኣትየ ኣብ ዓራተይ ተጎምብየ።

* * *

እንታይ ሻብኡ ክመሲ ከም ዝደለየ ኣይተፈለጠንን። ሰዓት ሓሙሽተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ኰይኑ። ሻሂ ቃሕ ኢሉኒ። ብሞያ ሚለና ተዳልዩ ዝበለዕኩዎ ምሳሕ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ደሃዩ ኣይነበረን። መረቕ ብርስንን ኩባያ ዝተበጽበጸ ጥሕኒን ኢዩ ነይሩ። ገለ ህይወት ዘሎዎ ነገር ንድራር ውጽእ ኢለ ክትክኣሉ ከም ዝግባእ ብቐሊሉ ተጋሂዱለይስ ኣብ ውጥን ዙረት ምሸተይ መዝገበዮ።

ኣብቲ መቐበል ኣጋይሽ ሚለና ነቲ ኣድራሽ ብቕልጡፍ ስጕምቲ እናበጽሐት ክትኮሎ እንከላ ረኺበያ። ልክዕ ከምዘን ኣንስቲ እንዳ ሓዘን ንምብጻሕ ከይደን ኮፍ በላ ክሳዕ ዝብሃላ መዓንጥዐን ዕጽፍ ዝርግሕ ብምባል እናኾለላ ዘስምዕ መልቀስ ትገብር ነይራ። እቲ መልቀስ ናይ ሓድሽ መርድእ ዘይኰነስ ናይ ቅንይ ዝበለ ልዙብ ሓዘን ኢዩ ነይሩ። ብዙሕ ከይጸንሐት ኩርምይ ኢላ ክትቁዝም ጀሚራ። እዚ ኩሉ ክትገብር እቲ ዝተዓማጸጸ ደብተር ተዋስኦ

ካብ ኢዳ ኣይተፈለየን። ኩሉ ዳርጋ ኣጽኒዓቶ ግዲ ኰይናስ ነቲ ደብተር ሳሕቲ ጥራሕ ትውከሶ ነይራ። ድምጸይ ኣጥፊአ ተዓዚበያ። ብብኞዓት ክእለታ ኣዝየ ተገሪመ። እቲ ቀደም ኣብ ገጠር ዝዓብዩ ቈልዑ ብኸያት፡ ቁዘማ፡ መልቀስ ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ጉስና ወይ ኣብ ምእራይ ዕንጸይቲ ይምሃሩ ነይሮም። ጓሂን ሓዘንን ከመይ ብድምጺ፡ ብግጥሚ፡ ብኣካላዊ ቋንቋ፡ ብልብሲን ኣለባብሳን፡ ብቈኖ ርእሲ፡ ብቕብኢ ኣካላት፡ ብውብኦ መሓውር፡ ብመዳቕሶ፡ ኮታ ብዕሊ ባህሊ ከም ዝግለጽ የመልክቱ ነይሮም። ኣደማምጻኡ ክኢሎምስ ኣብቲ ድምጺ ዝስኰዑ ቃላትን ሓረጋትን ይፈልጡ። ንኸወርዱም ዝኽእል ጓሂ ይኹን ሓዘን ናይ ብሓቂ ስነ-ኣእሙራዊ ምቅርራባት ዝገበሩ በላሕቲ ነይሮም።

"ሕጂ ጓሂ ወይ ሓዘን ኣይውረድ ደኣ እምበር ንሜላ ኣባኸያ ኰነ ኣላቕሳ ዝተቐረበ ሰብ የለን። ናይ ሕጂ ሰብ መግለጽ ስምዒቱ ቅጭ ዘምጽእ ምኒን ኢዩ፡" ኢሉ ፈላስፉ ህንዲ ሓደ መዓልቲ ኣብ እንዳ ሓዘን። ሚለና ግን ከመይ ኣቢላ ከም ዝኸኣለቶ ኣስደሚሙኒ።

"ንሓጐስ'ውን ትምህርቲ ነይሩዎ፡" ይብል ፈላስፉ ህንዲ ኣብ መጽሓፉ። "እቶም መንእሰያት ንመርዓ፡ ንኽብረ-በዓላት፡ ንዝተፈላለዩ ፍጻሜታት፡ ንመመረቕታ ዓወታት፡ ንጸወታ፡ ንሸኽርከር፡ ንእሩሩ፡ ንሕጉስ ርክብ፡ ወዘተ. ዝመርሕ ብልሓት ይምሃሩ ነይሮም። ነንሕድሕዶም እውን ልምምድ እናገበሩ ይመሃሃሩ ነይሮም። ብሳዕስዒት ንምሕንባብ፡ ኣውሎ-ማሰ ንምግጣም፡ ምዕሽ ንምጭፋር፡ ብዕጥቂ ንምድባል፡ ብተሓምበለ ንምዕንዳር፡ ብፍትፍቲ ንምዝላል፡ ወዘተ. ልምምድ ይገብሩ ነይሮም። ሕጂ'ውን ኣብ ገጠራት ይገብሩ ኣለዉ። ከም'ዚ ሕጂ ቅድሚ ናብ ቅሉዕ መድረኽ ተዋስኦ ምውራዶም ዝገብሩዎ ልምምድ ማለት ኢዩ። ነዞም ካብ መበቆልና ተቦንቊስና ኣብ ከተማታት ፋሕ ምስ በልና መሳፍሕ ሰራውር ሕልና ስኢንና ዘሎና ግን መግለጽ ሓጐስ ይኹን ጓሂ ስለ ዘየብልና ብሕልፊ መንእሰያትና ይጽገሙ ኣለዉ። እቶም ብዕድመ ዝበልጹ ግን ናይ ቀደም ዝጸብሑዎ ሞያ እናጠቐሱ ኣይ-ኡይ መግዓሪ ኣይሰኣኑን። ናትና ሃፊፉ ኢልና ብናይ ካልእ ሃገራት ባህሊ ከይንጥቀም ድማ ንጓሂኦምን ሓጐሶምን፡ ንብኸያቶምን ሰሓቖምን ናይ ኣሰይታ ወይ ናይ ኣውያት መግለጺ ዝኸውን ቋንቋ ኣይሃቡናን። መንነት ኣብ ናይ ገዛእ-ርእስና ሰሓቕን ኣውያትን ዝሰረጸ ህይወት ስለ ዝኾነ ብልቓሕ ክርከብ ኣይተኻእለን። ኩሉ ድማ ኣብ ቋንቋና ኢዩ ዝርከብ። መማህራን ዝብሃሉ፡ ነቲ ዝነበረና ናይ ባህሊናን ልማዲናን

ሉል ናይ ሕፍረት ሓጺን መሲሉዎም፡ ካብ መጻኢ ድልየትና ኣሕዲጎም ብዘይ መተካእታ ደርብዮሞ። ነዚኣቶም ከሲስካ ድማ ኣብ ዝብጻሕ የለን። ካብ ነዳያን ሃብቲ ምጽባይ ከንቱነት ኢዩ ትርፉ። ገሊኣቶም ግዳያት ከም ዝነግሩና ማይ ቦዲ ላይስ ኢን ዘ ኦሸን[6] ዝብል ደርፊ ባዕዲ ክንደግም ይጉስጉሱና ነይሮም ይብሉ። ነየናይ ሓጐስ ወይ ነየናይ ጓሂ ከም ዝጥብር ግን ኣይፈለጡን። ብነቓዕ እምነታት ገይሮም ድማ ንተደጋጋሚ ሊጣኛታትን ቀለልቲ መዝሙራትን ዘሰንዩ ናይ ፒያኖ ሶልፉጆታትን ሕብረ ድምጽታትን ኣተኣታትዮም ደኣ’ምበር ኣብቲ ናቶም ዝ’ኹነ ማድሪጋል፡ ረኩይም፡ ሲንፎንያ፡ ካንታታን ኮንቸርቶን ኣየእተዉን። ነቲ ዝነደየ ሰብ ድማ ካብቲ ሃብታም ማህሌታቱ፡ ቅዳሰኡ፡ ዜማታቱ፡ ማሰታቱ፡ ደርፉን ትልሂታቱን ፈልየሞ።”

* * *

ንሚለና ኣብ ጥቓኣ ቀሪበ ክእብዳ ጀሚረ። ደረታ ምስ ዝባን ኣስላፉ ኣጣቢቓ ብም’ኹርማይ ኣብ ክልተ ተዓጺፋ፣ መንከሳ ኣብ ኮረሻ ጫፍ ኣብራ’ኻ ኣተርኢሳ፣ ክልተ ኣእዳዋ ብምዝርጋሕ ነቲ ከም ጥልቁይ ወረቐት ዝተዓማጸጸ ደብተር ተዋስኦ ብስየ ኣጻብዕታ ጠምጢማ ኣረኪባትኒ። ንታሕቲ ቀኒኑ ዝነበረ ገጻ ካብ ጽፍሒ ኣብራ’ኻ ንላዕሊ ኣቕኒዓ ምስ ጠመተትኒ ኣብ መንጎ ሓቂን ዘይሓቂን ዘሎ ሕቶ ከም ዘይተመለሰ ኣሚነ። እንታይ ኢዩ እቲ ጓሂኣ ኢለ ክግምት ኣይክኣልኩን። ገጻ ብኢድ ብዝተደረዘ ንብዓት ጠምብዩ ምስ ርኣ’ኹ ተሰቂቐ። ንምርኩስ ኢለ ዝዘርጋሕኩላ ኢደይ ናብኣ ስሒባ ኣካላታ ካብቲ ተጨቢጣትሉ ዝነበረት ኩርናዕ ሓፍ ኣቢላ፡ ደው ምስ በለት ርእሳ ኣብ መንጎ ሜዳ መንኩበይን ጎቦ ክሳደይን ሸጒጣ ሰ’ቕሰ’ቕ ምስ በለት፣ ነድሪ ስምዒታ ዝጥብር ዝናብ ካብ ኣዒንታ፡ ኣፍንጭኣን ኣፉን ኣራጊፉ ነብሳ ኣቢዳ። ደሓር ተሓጻጺባ ተመሊሳትኒ። ብ’ኽንደይ ግዲ ጓሂ ንዝለበሰ ገጻ ብፍ’ሽ’ኽታ ክትጥብሮ ጽዒራ፣ ነቲ ዝተዓብዓበ ነድሪ ስምዒት ግን ክትሽፍኖ ኣይከኣለትን። ስንብራቱ ኣብ ዕዝዓዝ ዓይኒ፡ ኣብ ግታረ ኣፍንጫ፡ ኣብ ሕበጥ ከናፍር፡ ኣብ ሕፈስ ድምጺን ኣግሂዱ።

ካብ ገዛ ወጺእና ንድረረሉ ቦታ ኣለይ-መለይ ኢልና ምስ መረጽና ኣብ ሓደ ጽምው ቤት-መግቢ ረጊእና። ናይ ዓሳ ዝግኒ ምስ ውዑይ እንጀራ ብልቱግ ንጥሙይ ከብዲና ፍስሃ ኣውሪዱሉ። ማይና ሰቲና ከኣ ገጽ ንገጽ ተጠማሚትና። ከይተዛረብና መዋእል ሓሊፉ። ድርሰት ተዋስኦ ትጃር ብምሉኡ ኣንቢበዮ’ኺ እንተ በልኩ ክንዲ

ሚለና ኣብኡ ኣይጠሓልኩን። ርግጽ ድማ ንዓይን ንሚለናን ሓደ ኣይኰነን። ተዋስኦታት ትጃር ንሚለና ህይወታ ንዓይ ዊንታይ ኢዮም።

* * *

ድርሰት ትጃር ብፈጠራዊ ሜላ'ኳ እንተ ቀረበ፣ መብዛሕትኡ ንተዋስኦ ዘውዕሎ ዛንታታት ግን ኣብ ሕጂ ኣብ ዘሎ ናብራዊ ፍጻሜታት ዝተመስረተ ኢዩ። ብዙሓት ከም ዘዘውትሩዎ ናይ ቀደም ወይ ናይ ጥንቲ ታሪኽ ዘይኰነስ ኣብ ዓይኑ ዝካየዱ ኩነታትን ኣብ ከባቢኡ ዝከናወኑ ግብርታትን ኢዮም ዝፍተዉዎ። ስለዝኾነ፣ ንህሉው ከባቢኡ ብረቂቕን በሊሕን ካራ ይስንጥቕ። ፈታው ኣይብል ኣባይ ውሕሉል ፈጠራዊ ጽገናታት ብምግባር ነቶም ንድርሰት ተዋስኣዊ ዛንታ ዝበሃጎም ዳርጋ ከም ዘሎዉ ምስ ልሉይ ባህሮም ሰቲሩ ናብ ተዋስኣዊ ዛንታ ይቕይሮም። ዕርክነት ትጃር እንተ ዝተርፈኒ ዝብሉ ሰባት ሒደት ኣይኰኑን። ሰብ ኢንታ ካብ ትዕዝብቲ ትጃር ንምህዳም ዘይገበሩዎ ፈተነ የለን። ንቀለምቀመሳት ሃገር በብሓደ ከብዶም እናቐደደ ስዉር ዝነበረ መዓንጣ መንነቶም ተተቲዑ ንሓፋሽ ኣረኪቡ። ሓንቲ ስነ-ጽሑፍ ፈረንሳይ ከም ዘጽንዐት እትሕብር ናይ ኤርትራ ሞሌር ትብሎ ነይራ። ህቡባት ተጀሃርቲ ማዕረ ዓዲ ገዲፎም በሪሮም ይብሃል። ተልእኾታት ዓበይቲ ትካላት ኣህሲሶም ነቲ ብእምነት ዝተዋህቦም ስልጣንን ስራሕን ንመጠበር ከንቱነቶም ከውዕሉ ንዝፍትኑ ብተዋስኦታቱ ጉልባቦም ቀሊዑ ፈኲስ ዕጥቆም ኣብ ግሉጽ መድረኻት ስለ ዘፍትሐ ብናይ "ቀሚሽ ኣደይ ዓንቂፉኒ" ዋልታ ክሽፈኑ ከም ዘይክእሉ ገይሩዎም።

ቀንዲ ክእለት ትጃር ኣብ ቅልጣፈ ትዕዝብቲ ዝተመስረተ ኢዩ። ካብ መስታ በርቂ ዝቕልጥፍ ሓንጎሉ መዓስ ርእዩ ወይ ሰሚዑ ወይ ሸቲቱ ወይ ጥዒሙ ወይ ሒዙ ብዘገርም ናይ ትንታነ ክእለት ነቲ ዘሎ ንቡርን ተደጋጋሚን ናብራ ሰብ ብዘይ ሓሰቦ መገዲ ካልእ መልክዕን ትርጒምን ከም ዘንጸባርቕ ይገብሮ። ነቲ ተሸፋፊኑ ዝነበረ ክርዳድ ሓቂ ጉልባቡ ምስ ቀልዖ ኣብ ክንዳኡ ካልእ ሓቂ ብልጭ ኢሉ ክትካእ እንከሎ እቲ ዘይተሓሰበን ዘይተገመተን ፍልልይ እንኾ ክብል ዝርኣየ ሰብ እናሰሓቐ ኢዩ ዝምሃር። ኣብ መድረኽ ትጃር ዝርኣዩ ጠባያት መኸወል ዕርቃን የብሎምን። ኢንታኦምን ጉድለቶምን ንምሕባእ ዝለብሱዎ ባህርያት መሊሱ ጥርሖም ኢዩ ዘርእዮም። እቶም ብኣርኣያነት ስነ-ምግባር ወይ ፍልጠት ግብሮም

ኣብ ህዝቢ ክሰርጽ ኣሎዎም ዝበሎም ድማ ኣብ መድረኽ ከም ድሙቕ ብርሃን የንጸባርቕም። ንኣብነት፡ ብኣምህርዮም ትብል ተዋስኦ ገይሩ ኣዛሚት ከም ንግስቲ ዘመናዊ ኣመሃህራ ኲይና ከም ትምለኽ ገይሩዋ። ኣብዚ ፍቕሪ ጸሓፊ ኢሉ ናይ ሚለናን ናተይን ቀሪቡዎ ዘሎ ተዋስኦ ግን ገና ህዝቢ ክፈርዶ'ኳ እንተኾነ በቲ ዘንበብኩዎን በቲ ሚለና ክትለማመድ እንከላ ዝርድኦ ዘሎኹን፡ ህይወትን ስነ-ጥበብን ይትሓጋገዛ ደኣ'ምበር ሓደ ከም ዘይኲና እግምት።

ትጃር ብቓልን ብግብሪን ዝምስከር ፍልስፍናዊ እምነት ከም ዘሎዎ ብድፍረት ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠበን። ብዙሕ ግዜ ደጋጊሙ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣምታትን መድረኻትን፡ ኣምርን ተግባርን ፍልስፍና ተዋስኦኡ ንህዝቢ ኣላልዩ። ብዓቢኡ ድማ ተዋስኦታቱ ውላድ ፍልስፍና ህይወቱ ከም ዝኾኑ ምስክር ጸውዑለይ ዘብሉ ኣይኲኑን። ካብ ምምርማር ዝነቐሉ ሓያሎ መጽናዕታዊ ጽሑፋት'ውን ኣብ መጽሔታት ምዝርጋሕ ጥራሕ ዘይኲነስ መጽሓፍ ኣብ ምሕታም'ውን ኣይሰነፈን። ቀንዲ ምልክት ትጃር ሰሓቕ ኢዩ። ትጃር ንባዕሉ ሰሓቓይ ኢዩ። ኲነታት ርእዩ ስሒቑ ከስሕቕ ምኽኣሉ ረቂቕ ክእለቱ የርኢ። ንሓደ ደንቆሮ ዘብከየ ንዕኡ ኪርኪር ከብሎ እንከሎ መጀመሪያ የኾሪ ይኸውን ደሓር ግን ሓቁ ምኳኑ ኣየጠራጥርን።

ሓሳባቱ ብዝኾነ መገዲ ይግለጹ፡ ናይ ትጃር ተዋስኣዊ እምነት ብሒደትን ንጹርን ኣበሃህላ ዝግለጽ ኢዩ።

1. ህዝብና መዓልታዊ ገጹን ሕልናኡን ክርእየሉ ዝኽእል መስትያት ኩሉ ግዜ እናተወልወለ ብመልክዕ ተዋስኦታት ክቐርበሉ ይግባእ።

2. መዓልታዊ መቓልሕ ድምጹ ሰሚዑ እቲ ካብኡ ዝተፈነወ መልእኽትታት፡ ብስራትን ኣውያትን ኣብ ካልኦት ዝገበሮ ጽልዋ ዝትንትነሉ ተኽእሎታት ብተዋስኦ ክቐርበሉ ይግባእ።

3. ዘይነበረ ተዋስኣዊ ጠባይ ካብ ምፍጣር ኣብቲ ሕብረተሰብ ካብ ዘሎዉ መሪጽካ መሰነይ ዛንታ ምግባር ንተዓዘብቲ መስትያት ህይወቶምን ግብሮምን ዳርጋ ምቕራብ ክቑጸር ይኽእል ኢዩ።

4. ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘሎዉ ረገጽቲ ሕልሚ ህዝቢ፡ ሰረቕቲ ራኢ ንጹሃን፡ ሓንኮልቲ ተልእኾ ትካላት፡ ኮታ ኩሎም ገበርቲ እከይ ምስቶም ገበርቲ ሰናይ እናዛነቕካ ብስነ-ጥበባዊ ሜላ

ኣብ ተዋስኦ ኣእቲኻ ንህዝቢ ምቕራብ ዓቢ ጥቕሚ ከም ዘሎዎ የረድእ።

5. ተዋስኦ መዘናግዒን መጽረዪ መንፈስን እምበር መብከዪን መቐዘሚን ክኸውን የብሉን። እንተኾነ ከም ውሕጅ እናስሓቐ ካብ ዓዲ ዘጥፍእ ዘይኮነስ ህይወት ኣሓዲሱ ብምዝንጋዕ ንዓዲ ዘእቱ ክኸውን ኣሎዎ።

ትጃር ንዓይን ንሚለናን ናብ ተዋስኣዊ ዓለም ንምእታው ዝገበሮ ጻዕሪ ኣፍካ መሊእካ ተመሲሉሉ ዘብል ኣይኮነን። ኣብታ ጠባይ ንናይ ሚለና ንስነት ዘንጸባርቕ ባህርታት'ኳ እንተ ሃለወ፡ ገሊኡ ንውሽጢ ሚለና ሰሪጹ ንምሉእ ጠባያ ከቐልያ ኣይከኣለን። ንግዳማዊ ባህሪ ከም ዘሎዎ ቀዲሑዎ ክብል እኽእል እየ፣ ስነ-ኣእሙራዊ ህልውናይ ብምሉኡ ኣብቲ ትጃር ዝፈጠሮ ጠባይ ኣሎ ንምባል ግን ኣይክእልን። ትጃር እውን ኣማን ብኣማን እከለ ወዲ እከለ ኢዩ ዝብሃል ጠባይ ኣጽኒዑ ኣብ መድረኽ ከቃልዕ ዝደሊ ደራሲ ኣይኮነን። ነቲ ካብ ዘሎ ሰብ ንተዋስኦ ከውዕሎ ዝኽእል ባህሪ ወሲዱ ብስነ-ጥበባዊ ክእለቱ ዝጎደለ መላሊኡ ዝበዝሐ ድማ ነኻኽዩ ተለላዪ ጠባይ ኣብ ምፍጣር ኢዩ ዘተኰር። ተዓወትኩ እንተ በለ ህይወትን ስነ-ጥበብን ሚዛናዊ ርክበን ከም ዘኽብራ እንተ ገበረ ኢዩ።

* * *

ድራር ምስ ወዳእና ንሚለና ሻሂ ንዓይ ድማ ቡን መጺኡና። ገጽ ሚለና ዳርጋ ናብ ንቡሩ ተመሊሱ። ካብ መድረኽ ተዋስኦ ወጻኢ ንዝጠመታ ሰብ ኣብ ገጻ ኩሉ ግዜ ስእሊ ርግኣት ኢዩ ዝርአ። ሚለና ኩሉ ግዜ ስምዒታ ብስዉር ረቂቕ ቀይዲ እናልዘበት ንሳ ካብ ዝወሰነቶ ዓቐን ንኽገልጽ ኣይተሕልፎን። ኣብ መድረኻ ግን ክሳዕ መወዳእታ ጥርዙ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ መጢጣ ትዝርግሖን ትሽምርሮን። ገጻ እናሓለኹ፡ “ኣየናይ ክፋል ኢኺ ትለማመዲ ኔርኪ? ማለት ኣየናይ ታሪኽ ጓሂ ኣውሪዱልኪ?” ኢለያ።

ክምስ እናበለት ካብ ውሽጢ-ውሽጣ ዝብገስ ምላሽ ትጽበ ዝነበረት መሲሉ ተሰሚዑኒ። “ኣብ ሳልሳይ ግብሪ፡ ካልኣይ ምርኢት ተዋስኦ ኣነን ንስኻን ክንገጥም እንከሎና ኢዩ ዝገልጽ። ገጽ ንገጽ እናተርኣኣና እዚ ኣብ ዘይብሃል ክርክር ንኣቱ። ኣብቲ ተዋስኡ፡ እቲ ጸሓፊ፡ እታ ተዋሳኢት ተፍቅሮን ዘይተፍቅሮን ምኽና ንምርግጋጽ ብዙሕ ሜላታት ድሕሪ ምፍታን ናብ ናይ መወዳእታ

ግጥሚ ይበጽሕ። ኣብዚ ምርኢት እታ ተዋሳኢት ተፍቅሮ ወይ ዘይተፍቅሮ ምዃና ንኽትምልሰሉ ይልምን። ካብታ ተዋሳኢት ግን ዝኾነ ኣብነት ክረክብ ኣይክእልን። እቲ ጸሓፊ ፍቕሪ ናይታ ተዋሳኢት የድልዮ ኣየድልዮ'ውን ዝፈልጥ ኣይመስልን። ነቲ ፍቕሪ ንምንታይ ከም ዝደልዮ ከየረጋገጸ ፍቕሪ ሓቲቱ። ኣብ መንጎ ክርክር እቲ ጸሓፊ ይደናገር። ንምንታይ ከም ዝሓተተ ዝዘንግዐ ይመስል። ብኣካውናኡ ካብ መጽሓፉ ንላዕሊ ዝፈትዎ ነገር ከም ዘየለ ይምስክር። እንተኾነ ናይታ ተዋሳኢት ፍቕሪ ከም ዘድልዮ ድማ መሊሱ የረጋግጽ። ከይተፈለጠኒ ነቲ መስመር ዛንታ ተዋስኦ ገዲፈ ብዛዕባኻ ክግደስ ጀሚረ። ማለት ንስኻ ኣብ ዓይነይ ተራኢኻኒ። ብመንኮርኮር ስነ-ጥበብ ካብ ሓቂ ንምርሓቕ ዘኽእል ሓይሊ ጎዲሉኒ። ንመንኮርኮር ስነ-ጥበበይ ንዝውንጭፉ ሓይልታት ዝኸውን ጩግራፍ ከም ዘይሓዝኩ ተረዲኡኒ። ኣብ ውሽጢ ገዛኻ ኰይነ እቲ ንዓኻ ዝኸውን ፍቕሪ ከዊለ ንኻልእ ዋኒነይ ክውግኖ እንከሎኹ፣ ንስኻ ድማ ከም ዘይተሰማዓካ ክትጸሮ እንከሎኻ፣ ኣነ ክብድለካ፣ ኩለን ናባኻ ዝቐረባ በብሓደ ክብድላኻ፣ ንስኻ ድማ ብፍሉይ ናይ ህይወት ፍልስፍናኻ ጌርካ ንኹልና ክትብድል፣ መን ንመን ከም ዝብድል ኣብ ዘይተፈለጠሉ፡ ኣባዲን ተኣባዲን ኣብ ዘይተለለየሉ፡ ሓቂ ካብ ሓሶት ኣብ ዘይተፈለየሉ ዓለም ምንባር ከቢዱኒ ከም ዘሎ ኳኺ ንምግላጽ ኢለ ዝጠርነቕኩዎ ስምዒት ብተዋስኣዊ ልጓም ከይኣለኹዎ ፈንጺጉ ካባይ ስለ ዝተፈነወ ኣይክኣልኩን። ተኻኢለ! ክመልሶ ዘይክኣልኩ ብኽያት ዕርቃነይ ቀሊዑኒ። እቲ ናይ ስነ-ጥበብ ዓለመይ ብናይ እውነታዊ ናብራይ ተዓብሊሉ'ዶ ክብል ይኽእል ይመስለካ?" እናበለት ይኣክል ኣብ ዝበለቶ ዘረባ ዘቋረጸት መሲሉኒ።

ሓደ ክብላ'ሞ ሓደ ክትብለኒ ኣይደለኹን። ነዊሕ ኣጽቂጣ ዝጸንሐት መጽሓፈይ ብኸመይ ከም ዝተበራበረት ዘይፍለጥ ነብሰይ ክሳዕ ዝሸቑረር ጨዲራ ጸዊዓትኒ። እቲ መሪር ጻውዒት ብድምጺ ሚለና ዝተፈነወ መሲሉ ተሰሚዑኒ። ካብኡ ንደሓር ምስ ሚለና ኮፍ ኢለ አዋግዕ ደኣ'ምበር ኣቓልቦይ ናብ ካልእ ወፊሩ ምእካብ ኣብዩኒ። ድሕሪ እዚ ኩሉ ዝተባህለን ዝተገብረን ሚለና ናይ ተዋስኦ ልምምዳ ንጽባሒቱ ንምቕጻል ተሃንጢያ ከም ዝነበረት ምስ ነገረትኒ ካብ ሞት ህይወት ከም ዝፈሪ ብምግራም ኣስተውዒለ። ካብ ኳኺ ሓጐስ ክውለድ ርእየ ድማ ቀሲነ። ብሓቂ ወዲ-ሰብ ካብ ሞት ህይወት ክፈጥር እንከሎ ኢዩ ዘገድስ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ከኣ ዝፍጠር። ሚለና ንሚለና ቀቲላ ስነ-ጥበበኛ ሚለና

ንኽትፈጥር ዝጽበያ ዘሎ ጽርግያ ነዊሕ'ኳ እንተኾነ ምእንቲ ብዓወት ክትበጽሓ እጃም ሓገዘይ ንኽወፌ ንነብሰይ ተማባጺዐላ። ቅድሚ ሒደት ሰዓታት ነታ ክትመውት ዘሎዋ ሚለና ዘኪራ ዝበኽየቶን ዝነብዓቶን ተራእዩኒ። ነታ ክትነብር ተደልያ ዘላ ሚለና ንምንጋስ ዝኣክል ውሕልነት ከተጥሪ ብዘሎዋ ሓይሊ ብዙሕ ክትለማመድን ክተጽንዕን ኢያ። እዚ ከይኣኽላ ድማ ኣብ ጭቃ ጸበባታት ተለዋዊሳ ንኽትቦቁል ብጸገማት ኣንከራርያ ክሳዕ ትቕበር ክትርገጽ ኢያ። ካብኡ ኢያ ክትዕንብብ፡ ክትፈሪ፡ ብህዝቢ ክትድነቕ፡ ብ'ኽኢላታት ክትድለ፡ ብታሪኽ ድማ ክትምዝገብ። ብልበይ ጽቡ'ቕ ተመንየላ። ንሳ ክትውፈየለይ ኣብ ዘይትፈ'ቕ'ዶ ቆላሕታይ ከየውድ'ቕ ቆሪጸ። ኣነ ክህባ ዝ'ኽእል ኩሉ ዝ'ኾነ ዋጋ ከይሓተትኩ ኣብ ትሕቲ እግራ ክነብር ክውስን እንከሎ'ኹ ሚለና ዓባይ ተዋሳኢት ከም እት'ኸውን ስለ ዝኣመንኩ ኢዩ።

ካብቲ ዘምሰናሉ ንገዛይ ርሑ'ቕ ኣይነበረን። ነቶም ከካብ ቦታኦም ብነድሪ ሕርቃንን ፍርሒን ተመናኒያም ዝነበሩ መትንታት ስምዒታትና ዝሑል ኣየር ኣስመራ ፈዊሱ ኣልዚቡዎም። ክልተና ነናብ ውሽጢ ቆፎና ግዲ ኣቲናስ መገዲ ምሽት ብዘይ ዘረባ ዛዚምናዮ። ወግዒና ኣብ ነብስና ጌርና ጕዕዞ መልሲ ገዛ ረማዕ ኢልና ፈሊምናዮ። ብ'ኽምኡ ከኣ ቀጺልና። ገዛ ምስ ኣተና ኣብቲ መቐበል ኣጋይሽ ኮፍ ኢልና ድ'ኻምና ከነውጽእ ፈቲንና። ነንውሽጢ ሕልናና ክጥምቱ ዝጸንሑ ኣዒንትና ሓንሳብ ምስ ተጋጣጠሙ ድምጺ ብዘይብሉ ቋንቋ ተረዳዲኦም። ነናብ መደቀሲና ኣቲና መምስ ጽዕነት ሓሳባትና ኣብ ዓዓራትና ተገማሲስና።

* * *

ምድረ-ሰማይ ንወጋሕታ ክቀራረብ እንከሎ ካብ ከቢድ ድቃስ ናብ ፍ'ኹስ ዝበለ ሩፍታ ምስ ተሳገርኩ፡ ብድላይ ሕንቁ'ቕ ኣካላተይ ኣብ ውሽጢ ዓራት እንከሎ'ኹ ገለ ምግምጣላትን ምምጥላዓትን ኣካይደ። ብፍርቂ ውነይ እየ ነይረ። እቲ ፍርቂ ናብቲ ውሽጣዊ ውነ ከም ድላዩ ኣትዩ ካብ ሕልማዊ ናብ እማናዊ ህልውና ይመላለስ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ከም ልማዱ ምስ ኣማል'ኽቱ ክመያየጥ እንከሎ ሓንሳብ በዚ ሓንሳብ በቲ ሓደ ውነ እናበልኩ ማለት ኣብ መንጎ ሕልሚን ንቕሓትን ኲይነ ኣስተማ'ቕሮ ነይረ። ኣዝዩ ምቁር ቅንኢ ተሰሚዑኒ። ሓደ መዓልቲ ከምቶም ንጹሃት ህዝቢ ቋንቋ ኣማል'ኽቲ እርድኣኒ ይ'ኸውን እናበልኩ ነቲ ኣብ ባህታ ሩፍታ ንዝነበረ ኣካላተይ ኣሓጕሰዮ። ማዕጾን መስኮትን ዓጊቱዎ

ዝነበረ ብርሃን ጸሓይ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ኣብ ማዕጸታትን መሳኹቲን ብዝርከቡ ከንፈሮም ዘይከደኑ ጋህታፍ ጨዳዳት ልሒኾ ነቲ መደቀሲየይ ድብን ዝበለ ብርሃን ለኸዩዎ። ኣነ ግን ካብ ሕቑፊ ጥዑም ምቕት ዓራተይ ኣይተፈላለኹን።

ካብ መቐበል ኣጋይሽ ዝነቐለ ድምጺ ሰብ ክሰምዕ ጀሚረ። እንታይ ምኻኑ ብሓንሳብ ገጢመዮ። ሚለና ብንግሆኡ እጃም ተዋስኦኣ ንምምላኽ ትገብሮ ዝነበረት ጽዑቕ ልምምድ ምኻኑ ተረዲኡኒ። ብርግጽ ሓይሊ ሚለና ድምጻ ኢዩ። ካብ ውሽጢ በዓቲ መንነታ ዝብገስ ኲይኑ ይስምዓኒ። ሚለና ግን ከም ድላያ ኢያ ትኣልዮ። ከም ዘሎዎ ካብ ምንጩ ምስ ነድሪ ሓይልታቱ ተፈንዩ ክወጽእ'ሞ ልቢ ሰብ ከም ዘርዕድ ክትገብሮ ትኽእል። እንተ ዘየሎ ነቲ ቀንዲ ጉንዲ ናህሩ ብዝደለየቶ ዓቐንን ብዝሒን እናሰላልዐት መገዲ ከም ዝሕዝን ዝደለየቶ ተልእኾታት ከም ዝፍጽምን ትገብሮ። እቲ ታሕተዋይ መዝገብ ቃናኣ ንርእሱ ብእልፊ ዓጀብቲ ጽፍሒ መቓልሓት ዝሓፈሰ ኲይኑ፡ ላዕለዋይ ሓይሊ ቁመቱ ግን እናቐጠነ ከም ኲናት ተወርዊሩ ናብ ውሽጢ ሕልና ሰብ ይሽከል። ኣትዩ ድማ ክታሙ ብዘይርሳዕ ስምብራት የንብር። ማእከላይ ቃንኣ ምስ ሓይሉ ደኣ ይዕረግ እምበር ንቓላትን ኣረፍተ-ነገራትን ኣብ እዝኒ ሰብ ከም ደወል እናተሓንበቡ ኣትዮም ህይወት ከም ዘፍርዩ ይገብሮም። ታሕተዋይ ወገን ቃና ድምጺ ሚለና ከም ዝደለየቶ ከተትሕቶ ስለ እትኽእል ንዘረባኣ ፍልስፍናዊ መዓርግ ይውስኸሉ።

ድምጻ ካብ መቐበል ኣጋይሽ ሓሊፉ ናብ መደቀስ ክፍለይ ኣትዩ። ነቲ ልሒኹ ዝኣተወ ወልወልታ ብርሃን ኣድሚቑዎ። ኣበየናይ ምርኢት፡ ኣበየናይ ግብሪ ከም ዘላ ኣይፈለጥኩን። እንተ ዝፈልጥ እቲ ዝሰማዕኩዎ ደጊመ መንበብኩዎ። “እቲ ዓቢ ጸሓፊና ግን ካብተን እትው ውጽእ ትብልየን ጠባያት ወጺእኪ ነታ ናይ ሓቂ ሚለና ርኽብያ ኢዩ ዝብለኒ። ስነ-ጥበብ መጠበር ቃንዛኺ ጥራሕ ክኸውን የብሉን። ፈውሰይ ኢዩ ኢልኪ ክትቀርብዮ የብልክን ኢዩ ዝብለኒ። የፈራርሐኒ ከም ዘሎ ግን ኣይተረድኦን። ኣነ ድማ መዓልቲ ይነውሕ እምበር ዝገበርኩ ገይረስ ከረድኦ እየ። ኣብ መጽሓፉ ከም ተዋሳኢት እምበር ከም ሚለና ኲይነ ኣይኣትወሉን። እንታይ ከምጽእ! ንስነ-ጥበባዊ ኩሉ ይፍቀደሉ ኢዩ እንተ ተባህለስ ከመይ ድዩ? ኣካላተይ ከም ዘይርከብ ገይረዮ ኣሎኹ እንተሕሹዎስ።”

ኣብ ዓራተይ ኰይነ ስሒቐ። ዓራተይ ብዘይ ሚለና፡ ብዘይ ኣዛሚት፡ ብዘይ ክንደይ'ሞ ክብለን! ምንባር ለሚዳቶ። መጽሓፊይ ንመን ኣእትያ ንመን ከም ትገድፍ ገና ኣይፈለጥኩን። መጽሓፍ እንታይ ከም ትደሊ ኣይጠፍኣንን። ርእየ ሰሚዐ ኢልካ ዝጎነፈካ ሓቅታት ኣይትኣክበለይ። ዘሎ ኣይጠፍኣንን። ስነ-ጥበባዊ ሓቅታት ፍጡር። ነቲ ዘይርኣዮም ዘሎ እንተ ርኢኻ ኢኻ ምሳይ ትዕረቕ። ብዙሕ ኢዩ ዘይርኣዮም ዘሎ።

* * *

ለይቲ ንግሆ ማዕጾ ክሹሕኳሕ እንከሎ ሰሚዐ። ብድሕሪ ነዊሕ ግዜ ገዛይ ብንግሆኡ ክሹሕኳሕ እንከሎ ኣብ ዓራተይ ኰይነ ናይ ቀደም ናብራይ ዘኪረ። ሽዑ ኳሕ ክብልን ሽታ ቍርሲ ክቕልቀልን ሓደ ነይሩ። ከም ኣዛሚት መን ከይበለት ቀልጢፋ ማዕጾ ክንዲ ትኸፍት፡ ሚለና ናብ መደቀሲኣ ኣትያ ተሸጕጣ። ጨው እናጠዓመኒ ግድን ባዕለይ ምስ ከፈትኩ ሱሌማን ተወርዊሩ ኣትዩ።

"እንታይ ደኣ ዝሰምበድካ መሲልካ! ኣከፋፍታ ማዕጾ ንሚለና ምሂርካያ ዲኻ? እዛ ውርይቲ ተዋሳኢትና'ኸ ብዛዕባ ቍርሲ ከመይ ኢያ?" እናበለ ነቲ ዘይስሩዕ መቐበል ኣጋይሽ ኣስተባሂሉ።

"እዚ ኩሉ ፍልጠት ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ኣኪብካስ ኣብ ሃገርና ኣበይ ቍርሲ ይርከብ፣ ኣበይ ኣይርከብን ኢልካ ከተለሊ ዘይምኽኣልካ ገሪሙኒ። ናይ በዓል ኣዛሚት ቍርሲ ናይ ገዛእ ርእሱ ታሪኽ ኣሎዎ። ኣብ ታሪኽ ሃገርና ኣብቲ ግቡእ ምዕራፉ ተዓቍቡ ከም ዝነብር ድማ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ሚለና ንቍርሲ ምስ እንታይ ተዛምዶ ኢልካ መጽናዕቲ ምክያድ ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ተልእኾ ምኸኑ። ንግሆ-ንግሆ ገዛ ሰብ እናኳሕኰሐ ቍርሲ ዝልምኑ ሓይልታት ኣብ ዘቤታዊ ስነ-ቁጠባ ዘውርዱዎ ዘሎዉ ጾቕጢ እናበልና መጽናዕቲ እንተ ጀሚርና ግን ምስዚ ዘሎ ኩነታት ደሚርካ መወዳእታ ዘሎዎ ኣይመስልን። ስለዚ፡ ኣቐዲምና፡ ብጊሓቱ ናባና ዘምጽኣካ ምኽንያት እንተ ንፈልጥ፡ እንተ ወሓደ ብዛዕባ ኣብ ሓጺር ግዜ ክንወስዶ ዝግብኣና ቅልጡፍ ስጕምቲ ምተዳሎና ኔርና፡" ምስ በልኩዎ እቲ ብሩር ቃጭል ዝኾነ ሰሓቑ ነቲ ዘኽቲሙ ዝጸንሐ ገዛ ህይወት ኣልቢሱዎ። ሱሌማንን ባህታን ህረፍ ስራሕ ዋላ ዝዕብልሎም እንተኾነ ንሓጕስ ዝኣክል ግዜ ኣይስእኑን። ዋዛን ቁምነገርን እናሓዋወሱ ኢዮም ዝነብሩ።

ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ዝጸንሐ እኩብ ወረቓቕቲን ኣጫርቕን ናብ

ካልእ ወጊኑ ረማፅ ምስ በለ፡ "እዚ ገዛ ንምንታይ ዲኹም ትጥቀሙሉ ዘሎኹም? ተመሃሮ ዝወዓሉዎ ክፍሊ እኮ'ዩ መሲሉ። እንተኾነ ድማ ዘየገርም ኣይኰነን። በዓል ትጃር ንተዋሳእቲ ዝኸውን ስፍራ መለማመዲ ክንዲ ዝቕርቡ እንዳ ሰብ ከፅገርግሩ ይመርጹ። ንስኻ እንታይ ገበርካዮም ዘጸግሙኻ? ሚለና ናቱ ምኳና'ኮ ምሉእ ሃገር ኢዩ ዝፈልጦ። ዋላ'ታ ኣዛሚትስ ምስኡ እንዳኣላ ሃመም ትብል ዝነበረት። ንስኻ ተቕርበሎም ካልኦት ይጥቀሙ። ንሚለና ደኣ ናብኡ ዘይእክባ?" ኢሉ እናንጸርጸረ።

ናብ ዘየድሊ ዘረባ ኣቲና መውጽኢ ከይንስእን ብምፍራሕ፡ "ትጃር ህሉዋት ሰባት ኣጽኒዑ ኢዩ ናይ ተዋስኦታቱ ጠባያት ዝፈጥር። ባዕሉ ዝምህዞ ጠባይ ዳርጋ የለን ክብለካ እኽእል። ምስ ሚለናን ኣዛሚትን ዘቀራረቦ መጽናዕቲ ኢዩ፡ ካልእ ከምዚ ንስኻ ትብሎ ኣይኰነን። ትጃር ብመልክዕ ዝድለል ኣይኰነን። ፍሉይ ክእለት ኢዩ ዝዓጅቦ። ናይ ኣዛሚት ዓሚቝ ፍልጠት ስነ-ኣእሙሮ ህጻናትን ንዐኦም ዝኸውን ዛንታታት ምምሃዝን ንትጃር ተዋስኦ ንምፍጣር ኣስዲዑዎ። ዘየስድዕ'ውን ኣይኰነን። ምኽንያቱ ናይ ኣዛሚት ዛንታን ክእለትን ከም ዘሎ ቀለብ ስነ-ጥበብ ስለዝኾነ፡ ደራሲ ተዋስኦ ሃሪፉ ንኸህርፍ ኢሉ፡ ኣብ መድረኽ እንተ ርኣዮ ብዙሕ ዘገርም ኣይመስለንን። ናይ ሚለና ግሁድን ገና ዘይተጋህደ ክእለትን ጥራሕ ንትጃር ዝሰሓቦ ይመስል ይኸውን። ብኽእለት'ኮ እታ መድረኽ ሃገራ ገዲፉ እንዳ ሰብ ትሰርሕ ዘላ ምበለጸት። ትጃር ኣብ ሚለና ካልእ ተዋስኣዊ ክእለት ኣርእዩና። ኣብ ውሽጢ ሚለና ዘሎ ግርጭታት ኣዝዩ ዘገድስ ኢዩ - ብሕልፊ ንሓደ ፈጠራዊ ደራሲ። ኣብ ውሽጣ እተካይዶ ውግእ ቀይዳ ናብ ስነ-ጥበብ ኢያ ትዕቆብ።"

ሱሌማን ብንግሆኡ ጠባያት ተዋስኦ ንኽጽንዕ ካብ ገዛኡ ከም ዘይነቐለ ኣይተጠራጠርኩን። እቲ ቀንዲ መምጽኢኡ መዓስ ከም ዝነግረኒ ግን ነዊሑኒ። ንግሆ ገስጊሱ ዝመጻሉ ምኽንያት ብርግጽ ብዛዕባ'ቲ ዘልዓሎ ጉዳይ ምኳኑ ደንጉዩ ተረዲኡኒ። ግላዊ ናብራይ ከም ዘይተፈተዎ ካብ ዝነግረኒ ነዊሕ ኰይኑ። ዝውጻዕ ዘሎኹ ከም ዝመስሎ በብግዜኡ ከይጠቐስለይ ስቕ ኣይበለን።

"ካብ ቀደም እንዲና ንፋለጥ። ሓቀይ'ዶ? ኩሉ ግዜ ኣብ ጥቓኻ ኣንስቲ ይርኣያ ኢየን። ከም ኣመጻጽኣአን ድማ ይሓልፋ። ነናብ ዋኒነን ኢየን ዝኸዳ ይመስለኒ። ደሓር ንሒደት እዋን ንበይንኻ ትርእ። ካልኦት እግሪ እግረን ተኸቲለን ድማ ንዘየተሓድራ

ከማስያልካ ንዕዘብ። ኣነን ባህታን ብኣኻ ንጕሂ ኢና። በዓል ትጃርስ'ኳ ይጥቀሙለን፡ ንስኻኸ? ፍጻመ መጽሓፍካ የገድሰና ኢዩ። መጽሓፍካ ናብ ሕትመት ዘይትቀራረበሉ ምኽንያት እዚ ክኸውን ይኽእል'ዶ? ማለት ናይ ሓንቲ ናፍቖት፡ ናይታ ሓንቲ ዋሕዲ ፍቕሪ፡ ናይ ሓንቲ ጥልመት፣ ሓንቲ ዝዋሕለለትሉ ገዛ እታ ሓንቲ ክትብስርወሉ፡ ሓንቲ ዘሞቐቶ እታ ሓንቲ ከተዝሕሎ፡ ከምኡ እናበለ ህይወትካ ብብርሃን ክድኳሕን ብጸልማት ክብህርርን እንድሕሪ ኰይኑ እቲ ፈጠራዊ ሓቂ ከንጸባርቕ ንጽበዮ መጽሓፍካ ይልኣም ትብል'ዶ?" ክብል እንከሎ ሱሌማን ከውጽኦ ደልዩ ዝነበረ ሓቂ ገና ኣብ ከብዱ ከም ዘትረፈ ይፍለጥ።

ዘቕረቦ ሓሳባት ግጉይ ትንታነ መጽሓፈይ ከም ዝኾነ ከረድኦ ፈቲነ፡ ክዕወት ግን ኣይክኣልኩን። ብዓይኒ ጥቕሚ ወይ ጉድኣት ክግምገም ግዲ ዘይክእል ኰይኑስ ዝተጠቐምኩዎን ዝተጎዳእኩዎን ክዝርዝር ኣይክኣልኩን። ኣነ ጥቕሚ ዝብሎ ካልእ ሰብ ጥቕሚ ይብሎ'ዶ ንዝብል ሕቶ መን ከም ዝምልሶ ኣይፈለጥኩን።

ንሱሌማን እናጠመትኩ፡ "መርዚ ዓቢ ፍቕሪ ውሒጥካ፡ እሞ ከኣ ክኢልካዮ ብምስጢር ምንባር፡ ክንደይ ሕሱም ምዃኑ ንመን ትነግሮ? ምስቶም ፍቕሪን ጥቕሚን ከዛምዱ ላሕ ዝብሉ መን ክረዳዳእ ይኽእል? ነታ ተፍቅራ እንተ ወኒንካያ እንታይ ይተርፋ? ንዓይ ፍቕሪ ማለት እቲ ዘይተወነነ ኢዩ። እቲ ዘይተረኽበ። እቲ ንኽዕንብብ ዝተገድፈ ናጽነት። መጽሓፈይ እውን ነቲ ዘይተጨበጠ ሓቂ ኢያ ትናፍቕ። ነቲ ዘይተጻሕፈ። ነቲ ንኽዕንብብ ዝተገድፈ ናጽነት። ኣነ'ውን ንመጽሓፈይ ኢለ እቲ ማንም ዝዓተሮ ሓቂ ኣይኰንኩን ዝእልሽ ዘሎኹ። ናይ ሕጊ፡ ምህንድስና፡ ንግዲ፡ ምምሕዳር፡ ስነ-ቁጠባ፡ ወዘተ. ቀለምቀመሳት ዝፈልጡዎ ዝርዝር ሓበሬታ ፍልጠት ኣይኰንኩን ዝእክብ ዘሎኹ፣ መሳዕስዒኡ፡ መስሓቒኡ፡ መፍቀሪኡ፡ መድረፊኡ፡ መፍጠሪኡ፡ መምሃዚኡ ዝኸውን ልዝብት እየ ዝደሊ። ነቲ ኣብ ህይወት ዘይሰረጸ ብልጭልጭ ፍልጠት ኣይተመነኹን። ፍልጠት ከማይ ኰይና ምሳይ ከተኹድድ እየ ተመንየያ። ምሳይ ብፍቕሪ ክትዓብድ ደልየያ። ኣልባሳታ ደርቢያ ንዓ ዳህስሰኒ'ሞ ካልኦት ዓይኖም ደኊሑዎም ዘይጠመቱዎ ኩሉ ምስጢረይ ክትርኢ ኢኻ ክትብለኒ እጽበ ኣሎኹ። ከምቶም ብሽታኣ ዓቢዶም ፍቕሪ ነብሶም ጥራሕ ዓጂቡዎም ንህዝቦም ዝውሃብ ጭብጢ ብርሃን ዝስእኑ ኰይነ ክተርፍ ኣይደለኹን። ከምቶም ምስ ሓቂ ከይተላለዩ ዘሎዎም ፍልጠት፡ ክእለት፡ ጉልበት፡ ሞያ ኣብ ነብሶም ወይ ኣብ ስራሕ

ትካላት ኣውዒሎም ነቲ ናቶም ኲነ ነቲ ተልእኾ ትካላት እናቐረሱ ብኸንቱነት ኣብ መዓላ ጸቢብን ውሱንን ናብራ ህይወቶም ዘውዕሉ ክኸውን ኣይደልን። ተልእኾ ትካል ካብ ምስራሕ ዘኸፍእ ገበን ዘሎ ኣይመስለንን። ተልእኾ ሓደ ሃገር ምስራሕ ማለት እኮ ኢዩ። ገሊኣቶም ግን ከምኡ ኢዮም ዝገብሩ ዘሎዉ። ሕልሚን ባህጊን ሃገር ዓሚጾም እናወነኑ ይነብሩ። ተረፍ ኣፎም ኢዮም ዘንጠብጥቡ። ኣነ ግን ሓቂ ንምርካብ ኣብ ምድሪ ክድቅስ፡ ሓሙኽሽቲ ክልከ፡ ዕረ ክመጺ እየ ተቐሪበ ዘሎኹ። ረኺበ ምስ ሓቐፍኩዋ ግን መጽሓፈይ ናይ ውሽጢን ግዳምን ስነ-ኣእሙራዊ ውግእን ፍቕሪን ብደረጃ ሃገራት ይኹን ብደረጃ ህይወት ውልቀ-ሰብ ክትገልጸልኩም ኢያ፡” እናበልኩ ከረድኦ ፈቲነ።

እተን ዝበለን ኣንስቲ ንስጉምቲ መጽሓፈይ ከም ዘየደንጉያ ከረጋግጸሉ ይጽበ ከም ዝነበረ ምስ ተረዳእኩ፡ “እዘን ገዛይ እትው ውጽእ ዝብላ፡ እዘን ተበለጽቲ ዝመስላ፡ እዘን ዝተፈላለየ ቍርስታት ዝቐርባ ናብቲ መጽሓፈይ ክትበጽሖ ትደሊ እምባ ፍጻሜ ስነ-ጥበብ መሰነይታ ኢየን። ናጽነተን ኢዩ ዝፍትወኒ። ዘይምውናነይ ኢዩ ዘሐብነኒ። እቲ ናጻ ክፋለን ኢዩ ፍጠር ስራሕ ዘብለኒ፡” ምስ በልኩዎ እንተ ወሓደ ንግዜኡ ብምላሸይ ዝዓገበ መሲሉኒ። እንተኾነ ገና ካብ ከብዱ ዘየውጽኦ ሕቶታት ከም ዘሎ ብገጹ ገጢመዮ።

ኣብ መንጎ ዘረባና ካብ እንዳ እቶን ዝነቐለ ድምጺ ሰሚዐ። ኣቓልቦይ ናብ ወግዒ ኣተኲረ ደኣ'ምበር ዝተፈላለዩ ኣቑሑት ክተናኸፉ እንከሎዉ ዝገብሩዎ ድምጽታት ናብ እዝነይ ቅርብ ርሕቕ ካብ ዝብል ኣይወሓደን። ነቲ ጎንጺ ኣቑሑት ድምጺ ሚለና ከሰንዮ እንከሎ ሱሌማን ከም ዝሰምዐ ዝምስክር ምልክት ኣየስተብሃልኩን። ሚለና ቍርሲ ይኹን ምሳሕ ቀረብኩ ክትብል እንከላ ነቲ ስራሕ በቲ ዘረባን ትሕዝቶን ተጽንየ ዘላ ተዋስኣዊ ቍርሶ ተመሪሓ ኢያ ትዓዮ። ስምዒታ'ውን ምስቲ ስራሕ እቶን ተዋሃህዶ። ብግዜ መጽናዕቲ ተዋስኣዊ እጃማ እቲ ዘድሊ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት እውን ከም ድላያ ኢያ ትውስኽሉ።

ሚለና እቲ ኣሰናዲኣዮ ትብሎ ትሕዝቶ መግቢ ሒዛ ናባና ገጻ ከተብል ምስ ተዓዘብኩ ንሱሌማን ጠሚተዮ። ምሉእ ገጹ ስእሊ መልክዕ ምግራም ኲይኑ። ሚለና ናባና ምስ በጽሐት ክልተ ዓበይቲ ኩባያታትን ሓደ በራድን ዝጸረ ሰፍኢ ስሓን ኣብ ልዕሊ ቅድሜና ኣብ ዝተዘርግሐ ሓጺር ናይ ጋሻ መቐበል ጣውላ ኣንቢራቶ።

ምስቲ ዝባን ጣውላ ስለ ዘራጸመቶ ከኣ ዘበራብር ድምጺ ፈጢሩ። ኣብ ውሽጢ ረቒቕ ናይ ለይቲ ቀሚሻ ኰይና፡ ገጻ ንዓና ሂባ፡ ንድሕሪት እናሰጎመት ዳርጋ ናብቲ ደረት ክፍሊ መቐበል ኣጋይሽ በጺሓ። ኣብኡ ኰይና ንሒደት ህርመት ልቢ ዝኣክል ምስ ርኣየትና ካብቲ ርሕቀት ተሃንዲዳ ኣብ ፊትና ብሓደ ብርካ ተንበርኪኻ። ገጻ ኣቕኒዓ ብብርቱዕ ስምዒት ዓይኒ ዓይነይ እናጠመተት ብንግሆኡ ኣጽኒዓ ዝመለኸቶ ክፋል ተዋስኦ ፍቕሪ ጸሓፊ ብድንጽው መንፈስ ከም እንዕዘብ ገይራትና።

"ይኣኽለኒ ፍትወት ለይቲ። መገዲ ስነ-ጥበብ ነዊሕ ኢዩ። መገሻይ ርሑቕ ስለ ዝኾነ ሕጂ ክብገስ ኣሎኒ። መንፈሰይ ናብ መድረኽ ይዓርግ ኣሎ። ህይወተይ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ መድረኻት ሸንኮለል ንኽብል ተፈሪዱ ስለ ዝኾነ ኣብኡ ክነብርን ክሓልፍን ኢዩ። መዓርግ ገዛይ ኣብ መድረኻት ብዓብላልነት ዝዓልብ ብርሃን ኢዩ። ኣብዚ ኣይኰነን። ደሓን ኩን፡" ኢላ ካባና ጣቕዒት ትጽበ ዝነበረት መሲላ። ነቲ ዘቐረበቶ ቀኈርሲ ቁሊሕ ክንብሎ ዓዲማ ከኣ ናብ ውሽጢ ተመሊሳ።

ሱሌማን ብእምብዛ ምግራም ዝዛረቦ ስኢኑ። ቀልቡ ክሳዕ ዝምለስ ኢዱ ሓደ ካብቲ ዝቐረበ ኩባያ ኣልዒሉ ፊት ኢሉ። ነቲ ዘልዓሎ ኩባያ ኣንቢሩ ኣፉ ብመንዲል ጸሪጉ። ድምጹ ብሓንሳብ ተፈቲሑሉ።

"እንታይ ኢዩ'ዚ? ቀኈርሲ! ናይ ምንታይ ቀኈርሲ?"

"ዝተበጽበጸ ጥሕኒ'ዩ። ኣብ ሳዋ'ያ ተማሂራቶ። ኣብ ሳዋ ዓቢ ጥቕሚ ነይሩዎ ኢዩ ዝብሃል። ካብ ጥሕኒ ዝተረኽበ ጥቕሚ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኰነን። ብዙሕ ዓይነት ስምዒታት ይቕስቅስ ኢዩ ዝብሉ ወገናት ኣለዉ። ብሕልፊ ንናይ ፍቕሪ ስምዒት ከም ዘልዕሎ ከኣ ይሕብሩ፣ ዝያዳ እኳ ደኣ እቲ ብሑጻ ዝቑሎ። ስለዝኾነ ገሊኣቶም ሃገራውያን ፈላጣት ዓሚቑ ምርምራት ድሕሪ ምክያድ ብምዕቡል ኣሰራርሓ ከቕርቡዎ ይጽዕሩ ከም ዘሎዉ ይንገር፡" ኢለዮ ብሃወኽ። ዘረባይ ግን ፍረ ኣይፈጠረን።

"እዚ ገዛ ንቡርን ቅቡልን ቀኈርሲ ኣየድልዮን ዝብል ሕጊ ድዩ ወጺኡሉ? ሰኣን ጥዑይ ቀኈርሲ ደኣ ከይትሽውን መጽሓፍካ ካብ ሕትመት ድሕርሕር ትብል ዘላ? እዘን ገዛኻ እትው ውጽእ ዝብላ ዘይንቡር ቀኈርስታት ኢየን ዘዘውትራ። ደሓር ለሚድናዮ ደኣ እምበር ሕልበት ዝቐርስ ሰብ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ተደልዩ ዝርከብ'ዶ

ይመስለካ? ዘሎ ኣይመስለንን። ንሱ ከይኣክል ድማ ብዝሑል ማይ ዝተበጽበጸ ጥሕኒስ ንቑርሲ! እዚ ቆሪስካ እንታይ ክትጽሕፍ ከም እትኽእል ክርድኣኒ ኣይክእልን። ስምዒት ፍቕሪኻ ሰማይ እንተ በጺሑ ኣብ መሬት ኲንካ ክትሰርሕ ትኽእል'ዶ? ቀደም'ውን ሓንቲስ ነይራትካ እንድያ ቍርሲ ዓደይ ኢዩ ኢላ ዝተቐለወ ዓተር ምስ ማይ ትቕርብ። ቍርሲ ኢላ ሓምሊ ትቕርብስ ኣይነበረትካን'ዶ? ብቑርሲ ኢየን ዝሰርያኻ ዘሎዋ። ግደፈን ነዚኣተን። ንቡር ፈትን፡" ምስ በለ ንስንባደኡ ብመጠኑ ዘህደአ መሲሉኒ።

ዝህቦ ምላሽ ኣይነበረንን። ዝተጸዋወገ ገጽ ሱሌማን ከይዓገተኒ ነቲ ዝቐረበለይ ጽዋእ ጥሕኒ ብሓቦ ጨሊጠዮ። ቅድሚ ምስንባቱ ሱሌማን ንህይወተይ ዝመርሕ መምርሕታት ገዲፉለይ። ካልእ ገዲፈ ናብ መጽሓፈይ ጥራሕ ንኽቕልብ መኺሩኒ። ኣብ መጽሓፈይ ዘሎ ትጽቢት ደጋጊሙ ኣተሓሳሲቡኒ። ኲናት ስነ-ኣእሙሮ ብኻልእ ዘይኲነስ ብሓቅታት ስነ-ጽሑፍ ስለ ዝግለጽ ንመጽሓፈይ ክቃለሳ መኺሩኒ ከይዱ።

-19-

ሰብ እንታይ ከርኢ ምደለየ? ግዳማዊ መልክዑ፡ ክእለቱን ፍልጠቱን ምስ ኣላለየ ሓሞቱ ከርኢ'ዶ ምደለየ? ተሓቢኡ ዘሎ ፍርሑን ተላሒጉ ዘሎ ድንቁርንኡን ሰብ ክዕዘበሉ ዝምነ ዶኾን ይህሉ?

ምስ መሓመድ እድሪስ ዘራኸበና ዝነበረ ነዊሕ ሰንሰለት ወግዒ ካብ ዝቋረጽ ከይተፈለጠና ሓያሎ ግዜ ሓሊፉ። ኣብታ እንዳ ቡን ተስፋ ከም ዝቖረጸን ናብ ስነ-ጥበብ ክምሕጸን ከም ዝደሊን ክገልጸለይ እንከሎ ኣብ ገጹ ተሳኢሉ ብሓሳባተይ ዝርኣኹዎ ቅብጸት ኣብ ዓይነይ ኣትዩ ስለ ዝተረፈ ኩሉ ግዜ እዝክሮ። ከም ራኢ ኰይኑ ኣብ ጎዱፍ ሓቂ ርያ ክጎትት እንከሎ ብዓይነይ ርእየዮ ኢለ ብዘይ ምጥርጣር ኢድ ወረጃታት ምጠቓዕኩ። ንሓንሳብ ኣብ መንጎ ራኢን ህልው ኩነታትን ዘሎ ፍልልይ ምርኣይ የጸግመኒ። ንሓንሳብ ብሕልሚ ዝርኣኹዎ ብግህዶ ዝኾነ ይመስለኒ። ኣየናይ ሓቂ ምኻኑ ንምፍላይ ድማ ቀሊል ኰይኑ ኣይረኸቦን። ዝደናገረሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ።

ንመሓመድ እድሪስ እናተጸበኹ ሚለና ኣብ ሓሳባተይ ከም ጽላሎት ዘምብያ። ዘይክኣል ኰይኑ ደኣ እምበር መወዳእታ ብዘይብሎም ብዝተኣሳሰሩ ሰንሰለት ሕቶታት ንውሻጠ ኣእሙሮይ ክሓክኽ ኣይምጸላኩን። እንታይነት ሚለና ክርድኣኒ ዘይክእል እዋን ዓብሊሉ ኣርኪቡኒ። ምሳይ ዘራኸባ እንታይ ኢዩ? መልክዓ ድዩ ጠባያ፡ ኣካላታ ድዩ መንፈሳ፡ ሓይላ ድዩ ድኻማ፡ ሕሉፋ ድዩ መጻኢኣ፡ ዕብየታ ድዩ ውድቀታ፡ እዚ ክብሎም ዘይክኣልኩ ሕቶታት ተኹቲኾም ክቐትሉኒ ደልዮም። ቅድሚ ሕጂ ዘይተመለሹ ሕቶታትዶ ድሕሪ ሕጂ ክምልሶም ኢለ'ኳ ኣይምካሕን፣ ሕቶታት ግን ኣየናሕሰዩለይን። ኣብኣ ዘሎኒ ስምዒት ምንጻር ኣብዩኒ ድማ ተጨኒቐ። ተገርመኒ ድያ ዘላ ተደንግጸኒ፡ ትፍተወኒ ድያ ትጽልኣኒ ኣይፈልጥን እናበልኩ መሊሰ ንርእሰይ ኣጨኒቐ። ንግዜያዊ

ባህግታት ከንቱነተይ ኢለ'ዶ እዚ ኩሉ ብዛዕብኣ ምተገደስኩ እናበልኩ'ውን ንነብሰይ ሓቲተ ምላሽ ኣይረኸብኩንን። ኩሉ ምስ መጽሓፈይ ዝተራኸበ ጉዳም ሰንሰለት ርክባት ኰይኑ ተሰሚዑኒ። ንመጽሓፈይ ኢለ ድየ እዚ ኩሉ ነብሰ-ፍትወት? እምበር'ዶ እዛ መጽሓፍ ይቕረ ክትብለለይ'ያ ኢለ ንነብሰይ ዝገደደ ኣጨኒቐ።

* * *

ከም ቀደሙ ጽላሎት መሓመድ እድሪስ ናብቲ ኮፍ ዝበልኩሉ ጣውላ ዓሊቡ። ካብ ዕብዳን ሓሳባተይ ብር ኢለ ምስ ርኣኹዎ ስንባደን ሓጐስን ኰይነ። ጎታት ርያ ዘይኰነስ ዝጠዓሞን ዝተሓጐሰን መሓመድ እድሪስ ርእየ ባህ ኢሉኒ። ኣከዳድናኡ'ውን ይበል ዘብል ነይሩ። ኮፍ ከይበለ ናብቲ ቡን ዝቐድሕ ወዲ ገስጊሱ ብኢዱን ብኣፉን ድላዩ ክገልጽ እንከሎ ካብ ርሑቕ ጠሚተዮ። ቱርጁማን ብዘየድልዮ ብርኡይ ምልክት ገይሩ ቡን ዘድልየኒ እንተ ኰይኑ ምስ ሓተተኒ ብናተይ ምልክት ሐራይ ኢለዮ። እዚ ምስ ፈጸመ መንበር ስሒብ ኣቢሉ ብዓወት ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢሉ።

"ሎም መዓልቲ መጽሓፈይ ናብ ሕትመት በቒዓ። ሽዱሽተ ኣዋርሕ የድሊ ኢሎምኒ። ሕጂ ከዕርፍ እየ። ናትካ መጽሓፍ እየ ዝጽበ፣" ሓጺር መልእኽቲ ምትሕልላፍ ዝላመድ ዘሎ ብምምሳል መጽሓፉ ኣበይ ከም ዝበጽሐት ኣበሲሩኒ።

"እንቋዕ ሓጐሰካ! እሞ ብቡን ዲና ነብዕሎ?"

"ክሳዕ ትጸግብ ስተ።"

"ሕጂ እንታይ ይስምዓካ?"

"እንድዒ! ፍርሒ ኢዩ ዝስምዓኒ ዘሎ 'መስለኒ። ኣይ ከምቲ ባህገይን። ብመጽሓፈይ ዓለም ዝቕይር ይመስለኒ ነይሩ። ሕጂ ግን እንድዒ። መጽሓፈይ ትገብሮ ነገር ዘሎ'ኳ ኣይመስለንን። ምስ ክንደይ ኢላ ክትቃለስ? ሓቂ ዛሕዛሕ ኢሉ ኣብ ፈቐድኡ ስለ ዝተዘርወ መጽሓፈይ ኣኻኺባ መልክዕ ከተውጽኣሉ ትኽእል ኣይመስለንን። ዓለም-ለኻዊ ሓይልታት ሓቂ ተመጃሪገ መልክዕ ንኽስእን ዘይገብሩዎ የብሎምን። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ግዜያዊ ጥቕሚ ንምርካብ ገጽ ሓቂ ንምቕዛፍ ዘይጓየ የለን። ከምቲ ቀደም ዝበልኩኻ፣ ሓቂ ናባኻትኩም ኢያ እንተ ተዓቒበት። ብስነ-ጥበብ ከተገርሙዋ ፈትኑ። መሕብኢኣን መግሃዲኣን ምሃዙ፣" ኢሉ ዝን ክብል ምስ ተዓዘብኩ ናይ ዓለም ነገር ኣገሪሙኒ።

ወዲ-ሰብ መዓስ ኢዩ ዝሕጉስ እናበልኩ ኣስተንቲነ። ከምቲ ፈላስፋ ህንዲ ዝበሎ ዘሐጕስ ምስ ተረኽበ ዘይነበረ ጸገም ይጎንፈና ኣሎ። ዝነበረና ቅቡል ኣገላልጻ ሓጐስ ሰልጢንና ብዝብሉ መማህራንን ወለዲን ስለ ዝተመንዛዕና እቲ ዝግበር ይጠፍኣና'ሞ ኣብ ክንዲ ግጥሚ ስዲ ንባብ፡ ኣብ ክንዲ ምሕሸ መደረ፡ ኣብ ክንዲ መልቀስ ብኽያት ነዘውትር ኣሎና። መሓመድ እድሪስ እውን ከምዞም ገሊኣቶም ክእለት መልቀስ ኣብዩዎም ከም ናይ ሕንቁቕ ቈልዓ ገይሮም ዝበኽዩ ከይከውን ስለ ዝፈራሕኩ ንሓጐሱ መግለጺ ዝኸውን ብልሓት ስኢኑ ከይከውን ሓቲተዮ። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ሰባት መልክዕ ሓጐስን ጓሂን ምልላይ ክስእኑ ሰብ ይዕዘቦም ኣሎ። ብርግጽ ድማ ሓጐስ ናይ ንኣሽቶ ሰባት መግለጺ ስምዒት ኣይኰነን። ዓብዮም ንዘይዓበዩ ሰባት ብኽያት ኢዩ ዝቕድሞም።

"ንሓጐስካ ወይ ንጓሂኻ መግለጺ ዝኸውን ክእለት ማሰ ወይ መልቀስ እንተ ዝነብረካ መጽሓፍ ኣብ ሕትመት ኣብቂዐ ኢልካ ኣይምኾረኻን። መጽሓፍካ ምስ ኣንበብና ርእይቶና ክትዕዘብ ኢኻ። ኣንቢብ ዝበለ በብወገኑ ሓደ ክልተ ክብለካ ኢዩ። መጽሓፍካ ካብቲ ንዓይ ብራኢ ዝተኸሰተለይ ጎዱፍ ሓቂ ክንደይ ሓቂ ዓሚኚ ወይ ሓፈሳ ወይ ግሒጣ ከም ዘላ ሽዑ ክትፈልጥ ኢኻ።"

"ኣበይ ዓዲ ዘሎኻ መሲሉካ! ኣየናይ ኣንባቢ ኢዩ መጽሓፍ ወዲኡስ ናብ ውራይ ምእራም ዝኣቱ? ካብ ናይ ኢንተርነት ገጽ ንላዕሊ ኣንቢቡ ምላሽ ዝህብ ቀለምቀመስ ንኽትረክብ ብዙሕ ኣይትመነ። መጽሓፍ ብምሉኡ ኣንቢቦም ሓሳባቶም ከቕርቡ እንድሕሪ ኰይኖም፡ ካብቲ ንምንባብ ዝወድኡዎ ግዜ ኣዝዩ ዝነውሐን ዝጸንከረን ዓቐበት ስለ ዝጽበዮም ኣይፍትኑዎን ኢዮም? እዚን ወዲ'ዚን ምስ ተዓዘብኩ ከኣ እየ ካብ ሰብ ምጽባይ ዝገድፎ ዘሎኹ። እዞም ንብሎም ዘሎና ሰባት ዕሱባት ዕለታዊ ናብራ ኢዮም። ስለ ዝኾኑ ብኹነ-ተገብረ፡ ተባህለ ኢዮም ንጸሓፊ ዘልዕሉን ዘትሕቱን። እቲ'ውን ንጸሓፍቲ እንተልዒሎም ማለተይ ኢዩ'ምበር መጽሓፍን ጸሓፋይን ዘልዕሉ ዓሌት ሰብ ኣይኰኑን። እቲ ውሩይ ተንታኒ ስነ-ጽሑፍን ፈላስፋን ኣብዚ ቅንያት ሓንቲ ምጭውቲ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ከም ዘሎ ትፈልጥ ኢኻ። ደይመደይ ከይበለ መጽሓፉ ብግርህና ነቶም ከም ምሁራት ዝቝጸሩ ዝነበሩ ቀለምቀመስ ምኺኖም ንህዝቢ ስለ ዘበሰረት ሑጻ ዝቖርጠሙ መሲሉዎም። ስለዚ፡ ንዐኦም ኢለ ዝጽሕፎ የብለይን። ሓቂ ከም ብመስትያት ተንጸባሪቑ እንተ ተራኣየኒ እናበልኩ ንነብሰይ ኢለ'የ

ዝጽሕፍ። ሓቂ እንተ ረኺብኩ እንታይ ይፍለጥ ኢለ'የ ዝጽሕፍ። ኣብ መጻኢ ዝዓብዩ መንእሰያት እንተ ኣንበቡዎ ብምባል። ጓሂ ዝበልኩኻ'ኮ ዘዕግበኒ ሓቂ ዘይምዕማኹይ ባዕለይ ስለ ዝተረዳእኩን ረስኒ ህርፋነይ ድማ ስለ ዘየዝሓልኩን ኢዩ።”

ክምልስ ክብል እንከሎኹ ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ናባና ገጾም ክስጒሙ እንከሎዉ ርእየ፡ ኣፈይ ሒዘ ተሪፈ። ከባቢ መኣዲ ቡን ምስ በጽሑ ቀንዲ ኣቓልቦኦም ናብ መሓመድ እድሪስ ገይሮም ብዛዕባ መጽሓፉ ከዘራርቡዎ ጀሚሮም። ኩሉ ሰብ ምስማዑ ብውሽጢ ልበይ ተገሪመ። ኣነ ጥራሕ ዝሰማዕኩ መሲሉኒ ነይሩ፣ ቁሊሕ እንተ በልኩ ግን ኣዛሚትን ሚለናን ናባና ኣቢለን ሰለል ክብላ ተዓዚበ። እግሪ-እግረን ተኸቲሉ ኣላይ ክስዕብ ምስ ርኣኹ ህዝበይ ንውራይ ሓደ ፍጻሜ ትሸባሸብ ከም ዝነበረት ኣሚነ። ባህታን ሱሌማንን ከም ዝሕወሱ ከኣ ኣይተጠራጠርኩን። ዝሓሰቡዎ ጽምብል ኣብ እንዳ ቡን ከም ዘየምሕረሉ ምስ ኣስተውዓሉ ከምታ ናይ ኣዛሚት ምሸት ናብ ገዛይ ግዒዞም። ትሕዝቶ ገዛ ገና ከይኣተዉ ዝገምገሙዎ ይመስሉ። ብሕልፊ ሱሌማንን ኣዛሚትን ፍሉይ ኣቓልቦ ብምግባር ዝኣክል ስንቂ ኣፍን ጎሮሮን ኣብቲ ገርናው ገዛ ከም ዝኣቱ ገይሮም።

ቆሪሩዎ ዝጸንሐ ቦቕባቑ ገዛይ ከም ኣመሉ ንኹልና ሃንጎፋይ ኢሉ ተቐቢሉና። ቀንዲ ትሕዝቶ ገዛይ እቲ መቐበል ኣጋይሽ ንብሎ ኢዩ። ኣነ ዝመልኦ ኣይኰንኩን። ክሳዕ ኣፉ መሊኡ ኣይፈልጥን። ንሕቑፊ ገዛይ ኩሉ ግዜ ምስ ንኣስኩዎ እየ። ኣብ ቤተይ ካብተን እትው ውጽእ ዝብላ፡ “ንገዛኻ ትንእሶ ኢኻ ንዓና'ሞ ትዓብየና ኢኻ” ክብላኒ እንከሎዋ ትርጒሙ ይርድኣኒ ኣይነበረን። ካብ ሓደ ጫፍ ናብቲ ሓደ ጫፉ 30 ስጉምቲ ህጡር ሰብኣይ ክኸውን እንከሎ ወርዱ 20 ስጕምቲ ይመልእ። ቁመት ገዲፍካ ተዛረብ ከይብሃል እምበር 12 ስጕምቲ ዝኣክል ንሰማይ ኣንቃዕሪሩ ምስ ነበርቲ ሃዋህው ክዋሳእ ዝተቐረበ ኢዩ ዝመስል። ብዕንጸይቲ ዝተረበበ ናሕሲ እንተ ዘይመልሶ'ሞ ኣበይ ኮን ምበጽሐ ኢልካ ዝግመት ኣይኰነን። ጸራብ ዕንጸይቲ ዝነበረ ጥልያን ከም ቤት ዕዮን መንበርን ኢሉ ብቐይሕ ጡብ ዝሃነጾ ዘይኰነስ ዝነደቖ ኢዩ። ኣብ ሓደ ጫፉ ንፍጹምነት ጽርበት ዝበቕዐ ስራሓት ዕንጸይቲ ዝቐመጠሉ ዝነበረ ኣርባዕተ እመት ዝብራኼኡ፡ ሸሞንተ እመት ዝወርዱ፡ ሽዱሽተ እመት ዝቑመቱ ናይ ተዋስኦ መድረኽ ዝመስል ልዑል ቦታ ኣሎ። እቲ ቀደም ምስቲ ጥልያን ዝሰርሕ ዝነበረ

ሓውቦይ ብሓቂ ንነዊሕ ግዜ ጽዒሩ ዝፈጠሮም ፍሉያት ኣቓሑት የንብረሉ ነይሩ እብል። ኣነ'ውን ጸራብ ዕንጸይቲ እንተ ዝኸውን ነይረ፡ ተማህሊለ ዝፈጸምኩዋ ኩርሲ፡ ንበይና ኣብቲ ማእከል ብራኽ መድረኽ ኣንቢረ፡ ምእንቲ ጽባቐ ከስተማቕር፡ ነቲ ኣዳራሽ ቤት-ዕዮ ኣጸልሚተ፣ ብርሃን ንመድረኽ ገዲፈ፡ ውጽኢት ፍረ ስራሐይ ክቋመት ምሓደርኩ። ንሓንሳብ ሰብ ኣብቲ ናይ ገዛይ መድረኽ እንድሕሪ ሓኹሩ ካልእ ፍጡር ይመስለኒ'ሞ ስራሐይ ኢለ እዕዘቦ። ኣብ መድረኽ ዝስቀል ሰብ ውጽኢት መን ኢዩ? ሰብ እንታይ ከርኢ ምደለየ? ግዳማዊ መልክዑ፡ ክእለቱን ፍልጠቱን ምስ ኣላለየ ሓሞቱ ከርኢ'ዶ ምደለየ? ተሓቢኡ ዘሎ ፍርሑን ተላሒጉ ዘሎ ድንቁርንኡን ሰብ ክዕዘብሉ ዝምነ ዶኾን ይህሉ? ካብታ ስራሓት ጸራባይ ዝኾነት ኩርሲ ብምንታይ ኢዩ ዝፍለ? ንሕቶታተይ ምላሽ የብለይን።

ዓሰርተ እመት ዝቑመቱ ናይ ቀደም ቦታ ዕዮ ናይ ሕጂ መቐበል ኣጋይሽ ምስ ሓለፍካ በቲ ሓደ ጫፉ ኣብ መንጎ ቤት-ጽርየት ዘሎዎ ሓደ ገፊሕን ሓደ ጽብብ ዝበለን መደቀሲ ክፍልታት ኣሎዎ። እንዳ እቶን ብግዳም ኣብ ጎኒ መንደቕ መቐበል ኣጋይሽ ዝተጣበቐ ሓጺር ስራሓት ዕንጸይቲ ገዛ ኢዩ። ምስኡ ዝተጣበቑ ሰለስተ ክፍልታት'ውን ኣሎዉ። ናብ መቐበል ኣጋይሽ ዘእቱን ዘውጽእን ዓቢን ንእሽቶን ማዕጸታት ከኣ ምስኡ።

* * *

እቲ ናይ ሕጡብ ገዛ ኣብ ዝተነደቐን ዝተዃነየን ገፊሕ መካበብያ ኣብ ማእከል 1400 ትርብዒታዊ እመት ደኺሙዎ ረማዕ ዝበለ ኣረጊት ኢዩ ዝመስል። ጉልባብ ርእሱ ብሃሳስ ጉድጉዶ ጡብ ሸፊኑ ሸኸም ናብራ ብትዕግስቲ ይጸውር ከም ዝነበረ ሓላፍ መገዲ'ኳ እንተ ኣስተውዓለ ኣብ ውሽጡ ክነብር ዝደሊ ግን ኣይተራእየን። እቲ ናብ ምዕናው ዘንቀልቁል ዝነበረ ገዛ ኩሉ ስለ ዝተሓረሞ ባዕሉ ነብሱ ጸሊኡ። ኣብ መረባኡ ዝበቖለ ሳዕሪን ጻህያይን ኢድ ሰብ ከይተንከፎ ክውለድን ክመውትን እንከሎ ጉድ ርኢና ኣይተባህለን። ኣርባዕተ ዓበይቲ ኣግራብ ኣውሒ ክጉድናን ክቑምታን እምበር ከፍርያ ስለ ዘይተርኣያ ሕቡኣን መናፍስቲ ኣእዳዎም ከም ዘይቀደወ ብኹሉ ሰብ ተጠርጢሮም።

ሰራሒኡን ዋናኡን ዝነበረ ጸራብ ዕንጸይቲ፡ እንግሊዝ ኣብ ኣጋ ምውጻኡ፡ ማለት ኣብ መወዳታ 1948 ኣቢሉ፡ ንብረቱ

ንሓውቦይ ብሒደት ገንዘብ ኣረኪቡ ከም ብዙሓት ካልኦት ደቂ ዓዱ ንሃገሩ ተመሊሱ። ሓውቦይ በቲ ዝነበሮ ተመክሮ ነቲ ቤት-ዕዮ ዕንጸይቲ ከካይዶ ጽዒሩ። እንተኾነ ምምሕዳር እንግሊዝ ቅድሚ ቁጠባዊ ጉዳይ ውራይ ፖለቲካዊ ሕምስምስ ስለ ዘቐደመ ሓውቦይ ኣይተጠቕመሉን። ኣንድነት ዲኻ እንታይ ዝብሉ ዝነበሩ ግብረ-ሸበራውያን ክልተ ግዜ ተኲሶም ኣብ ሳልሳይ ሓንቲ ኢዱ ዘሰንከለት ጥይት ኣብ መንኩቡ ገዲፎምሉ ሃዲሞም። ሓውቦይ ግን ምስቶም ፕሮ(ምስ) ጥልያን ዝብሉ ኢዩ ነይሩ። ንምርጫኡ ዝኣክል ምኽንያት ነይሩዎ። ምስ ጥልያን ምጽናሕ ምስ ምዕቡል መሳርሒታት ምስጓም ማለት ኢዩ እናበለ ክዛረብ እንክሎ ይዝከረኒ። ንኹሉ ቤት-ዕዮታት ዝኣክል ክእለት ምስ ኣጥረና ዓድና መን ከይከልአና ዝብል እምነት ነይሩዎ። ረገጽቲ ስልጣነ ባዕልና ጎቲትና ነምጽኣሉ ምኽንያት የብልናን ኢሉ ዝዝረቦ ዝነበረ ደሓር ሓቂ ኰይኑ።

ሓውቦይ ካብ ፍርሑ ኣይወጸን። ነቲ ቤት-ዕዮ ንምክያድ ዝበቕዕ ሃብቲ ዘይምህላው ከይኣክልስ እቲ ሓደራ ሕቡራት መንግስታት ተቐቢሉ ከታቲ ዝተወከለ ምምሕዳር እንግሊዝ ድማ ሕድሩ ገዲፉ ንምልእቲ ዓዲ ብሓዊ ፖለቲካ ኣሳዊሩ ስለ ዝሓመሳ ስራሕ ጠጠው ኢሉ ተሪፉ። እቲ ቤት-ዕዮ ተዓጺዩ። እግሪ ሰብ ርሒቑዎ። እቲ ህንጻን መካበብያን መዘክር ሕልፈት ከም ዝኾነ ብትርኢቱ ኣመስኪሩ። መንበር ሰብ ድዩ መስርሕ ዕንጸይቲ ዝብል ሕቶ ምላሽ ምስ ሰኣነ ፍሉያት ዓይነት መናፍስቲ ከም ዘዘውትሩዎ ብህዝቢ ተኣሚኑ። ሓውቦይ ከም ዝነግረኒ እቲ ጥልያን እውን ከም ሃገሩ ኣይነበረን። ፍልይ ዝበለ ሰብ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ ምስ ስራሕ ምስ ሰብ ርክብ ኣይነበሮን። ከም ካልኦት ደቂ ዓዱ ሓዳር ኣይነበሮን። ንበይኑ ብጽምዋ ተዋሒጡ ይነብር ነይሩ። ይተኣመን ኣይተኣመን ደኣ'ምበር ከም ዝውረ ዝነበረ እንተ ኰይኑስ ሳሕቲ ኣብ እዋናት ሰብ ዘይኰነ ኣብ ጸምጸም ለይቲ እዋን መናፍስቲ ሕልሚ ዝመስላ ደቀንስትዮ ናብ ገዛ ጸራባይ ኣትየን ኣብ ወጋሕታ ገጸን ካብ ጽምው ገዛኡ ክወጻ ብማዕዶ ተጸናጺኖም ዝጠመቱ ሰባት ከም ዝነበሩ ነጊሩኒ።

ዓቢ ሓወይ ብሕሱር ዋጋ ገዚኡዎ ካብ ምባል ተረኪቡዎ ምባል ይሓይሽ። ሰብ ስለ ዝፈርሖ እቲ ድሕሪ'ቲ ጥልያን ዝውንኖ ዝነበረ ሓውቦይ ባህ ከይበሎ ሸይጡሉ። ካብ ፍርሑ ከይወጸ ከኣ ሓወይ ነቲ ገዛ ብስመይ ለዊጡ ከድኩ ከይበለና ናብ ቃልሲ ናጽነት

ተጸንቢሩ። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ሕጂስ ዓብየ ስራሕ ሒዘ ብምባል ነቲ ገዛ ቁሩብ ኣተዓራርየ ምስ ኣተኹ ሓውቦይ ሎሚ ጽባሕ ገለ ክሰምዕ እየ እናበለ ተሻቒሉ። ሕሉፍ ሓሊፉ ከምቲ ነቲ ጥልያን ዝተጸናጸኑዎ እዋን ኣብ ብዘይብሉ ለይቲ ክሕልወኒ ላሕ ኢሉ። ሓደ ዓመት ቅድሚ ምማቱ ለበዋ ኣሎኒ ኢሉ ንገዛኡ ኣጸዊዑኒ።

"ብዘይካኻ ዝትክኣኒ የብለይን። ዓቢ ሓውኻ ንናጽነተይ ክቃለስ እየ ኢሉ ካብ ዝብገስ ደሃይ የብልናን። ምእማን ኣቢና እምበር ብህይወት ከም ዘየሎ ዝሕብሩ ኣመትስ ኣይሰኣንናን። ካብ ቤተ-ሰብ ኣነን ንስኻን ኢና ተሪፍና ዘሎና። እዚ ገዛ ኣይተፈተወንን። ካብዚ ገዛ ውጻእ። ልክዕ ከምቲ ጥልያን ክትከውን ኢኻ። ክሳዕ ሕጂ ኣበይ ከም ዘሎ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ዓዱ ይእቶ ወይ ኣብ ባሕሪ ይጥለቕ ዝፈልጥ የለን። ነፍሱ ግን ኣብ ወርሒ ግንቦት ምስ ዝነፍስ ዘራጊቶ ኰይና ነቲ ዑና ገዛ እናኾለለት ከተእዊ ሰሚዕና ዝብሉ ሒደት ኣይኰኑን። ካብተን ብለይቲ ኣትየን ብጊሓት ዝወጻ ዝነበራ ፍረ ረኺቡ እንተ ዘኽውን ገዛኡ ኣደዳ ሕቡኣን መናፍስቲ ኣይምኰነን። ንዓኻ'ውን ከም ዘይሓልፍ ተጸናጺነካ እየ። እዛ ክትቀትለኒ ትሸባሸብ ዘላ ውግኣት ንዓኻ ክጸናጸን ዘጥረኹዋ መቕጻዕቲ ኢያ። ኣብ ገዛኻ፡ ኣዋልድ ሃንሰ-መስቀል፡ ኣሸንዳ! ዲኖይ'ዶ ዲኖኻ! እናበላ ይኣትዋ ይወጻ ኣሎዋ። ፍረ ግን የለን። ከምቲ ዝተረግመ ኣውሒ ከይትኸውን ቀልጢፍካ ውጻእ፡" ኢሉ ምስ ተላበወኒ ብዙሕ ዕድመ ኣይረኸበን።

ኣብ ንእሽቶ ዕድመይ ኣብቲ ገረምረም ዝብል ገዛ ኣትየ ክቕመጥ ምስ ጀመርኩ ገዛይ ከይምንዛዕ ተሻቒለ ነይረ። እንተኹነ ምህጋር ከሰክፈኒ ከም ዘይነበሮ ሱሌማንን ባህታን እናሰሓቑ ኣበሲሮምኒ።

"ምቐሎ መቓቕሎ ምበሉኻ ነይሮም፣ ዛንታ ሕሱማት መናፍስቲን ኣተውቲ ወጻእቲ ስርኤላት ቀትሪን ዛርትታት ለይቲን ምስ ሰምዑ ግን ንብረትካ ኣየገደሶምን፡" ኢሉ ሱሌማን ስቕ ኣይበለን። ናይ ወለዱ ቤት-ጽሕፈት ጥብቅና ተጠቒሙ ገዛይ ብሕጊ ከም ዝምዝገበለይ ኣብ ዝብጻሕ በጺሑ ምስ ፈጸመለይ ኢዩ ምስ ቤት-ጽሕፈት ጥብቅናኦም ብስራሕን ብዕርክነትን ክሳዕ ሕጂ ዝተኣሳሰርኩ።

ህይወተይ ምስቲ ታሪኽ ገዛይ ኣዝዩ ከም ዘይዛመድ ክኣምን እንተ ደለኹ'ውን ጸጸኒሑ ዘጣብቕ ነገርስ ኣይተሳእነን። እተን ኣብ ገዛይ እትው ውጽእ ዝብላ ደቀንስትዮ ነተን እዋን ኣብ ዘይብሉ ጸምጸም ለይቲ ሕልሚ ክመስላ ብጸልማት ሰሪጸን ለይቲ

ንግሆ ብብርሃን ጸሓይ ዓዊረን ይስወራ ነይረን ዝብሃላ ከይመስላ እፈርሕ። ብሕልፊ ምስ ኣከያይዳ መጽሓፈይ ብዙሕ ዝመሳሰል ነገር ረኺበ። ለይቲ ክእክቦ ዝሓደርኩ ሓቅታት ንግሆ ፋሕ ኢሉ ክስወረኒ እንከሎ ዝገብሮ ስለ ዘይብለይ መዓንጣይ ሓሪረ እተርፍ። ለይቲ-ለይቲ በሪ ውሽጣዊ ውነይ ጋህ ይብል። ካብ ሓሳበይ ዝስወር ዝነበረ ኩሉ ጥራሑ ይወጽእ። እቲ ዛሕ ዝበለ ደቀቕቲ ሓቅታት ብወረጦ እናልዓልኩ የላግቦ'ሞ ውሁድ ሓቂ ይፈጥር። ውግሕ ምስ በለ ግን እቶም ሓቅታት ፋሕ ይብሉ። በሪ ውሽጣዊ ውነይ ዕጽው ይብል። ውህደት ሓቅታት ይስወረኒ። ፋሕ ዝበሉ ሓቅታት ጥራሕ ይርኣዩኒ። ንሓንሳብ ድማ ለይቲ እብህርር። መሓመድ እድሪስ ኣብቲ ቀትሪ ጉሓፍ ሓቂ ርያ እናጎተተ ክጭነቕ እንከሎ ብሓንጐለይ ዝሰኣልኩዎ ካብ ዓይነይ ምልጋስ ኣብዩኒ።

ድሕሪ ኲናት ዝሎ ግዜ ሰብ በብወገኑ ኢዩ ዝጥምቶ። ነቲ ሃንደፍደፍ ኢሉ ዝገጥሞም ኩነታት ናብ ውሽጡ ከይጠለቑ ብገርሃዊ ስምዒቶም ዝመዝኑዎ ኣሎዉ። ገለ ድማ ብመጽናዕቲ እናሰጠዩ ክርድኡዎ ይጽዕሩ። ኣነ ግን ኣብ መጽሓፈይ ዝኣትወለይ ናይ ናብራ ግጥምታት እየ ዝእክብ መስለኒ። እቶም ቅርብ ኢሎም ዝፈልጡኒ ጽቡቕ ከም ዘሎኹ ከየዘኻኽሩኒ ኣይኰነሎምን። እንታይ ርእዮም ከምኡ ከም ዝብሉ ካብ ዘረባኦም ዝሓዝኩዎ ኣሎ። "ተዓዊቱልካ ንሓንቲ መጽሓፍ ኢልካ ትነብር። እንታይ ኢኻ ከተእትወላ ነዛ መጽሓፍካ? ካብዚ ዝውሕዝ ዘሎ ፍጻሜታት እንታይ ኢያ ክትሕዝ?" ኢሉኒ ባህታ ሓደ መዓልቲ ፊን ኣቢሉዎ።

"ንሕቶታትካ እንተ ዝምልስ መጽሓፍ ምኣኸለኒ ነይሩ። ተዓዊቱልካ ግን ኣይትበለኒ፡" ኢለዮ መረዳእታ ከይሃብኩ። ንሓንሳብ ናይ ውሽጠይ ሓቅታት ንደገ ምውጻእ ክብድ ይብለኒ። በየናይ ቃላት እሞ'የ ከሳግሮ! ነቲ ሕቡእ ውነይ ዝኸፍት መፍትሕ ኣብ ምቅላስ ዝሃልኮ ንመን ክነግሮ ይኽእል? ንግዳማዊ መለክዒ ግዜ ንዒቐ ንናይ ውሽጠይ ግዜ ንምኽባር ዝገብሮ ቃልሲ ህይወት መን ክርድኣለይ ይኽእል?

* * *

መጽሓፍ መሓመድ እድሪስ ናብ ደረጃ ሕትመት ብምብቃዓ ዝተሓጐስና ኣብቲ ገፊሕ ገዛይ ዘዝመሰለና ድምጺ ግዳሰ ኣስሚዕና። ከምቲ ፈላስፋ ህንዲ ዝበሎ እቲ ቀደም ዝነበረ ባህሊ መግለጺ ሓጐስ ብልሓቱ ኣብ ቦታኡ ስለ ዘየለ ኩልና ዘዝመሰለና እናፈጠርና

ኢደይ ኢድካ ተባሃሂልና። ካብዛ ትድረስ ዘላ መጽሓፍካ ገለ ኣንብበልና ኢሎም ስለ ዘጨነቑለይ፡ ካብታ ራኢ ዝበልኩዋ ምዕራፍ፡ መሓመድ እድሪስ ኣብቲ ጎዱፍ ሓቂ ርያ እናንተተ ዝገልጽ ክፋል ኣንቢበሎም። ዳርጋ ኩሎም ኣብታ ምርኢትን ግብሪን ስለ ዝነበሩ ከም ጣኦት ከምልኹኒ ቁሩብ ተሪፉዎም። ኣነ'ውን ዘይሓሰብኩዎ ብመጽሓፈይ ተስፋ ረኺበ።

ትጃር ንሚለና እናደፋፍአ ናብ መድረኽ ከም ትሓኵር ገይሩዋ። ምስ ህዝባዊ መድረኽ ገና ብወግዒ ዘይተላለየት፡ ካብታ ፍቕሪ ጸሓፋይ ትብል ሓዳስ ድርሰት ተዋስኦኡ ንዝመረጸቶ ክፋል ኣተኵራ ከተስምዓና ምስ ኣዘዛ ዝን ኢላ። ንሕና ከም ዘየሎና ቆጺራ ናብ መዓሙቕ ውሽጣዊ ንስነታ ዝጠለቐት መሲሉኒ። ካብቲ ሕቡእ ደልሃመት ምስጢራ እንታይ ጎቲታ ኮን ኣብ ቅድሜና ትሰጥሕ ትኸውን? ኣየናይ መስመር ካብ ኣየናይ ምርኢት ኮን ትመርጽ ኢለ እናተጠራጠርኩ ንሰብ ብዘይንገር ጭንቀት ከብደይ ብፍርሒ ተዘሪጉ። ካብ ጭንቀተይ ከይሓልፍ ግዲ'ሉንስ ናይ ሚለና መጨረስታ ለበዋ ዝሰምዓላ ምሸት ድማ ኰይና። ሚለና ካብቲ ውሽጣዊ መገሻኣ ተመሊሳ ንኹልና ብዓይኒ ስነ-ጥበባዊ ተዋሳእነት ኮሊላትና። ኩሉ ነገራ ነቲ ክትጻወቶ ዝወሰነት እጃም ምስ ኣምሰለቶ ነቲ ብልጓም ቀይዳቶ ዝጸንሐት ድምጺ ፈንያ ናባና ብምንጓድ ንቐልብና ኣናዊጻቶ። ብመጻወዲኣ ተገዚእና ድማ ምሉእ ውነና ኣወፊናላ።

"ደሓን ኩን ጸሓፊ! ደሓን ኩን! ካብ ጽላል ገፊሕ ቤትካ ንእሽቶ ጩራ ብርሃን ናጽነተይ መሪጸ። ካባይ ነታ ልዕሊ ኩሉ እምነት እተፍቅራ መጽሓፍካ ዝኸውን ኣትርፍ። ካባኻ ዝወስዶ ሓድሽ ነገር ግን የብለይን፣ ብዘይካ እቲ ኣነ ክቕበሎ ዘይፈቕድ ፍቕሪኻ ዝኣኽለኒ ሒዘ እየ። ንገፊሕ ገዛኻ ትንእሶ ኢኻ፡ ንዓይን ንዓለምን ግን ትዓብየና ኢኻ። መገላበጢ ተዋስኣዊ ጠባያተይ ዝኾነኒ መድረኸይ ይሕሸኒ። እታ ሓደ መዓልቲ ካብ እግሪ ተዋስኦ ናጻ ወጺኣ ክትርእያ ትምነ ስነ-ጥበበኛ ብምሉእ ህይወታ ኢያ ተፍቅረካ። ብሓቂ ካባኻ ዝዓቢ ፍቕሪ የብላን። እንተኾነ፡ ንሳ ካብ ስነ-ጥበብ ፈጺማ ወጺኣ ናብ ደረጃ እምነት ተሳጊራ ንኽትነብር ስለ ዘይተቐረበት፡ ግደፋ ካብ ጠባይ ናብ ጠባይ እናተገላበጠት ኣብኡ ትንበር። ደሓን ኩን ዓቢ ጸሓፊ! ደሓን ኩን! ካብ ናጽነትካ መግዛእቲ ስነ-ጥበብ መሪጸ፡" ኢላ ሚለና ደው ምስ በለት ብዘይካይ ኩሎም ኣጣቒዖም።

ሚለና ካብቲ ትጃር ዝደረሶ ተዋስኦ ዘጽንዓቶ ኢያ ኣስሚዓትና። ብውሕሉልን ፍሉይን ኣቀራርባኣ ልቢ ሰብ መሲጣ። ኣብ ቊርሶ እጃማ ኣብ ዝተሰርዓ ሒደት መስመራት፡ ኣብተን ህይወት ንኸተተንፍሰለን ዝጽበያ ዝነበራ ቃላት፡ ሓረጋት፡ ኣረፍተ-ነገራት፡ ኣብ ኅዳጉዲ መዓንጣኣን ተሸኺላ ኣትያ ድምጻን ንዓለም ከም ዘስምዓ ገይራተን። ኣነ ግን ብቑሪ ቅብጸት ተሸቑሪረ። ነቲ ዝመረጸቶ ቊርሶ ንዓይ እናተመልከተት ስለ ዝደገመቶ ኲናት መልእኽቱ ናባይ ተወርዊሩ ብኣሂ መሪዙኒ። ብሓቂ ዓይኒ-ዓይነይ እናርኣየት ዝበለቶ ኩሉ ንዓይ መሲሉኒ። ንመሓመድ እድሪስ የዘናግዕ ይኸውን ዝበልኩዎ ምሸትስ መሰናበቲ ሚለና ክኸውን ምስ ተዓዘብኩ ናይ ዓለም ነገር ገሪሙኒ። ስነ-ጥበብን ህይወትን ንዓይ ናብ ጸድፊ ጽምዋ ንምፍናው ተሓባቢረን ማለት እኮ ኢዩ። ኣብ ተንኮቦት ኣሂ ኲይነ ክሓዝንን ጽምዋይ ንምጽንናዕ ክብጻሕን ተራእዩኒ። መን ኮን ይበጽሐኒ ይኸውን ኢለ ኣስተንቲነ። መን ድዩም በጻሕተይ? ዘይ’ተን እትው ውጽእ ዝብላን እቶም ጠባያት መጽሓፊይን ኢዮም። ካልእ መን መሓዛ ኣልዩኒ? ምስ መን’ዶ ኣዋግዕ እየ? ዘይ ምስቶም ባዕለይ ዝፈጠርኩዎም ጠባያት እየ ዝዝቲ! ብዛዕባ መዓሙቕ ሕልናን ረቂቕ ሕልምታትን ዝዛረብ ሰብ ኣበይ ደኣ ይርከብ ኲይኑ! ካብ ሎሚ ምሸት ሚለና ድማ ከም ካልኦት ንገዛይ ገዲፋ ክትወጽእ ምኺና ፈሊጠ። ሓያል ኣሂ ንመዓናጠይ ዝሕው ከየብልን ስምዒት ጽምዋ ኣብ ኣካላተይ ከይዝርጋሕን ንህይወት ዘይኲነስ ንስነ-ጥበብ ተማሕጺነ። ተዋስኦ ኢዩ -- ህይወት ኣይኲነን! ጸሓፊ ተዋስኦ ኣብ ዝተወሰና መስመር ኣረፍተ-ነገራት ጠርኒቑ ዝዓሸጎ መልእኽቲ ኢያ ኣቃሊሓ እምበር ካብ ሓቅነት ህይወታ ተበጊሳ ዝደገመቶ ቃል ስንብታ ኣይኲነን እናበልኩ ንዘይኲነለይ ንነብሰይ ከደዓዕስ ፈቲነ። ብሓቅነት ህይወትን ስነ-ጥበብን ዝተረጋገጸ ስንብት ምኺኑ ግን ቀስ ኢለ ውሒጠዮ።

ቀጺሉ መሓመድ እድሪስ ካብ መጽሓፉ ዝዝክሮ ዘበለ መሪጹ ንኸንብበልና በቲ ናይታ ዕለት መራሒ ንምኺን ባዕሉ ዝሰየመ ትጃር ተነጊሩዎ። ትጃር ኣብ ተዋስኣዊ ዓለም ዝለመዶ ኣመራርሓ ኣብ ምሉእ ህይወቱ ክጥቀመሉ እንከሎ ዘምጽኣሉ ዓወት ዘርዚሩ ኣይውድኦን። ተዓዊተሉ ኢዩ ዘብል። ካልእ ይትረፍ ብትእዛዙ ፍቕሪ ዕጽፍጽፍ ኢሉ ኣብ እግሩ ክወድቕ እንከሎ ገጢሙዎ። ብትእዛዙ ኣካላት ሰባት ከም ጭቃ ጠፍጢፉ እናኸበበ፡ እናፈሓሰ፡ እናሸብለለ ንሱ ዝደልዮ ቅርጺ ከም ዝህሉዎም ገይሩ። ቀደም ኣላዪ ተዋስኦ ኲይኑ ክሰርሕ እንከሎ ሓንቲ ፈጺማ ዘይትፈቕዶ

ኅል ብትእዛዙ ጥራሕ ብምሉእ ዕሊ ፍትወት ትስዕሞ ከም ዝነበረት ኣዘንትዩለይ ነይሩ። እንተ ዝደሊ ንሚለና እውን ብሓይሊ ትእዛዙ ኣንበርኪኹ፡ ብፍቓዱ ተመሊኻ፡ ብፍትወት ከም ትንብርከኸሉ ክገብር ዘኽእል ትእዛዙ ገሚተ ብቕንኣት ዝኣክል ጸሊኣዮ። ብቑዋም ስነ-ጥበብን ብሕጊ ተዋስኦን ተኣማሚኖም ኣእላፋት ተዋሳእቲ ተሰሪዖም በብተራ ንኽናፍር ሚለና ክምዝምዙ፡ ኣጥባታ ክዓምኩ፡ ሽምጣ ክዓትሩ፡ ብምቕት ኣፍደጊኣ ኣትዮም ምስኣ ሓደ ህላወ ክኾኑ እንከሎዉ ተራእዮምኒ። ብናተይ ትእዛዝ ሚለና ንዓይ ገዲፋ ናብ ካልእ መገሻ ካብ ምንቃል ንቑሩብ እዋን'ውን ትኹን ከደናጉያ ከም ዘይክእል ምስ ገመትኩ ብቕብጸት ተስፋ ድኽመተይ ተቐቢለ።

ካብ ዓቕሚ ህይወት ጉልበት ስነ-ጥበብ ይሕይል ማለት ድዩ እናበልኩ ንነፍሰይ ሓቲተያ። ንመጽሓፈይ ዝግዝኦ ዘሎኹ ተቐሊዑ ምስ ተራኣየኒ ግን ኣነ'ውን ከም ሚለና ግዙእ ሓይሊ ስነ-ጥበብ ምዃነይ ኣሚነ። ንሚለና ድማ ዕረ እናጠዓመኒ ንግደ ሓቂ ኢለ ይቕረ ኢለላ። ከም በዓል ኣዛሚት፡ ከም ሚለና፡ ከምተን በብእዋነን ናብ ልበይ ኣትየን ዝወጻ፡ ንሓዋሩ ከኣ ሓደሽቲ ከምኣተን ናብ ገዛይ በብታራ ኣትየን ክወጻ እንከሎዋ ተራእየናኒ። ሓውቦይ ዝበሎ ኩሉ እናዘከርኩ ኣብቲ ገዛ እንዳ ጸራብ ዕንጸይቲ ጥልያን ከም ሃተፍተፍ ሕልሚ ለይቲ-ለይቲ ኣትየን ወጋሕታ ዝወጻ ዝነበራ ረቀቕቲ ፍጡራት ኣንስቲ ዘኪረ። ኣብቲ እዋን ለይቲ ንሓንሳብ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ወርሒ መልክዐን ከለሊ ጽዒሩ ነይሩ እቲ ተጻናጻናይ ሓውቦይ። ኤውሮጳውያን ይኹና ኤርትራውያን ግን ከለሊ ኣይከኣለን። ሕልሚ ለይቲ ዝመስላ ጽቡቓት ኣንስቲ ምዃነን ጥራሕ ኢዩ ኣስተውዒሉ።

እተን ለገስቲ ስነ-ጥበብ ዝብሃላስ ዘይከምኡ ኢየን ዝፈድያኒ ዘሎዋ። ለይቲ እዋን መናፍስቲ፡ በሪ ክዉል ውነይ ጋህ ኣቢለን፡ እልፊ ኣእላፋት ንፈጠራ ስነ-ጽሑፍ ዝኸውን ምህዞታት ከርእያኒ ይሓድራ። ንግሆ ነቒሐ ብመጻወድያ ቀለም ክምዝግብ ምስ ጀመርኩ ግን እቶም ኩሎም ክርኣዩኒ ዝሓደሩ ሓሳባት፡ ጭብጢ ኢደይ መንዚዖም ናብቲ ሕቡእ ውነይ ክምለሱ እንከሎዉ፡ ሓንቲ ክብሎም ዘኽል ሓይሊ ከም ዘይብለይ ፈሊጠ እጉሂ። ንሓንሳብ ግን ገለ ካብ ማልሳይ ጉዕዞኦም ዝደንጎዩ ሒደት ምህዞታት ንመጽሓፈይ የትርፍ። ንሓንሳብ ህይወት'ዶ ስነ-ጥበብ ኢልካ ምፍልላይ የጸግመኒ። እዘን እትው ውጽእ ዝብላ ጽቡቓትስ መንነተን መዓስ ተጋሂዱለይ።

ወሳኒት ሓቂ ኰይና ዘላ መጽሓፈይ ኢያ።

* * *

ናይ ትጃር ትእዛዝ ምስ ተቐበለ፡ መሓመድ እድሪስ ብዘይ ዘረባ ናብ መድረኽ ሓኹሩ። ብኣሳልጦ ትእዛዙ ዝኾርዐ ትጃር ድማ ኣእዳዉ እናወጣወጠ ቀልጢፉ ንኽጅምር ደፋፊኡዎ። ትጃር ኣብ መድረኽ ጥራሕ ዘይኰነስ ኣብ ምድሪ'ውን ክእዝዝ ምኽኣሉ ሓበን ከም ዝተሰምዖ ብኣካውናኡ ገጢመዮ። ተልመዴን ተዋሳኢ ኣልዩ ዝመርሕ ዘሎ ግዲ መሲሉዎስ ብሕሱም ናይ መራሕ መድረኽ ድምጺ እናጓጠጠ ንመሓመድ እድሪስ፡ "እቲ ከተምሓላልፎ ዝደለኻ መልእኽቲ ናብ መስመራት ኣረፍተ-ነገር ከልሶ። ናብ ተደመጽቲ ዝኾኑ ቅርጡዋት ቃላትን ሓረጋትን ለዊጥካ ደወል መቐረቱ ፍለዮ። ካብ ኣፍ ተዋስኣይ እኮ ዝኹምስዑን ዝሕየኹን ድምጽታት፡ ቃላት፡ ሓረጋትን፡ ኣረፍተ-ነገራትን ኢዮም ተፈንዮም ዝነፍሩ ወይ ዝወድቁ። ንዕኦም ከውጽእ እኮ ኢዩ እቲ ተዋሳኣይ ብኽዱኑ ተሰቲሩ ዝነበረ ስምዒቱ ንግዳም ቀሊዑ ዝሰጥሕ፣ ኣካላቱ ብውሕሉል ብልሒ ምንቕናቕን ምውስዋስን ዘዛርብ፣ ድምጹ ንሓንሳብ ብምግናሕ፡ ንሓንሳብ ብምቕያድ፡ ንሓንሳብ ብምፍናው፡ ምስቲ እጃሙ ዝእልሾ ስምዒትን ትርጕምን መልእኽቲን ከም ዝዛመድ ዝገብሮ፡" ኢሉ ምስ መርሐ ትጃር ፍረ ጻምኡ ንምምዛን ንመሓመድ እድሪስ ብደቂቕ ኣስተባሂሉሉ።

ኣብ ፈለማ መሓመድ እድሪስ ኣብ ቅድሚ መማህራኑ ዝሓፈረ ንእሽቶ ተመሃራይ መሲሉ። ኩሉ ዘይሓሰቦ ዱቦላ ኰይኑዎ። ብምንታይ ጀሚሩ ብምንታይ ከም ዝውድእ እውን ኣይተሰቆሮን። ጽንሕ ምስ በለ ቀልቡ ምሳና ኣይነበረን። ምስ ካልእ ዓለም ዝዋሳእ ዘሎ መሲሉ ተራእዩኒ። ደሓር ቀባሕባሕ ኢሉ ምስ ተረፈ ትጃር ብብርቱዕ ናይ ምፍርራሕ ትእዛዝ ገይሩ ክውጥጦ ሃቂኑ። እንተኾነ መሓመድ እድሪስ ኣይዓጀቦን። ንትእዛዝ ትጃር ዋጋ ከም ዘይሃቦ ምስ ተዓዘብኩ ስልጣን ትጃር ካብ ተዋሳእቲ ከም ዘይሓልፍ ገሚተ። ሚለና ኣብ ትሕቲ እግሪ ትእዛዝ ትጃር ወይ ድማ ኣብ ትሕቲ ከምኡ ዝኣመሰሉ ናይ ስነ-ተዋስኦ ኣዘዝቲ ክትነብር ምዃና እናስተንተንኩ ምስ ናተይ ድኹም ተኽእሎ ኣወዳዲረዮ። ደፊረ እንተበልኩ ንሚለና ዓው ከይበልኩ ብውሽጢ ከብደይ ክልምና ጥራሕ እየ ዝኽእል። ገበርኩ እንተ በልኩ'ውን ቀንዲ ትምኒተይ ብምስጢር ሓቢአ ካብ ምኽባርን ምፍቃርን ኣይምሓለፍኩን። ንመጽሓፈይ እንተኾነስ ካብ ምምስሳል ሓሊፈ ካልእ ዝፍቀደለይ

ሓለፋ እኮ የለን። ናይ መጽሓፌይ ማህተመ-ማህጸን ዘይቅበሎ ኣነ ኣዚዘ ዝውስኾ ቃል ወይ ኣረፍተ-ነገር ከም ዘየለ ተቐቢለዮ እየ። መጽሓፌይ ምስ ስነ-ጥበባዊ ውህደት ፍርያታን ምስ ምምጻእን ምኻድን ሩባታት ጽጌናኣ ይሰማማዕ ንዝበለቶ ጥራሕ ኢያ ኣብ መንበሪ ውልዶ ምዕራፋታ ትጽንብር።

ሓያሎ ጸኒሑ መሓመድ እድሪስ ናብ ውነኡ ተመሊሱ። ንዓና ጠሚቱ ፍሽኽታ ኣጽጊቡና። ኣብ ናይ መንበሪ ሰብ ገዛ ዝርከብ፡ ኣብ መድረኽ መሰል ብራኸ ምዕንቃቡ ከም ዘስሓቐ ብምግላጽ ንትጃር፡ “ካብቶም ተዋሳእቲኻ ዘይምኳነይ ቀልጢፉ ተፈሊጡኒ። ብሓደ ወገን ንሳቶም ካባይ ዝሕሹዎ ኢዮ። ተራ መራሒ ስለ ዝፈልጡ ብትእዛዙ ክኸዱ ይኽእሉ። በዓል ኣነ ግን መራሒ የብልናን። ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ኤርትራን ናጽነትን፡ ድሕሪ ኲናት ዝተኸስተ ኩነታት፡ ኤርትራን መጻኢኣን፡ እናበልኩ ንምጽሓፍ ዘብቅዓኒ ሓቅታት ኣብ ምእካብ እንከሎኹ እየ ሓደ ክፋል መጽሓፌይ ናብ ሕትመት በጺሑ ዘሎ። ድሕሪ ኲናት ዘሎ ኩነታት ንኹልና ስለ ዝዓጅበና ድማ ከም ቀንዲ ፍረ መጽሓፌይ ኰይኑ ክንበብ ኢዩ፡” ምስ በለ ትጃር ኣቋሪጹዎ።

“ኣይተግፍሕ! ኣይትሃውልል! ወሰና ወሰን ገዲፍካ ማእከል ርገጽ። ወሰና ወሰን ዝበልናዮ ግዜ ሓሊፉ ኢዩ። ኩሉ ሓይሊኻ ብምሉእ ስምዒት ናብቲ ከተሳግሮ ዝደለኻ መልእኽቲ ኣውዕሎ። ድሕሪ ኲናት ንዘሎ ኩነታት ዝውክሉ ቃላት፡ ሓረጋትን ኣረፍተ-ነገራትን ኣለሊኻ ጨብጥ። ደሓር ንዐኦም ሓቘፉ ዝስከም ድምጺ ጌርካ ኣስምዓና። ትኹረትካ ኣይትበታትን። ምሉእ ኣቓልቦኻ ኣብ ሓደ ነጥቢ ጥመሮ፡” ኢሉዎ ትጃር ገና እቲ ጸሓፋይ ታሪኽ ኣብ ኢዱ ዘሎ ተዋሳኢ እናመሰሎ።

ዘይኣመሉ ስቕ ኢሉ ዘምሰየ ፈላስፋ ህንዲ ኣብ መንጎ ኣላይን ሚለናን ኰይኑ ዘጣዕሞ ዝነበረ ወግዒ ጠንጢኑ ናብ መድረኽ ቀሪቡ። እንታይ ክንድኡ ከም ዘስሓቐ ኪርኪር እናበለ ክሳብ ዝነብዕ ኰይኑ። “ኣነ ዕድለኛ እየ። እዚ ገዛ መባልዕተይ ኢዩ። ኣብ ጽምብል መጽሓፍ ኣዛሚት፡ ኣብዚ ገዛ፡ ብመልክዕ ሚለናን ኣላይን ዝተገለጸለይ ሓቂ ኣብ ካልእ ኣይምረኸብኩዎን። ኣብ መጽሓፌይ ንኽሰፍር ብሂገ ድማ መዝጊበዮ ኣሎኹ። ሕጂ ከኣ ዘይተሓሰበ ኣብ መንጎ ህይወትን መድረኽን ዘሎ ሓድነት ነጺሩለይ። ንኣብነት ሕጂ መሓመድ እድሪስ ኣብ መድረኽ ድዩ ዘሎ ወይ ኣብ ህይወት ኢልና እንተ ሓተትና እንታይ ምተመለሰ? ትጃር’ከ ኣበይ’ዩ ዘሎ?

ንሕናኸ? ኣየናይ መድረኽ ተዋስኦ ኣየናይ ሓቂ ህይወት ክንብል ኢና? ሓደ ኢዩ ክንብል ንኽእል'ዶ?" ኢሉ ንኹልና ጠሚቱና።

ትጃር ብዘይ ልቡ ንፈላስፋ ህንዲ ከም ሓድሽ ተዋስኣይ ቆጺሩ፡ "ናብ መድረኽ ደይብ! በርኽ! ኣይትቀበር! ቃላትካ ንድምጺኻ ኣረክብ! ነቲ ኣብ ውሽጢኻ ተጠምጢሙ ዘሎ ሓሳባት እቲ ድምጺ ባዕሉ እናመዘዘ ክነቶ ኢዩ። ንመሓመድ እድሪስ ከም ሓያል መዋግዕቲኻ ጌርካ ቁጸሮ። ግድላት ኣቕርበሉ። ምላሽ ንኽህብ ፈትኖ። ጻውዒት ስነ-ጥበብ ስማዕ። ንተመልከትቲ ረስዓዮም። ንመሓመድ እድሪስ ቅረቦ። ንኽዛረብ ፈትኖ፡" ኢሉ በብሓጺሩ ዱበላ ትእዛዛት ምስ ኣውረደሉ ናብ መሓመድ እድሪስ ኣቕሊቡ።

"ባዕሉ ከይጥቀመልካ ንመድረኽ ተጠቐመሉ። ደው ኣይትበል! ኣብ ሓደ ቦታ ተሸኺልካ ኣይትትረፍ! ብምውስዋስካ ነቲ መድረኽ ምልኣዮ! ነዚ ባዶ ዓለም'ዚ ካብዚ ናብቲ ኢሎም ዝነቓነቑ ሓሳባትን ኣካላትን ኢዮም ቦታኡ ዝመልኡዎ። ደው፡ ጸጥ ዝበሉ እቲ ሃው ዝብል ቦታ ኢዩ ዝበልየም። ትሕዝቶ መጽሓፍካ ኣብቲ መድረኽ ተነዚሑ ከም ዘሎ ጌርካ ንነብሲኻ ኣእምኖ። ትሓምበለ ትብል እናመሰልካ ካብቲ ዝተነዝሐ ዝዓሞኽካዮ ታሪኽ ንተመልከትቲ በትነሎም፡" ኢሉ ኣብ ናይ መራሕ መድረኽ ዝመስል መንበር ኣራጢጡ ኮፍ ኢሉ። ኣላይን ሚለናን ድማ ትእዛዙ ንኽቕበሉ ከም ደቂ-መዛምርቱ ብፍርሒን ኣኽብሮትን ኣብ የማኑን ጸጋሙን ደው ኢሎም። ኣብ መንጎ ፈላስፋ ህንዲን መሓመድ እድሪስን ብሓደ ወገን፡ ኣብ ሚለናን ኣላይን ብኻልእ ወገን ምስ ትጃር ዘሎ ዝምድና ንምምዝዛን ዘኽእል ሓይሊ ስኢነ። ሱሌማንን ባህታን ከም ተመልከትቲ ብድሕሪ ትጃር ደው ክብሉ ምስ ርኣየት ኣዛሚት ከኣ ኣብ ጎኖም ተሰሊፉ።

ኣብ መንጎ ተመልከትቲን ተዋሳእቲን ፍልልይ ተቐንጢጡ ምስ ጠፍአ ሱሌማን ጽማቑ ተመክሮ ጥብቅነቱ ዘንጸባርቕ ዘረባ ኣውዲቑ።

"ናይ መን ሓቂ ደኣ'ዩ ክነግስ? ናይ ህይወት'ዶ ናይ ስነ-ጥበብ? ናይቶም ኣብ በዓቲ ጸልማት እናነበሩ ድጋም ፍርሖም ከም እዋናዊ ሓበሬታ ዘዋፍሩ'ዶ ወይስ ናይቶም ብርሃን ተስፋ እና'ርኣዩ ኣጆኹም ዝብሉ? ናይቶም ውራይ ሃገር ጽልግልግ ዝብሎም ዘሎ ዲና ሓቂ ክንብል? ናይቶም ኣደዳ ስነ-ኣእሙራዊ ኵናት ኲይኖም ነብሶም ዘናሸዉ ዘሎዉ? ናይቶም ዕድል ደቀም ዝሸጡ?" እናበለ ብእምብዛ

ብዝሒ ቆጺርካ ክምለሽ ዘይክኣል ሕቶታት ዘርዚሩ። ንኹሉ ድማ ምስ ኩናት ወይ ውግእ ወይ ወራር ስነ-ኣእሙሮ ኣቛሪኑ ሓቂ ንምርካብ ቀሊል ከም ዘይኮነ ከረድኣና ፈቲኑ።

ፈላስፋ ህንዲ መሓመድ እድሪስን ከም ተዋሳእቲ ዓይኒ ንዓይኒ ገጢሞም። ተፋጢጦም ክብል'ውን ምኽኣልኩ። ህይወትን ተዋስኦን ሓደ ስለ ዝኾነኒ ቀልጢፈ ሓቂ ንኽርኢ ብሂገ። ድሕሪ ሒደት ግዜ ኩሉ ብዘይካይ ናብ መድረኽ ደይቡ። ሽዑ-ንሽዑ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ትጃር ኣብ ነጥቢ ማእከል ኰይኑ እቶም ካልኦት ድማ ከም ጥርዚ ዓንኬል ከቢቦሞ። ንትጃር ክኾሉዎ ምስ ርኣኹ ሰሓቕ መጺኡኒ። እቲ ክኾልል ዝሓሰበ ክኹለል እንከሎ ምርኣይ ፍሉይ ትካዘ ፍልስፍና ኣግሂዱለይ። ናይ ሓደ ውሩይ ኤርትራዊ ፈላስፋን ገጣሚን ኣገላልጻ ባህሪ ዓለም ተዘኪሩኒ። ዓለም ከየቛረጸት ሽኾርተት ትብል ዓንኬል ምዃና ብስእላዊ ቃላት የርኢ'ሞ፡ ኣብቲ ሕርጎ-ሕርጎ ዓንኬል ዝሰፈሩ ሰባት ሸንኮለል እናበሉ ካብ ዝነበሩዎ ቦታ ምቕያር ጥራሕ ዘይኮነስ መልክዖም ክልወጥን፡ ጽንሕ ኢሎም ከም ዘይነበሩ ክጠፍኡን፡ ደሓር ድማ ኣብ ቦታኦም ካልኦት ሸንኮለል ክብሉ እንከሎውን ይገልጽ። ኣብ ባህልና ንዓለም ዝገልጹ ደርፍታት መሊኦም ኣሎዉ። ዓለም ከንቶ፡ ዓለም ምናምን፡ ዓለም መዳለዊት፡ ዓለም ዳንደ፡ ወዘተ. ተባሂሉ ብደርፌ ዝመሓላለፍ ናይ ጥንቲ ፍልስፍና ክሳዕ ሕጂ ህይወትና ይመርሕ ኣሎ።

ኣብታ ንእሽቶ መድረኽ ገዛይ ንዝሓኾሩ ከም ተዋሳእቲ ገይረ እናርኣኹ ዝገብሩዎን ዝብሉዎን ብናፍቖት ተጸብየዮ። እታ ከይተፈለጠም ዝፈጠሩዋ ክቢ እናገፍሐትን እናተመጠጠትን ደረት መድረኽ በጺሓ። ቀስ ዝበለ ኩዳ ብንውሕ ዝበለ ስጉምቲ ረጊጾም ነቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ትጃር ክኾሉዎ እንከሎዉ ዝጻወቱ ዘሎዉ ቈልዑት መሲሎምኒ። ኣዛሚት ዓው ኢላ፡ "ኣይበልኩን'ዶ! ዓበይቲን ቈልዑን ጸወታኦም ሓደ ኢዩ። ሓዳር ሰብ ኮለል ኢዩ። ሳዕስዒት ኢልካ ኮለል ኢዩ። ኮለል በላ'ሞ! ሰለል በላ'ሞ ኣይትማነዋ'የ እኮ ፍልስፍና ኢዩ ንዘስተወዓሎስ!" ምስ በለት ኩሎም ደው ኢሎም። ትጃር ካብ ማእከል ዓንኬል ወጺኡ ምስቲ ፋሕ ዝበለ ሰብ ተጸንቢሩ።

"መሓመድ እድሪስ!" ኢሉ ሰለስተ ግዜ ምስ ጸወዐ ፈላስፋ ህንዲ መሓመድ እድሪስ ካብቲ ተሸኵዑዎ ዝነበረ ኩርናዕ ናብኡ ክሳዕ ዝቐርብ ተጸብዩ። ናብ ጥቓኡ ቅርብ ምስ በለ፡ "ኣብ መጽሓፍካ ዘሎ ሓቂ ክንደይ ይምዘን?" ኢሉዎ ፈላስፋ ህንዲ ከይሰሓቐ።

“ብሚዛን ኣይሽይጥን’የ። ክብደት ስለ ዘይብሉ ኣየዋጽኣንን’ዩ። ንታሪኻዊ ሓቂ ብምንታይ ከም ዝልክዖ ጠፊኡኒ ኣሎ። ብምንታዩ ይለካዕ ትብል ፈላስፋ ህንዲ? እንታይ ይፍለጥ! ገሊኣቶም ብብዝሒ ገጽ መጽሓፈይ ይልክዑዎ ይኾኑ፡” ኢሉ መሊሱሉ መሓመድ እድሪስ ሰሓቑ ዓጊቱ።

ፈላስፋ ህንዲ መሐጐሲኡ ዝረኸበ ተዋዛያይ መሲሉ። ክምልስ ምስ ነቐለ ግን ቁሩብ ሰጋእ ኢሉ። “ኣብ ህንዲ ፍልስፍና ከም ኣብ ምዕራባውያን ኣይኰነን። ፍልስፍና ህንዲ ኩሉ ኢዩ ዝሓዋውስ። ኣብኡ ትርጉም ህይወት ንምርዳእ እምበር ንምፍላጥ ኣይኰንካን ትመሃር። ንምከሓ መዋቲ ወዲ-ሰብ ዝኸውን ቦታ የለን። ወዲ-ሰብ ቀደም ቦታኡ ኣለልዩ ለሽ ኢሉ ስለ ዝጸረየ ነቲ መወዳእታ ዘይብሉ ብቐዓት ክውንነት ብዓቕሊ ኢዩ ዝጽበ። ኣብኡ ምስ ናብራኻ ንኽትዕረቕ ኢኻ ሓቂ ትእልሽ።”

“ኣብ ኤርትራኸ ሓቂ ንምንታይ ኢና ንደልዮ?” ኢሉዎ መሓመድ እድሪስ።

“ኣብ ኤርትራ እውን ሓቂ ምስ ህይወት፡ ምስ ናብራ ከዛምደና ኢና ንደልዮ። እንታይ’ሞ ይኹን! እቲ ህዝቢ ጣኢታት ሓቂ በዚሖሞስ ምልላዮም ከፊኡዎ። እዚ መድረኽ ንዓይ ገዲፍኩም ንስኻትኩም ኮፍ እንተ ኢልኩም ምስ’ዞም ሕጂ ዘሎዉ ጣኢታት ከላልየኩም ምደለኹ።”

ትጃር ካብቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ግሩም ናይ ኣላይ ተዋስኦ መንበር ሓፍ ኢሉ። “ኩሉ ሰብ ናብ ኩርሲ! ኩሉ ሰብ ናብ ኩርሲ! ኣላይ! ኩሉ ብርሃን ናብ ፈላስፋ ህንዲ! ንኹርሲ ዝሑል ብርሃን!” እናበለ ምስ ኣነባበረ ገዛ ጸጥ ኢላ።

ኩሉ ሰብ ኮፍ ምስ በለ ኣላይ ናብቲ ብፈላስፋ ህንዲ ጥራሕ ተወኒኑ ዝነበረ መድረኽ ዝል ኢሉ ደይቡ። እቲ ሰብ ምግራም ሓሊፉዎ ከም ዝተጻበበ በቲ ኣብ ገጽ ነፍሲ-ወከፍ ዝንበብ ምልክታት ጽውግውግ ይፍለጥ። ተመልከትቲ ድምጺ ኣየስምዑን። ትጽቢት ከፊኡዎም። እቲ ዘረባ ሕርሙ ኣላይ እንታይ ክዛረብ’ዩ ዝብል ትጽቢት ከቢዱዎም። ምኽንያቱ ኣላይ ናይ ዘረባ ሰብ ኣይኰነን። እንተ መጺኡዎ ዘየነሕሲ ሰብ ምዃኑ ግን ደሓር ኣፍሊጡ።

ፈላስፋ ህንዲ ንድሕሪት ናብ መንደቕ መድረኽ ተጸጊዑ ግንባር መድረኽ ንኣላይ ገዲፉሉ። ኣላይ ተዛራባይ ስለ ዘይኰነ’ዩ ኩሉ ሰብ ገለ ከውጽእ ተጸቢዩዎ። እንተኾነ ግን እታ ዝብላ ከይበለ

ሰጋእ-መጋእ ኣብጺሑ። ብርግጽ ኣላይ ብድምጺ ዝፍኖ ቃላት ኣብ ምቅላሕ ክእለት ኣይነበሮን። መልእኽቱ ፍረ ስራሑ ኢዩ። ስራሑ ድማ ተዋስኣዊ ዛንታታት ኣበይ ከም ዝተፈጸሙ፡ ዝነበረ መልክዕ ከባቢ እንታይ ከም ዝመስል፡ ዘመናት፡ ዓመታት፡ ሰዓታት ፍጻሜ ግብሪ መዓስ ከም ዝነበረ ብምግላጽ ፍጻሜ ግብሪ ዝሕብር ቅርጽታት፡ ትሕዝቶታት፡ ስምዒታትን ሃዋሁን ንምውህሃድ ዝበቅዕ ፈጠራዊን ማህዛዊን ዝኾነ መንበር ዛንታ ተዋስኦ ምቕራብ ኢዩ። እቶም ንምርኢት ዝቐርቡ ተዋስኣታት ኣላይ ኣብ ዝፈጠሮ ህያው መካነ-መድረኽ ኰይኖም ኢዮም ብህይወት ዝንቀሳቐሱ።

ኣላይ ክዛረብ ምስ ጀመረ እተን ዝነበራ ኣዒንቲ ሰብ ብምሉኣን ናብኡ ተተኺለን። ኲናት ጠመተ ኣዒንቲ ሰብ ተወርዊሩ ናብ ኣዒንቲ ኣላይ ክኣቱ እንከሎ ምስ ርኣኹ ልቡ ዕውንውን ኢሉዎ ከይቁልዐጽ ፈሪሐ። እዚ ኣዒንቲ ሰብ ዝብሃል ብዘይ ትርጉም ከም ዘይተባህለ ኣብ መጽሓፍ ፈላስፋ ህንዲ ካብ ዘንብብ ንኽኣምኖ ላሕ እየ ዝብል ዘሎኹ። ግን ኣይኰነለይን። ከም ዝመስለኒ እቲ ረኻቢየይ ንእምነት ኣይበለንን። መዓስ ንእምነት ከም ዝበቅዕ ኣይፈልጥን። ብሓቂ እቶም ዝኣምኑ የቐንኡኒ ኢዮም። ምናልባት ሕማም'ዞም ፈለጥና በሃልቲ ሒዙኒ ከይከውን እጠራጠር። ምኽንያቱ፡ እዚኣቶም ኣሚኖም ኣይኣምኑን'ዮም ኢዩ ዝብሃል። መደያይቦ እምነት ኣየለልዩን ኢዮም። ብኽታም ዘይጸደቐ ወረቐት፡ ብኽፍሊት ዘይተዛዘመ ስምምዕ፡ ብረብሓ ዘይተሓጽረ ሽርክነት፡ ብበለጽ ዘይተተስፈወ ትጽቢት፡ ብጥቕሚ ዘይተኣሳሰረ ዕርክነት ኣይኣምኑን ኢዮም። እንካ ሓደ፡ ዕጽፍጻፍ ሃባ ኢያ እምነቶም።

ኣላይ ግን እንታይ ኢለ እንታይ ክብሃል እየ ከይበለ ኣብ ልቡ ዝነበረ ሓቂ ክሽፍተሎም ወሲኑ። "ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሚለናን ኣሎ ዝብሃል ዝምድና ክነጽር ኣሎዎ። ርክብና በቲ ፈላስፋ ህንዲን ትጃርን ዝብሉዎ ኣይኰነን። ብዝተፈላለየን ብዝተዛመደን መገዲ ክልተና ንሓደ መድረኽ ነገልግል ከም ዝኾንና ኩሉኹም ትምስክሩዎ ፍጻሜ ኢዩ። ኣነ መንበረ-ስነ-ጥበብ እየ ዝቕርብ። ንሳ ድማ ኣብቲ ኣነ ዝቐረብኩዎ መድረኽ ኰይና ኣምልኾ ስነ-ጥበብ ትፍጽም። ከምኡ ከኣ'ዩ ዓለም። እቲ ስርዓት ኣምልኾ ንኽፍጸም ዝመርሕ፡ እቲ ኣልባሳት ዝቐያይር፡ እቲ ዝንብርከኽን ዝሰግድን፣ እቲ ዝደርፍ ዝዝምር፣ እቲ ዝሰብኽ ዝምድር፡ እቲ ዝርአ ኣቦ-ጓይላ ኢዩ ዝፍለጥ። ኣማኒ ዝብሃል ተመልካቲ ተዋስኣታት ድማ ንመድረኽናን ንግብሪናን ኣድንቒ ኢዩ ዝብሃል ዘሎ። በዓል ኣነ

ግን ዓርኪ ሚለና ተባሂልና ካብቲ መስርሕ ፈጠራ ተዋስኦ ንእለ። ኣብቲ ድሕሪ ጋህዲ ተዋስኡ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ግብርታት፡ መን እንታይ ከም ዝገብር ዝፍለጠሉ ግዜ ግን እናረሓቐ እምበር እናቐረበ ክመጽእ ኣይርኣናን።”

ፈላስፋ ህንዲ ካብ ድሕሪት መድረኽ ናብ ቅድሚት ሰጕሙ ንኣላይ ኣብ እንግድዓኡ ጠፍጢፉዎ።

“ሓቂኻ ኢኻ ኣላይ! በዲልናካ ኢና። ወግዒና ፍረ ለቢሱ ንምባል ሃጺጽና ኢና ጌጋ ዝፈጸምና። ፍልስፍናና ተተግቢሩ ንኽንብል ኢና ብታህዋኽ ዝተጋገና። ከንቱነትና ንሓዳርካ ጎዲኡ። ምስ በዓልቲ-ቤትካ ኣጨኻኺንናካ። ካብ ሎሚ ግን ብትሕትናና ክንክሕሰካ ኢና። ንሕጂ ጥራሕ ይቕረ በለልና።”

ኣላይ ኣይ ሕፍረት ኣይ ድፍረት ኰይኑ። ንትጃርን ንፈላስፋ ህንዲን ምንብርካኽ ዝከኣል ይመስሎ ኣይነበረን። ብተግሳጹ ብቐሊሉ ተመሊኾም ክሽማቐቑ ምስ ተዓዘበ ግን ሓኹርካ ከተርክቦም ዘይከኣሉ ልዑላት ሰባት ምኳኖም ኣሚኑ ከም ዝምለኹ ጣኦት ገይሩ ሰጊዱሎም። ትሕትና ምልክት ዕብየት ምኳኑ ብግብሪ ምስ ኣመስከረ እቶም ሓያላት እምበር እቶም ድኹማት ምስጢር ልዕልናን ትሕትናን ከም ዘይፈልጡ ተረዲኡዎ። ትዕቢት መልክዕ ግንየትን ድንቁርናን፡ ትሕትና ድማ ነጸብራቕ ጽባቐን ሕያውነትን ምኳኑ ብሓንሳብ በሪሁሉ። ኣላይ ድማ ኣብ ድሕሪ ጋህዲ ተዋስኣታት ናቱ ግደ ጥራሕ ዘይኰነስ ራኢ ፈላስፋታት፡ ልግሲ ጸሓፍቲ፡ ክእለት መራሕቲ፡ ጣዕሚ ዜማታት፡ ውሕልነት ኣልበስቲን ኲሓልቲን፡ ከምኡ ድማ ሓገዝን ምኽሪን ናይ ብዙሓት ሰብ ሞያ እንተ ዘይነብር ናይ ተዋስኦ ዓለም ክጽልምት ከም ዝኽእል ትዝ ኢሉዎ።

“ተራ መሃዛይ፡ ቀያሳይ፡ ኣላማይ፡ ኲሓላይ፡ ወቃጣይ፡ ሃናጻይ፡ ሰኣላይ፡ ወዳባይ፡ ኣላያይ መድረኽ ዓቢ ምኳኑ ኣብ ልቢ ሰብ ክስቆር ኣሎዎ። ግን መድረኽ እንተ ዘየልዩ እንታይ’ዩ ኣብ ልቢ ሰብ ክስቆር? ዝኲሓል ወይ ዝውቀጥ መድረኽ እንድሕሪ ዘየልዩ እንታይ ይግበር? ነዚ ውልዶ ክንፌ ገታቲሩ ክነፍር ዝሕንሕን ዘሎ ተዋስኣታት ዝእብድ መድረኽ ኣበይ ይርከብ? ሓድሽ ተዋስኣታት ትጃርን መሰልቱን ኣብ ናይ ቀደም መድረኽ ኢዮም ተኾርምዮም ዝርኣዩ ዘለዉ። ሰኣን መድረኽ ተዋስኣታት ተጨቢጦም የልቅሱ ኣለዉ። መሓውሮም ዘርጊሖም ናብ ህዝቢ ኣይበጽሑን። ዘየሎዉ መድረኻት ኲሓላና ሰኣላና ክብሉ’ዶ ይኽሉ ኢዮም?”

ኢሉ ፈላስፋ ህንዲ ነቲ ካብ መድረኽ ክወርድ ዝቀራረብ ዝነበረ ኣላይ ተሰናቢቱዎ። ንተመልከትቲ እናጠመተ ድማ፡ “ናይዞም ናይ ከተማታት ነበርቲ፡ ሃነጽቲን መዓድቲን ዝብሃሉ ሰባት እኮ ይገርመኒ ኢዩ! መድረኽ ኣብ ትሕቲ ሰረት ህንጻታት ወሪዱ ክሰራሕ ዝኽእል ደብሪ ቀጸላታት ዘየርኢ ፈውሲ ድዩ ተገይሩዎም? መድረኽ ዘይብሉ ዓቢ ህንጻ ይኹን ከተማ ወይ ቁሸት የለን እናበሉ ዘይጭድሩ? ብዘይ መድረኽ ስልጣነ የለን ዘይብሉ? እዚ ውሕጅ ሓቂን ፍቕሪን ሒዙ ንወዲ-ሰብ ከጸናንዕ ዝነቅል ዘሎ ሓደስቲ ተዋስኦታትን ፊልምታትን ደኣ ኣበይ ኰይኑ ምስ ህዝቡ ክላለ? ስነ-ህንጻውያን ኣብ ቀላታት ክህነጹ ዝኽእሉ ቅሉዓት ሓጹር-ደምበ መድረኻት፡ ኣብ ከበሳ ክቐንዑ ዝኽእሉ ባይቶ-ለኽ መድረኻት ንምሕንጻጽ ዘኽእል ፈጠራን ማህዝን ዝመልአ ስነ-ጥበባዊ ቡራኬ ንኽረኽቡ እምነየሎም። ምኽንያቱ ኣብ ሃገርና መድረኽ ዘይብላ ቁሸት ክትህሉ ኣይግባእን፡” ምስ በለ ኣይቀጸለን።

መድረኽ ንበይኑ ምስ በሓተ፡ ፈላስፋ ህንዲ ሩፍታ ዝተሰምዖ መሲሉ። ነቲ ቁኖ ሽብሉል ለምጫጭ ጸጉሩ ብድቡስ ክሓኽኽ እንከሎ ዝዕዘቦ ሰብ ዘሎ ኣይመሰሎን። ዝተጎንጎነ ጭሕሙ ምስ ዘፈር ጸጉሪ-ርእሱ ከይተሓላለኽ ብዙሕ ግዜ ብምራን ኣጻብዕቱ ፍልይ የብሎ። ግን ሓንሳብ ከይጸንሑ ጸጉርን ጭሕምን ይጋጠሙ። ፈላስፋ ህንዲ ኣብ ከተማ እናርኣኹዎ እንከሎኹ ኣብ ጸምጸም ጭው ዝበለ በረኻ ዘሎኹ ይመስለኒ። መልኣኹ ናይ ዱር፡ ናይ በረኻ፡ ናይ ኣጻምእ ምድረ-በረኻ ኢዩ። ምስኡ ኣብ ኣስመራ እናዋጋዕኩ ኣብ በዓል ምራራታት ዘሎ ኰይኑ ይስምዓኒ። ወዲ በረኻ ኢዩ። ኣብ ሜዳን ስንጭሮን ከሎ ኣብ ልዕሊ ጎቦታት ተሰቒሉ ይርኣየኒ። ድምጹ ካብ ጎቦታት ናብ ሜዳታት ዝወርድ ዘሎ መደራግሕ ኢዩ ዝጥዕም። ዘረባኡ ጥቕላል ሓቅታት ኢዩ። ብጥቕሉሉ ከኣ ናብ እዝኒ ሰብ ይወድቕ። ዝለበሰ እንተ ለበሰ ክዳውንቱ ዝባን ጭዓ-ጽግያ ኢዩ ዝመስል። ተፈትዩኒ ኢልካ ከይትትንክፎ ነተን ጥጥዕ ዝበላ ኣቑጽልቲ ዝሕልዋ ሕጹባት ሽካል ኣእሻኹ እኹል ፍርሒ ከም ዝህልወካ እየን ዝገብራኻ።

እቶም ናይ ብሓቂ ንዓለም ዝመነኑ ባሕታውያን፡ ንሓንሳብ ካብቲ ዝነብሩሉ ጫፍ ጎቦ ናብ ታሕቲ ወሪዶም፣ ኣብ ሜዳን ስንጭሮን ምስ ዘሎዉ ሰባት ክዛረቡ ይርኣዩ ኢዮም። ርክቦም ወግዒ ክብሃል ኣይክኣልን። ባሕታውያን መልእኽቲ ከብጽሑ ኢዮም ዝወርዱ። ጥቕሉል መልእኽቲ ሒዞም ወይ ከድሕን ወይ ክጎድእ ሰንድዮሞ

ይምለሱ። ኣብ ቅርዒ ዓድታት ጸኒሖም ንኣተውቲን ወጻእቲን ኣፍደገ ዓድታት ንምልባም ይጭድሩ። መዓልቲ ዕዳጋታትን ዝኸሪ ኣድባራትን መልእኽቶም ንምትሕልላፍ ከም ዝሕግዞም ስለ ዝፈልጡ ልዕል ዝበለ ቦታ እናሓኾሩ ድምጾም የስምዑ። ኣብቲ ወቕቲ ዝተፈጸሙ ሓጢኣት ብዝሖምን ዓይነቶምን ምስ ዘርዘሩ ብኣማልኽቲ ተመዲቡ ዝብሃል ዘይተርፍ ፍርዲን መቕጻዕትን ኣርዲኦም ንላዕለዋይ ቦታኦም ይምለሱ።

"ፈላስፋ ህንዲ ዘመናዊ ባሕታዊ ኢዩ፡" ኢሉ ትጃር ሓደ መዓልቲ ብዛዕባኡ እናዕለለ እንከሎ። ንትጃር ንፈልጥ ዘበልና ሓደ ግዜ ብዛዕባ ፈላስፋ ህንዲ ምጽሓፉ ከም ዘይተርፍ ተተንቢና ኢና። ፋል ሓቂ ኰይኑ ድማ እቲ ፈላስፋ ሃገር ዘርእስታ ተዋስኦ ደሪሱ። ብጥልቀት ምስጢራ ምናልባት እታ ዝወሸጠትን ኣብ ሕልና ሰብ እትሰርጽን ተዋስኦ ከይኰነት ኣይትተርፍን። ናይ ተዋስኦታት ተዋስኦ ዝብሉዋ'ውን ነይሮም። እንተኾነ ክንደየናይ ምስ መድረኽ ከይትሰማማዕ ዝብሉ ፈላጣት ኣሎዉ። ምኽንያት ኢሎም ዘቕርቡዎ ኣብታ ተዋስኦ ዘሎ ብዝሒ ጠባያትን ቦታታትን ኢዩ። ኣየናይ መድረኽ ዓድና'ዩ ነዚ ኩሉ ዝሰትር ዝብሉ ስክፋታት ከም ቀንዲ ዕንቅፋት ይጥቀሱ። ብሓደ ወገን ካብ ሓቂ ኣይርሓቑን። ፈላስፋ ህንዲ ደጋጊሙ ከም ዝብሎ፡ "ኣብ ሃገርና መድረኽ ዝረግጽ እምበር መድረኽ ዝፈጥር ገና ስለ ዘይተራእየ፡ ሰኣን መድረኽ፡ ስነ-ጥበብ ተኾርምዩ ይነብዕ ኣሎ።"

ፈላስፋ ህንዲ ወይ ካልኦት ሃገራውያን መሰላቱ ካብዞም ፉሉይ መልእኽቲ ካብ ኣማልኽቲ ሒዝና መጺእና ዝብሉ ዓበይቲ ናይ ሃገርና ነቢያት ወይ ዝልዓለ ሰማያዊ ደረጃ ዝውንኑ ዘይኰንሉ ምኽንያት የለን ዝብል ሓደ መስተንክር ኤርትራዊ መንእሰይ ተመራማሪ ከም ዘሎ ሰሚዐ። ናይ ካልኦት ውሩያት ካብ ምባል ናይ ሃገርካ ይሓይሽ እናበለ ክዛረብ ካብ ዝጅምር ቀላሕታ ሰብ ረኺቡ። ካብቶም ሰዓብቱ ቃላት ሓሳባቱ ጠሪዞም ናብ ዝሕተምን ዝዝርጋሕን መጽሓፍ ንምብቃዕ ላዕሊን ታሕቲን ከም ዝብሉን ካብ ዓበይቲ እኹል ሓገዝ ይኹን ድጋፍ ከም ዝውሕዶምን ቅልጡፍ ዝኾነ ወረ ይናፈስ ኣሎ። ነቲ ኣብ ፈቖዶኡ ኢሉዎ ዝብሃል ተረካብ ዘረባታት ብስርዓት ኣኪቦም ክሳዕ ብግቡእ ዘወሃህዱዎ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ጥራዝ ብታህዋኽ ዝኣከቡዎ ቅንጥብጣብ ሓሳባት ኣንቢበ። ኣብቲ ዘርኣዩኒ ሓጸርቲ መርኣያታት ዘንበብኩዎ ውጽኢት ሓሳባቱ ኣዚዩ ኣገሪሙኒ። ኣቃሊለ'ውን ኣይርኣኹዎን።

ንኣብነት ዝኸውን ካብቲ ዘንበብኩዎ ንምጥቃስ፡ "ካልኡት ኣህዛብ ካብ ኣማልኽቲ ተላኢኾም፡ ካብ መኽዘናት ፍልጠት ተጋሂዶም፡ ካብ ሱባኤ ሕልና ተገሊጾም፡ ካብ ባህሊና ዓንቢቦም፡ እዚ ዝገበሩ፡ እቲ ዘሳላጡ ኢዮም። እዚ ኢዩ መልክዖም፡ እዚ ቃንኦም፡ ንዝብሉዎም ፍጡራት ሓቂ ሒዞሙልና መጺኦም እናበሉ ከም ግኑናት ውልቀሰብ፣ ከም ባዕሎም ዝኣመኑሎም ነቢያት ወይ ከኣ ከም ዝለዓሉ ፍጡራት ገይሮም ምስ ተቐበሉዎም ምህርቲ ስራሖም ናባና ኣትዩ ከም ዝሸመት ይገብሩ። ንፍልስፍናኦም ዶብ ጥንታዊ እምነትና የጥሕሱዎ። ነቶም መሃዝቱ ዝብሃሉ ድማ ከም ነምልኾም ይገብሩ። ይጥቀሙና ይጉድኡና ከይተፈልጠ ኣብ ኣፍና ዘእተዉዎም ቃላት ማእለያ የብሎምን። ብዘይ ኣፍልጦ ከም ጣኦት ምስ ኣምለኽናዮም ከም ሃሳስ ግዙእ ዝገፍዑና ሓሳባት ኣስሪጾምልና ይዕዘሩ። ዘይደርፍና ኣድሪፎም ዘይሳዕስዒትና ምስዕሳዕ ከይኣኽሎምስ ኣእሙሮናን ቀልቢናን ይስውሩ። ካባና ተበጊሶም ኣብ ካልእ ሃገራት ይምለኹ ኣሎዉ ዝብሃሉ ግን ገና ዝተፈልጠ የለን። የሎዉን ማለት ዘይኰነስ ሊቃውንቲና ኣሰር ተኸቲሎም ብምርምር ኣብ ዝብጻሕ ኣይበጹሑዎምን ማለተይ ኢዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ከምቲ ኣብ ካልእ ቦታታት ዝተኸስተ ተኣምራት ኣብ ሃገርና ዝመበቆሎም ካብ ውሽጢ ሃገርና ተበጊሶም ሓቂ ዘእሙንና ክመጹ ኢዮም ኢልና እንተ ተጸበና እንታይ ኣሎዎ? ናይ ካልኡት ሃገራት ዛንታታት ኣመጻጽኣን ኣነጣጥፋን መልእኽተኛታት ሓቂ እንተ ኣስተውዒልና ፍልልዩ ሒደት ኢዩ። ቁሩብ መልክዓዊ እምበር ውራያዊ ፍልልይ የብሉን። እቶም መልእኽተኛታት ሓቂ ናብቲ ከድሕኑዎ ዝወሰኑዎ ሕብረተሰብ ኣትዮም ንዝጸንሑዎም ሱር ዝተኸሉ እከይ ልማዳት ንምውሓው ክቀዳደሙን ኣብ ገሊኡ ዓድታት ድማ ሰብ ከም መስዋእቲ ሞባእ ዝቕለቡ ጨካናት ናይ እምነታት፡ ትምህርቲ፡ ምሕደራታት ኣባላት ወይ ትካላት ንዘጥረዩዎ ሓይሊን ስልጣንን ንምዕናው ከንቅዱን ይርኣዩ። ኣብ ዝኸዱዎ ድማ ንፈለማ ስራሖም ዘናሸዉ ሰባት ከም ዝገጥሙዎምን ደሓር ድሕሪ ክንደይ ጻሂ ከም ዝዕወቱን ኢና ነንብብ። ካበይ ተበጊሶም እንተ ተባህለ መብዛሕትኦም ነቢያት ካብ ጭው ዝበለ በረኻታት ምኚኑ ንርዳእ። ኣብ ኤርትራ'ኸ ነዞም መልእኽቲ ሓቂ ንዘምጽኡ ዝኸውን ቦታ ድዩ ክሰኣን? ኣርዮም ኣራርዮም ዝበልዑዎ ጋባ ድዩ ዓካት ወይ ዓጋም ከይሰኣን ተፈሪሑ? እንተ ዘይኰነ ድማ ካብ ኀቦታት'ዶ ተሃንዲዶም ክወርዱልና ኣይክእሉን'ዮም? ካብ ውሽጢ-ውሻጠ ባሕሪና'ዶ ደበኽ ክብሉልና ኣይክእሉን'ዮም? ካብ ማህዛዊ

ፍረ ስርሓት ስነ-ጥበባትናስ ዘይፍጠሩ እንታይ ከይከፍኣና! ካብ ስነ-ፍልጠትናን ፍልስፍናና እንተ ተወለዱስ እንታይ ከይብለና! ዋላ ካብ ሕልሚናስ ዘይውለዱ እንታይ ገዲሱና! ካብ ሕሱም ፍቕሪ ሓቂናስ ዘይብገሱ! ካብ ቃልስታት ታሪኽናስ በሎኽ ዘይብሉ እንታይ'ዶ ኣሎዎ'ዩ? ካብቲ ምዑዝ ባህሊናስ ዘይቅልቀሉ! ግድን ካብዚ ግድን ካብቲ ንብሎ ኣሎና ድዩ? ዝቐንእ እንተልዩስ ነዞም ክደርሱ ዝህንጠዩ ዘሎዉ መንእሰያትና እንዶ'ሞ ኣምበይ ምተራእዩዎም! ኣየባ ደኣ ነዞም ንሓድሽ ተመክሮታቶም ናብ ስራሓት ስነ-ፍልጠትን ስነ-ጥበብን ክትርጕሙ ተቐሪቦም ንዘሎዉ ገጽ ንገጽ እንተ ዝገጥሙዎም? ንህጻናትን ቈልዑን እንተ ዝኽሰቱሎም ዘሕጐስ እምበር ዝነቅፍዶ ክርከብ ኢዩ! ዘይ ሓቂ ኢና ንደሊ ዘሎና! ጸረ ሓቂ ካብ ዓድና ኲነ ካብ ኩሉ ክጠፍኡ እንድኣልና ንምነ። ካብ ዝኹነ ኩርናዓት ሃገርና የምጽኡዎ፡ መልእኽተኛታት ሓቂ ንሃገርና ብርሃን ፍልጠት ክዕድሉዎ እንደኣልናን ንምህለል! ጽባቐ ሓቂ ዘዐብልል ስነ-ጥበብ ንምፍጣር ተማሕጺንካዮም ኣቓልቦ ዝህቡ መናፍስቲ ይኹኑ ሰባት ክበዝሑልና ኢና ንጽበ፡" ኢሉ ዝጸሓፎ ምፍላጥ ጽቡቕ ይመስለኒ።

ኣብ ካልእ ገጻት ናይቲ ጥራዝ ድማ ብዙሓት ረቀቕቲን ተኣፈፍቲን ዝኹኑ ኣምራት ብውርዙያት ቃላት ንብርሃን እናዕረገ ይልዕል። እቶም ከም ዝተፋረኹ ደበናታት ኣብ ልዕሊ ተኽእሎ ወዲ-ሰብ ዝዝንብዩ ትጽቢታት ኣብ ሕቑፎ ተማህለልቲ ስነ-ጥበበኛታት ወሪዶም ብቕፍሪ ከም ዝላገቡ ዝገብር ሓይሊ ኣጸሓሕፋ ከም ዘሎዎ ኣንባቢ ብቕልጡፍ ይርዳእ። እቲ መጽሓፉ ከም መጽሓፍ ሃይማኖታዊ እምነት ክኸውን ዝተመነዮ ኣይመሰለንን። ንፍኑው እምነት ከም ቅዲ ኣጻሓሕፋ ኢዩ ተጠቒሙሉ። እቲ ሜላ ድርሰት ንዝደለዮ ረቂቕ ሓሳባት ንኽፈትልን ንኽኣልምን ገፊሕ ሜዳ-ተኽእሎ ዘርጊሑሉ። ኣብ ውሽጢ ሓሳባቱ ብረቂቕ ተጠምጢሞም ዝነበሩ ስምዒታትን ራእታትን ከም ፈትሊ ተተመዚዞም ብቐሊሉ ናይ ቃላት ህልውና ለቢሶምሉ። እቲ ኣጻሓሕፋኡ ንመጽሓፈይ ተመንየዮ ደኣ እምበር ክቐድሖስ ኣይፈቐድኩን። ንዕኡ ዝኣክል ዕብዳን እምነት ክውንን ከም ዘይክእል ኣይሰሓትኩዎን።

* * *

ኣብ ውሽጢ ውሻጠ ሕልናይ ደኣ ተኣሽጕ እምበር፡ ዋላ ንገዛእ ርእሰይ ብውነ ክገልጾ ዘይደሊ፡ ግን ከኣ ብምስጢር ዘሳሕየኒ ዘይተጋህደ ባህጊ የሳቕየኒ ከይከውን እሰግእ። ትዕቢት ከይመስል

እናተሰከፍኩስ ምስ ሰብ ተዛሪበሉ ኣይፈልጥን። ናይዚ ሰብ ኣጻሓሕፋ ምስ ርኣኹ ዓጺቕ ዘይወሓጥ ቅንኢ ሓዲሩኒ። እቲ ጸሓፋይ ዳርጋ ነቲ ኣነ ዝምነዮ ርሕቀት ስነ-ጥበባዊ ትኽእሎ ከም ዝተቐራረቦ ምስ ገመትኩ ሰንቢደ። ከም ጸሓፊ ፈጠራዊ ዛንታ ኣብ ሃገረይን ዓለምን ዓቢ ናይ ኣርኣእያ ለውጢ ከምጽእ ኢዩ ድላየይ። ንኹሉ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ዝነበረ ብብርሃን ሓቂ ዓይኑ ክደጉሖ ምፈተኹ። ብጽሑፈይ ተባሪዖም ከም ሓሙኽሽቲ ተዘርዮም ክጠፍኡ ኣሎዎ ኢለ ዘለለኹዎም ናይ ሰባት ኣታሓሳስባታት፡ እምነታት፡ ልማዳትን ተግባራትን ብናተይ ፈጠራዊ ማህዚ ተዳኺሎም ክብቀጹ እንከሎዉ ይርኣዩኒ። ዕድል እንተ ዝረክብ ብዘይ ቃልዓለም ከም ዘይነበሩ ንኽገብሮም ድሕር ኣይምበልኩን። ብስዉር ዓቕመይ ከምቲ ኣንስታይን ነቲ ዝጸንሐ ናይ ቀደም ኮስሞሎጊ (ስርዓተ ተፈጥሮ ሰማያት ወ ምድር) ፈጺሙ ዝለወጦ ክገብር ይሕልን እየ። በዓል ኮፐርኒከስን ይስሃቕ ኒውቶንን ሕግታት ተፈጥሮ ዓለም ምስ ቀየሩ ከም ሳዕቤን ሓድሽ ሓሳባቶም ብዙሕ ካልእ ሕግታት ተቐይሩ። ሕግታት ስነ-ጥበብ እንተ ዝቕይርከ ከመይ ምኾነ እብል’ሞ ማዕረ ናይ ስነ-ጽሑፍ ሓድሽ ኮስሞሎጊ ከቕርብ ኣሎኒ ዝብለሉ እዋናት’ውን ኣሎ። ድሕሪ ሕትመት መጽሓፈይ ኩሉ ልማዳት፡ እምነታትን ሕግታትን ሕብረተሰብ ዓደይ ክቕየር እንከሎ ይርኣየኒ። ንጥፈታት ዓዲ ከም ብሓድሽ ክውጠን ድማ እምነ። እንተኾነ ነዚ ብድሆ ዝኽውን ድፍረት ገና ዘጥረኹ ኣይመስለንን። ገሊኣቶም ከምዚ ጸሓፋይ ከይቅድሙኒ ድማ ብዘይ ሕፍረት እፈርሕ። ከም ሕልናይ ግን ሓድሽ ኣምርን ቋንቋን ብስነ-ጽሑፈይ ክፈጥር ኣሎኒ እየ ዝብል። ንእምነተይ ዘህጥር ግን ተሰዊሩኒ። ምስ ህዝቢ ሃገረይ ቋንቋ ኣማልኽቲ መሊኽ ዝምህለሉን ዝሰግደሉን ግዜ ይርሕቀኒ’ሞ ተስፋ ክቖርጽ ቁሩብ ይተርፈኒ። ብሕልፊ ንምላሻት ኣማልኽቲ ዘረድእ ተኽእሎ ኣየጥርን ይኸውን እናበልኩ ድማ እፈርሕ።

-20-

ንኹናት ዝኸውን ተኽእሎታት ዝኣክል ተዘሪኡስ ዓጻዳይ'ኳ ዝረክብ ኣይመስለንን። ፍቕሪ ንምዝራእ ዝውዕል መሬት ከለስልስ ዝጽዕር ግን ኣይገጠመንን።

ኣብዚ ድሕሪ ወራር ንብሎ እዋናት ብዙሕ ተዘሪቡ። ንተኸታታሊ ታሪኽ ብምሉእ ዘዕግብ ትርጉም ዝህብ ምኽንያት ከቕርብ ዝኽእል ሰብ እንተ ሃለወ እውን ብጽሑፍ ዝቐረበስ ውሱን ኢዩ። ቅድሚ ኩሉ፡ ሰባት እንታይ ኰይኖም ከም ዝዋረሩ ጭቡጥ ምላሽ ኣይተረኸበን። ገሊኣቶም ከም ዝብሉዎ እንተ ኰይኑ፡ እቶም መራሕቲ ብዕድመን ተመክሮን ዘይበርስ ልማድ ስለ ዘጥረዩ ኢዩ። ካልእ ናይ ፍቕሪን ምትሕግጋዝን ሜላታት ከም ዘሎ ነቶም ህዝቢ ዝገለጸሎም ስነ-ጥበብ ወይ ፍልስፍና የለን ይብሃል። እዘን ሓደሽቲ ዝመስላና ወራራት ንዓና ሓዲሰናና ደኣ'ምበር ተራእን ሓልየን ዝተኸታተላ ኢየን እናበሉ ኣሽሓት ንኣሽቱን ዓበይቲን ወራራት ኣብ ምምዝጋብ ዝተዋፈሩ ኤርትራውያን ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣለዉ። ገሊኦም ዓበይቲ ዓዲ ከኣ ካብዞም ብደቡብ፡ ብምዕራብ፡ ብምብራቕ፡ ብሰሜን ብዘይ ቅጥዒ ዛሕ ዝበሉ ተጻብኦታት ጎረባብቲ ብቓሎም ጥራሕ ብዙሓት ደቀቕቲን ፍሩያትን ወራራት ብወረጦ ዝኽሮም እናኣረዩ ይቖጽሩ። መዓስ ይፍጽሞ ዝብሃል ደኣ ኣይኰነን እምበር ሓደ ኤርትራዊ ፈላስፋን ጸሓፊን ነዚ ኩሉ ናይ ተጻብኦነት ባህሊ ናብ ፈጠራዊ ሓይሊ ምዕባለ ዝቕይር መጽሓፍ ይደርስ ኣሎኹ ካብ ዝብል ኣይወሓደን። ነቲ ጽሑፍ ናብ ፊልምን ተዋስኦን ክንቕይር ዝብሉ ድማ ብልሓታት ኣብ ምእካብ ከም ዘለዉ ይውረ።

ድሕሪ ኲናት፡ ዓረቕቲ ኣትዮም ዶብ ክሕንጸጽ ኢዩ ምስ ተባህለ ህዝቢ ተስፋ ገይሩ። ደጊም ኲናት ዝብሃል ኣይክህሉን ኢዩ፡ ብሕጊ ዝተሓንጸጸ ደረት ክኸበር ኢዩ፡ ሰላም ክነግስ ኢዩ፣ ኢሎም ቁሊሕ ዝበሉ ግን ትምኒቶም ኣይተመሰለሎምን። እቶም ወራር ዝለመዱ

መውረሪኦም ከጥፍኡ ኣይደለዩን። ውግእ ከም ፍልስፍና ህይወት ስለ ዝተቐበሉዎ ብዘይካኡ ሕልና ዝድውል ኣይመሰሎምን። “ንዓና ይኹን ንጎረባብቲና ሓቂ ሓደ ቅርጺ ክሕዝ ኣሎዎ፡” ይብል ፈላስፋ ህንዲ። “ንገዛእ-ርእሲና ሓቂ እንተ ኣለሊና ንጎረባብቲና ድማ እቲ ዝርኣናዮ ሓቂ ንኽርእዩ ምሕጋዝ ጥራሕ የድልየና። ብኹናት ዝሳለጥ ሰላም የሎን። ንጎረባብቲና ዝጠፍኦም ሓቂ ኣሊሾም ንኽረኽቡ እንድሕሪ ክንሕግዞም ተበጊስና እቲ ጠፊኡ ዘሎ ሓቂ ኣለሊና ከም ዝርእዩዎ ክንገብር ኣሎና። መርኣያ ሓቂ ዝኾኖም ብልሓት ንምሃብ ምእንቲ ክንበቅዕ እቲ ኣእሙራዊ መሳርሒ ንገዛእ-ርእሲና ክንረኽቦ ኣሎና። እቶም ክጠፍኡ ዘሎዎም ኣርባዕተ ጸረ ሓቂ ጣኦታት ንርእሲናን ንዐኦምን ንኽንብል ቀልጢፍና ኣለሊና ክነዕኑዎም ይግባእ፡” ኢሉ። “እዛ ጸላም ኣህጉር ዝብሉዋ ኣፍሪቃ ጸገማ ሓቂ ዘይምልላይ ኢዩ። ቀለምቀመሳታ ገና ሓቂ ኣየለለዩን። እቶም ኣርባዕተ ጸረ ሓቂ ጣኦታት ገና ይገዝኡዋ ኣሎዉ፡” ኢሉ ዝጽሓፎ ብዙሓት መስተውዓልቲ ኣፍሪቃውያን “እምበኣር ክወግሕ ኢዩ!” ኢሎም ኩሉ ዝጸሓፎ መጽሓፍቲ ኣብ ምትርጓም ይነጥፉ ኣሎዉ ይብሃል። ተርጎምቲን ደቂ-መዛሙሮምን ድማ እናሓደረ ቍጽሮም ይበዝሕ ኣሎ።

ኣብቲ መጽሓፍ፡ “ንኹናት ዝኸውን ተኽእሎታት ዝኣክል ተዘሪኡስ ዓጻዳይ’ኳ ዝረክብ ኣይመስለንን። ፍቕሪ ንምዝራእ ዝውዕል መሬት ከለስልስ ዝጽዕር ግን ኣይገጠመንን። ትልሚ ሓያላት ንኽሕልዉ ዝተወከሉ መራሕቲ ፖለቲካን ታሪኽን ኢዮም ውግእ ዝደልዩ። ናቶም ውግእ ከም ዘይኰነ ኣይተረድኦምን። ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቁጽጻር ዝተቐየሰ ትልሚ ንምኽባር ኣማኢት ብሄረ-ሰባትን ሕልሞምን ምጭፍላቕ ምእንቲ ክተርፍ ስነ-ጥበበኛታት ክልብሙ ኣሎዎም።”

ብርግጽ ኣብ ኣፍሪቃ ዘሎ ውግኣት ናይ መን’ዩ እናበለ ዘከራኽር ከም ዝኾነ ብዙሓት እናተረድኡዎ የስተንትኑ ኣሎዉ። መን ይኣልሞ መን ይኸደኖ ዝፈልጥ የለን። ሳዕቤናቱ ግን ግሁዳት ኢዮም። በዓል ሱሌማንን ባህታን ዝኣክል ኣጽኒዖም ይብሃል ደኣ እምበር ንኹሉ ዝድህስስ መጽናዕቲ ዝገበሩ ኣይመስለንን። እንተ ደለዩ እውን ዝድርቶም ዓቕሚ፡ ጉርሒን ሃብቲን መሊኡ ኣሎ። በዓል ፈላስፋ ህንዲ ከም ዝብሉዎ ግን፡ “ኣፍሪቃውያን ናይ ካልኦት ሓይልታት መዘናግዒ ምኳን ምስ ገደፉዎ ኲናት ጠፊኡ ሰላም ክነግስ ኢዩ።”

* * *

ህዝቢ ግን ሓቂ ንኽለሊ ላሕ ካብ ምባል ኣይዓረፈን። ትጃርን ፈላስፋ ህንዲን ድማ በይዛ ህዝቢ ንምኳን ዕድል ረኺቦም። ካብ ጽኑዕ ሕብረቶም ተዋስኦ ትጃር ተደሪሱ። መሰረት ታሪኽ መጽናዕቲ ፈላስፋ ህንዲ እኳ እንተኾነ ስነ-ጥበብ ልዕሊ ፍልስፍና ምኳኑ ትጃር ብዘይ ጥርጥር ኣመስኪሩ። ብሓቂ ንፍልስፍና መሳርሒ ስነ-ጥበብ ምግባሩ ኣድኒቐዮ። መጽሓፈይከ ኢለ ከወዳድር ኣይደለኹን። ምኽንያቱ ስግንጢርነት መጽሓፈይ ናብ ዘይኰነ መገዲ ከይዓጽፈኒ ፈሪሐ።

እቲ ዝብሃል ዘሎ መጽናዕቲ ፈላስፋ ህንዲ ካብ ገዳማትን መሳጊዳትን ኤርትራ ረኺቡዎ ይብሃል። ኣርእስቲ መጽሓፍ ብግእዝ ትንግርተ ወሃተታ ፍራንጺጽ እምባቆን ዘሃገረ መዓዝናት ሳልስ (ኢንግላንድ ንምባል ኢዩ ኢሎሞ) ዝብል ጽሑፍ ምስ ኣንበበ ኢዩ። ነቲ ኣብ 1561-1626 ግዜ ዝነበረ እንግሊዛዊ ፈላስፋን ስነ-ጥበበኛን መን፡ ብኽመይ ተርጒሙዎ ዘይፍለጥ፡ ገለ ክፋሉ ብግእዝ ገሊኡ ድማ ብዓረብ ተተርጒሙ ተረኺቡ። እተን ኣድባራትን መሳጊድን ሓደ ዓይነት ጽሑፍ መዝገበን ምጽናሐን ዘገርም ኢዩ። ተርጓሚቱ ኋል-ኣንስተይቲ ምኳና ዘረድእ መርትዖታት ከም ዘሎ'ውን ተነጊሩ። ፈላስፋ ህንዲ ግን ኣቐዲሙ ምስ ጽሑፋት ፍራንሲስ ቤከን ተላልዩ ስለ ዝነበረ ነቲ ቀደም ብቛንቋ እንግሊዝ ኣንቢቡዎ ዝነበረ ኣብ 2001 ትርጒሙ ምስ ተረኽበ ኣዝዩ ተገሪሙ። ቅድሚ 1941 ሰለስተ ኵርንዓት ምስ ዘሎዋ ዓዲ ርክብ ነይሩና ዝብሃል ታሪኽ ሓድሽ ተርእዮ ምኳኑ ዝተጠራጠረ የለን። እንተኾነ ገለ ተኸታተልቲ ታሪኽ እዞም ሰብ ዓዲ ሰለስተ ኵርናዓት ዝብሃሉ ኣብ መፋርቕ 1860 ንመተማ ኣቢሎም ክሓልፉ መሬትና ረጊጾሞ ከም ዝነበሩ ኣረጋጊጾም። ካልኦት ድማ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዝምድናታት ከም ዝነበረ ይገልጹ።

ሓደ ኤርትራዊ ጸሓፊ ታሪኽ ኣብ ሓደ ናይ ታሪኽ መጽሔት፡ “እንግሊዛውያን ብ1941 ኣብ ከረን ምስ ጥልያን ምስ ገጠሙ ሕሰም ጠያይቲ ኤርትራውያን ዓሳክር ኣይረስዑን። ካብ 1941 ክሳዕ 1952 ንኤርትራ ኣብ ዘመሓደሩሉ እዋን እውን ኣንጻር መግዛእቶም ዝተላዕለ ሸፍትነት ናይ ተገዛእነት ባህሪ ዘይምንባሩ ቅር ከም ዝበሎም ይንገር። ብሕልፊ እቲ እዋን ንብረት ግዝኣቶም ንምውግጋን እናተጸገሙ እንከሎዉ ‘እንግሊዝ ወዲንየ! እንግሊዝ ወዲኒየ! ኣብቲ በረኻ ዓደይ መን ኢሉካ ዳኒየ’ ትብል ደርፊ ካብ

ግዜኣ ቀዲማ ናይ ናጽነት ቃጭል ምቕጫላ ኣይቀደወቶምን። ክሳዕ ሕጂ ናይ ኤርትራ ዝኽሮም ኣብ ትሕተ-ውነኦም ተቐቢሩ ኢዩ ዘሎ ዝብሉ ተመራመርቲ ኣሎዉ። ዝኽሮም ገንፊሉ ከይወጽእ ድማ ኣብ ኤርትራ ክዋግኡ ንዝሓለፉ ኣባላት ወተሃደራቶም ኢሎም ዝሰርሑዎ መቓብራት ግቡእ ክንክን ብምግባር ንሕሉፍ ታሪኽ የደዓዕሱ ኣሎዉ፡" ይብል።

ሓንቲ ኤርትራዊት ጸሓፊት ብዛዕባ እንግሊዛውያንን መቓብሮምን ኢላ ዝጸሓፈቶ ናብ ኤርትራ ጥራሕ ዝተወሰነ መሲሉኒ ነይሩ። ቀስ ኢለ ምስ ኣንበብኩዎ ግን ዘይሓሰብኩዎ ሓድሽ ፍልጠት ኣለልየ። "ዝርግሐ መቓብረይ ኣስፍሓለይ ማለት ድልየት መርገም ድዩ ምርቓ?" ኢላ ኢያ ትሓትት ኣብታ ከምኣ ምጭውቲ መጽሓፋ። "ኣብ ሃገርና'ኳ እዚ ኩሉ ዝተርኣየስ ኣብ ክንደይ መሬታት፡ ማያት፡ ኣየራት፡ ሓውታትን ኮን ህይወት ዘርጊሑም ይኹኑ? ምልክት ዕብየት ዶኾን ይኸውን? እቲ መስዋእቶም ነየኖት ዓይነት ኣማልኽቲ ኮን ይኸውን? ሃገር ንኽህሉዎም ዘይጥሓሱዎ ስነ-ምግባር ዶኾን ይህሉ? ሕጂ'ውን ናትና ህልውና ንፍርሒ ድቀቶም መሊሱ ዘድቅቕ ኣይኹን ንበል፡" ኢላ ብፍልስፍናዊ ግጥሚ ዝሓተተቶ ምስ ኣንበብኩ ኤርትራዊ ንጽህናኣ ኣድኒቐ።

ቅድሚኡ ዝነበረ ርክብ ግን፡ ነዚ ንናይ ጥንቲ ይኹን ንናይ ቀረባ ታሪኹ ቍሊሕ ኣብ ምባል ዘይነጥፍ ካብ ምጽባይ ንሓድሽ ወለዶ ምግዳፉ ይሓይሽ ዝብሉ ይበዝሑ። ካብ ሓቂ'ውን ኣይረሓቑን። ኣብዚ ዘሎናዮ እዋናት ትማሊን ሎሚን ዘየላልዩ ሰባት'ውን ኣይሰኣኑን ይኹኑ። መሓመድ እድሪስ ብዝገበሮ ሓጺር መጽናዕቲ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣሎዎም ካብ ዝብሃሉ መባእታዊ ታሪኽ ሃገር ዘይፈልጡ ብዙሓት ከም ዘሎዉ ይሕብር። ምስ ፍልጠት ታሪኽ ሃገር ኣሰንዩ ፍልጠት መሬታዊ ትሕዝቶ ኤርትራ ንምምዛን ኣብ ዝተገበረ ፈተነታት፡ ካብተን ዘሎዋ ሩባታት፡ ጎቦታት፡ ማርሳታት፡ ሓውሲ-ደሴታትን ደሴታትን ሓሙሽተ ሚእታዊት ጥራሕ ከም ዝፈለጡ ይንገር። ካልእ ይትረፍ ሓደ ኣሎኹ ዝብል ሰብ ዙላ ደሴት ድያ ሓውሲ ደሴት ኢሎም ሓቲቶሞስ ከይፈለጠ ተሪፉ ይብሃል። ኣብ ግዜ ናጽነት ካብ ዝተደርሳ ተዋስኦታትን፡ መጽሓፍቲ፡ ቅብኣታት፡ ግጥምታትን ቅርጻታትን ሒደት ርጃሕ ንዝብል ሕቶ ዝተውሃበ ምላሽ ጓሂ ዝእብድ ከም ዘይኰነ የረድእ።

* * *

ሓደ መዓልቲ ምስ ፈላስፋ ህንዲ ኣብ ገዛኡ ኲይነ እናዕለልኩ

ትጃር ብመገዱ ንፈላስፋ ህንዲ ከዋግዕ ኢሉ ተሓዊሱና። ከዕርፍ ምስ በለ ናይ ፍራንሲስ ቤከን መጽሓፍ ኣብቲ ኮፍ ክብለሉ ዝሓሰበ መንበር ገጹ ከፊቱ ርእዩዎ።

“እዚ ሰብኣይ ደኣ ኣብ ኤርትራ እንታይ ይገብር? ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝገበሮ’ዶ ውሒዱዎ? ሸክስፒር ዝደረሶ ተዋስኦታትን ቅኔን ንሱ ኢዩ ጽሒፉዎ እናተባህለ ዝንገረሉ ሕሉፍ ፈላስፋ እኮ’ዩ። ፈላስፋ ህንዲ ድማ ንሕና ዝደረስናዮ ግጥሚ ኣነ እየ ክብል ተቐሪቡ ድዩ ዘሎ? ንምኳኑ ሓደ ፈላስፋ ተዋስኦን ቅኔን ይጽሕፍ ኢልካ ትኣምን’ዶ?” ኢሉ ካባይ ምላሽ ተጸብዩ። ኣነ ግን ስቕ ኢለ።

“ኣጆኻ ትጃር! ኣጆኻ ኣይትፍራሕ!” እናበለ ፈላስፋ ህንዲ ካብ ውሻጠ ወጺኡ ንትጃር ሰላም ኢሉዎ።

“ተዋስኦ ንምጽሓፍ ውጥን የብለይን። ገሊኦም ሰብ ፍልስፍና ግን ፍልይ ዝበለ ተውህቦ ኣሎዎም። ፍራንሲስ ቤከን ናይ ጽሕፈት ተውህቦ ምሉእ ዘይጉዱል ከም ዝነበሮ ዝምስክር ዝሓደጎ ጽሑፍ ኣሎ። እንተኾነ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ሸክስፒር ንሱ ከም ዝገበሮ ዝምስክር ክሳዕ ሕጂ ኣይተረኽበን። ስለዚ ኣይትፍራሕ! ኣነ ኣብ ስራሕካ ክኣቱ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ከም ኒቸ ሓሳቢን ዘማሪን ኣይኮንኩን። መብዛሕትኡ መዝሙረይ ብሓሳባት ምስ ተጸቕጠ ኢዩ። ገሊኦም ግን ነቲ እናለሓኹ ዝዛሪ ናቓ መንፈሰይ ሰሚዕና ይብሉኒ ኢዮም።”

ትጃር ክስሕቕ ድንዕ ኢሉ።

“እንታይ ደሊኻዮ ደኣ ኢኻ ኣብ መንበር ኵድጭ ኣቢልካዮ ዝጸናሕካኒ? ግደ ሓቂ ንምምስካር፡ ናትካ ጽሑፍ ብናይ ፍቕራዊ ህርመት ልቢ ዝተሰነየ ስደ-ግጥማዊ መዝሙር ዝጥዕመሉ ግዜ ኣሎ። ቁጥዕ ክትብል እንከሎኻ ግን መደራግሓት ጥቕሉል ጸርፊ ኢኻ ገለባቢጥካ ተጽድፍ። ፈላስፋታት እቲ ዝማእረርኩሞ ፍረ’ዩ ዘገድሰኩም። ዋላ ብዘይ በሰለ ፍረ ጌርኩም ኣእሙሮ ሰብ ካብ ምፍጋእ ድሕር ኣይትብሉን ኢኹም። ንሕና ግን ጸሚቑና ዘስረጽናዮ ፍልስፍና፡ ወሊድና ዝሓቖፍናዮም ምህዞታትን ሓሊምና ዝፈጠርናዮም ቅርጽታትን ግደ ጽባቐ ንኽኹኑ ኢልና ከም ብሓድሽ ደጊምና ንኹሓሕሎም። ንዓና ወዲ-ሰብ ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝኾነ ብጽባቐን ብሓቂን ዝተሃንጸ ዛንታ ኢና ነቕርበሉ። ጽቡቕን ሓቂን ድማ ሓደ ምኳኑ ኢና ንኣምን። ኣብዚ እዋናት ድሕሪ

ኩናት ግን ክብሪ ወዲ-ሰብ ዘናሽዉ ስራሓት ብሽም ስነ-ጥበብ ይቐርቡ ኣሎዉ። ንዑቓት ንነብሶም ንዒቖም ንወዲ-ሰብ ክንዕቁ እንክሎዉ ስቕ ዝበልና ከይመስለኩም፡ ኣስኪኢና ኢና ዘሎና። ህዝቢ'ውን ካሕሳ ደቁ ዝሓተሉ ግዜ ይቐርብ ኣሎ። ሓቂ ዝግሃደሉ ግዜ ርሑቕ ኣይኰነን። እተን ዓይነንን እዝነንን ሸፊነን ዘሎዋ ትካላት ፍልጠት ብነብሰ-ተሃድሶን ሱር-በተኽ ለውጢን ምስ ሓቂ ንምልላይ ከምህራ ክጅምራ ኢየን። ቤከን ከም ዝብሎ ስነ-ጥበብ ከም ስነ-ፍልጠት ኣይኰነን። ስነ-ፍልጠት ሓቂ ንሽውጽኢ ምስ ተፈጥሮ ኢዩ ዝመሳሰል። ንፍልጠት ኢሉ ዝተዓስበ ግዙእ ተፈጥሮ ክብሃል ይክኣል። ስነ-ጥበብ ግን ወዲ-ሰብ ካብ ተገዛእነት ቅንዕ ኢሉ ተፈጥሮ ሰብ ዝደለያ ከም ትመስል ይገብር።"

"ስማዕ እስከ ትጃር! እንታይ ኢዩ ኩሉ ሰብ ሓቂ፡ ሓቂ ዝብል ዘሎ? ሓቂ ጠፊኡዎ የናዲ'ሎ ድዩ ክብሃል? ብሓቂ ንሓቂ ናፊቑ ድዩ? እንታይ'ዩ ሓቂ ሓቂ ዝብል በዚሑ? ኢለ እናስተንተንኩ እንከሎኹ ነዛ ብግእዝ ዝተተርጎመት ጽሕፍቲ ዝሓዙ ተመራማራይ ናብ ገዛይ መጺኦም ሂቦምኒ። ኣንቢበያ። ንእሽቶ ክፋል ጽሑፍ ቤከን ኢያ ሒዛ። እታ ዝሓዘታ ክፋል ግን ኣዝያ ኣገዲሳትኒ። ሓቂ ንምፍላጥ ንመን ምዕናው ከም ዝግባእ ኢያ ትገልጽ። ምእንቲ ሓቂ ክኽሰት ንመን ትቐትል፡ ንመን ተህድም፡ ንመን ተጥፍእ ኢያ ትሕብር። ምኽንያቱ፡ ኣነ ጽሑፍ ቤከን ከም ዝፈልጦ ሓቂ ንምፍላጥ ወይ ንሱ ከም ዝብሎ ፍልጠት ንምርኣይ ዝሕግዝ ሜላ ኢዩ ዘቕርብ እምበር ሓቂ ወይ ፍልጠት ረኺብካ ንምጥቃምስ ንሰብ ኢዩ ዝገድፎ። ኣብ ኤርትራ እንታይ ክነጥፍእ ኣሎና ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ ይመስለኒ። ንስኻ እንታይ ይዕኖ እንታይ ይሕፈር ትብል?"

"ሓቂ ንምርካብ ዋላ ሓደ ምርኡይ ተዋስኣዊ ጠባይ ኣብ መድረኽ ንኣማልኽቲ ፍልጠት ምሰዋእኩ። ማለት ነቲ ዝፈጥሮ ቀለምቀመሳዊ ጠባይ ብእምብዛ ናይ ድንቁርናን ዕሽነት ሰብ ከም ዝስሕቆ ምገበርኩ ማለተይ እየ። ምኽንያቱ መስሓቕ ሰብ ካብ ምዃን ዝኸፍእ ሞት ዘሎ ኣይመስለንን። እዞም ዘረባ ሕጊ ፈለጥና ዝብሉ ግን ዝስክሑ ኣይመስለንን። ብሶቅራጠስ ዝተሳሓቑዎ ኰነ ብኻልኦት ዓበይቲ ፈላስፋታት ዝተዋረድዎ ስለ ዘይዝክሩ ንዘይኰነሎም ቀጻሊ ጸረ ዓበይቲ መማህራን ኢዮም። ሕጂ ኣብዚ ናይ ኤርትራ ምስ ሕቡእ ቀርኖም ይርኣዩኒ ኢዮም።"

"ቤከን፡ ሓቂ ንኽነግስ፡ ክቕተሉ ዘሎዎም ኣርባዕተ ጣኦታት

ኣሎዉ ኢዩ ዝብል። ጣኦት ዘርኢ፡ ጣኦት በዓቲ፡ ጣኦት ዕዳጋ፡ ጣኦት ተዋስኦ ወይ ትያትሮ ኢሉ ሰምዩዎም። ነፍሲ-ወከፎም ኣብ ውሽጢና ይኹን ኣብ ኅረባብቲና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓለም ወዲ-ሰብ ምስ ሓቂ ወይ ምስ ፍልጠት ገጽ ንገጽ ከይርአአ ዘይገብሩዎ እከይ ግብሪ የለን። ነዚኣቶም ኣብ መድረኽ ከተሐንክቦም እንተ ክኢልካ እሞ ከኣ ብዘይርሳዕ ተዋስኦ ኣሳዕሲዕካ ባህሮም ኣብ ዝኽሪ ተመልከትቲ ሃገርን ዓለምን ከተስርጽ ዓቕሚ እንተ ረኺብካ ሓቂን ደቂ-ሃገርካን ብፍላይ፡ ኩሎም ነበርቲ ዓለም ድማ ብሓፈሻ ኣራኺብካ ማለት ኢዩ። ብፍልስፍና ዘይተጻዕረን ዘይተገብረን ብልሓት የለን። ተስፋ ከይቆረጽኩ ቃልሰይ ክቕጽል ምኽነይ እፈልጥ። ዓወተይ ግን ኣብ ቀረባ ዝርአ ኣይመስለንን። ሰብ ስነ-ጥበብ ኢኹም ንህዝቢ ከተቕርቡዎ ትኽእሉ። ሓቂ ኤርትራ ኣብ ኢድኩም ኣላ። ስነ-ጥበብ መጻወቲ ድንኮታት ክትከውን እንከላ እናርኣኹም ስቕ እንተ ኢልኩም ከዳዓት ኢኹም። ነዞም ሕልና መንእሰያት ዝወሩ ዘሎዉ ኣትማን ዕዳጋ ስነ-ጥበብ ኢደይ ኢድካ ኢልኩም ጨፍልቑዎም፡" ኢሉ ነታ ኣብ ኢድ ትጃር ተሓቝፋ ዝነበረት ጥራዝ ጠቒዑዋ።

ትጃር ፍናን ተዋስኣዊ ሓይሊ ተሰሚዑዎ። ዳርጋ ጨዲሩ። "ፈላስፋ ህንዲ ሓወይ! ኣጆኻ! ባህሪ ኣርባዕተ ጣኦታት ቤከን ዘርዚሮ፡ ዝተረፈ ንዓይ ግደፈለይ። እቲ ኣርባዕተ ምርኢታት ይርኣየኒ ኣሎ፡ ኣርባዕተ ግብርታት፡ ውጥን ኣላይ መድረኽ፡ ድምጽታት ሚለና። ኣርእስቲ ተዋስኦ ተረኺቡ ኢዩ ኣይትጨነቕ። እቲ ፍላስፋ ሃገር እየ ዝብሎ። እቲ ዓቢ ጸሓፊና ኣብ ዘሎዎ ኣነን ንስኻን ቁዋም ተዋስኦ ጌርና ክንሰማማዕ ኢና። ቀንዲ ትሕዝትኡ፡ ፈራዲና ህዝቢና ኢልና፡ ምርኢት ብምርኢትን ግብሪ ብግብሪን ንተንትኖ፡" ኢሉ ክርበጽ ምስ ርኣየ፡ ፈላስፋ ህንዲ ዕርፍ ኢልና ቡን ንምስታይ ካብ ገዛ ንኽንወጽእ መኺሩና። ሰለስተና ድማ ኣብ ትሕቲ ብሩህ ሰማያዊ ድሕሪ ቀትሪ ኣስመራ እናተሳለና ጥዑም ንፋስ ኣስተማቒርና።

ኣብቲ ልሙድ እንዳ ቡን መሓመድ እድሪስ፡ ኣዛሚት፡ ሱሌማንን ባህታን ጉጅም ክብሉ ጸኒሖምና። ሰፊሕ መኣዲ ቡን ምስ መረጽና መሓመድ እድሪስ ከም ልማዱ ምስቲ ኣፍላሒ ቡን ብዛዕባ ኣፈላልሓን ኣቀራርባን ክከራኸር እንከሎ ብማዕዶ ተዓዚብና ስሒቕና። ኣመል ምስ መግነዝ ዝብሉዎ ሓቂ ምኻኑ ባህታ ጠቒሱልና ከብቅዕ ዘረባ ንምጽራይ ንመሓመድ እድሪስ

ተኸቲሉ ኣብቲ ክርክር ክኣቱ ብርሑቕ ተዓዚብና።

ትጃር ናብኣ ከም ዘቕልብ ገይራ፡ ኣዛሚት፡ "ትጃር! ቡንን መሓመድ እድሪስን ዘርእስታ ተዋስኦ ክትደርስ'ዶ ምኽኣልካ?" ክትብሎ ምስ ሰማዕኩ ግዜ ቁልብ ኣቢለ፡ "ሓቂኺ እኮ ኢኺ! ግዳስ ኣዛሚትን ሕልበትን ኢሉ ዝጀመሮ ተዋስኦ ክህሉ ስለ ዝኽእል ዝሓዞ ክውድእ ደልዩ ከይከውን፡" ኢለያ። ሱሌማን ድማ ዕዉት ኣጋጣሚ ከይሓልፎ ብምህጻጽ፡ "ተዋስኦ ንመግቢን ንመስተን ከገልግል እንተ ተፈሪዱስ ጥሕኒን ሚለናን ዝብል ኣርእስቲ'ውን ኣቓልቦ ህዝቢ ክረክብ ዘሎዎ ይመስለኒ፡" ኢሉ ንዓይ ብፍላይ ጠሚቱኒ። ኣዛሚት ድማ ከይተሰነፈት፡ "ስነ-ኣእሙራዊ ውግእ'ዶ ኲናት ዝብል ተዋስኦ እንተ ዝድረስኮ ኣብ ቀ'ርሲ ዝርአ ዘሎ ጸገማት ሃገርን ኣህጉርን ምተፈትሐ ክንብል ንኽእል ይመስለኒ።" ዘረባ ኣዛሚት ሰሚዕና ኩልና ስሒቕና።

* * *

ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ምጽዋዕ ቀ'ርሲ ባህታን ሱሌማንን ከይሓልፈና እናተሃወኽና ዝኸድናዮ እንዳ ሻሂ ትዝ ኢሉኒ። እቲ ውህደት መኣዛታት ብሱል ባልዶንጓ፡ ቀይሕ ሽጉርቲ፡ ጉዕ-ብርበረ፡ ቅብኣት፡ ሻሂ፡ ቀመማት፡ ሃፋ ጨውን ምጩው ጸወታን፣ ኣብ ኣፈይ፡ ኣፍንጫይ፡ ዓይነይ፡ እዝነይ፡ ኢደይ፡ እግረይን ከብደይን ተሰሚዑኒ። ኩሉ ኣካላተይ ሕሉፍ ዘኪሩ ኣመስጊኑ። ቡን መሓመድ እድሪስ ነብሰይ መሊሱለይ። ኣድልዩኒ ከም ዝነበረ ኣይስተወዓልኩን። ካብ ሰበይ ቁሩብ ፍልይ ኢለ ኵርናዕ መኣዲ ቡን ሒዘ ነይረ። ምቁር ጸወታ ኣዕሩኽተይ ከም ላዕለዋይ ክዳን ደሪበዮ ነይረ። ኣብቲ ጸወታ ኣይጠለቕኩን። እቲ ንሓንሳብ ፍርቃ-ፍርቂ ዝገብረኒ ዘይጭቡጥ ስምዒት ከም ልማዱ ኣተኪዙኒ። ጓሂ ዘመድ ወይ ሓዘን ኣይኰነን። ብርቱዕ ንዘይፈልጦ ነገር ክጽበ እንከሎኹ ከምኡ ኢዩ ዝገብረኒ። ማይ ክወቅዕ ብመስኮት ኰይነ ክርኢ'ውን ብዘይፈልጦ ምኽንያት እትክዝ እየ። ጓሂ ግን ኣይኰነን። ናብ ሩፍታ ቅሳነት'ኳ ይቃረብ። እቶም ዝፈልጡ ኣብ ከምዚ ስምዒት ኰይኖም ኢዮም ምስ ኣማልኽቲ ዝዛረቡ ይብሉ። ኣነ ግን ምስ ነብሰይ ክዋሳእ ምመረጽኩ። ንኹሉ ዝዝክሮ ዘበለ ሰብ ወይ ቦታ ናፍቖት ይስምዓኒ። ንሚለና ዘኪረያ። ኣብቲ ብሓሳባት ክገሾ ተቐራሪበ ዘሎኹ ጸምጸም ሃዋህው ከተሰንየኒ ተመንየ። ሕቚፊ ስምዒተይ ፈንጺጋ ካብ ትርሕቕ መዓልታት ሓሊፉ። ኣነ ግን እንተስ ብሓይለይ እንተስ ብድኽመተይ ንዝወረደኒ ተቐባላይ እየ።

ከምዚ'ለ እንከሎኹ ሚለናን ኣላይን ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዞም ናብ መኣዲና ውትፍ ኢሎም።

ፈላስፋ ህንዲ ብዛዕባ ኣርባዕተ ጣኣታት ክገልጽ እንከሎ ትጃር ድማ ኣብ ዓቢ ወረቐት ምልክታትን ጽሑፋትን ክሕንጽጽ ፈቲኑ። እንተኹነ ንኹላቶም ቦታ ኣይተሰማምዖምን። ናብ ገዛይ ጒዕዞ ንኽገብሩ ከኣ ተሰማሚዖም። "ካብ ጒዕዞ ንግደት ዘይንብሎ፡" ኢሉዎም ባህታ። ቀጺሉ ከኣ፡ "ናብ ባዶ ገዛ ኢና ንኸይድ ዘሎና። መምሰይና ዝኸውን ንሓዝ። ገዛ ባዶ ኢዩ።"

"እንዳ ጸሓፊና ባዶ ኣይኰነን። ኣብ ምሉእ ዓዲ ኣብ ገዛ መድረኽ ዘሎዎ እንኮ ቤት ኢዩ። ካብ መድረኽ ዝዓቢ እንታይ ኣሎ?" ኢሉ ፈላስፋ ህንዲ ናብ ብጾቱ ክጽንበር ምስ ደለየ ባህታ ኣርክብ ኣቢሉ ብዘረባ ተቐቢሉዎ።

"ካብ መድረኽ ደኣ ህይወት ይዓቢ ግዲ! እንታይ ኢኹም ተርእዩና ዘሎኹም? ኩሉ ንግደት ናብ መድረኽ ጌርኩሞ። ህይወት ሰብ ኣብ ልዕሊ መድረኽ ኣንቢርኩሞ። እምበኣር ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ኣብ መድረኽ ጥራይ ክንጽበዮ ኢና። ብዛዕባ ህይወት'ባ ንሕሰብ! ስነ-ጥበብ ልዕሊ ህይወት ክኸውን ይኽእል ድዩ?" ኢሉ ዘይ ኣመሉ ኩራ ወሲኹ። ፈላስፋ ህንዲ የማነ-ጸጋም ቊሊሕሊሕ ኢሉ ንሕቶ ባህታ ዘዕግብ ምላሽ ዝኣረየ ኣይመሰለን።

"ሕጂ ንዓናይ'ሞ እንዳ ጸሓፊና፡ ደሓር ከኣ ናይ ሕቶኻ ምላሽ ኣብኡ እንተ ጸንሐና እንታይ ይፍለጥ? ኩሉ'ኮ ኣብ መመድረኹ ኢዩ ዝምለሽ!" ኢሉ ክሳዕ ዝስሕቕ ገይሩዎ። ንዓይ እቲ ሕቶ ባህታን ምላሽ ፈላስፋ ህንዲን ኣዝዩ ኣገዲሱኒ። ግዜ ረኺቦም ኣግፊሖም እንተ ዝመያየጡሉ ብዙሕ ፍረ ምሃሎዎ። ንዓይ ግን እኹል ስምዒት ሂቡንስ ንመጽሓፈይ ዝኸውን ሓሳባት'ውን ኣብ መዝገበይ ኣስፈረ።

ገዛይ ከም ኣመሉ ግርማ ሰብ ጠምዩ ጸኒሑና። ጽምኣት ድማጺ ሰብ ረውዩ ኣይፈልጥን ኢዩ። ንሸውሃቱ ዘዕግብ ሰብ ኣይረኸበን። ንመንበር ስራሓት ዕንጸይቲ ዝተሰርሐ መድረኽ ብእግሪ ሰብ ክርገጽ እንከሎ እንታይ ከም ዝስምዖ ብውሽጢ ልበይ ክግምት ፈቲነ። ኣብ ክንዲ ከብሒ ማጫ፡ ኣብ ክንዲ መንበር ጨው፡ ኣብ ክንዲ ጣውላ መኣዛ፡ ኣብ ክንዲ ሰደቓ ላዛ፡ ኣብ ክንዲ ድኳ ሰሓቕ ዘሎዎም ሰባት ክሰፍሩዎ እንከሎዉ ጽምው መድረኽ ገዛይ እንታይ ከፊኡዎ ዘይሕጒስ እናበልኩ ነቲ ኣላይ ዘመዓራርዮ ዝነበረ

መድረኽ ጠሚተዮ።

"ሰብ'ውን ሰብ ናፊቑ ኣሎ፡" ኢሉ ጀሚሩ ትጃር። "መድረኽ ጥራይ ኣይኰነን ጸምዩዎ ዘሎ። ሰብ ሰብ ጸሚኡ ኣሎ እብል። ኣነ ሰብ፡ ሰብ ጠምዩዎ እየ ዝብል። ብዛዕባ ጽርየት ስነ-ጥበብ ወይ ቅንዕና ፍልስፍና ዝቐየመልካ ሰብ ኣሎ ድዩ? ስነ-ጥበብ ወይ ፍልስፍና ዓንዩ ሓንኪሱ ኢሉ ዝዓበደ ሰብ'ዶ ኣብ መገዲ ጨርቁ ደርቢዩ ክዛወር ይርአ'ዩ? ኣብ ማእከል ጕደናታት ከተማታት ንስነ-ጥበብ ሓዝኩ ኢሎምዶ ሰብ ዝጉንጹ መንእሰያት ኣለዉ ኢዮም? ኣላትና ዝበሉዋ ፈንካው ጨርቂ መሕብእ ባዶ መንነቶም ደሪቦም ሽናዕ ረማዕ ዘብል ምኽንያት ዘሎ ዝመስሎም ኣዝማድ ስነ-ጥበብ ኣይኰኑን። ሰብ እንታይ ክረክብ ወይ ክርክብ ይኅዩ`ከም ዘሎ ዝፈልጥ ኣይመስለንን። ስነ-ጥበብ ንሰብ ንዲቓ ኢያ። ደለይቲ ጽርየታ ውሒዶም። ደለይቲ ርስሓታ በዚሖም። ዝተዳረጉዋ መሲሉዎም መዋዓውዒ ኳና ሕፍረቶም ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ክእውጁ ይርኣዩ ኣለዉ። ንሕና ግን፡ ነዞም ሓቂ ከይንርኢ ጋሪዶምና ዘለዉ ኣርባዕተ ጣኦታት ከነናሕስየሎም የብልናን። ፈላስፋ ህንዲ ምርሓና። ነዞም ጣኦታት በብሓደ ዘርዚሮም። ንሕና ድማ ኣብ መድረኽ ክነላህዮም ኢና።"

* * *

ቀዳማይ፡ ካልኣይ፡ ሳልሳይ፡ ራብዓይ፡ ምርኢታትን ግብርታትን ንምቕራብ ዝተገብረ ንጥፈታት ብሕልመይ ድየ ብውነይ ርእየዮ እናበልኩ ክሳዕ ሕጂ እግረም ኣሎኹ። መስርሕ ፈጠራ ስነ-ጥበብ እዚ'ዩ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኰነን። ባዕሉ ኢዩ ዝወረካ። እቶም ኣጋይሽ ከም ልማዶም ኣምስዮም ተሰናቢቶምኒ። ዘይበሉዎን ዘይገበሩዎን ቅያ የለን። ሓቂ ንምርካብ ጨዲሮም፡ ዓንዲሮም፡ ዘሚሮም፡ ወዲሶም፡ ኣእውዮም፡ ረጊሞም፡ ባሪኾም፡ ሰጊዶም፡ ተማህሊሎም፡ ቆዚሞም፡ ሳዕሲያምን ሰኺሮምን። ደሓን ኩኑ ኢለ እቲ ዓቢ ማዕጾ ከግጥም እንከሎኹ፡ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ንሰዓት ክልተ ይቀራረብ ነይሩ ይኸውን። እዋን ሰብ ሓሊፉስ እዋን መናፍስቲ ኣርኪቡ።

ኣብቲ ገረውረው ዝብል ገዛ ንበይነይ ምስ ተረፍኩ፡ ጉራደኦምን ኲናቶምን ሐሒዞም፡ ዝተፈላለዩ ጽምዋታት መልክዖም ቀቀያይሮም፡ ነታ ሓንቲ ዝተረፈትኒ ጸጋ ድቃስ ክምንጥሉኒ ኢሎም ንምሉእ ገዛይ ብዘይ ንሕስያ ወሪሮሞ። ዒግ ዘበሉዎ ዕጣን ግዲ ኣዕለውሊውንስ፡ ማዕጾ ሕቡእ ውነይ፡ ኣፍደጊኡ ጋሕ ኣቢሉ ንፈራሕ ውነይ ብውሕጅ

ሓድሽ ሓቂ ዓብሊሉ ውሒጡዎ። ኩለን ኣብ ገዛይ ድዩ ኣብ ልበይ እትው ውጽእ ዝብላ ዝነበራ ጽቡቓት ብጋህዲ ገዛይ ኣትየን ካብ ሓደ ክፍሊ ናብቲ ሓደ ሽኽርተት ክብላ እንክሎዋ ሰሚዐ። እተን ለይተ-ለይቲ ነቲ ጸራባይ ጥልያን ክበጽሐኦ እንክሎዋ ተጸናጺነ እርእየን ነይረ ኢሉ ሓውቦይ ዝነገረኒ ድማ ማዕጾ ንኽርሕወለን ገዛይ ኳሕኵሐን። ብቛንቋ ጥልያን ኣርሕወልና በጃኻ እናበላ ከምኡ ኢለን ከየቋረጻ ክደርፋ ሓዲረን። ገሊኣተን ግን ማዕጾ ብዕጹዉ ከመይ ገይረን ሶሊኸን ከም ዝኣተዋ ከይርኣኹ ነብሰይ ነጊሩኒ። ደርፈን ከም ድጋም ስለ ዝደጋገም ምህለላ ስርኤል ዝደጋግማ ዘሎዋ መሲሉኒ። ኩሉ ክፍልታት ገዛይ በተን ዝኣተዋ ናይ ቀደም ፈለጥተይ ተታሒዙ። ዝልከየኦ ዝነበራ ጨናታት ንምሉእ ገዛ ኣብ ርእሲ ምዕብላኹ ድምጺ ሽኽርከርን ሰሓቕን ተወሲኹ ረስኒ ገይሩለይ። ዝተፈላለየ ቅርጻን ኣብቲ መተሓላለፊ፡ ኣብ ኣዳራሽ፡ ኣብ መደቀሲ፡ ኣብ ቤት እቶን፡ ኣብ ካልእ ክፍልታት ብሰልፊ ክሓልፋ ተራእዩኒ። ሓይለይ ድየን ድኽመተይ መን ክሕብረኒ ከም ዝኽእል ጠፊኡኒ። ኣብ ውሽጢ ሕልና ሰብ ኣትዩ መግዲ ዝሕብር ስነ-ጥበብ ክህሉ ተመንየ። መጽሓፈይ’ውን ኣጽቂጣ።

ኣብ መድረኽ ገዛይ ኣላይን ሚለናን ተሓቛቖፎም ከዋግዑ እንክሎዉ ኣዛሚትን መሓመድ እድሪስን ሕሹኽሽኽ ይብሃሃሉ። ዓወት ኳላ ካባይ ናብ መሓመድ እድሪስ ከም ትቀራረብ ዘኪረ። በዓል ፈላስፋ ህንዲ ፍቕሪ ኣላይን ሚለናን ከመይ ገይሩ ከም ዝተራኣዮም ገሪሙኒ። ንኣላይን ንመሓመድ እድሪስን ቀኒኣሎም። ስምዒተይ ግን ተቖጻጺረዮ። ምኽንያቱ ኣብ ህይወት ብዙሕ እየ ተመንጢለ። ዘይተሓደግኩዎ የለን። ክንደይ ኢለ ክጸልእ!

ጽምዋ ኢና ወይ ጽምዋኻ ኢና እናበሉ በዓል ሱሌማን፡ ባህታ፡ ትጃር፡ ፈላስፋ ህንዲ ኣትዮም ናብ መድረኽ ክሕንከቡን ክወርዱን ሓንሳብ’ኳ ኣይጸንሑን። ነቶም ኣርባዕተ ጣኦታት ንሕርዲ ከውድቑዎም ኣብ ካሻ ተሰኪሞም ዝመጹ መሲሉ ተሰሚዑኒ።

ትጃር ንመምርሒ መድረኽ ዝኹኖ ጕራዴ ሒዙ ንኣላይ እናፈራርሐ፡ “ቀዳማይ ምርኢት ቀዳማይ ግብሪ እኮ’ዩ! መድረኽ’ባ ቀርብ! ምስዛ ተዋሳኢት እንታይ ትገብር? ንተዋስኦ ኢላ ምስ ኩልና ትመሳሰል ኣላ። ፍቕራ ቀደም ሓዲኻ ውሒጣቶ። ንፍቕሪ ዝኸውን ቦታ የብላን። ሕጂስ ዋላ ንስኻ መሊኽካያ። ከምኡ ገይሩ ንስነ-ጥበብ ዝግዛእ ገጢሙኒ ኣይፈልጥን። እቲ ቀዳማይ ናይ ዓሌት ጣኦት ኢዩ ዝብሃል፡ ዋላ ዘርኢ ጣኦት በሎ። መድረኽ ቀራርብ!

ጣኦት ዓሌት ሰብ ብሓፈሻ፣ ዓሌት ኤርትራውያን ብፍላይ፣ ዓሌት ጎረባብቲና ንኣብነት ኢልካ ቀርቦ። ኣርእስቲ ተዋስኦ ግን እቲ ፈላስፋ ሃገር ምኳኑ ዘክር፣" ኢሉ ኣሰራጥዩዎ።

ኣላይ ተንቀጥቂጡ ዝገብሮ ጨኒቑዎ። ምልክት ናይ ዓሌት ጣኦት ዝኸውን እንታይ ከርኢ ከም ዝኽእል ጠፊኡዎ። ኣብቲ መድረኽ ኲይኑ ዓው ኢሉ እናሓሰበ፣ "ብግዝፉ ዝተጋነነ ናይ ሰብ ሓምሓም ርእሲ ኣብ ድሕሪት ወገን መድረኽ ክስእል እየ። ተመልከትቲ ክይፈተዉ ንዕኡ ክስተውዕሉ ኢዮም። እቲ ሓምሓም ርእሲ ውሽጡ ጥርሑ ምኳኑ ንምርዳእ ካብቲ ኣብ መንበስብስታኡ ዝነኹለ ጉድጓድ ደረቕ ሳዕሪ ክወጽእ እንከሎ ክርአ። እቲ ደረቕ ሳዕሪ እቲ ብዓሌት ወይ ብዘርኢ ወይ ብታሪኽ ወይ ብልማድ ዝተሓላለፍ ድንቁርና ምኳኑ ኢዩ። ማለት ኣብ መንጎ ኣእሙሮ ሰብን ተፈጥሮን ቅኑዕ ርክብ ተፈጢሩ ፍልጠት ከይድንፍዕ ዝገብር። ዓይኑ ጸለምቲ ዒላታት ክምስለን እየ። ካብ ደረቕ ኣፉ ግን ሓንቲ ልምልምቲ ገዛፍ መልሓስ ከም ጭራ ጠበቕ ክትንቀሳቐስ ኢያ። ሰብ ክይሓስብ ብመሪር ዘረባ ከየቋረጸት ትልብልብ ማለት ኢዩ። ከምዞም ንርእዮም ዘሎና፣ ማለት ብዘረባ ዝቖርጹን ዝቐትሉን። እዚ ጣኦት'ዚ ወዲ-ሰብ ንተፈጥሮ መርሚሩ ከይፈልጣ ዝዕንቅፍ ኢዩ። ንተፈጥሮ ተገዚኡ ውሽጣ ክምርምር ንዝርኣዮ ሰብ ከኣ ካብተን ጸለምቲ ኣዒንቱ ዝነዝሐን መርዚ ሰዲዱ የጸልሎ። ተዋሳእቲ ካብ ማእከል መድረኽ ተበጊሶም ናብ ግንባር መድረኽ እናተዛወሩ እተን ዝብሉወን ይበሉ እተን ዝገብሩወን ድማ ይግበሩ በሃላይ እየ።"

"ተዓዊትካ ኣላይ! ተዓዊትካ! በዛ ጕራዴ እዝኒኻ ክቖርጸካ ወሲነ ነይረ። ብሓቂ መልክዕ ጣኦት ዓሌት ገሊጽካዮ። መልሓሱ እናወሳወሰ ወዲ-ሰብ ንተፈጥሮ ኣጽኒዑ ናብ ምንጪ ፍልጠት ከይበጽሕ ኢዩ ዝጽዕር። እቶም ተገዛእቱ ድማ ድንቁርና ነዚሖም ሓቂ ከይፍለጥ ይገብሩ። ብሓቂ ከምኣቶም በዚሖምና ኣሎዉ። ንዘይመርመሩዎ መግለጺ ዝህቡ በዚሖምና። ተፈጥሮ ግን ጽሩይን ክፉትን ኣእሙሮ ሒዙ ንዝተኣዘዛ ኢያ ምስጢራ ቀሊዓ ተርኢ። ተመራመሩ! ኩዓቱ! ኣልሹ! ኣጽንዑ! ኢያ ትብል ተፈጥሮ። እዞም ኣመንቲ ጣኦት ዓሌት ግን ነቲ ናይ ተፈጥሮ ባህሪ ውሽጡ ከይፈለጡ ነቲ ብዑረቶም ዝወሰኑዎ ናይ ዓሻ ድፍረት ምኽንያት ይህቡዎ። ሕጂ ሚለና ተዋስኢ! ንዒ ናብ መድረኽ ተሓንከቢ።"

ሚለና ንጸሓይ ከተርክባ ዝተረፋ የለን። ብርሃን ለቢሳ'ያ ንመድረኽ ኣቲያ። ዘረባኣ ኣብ መንጎ ደርፊን ወግዒን ኲይኑ

ሕልምልም ኣቢሉኒ። ኣብ መንገ ሚለና ገዛን ሚለና መድረኽን ዝርኣኹዎ ፍልልይ፣ ኣብ መንገ ኣድጊ ዘቤትን ኣድጊ በረኻን ዘሎ ፍልልይ ይመስል። ኣላይ ንሚለና ኣይሓቖፋን። ብሞያዊ ተወፋይነት ንዓኣ ዝኸውን መድረኽ ኣብ ምጽብባቕ ተጸሚዱ ነይሩ። ኣላይ ኣብ ጥቓ ሚለና ምስ ርኣኹ ክኢለዮ'ምበር ቅንኢ ሳቕዩኒ። ነቲ ባዶ ሓማሓም ርእሲ ሰብ ክስኣሎ ኢዩ ዝበሎ ቦታ ብቕናት እመት ይለኻኽያሞ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ይጥምቶ።

ሚለና ብደወል ድምጻ ምውሳእ ጀሚራ። ብግብራን ዘረባኣን ንጣኦት-ዓሌት ክትገልጽ ክትፍትን ኢያ ኢሎም ዘማኽሩኒ መሲሉኒ። እምብዛ ረቂቕ ልብሳ ዳርጋ ጥራሓ ዘላ ኣምሲሉዋ። "ኣብ ጫፍ ጎቦታት ኬንኩም ንታሕቲ ዘሎ ባሕሪ እንድሕሪ ተቛሚትኩም፣ ውርድ ኢልኩም ብሓጐስ ጠምቦላሕ ዘይትብሉ? ስለምንታይ ዘይትጠልቀዩ! ዘይትሰምጡ! ዘይትሕወሱዎ? ባሕሪ እናጸዋዓኩም ትም ትብሉ! ኣየናይ ጸድፊ ኣፍሪሕኩም? ናብ ሓቂ ሸው ዘይትብሉ? እቲ ኣብ ውሻጠ ማህጸን ባሕሪ ዘሎ ፍልጠት ሓቂ ድዩ ወይስ እቲ እምነትኩም ኣፍሪሕኩም? ዋላ ርኣና፣ ፈለጥና፣ ቀለም ቀመስና፣ ተመሃርና እንተ በልኩም ገና ፍርሒ ባሕሪ ኣይወጸልኩምን። ኣምለኽቲ ጣኦት-ዓሌት መገዲ ባሕሪ ኣየመልከቱን፣ ጸለእቲ ባሕሪ ኢዮም፣ ከይፈለጡዎ ፈሪሐሞ። ንሳቶም ንተኽእሎ ምርምራዊ እለሻኹም ኣልሚሶሞ ይኾኑ፣" ድሕሪ ምባል ንኣድላዪ ሓበሬታ ናብ ትጃር ቁሊሕ ኢላ።

ትጃር ስጕምቲ ቅድሚ ምውሳዱ ፈላስፋ ህንዲ ናብ መድረኽ ዘሊሉ ደይቡ። ንሚለና ዳርጋ ደፊኡዋ። ማእከል ምስ ሓዘ፣ "እቲ ጣኦት ዓሌት እንተ ዘይተቓጺሉ ደኣ እንታይ ዓይነት ተዋስኦ ክብሃል ኢዩ? ኣብ ቅድሚ ሰብ ኣብ መድረኽ ክባራዕ ኣሎዎ። ዋላ ካብ ተመልከትቲ ክሕግዙ ኣሎዎም። ሓቢሮም ከቃጽሉ ኣሎዎም። ነዚን ወዲ'ዚን እኮ ኢዩ ብዘይ ቃልዓለም ተመልካቲ ዝሳተፈሉ ሓድሽ መድረኻት ኣብ ሃገርና ይተሃነጽ ዝብሃል ዘሎ። መድረኽ እኮ መስዋእቲ ብባርዕ ሓዊ ዝውፈየሉ ቅዱስ ቦታ ኢዩ። ጣኦት ዓሌት ብዙሕ ኢዩ በዲሉና። ካብ ክንደይ ከኣ ኣትሪፉና። ንተፈጥሮ ከም ዘይንምርምር ገይሩና። ክሳዕ ሕጂ ንዘሎና ማዕድናት'ዶ ኣውጺእና ክንጥቀመሉ ክኢልና ኢና? ሓጺን እኳ ዘይነምክኽ! ወይኒ'ኳ ዘይንበልዕ! ጸባ'ኳ ዘይንጸግብ! መዓር'ኳ ዘይንብርብር! ምስ ከባቢና'ኳ ዘይንዕረቕ!" ኢሉ ንኣላይ ኣተኲሩ ጠሚቱዎ።

ኣላይ ብፍርሒን ሕፍረትን ዝብሎን ዝገብሮን ጠፊኡዎ። "እወ፣

እዚ ጣኦት ኢ.ልኩሞ ዘሎኹም ነገር ክቃጸል ኢ.ዩ። እቲ ሓምሓም ርእሲ ሰብ ብወረቐት ኢ.ዩ ክስራሕ። ኣብ ውሽጡ ድማ ዝደረቐ ሳዕሪ ስለ ዘሎ ነቲ ዝፍጠር ባርዕ ክሕግዞ ይኽእል ኢ.ዩ እብል ኣነ - እንተ ዘይተጋግየ። ብሓዊ፡ ብነበልባል፡ ብባርዕ፡ ብሃልሃልታ፡ ብጓህሪ መስዋእቲ ዝዓርገሉ መድረኽ ግን ገና ክስራሕ ኣሎዎ። ሓቒ'ዩ መድረኽስ የብልናን። ብሕልፊ ንተመልከትቲ ዘሳትፍ የብልናን። ገና ኣእሙሮና ብፍርሒ ተዓኺሊሉ ኣሎ። ብናይ ቀደም ገመድ ትምህርቲ ተጠምጢሙ ኣሎ። ብሓድሽ ብርሃን ትምህርቲ እንተ ዘይተበራቢሩ ሓድሽ መድረኽ ኣይምሃዝን ኢ.ዩ።"

ሱሌማን ብምንታይ ዘሊሉ ከም ዝደየበ ኣብ ግንባር መድረኽ ኰይኑ፡ "ባህታ ንዓሞ ደይብ! ኣብዚ ሓኹርና እንተ ሰምዑና እንታይ ይፍለጥ? ሕጂ'ውን ሕቶ ስነ-ኣሙራዊ ፍቕሪን ኩናትን ተዘንጊዑ ኣሎ። እቲ ጣኦት ዓሌት'ኮ ንዓና ጥራይ ኣይኰነን ዝጻወተልና ዘሎ። ጎረባብቲና'ኮ ግዙኣት ጣኦት ዓሌት ኢ.ዮም። ዓለምስ እንታይ'ዶ ተሪፉዋ'ዩ? ኣብዚ ተዋስኦ ግን ዝጻወቱዎ ተራ ኣይነጸረን። ኣብዚ ተዋስኦ ክህሉዉ ኣሎዎም! ዋላ እቶም ብስልጣነ ድዩ ብስልጣን ንዓለም ንውክል ኢ.ና ዝብሉ'ውን ወኪሎም ናብዚ ተዋስኦ ተሳቲፎም ብስነ-ጥበብ ድሕነት ክረኽቡ ይግበኦም፡" ምስ በለ ባህታ ብብርቱዕ ሕርቃን ዝኣክል ዘረባ ኣብዩዎ።

ትጃር ነታ ኣብ ድሕሪት መድረኽ ተሓቢኣ ዝነበረት ሚለና ጸዊዑ፡ "ሚለና! ምርኢት ሓደ፡ ግብሪ ሓደ ወዲእና ናብ ምርኢት ክልተ ግብሪ ሓደ ክንሳገር ኢ.ና። ቀጺልና ንርእዮ ጣኦታት በዓቲ ኢ.ዩ ዝብሃል። ኣብ ውሽጢ ነፍሲ-ወከፍ ኣእሙሮ ተዓኺሊሉ ነቲ መስኮት ፍልጠት ንጹር ብርሃን ከየእቱ ብብላይ ኣጫርቕ ብምግራድ ወዲ-ሰብ ምስ ሓቂ ወይ ምስ ፍልጠት ተፈጥሮ ከይላለ ዝገብር ደመኛ ጸላኢ ኢ.ዩ። ሰፈሩ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢና ኢ.ዩ። ኣብኡ ሰሪጹ ዘይኰነን ዘይተገብረን እናቐረበ ንኣእሙሮ ሰብ የመንምን። ፍራንሲስ ቤከን ነቲ ኣብ ውሽጢና ዘሎ ጸልማት ኢ.ዩ በዓቲ ዝበሎ። ጣኦታት በዓቲ ኢ.ሉ ሰይሙዎም። እንተ ክኢ.ልና ካብ ውሽጢና ከመይ ከም ነጥፍኦ ኣብ መድረኽ ክንመያየጠሉ ኢ.ና። ካብቲ ግብሪ ሓደ ፍልይቲ ሚለና ኢ.ኺ. ክትኰኒ። ሕጂ ምስ ውሽጢ.ኺ. ኢ.ኺ. ክትዛረቢ። ዳርጋ ነታ ኣብ ውሽጢ.ኺ. ተሓቢኣ ዘላ ሚለና ኢ.ኺ. ቀስቂስኪ ከተተስእያ። ኣብ ቀዳማይ ግብሪ ምስ ተመልከትቲ ኢ.ኺ. ተዋሲእኪ፡ ሕጂ ግን ምስ ነብሲ.ኺ. ኢ.ኺ. ክትራኽቢ።"

"እታ ናይ ጥንቲ ሚለና ደኣ ኣበይ ክብላ? ኣብ ልዕሊኣ ክንደይ

ሚለናታት ድየ ጸቒጠ ኣተርኢሰላ ዘሎኹ? ንሳስ ግደፋ ደኣ ቀደም ተቐቢራ ኢያ። ንዓኣ ፍሓርያ ስለ ዝበለኒ እኮ እየ ነቲ ዘፍቅሮ ጸሓፊ ገዲፈዮ ዘሎኹ። ንሳ እንተ ትህሉ ኣላይ ስኽ ኢሉ ክሓቑፈኒ ኣይምኸኣለን። እወ ኣላይ ፈታው ነብሱ! ክንፈረይ ኩሉ ኣይምሰዓሞን። እሞ ከኣ ንጸሓፊ ዝበቐቅኩሉ ክንፈር!" እናበለት ኣብ ማእከል መድረኽ ተንበርኪኻ፡ "ግደፈኒ ትጃር! እናፈለጥካ ኣይትበድለኒ! ንጣኦታት በዓቲ ደኣ ካባይ ንላዕሊ መን ክዋስኦ ኢልካዮ? ኣብ ውሽጠይ ዘሎ በዓቲ ክሕግዘኒ ኢዩ፡" ኢላ ንትጃር ሓቝፉቶ።

ትጃር መራሕ ተዋስኦ ምዃኑ ረሲዑዎ። ሚለና ክትእዝዝ ጀሚራ። ኣላይ ቀልጢፉ መድረኽ ንኽተዓራሪ እናገንሐት ኣዚዛቶ። ነቶም ደጀን መድረኽ ጎቦታት መምስ በዓቶም ስኢሉ ከም ዝመልኦም ነጊራቶ። ንሱ'ውን ትእዛዝ ፈጺሙ። ንትጃር ምስ ተመልከትቲ ኮፍ ንኽብል ኣዚዛ ምሉእ መድረኽ ንበይና ብሒታቶ።

"ኣብ ጎቦታት ዘሎ በዓትታት ኣይተቓመቱ። ካብኡ ዝዓቢ ጸልማት ድንቁርና ኣብ ወውሽጥና ኣሎ። ካብ ሓንካስ ትምህርቲ፡ ካብ ግጉይ ኣተዓባብያ፡ ካብ ዘይቅኑዕ ኣረዳድኣ፡ ካብ ድኹም ስነ-ጥበብ፡ ወዘተ. ኢዩ ኣብ ሓሳብናን ኣርኣእያናን ተላሒጉኑ ተሪፉ። ሓቂ ንምርኣይ ዝኸልኣኩም፡ ምስ ተፈጥሮ ዘየቃድወኩም፡ ብርእሲኹም ከም ትተኣማመኑ ዘይገብረኩም ንሱ ኢዩ። እምበር'ኮ ኣጽኒዕኩም፡ መርሚርኩም ምምሃዝኩም ኤርኩም። ስነ-ጥበብኩም ንሰብ ሓሊፎም ምስ ፈጠርቲ መዛረቡኹም፡" ኢላ ባዕላ ብዝወሰነቶ ዓወት ክብሪ ተሰሚዑዋ።

ባህታ ናብ መድረኽ ዘሊሉ ደይቡ። ንሚለና ደፊኡ ማእከል ሒዙ። "ሕጂ'ውን እቲ ጌጋ ደጊምኩሞ። ጣኦታት በዓቲ ኣባና ጥራሕ ዘይኰነ ኣብ ጎረባብቲና ይኹን ኣብ ምሉእ ዓለም ዘሎዉ ውልቀ-ሰባት ኣብ ውሽጦም ኲይኑ ሓቂ ንኸይርእዩ ይዕንቅፎም ኣሎ። ነቶም ጣኦታት ብምንታይ ኣውጺእና ንቐትሎም ዝብል ሕቶ ክምለስ ኣሎዎ። ምኽንያቱ ነቲ ኣብ ውሽጢ ተሰቝሩ ዘሎ ጸልማት ንኽነጥፍእ ኢልና ሰብን ሃገርን ከይንውድእ ስለ ዝፈራሕኩ ጥንቃቐ ንግበር ክብል ደልየ እየ። ኣብዚ ናይ ሕጂ ምርኢት ባርዕ ወይ ሃልሃልታ ካብ ዝብሃል ኣላይ ናብ ካልእ ምህዞታት እንተ ዝቋመት እብል። ንኣብነት፡ ገሊኦም ናይ ፖለቲካ መካየድቲ ኤርትራ ኣብ ህቡብ ዝኾነ ቀራና መገዲ ዓለም ትርከብ መሬት ምዃና እምበር ህይወትን ሕልሚን ዘሎዎም ሰባት ዝነብሩላ ሃገር

ገይሮም ዝግምቱ ኣይመስሉን። ጣኦታት ዓይኒ ኣእሙሮኦም ስለ ዘዕወሩዎም ፈውሲ ራኢ ኢና ክንምህዝ ዘሎና። ብስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ጥራይ ዝብዳህ ኣይኰነን። ጣዕሚ ፍቕሪ ዝዝክሩሉ ብልሓት ክፍተን ኣሎዎ።”

ኣዛሚት ኣብቲ ናይ ገዛይ መድረኽ ግርማ ዕድመን መጎስን ለቢሳ ተራእያትኒ። ባህታ ምስ ወረደላ ምስ መሓመድ እድሪስ ኰይና ማእከላይ ቦታ መድረኽ ሒዛ። ከም ቅንኢ ዝመስል ስምዒት ቅንጥው ኣቢሉኒ። ንዘይምልሶ፡ ብጽምዋ ንዝተበልዐ ነብሰይ፡ ኣብ ፍቕሪ ቅንዕና ክህሉ ይኽእል እንተ ኰይኑ ሓቲተዮ። ኣጽኒዓቶ ዝጸንሐት ጽሑፍ ትደግም ዘላ እናመሰለት ኣዛሚት፡ “ናይ ካልኦት ጣኦታት ኣመጻጽኣን ኣጠፋፍኣን ብዙሕ ኣይፈልጥን። ጣኦታት በዓቲ ግና ብደረጃ መጽናዕቲ እየ ዝፈልጦም። ኣብ ውሽጢና ሰፊሮም ዘይርኣዩ እናርኣዩ ንተፈጥሮ ኣፍቂርና፡ ልባ መርሚርና ከይንፈልጣ፡ ዝገብሩ ክፉኣት ዓይነት ጣኦታት ኢዮም። ውሽጢ-ውሽጢና እናበልዑ የመንምኑና። ዘይጽላእ የጽልኡና፡ ዘይፍራሕ የፍርሑና፡ ዘይጥርጠር የጠርጥሩና፡ ዘይከብድ ድማ የኽብዱልና። ንሶም እንተ ዘይጨባብጡና ኣየ ክንደይ ምፈጠርና! ክንደይ ምመሃዝና ይመስለኩም። ሰኣን ምህዞን ፈጠራን ኣይምደኸናን። ሰብና፡ መሬትና፡ ባሕሪናን ሰማያትናን ቀደውቲና ምኾኑ። እዚ ኩሉ ሕማም ካብ ባዶ ክሳዕ ሽዱስተ ዓመት ዘሎ ግዜ ተጠቒሞም ንቀለምቀመሳትና ብምስራይ ጣኦታት በዓቲ ኣጥቂያምና። ንርእዮ ከም ዘሎና ምስ ዓበና ንገብሮ ትምህርቲ ይኹን ተመክሮ ዝመልሶም ኣይመስልን። ከምዚ ንገሊኡ ሕማማት ቌልዑ ክታበት ዝግበረሉ፡ ንጣኦታት በዓቲ እውን ብውዕዩ እንክሎ መድሃኒት ክርከበሉ ኣሎዎ። ቀደም’ውን ቆርበት ብርሑሱ ቌልዓ ብንኡሱ ተባሂሉ ነይሩ። ብግዜ ህጻንነቶም ዝተጎድኡ ኰይኖም ደኣ እምበር ትምህርቲ ዝቐመሱ’ሞ ኣይምወሓዱን! ግን’ከ ካብ ብርሃን ምህዞ ጸልማት ጕዕዞ ይብሉ ከይሓፈሩ፡” ኢላ መሓመድ እድሪስ ንኽዛረብ ተጸቢያቶ።

“ሓቅታት ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ ክኣሪ ነቒሉ። ካብቲ ዝኣከብኩዎ ንእሽቶ መንጢሎም ናብ ቤት-ማሕተም’ኳ እንተ ኣእተዉዎ ግና ዘይተጨበጠ ኣብ ኢደይ ተሪፉ ኣሎ። ዕድመ ንፈላስፋ ህንዲን ትጃርን፡ ሓቒ ንምእራይ ምስ ዘጸገሙኒ ጣኦታት ምልላየይ ዓቢ ዕድል ኢዩ። እቶም ጣኦታት ንኻልኦት እምበር ንዓይ ዘርክቡለይ ኣይመሰለንን። ኩልና ከምኡ ኢና ንኸውን፡ ማለት መመልከቲቶ

ኣጻብዕቲና ናብ ካልኦት ኢና ነቕንዕ። ኣብ ውሽጢና ንዘሎ ኣይነርክበሉን። ሕጂ ግን ተረዲኡኒ። ኩሉ ከም ብሓድሽ ክኽልሶ እየ። እቶም ሓቂ እናረገጹ ዘትዕቡኒ'ውን ግዳያት ዝተፈላለዩ ጣኦታት ምዃኖም ተረዲኡኒ። ኣዛሚት ከም ዝበለቶ ብህጻነይ ንሳቶም ድማ ብዘበን ህጻንነቶም መፍረዪ ጣኦታት በዓቲ፡ ዓሌት፡ ወዘተ. ኬንና እንተ ነበርናስ እንታይ ይፍለጥ? ኩልና ነነብስና'ዶ ነድሕን ኢልኩምና ኢኹም? ዘይ ኩልና ተሰሪና ዘሎና!" ኢሉ እናሰሓቐ ካብ መድረኽ ዘሊሉ ወረደ።

መድረኽ ምድያብ፡ ምሕንካብ፡ ምሕኳር፡ ወይስ ምስቃል ይሓይሽ ኢሉ ትጃር ዝሓተተኒ ዘኪረ። ገሊኦም ከም ዑፍ ይነፍሩ፡ ገሊኦም ድማ ብምርኩስ ተደጊፎም ይድይቡ'ሞ ኣብ ኣወራርዳ ድማ ኣየርእየና ማዕረ ጻሕ ኢሎም ይኽብለሉ። እንታይ ደሊና ናብ መድረኽ ከም ንሓኩር ይገርመኒ። "ንሓንሳእስ ከንቱነትና ኢዩ ናብ መድረኽ ዘሐንክበና። ኣብ ብዙሕ ዓይነት ስራሕ ከም ንዕዘቦ ገሊኦም ናብቲ በሪኽ መድረኽ ስራሕ ኲነ ፍልጠት ወይ ስልጣን ወይ ሞያ ወዘተ. ብምሕኳር ዘይክእሉዎ እጃም ንምቕባልን ዘይመለኹዎ ቍርሶ ንምቕራብን ዘይሓፍሩ ይርኣዩ ኢዮም። ስነ-ጥበብን ፍልስፍናን ግን ከምቲ ካልእ ዓይነት ስራሕ ኣይኰነን፣ ቀልጢፉ ኢዩ ዝኽሽሕ። ጸሓይ ሓቂ ከም በዓል ሚለና ምስ ኣንገሰት ነቲ መድረኽ ከጸልሞ ዝኽእል ሓይሊ የሎን። ብዓይኒ ህዝቢ ዝተለለየ ጽባቐ መን ክምንጥሎ ይኽእል? ኣብቲ ካልእ ዓይነት ጻዕርታት ግን ተባዕ መራሒ ይኹን በሊሕ በዓል ሞያ እናርኣኻ ኣይርኣኻን ኢሎም ዓይኒ ከዕውሩ ዝተቐረቡ ናይ ውሽጢን ግዳምን ሓይልታት ብዙሕ ንምድንጋር ዕድል ይረኽቡ። ሕሉፍ ሓሊፎም ንዘይፈልጡዎ ኩነታት ባህሊ፡ ቁጠባ፡ ምሕደራን ፖለቲካን ከም ድላዮም ከም ጽቡቕ ወይ ከም ሕማቕ ቀያይሮም ዘይመልክዑ ክህቡዎ ክጽዕሩ እንከሎዉ ይርኣዩ። እዚኣቶም ከም ጽንጽያ የቕሕሩ እምበር ኣይቀትሉን፡" ክብል ሰሚዐዮ ፈላስፋ ህንዲ።

ኣብ መድረኽ ሰብ ኣይተራእየን። ኩሉ ኣብ ታሕቲ ኰይኑ ንዝመጽእ ምርኢትን ግብሪን ይጽበ። ጽምዋኻ ኢና ዝበሉኒ ተዋስኦ ከም ዝደርስ ገይሮምኒ። እዚ ነጥብታት ጽሑፍ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ክጽረብ ኢዩ። ተራን ዕቅንን ምርኢታትን ግብርታትን ከም ብሓድሽ ክሰርዖ እኽእል እየ። ህይወት ዘሎዎ ተዋስኦ ምእንቲ ክሽውን ባህሪ ተዋስኦ ከልብሶ እየ። ዘረባን ሓተታን ብወረጦ

ለቚመ ከድርብዮ ኣሎኒ።

“ሳልሳይ ምርኢትን ሳልሳይ ግብሪን ዝዝተየሉ ግዜ ኣኺሉ፡” ኢሉ ትጃር ካብቲ ኩርሲ ተመልከትቲ እናተንሰአ። ንዓይ ጥምት ኣቢሉ “ጸሓፊና! ዓቢ ጸሓፊና’ዶ ክንብለካ? ክጽሕፍ ኢዩ ኢልና እኮ ኢና ብእምነት ጸሓፊና ንብለካ። ነዛ መጽሓፍካ ኩልና ኢና ንጽበያ። ሕጂስ ቀሪባ ትኸውን እምበር። መሓመድ እድሪስ ከም ዝብሎ ስነ-ጥበበኛታት ኢዮም ሓቂ ከውጽኡ ዝኽእሉ። ቤከን እንተኾነ’ውን ክእለት ስነ-ጥበቡ ካብ ብቕዓት ፍልስፍናኡ ኣይንእስን ነይሩ። ማዕረ ሽክስፒር ዝጸሓፎ ንሱ ኢዩ ገይሩዎ ተባሂሉ ተጠርጢሩ ነይሩ። ቀጺሎም ዝቐርቡ ጣኦታት ዕዳጋ ኢሉ ቤከን ዝሰየሞም ኢዮም። ከም ናይ ሃገርና ስነ-ጥበበኛ ንናይ ዓድና መድረኽ ዝኸውን እስኪ ፍጠር። ንመድረኽና እንታይ ኣርኢ ምበልካዮ? ክሳዕ ሕጂ ናይ መን ኣዘራርባ ተፈትዩካ?”

ዘረባ ቀልጢፉ ኣይመጸንን። ጣኦታት ዕዳጋ ግን ኩሉ ግዜ ዝገጥሙና ስለ ዝኾኑ ግልጽ ውዒለ ግልጽ ምሓደርኩዎም። ሳልሳይ ምርኢትን ግብሪን ንምህብታም ኢለ ንትጃር፡ “ባዕለይ ዝደረስኩዎ ተዋስኦ ዋላ ይኹን ደኣ’ምበር ዘረባ ኣዛሚት ኣሐጒሱኒ። ፍልጠታ ኣብ ውሽጣ ዝሰረጸ ኢዩ። ሓዚላቶ ትኸይድ ሓበሬታታት የብላን። ኩሉ መንነታ ኢዩ። ዘይኮነ መንነት ንምንዳቕ ኢላ ተልዕሎ እምነ-ተምሳል የለን። ብዙሓት ግን ዘየድልዮም ደንጎላ ቃላት ኣኻኺቦም፡ መደራግሕ ድንቁርና፡ ኣብ መንበስበስታ ንጹሃን የውርዱ። ዝሕዙዎ ሞያ ከይኣኽሎም ካልእ ዝፈልጡ ንኽምስሉ ዘይገብሩዎ ዕንቅፋት የሎን። ብዘይፈልጡዎም ቃላት ኣኣሙሮ ሰባት ከናውጹ እንከሎዉ እዕዘብ’ሞ ንሓንሳብስ እስሕቕ። እንታይ ደኣ ክገብር? እቶም ብዘይፈልጡዎ ቃላት ሃኒኖም ዝዕነዱ ድማ በዚሖም። እቶም ውሽጡ ዘይፈልጡዎ ቆፎ ቃላት ኮራሕራሕ እናበሉ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት፡ መራኽቢ-ብዙሃን፡ ፊልምታት፡ ኣብ ሸቓጣት ዘጽምሙና ዘሎዉ ካብዞም ኣስማት ትካላቶም ብዘይፈልጡዎ ናይ ባዕዲ ስም ዝጽውዑ ዝፈሊ የብሎምን። እቶም ዘውጽኡዎም ቃላት ዝፈልጡ ግን ልሉያት ኢዮም። ኣብ ገጠራት፡ ኣብ ባይቶ ስድራ-ቤታት ምስ ህሉው ማሕበረ-ሰባዊ ሓቆም ኣሎዉ፡” ኢለዮ።

ትጃር ናይ ቀደም ርእሰ-ተኣማንነቱ ተመሊሱሉ። ባሩድ-ባሩድ እናጨነወ፡ “ካብዘን ለይቲ እዋን መናፍስቲ ገዛ ወሪርክን ዘሎኽን ሸውዓተ ናብ መድረኽ ደይባ፡” ኢሉ ኣዚዙ።

እታ በዓልቲ ነዋሕቲ መሓውር ልክዕ ከም ቀደማ እናሰሓቐት ኣብ መድረኽ ተራእያ። እታ ኹራ ዝመልክዓ፡ እታ ወጋሕ ትበል ለይቲ፡ እታ መልክዐይ ዘውደይ፡ እታ ምጩውቲ ፍሽኽታ፡ እታ መልክዐይ ብቕዓተይ፡ እታ ዓይነይ መስትያተይ ንመድረኽ መሊኣንኣ። ትጃር ከም ዘይተሓጐሰ ግን ነብሰይ ነጊሩኒ።

ከም ፍርሒይ ትጃር እናጨደረ፡ "ኣላይ! እንታይ'ዩ ጉድካ? ነዚ መድረኽ'ባ ቁሊሕ በሎ። እንተ ኲይኑልናስ ጣኣታት ዕዳጋ እኮ ኢና ክነርኢ። ዋላ ሓደ ዓብላሊ ስእሊ ወይ ቅርጺ ከም ኣድማስ መድረኽ እንዶ ገትር፡" ኢሉ ትእዛዙ ኣስሚዑዎ።

ኣላይ ክፈርሕ እንከሎ ኣደንጊጹኒ። ሚለና ወሰደለይ ኢለ ተቐይመሉ ዝነበርኩ ካብ ልበይ ሃሲሱስ ናብ ድንጋጸ ተቐይሩ። ሚለና'ውን ናብዘን ሰልፊ ጽቡቓት ተጽንቢራስ ሕብራ ንናይ ካልኦት ሕብርታት ክመሳሰል ክብል ናይ ገዛእ ርእሱ ቃና ኣረኪቡ ብሕብረት ክደርፍ ጀሚሩ። ውህደት ሕብሪን ድምጺን ንመንነት ውልቀ-ሰብ ውሒጡ። ጾር ስምዒት ሚለናን ኣዛሚትን ኣብ መድረኽ ኣራጊፊዮ። ኣላይ ዕዳጋ ስኢሉ። ብዓባይ ሃልሃልታ ጸሓይ ዝተወልዐ ዕዳጋ ገቲሩ ኣብ መንደቕ ዓለባ ጀዲድ ኣንጸባሪቑዎ። ኣብቲ ስእሊ ሸየጥቲ ኣብ ቀቅድሚኦም ካብ ዝተዘርግሑ ሰደቓታት ቃላት ይሸጡ። ይሸጡ። ናይ ውሩያት ፈላስፋታት፡ ስነ-ፍልጠታውያን፡ ጸሓፍቲ፡ መራሕቲ፡ ወዘተ. ቃላትን ሓሳባትን ኣምራትን ንመሸጣ ቀሪቡ። ናይ ብዙሕ ዓድታት ቃላትን ኣስማት ውሩያት ሰባትን ብዝተፈላለዩ ፊደላትን ነገራትን ተተሰኒያም ንዕድጊ ቀሪቦም። ሰባት ክመናጠሉ እንከሎዉ እቶም ሸየጥቲ ኪርኪር እናበሉ ይስሕቁ። ገጽ ገዛእቲ፡ ነቲ ጥውጥዋይ ገጽ ሸየጥቲ፡ ብምርኣይ ናይ ስንባደን ናይ ምጥርጣርን መልክዕ የንጸባርቕ። ገሊኦም ሸየጥቲ ንዓደግቲ ዘፈራርሕ ናይ ቅትለት መሳርሒታት ሒዞም ቃላቶም ክሸጡ ክርኣዩ እንከሎዉ ካልኦት ነጋዶ ድማ ንዝዓደጉ ሞቕሽሽ ክህቡ ይርኣዩ። ካብተን ጽቡቓት ሓንቲ መስተውዓሊት እናሰሓቐት፡ "ገሊኦምስ ገንዘበይ ምለሰለይ ዝብሉ ዘሎዉ ይመስሉ። ህዝበይ'ኮ ዘይትፈልጠ ገገዚኣ ምብካይ ለሚዳ! መዓርግ ትምህርቲ፡ ሽመት ስልጣን፡ ሃብቲ ናብራ ዝዓደገት ዝመሰላ ምስ ሽመተት ክትጠራጠርን ክትፈርሕን እንከላ ተስሕቐና ኣላ፡" ኢላ። ኣላይ ግን መስሓኽ ስለ ዘይፈልጥ ስቕ ኢሉ።

ፈላስፋ ህንዲ ኣብ ቤት እቶን ግዲ ጸኒሑስ ዝተጠብሰ ዕፉን ሒዙ ናብ ጥቓ መድረኽ በጺሑ። "ትጃር ብጽባቐ መድረኽ ኣይትታለል።

ኣላይ ብሓቂ ጽቡቕ ኣምጺኡዎ ኣሎ። ኣነ ዝገርመኒ ንሚለና ዘይምፍታዉ ኢዩ። ሚለና ጽብቕቲ እንድያ፡ እንታይ ይጎድላ? እምበር'ዶ ምሉእ ስብእና ኣሎዎ?“ ክብል እንከሎ በቲ ጕሉሕ ድምጻ ሚለና፡ “እንታይ ኣእተወካ ብዛዕባ ዘይትፈልጦ ትዛረብ? ዘምጽኣካ ዘይትገብር፡” ኢላ ገኒሓቶ።

ፈላስፋ ህንዲ ግን ኣይዓጀቦን። ደረጃ ፍቕሮም ኵነ ጽልኦም ኣብ ዘይፈልጠሉ ሃዋህው ስለ ዝነብር፡ “ይቕረ በሉለይ። ክርደኣኒ ኣይክኣለን። ክልተኹም ጽቡቓት ስለ ዝዀንኩም ዘራኽበኩም ዘሎኹ መሲሉኒ፡” ምስ በለ ኣላይን ሚለናን ብሕሱም ጣዕሳ ተሸቚሪሮም ኣብ ፊቱ ብምንብርካኽ ንእግሩ ሰጊዶም ስዒሞሞ።

“እንታይ ክትብል ኢኻ ደሊኻ ኔርካ ፈላስፋ ሃገር?” ኢሉ ትጃር ከዘኻኽሮ ፈቲኑ።

“እወ! እወ! ሕጂ ተዘኪሩኒ” ኢሉ ጀሚሩ ፈላስፋ ህንዲ። “ጣኦታት ዕዳጋ ኣብ ቃላት ጥራሕ ኣይኰኑን ዝዓልቡ። ንኣብነት ኣብ ኣከዳድና እንተ ርኢና መልክዑ እምበር ትርጕሙ ዘይንፈልጦ ንለብስ ኢና። እቶም ጣኦታት ዕዳጋ ዘይደርፍና ከድርፉና፡ ዘይጉዳይና ከሻቕሉና ላሕ ኢዮም ዝብሉ። በዞም ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሖም ዝሸየጡ ቃላት ሓቂ ክንረክብ ኢልና ክንሓስብ የብልናን። ምኽንያቱ፡ ንሕና ምስ ተፈጥሮ ዓይኒ ዓይና እናጠመትና ብምሽራኽ ውሽጣ መርሚርና ክይንፈልጣ እቶም ትርጕሞም ተመጽዩ ዝተደርበዩ ቃላት ኣብ ኣእሙሮና ሰሪጾም ኣይ ንላዕሊ ኣይ ንታሕቲ የብሉና።”

ሱሌማን ዘሊሉ ናብ መድረኽ ኣትዩ። ሕጂ'ውን ቁጥዐኡ ክሓብእ ኣይከኣለን። “እንታይ ኢኹም ናብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ትውስኑዎ? ዓለም ምሉእ ረሲዕና ክንነብር ንኽእል ኣይመስለንን። እስኪ እዘን ጽቡቓትና ተኸዲንንኦ ዘሎዋ ኣልባሳት ንተዓዘብ። ካብ ግዳማዊ ቀጸላኡ ጀሚርካ ክሳዕ ምስቲ ህያው ቆርበት ዝራኽብ ውሻጣዊ ቀጸላኡ ኣብ ሃገር ተማሂዙ ዝተሰርሐ ኣይመስለንን። እቲ ንህያው ቆርበተን መኣዛ ዝህብ ቅብኣታት እውን ኣብዚ ኣይተፈጥረን። ስለዚ፡ ፈቲና ጸሊእና ንጣኦታት ዕዳጋ ኣብ ሃገርና ጥራሕ ክንሓጽሮም የብልናን። ምስ ስነ-ኣሙራዊ ኵናት ዘይተሓሓዘሉ ምኽንያት ኣይርኣየንን። ትርጕም ዘይብሎም ቃላትን ሓረጋትን እንድዮም ከም ውርጪ ዝዘንቡና ዘሎዉ። ብውሕጅ ቃላት እንድዮም ክጽርግፉና ዝምነዩ። ኩሉ ምስ ስነ-ኣእሙራዊ ግርጭታት ነተሓሕዞ በሃላይ እየ፡” ኢሉ ናይ ልቡ ከም ዘውጽአ ንምግላጽ ናባይ ገጹ መጺኡ።

ድኻም ኣብ ገጹ ተሳኢሉ'ኳ እንተ ነበረ ብዘረባኡ ከም ዝተደዓዓሰ ገጢመዮ። "ርኢኻ! ጉዳያት ኩናት ስነ-ኣእሙሮ ብስነ-ጥበብ ከም ዝሳለጥ ተረዲኡና። ግንከ ነዚ ዓቢ ብድሆ ክገጥም ዝኽእል ስነ-ጥበባዊ ክእለት ዘሎ ኣይመስለንን። ስነ-ጥበብና ንምምዕባል ዓበይቲ ፈላስፋታትን ክኢላታትን ከድልዩና ኢዮም። ብንእሽቶ ተልመዴን ክንደየናይ ታተ ከይብል፡" ኢሉኒ ናብ ኮፍ መበሊኡ ከይዱ።

እተን ጽቡቓት ነቲ መድረኽ ዝፈተውኦ መሲለናኒ። ኣብ ማእከል ክበን ካብ ዝተነበረ ዓቢ ሳንዱቕ ከከፈተን ሓድሽ ክዳውንቲ እናመሸታ ይፍትና'ሞ ቀቀሊጢፈን ይድርብየኦ። እቲ ክዳውንቲ እውን ተመሺቱ ዝውዳእ ኣይመስልን። ደሓር ከኣ ነቲ ዘዝቐየርኦ ክዳውንቲ ነንሕድሕዱ እናቛጸራ ነዊሕ ገመድ ይሰርሓ። ጽንሕ ኢለን ደርፊ ኣውጺአን ገሊአን ይስዕስዓ ገሊአን ድማ ዝልዝል ይጻወታ። ንኣዛሚትን ንሚለናን ጸዊዐን፡ "ኣዋልደየ ኪዳ ዕበዳ፡ ኣብ ላዕላይ ሰማይ'ዶ ኣሎ ሜዳ። ንዕነ ምሳና እተዋ ጓይላ፡ ንዕነ ምሳና ተጻወታ። ንኹልና'ኮ ሓደ ጸሓፊ ኢዩ ፈጢሩና። ንስኻትክንስ ዘይፍጥረቱ ኢኽን። ንኹልና ኣብ መጽሓፉ ኢዩ ዘእትወና። ዋላ ነታ ዝፈትዋ ሃገር ኣብ መጽሓፉ ኢዩ ዘንብራ። ኣብ መጽሓፉ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸውን ቦታ ኣሎዎ። መጽሓፉ ብሕልሚ ህዝቢ ተጠርኒቓ ኣላ። ግን ኣብታ ባህጉ ኢሉ ዝሰመያ ዘይትዓግብ ህርፍቲ መጽሓፉ ገና ገፊሕ ቦታ ኣሎ። እዚ ኩሉ ዝሃበና ፍቕሪ ኣብ መጽሓፉ ሰፊሩ ኣሎ። ሎሚ ሞሳ ክንመልስ ኢና መጺእና። ጽምዋኡ ኬንና ኢና ተኸሲትና። ርኣዩዎ'ሞ ገጹ ከደንግጽ! በኸዩ ዘይፈልጥ ሎሚ በኸዩ። እቲ ንብዓቱ መፈጸምታ መጽሓፉ እንተኾነ እንታይ ይፍለጥ?" ኢለን ዘሚረን ድየን ወይስ ኣኣውየን ወይ'ውን ጨሪሐን መልእኽቲ ኣምሓላሊፈን።

ከም ዝተጸበኹዎ ባህታ ካብ ዝነበሮ ኵርናዕ ናብ መድረኽ ተሓንኪቡ። ኣብ ዓዲ ፈረንሳይ ኣብ መንጎ ምድያብ፡ ምስቃል፡ ምሕኳር፡ ምሕንካብ ዘሎ ምምስሳልን ምፍልላይን ኣጽንዕ ኣሎኹ ትብል ናይ ስነ-ቋንቋ ተመራማሪት ኤርትራዊት ኣላ ይብሉኒ። ክሳዕ ሕጂ ኣብ ብዙሕ ናይ ዓለም መድረኻት ክፋል መጽናዕታ ኣቕሪባ ኣላ። ምስ በዓል ምድያብ ወይ ምሕኳር ይኸይድ ኢዩ ትብሎ ሓደ "ምዕባል ወይ ምምዕባል" ዝብል ግሲ ክትውስኽ ከም እትደሊ ኣብ ሓደ ጽሑፋ ገሊጻ ነይራ። ናብ መድረኽ ዓቢሉ ወይ ማዕቢሉ ዝብል ግሲ ግን ክሳዕ ሕጂ ብብዙሓት ተቐባልነት ኣይረኸበን። ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ እናበለት ክሳዕ እዚ እዋን ተጽንዕ ከም ዘላ

ዝፈልጡዋ ሓቢሮምኒ። እዚ ጻዕሪ ናይ ቋንቋ ተመራማሪት ምስዞም ራብዓይ ጉጅለ ጣኦታት የቀራርበና ይኸውን'ዩ።

ባህታ ኣብ ምርኢት ኣርባዕተ፡ ግብሪ ኣርባዕተ ምፍጣር ዓቢ ተራ ክጻወት ወሲኑ ከም ዝቐረበ ዝርኣየ ይምስክር። እዚ ምርኢትን ግብሪን ብዛዕባ ጣኦታት ተዋስኦ ወይ ትያትሮ ምዃኑ ትጃር ንኹልና ሓቢሩ ነይሩ። ቤከን ከም ዝብሎ፡ ናብዞም ጣኦታት ተዋስኦ ዘምልኹ ሰባት ምስ ሓድሽ ዝተኸስተ ፍልጠት ክዛመዱ ኣይክእሉን ኢዮም።

ባህታ ኣብ መድረኽ ኲይኑ፡ "ይቕረ በሉለይ ቀዲመኩም። ብዘበን ሻማ-ሻማ ነብስኻ ኣይተሕስማ እንድዩ ዝብሃል። ኣነ ድማ ባዕለይ እንድሕሪ ዘይጀሚረ እቲ ዝብሃል ንኻልእ ውራይኩም ከም ተውዕሉዎ ተሞኪረሉ ኣሎኹ። ኩሉ ኣብ ጉዳያት ውሽጢ ሃገር ኢኹም ትሓጽሩዎ ዘሎኹም። ጒዳይ ሃገርና ክነህብትም ብኽንደይ ቃልሲ ኢና ካብ ጸቢብ ናብ ገፊሕ ኣሰጋጊርና ንቃለስ ዘሎና። እዞም ጣኦታት እዚኣቶም ንዓይ ግሉጻት ኢዮም። ኣብ መድረኽ ስነ-ኣእሙራዊ ግርጭታት ወሳኒ ተራ ኢዮም ዝጻወቱ። ሓደ ማሰኞ ዝበሉዎ እንተ ደገምኩ ምኣኸለ፤

መሪሕነት እንተ በልካ ናቱ እምበረ፡

ፍልጠት እንተ በልካ ናቱ እምበረ፡

ኣይ ፈላስፉ እንድዩ ሊቅ ዘበለ፡

ኣይ በሊሕ እንድዩ ጭው ዝበለ፡

ኣይ ረቒቕ እንድዩ ስውር ዝበለ፡

ብዘይካኡ ዓለም ናበይ ከብለ፡

ድሕሪኡ ህይወት እንታይ ከብለ፡

ካልእ ዝለበሰ ካባና ይፈለ፡

ሓድሽ ዝርኣየ ካባና ይፈለ፡

ሓድሽ ዝሓለመ ካባና ይፈለ፡

ሓድሽ ዝተመነየ ካባና ይፈለ፣

ሓድሽ ዝሓሰበ'ሞ ብሞት ይፈላለ።

ሓደ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ብልሓት ሰብ ንስኻ ዝበልካዮ እምበር ሓድሽ ኣተሓሳስባ ከይህሉዎ ምግባር ኢዩ። ሰብ ናትካ ግዙእ ኲይኑ ናትካ ፍልስፍና፡ እምነት፡ ቅዲ፡ ወዘተ. ከም ዝኽተል

ምግባር ኢዩ። እዞም ዓይነት ጣኦታት እዚኣቶም ህዝቢ ከባቢኡ ባዕሉ መርሚሩ ክይፈልጥ ወይ ንዕኡ ዝኸውን ምሂዙ ክይፈጥር ሓይሊ ክይተረፈ ይጥቀሙ'ዮም። ኣብ ውሽጢ ዓዲኻ እውን ንገሊኦም ክፋል ህዝቢኻ ናይ ዓዱም ዘበለ ከም ዘይፍተዎም ዘግብር ሜላታት ኣሎዎም ይብሃል። ንኣብነት፡ ናይ ዓዲና መራኸቢ-ብዙሃን ግልጽ ኢልናዮ ኣይንፈልጥን ዝብሉ ኣብ ገሊኡ ይገጥሙና ይኾኑ። ንሓንሳእ እውን ኣስማት ደሴታትን ሓውሲ ድሴታትን ክዝርዝሩ ዘይክሉ ሰባት ኣብ ናይ ሞያን ናይ ሓላፍነትን ቦታ ይርከቡ ኢዮም። እዞም ጣኦታት ተዋስኦ ብሓቂ ሓደጋ ከውድቑ ይኽእሉ ኢዮም፡" ኢሉ ብዙሕ'ኳ እንተ ዘይዓገበ ቁሩብ ቅልል ኢሉዎ ናብ ስፍራኡ ተመሊሱ።

ዘይትሓሰበ ባህታ ኣብ ኵርሲ ኰይኑ ጨዲሩ። ዝኣክል ኣቓልቦ ሰብ ስሒበ ምስ በለ ካብ መንበሩ ሓፍ ኢሉ ብምትንሳእ ንየማንን ጸጋምን ቁሊሕሊሕ ኣብዚሑ። ኣቓልቦ ሰብ ሓዝኩ ምስ በለ ግን ካብ ጎርፋዕፋዕ ዝብል ጥቕላል ወረቓቕቲ እናንበበ፡ "ምስዞም ጣኦታት ተዋስኦ ክጥቀስ ዘሎዎ ዓቢ ነገር ኣሎ። መንእሰያት ከም መርኣያ ናይ ሕጂን መጻኢን ዕላማ ዘደንቑዎ ኣያ ወይ ሳንዳ ስኢኖም ዝጭነቑ ዘሎዉ ይመስለኒ። መን ኢዩ ምልክት መርኣያ ሕልሞም ክብሃል ዝክኣል? እቶም ኣርኣያታት ንኽኾኑ ትጽቢት ዝተገብረሎም ክፍሊ ሕብረተሰብ መብዛሕትኦም ብውራይ ዕለታዊ ናብራ ምስ ተዋሕጡስ ነቶም ክኾኑ ዝኽእሉ ከዊሎሞም ክይኰኑ እፈርሕ። እቶም መንእሰያት ምስ ተሸገሩ ዘይ ኣያታቶምን ዘይ ሳንዳታቶምን ከምልኹ ይጅምሩ። ስነ-ጥበበኛታት ቀልጢፎም ፈጢሮም ብርሃን ጽባቐ እንተ ዘይሂቦሞም ግድን ንዘይፈልጡዎም ከምልኹ ኢዮም። መን ኢለ ደኣ ኣይዝክሮን እምበር፡ 'ስራሕ ስነ-ጥበብ እኮ ንመንእሰያት ኣብነትን ሓበንን ዝኾኑ ኣያታትን ሳንዳታትን፡ ኣደታትን ኣቦታትን፡ ኣዝማድን ደቂ-ዓዲን ምፍጣር ኢዩ' ዝበለ ኤርትራዊ ጸሓፋይ ከም ዘሎስ እፈልጥ እየ። ሕሉፍ ሓሊፉዎ 'ስነ-ጥበበኛታት ንህዝቢ ትእምርቲ ኣምልኾ ዝኾኑ ዓንድታት ኣምራት ክምህዙ ኣሎዎም' ኢሉ ጽሒፉ ኢዩ። እቶም ስነ-ጥበበኛታት ግን ባዕሎም ክፈጥሩዎም ወይ ካብቲ ሕብረተሰብ ፈልፊሎም ድዮም ከለልዩዎም ወይ መምዮም ኢዮም ክገልጹዎም? ነቶም መራሕቲ ስነ-ፍልጠትን ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን'ከ ኣብቲ ዱር ኣሎና በሃልቲ ምስሉያት ሃሰውሰው ኢሎም ይረኽብዎም'ዶ ይኾኑ? በየናይ ተዘክሮ መልእኽቲ ተስፋኦም፡ ጻውዒት ፍቕሮም፡ ክታበት ልቦናኦም፡ ኪዳን እምነቶም፡ ናቓ ላዛኦም ኢዮምከ ከለልዩዎም?"

ትጃር ርእሱ እናነቕነቐ፡ "ሓደ ተዛሪብካ ናብቲ ሓደ ደኣ ኰይኑ'ምበር ዓቢ ቁምነገር ኢኻ ኣልዒልካ ባህታ። እቲ ተመልካቲ ተዋስኦ ይኹን ፊልም ኣሰር መን ክረግጽ፡ ንመን ክመስል፡ ንመን ክኸተል ከም ዝብል ስለ ዝፈለጥኩ እኮ እየ ተዋስኦታተይ መስትያት ሕብረተሰብ ኢዩ ዝብል። እንተኾነ ግን ኣነ ኣብ ከባቢ ንዝጸንሓኒ ቁሩብ ኣርኒበ'የ ዘቕርብ። እቶም ምልክት ዕብየት፡ ተስፋ፡ ሓጐስ፡ ጽባቐ፡ ሓቂ፡ ማህዚ ወዘተ. ክኾኑ ዝኽእሉ እንተ ዘይጎኒፎምኒ ደኣ ካበይ ክወልዶም? ነየኖት ጸሓፍቲ፡ ስነ-ጥበበኛታት፡ መማህራን ወዘተ. ክትስዕቡ ትደልዩ ኢለ ካብ ምሕታት'ኳ ዓዲ ኣይወዓልኩን። ንእከለ ንበዓል እከለ ኢና ነምልኽ ኢሎም ዝቐረቡኒ ግን ኣይዝክርን።"

"ከምቲ ንባዕሉ ኣምላኽ ካብ ከምኡ ኣማልኽቲ ሓዊ ሰሪቑ ንወዲ-ሰብ ዝሃበ ፕሮመቱስ እንድሕሪ ኴንካ'ዩ ሰብ ዝፈትወካ ኢዮም ዝብሉ ሊቃውንቲ። ምኽንያቱ፡ ሓዊ ምልክት ሓይሊ ለውጢ ኢዩ። ወዲ-ሰብ ቅድሚ ሓዊን ድሕሪ ሓዊን ሓደ ኣይኰነን። እቲ ሕብረተሰብ ሓይሊ ጥበብ፡ ሓይሊ ፍቕሪ፡ ሓይሊ ትብዓት፡ ሓይሊ ጽባቐን ሓይሊ ሓቂን ንዝሃበ ኢዩ ዝፈቱ። ንኸምኣቶም ዓይነት ሰባት ኢዩ ዝስዕብ። ንዓና እንዶ ምሰሉ ኢልካ ዝኸውን ኣይኰነን። ከም ምልክት ዕብየት ወይ ጽባቐ ወይ ሓቂ እንዶ ጠምቱና ኢልካ ኣይከውንን ኢዩ። ባዕሎም ኢዮም እከለ ምልክትና'ዩ! እገሊት ምልክትና ኢያ! ክብሉ ዘሎዎም፡" ኢሉ ፈላስፋ ህንዲ ንኣላይ ብምግራም እናተዓዘበ።

ኣላይ ብዘይ ትእዛዝ ትጃር መድረኽ ክፈጥር ተራእዩ። ንመጀመርያ ግዜ ዘሎዎ ማህዛዊ ክእለት ብዘይ ፍርሒ ከም ዝተጠቕመ ኩልና ኣስተውዒልና። መንበረ ስነ-ጥበብ እየ ዝቕይስ ዝበሎስ ብሓቂ ኣመስኪሩዎ። ሕጂ ተዋሳእቲ ምስ መራሒኹም ተላሃዩ። ሳዕስዑ ተቓጻጸዩ። እቲ ትብሉዎ ድማ በሉ ዝብል ዘሎ መሲሉ። ሓደ ናይ ኣዝዩ ግናይ ፍጡር ሓወልቲ ንማእከል ስእሊ ከም ዝቆጻጸር ገይሩ ኣቐሚሙዎ። ኣብ ሕበጥ እግሩ ተምበርኪኾም ሞባእ ንዘውድቑ ምእመናን መንጫዕጫዕታ ሽንቱ ከፍስሰሎም ይርአ። ንሳቶም ግን ብፍርሓዊ ዓቕሊ ተለዊሶም ከምልኹ እንከሎዉ ተመልካታይ ከም ዘስተውዕል ገይሩ። በቲ ቀቢጸ ተስፋ ዝወረሮ ገጾም ንጣኦቶም ክልምኑ እንከሎዉ ሓዘን የውርደልካ። እቶም ተማሕጸንቲ ዝትዓንዘዙ ይመስሉ። ኣብ ናብራ ዓለም ሓደ ፍልስፍና ጥራሕ ከም ዘሎ ዝኣመኑ ወይ ከም ዝኣምኑ ኰይኖም ዝተጨውዩ ይመስሉ። ሓድሽ ዓለም፡ ሓድሽ መዝሙር፡ ሓድሽ ህይወት ዝምነ ወይልኡ

ዝብል ጽሑፍ ኣብቲ መንበሪ ሓወልቲ ተወቒሩ ይርአ። ነዞም ኣብ ሃገሮም እንክሎዉ ኣማዕድዮም ንዝጥምቱዎም ናይ ባዕዲ ጣኦታት ከምልኹ ንርእዮም ዘሎና ኣዘኻኺሩኒ። ሓያል ጥራሕ ኢዩ ዝደርፍ፡ ሓያል ይስዕስዕ፡ ሓያል ጥራሕ ይኣምን፡ ሓያል ይፈላሰፍ፡ ሓያል ከኣ ይምህዝ እናበሉ ክልምኑ እንክሎዉ ተመልካቲ ብዓሂ ጣዕ ከም ዝብል ኣይተጠራጠርኩን።

ተዋስኦ ዘስርሕ እኹል ትሕዝቶ ከም ዝተኣከበ ተረዲኡኒ። ኣብ ምጽብባቕ ድማ ሰብ ኣይሰኣንን ኢለ ተኣማሚነ። ነተን ከም ጽምዋይ ኰይነን ኣትየን መድረኽ ዘማዕርጋ ዘሎዋ ጽቡቓት ከም እጃመን ተቐቢለን ዝዋስኣሉ ተራ ንምልላይ ነብሰይ ኣጨኒቐ። ከም ተዋሳእቲ ድየ ከቕርበን ወይ ከም ዓጀብቲ እናበልኩ ከመዛዝን ፈቲነ። ጽምዋይ እንድየን ናቋ ፍትወተይ፡ ድኽመተይ እንደኣለን ሕፍረተይ፡ ሕሉፈይ እኮ'የን ዕሽነት ቈልዕነተይ፡ ሕጂ'ውን እኮ ቁስሊ ስእነተይ ኢየን፡ ምልኣት ድላያተይ ኣይኰናን፣ ወይ ብቕዓት ፍቕረይ ኣይበሃላን። ናፍቖት እንደኣለን ቃንዛ ቀደመይ፡ ሕጂ'ዶ ከይምለስ ጣዕሚ መቐረተን! ኣነ ግና ንቕድሚት ምስ እትወስደኒ በሃጊት መጽሓፍ ተቐሪነ ብዛዕባ ጣኦታት እሓስብ። ኣርባዕተኦም ጣኦታት ዝልሃይሉ ታሪኽ መድረኽ ድማ ቀሪበ። ዝተረፈ ትጃር ይምርሓዮ፡ ፈላስፋ ህንዲ የጻርዮ፡ ኣላይ ይህነጸ፡ ሚለና ትግለጾ፡ መሓመድ እድሪስ ይተርኮ፡ ኣዛሚት ተዕብዮ፡ ሱሌማንን ባህታን ድማ ንዓለም የቃልሑዎ።

ፈላስፋ ህንዲ ንበይኑ ናብ መድረኽ ክድይብ እንከሎ ነፍሰይ ከም ገለ ገይሩኒ። ናይዞም ኣፍቀርቲ ሰባት ድኻም ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ዝገበሩዎ ዘይኰነስ ገና ዘይገበሩዎ ኢዩ ድኻሞም። ሓደ ነገር ምስ ፈጸሙ ኣሽሓት ክፍጽሙ ዝግበኦም ነገራት ይርኣዩዎም። ድኻም ፈላስፋ ህንዲ ሕልፊ ሓልዮት ምኳኑ ኩልና ገጢምናዮ። ብዕቱብ ስጉምቲ እናሃብተመ ዝጉዓዝ ዘሎ ተዋስኦ ናብ ጥርዙ ንምቕራብ፡ ፈላስፋ ህንዲ ኣብ ማእከል ዕዳጋ ተኾርምዩ ኣብ ከፈር ኣትማን ክጓሲ እንከሎ ተራእዩኒ። ብዘረባኡ እናተኣዘዙ እቶም ኣትማን በብተራ ቁመቶም ካብቲ ከፈር የልዕሉ። ንሱ ድማ ነቲ ዝተላዕለ ተመን ሽም የውጽኣሉ'ሞ ዛንታኡ ንሓለፍቲ መገዲ ይነግረሉ። እዚ ተመን ዓሌት ወዲ-ሰብ፡ እዚ ተመን በዓቲ፡ እዚ ተመን ዕዳጋ፡ እዚ ተመን ተዋስኦ እናበለ የላልዮም። ዓው ኢሉ፡ “ተመን ከም ምልክት እምበር ክፉእ እንስሳ ከይመስለኩም። ምልክት ህይወት ኢዩ። ሕጂ ግን ከም መምሃሪ ጣኦታት ይጥቀመሉ ኣሎኹ።”

ፈላስፋ ህንዲ ቁሩብ ኣዕሪፉ፡ “እዚ ተዋስኦ ምእንቲ ክዛዘም ጣኦታት ካብቲ ተሰቒሎሞ ዘሎዉ ሰገነት ክዕሎዉ ኣሎዎም። ዝወደዩዎ ዘውዲ፡ ዝተሓንገጡዎ ሽመት፡ ዝጨበጡዎ ዓወት፡ ዝወነኑዎ ስልጣን፡ ዝገሓጡዎ ሃብቲ፡ ዝወደቡዎ ትካል፡ ዘሰለፉዎም ሰዓብቲ ተመንጢሎም ክዓንዉ ኣሎዎም። ድሕሪ ሕጂ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ተፈጥሮን ሰሊኹ ዝፈላልየና ሓይሊ ኣይክህሉን ኢዩ። ንሕና ብወገንና ቀደም ተባህለ ኢሎምና ኢልና ካብ ምእማን ብሕግታት ተፈጥሮ ተገዚእና ንፍልጠት ብምርምር እንድሕሪ ፍሒርና ክንረኽባ ጽዒርና፡ ህዋሳትና ተፈትዩዎም ወይ ተጸሊኡዎም ኢልና ብዝመስለናን ብዝስምዓናን እንተ ዘይተመሪሕና፡ ከምዞም ንኣሽቱ ቈልዑት ድርባይ ታኒካ ኢሎም ተፈንጃሪ ቀጥቂጦም ዝህሰዩ፡ ንሕና ድማ ኣብ ፈቐዶኡ ዝተበተኑ ትርጒም ዘይብሎም ቃላት ኣሪና ኣራሪና ብዘይ ኣፍልጦ ካብ ምጥቃም እንድሕሪ ተቘጢብና፡ ከምኡ ድማ፡ ግዜ ዝሓለፎም ፈላጣት ይኹኑ ተመካሕቲ ስልጣን ካብ ምፍራሕ ናጻ ወጺእና፡ እሞ ድማ ዓይንና ከፊትና ንቒሑዕ ዝመርሕ ፍልስፍና ክንክተል እንተ ክኢልና፣ ኩሉም ጣኦታት ጠፊኦም እብል ኣነስ። በዓል ትጃር ዝብሉዎ ድማ ንስማዕ፡” ኢሉ ወሪዱ።

ትጃር ፍሽኽ እናበለ መድረኽ ሓዘ።

“እቲ ፍልልይ ኣብዚ ኢዩ። ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ፡ ተዋስኦ ድማ ብፍላይ፡ ንፍልስፍና ፈታፊቱ ኣብ ካልእ መሶብ ኢዩ ዘቕርቦ። ተዋስኦ ንፍልስፍና ብቕዲ ወግዓዊ ወይ ዘረባዊ ርክባት ናብ ድምጺ፡ ምንቅስቓሳት፡ ሕብሪ፡ ቦታን ግዜን ኢዩ ዝቕይሮ። ነዚኦም ኣወሃሂዱን ሰሪዑን ድማ ንዓይኒን እዝኒን ሰብ ብዝማርኽ ጥበብ የቕርብ። ተዋስኦ ብቕዲ ወግዒ ኢዩ ዝቕርብ። ዛንታ ፊልም ግን ወይ ከም ወግዒ (ስክሪፕት) ወይ ከኣ ካብ መበቆሊ ዛንታ ናብ ወግዒ ይቕየር። ትሕዝቶን ቅርጺን ወግዒ ብዙሕ ኢዩ ዝሓቁፍ። እንተ ወሓደ ዘረባን ኣዘራርባን፡ ርክብን ርሕቀትን፡ ብሂልን ኣበሃህላን፡ ብርሃንን ጸልማትን፡ ቋንቋዊ ወይ ምልክታዊ ምንቅስቓስ መሓውራትን ኣካልን፡ ዘረባ ገጽ፡ ኣሰማምዓን ኣመላልሳን፡ ደረጃን ዓቐንን ናይ ሕፍሰት፡ ቅጥነት፡ ልዕለት ትሕተት ድምጺ፣ ኣተሓሕዛን ኣጨባብጣን ነገር የጠቓልል።”

ሚለና ከም ተመሃሪት ሓታቲት ኰይና። “እቲ ቃላት ኢሎም ንተዋሳእቲ ከኹልሱዎም ኢሎም ዝደረሱዎ ወግዒ ድዩ ዘረባ ጎሮሮ ሰብ ይዓብስ ኣሎ። ተዋሳእቲ ዝውሓጥ ኣረፍተ-ነገራት

ኣየቕርቡልናን ዘሎዉ ኢዮም ዝብሉ። ኣነ'ኳ ዕድለኛ እየ። ኣብ ሲነማታት ክዋስኡ ፈቲኖም ዘሎዉ መሓዙትና ከም ዝነግሩና እንተ ኰይኑ 'ዝጠምበወ ቋንጣ ዘረባ ሓይኹ' ንብሃል ኣሎና እናበሉ የንጸርጽሩ ኣሎዉ። እቲ ውሩይ ኤርትራዊ ክኢላ ለበዋ ሓቂ ስነ-ጥበብ ናይ ቃላት ምንቅስቓስ ዓጊቱ፡ ሕብሮም ኣህሲሱ፡ ግዜኦም ደምሲሱ፡ ቦታኦም ኣጥፊኡ ናብ ለፍለፍቲ ዕንጸይቲ ቀይሩዎም እንድዩ ዝበለ። ወግዒ ኢሉ ዝቐርብ ዘሎ ዝርዝር ባዶ ቃላት ኣፍ ምስ ተኸፈተ ንኣየር ዝብተን ድምጺ ጥራሕ ኢዩ ሒዙ ዝጸንሕ ዘሎ። ካልእ ዝሓቑፎ መንፈስ ዛንታ የብሉን። ከምቲ ባዕልኻ ተምህረና ዝነበርካ እንተ ኰይኑሞ ወግዒ ስምዒታት እውን ክሕዝ ይኽእል እንዶ'ይኰነን! በዓል ትዕቢት፡ ትፍናን፡ ምጸት፡ ባጫ፡ ሽምጠጣ፡ ወዘተ. ደኣ ካበይ ክመጹ? እቲ ገላጽ ሓቂ ስነ-ጥበብ፡ እዞም ክእለት ዘይብሎም ተዋሳእቲ፡ ቃላት ክቐርሙ እምበር ብትውስእና ገይሮም ዘመሓላልፉዎ ተወሳኺ ሓበሬታታት የለን ኢሉ። ንስኻኸ እንታይ ትብለና?"

ትጃር ከም ዝተሓጐሰን ዝሰግአን መሲሉ።

"ደረቕ ቃላት ቆርጥሙ፡ እስርሳር ኣረፍተ-ነገራት ፍሒስኩም በትኑ፡ ከም ታኒካ ጎዱፍ ከረውረው ኢሎም ዝተጨፋለቑ ሓረጋት ኣቃልሑ ዝብሉ ደረስቲ ተዋስኦታት ከም ዘሎዉ ህዝቢ ፈሊጡ ኣሎ። እቶም ተዋሳእቲ ድማ ዘይከውን ኰይንዎም'ምበር ናብ መድረኽ ገጾም ኣይምቐረቡን። ሕጂ ዘሎ ወግዒ ፊልም ወይ ተዋስኦ ንጸሓፍቱን ኣማሓደርቱን ዘገምት ኢዩ። ተዋሳእቲ ከይተንቀሳቐሱ ከም ዕንጸይቲ ድርቕ ኢሎም ከም ዝተርፉ ዝገብር ወግዒ ፊልም ይኹን ተዋስኦ ይበዝሕ ኣሎ። ነቲ ዝቐርብ ወግዕታት ከኣ ህይወት ክፈጥሩሉ ዝኽእሉ ተዋሳእቲ ወይ መራሕቲ የሎዉን። ኣውያት ህዝቢ ዓሪጉ። መን ጸግዒ ኰይኑ የላግጽ? መን ይምህር? እቶም ኣብቲ ሞያ ብግርህነት ጦምቦላሕ ዝበሉ ገርህኛታት ካብ ተናዋጺ ማዕበል ስነ-ጥበብ የድሕኖም ዲና ክንብል ወይስ ረድኤት ከውርደልና ክንጽሊ? ነዚ ባዶ ሜዳ ይጻወቱሉ፡ ንስነ-ጥበብ ሃገር ይዓምጹ፡ ንሕልሚ ህዝቢ ይርገጹ፡ ንባህጊ መንእሰይ ይዓንቅፉ፡ ንምዕባለ ድማ ደው የብሉ ዝተባህለ ይመስል። ኣነ ዕድል እንተ ዝረክብ ግን ነበልበላዊት ሴፍ ፍልጠት፡ ብበርቂ ብርሃና፡ ንጣኡት ጸልማት ክትመታትሮ እንክላ ዘርኢ ድርሰት መቕረብኩ። ሰኣላይ ወይ ቀራጻይ እንተ ዘኽውን'ሞ ካልእ ገዲፈ ህይወተይ ንነበልበላዊት ሴፍ ፍልጠት፡ ብበርቂ ብርሃና፡ ንጣኡት ጸልማት ክትመታትሮ

እንከላ ዘርኢ ስእሊ ወይ ቅርጺ ንምፍጣር መወፈኹዎ።"

ፈላስፋ ህንዲ ኣዝዩ ዝደኸመ መሲሉ። "ትጃር ሓወይ! ቀልጥፍ! እቲ ኣነ ዝበልኩዎ ቁንጥር ኣቢልካ ናብ ወግዒ ተዋስኦ ቀይሮ'ሞ ከመይ ከም ዝመስል ርኢና ክንድቅስ።"

"ሓቂኻ ፈላስፋ ሃገረይ! ቀሊል ኢዩ። ኣብ ቀዳማይ ምርኢት፡ ማለት ጣኦታት ዓሌት ወይ ዘርኢ ኣብ መድረኽ ንምንጽብራቕ፡ ሓደ ሰብ ኣብ መድረኽ ነቕርብ'ሞ ብንቡር ቋንቋ ተዛረብ ወይ ኣውግዕ ንብሎ። ንኣብነት ኣዛሚት እንድሕሪ ኰይና፡ ከምቲ ኣብ ኣምሀርዮም ዝተገብረ፡ ነቲ ናይ ቀደም ኣምሃህራ ደርቢያ ሓድሽ ቅዲ ክተእቱ እንከላ 'ግደፉኒ! ክንደይ ግዜ ጊላ ናይ ቀደም ኰይነ ክግዛእ? ግደፉኒ ክመራመር! ግደፉኒ ምስ ተፈጥሮ ክመክር!' ወዘተ. እንተ ኢላ ካብ ጣኦት ዓሌት ተገላጊላ ማለት ኢዩ። ጣኦት በዓቲ ናይ ኩልና ሕማም ስለ ዝኾነ ቀሊል ኢዩ። ንኣብነት ኣላይ ክዛረብ ምኺኑ ምስ ገሚትና፡ ማለት ኣላይ እንተ ተዛሪቡ ማለት ኢዩ፡ 'ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ጸልማት ኣብ ግዳም ዘሎ ብርሃን ንኸይርኢ ይኀተኒ ኣሎ። ድሕሪ ሕጂ ፈትየዮ፡ ጸሊአዮ ወይ ተሰሚዑኒ ኢለ ኣይውስንን እየ' ብምባል ጥራሕ ንጣኦት በዓቲ ገሊጹ ወዲኡ ክንብል ንኽእል። ጣኦት ዕዳጋ'ውን ንምግላጹ ዘጸግም ኣይመስለንን። ነዘን ጽቡቓት ኣብ መድረኽ ከም ዝኾላ ጌርካ ቋንቋኡ ብዘይ ርድኣን ክደርፋ፡ ትርጕሙ ብዘይ ፈልጠኦ ሳዕስዒት ክንቀሳቐሳ፡ መዓርጉ ዘይፈልጥኦ ኣልባሳት ክቕያይራ፡ መንነቶም ዘይፈልጥኦም ኣስማት ውሩያት ሰባት ክረቑሓ እንከሎዋ፡ ምስ ሕጕስ ትልሂት ብርሃን መድረኽ እንድሕሪ ኣሰኒናዮ ጣኦት ዕዳጋ ተጨፍሊቑ ማለት ኢዩ። ንጣኦት ተዋስኦ ንምንጽብራቕ ኣብ መድረኽ ሓያሎ ዝተፈላለዩ ሰባት ዓዶምን ባህሎምን ንዘይተፈልጠ፡ ሒዞሞ ዘሎዉ ነገራት ዘይተለለየ፡ ዝብሉዎን ዝገብሩዎ ዘይቀደወ እንከሎ ገሊኦም ደቂ ዓዲ ክሰግዱሎም እንከሎዉ ምርኣይ ጥራሕ ዝኣክል ይመስለኒ። ካብዚ ንላዕሊ ይገልጽ ዝብል ሓሳብ እንተልዩ ድማ ማህዛዊ ሓሳባት ኣይምተሳእነን። ማለት እቶም ቅርጾም ዘይነጸረ ሓወልትታት ባዕዳዊ ክብርታትን ሓይልታትን ብኣፎም ብጭኾ ኢሉ ዝፍኖ ተምላስ፡ ዒሕ ኢሎም ክኸዕዉዎ ዘይቅዱዉ ጨናታት፡ ከም ርሃጽ ዘንጠብጥቡዎ ናይ ከርሲ ጕሓፋት፡ ክፉት ኣፎም ዘቃልሖ ድምጽታት፡ መልሓሶም ዝዘሩዎ ናይ ዕብዳን ቃላትን ሓረጋትን፡ ኣእዳዎም እናወሳወሱ ዘመልክቱዎ ኣጻድፋት፡ ኣካላቶም እናዓጻጸፉ ዝገብሩዎ ነውርታት፡ ወዘተ. ጽቡቕ መሲሉዎም ከምልኹዎ፡ ክእክቡዎ፡ ክዕቅቡዎ፡

ክሰምዑዎ፡ ክምገቡዎ፡ ክቐብኡዎ፡ ክለብሱዎ፡ ክጽንዑዎ፡ ክደግሙዎ፡ ክደርፉዎ፡ ክግዝኡዎ፡ ክኣምኑዎን ምርኣይ ይክኣል ኢዩ። ጉጅለ በዓል ኣላይ ድማ ነቲ መድረኽ ኣሎ ብዝተባህለ ዘመናዊ ናይ ርክብ መሳለጥያታት፡ ጽሑፋት፡ ኣሳእል፡ ደርፍታት፡ ጭርሖታት፡ ሓረጋት፡ ቅርጺ ሰባት፡ ቀመማት፡ መኣዛታትን ሳዕስዒታትን ወዘተ. ገይሮም መድረኽ ከሙቑ ይኽእሉ፡” ኢሉ ትጃር ጣቕዒት ዝጽበ ዘሎ ተዋሳኣይ መሲሉ።

መሓመድ እድሪስ ናይ ልቡ ኣጣቒዑ። ከም ቀደሙ ምሳይ ወግዒ ኣድልዩዎስ ንዓይ ፈልዩ እናጠመተ፡ “ስማዕ’ሞ ጸሓፊና! ኣብ መንጎ ስነ-ፍልጠትን ስነ-ጥበብን ባእሲ ድዩ ዘሎ ፍቕሪ? ጸሓፍቲ ታሪኽ ካብ ፈጠራዊ ደረስቲ ብምንታይ ይፍለዩ? ፍልስፍናን ተዋስኦን ክደጋገፍ ርኢና ኣሎና። ምስ ተመራመርቲ ታሪኽ ግን ሕብረት ኣይርኣናን።”

“ክንደይ ግዜ እኮ ተኻቲዕናሉ ኢና። ቤከን ከም ዝብሎ ጉዳይ ስነ-ፍልጠት ንኽሰልጥ ብሕጊ ተፈጥሮ ምግዛእ የድሊ። ተገዚእካ ኢኻ ንተፈጥሮ ተሰንፉ ወይ ናትካ ትገብራን ናታ’ውን ትኸውንን። ጉዳይ ስነ-ጥበብ ግን ኣእሙሮ ካብ ግዝኣት ተፈጥሮ ናጻ ወጺኡ ናብ ዓለሙ ከምልጥን ኣብኡ ኰይኑ ንተፈጥሮ ኣሰኒፉ ከም ድላይ ልቡ ክሰርሓ ክኽእል እንከሎን ኢዩ። ጉዳይ ስነ-ጥበብ ካብ ግዝኣት ተፈጥሮ ናጻ የውጽእ። ብናተይ ኣረኣእያ፡ ንዓለም ካብ በሰራ፡ ዕግርግራን ጸልማታን ኣናጊፍካ፡ መልክዓ ኣርኒብካ ምቕራብ ይመስለኒ፡” ኢለዮ።

* * *

ድቃስ መጺኡኒ። ድኻም’ውን ክስምዓኒ ጀሚሩስ ተሓጕሰ። ጽምዋታተይ ደሃዮም ኣጥፊኦም ናብ ረቒቕ ኣየር ተቐይሮም። ሕብሮምን ቅርጾምን ካብ ዝኸረይ እናተበለለን እናሃፈፈን ተሰዊሩ። ገዛይ ጭው ኢሉ ባሕትዩ። ኣብቲ ዝገፍሐኒ ገዛን ዓራትን ረማዕ በል መጺኡኒ። ውሽጣዊ ውነይ ቀይዲ በቲኹ ምስ ተፈነወ መንፈሰይ ኣዕሪጉ ናብ ዘርሓወለይ በሪ ጽባቐን ሓቂን ኣትየ፡ ካብ ዝርኣኹዎ ሓውሲ ሕልሚን ሓውሲ ውነን ዝኾነ ዓለም ንሸውሃት መጽሓፈይ ዘዕግብ ሃብቲ ስነ-ጥበብ ሓፊሰ ኢለ ቀሲነ። ኣካላተይ ሩፍታ ረኺቡ።

ደቂሰ። ዝተገልበጥኩ’ኳ ኣይመስለንን።

ጩራታት ጸሓይ ሰናጢቐም ነቲ መደቀሲ ክፍለይ ብርሃን

ክዕድሉዎ ምስ በሉ ተበራቢረ። ህዝቢ ኣስመራ ምስ ኣማልኽቶም ከዋግዑ እንከሎዉ ከይሰማዕኩ ተንሲአ። ነብሰይ ንኸደዓዕስ ብመዓልቲስ ወግዖም ይቕጽሉ እንድዮም ኢለ ሓቦ ገይረ። እዝኒ ምጽላው ጥራሕ ኢዩ ዘድሊ። ወይ ከኣ ኣተኩርካ ምጥማት። ግዜ ዝጠቕሱ ጻውዒት ኣላህ ወይ ደወል ኣሎዉ። “ኣምላኽ ይመስገን፣ ይኽበር፣” ክብሃሃሉ እንከሎዉ ድማ ምስማዕ ኣበይ ከይተርፈኒ። ሕጂስ ኣማልኽቲ ክምልሱሎም እንከሎዉ ገለ'ኳ ይርድኣኒ ኢለ ተስፋ ገይረ። ነዚ ዘመድ ኣማልኽቲ ዝኾነ ህዝቢ ሰላም ተመንየሉ። ንዓና፣ ንጎረባብቲና፣ ንዓለም ካብዞም ኣርባዕተ ጣኦታት ይሰውረና ኢለ ነቲ ብለይቲ ክሰርሖ ዝሓደርኩ ተዋስኦ ዘኪረ። ገና ካብ ዝኸረይ ከይሃፈፈ እንከሎ ክጸሓፍ ከም ዘሎዎ ኣሚነስ ድሮ'ኳ ምስ ኮምፕዩተር ክዋሳእ ጀሚረ።

-21-

መጽሓፈይ ንስሓ ውድቀተይ ኢያ።

ልዕሊ ክልተ ሲሶ ዝኸውን ጽምኣት መጽሓፈይ ስለ ዝረወየ፡ ምስቲ ዝተረፈ ትሕቲ ሓደ ሲሶ ዝግመት፡ ጸዋግ ዓቐበት ክጠማመትን ክፋጠጥን ጀሚረ። ፍርሒ'ኳ ካብ ዝገድፈኒ ሓያለ ኰይኑ። እቲ ዝነበረ ፍርሒ ናብ ሓውሲ ስክፋት ተቐይሩለይ። መጽሓፈይ ኣብ ፍርሒ ብዝጠለቐ ብርዒ ጌርካ ገጻይ ክትውቅጥ ወይ ክትኩሕል ከይትፍትን ኢያ ትብለኒ። ነቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ በሰላ ይኹን ብሮት ወይ ውቃጦ ከተነድረለይ ወይ ከተዝሕለለይ ኣይትፈትን። መጽሓፈይ ወግሐ ጸብሐ ምልክት ሓቅታተይ ስለ ዝኾኑ ብሓሶት ኣይትደምስሰለይ ትብለኒ። ብሩህ ራኢየይ፡ ብርስሓት ፍርሒኻ፡ ከይተጸልምተለይ ተጠንቀቕ በሃሊት ኢያ። ከምዞም ብስም ስነ-ጥበብ ንሓቂ ከጥፍኡ ላሕ ክብሉ ንርእዮም ዘሎና ኣይትኹን ማለታ ኢያ ትኸውን።

ኣብዚ ናይ ድሕሪ ኲናት እዋናት ናይ ህድማ ኣንፈት ዘሎወን ስራሓት ፊልምታት ኣብ ዋዒ ድሩትነት ፈጠርተን ተሰኺቲተን ግዲ ጸኒሐንስ መዕለቢ ስኢነን፡ ብዘይ ግርማን ፍቕሪን ክሃፋ ይርኣያ ኣሎዋ። ኣብ ቅብኣ'ውን ትርጉሞም ዘይነጸረ ምልክታት ናብ ዓይኒ ሰብ ክውርወሩ ዘይተራእዩ ኣይኰኑን። ካልኦት ስነ-ጥበባዊ ስርሒታት እውን ንጽምኢ ፍልስፍናን ማህዚን ዘርዊ ሃብቲ ረኺቦም ዘብል ፍረ ኣበርኪቶም ንምባል ኣየድፍርን። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎዉ ኤርትራውያን ጥቕልል ዝበለ ግርማ ክብደት ዘሎዎ ምህርቲ ስነ-ጥበብ ኣየወፈዩን ክብሃል ይክኣል። ሓይሊ ሰብ ቅንጥብጣብ ሓበሬታታት ኣብ ምዝርጋሕን ኣብ ምእካብን ሃሊኹ። "ካብ ፍንጭልጫል መልክዕ ዓለም ሓደ ዝተወሃሃደ ቅርጺ ሓቂን ጽባቐን ዝፈጥሩ ስነ-ጥበበኛታትን ስነ-ፍልጠታውያን ሞያውያን እምባሕ ክብሉና ንጽበ ኣሎና፡" ኢሉኒ ሓደ ፈላጢየይ።

ብዘይ ጽጋብ ስነ-ጥበብ ካብ ሓቂ ንምህዳም ዘሳልያ ፊልምታት ምስ ርኣየ፡ ፈላስፋ ህንዲ ከምዚ ክብል ሰሚዐዮ፡ “ፊልምን ተዋስኦን ብምኽት ዓበይቲ መራሕቲ ባህሊ፡ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ክሕቆፉ ኣሎዎም። ብቓልሲ ምልከት ንእስነት ተመኒዖም ርሑቕ ክኸዱ ኣይክእሉን። እተን ፊልምታት ናይ መን ታሪኽ የዘንትዋ ኣሎዋ ክብሃል ይክኣል? ባህግን ቆላሕታ ህዝቢን ክኅስያ፡ ሕልምታት መንእሰያት ከናሹዋ፡ ተልእኾ ታሪኽ ክኸድዓ፡ ናፍቖት ፍቕሪ ክነጽጋ፡ ዕላማ ዕብየትን ምዕባለን ክስሕታ እንከሎዋ ስቕ ኣይንብልን። ዘሎና መንፈሳዊ ንብረት ንምጥፋእ ዝተላእኩ ሓይሊ ጸልማት ከይህሉዉ በዓል ሱሌማንን ባህታን ከስተውዕሉ ኣሎዎም። እቶም ብዕሽነት ጌርና ዝብሉ ዘሎዉ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ጽባቐን ጠበልበል እናበሉ ክፈላልዩና እናርኣና ዕሽሽ ምባል ግቡእ ድዩ ኢሎም ዝሓቱ ኣሎዉ። ድላዮም ይግበሩ ግደፎም! ጸሓይ ሓቂ ምስ በረቐ ተበታቲኖም ክጠፍኡ እንደኣሎም ዝብሉ’ውን ኣይወሓዱን።”

ኩነታት ድሕሪ ኩናት ቀደም ንዘንበብኩዎ ኣዘኪሩኒ። ሓንቲ ኣብ ኤውሮጳ እትርከብ ሃገር ካብቶም ቪኪንግ ዝብሃሉ ዘየቋርጽ ኣዕናዊ ወራራት በዚሑዋ። እናኸትውረር ንኣምላኽ መሓረና ካብ ምባል ሓንቲ ንእሽቶ ቤተ-መቕደስ ኣብቲ ኣመንታ ንምህለላ ዝጥቀሙሉ መጽሓፍ ጸሎት፡ ካብ ቪኪንግ ኣድሕነና ዝብል፡ ንቡር ኣረፍተ-ነገር ብሕትመት ኣተኣታትያ። ድሕሪ ነዊሕ ናይ ታሪኽ ግዜ እቶም ወረርቲ ዝነበሩ ተበታቲኖም እናተቐራረሱ እጃም ክፍሊ ሓያሎ ሃገራት ብምዃን ነበረያ ነበረ ኰይኖም። እታ ትውረር ዝነበረት ሃገር ድማ ብዓቕማ ይኹን ብሓይላ ብቪኪንግ ክትውረር ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ። እታ ኣብ መጽሓፍ ምህለላ ዝሰፈረት ኣረፍተ-ነገር ግን ከምኡ ኢላ ንሊጣኛ ምህለላ እናተዘመረት ንነዊሕ ቀጺላ ይብሃል። እቲ ምህለላ ብውዳሴ ክትክኡዎ ምተገብአ። ግን ንነዊሕ ግዜ ቀጺሉ ኢሎሞ።

ብዛዕባ’ዚ ምስ ባህታ ምስ ተዛረብኩ፡ “ልክዕ ከምዚ ናትና ኩነት እኮ’ዩ። ስነ-ኣእሙራዊ ይኹን ግዙፍ ኲናት ከየጥቅዓና ክንብል ስነ-ጥበብን ስነ-ፍልጠትን ነማዕብል እንተ ኢልና፣ እዞም ንግዜኡ ካብ ፍቕሪ፡ ውግእ ዝሓይሽ መሲሉዎም፡ ዘዕገርግሩና ዘሎዉ ጎረቤታዊ፡ ከባቢያዊን ዓለምለኻዊን ሓይልታት ኣብ ቅኑዕ መገዲ ምስ ተመልሱ ነቲ ሓድሽ ኣረኣእያ ዘንጸባርቕ ሓድሽ ምዕራፍ ታሪኽ ክንጽሕፍ ኣሎና። ነቲ ሕሉፍ ግን ንትምህርቲ ህይወት መዝገብና ክነንብሮ ዝግባእ ይመስለኒ።” እንታይ ከም ዝዘከረ ንዘረባኡ ሰሓቕ

ኣቋሪጹዎ። ደሓር ኲሉ ናብ ዋዛ ብምቕያር፡ “ዋላ’ኳ ንቡር ቍርሲ እንተ ዘይረኸብኩም፡ ዋላ’ኳ እተን እትው ውጽእ ዝብላ ጽቡቓን መናፍስቲ እንተ ዘይሰለጣ፡ በዓል ንስኻ፡ ሓደ ፈጠራዊ መጽሓፍ ስለ ዝጸሓፍኩም ንታሪኽ ዝበቓዕኩም ከይመስለኩም እሞ፡ ካልኣይ ሳልሳይ፡ ዓስራይ መጽሓፍቲ ኣከታቲልኩም ከይደረስኩም ስቕ ከይትብሉ እተጠንቅቕ ዛንታ ኢኻ ነጊርካኒ፡” ኢሉኒ ከም ቀደሙ እናላገጸ።

ንበይነይ ዓቢ ዓራት ምሓዝ ሓድሽ ኣይኰነን። ንሓንሳብ ኣብ ከውታ ለይቲ እበራበር። ከይተሰከፍኩ ካብ ዓረተይ ዘሊለ እተን ካብ ሕቡኣት ፈነውቲ ስነ-ጥበብ ወይ ድማ ካብቲ ክዕጸን ክኽፈትን ዘየፍቅደኒ መኽዘን ሕቡእ ውነይ ዝተመጽወታለይ ጸጋ ፈጠራ ከይሃፈፋ ዕምጽጽ ኣቢለ ናብ መጽሓፈይ ወቲፈየን እሓድር። ምስ ረፈደ ከም ብሓድሽ ከኮሊዐ ብግቡእ የስፍረን። ኣብ ዓራተይ ኰይነ ከም ቀደመይ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኣማልኽቶም ከዋግኦ እንከሎዉ እሰምዕ። ናይቶም ኣማልኽቲ ምላሽ ወቓሕ ደኣ ይብለኒ እምበር ለሚደ ክለምዶ ኣይክኣልኩን። ኣነ’ውን ኣይተሓለልኩን። ኣጋውላ ወግየም ብምስማዕ ምላሾም ምግማት ክኢለ። መብዛሕትኡ ጸሎት ህዝቢ ከም ቀደሙ፡ “ሓልወና፡ ካብ ግጉይ ኣተሓሳስባ ሰብ፡ ካብ ኣብ ውሽጢና ዘሎ በዓቲ ጸልማት፡ ካብ ጽልሙት ራኢ ሃገራት፡ ካብ ዘይተገልጸ ፍልጠት፡ ካብ ዘይተጋህደ ፍቕሪ፡ ካብ ሕሰም ዓለም፡ ጎረቤትን ቤተ-ሰብን፣ ሰላም ሃበና፣ ካብ ናይ ውሽጢ ውሳይ ኣድሕነና፣ ዝወፈሩ ብደሓን ምለሰልናን፡” ከምኡ ዝኣመሰለን ኢዩ። እተን ደወላትን ናይ ድምጺ ጭርሖታትን ይዕረጋ ኣይዕረጋ ንሃዋህው መሊአን ከጽግባ እዕዘብ’ሞ ምላሽ ኣማልኽቲ ንልመና ምእመናን ከስምር ምሉእ ተስፋ እገብር።

ኤርትራውያንን ኣማልኽቶምን ዝማነዉ ኣይመስለንን። ንነዊሕ ዘመናት ዝለመዱዎ ወግዒ ደጊሞም ደጋጊሞም ኣይጸገቡዎን። ኣብቲ ሕብሪ ድምጽታትን መቓልሕ ደወላትን እምነት ክዓርግን ኪዳን ክጠብቕን ተመስኪሩ። ምናልባት ኣማልኽቲ ፍልይ ዝበለ ማህዛዊን ፈጠራዊን ኣቀራርባ ይጽበዩ ከይኰኑ እጠራጠር። ምስቲ ጸሎት ኢድ ወስኹ! ምስቲ እምነት ፍረ ጻዕሪ ኣርእዩ! ምስቲ ልማኖ ልግሲ ስነ-ፍልጠት ሓውሱ! ምስቲ ምሕጽንታ ጽባቐ ስነ-ጥበብ ኣህብትሙ! ምስቲ ንብዓት ሓቂ ኣንግሱ! ምስቲ ስግዳን ስራሕ ኣብዝሑ ይብሉ ከይኰኑ እሻቐል።

ፈላስፋ ሃገርና ኢሉ ትጃር ዝደርሳ ዘሎ ተዋስኦ እንተ ትፍጸም ግን

ኣማልኽቲ ብኣቀራርባ ጸሎት ህዝቢ ብዕጽፊ ምተሓጉሱ እብል። ስነ-ጥበብ ናብ ቋንቋ ኣማልኽቲ ምስ ተቐየረ'ዩ እምነት ዝሽውን ዝብሉ ሊቃውንቲ ኣይሰኣኑን እብል። ኣማልኽቲ ድማ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክሳዕ ሕጂ ኣቀራርባ መሰዋእቲ እምነት ከም ዝዓጅቦም ብታሪኽ ተመስኪሩ። ምኽንያቱ፡ ንሳቶም ጥራሕ ብዝፈልጡዎ ዝቕበሉዎን ዘይቅበሉዎን መስዋእቲ ኣሎ ይብሃል። ናይ ጥንቲ ግሪኻውያን ኣማልኽቲ ንመንበሪኦም ዝኹነ ንጎቦ ኦሊምፑስ ገዲፎም፡ ጥዑማት ተፈተውቲ ሰባት ኣሎው ናብ ዝበሉዎ ንሓንሳብ ንሰሜን ንሓንሳብ ንደቡብ እናተጓዕዙ ምስ ደቂ-ሰብ ኣዕሪፎም፡ ናብ መነባብሪኦም ይምለሱ ነይሮም። ከም ኣዘራርባ ፈላስፋ ህንዲ፡ “ብቕዓት ጽባቐ ስነ-ህንጻ ሰማይ ክጠቅስ እንከሎ፡ ፍታዎም ስለ ዝኾነ ማዕረ መነባብሮኦም ገዲፎም፡ ኣብኡ ዝቕንዩሉ ግዜያት ኣሎ። ብውሕሉል ክእለት ወዲ-ሰብ ናይ ሓቂ ሙዚቃ ንመንፈስ ህይወት ኣዳሚቑ ናብ ኣእዛኖም ክበጽሕ እንድሕሪ ክኢሉ ሓጕሶም ዘግህድሉ ከም ዝናብን ቅናት ምልኣተ-ሕብሪን ዝኣመሳሉ ምልክታት ይፍንዉ። ግጥምታትን ፈጠራዊ ዛንታታትን ንሕልሚ ወዲ-ሰብ ኣሊሞም ከም ሞባእ ኣብ እግሮም እንተ ወዲቖምሎም ማዕረ ንዝሞቱ ምስ ዘይሞቱ የራኽቡ። ፊልምታት ንመንፈስ ሰብ ሰለል ኣቢለን ናብ ጥርዚ ፍጹምነት እንተ ኣብጺሐን ሓደ ካብቲ ፍታው ኣማልኽቲ ኢዩ። ተዋስኦታት ወግዒ ፈጠርቲን ፍጡራትን እንተ መሲሎም ኣማልኽቲ ፍቕሪ የንግሱ። ነገራት ተጸሪቦም፡ ተፋሒቖምን ተጠፍጢፎምን ታሪኽ ሰብ ብኣፎም ክነግሩ እንተ ክኢሎም ኣማልኽቲ ንደቂ-ሰብ ክምሓዘዉዎም ቁሩብ ይተርፎም። ኣእሙሮ ሰብ ንተፈጥሮ ብፍቕሪ መርሚሩ ክፈልጣን ክጥቀመላን እንተ ርእዮም፡ ወሪዶም ምስ ወዲ-ሰብ ክሰርሑ ድሕር ኣይብሉን። ብሓፈሻ ወዲ-ሰብ ንኣእሙሮ ሰብ ካብ ግዝኣት ተፈጥሮ ብሓይሊ ስነ-ጥበብ ዝተማሓየሸት ህይወት እንድሕሪ ፈጢሩ ናባና ቀሪብካ ኢሎም ይሕጉሱ፡” ዝብሉ ከም ዘሎዉ ዘርዚሩ።

ኣብ ግዜ ወግዒ ህዝቢን ኣማልኽቲን፡ ነገር ኣርባዕተ ጣኦታት እንተ ዝዝተ ጽቡቕ ምኾነ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ወይ ኣብ ዓለም ብምሉኡ በዞም ኣርባዕተ ጣኦታት ዘይተለኽፈ የለን። ንሳቶም ምስ ጠፍኡ ኢዩ ሰላም ዝወርድ። ኲናትን ድሕሪ ኲናትን ብትእዛዞም ኢዩ ዝካየድ። ናይ በዓል ባህታን ሱሌማንን መጽናዕቲ'ውን ነቶም ነናሻዕ ኲናት ዝውርውሩልና ኲናት ካብ ምውርዋር፡ ነቶም ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክሳዕ ሕጂ ዘጥቅዑናን

ዘጥቅዑዎምን ጣኦታት ብምትሕብባር ነናትና እንተ ነጥፍእ ምሓሸ ዝብል'ዩ።

ምስ ሱሌማንን ባህታን ዘሎኒ ዕርክነት ኣብ ሰረት ናይ ቀደም ድልዱል ዕርክነት ዝተሃንጸ ኢዩ። ብሓቂ ነቲ ሕሱም ናይ መግዛእቲ ዘበን ሳላ ሓይሊ ምቅርራብና ከም ዝሓልፍ ጌርናዮ። ኣብ ልዕሊኡ መተዓብይቲን መማህርቲን ኢና። ኣነ ከም ጎፍ ዝበለኒ ስኽ ኢለ ቋንቋ እየ ተማሂረ። ንሳቶም ግን ሕጊ ኣጽኒዖም፡ ናይ ሕጊ ሰብ ሞያ ኰይኖም። ግን ከምዞም ገሊኦም ናይ ሕጊ ቀለምቀመሳት ኣይኰኑን። ከምዞም ትጃር ንዝፈጠሮ ተዋስኣዊ ጠባይ ዝናር ሕጊ ተዓጢቕና ኢሎም ንሰብ ዘፈራርሑ ኣይኰኑን። ሓያል ወኒ ፍትሒ ገና ኣይወጸሎምን። መለሃዪ ዝኾውን መድረኽን ከበሮን ኢዮም ዝደልዩሉ። ብግዜ መግዛእቲ ንሓቂ ክብሉ ግደ ማእሰርቲ ዝኾኑሉ ቆጺርካ ኣይውዳእን። ኣብ ግዜ ሓርነት ህዝቢ ሕጊ እናጣቕዐን እናደረፈን ጓይላ ኣሚቑ ክልህን ከላሂን ንምትብባዕ ምሩጻት ኣቦ-ጓይላታት ብምዃን ሰሪሖም። ፍትሒ ካብቲ "ቤት-ፍርዲ" ዝብሃል ወጻኢ ኣብ ኩሉ ንኽዝመር ዘይገብሩዎ የብሎምን። ሕጊ ክፍራሕ ዘይኰነስ ክፍቶ ኣሎዎ ኢዮም ዝብሉ።

ኣብዚ ድሕሪ ኲናት ዘሎ እዋናት ግን ናብ ካልእ ተግባር ኣስፊሎም። ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ኣብ ሃገርና ከስዕቦ ዝኽእል ጽልዋ ንምጽናዕ ምስ ሓንቲ ሃገራዊት ናይ መጽናዕቲ ትካል ምስ ተወዓዓሉ ይሕግዘና'ዩ ኢሎም ንዓይ ስራሕ ደሪቦምለይ። ንፍልስፍናኦም ደረት ትምኒቶም ንምብጻሕ ተራ ስነ-ጥበብ ኣገዳሲ ኢዩ ስለ ዝተባህለ ናተይ ሓገዝ ደልዮም። ንዓይ ኣይከፍኣንን። ንናብራይ ዘርጉድ ሒደት ገንዘብ ምርካብ ኣይጸላእኩን። ብሓቂ የድልየኒ ነይሩ። ውጽኢት መጽናዕቲ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናት ዝንዓቕ ከም ዘይነበረ ብዙሕ ግዜ ኣልዒሎምለይ። ሓደ ንግሆ ክልተኦም ናብ ገዛይ መጺኦም። ኩሉ ዝለመዱዎ ኣይጸንሖምን። ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ኰይነ ክጽሕፍ ምስ ሓደርኩ ከም ዝወግሐኒ ተዓዚቦም።

"ድሕሪ ሕጂስ ክንበጽሓካ ክንመጽእ እንከሎና ቍርሲ ኣብ ዘንቢል ኣንጠልጢልና ክንመጽእ እምበር፡" ኢሉኒ ሱሌማን እናሰሓቐ።

"ንናይዚ ኩሉ ንምኽፋል እንተ ክኢልኩምስ ሐራይ።"

"ቍርሲ ገዛኻ'ኮ ንቡር ኣይኰነን። እንታይ ዓይነት ሒዝና ክንመጽእ? ሓንሳብ ሕልበት ይኸውን፡ ሓንሳብ ጥሕኒ፡ ሓንሳብ

ሽሮ፡ ሓንሳብ ሳዕሪ፡ ሓንሳብ እንታይ'ሞ! ንገዛእ-ርእሱ መጽናዕቲ ከየድለዮ ዝተርፍ ኣይመስለንን። ነተን ናይ ፈጠራዊ ሓይሊኻ ዘተንስኣልካ መናፍስቲ ንኽትእብድ ኢልካ ተውድቖ ሞባእ ድዩ ክብሃል? ህይወትካ እኮ ንዕአን ኣብ ምልማን ኣሕሊፍካዮ። እዘን ኣብ ገዛኻ እትው ውጽእ ዝብላስ ንዕአን እናመሰላኻ እንደኣልካ ኣብ እግረን ትወድቀን ዘሎኻ። ዝቐረባልካ ቆጽሊ ሳዕሪ እናቐረስካ ግዜ ኣሕሊፍካዮ፡" ምስ በለኒ ባህታ፡ "ቍርሲ ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ኩናት ዘሎዎ ጽልዋ ነጽንዕ ደኣ ከይትብለኒ እምበር ካልእስ ደሓን፡" ኢለ ተዋራዝየሉ።

ክልተኦም ናብ ዘምጽኦም ውራይ ንምእታው ከም ዝተቐረቡ ብሕሉፍ ተመክሮ ገጢመዮም። ዝብሉኒ ንኽብሉኒ ከኣ ርግእ ኢለ እኹል ግዜ ሂበዮም። ካብ ልማድ ቀደሞም ቁሩብ ድንጉይ ዝበሉ መሲሉኒ። ቀደም የዘውትሩዎ ዘይነበሩ ሓድሽ ቅዲ ክኸተሉ ግዲ መኺሮምስ ንፈለማ ግዜ ዘረባ መን ከም ዝጅምር ክተሓላሎዉ እንከሎዉ ብምግራም ተዓዚበ።

ዕጫ ፈለማ ምዝራብ ናብኡ ግዲ ወዲቓስ ባህታ፡ "ስማዕ'ሞ! መምጽኢና ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ኢዩ። ተራ ስነ-ጥበብ ኣብ ስነ-ኣሙራዊ ርክባት ሃገራት ዓቢ ምኺኑ ዝውሰኽን ዝንከን ክብደት የብሉን። ኣብ ውሽጢ ሃገር እንተኾነ'ውን እቲ ኩነት ካብኡ ኣይሓልፍን። ኣብዚ ቁሩብ ግዜ ፈላስፋ ህንዲ ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ ንስራሕና ዝትንክፍ ምኺኑ ገሚትና። ወረ ምትንካፍ ጥራሕ ዘይኰነስ ነዚ ኩሉ ዝተገብረ መጽናዕቲ ንድሕሪት መሊሱ ከም ብሓድሽ ክጅመር ከም ዘሎዎ ዝግድድ ከይኰነ ኣይተርፍን ኢና ንብል ዘሎና፡" ኢሉ ንምቕጻል ሰጋእ ኢሉ።

ሱሌማን ቅጽል ኣቢሉ፡ "ኣብቲ ኣስተምህሮ ኤርካ እንዲኻ ሓቀይ? እወ ኤርካ። ብማዕዶ እየ ርእየካ። እንታይ ማለቱ ኢዩ? ስነ-ጥበብ የለን ድዩ ክብል ደልዩ? እቲ ዘሎ ስነ-ጥበብ ኣብ ጸቢብን ሓጺርን ቀጽሪ ስለ ዝተደረተ፡ ክንዮ እቲ ብጽኑዕ ተመቒሒሉ ዘሎ ሓጺር ሓጹር ዘሎ ኣድማስ ተኽእሎታት ንዓይኑ'ውን ኣይርኣዮን፣ ኣብ ሓሳባቱ ኣይተቐልቀለን፣ ወዘተ. ክብል እንከሎ ነየናይ ክፍሊ ስነ-ጥበብ ማለቱ ኮን ይኸውን? በዚ ሕጂ ዘሎ ጌርኩም ምስ ውሽጢ ይኹን ምስ ደገ ክትዘራረቡ ኣይትኽእሉን ክብል እንከሎ እንታይ ማለቱ ኢዩ? ናትና ስነ-ጥበብ ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ጽልዋታት ዘሎዎ ግደ ኣዝዩ ውሱን'ዩ ማለትከ እንታይ ኢዩ? ሕጂ ሓድሽ ዘምጽኦ ጉዑሽ ሓሳባት ድዩ ወይስ ናይ ቀደም እሉኽ ነይሩዎ?" ኢሉኒ።

ምላሽ ቅድሚ ምሃበይ ግን ባህታ ዝተረፍኦ ከስዕብ ከም ዝተሃንጠየ ኣስተውዒለ። “ስማዕ ጸሓፊና! እዚ ፈላስፋ ትብሎም ዘሎኹም ሰብኣይ ዓርኪኻ እንድዩ ሓቀይ? ጉዳም ጎዳጉዲ እምነቱን ውቃብኡን ንስኻ ኢኻ ትፈልጦ። እንታይ'ዩ ክብል ደልዩ? ወይ ድማ ነዞም ካብ ደገ ልብሲ ስነ-ጥበብ ተኸዲኖም ንዝኣትዉ ንምምርማር ዝኸውን ተኽእሎ የለን ክብል ድዩ ደልዩ? ስነ-ጥበብ የለን ድዩ ዝብል ዘሎ? ከም ዝብሎ እንድሕሪ ኰይኑ'ኮ ንኹሉ መጽናዕቲና ክልክመልና ኢዩ። ከምቲ ኣርእስቲ ኣስተምህሮ፡ ፊልምታት ሃገርና እዚ'ሎዎ እዚ ይጎድሎ ኢሉ ዘረባኡ ዘይድምድም? እንታይ ስነ-ጥበብ ሃገርና ዘብል ነይሩዎ?”

ክምልስ ኣይደለኹን። ዝመለስኩዎ ኣይወሓደን ዝብል ስምዒት ከም ውቃበ ስሪሩ፡ ብነድሪ ዝተኣከበ ሕርቃን፡ ናብ ጸምጸም ዓለመይ ንኸጠልቕ ከጋልበኒ ደልዩ። ስነ-ጥበብ መጻወቲ ዕሱባት ጣኦት ድንቁርና ክኸውን ምርኣይ በዚሑኒ። ካብ ደገ ንዝመጽእ ኩሉ ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ዝውሕጥ ምርኣይ ሰልክዩኒ። ኣብ ገዛ ሃሰውሰው ኢለ ብፈላስፋ ህንዲ ንኣስተምህሮ ዝቐረበት ሓንቲ ህጥርቲ ጥራዝ ረኺበ፡ ምእንቲ ክርእዩዋ፡ ልዕሊ መንኩበይ እናወጣወጥኩ፡ “ኣብቲ ኣስተምህሮ ከምዚኣ ቅዳሕ ተዋሂባትኩም ነይራ ትኸውን? ቁሩብ ደኣ ወሲኹሉን ኣማዕራርዩዎን እምበር ዳርጋ ኩሉ ኣብ ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጉዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን ትብል መጽሓፉ ኣልዒሉዎ ነይሩ። ፈላስፋ ህንዲ ካብ ናይ ቀደም ዝፍለ ሓድሽ ርእይቶ ኣይገለጸን። ብዙሕ ኣብነታት ካብ ስራሓት ፊልም ምጥቃሙ ኢዩ እቲ ፍልልይ። እምበር ብዛዕባ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ኢዩ ተዛሪቡ። ብርግጽ ቅድም ዘይነበረ ብዛዕባ ጣኦታት ቤከን ወሲኹሉ ኣሎ፡” ኢለ ኣብታ ጥራዝ ኣብ ዝደለኹዋ ገጽ ኢደይ ኣዕሊበ ኣንቢበሎም።

“'መልእኽትታት ሕጂ ዝፈርዩ ዘሎዉ ፊልምታት፡ ምናልባት እንተ ሃልዮም፡ ኣብ ናይ ሰራሓቶም ዕሽላዊ ቁሪን ጸበባን ስነ-ጥበብ ስለ ዝተቐርቀሩ ብሃልሃልታ ሓቂ ኣይተብዑን። ከም ብምንሙን መሓውር ዝተወርወሩ ጎደምቲ ኲናት ስነ-ጥበብ ርሑቕ ከይበረሩ ኣብ እልፊ መገዲ ኣብ ርእሲ ንጹሃን ይነጥቡ እምበር ናብ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ሃገር ሰንጢቖም ሓቂን ጽባቐን ሸኺሎም ክተኽሉ ኢልካ ምሕሳብ ዋጋ የብሉን። እቶም ጉጅለ ሰራሕቲ ፊልምታት ንመልእኽቶም ዘብልሕ መትከል ፍልስፍናን ህይወት ዝጎደሎም ይመስሉ። ተመልካታይ ነየናይ ጣኦት ድንቁርና ክወግኡ ከም

ዝፈተኑ መፍለጢ ዝኸውን ንጹር ምልክት ዝርኢ ኣይመስለንን። እቶም ኣርባዕተ ጣኦታት ቤከን ዝገዛእቶም ደኣ ከመይ ኣቢሎም ኣንጻር ጣኦታት ክገጥሙ ይኽእሉ እየ ዝብል ኣነ። ደረስቲ'ዘን ፊልምታት ኣብ ጸልማት ሓቂ ስነ-ጥበብ ኰይኖም ከም ዝጸሓፉዎ ኣየጠራጥርን። ምሉእ ግርማ ስነ-ጥበብ ን'ኽርእዩ ዕድል ከም ዘይረኸቡ ድማ ዅሉ ክገጥሞ ይኽእል። እቶም ዘምሃሩዎም ምስ ጽላሎት ስነ-ጥበብ ኣላልዮሞም ተሰዊሮም። ክንዮ እቲ ሞቒሑ ዝወሰኖም ክርዳድ ሓጹር፡ ክንዮ ኣድማስ ራኢ፡ ክንዮ ከዋ'ኽብቲ ዘሎ ሓቅታት ዘተምብህሎም ወይ ዘመልከተሎም የሎን። ትምቢት ምጽኣት ሓቂ ስነ-ጥበብ ዝጨደረሎም ነቢ ኣይነበረን። እዞም ስሉባት ጽባቐ ኣብ በረ'ኻ ቀቢጸ ተስፋ ይግዕሩ ኣሎዉ። ንዘሎ ኩነታት ድሕሪ ኵናት እናእወዩ ክሃድሙ ተዓዚብና። ንር'ኹስ ጐሓፍ ስነ-ጥበብ ኣዕቊብና እናበሉ ይምሕጸኑ ኣሎዉ። ነቲ ጎዲሉ ዘሎ ሃብቲ ፍልጠት፡ ነቲ ሃጓፍ ፍልስፍና፡ ነቲ ውሒዱ ዘሎ መኣዛታት ፍልጠት ኣብ ዓራርቦ ድዩ ኣብ ጊሓት ህይወቶም ካበይ ሓፊሶም ይምልኡዎ ኢልና ደኣ ንሕሰብ እምበር ውሕልነት ኣሰራርሓ ፊልምስ ብሕጂ ምመለ'ኹዎ ነይሮም። ከምታ ሰበይቲ ዝበለቶ መልክዕ ይሃበኒ ደኣ እምበር ውሕልነትስ ካብ ጎረቤት ይልቅሖ ኰይኑ ነገራቱ። ምሉእ ፍልስፍና ጽባቐ ፍልጠት ጥራሕ ይሃሉ በሃላይ እየ፡'" ኢሉ ኣንቢበሎም።

ክልተኦም ኣጣቒያምለይ። ከም ወትሩ ካብ ፍሹ'ኽ ገጾም ሰሓ'ቕ ኣይተፈለዮምን። ጸወታ ዘይብሉ ቁምነገር ኣይመባልዕቶምን ኢዩ። "ምስኪን ጸሓፊና! ሕጂስ ኣደንጊጽካና! ቊርሲ ምሳና ኢ'ኻ፡" ኢሉኒ ሱሌማን።

"እቶም ቊርሲ ዘብልዑ ዝነበሩ ቊርሲ ክልምኑ ኢዮም ዝብል ትንቢታዊ ጽሑፍ ይህሉ ይኸውን እብል፡" ኢሉ ባህታ ኣስሒቑና።

* * *

ኣብዚ ቅነ ሚለና ናብ ገዛይ ስልኪ ደዊላ ኣብ መገዲ ምርሳዕ ንዝነበረ ህልውናኣ ኣዘ'ኻኺራትኒ። ምሸት'ዩ ነይሩ። በቲ ንጹር ድምጻ ብዛዕባ ጥዕናይ ድሕሪ ምሕታት፡ "ነዊሕ ኰይኑ። እንድዒ ብዘይ ም'ኽንያቱ ምር'ኻብ ተሪፉ። ሓደ መዓልቲ እንተ ንራ'ኽብ ጽቡ'ቕ ነይሩ። ናይ ቀደም'ኳ ቁሩብ ምዘከርና፡" ኢላ ቃላት ምስ ኣስሓወት እንታይ ከም ዝብላ ጠፊኡኒ። ለካ ንሰብ ተስፋ'ዩ ዘረባ ዝፈጥረሉ! ናብቲ ዓለም ሰብ ኣትየ ሓቂ ህይወተይ ከረድእ

ዝብል ተስፋ'ዩ ቃላት ዘምርጸኒ፡ ኣረፍተ-ነገራት ዘህንጸኒ፡ ሓረጋት ዘወልውለኒ ዝነበረ። ናብ ዓለማ ዘእቱ ማዕጾ ከም ዘየሕልፈኒ፡ ኣትየ ዝገብሮ ነገር ከም ዘይብለይን፡ ዓለምና ብሓደ ቋንቋ ከም ዘይራኸብን ድንጉይ ደኣ ኢለ'ምበር ብዘይ ሕርኽርኽ ዝፈለጥኩ ስለ ዝመሰለኒ ቃላት ኣይተማእዘዙንን።

"ዓለምኪ ከመይ ኣሎ?" ኢለያ።

"ናይ በይነይ ዓለም'ዶ ኣሎኒ'ዩ?"

"እንተ ወሓደ ካብ ናተይ ይፍለ ኢዩ። ምስ ተራሓሓቕና ተረዲኡኒ። ብዓሻ ግርህነተይ ከምዚ ኣብ ዓለምኪ ክኣቱ ዝኽእል መሲሉኒ ነብሰይ ኣተዓሻሽየ ነይረ። ንዓይ ዘእቱ ባብ ከም ዘይብሉ ሕጂ ኣረጋጊጸ። ኣብ ኣፍደገ ዓለምኪ ተዓኒደ ድላያትኪ ጥራሕ ንኽማልእ ኢኺ ትደልይኒ ኔርኪ። ንዘይመለሽክዮም ሕቶታት ኣብ ኣፍደገ ኰይነ ምላሾም ከቐብለኪ ትጽበዪ ኔርኪ። ሰብኣዊ ስምዒተይ ግን ዕንቅፋት ባህጊ ዕቤትኪ ከይከውን ፈሪሕኪ ፈንፊንክዮ።"

"እሞ ክንራኸብ የብልናን ዲኻ ትብለኒ ዘሎኻ?"

"እኸውን! ትርጕመን ዘይቀያየራ ክልተ ዓለማት እንተ ተራኸባ ረብሓ የብሉን። ብዙሓት ደቂ ዓለምኪ ኣሎዉኺ። ዓለም ብኣኻትኩም ኢያ ዘቕቢባ። ምስኣቶም ተራኸቢ። ምስኣቶም ኢዩ ህይወትኪ። ካብ ንስነትኪ ዘህድም ሞያ ጩቢጥኪ ስለ ዘሎኺ ክትሃድሚ ክትነብሪ ኢኺ። ሓቂ ስነ-ጥበብን ህይወትን ክዋሰብ ዝኽእል ኣይመሰለክን።"

"ክትጭክን እውን ትኽእል ኢኻ እምበኣር! ዓበይቲ ጸሓፍቲ እምበኣር ክጭክኑ ይኽእሉ ኢዮም! እሞ ከኣ ንኹናት ፍቕሪ ብዋልታ መጽሓፍ ዝከላኸሉ ጸሓፍቲ! ንስኻ ካባይ ብምንታይ ከም ትሓይሽ ኣይፈልጥን። ማዕጾ ስነ-ጥበባዊ ዓለምካኸ ተኸፊታይ'ዶ? ልዕሊ ጾታዊ ንስነተይዶ ገሚትካኒ ኢኻ? ዘይ ጸወታይ ኢዩ ዝዓጅበካ! ብኽያተይ ትፈልጦ ዲኻ?"

"ጌጋኺ'ኮ ኣባይ ዕብየት ምርኣይኪ ኢዩ። ሃንቀውታ ፍቕረይ ኣይተራእየክን። ኣብ ውሽጠይ ተዓኹሊሉ ዘሎ ድልየት ንእስነት ኣየስተብሃልክሉን። ነቲ ከም መርገም ተሓንጊሩኒ ዘሎ ህጻን ቁሊሕ ኣይበልክዮን። ድምጺ ንዘየስምዕ ኣውያተይን ንብዓት ንዘየርኢ ብኽያተይን ኣየቕለብክሉን። መጽሓፊይ ምልክት ዕብየተይ ኣይኰነትን። መጽሓፊይ ንስሓ ውድቀተይ ኢያ። ዘይቁኑዎ

ሓጢኣተይ ኢ.ያ። መጽሓፈይ እማነ ሕፍረተይ ኢ.ያ። ምናልባት ጣዕሳ ናብራይ ኢ.ያ። ሰብ ከም ናተይ ህይወት ከየሕልፍ ኢ.ያ እንተ መኸረት። ፍቕሪ ደልየ ኣብ ሓመድ ኣብ ጭቃ ምስ ተለለኹ ቁራስ ኣይተተኹብለይን። ብኣንጻሩ ኣብ ክንዲ ጽልኢ ፍቕሪ ፈጢረ። እቲ ዝወረደኒ ወጽዓ ድማ ቁሩብ ናይ ዓለም ሓቂ ኣርእዩኒ። ግን ገና ዓይነይ ንሓቂ ብምሉኡ ኣይተኸፍተን። ምስ ሓቂ ኣይተሓቛቖፍናን። መጽሓፈይ ከተጸልለኒ ደልያ። ድላያ ንኽገብረላ ትእዛዛታ ጋሊበ ክፍጽም ኣሎኒ። ጸቢብ ገዲፍካ ገፊሕ ርአ፡ ሓላፊ ናብራ ሰጊርካ ንዘለኣለማዊ ፈትሽ፡ ናይ ሕጂ ሓይሊ ዕንቅፋት ሓሊፍካ ንናይ መጻኢ ተኸእሎ ተስፋ ኣርክብ ኢ.ያ ትብለኒ። ኣነ ድማ ክእዘዛ እየ። ምኽንያቱ መን ኣሎኒ ብዘይካ መጽሓፈይ? ፍሽኽ ትብለኒ እዋናት እውን መሊኡ ኣሎ። ትሓቑፈኒ እኮ ኢ.ያ -- ተምቕኒ። ሕሹኽ ትብለኒ እኮ ኢ.ያ -- ተስፋታት ከይተረፈ ትህበኒ። ንስኺ ግን ካብ ዓለመይ ርሓቒ። ሓቒኽን ጽባቐኽን ናይ ጉድለተይ ምልክት እንደኣሉ! ናይቲ ገና ዘይበጻሕኩዎ ምልክት ፍጹም ተኽእሎታት እንደኣሉ! ድሕሪ ሕጂ ዘእትወኪ የብልክን። ሓሊፉ ዘመን ግርህና። ህጻን ክልምን እንከሎ ዓቢ ዘባጨ ዝነበረ መሲሉኪ ከይመጽወትኪ ሓሊፍኪዮ። ድምጻይ ናብ እዝንኺ ከይኣቱ ዝተኸልከለ ፍንፉን ጋሻ ነይሩ። ኣብ ዘይዓለሙ ኣትዩ’ውን ትርጉም ፍቕሪ ክገልጽ ኣይምኸኣለን።”

* * *

ኩነታት ድሕሪ ኵናት ቀጺሉ። ምህርቲ ግጥምታት ገንፊሉ። መንእሰያት ምስ ቃላት ዓዶም ክላለዩ ዝተቐራረቡ ይመስሉ። እቶም ኣረፍተ-ነገራትን ሓረጋትን ግን ምስ ማዕበላት ባሕሪ፡ መቐረት መሬት፡ ሕብሪ ህዝቢ፡ ትምኒት ሃገር፡ ጽውጽዋይ ዓለምን ምስጢራት ፍቕሪን ንኽዋስኡ ትርጕም ኣብ ምንጻርን ምኩሓልን ይርከቡ። እቶም ቃላት ኣብ ውሽጢ ጓህሪ ፍቕሪ መንእሰይ ስነ-ጥበበኛታት ኰይኖም ዝተብዑ ዘሎዉ ይመስሉ። ፈላስፋ ህንዲ ነቲ ጎዲሉ’ሎ ዝብሎ ሃጓፍ ፍልስፍና ንምምላእ ዘረባን ጽሑፍን ኣጽዒቑ ኣብ ፈቐድኡ ተማሂሩ እናበለ ክጭድር ኢዩ ዝስማዕ። በቲ ናይ ብኽያትን ቁዘማን ተስፋ-ቀበጽ መንፈስ ኣይትገዝኡ። ብስነ-ጥበብኩምን ስነ-ፍልጠትኩምን ብርሃን ተስፋ ፍጠሩ እናበለ ኣብ ፈቖዶኡ ሓጕስ ክዘርእ ውዒሉ ይሓድር። ዝሕግዙዎ ግን ኣብ መገዲ ከም ዘሎዉ ጥራሕ ኢዩ ዝነገር። ሰልፊ መጽሓፍቲ ኣይሰጎመን። ሓይልታት ስነ-ጥበብ ኣይተወደቡን። እቲ ሓቂ ጽባቐ

ኣብ ኣፎም ከም ዘሎ ብዙሓት ነጊሮም። እታ ገላጺት ቃል ግን ምውጻእ ከም ዝኣበየቶም ኣይሓብኡን። እታ ቃል በቲ ረቂቕ መጋረዲ ነጸላ ተኸዊላ ተተሃራርፎም እሞ ወጻእኩ እናበለት ትድንጉዮም ከም ዘላ ይሕብሩ።

መንእሰያት ቃላት ይእልሹ ኣሎዉ። ነቲ ዓቢ ሕልሞም ዝሃንጽ ቃላት ይውሕዶም ይኸውን። ነቲ ብማህዛዊ ፈጠራ ስነ-ጥበብን ስነ-ፍልጠትን ክገልጹዎ ዝምነዩ ናይ ሓቂ ጽባቐ ዝኣክል ቃላት ኣበይን ካበይን ኣርኪቦም ክእክቡ? ገለ ሓደስቲ ምጨዋት ቃላት ከም ዝኣከቡ ግን ድምጺ'ተን ማእከላት ስነ-ጥበባት ይምስክር። ይገጥሙ ኣሎዉ መንእሰያት። ግን ገና ቃላት የድልዩዎም ኣሎዉ። ነቲ ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝበጽሑዎ ቦታታት ዝገጥም፣ ናይቶም ብፍቕሪ ዘዕለሉዎም መሓዙት ሰሓቕ ዘዘክር፣ ነቲ ዝረኸቡዎ ምስጢር ህይወት ብሓጐስ ዝገልጽ ቃላት ካበየናይ ዝኸርም ይኩዓት? ካበየናይ መገዶም ይተሓፈስ? ካብ ውሽጢ ዒላ ትምኒታቶም ብምንታይ ይገለል! መን ቃላት ይሃቦም? ምስቲ ኣብ ቅድሚኦም ተዘርጊሑ ዝጽውየም ዘሎ ባሕሪ ንምምይያጥ ዝኽእል ቃላት ይደልዩ ከም ዘሎዉ ካብ ርሑቕ ትኹረት ኣዒንቶም ክግመት ይክኣል። ግን ዝኣክል ቃላት ዶኾን ይህሉዎም? ነቲ ዝጽበዮም ዘሎ ብሩህ ተስፋ መግለጺ ዝኸውን ቃላት ኣኪቦም'ዶ ይኹኑ? ነቲ ዝሃንጹዎ ዘሎዉ መሰረት ሃገር ዘዘምር ቃላት ኣኪቦም'ዶ ይኹኑ? እቶም ዓበይቲ ዝብሃሉ እንታይ ረኺቡዎም መጽሓፍቲ ተርጕሞምልና ዘይጸንሑ? ኣበይ ኣሎ እቲ ዝመዝገቡዎ ታሪኽ? ምንጪ ቃላት እኮ ምኹነና ኢዮም ዝብሉ። ክጽሕፉ፣ ክትርጕሙ ዝኽእሉ ውሒደሞም። ዝግደሱ፣ ዘፍቅሩ እውን ውሑድ ይብሉዎም። ንመጻኢ ብተስፋ ዝጽበዩ ውሑድ ይብሉዎም። ናይ ሎሚ ንግበር ዝብሉ ይበዝሑዎም። መንእሰያት፣ እዞም ዓበይቲ፣ እንታይ ኰይኖም ኢሎም ተገሪሞም። ድንቁርና ዝቐጥቀጠ ፍርያምነት ቃላት ክፈጥር ዝኽእል ዝመሰሎም መንእሰያት፣ እንታይ ኰይኖም ነቲ ዓቢ መጻኢ ብተስፋ ዘይጽበዩ እናበሉ የስተንትኑ።

ዝገደደ ግን ናይ ባህጉ'ታ መጽሓፊይ ኢዩ። ቃላት ዘፈልፍል ዛንታታት ፍጠር ትብለኒ ወግሐ-ጸብሐ። "ኣብ ገጻተይ ትርጕም ኣልቦ ቃላት ኣይትደጋግም። ተሰኪምካዮም ዝኸበዱኻ ቃላት ዘይኰኑስ ናብ ውሽጢ ህይወትካ ሰሪጾም ምስ ተወሃሃዱ ኢዮም ትርጕም ዝህቡ። ይብሃል ኢልካ እኪለ ፈላስፋ እከለ ዓቢ ጸሓፊ ኢልካ ንመንእሰያት ኣይተሰንብድ። ዝርዝር ኣስማት ዓበይቲ

ኣብ ቆፎ ባዶነትካ ኮራሕራሕ እና'በልካ ኣይተፈራርሓዮም ነዞም ኣብ ጐደና ምዕባይ ዘሎዉ። ኣስማት ዓበይቲን ወራዙትን ጠቒስካ ኣይትፈክረሎም።"

ኣብ ልዕሊ ስነ-ጥበብን ፍልስፍናን ዝዝንቢ ዝነበረ ጸሊም ደበና ገሊሀ ብርሃን ጽባቐ ሓቂ ከግህድ እየ ዝብል መልእኽተኛ ሓቂ ናብ ሃገሩ ኣትዩ ዝብሉ ሰሚዐ። ገሊኦም ግን ካብቲ ተኸዊልሉ ዝነበረ በዓቲ ሃገር ኢዩ ወጺኡ ይብሉ። ጸገም የለን። እንቋዕ መጸ። ብደሓን ከኣ የምጽኣዮ!

ጽሉል ኢዩ ዝመስል። ካብ ህይወት ንሓጺር እዋን ዝተለቅሓቶ ዕምሪ ንመሬት ከተረክብ ትሳለ ኣብ ልዕሊ ዘላ ኣረጊት ፈረስ ተኹይጡ መልእኽቱ ይጭድር ነይሩ። ንዕኡ ርእዩ ዘይሰሕቕ የለን። ቅጥዒ ዘይብሉ ዓቢ መጽሓፍ ከም ዋልታ ሒዙ ሓደ ሻምቡቆ ዝመስል ነዊሕ ብርዒ ድማ ከም ኲናት ናብ ሓደ ስዉር ዕላማ ኣቕኒዑ፡ ንዕኡ ጥራሕ ምስ ዝርኣዮ ኣባይ፡ ክቃለስ እንከሎ ምርኣይ ንዝርኣዮሉ ኣስደሚሙ። ካብ ቃልሲ ቁሩብ ኣዕርፍ ምስ ኣበለ መጽሓፉ ኣብ ዝኸፈቶ ገጽ ይከፈት ንጸላእቲ ኣፈራራሕኩ ኢሉ ካብቲ ዝተገንጸለ ገጽ ተደጋጋሚ ቃላት ይፍኑ። ጸላእቱ ክሃድሙ ይርኣዩዎ ግዲ ነይሮምስ ሓጐሱ ንምግላጽ ኣብ ዝባን ፈረሱ ሸሸ እናበለ ኪርኪር ይብል።

"እቲ ምንቃፍ ክትብሉዎ ጸኒሕኩም ምህያስ ክትብሉዎ ጀሚርኩም ዘሎኹም ምልብባም ኢዩ ዝብሃል። ምህርቲ ፈጠራዊ ስነ-ጥበብ ብኣለባሚ ክኢላ ኢዩ ዝፍተን። እቲ ክኢላ ልበዋ ኢዩ ዝገብር፣ ክልብም ዝደለየ ድማ ነቲ ልበዋ ይምርምር፣ እቲ ንጥፈት ብሓፈሻ ምልብባም ይብሃል። እቲ በዓል ሞያ ንሰብ ብዛዕባ ስርሒት ስነ-ጥበብ የለብም ኣሎ ኢዩ ዝብሃል፣ ነቒፉ፡ ሃይሱ ፍረ ሃልኩ ኣይርኣን፣ ካብ ብርሃኑ ጸልማቱ ይዓዝዝ፣ እዚ ኣዘራርባ ካበይ ከም ዝመጸ ኣይፈልጥን፣ ሃይሱ፡ ነቒፉ ኢልካ ንስነ-ጥበብ ክትርዳእ ምፍታን ከንቱነት ኢዩ ትርፉ። ሓደ ሰብ ሜላ ልበዋ ክምሃር፡ ክዕለም ወይ ክስልጥን ይኽእል፣ ለበውቲ ማለት ንፍርያት ስነ-ጥበብ ተዓዚቦም ንሰብ ዘለብሙ ኢዮም። ኣብ ስራሕ ልበዋ ዝተዋፈሩ ለባዊት ወይ ለባዊ ይብሃሉ ኢዮም። ኣለባብማ ይኽእል'ዩ፡ ኣለባብማ ትኽእል'ያ፡ ኣለባብማ ይኽእላ'የን ወይ ይኽእሉ'ዮም ክብሃል ይክኣል፣ ልባሞ ሂቡ ወይ ሂባ'ውን ከምኡ። ኣብ ሓደ መጽሔት ወይ ጋዜጣ ወይ መጽሓፍ ልባሞ ጽሒፉ ዘይብሃለሉ ምኽንያት ኣይርኣየንን። ልበዋ ቅብኣ፡ ልበዋ ስነ-ጽሑፍ፡ ልበዋ ተዋስኦ፡ ልበዋ ፊልም፡

ልበዋ ቅርጺ ወይ ስነ-ህንጻ ወይ ግጥሚ ወይ ሙዚቃ ክብሃል ዘይክኣለሉ ምኽንያት'ውን ኣይረኣየንን። ኣብ መንጎ ኣፍቀርቲ ስነ-ጥበብን ኣፍረይቲ ስነ-ጥበብን ለበውቲ ኣሎዉ ማለት ምልብባም ንኽህሉ ዝጽዕሩ ወይ ምልባም ዝስራሖም ወይ ልበዋ ዝሞያኦም ወይ ልባሞ ብቓል ወይ ብጽሑፍ ከቕርቡ ዝኽእሉ ወይ ልበዋ ኣቕሪቦም ዝብሃሉ ክህልዉ ይኽእሉ። እዚ ጥረ ዘርኢ ቃል ካብ ልቢ ኢዩ መንጪዩ። ስነ-ጥበብ ምስ ስምዒትን ሓሳብን እኳ እንተ ተቐራረበስ ዝያዳ ምስ ናይ ስምዒት ፍልጠት ኢዩ ዝዛመድ። ልቢ'ዩ ዝቐርቦ ማለት ኢዩ። ልቢ ኣሎዎ'ዶ? ብልባ ድያ ተፍቅሮ? ምስ ልቡ ኣይኰነን፡ ብዘይ ልበይ፡ ኣብ ውሽጢ ልበይ ኣትያትኒ፡ ልቢ የብሎምን፡ ልቢ የብላን፡ ለባም ኢዩ፡ ንለባም ኣምተሉ፡ ወዘተ. ይብሃል ኢዩ። ስነ-ጥበብ ካብ ልቢ'ዩ ዝውለድ ግን ኣይብልን። ስነ-ጥበብ ይፍጠር እምበር ኣይውለድን። ጽባቐኡ ኣብ ምፍጣሩ ኢዩ። ካብ ስምዒት ጥራሕ ኣይፍጠርን። ሓሳብ እውን ፈጣሪ ስነ-ጥበብ ኢዩ። ኣእሙሮን ልቢን፡ ሓሳብን ስምዒትን፡ ሕልሚን ራኢን፡ ውነን ትሕቲ-ውነን፡ እምነት፡ ፍልስፍናን ስነ-ፍልጠትን ናብ ባህሊ ተጠቒሊሎም፡ ንሕሉፍ፡ ንሕጂን ንመጻኢን ብርሃን ክህቡ እንከሎዉ ስነ-ጥበብ ይፈጥሩ። እቶም ክኢላታት ድማ ሞያ ልባወ የማዕብሉ'ሞ ይልብዉ ምእንቲ ሰብ ብፍረታት ስነ-ጥበባት ንምህብታም ክልብም ብልበዋ ስነ-ጥበብ ወይ ዝተጻሕፈ ልባሞ ብምንባብ ወይ ልበዋ ብምኽታል፡" እናበለ ሰብ ክሳዕ ዝድንጹዎ ይደጋግም እቲ መልእኽተኛ ሓቂ።

ሳላ'ዚ ፍልይ ዝበለ ዝመስል በዓል ኣረጊት ፈረስ፡ በዓል ዋልታ መጽሓፍ፡ በዓል ኲናት ብርዒን ስነ-ጥበባዊ ስራሓት፡ ትምህርቲ፡ ዝርጋሐ፡ ልበዋ ዝተዋፈረ ዘበለ ምስ ኩሎም ኣፍቀርቲን ሰዓብቲን ሓድሽ ፍቕሪ መስሪቱ። ኣብ መንጎ ኣፍረይቲን ተጠቀምቲን ስነ-ጥበባዊ ምህርቲ ምርድዳእ ተጀሚሩ። ኲሉ ዓጊቡ። ሳላ ክእለት ልበዋ ደረጃ ብቕዓት ፍረ ስነ-ጥበብ ናብ ፍጹምነት ክቀራረብ ከም ዝኽእል ተኣሚኑሉ። ንስነ-ጥበበኛታት ሓድሽ ዓለም ተራእዩዎም። መንፈሶም ቅሳነት ረኺቡ ሩፍ ኢሎም ክፈጥሩ ከም ዝኽእሉ ተኣማሚኖም። ናብራ መግዛእቲ ሕሉፍ ስቓይ ናብ ምብቃዕ ከም ዘበለ ነብሶም ነጊሩዎም። ስነ-ጥበብ ንወዲ-ሰብ ክብሪን መጎስን ዝውዕለሉ እዋናት ከም ዝቐረበ ተሰሚዑዎም። ደገል ረሳሕ ባህሊ ብሓዊ ንምቅጻል ዝዓለመ ዓመት ዓመት ዝዝከር ሓደ ዓቢ በዓል ንምጽንባል ተሰማሚዖም።

"ካብ ጥንቲ ጀሚርና ንግዜ ጸበባን ጸልማትን ብምልክት ሽግ

ኢና ነህድሞ። ሕማም ብሓዊ ንፈውሶ፡ ሓዊ ዘየጽርዮ ነገር የለን። ሓዊ ካብ ኣማልኽቲ ተሰሪቑ ንወዲ-ሰብ ዝተዋህበ ሓይሊ'ዩ ዝብሉ ካብ ሓቂ ዝረሓቑ ኣይመስለንን። እዚ በዓል ኣረጊት ፈረስ፡ ዋልታ መጽሓፍን ኵናት ብርዒን ሃተፍተፍ ዝብል እናመሰለ ካብ ዝደግሞም ቃላት ምስ ሓዊ ዝተዛመዱ ኢዮም። ኣብዚ ሕጂ ንጽንብሎ በዓል እውን ነዞም ቃላት ኢና ክንደጋግም። ኩልና ብቓልና ከነጽንዖም ኣሎና። ስነ-ጥበበኛታት ድማ በብሞያኦም ክንጸባርቑልና ይግበኦም። ብግጥሚ እንተ ዘመሩዎ ኣይንጸልእን፣ ብስእሊ፡ ቅርጻን ስነ-ህንጻን እንተ ኣንጸባሪቖዎ ንሕጐስ፣ ብሙዚቃ እንተ ዘርገሑዎ ባህ ይብለና፣ ብስነ-ጽሑፍ እንተ ፈጠሩዎ ንፍሳህ፣ ብፊልምን ተዋስኦን እንተ ኣወሃሃዱዎ ድማ ደስ ይብለና። ብሳዕስዒት እንተ በሉና'ውን ምስኦም ንስዕስዕ። እዚ ፍሉይ ዝኾነ መድሓን ስነ-ጥበብ መልእኽተኛ ካብ መጽሓፉ ግንጽል ኣቢሉ 'ሓዊ፡ ባርዕ፡ ጓህሪ፡ ቁልዒ፡ ሃልሃልታ፡ ረመጽ፡ ድጉል በርቂ፡ መስታ፡ ጠራዕራዕ፡ ሓሙኽሽቲ፡ ምቅጻል' ቃል ብቓል እናስምዐ ክደጋግም ንሰምዖ ኣሎና። ኣቃጽሉ ይብለና ኣሎ። ዓመት ዓመት ክንደጋግም ተማሕጺኑና። እቲ ቀደም ስራሓት ስነ-ጥበብ መሲልኩም ንህዝቢ ዓሚጽኩምሉ ዝነበርኩም ስራሓት ይቕረ በሉልና ኢልኩም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኣቃጽሉዎ ይብለና ኣሎ፡" ኢሉ ገሊጹ እቲ ዘይስልክዮ ፈላስፋ ህንዲ፡ ብዛዕባ'ቲ በዓል ኣመልኪቱ።

ኣብ መጽሓፈይ እቲ ሓሳብ ከም ዝተተግበረ ገይረ ኣስፈረዮ። ባህጉ'ውን ብዘይ ጸገም ተቐቢላቶ። ኣብ ሓደ ገጽ ባህጉ'ታ መጽሓፈይ እዚ ዝስዕብ ይንበብ። "ብምሉእ ስምምዕ ኩሉ ሕብረት ስነ-ጥበብ ነቲ ዓመት-ዓመት ዝዝከር በዓል መዓልቲ 'ጽባቐ ሓቂ' ዝብል ስም ተገይሩሉ። ኣብ ከባቢ ጕሓፋት ክከናወን ድማ ብምሉኦም ኣባላት ተሰማሚዖም። ከም ኩሉ ባህሪ በዓላት ዝዝረብ ምስ ተወድአ ከም ቀንዲ ፍጻመ ናይቲ በዓል ናይ ዘይብቑዕ ስነ-ጥበባዊ ፈተነታት ሓዊ ናይ ምቅጻል ስርዓት ይግበር። እቶም ዘይበቕዑ ፊልምታት ኰኑ ጽሑፋት ወይ ኣሳእል ዝሰርሑ ውልቀ-ሰባት ንህዝቢ ይቕረ በሉልና እናበሉ ንስራሓቶም ናብቲ ነበልባል እሳት ይድርብዩ። ህዝቢ ድማ ሓጐሱ ብጣቕዒትን ዕልልታን ይገልጽ። እቶም ኣብ ስነ-ጥበባዊ ምፍራይ ምህርቲ፡ ዝርጋሐን ትምህርቲን ዝነጥፉ ድማ ዝተምሓየሸ ፍረ ንኽቕርቡ መብጽዓ ይገብሩ።"

* * *

ትጃር ተዋስኦታት ክደርስን ክኣሊን ግዜ ይሓልፈሉ።

ተዋስኦታቱ መስትያት ህዝቡ ከም ዝኹኑ ብኹርዓት ይደጋግም። “ኣብ መወዳእታ ፈጠራዊ ድኻመይ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ መድረኻተይ ገጹ ከም ዘለሊ ክገብር እየ፡” ክብል ሰሚዐዮ ትጃር ኣብ ሓደ ኣኼባ። ቀጺሉ፡ “ኣብ መድረኻተይ ተባዕ ትብዓቱ፡ ፈራሕ ፍርሓቱ ከለሊ ኢዩ። ቃልሲ ሓቂን ሓሶትን ብግህዶ ኣብ መድረኽ ኣመልኪተ ኣብ ልቢ ሰብ ከመዝግቦ እየ፡” ክብል ሰሚዐዮ።

ትጃርን ዘረባኡን ተረሓሒቖም ኣይፈልጡን። ከምቲ ዝብሎ ይፍጽሞ ኢዩ። ኣዒንቱ ሰንጢቖም ዘይኣትዉዎ ክዉል ምስጢር ሰብ ዘሎ ኣይመስልን። ብትብዓት ጽሑፉ ንልዑላት ጸጋታት ሓበን፡ ሓቦ፡ ሓቂ ካብ መዓሙቕ ጠባያት ጉቲቱ ከውጽእ እንከሎ ይግረም እየ። እቶም ዝተሓብኡ ምልክት ከንቱንት ሰባት ድማ ካብ ጫፍ ብርዑ ሃዲሞም ከምልጡ ኣይርኣኹን። ትጃር ግን ጨካን ኣይኰነን። ንሰብኣውነቶም ክሕምትል ኣይርኣኹን። ክውድስ እውን ኣይተዓዘብኩን። በቲ ፍሉይ ቅዲ ተዋስኦታቱ ንኹሉ ውራይ ናብራ ብልዙብ ፍሽኽታ ኣስተንቲንና ከም ንሓልፎ ኢዩ ዝሕግዘና። ንኽፉእ ምንሕሳይ ንጽቡቕ ምጕሳይ ግን ክፈቅድ ኣይርኣኹን።

* * *

ምስ ኣዛሚትን መሓመድ እድሪስን ርሒቐ ኣይረሓቕኩን። እንዳ ቡን ተራኺብና ነይራ። መሓመድ እድሪስ ምስቲ ቡን ዘፍልሕ ከይተመያየጠ ወይ ከይተኻትዐ ቡን ክሰቲ ርእየዮ ኣይፈልጥን። እቲ ዝእልሾ ዘሎ ታሪኻዊ ሓቂ'ውን ኣብ መገዲ ደው ኢሉ ይገጥሞ ይኸውን እየ ዝብል። ከምቲ ንቡን ንሓቂ'ውን ምሒር ምስ ተኻትዐ'ዩ ክቃረቦ ዝደሊ። ካብ ቡን ዝረኽቦ ፍልጠት ከም ዘሎ ናብ ምጥርጣር እየ ዝደፋፍእ። ሓደ ግዜ ቡን ምራራን ካብ የመን ዝመጸ ሞካን ሓዋዊሱ ኣብ ገዛኡ ከም ዝሰቲ ነጊሩኒ። ቅኑዕ ታሪኽ ንምርካብ እውን ብዙሕ ዓይነት ምርምር ክገብር ተዓዚበዮ። ግዙእ ስነ-ጥበብ ስለ ዝኹንኩ ግዲ ኰይነስ ጣዕሚ ዘሎዎ ታሪኽ እንተ ዘቕርበልና እናበልኩ እምነ።

-22-

ሓደ ተዋሳኣይ እ'ጃመይ መሊ'ሽ ኢሉኒ ዝሕጐስ ሰብ ኣይኰንኩን። መን ከም ዘተኣታተዎ ዘይፍለጥ፡ ኣብዚ ዓዲ፡ እ'ጃም መሊ'ሽ ኢልካ ተዋስኣይ ምምሳል ንቡር ኰይኑ ኣሎ።

ቃቘጣ መጽሓፊይ ጐዕዞ ኣይወዳእናን ኢ.ያ ትብለኒ። በሊዓ ክትጸግብ ኣይርኣ'ኹን። ዝተጸሞቐን ዝተፈትፈተን ንዓኣ ክ'ሽውን ትምነ። ብሓደ ወገን መዳለዊት ኢ.ያ። ዳርጋ ድላዮም ይግበሩ ትብሎም ተዋሳእቲ ፈጠራዊ ዛንታ ኣሎዉ። ናይ ሓደ ባህሪ ገጽ ኢዩ ኢ.ላ ት'ቕበሎ የብላን። ገጽ እ'ኹል ኣይኰነን ካብኡ ሓሊፍካ ንው'ሽጢ ኩዓት ኢ.ያ ትብል። መብዛሕትኡ ጠባይ ተዋሳእቲ ዛንታ እውን ኣይት'ቕበሎን። ጠባይ'ኮ ናይ ዝተወሰኑ ባህርታት ምድግጋም ኢዩ፣ ዘይ ልማድ ግብሪ'ዩ! መንነት ሰብ ከረድእ ኣይክእልን ኢ.ያ ትብል። ካብ ገጽን ጠባይን ሓሊፍካ ንው'ሽጢ እንዶ ጥለ'ቕ! እንታይ ኢዩ ው'ሽጢ ዘፍርሓካ? ገጺ-ባህሪ ኢልካ ዘረባ እንታይ ኣምጸኦ? ባህሪን ጠባይን ግዳማዊ ኢዩ። ገጽ ኢልካ ዘረባ ኣይትቀበሎን። ገጽ ከም ባህሪ ግዳማዊ ልብሲ ኢዩ። ው'ሽጢ ኣቲ'ኻ ኢ'ኻ ሰብ ትረክብ ኢ.ያ ትብለኒ። ሰብ ድለ! ሰብ ድለ! ዘይ ሰብ ባህሪ ወይ ጠባይ ኢልካ ኣብ ገጻተይ ከተስፍር ኣይትፈትን በሃሊት ኢ.ያ - ባህገ መጽሓፊይ።

መጽሓፊይ ንገሊኣቶም ከመይ ከም ዝ'ኾነት ኣስተባሂልኩም ት'ኾኑ። ንበዓል ት'ጃር፡ ፈላስፋ ህንዲ፡ ሚለና፡ ማለት ነዞም ኣብ ዕለታዊ ናብራይ ሓሓሊፈ ዝመዝገብኩዎም ሰባት፣ ገጢሞምኒ ድዮም ገጢመዮም ብዘየገድስ ከም ድላይኩም ኣብ ገጻተይ ዓንድሩ ኢ.ያ ትብሎም። ባዕሉ ጻ'ቕጥ እና'ኹነ እምበር ዋላ ንኣላይ ኣ'ጆ'ኻ'ያ ትብሎ። ናብራ ባህጊ ዝሓለፉ መጽሓፊይ ንሰብ እምበር ንባህሪ ወይ ንጠባይ ኣይጥዕምን። ሕጋ ሰብ ክነገስ ኢዩ። ኣነ ድማ ዓይኒ ሰብ ን'ኽርኢ ዘይክወን ኰይነ። ከም ካልኦት ባህሪ ወይ ጠባይ ኢለ ዘደዓዕሶ ኣይረ'ኽብኩን። ኩሉ ሰብ ኰይኑኒ። ኩሉ ደላይ

ናጽነት። ኩሉ ኣይትተንከፈኒ፣ ኩሉ እንታይ ኣእተወካ፣ ኩሉ መን ኢኻ ንስኻ ኰይኑኒ። ብስክፋት ዳርጋ መንሚነ ነይረ። ማህዚ ግን ቀለብ ከም ቀለብ ኣገልጊሉኒ። መጽሓፈይ ድላይካ መሃዝ ኢዩ ጭርሖኣ። ኣብ መወዳእታ ግን ሰብ ርኹብ ኢዩ ትእዛዛ። ንስነ-ጥበብ የፍቅር እየ ካብ በልካ'ሞ ጽባቐ ፈጢርካ ናብ ገጻተይ ሞባእ ንምውዳቕ ኣብ ኤርትራ ብሕልፊ ኣብዞም ጸሓይ ዘምልኹ ሰባት እንዶ ኣተኩር! እዞም ምስ ብርሃን ዝዋሰኡ እንዶ ተቓመቶም! ነዞም ፈተውቲ ባሕሪ እንዶ ኣቀራርቦም! ጸሓይ ጐንየ ኣሎኒ ኢያ ትብላ ንኤርትራ! ካብ ቀደም ኣፍቃሪትና ኢያ።

ኣነ ድማ ሰብ ረኺበ። በዓል ሚለና፡ ሱሌማን፡ ኣዛሚት፡ ባህታ፡ ትጃር፡ ፈላስፋ ህንዲ፡ መሓመድ እድሪስ፡ ኣላይ እንተ ዘይፈጥር ምስ መን መዋጋዕኩ? "ዕድል ዘሎካ ሰብ ኢኻ!" ኢላትኒ ሓንቲ ካብተን ጽባቐ ፍጥረት ዓለም፡ "ኣዕሩኽቲኻ፡ መሓዙትካ፡ መሳቱኻ፡ ኣፍቀርቲኻ ባዕልኻ ፈጢርካ ካብ ብርሃን ዘይርኣዮም ደቂ ጸልማት ምርሓቕ ናይ መን ኰይኑ? ምስ ብጾትካ ወግዒ መዓስ ይጽገብ? ንርእሲኻ ዝበልካዮ መኣዲ ንዓና'ኳ ኣኺሉ፡" ኢላትኒ።

ቅጥዒ ዘይተዓደለ ገዛይ ሓዳሩ ገርነውነው ተቐይሩ። ንበይነይ ንኢሰዮ። ንታሪኽ ሕልፈቱ መንበሪ ዝኸውን ሳንዱቕ ስለ ዝሰኣንኩ ከይተፈለጠኒ መርኣዩ ከብሒ ምሂዘ። እታ ንስሩሕ ኣቕሓ ዕንጸይቲ ከተንብር ዝተሰርሐት ብርኽ ዝበለት ቦታ፡ ቀንዲ ሃብቲ ገዛ መሲላ ስለ ዝተራእየት ምልእቲ ገዛ በዛ ንእሽቶ መድረኽ ጥራይ ተፈሊጣ። ፈለማ'ኳ ጥቕማ ብመጽሓፍ መሓመድ እድሪስ ተጋሂዱ። ክትብል ግን ማዕረ ትጃር ካብተን ዝዕንድረለን ዓበይቲ መድረኻት ንዓኣ ዝመርጸሉ ግዜ መጺኡ። ትጃር ንምግናንን ንሰሓቕን ክልተ ካብተን ኣዘውቲሩ ዝጥቀመለን ቅዲ ኣዛናትዋ ደኣ ኰይነን እምበር፡ ኣብ ካልእ ገፊሕ መድረኻት ዘይርኣዮ ኣብዛ ጭልቓ መድረኽ ገዛይ ከም ዝግለጸሉ ይምስክር። ብሕልፊ ምስ ተዋሳእቱን ኣላይ መድረኽን እንተ ዘይተሰማሚዑ ምላሽ ኣብ ናይ ገዛይ መድረኽ ዝጽበዮ ይመስሎ።

ትጃር ምስ ተዋሳእቱ ይበኣስ ኢዩ። ንሓንሳእ ቀሊል ባእሲ ኢልካ ዝሕለፍ'ውን ኣይኰነን። ብግዜ ምልምማድ ብዙሕ ሻብ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ መግለጺ ናብ ግብሪ ክትርጕም እንከሎ ገፊሕ ፍልልይ የስዕብ። ኣላይ መድረኽ ኣየለለኹሞን ክብል እንከሎ ተዋስኣይ ድማ እንሂልካ እንዶ ክብል ይስማዕ። ትጃር ብዓይኒ ኣላይ መድረኽ ጥራሕ እንተ ዝርአ ጽቡቕ ነይሩ። ብዓይኒ ደራሲ

ክርአ ኣሎዎ ዝብለሉ ግዜ ድማ ውሑድ ኣይኰነን። ቀደም ድርሰቱ ንኣላይ መድረኽ ሂቡ ውጽኢት ይጽበ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ ግን ባዕሉ መራሕ መድረኽ ዝኾነሉ ግዜ መጺኡ። ንሓደ ወይ ክልተ ተዋሳእቲ ፍልይ ኣቢሉ ናብ መድረኽ ገዛይ ብምምጻእ ወጥርታት ክትዕ ክፈትሕ እንከሎ ተዓዚበዮ።

ትጃር ንሚለና ሒዙ ድዩ ኣብ ቱሽቱሹ ሽኵዑ ወይ ድማ ኮብኪቡ ምናልባት'ውን ኀቲቱ ብዘይ ቆጸራ ንገዛይ መጺኡ። ረፉድ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ መቐበል ኣጋይሽ ኰይነ ገለ ንመጽሓፈይ ክጸምቆ ዝሓደርኩ ንኮምፕዩተረይ ኣመንጊገ ከውሕጣ እናተቓለስኩ ማዕጾ ተኳሕኲሐ። ልማኖይ ተሰሚዑ፡ በተን ገጸን ክመልሳለይ ደልየን ዘሎዋ ለገስቲ ስነ-ጥበባዊ ንቕሓት፡ ለይቲ ክትኮበለይ ዝሓደረ ዱቃ ሃብቲ፡ ሃፌፉ ከይስወረኒ ስለ ዝተደሃልኩ፡ ጸሓይ ብራቕ ጀሚረ ኣብ ህጹጽ ተብተብ ምጽሓፍ እየ ኣርፊደ። ከም ኣመላ ትቕበሎ ምስ ተቐበለት መጽሓፈይ ኣፋ ዓጽያ። ኣብ ምምንጋግ ምስ በጸሕኩ ከኣ ድኻሙ ብዘይካይ ዝፈልጦ የሎን። ከምዚ ኢለ እናተሳለኹ ኣብ መንጎ ምቁራጹ ነተን ብኸንደይ ጻዕሪ ዝተኣከባ ምንጋፍ ማለት ምኳኑ ፈሊጠ ነይረ፣ እንተኾነ ማዕጾ እናተኳኲሐ እዝነይ ኣጽሚመ ክቕጽል ኣይክኣልኩን።

ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ዘይምቅዳው ገዛ ምስ ኣቶዉ ተጋሂዱለይ። ሚለና ናይ ምውሓጥ ተኽእሎኣ ተጠቒማ ስምዒታ ኣብ ገጻ ኣይተለኸየቶን። ካባይ ሓቢኣ ንኽትክውሎ ግን ኣይከኣለትን። ዝተዓማጸጸ ስምዒታ ገሊኡ ኣብ ድምጻ ተቐርቂሩ ገሊኡ ኣብ ኣዒንታ ተዓቝቡ ከስክእ ኣስተውዒለ። ገጽ ትጃር ግን ካብ ቀደሙ ግሉጽ ዕዳጋ ኢዩ። ናቱ ኣይሓብእ ናይ ሰብ ኣይክውል - መስትያት ኢዩ። ተዋስኦ መስትያት'ዩ በሃላይ ስለ ዝኾነ መድረኽ ድማ ከም መስትያት ኰይኑ ከገልግል ከም ዘሎዎ ይኣምን። ሕቡእ ቃል ኰነ ግብሪ ከም ዘይፈቱ ንተዋሳእቱ ብዙሕ ግዜ ነጊሩዎም።

ርግእ ኢሎም ምስ ተዘራረቡ፡ ሚለና ናብ መድረኽ ሓኹራ ነታ ዘባኣሰቶም ቊርሶ እጃም ንኽትደግማ ተሰማሚዖም። ቀደም ሚለና ኣብ ገዛይ ክትነብር እንከላ ዘኪረ። መስክር እንተ ዝብሃል ነዘን ንእሽቶ ክፉል እጃማት ክሳዕ ዘንጸራሩዋ ትደጋግመን ከም ዝነበረት ንትጃር ኢዱ ጠቒዐ ምነገርኩላ። ብቋንቋ ኣባላት ስነ-ተዋስኦ ንገሊአን ቊርሶ ዝብሉወን ንእሽቶ ክፉል ወይ ቊርሲ እጃም ተዋስኣይ ብምሒር ምድግጋም ኣነ'ውን ብቓለይ አጽንዐን ነይረ። ትጃር ግን ኣይዓገበን።

"ሓደ ተዋሳኣይ እጃመይ መሊኹ ኢሉኒ ዝሕጉስ ሰብ ኣይኰንኩን። መን ከም ዘተኣታተዎ ዘይፍለጥ፡ ኣብዚ ዓዲ፡ እጃም መሊኹ ኢልካ ተዋስኣይ ምምሳል ንቡር ኰይኑ ኣሎ። ባእታ እጃም ቍርሶ ስለ ዝኾነ ተዋሳኣይ ቍርሶ ክመልኽ ይግደድ። እጃም ብቑርሶታት'ዩ ዝህነጽ። ንነፍሲ-ወከፍ ቍርሶ ተባሂሉ ዝተመደበ ስምዒት ከም ዘሎ ኣብ ሕልና ተዋስኣይ ክሰርጽ ኣሎዎ። ነታ ቍርሶ ብፍላይ ዝተመረጹ ቃላትን ምንቅስቓሳትን ከም ዘሎዉ እውን ምስትውዓል ጥራሕ ዘይኰነ ምእማን የድሊ። ብርሃን እንተ በልና ድምጺ ወይ ኣለባብሳን ኣመላኽዓን ምስ እጃም ዘይኰነስ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ቍርሶ ክዛመድ ከም ዘሎዎ እኣምን። ኩሉ ድምር ቍርሶታት ኢዩ። ንቑርሶታት ኢና ከከም ዝምድናኦን ክንሰርዕ ላሕ ንብል። ምስ ሚለና ብሓንቲ ቍርሶ ኢና ተፈላሊና። ኣብዛ ደፋር ቍርሶ ምስ በጽሐት ግቡእ ድምጺ ካብ ምሃብ ተቖጢባ። መትከል ዘየመልክትን ውሳኔ ዘየጨብጥን ድምጺ ተጠቒማ። ንጸሓፉይ ተፍቅርዮ ዲኺ ንእትብል ሕቶ ንምምላስ ድምጻ ጠፊኡ። ማለት ካብ ስምዒታ ልሒኹ ኢዩ ዝወጽእ ዘሎ'ምበር ንሰማዕቲ ብግርህና ኣይተፈነወን። ነቲ ድምጺ ጉርሒ ሓሊኹዎ።"

ትጃር እናተዛረበ፡ ፈላስፋ ህንዲ ከይርኣናዮ፡ ኣትዩ ክሰምዕ ስለ ዝጸንሐ ትጃር ዘይተጸበዮ ምላሽ ኣውሪዱሉ።

"ትጃር! ንዝኾነ ነገር ምላሽ ዘሎዎ ድዩ ዝምስለካ? የፍቅር ኣየፍቅርን እኮ ኣይኰነን እዚ ዓለም። ስምዒታ ዘይትፈልጦ እንተ ኰንትከ? ድምጻ ከመይ ኢሉ ይእዘዛ? ልሒኹ እምበር ተፈንዩ ክጽውዕ እንተ ዘይክኣለኸ? ግድን ድዩ ኩሉ ነገር ክምለስ? ዘይምምላስ ምምላስ'ዶ ኣይኰነን! ዘይምውሳንስ ንዘይ ምውሳን ምውሳን'ዶ ኣይኰነን!" ኢሉ ዓው እናበለ ስሒቑ።

"መን ከም ዝስሕቕ ከርእየካ እየ። ንስኻ ትዛረቦ ዘሎኻ ካልእ ኣምር ኢዩ። ኣብቲ ዝተውሃበ ድርሰት 'ንጽሓፊ የፍቅሮ' ዝብል ኣሎ። ካልእ ተዋስኦ ክትደርስ እንተደሊያ ግን ኣይፈልጥን።"

"እሞ ነቲ ጸሓፊ ከም ተፍቅሮ ክትገብር ትኽእል ዲኻ? ኣይወሰንኩን እንተ በለትከ?"

"ነየናይ ጸሓፊ ኢኻ ትብል ዘሎኻ? ነዚ ብድርሰተይ ተፈጢሩ ምስኣ ዝዋሳእ ዘሎ ማለትካ ድዩ?"

ሚለና ኣብታ መድረኽ ዘኽቲማ ከይትተርፍ ግዲ ሰጊኣስ ዘይልማዳ ሓሳባታ ብድፍረት ገሊጻ። ዓይና ናባይ ገይራ፡ "ክልተ

ጸሓፍቲ ድዮም ሓደ ኣይተረድኣንን። ኣብዚ ገዛ ዘሎ ጸሓፊ ምስቲ ኣብ ተዋስኦ ዘሎ እናተሓላለኸ ምፍታሕ ኣብዩኒ። ትጃር ሓደ መሲሉዎ እምበር ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ኢዮም። ኣነን እታ ኣብ ድርሰት ተዋስኦ ዘላን እውን ሓደ ኣይኰናንን። ከም እትርእዩዎ ትጃር ተዋስኦ መስትያት'ዩ ኢሉ ብናቱ መረዳእታ ናተይን ናይ ጸሓፊን ታሪኽ ዝመሰሎ ደሪሱ ኣብ ዘይጸገምና ኣቲና ኣሎና። ነዚ ኣብዚ ገዛ ዘሎ ጸሓፊ ምስ ነብሰይ ምስ ተዓረቕኩ ጥራይ እየ ዘፍቅሮ።"

ፈላስፉ ህንዲን ትጃርን ንሚለና ሕቶታት ኣብዚሑምላ። ሕቶታቶም ባህ ኣይበላን። ንዓይ ተፍቅረንን ዘይተፍቅረንን ምዃና ምስ ሓተቱዋ ግን በቲ እምብዛ ምዕቡል ክእለት ተዋስኣዊ ብልሓታ ውሒጣቶ እምበር ደሓር ንኣዛሚት ከም ዝነገረታ ብሕርቃን ምተቓጸለት ነይራ።

"ናይ ህይወት ኣይትሕተቱኒ፣ ካብ ህይወት ባሕትየ ካብ ዝፋኖ ነዊሕ ኰይኑ። ኣብ በዓቲ ስነ-ጥበብ ካብ ዝዕቆብ ኣይወሓደን። ተዋሳኢት እየ ብተዋስኦ ከኣ እነብር። ኣብ መድረኽ እየ ዘፍቅርን ዝጸልእን። ንጸሓፊና ከምቲ ንሱ ንመጽሓፉ ኣይኹን እምበር ኣፍቅሮ እየ። ንፍቕሪ ኢለ ግን ሓንቲ ስጉምቲ ንድሕሪት ክጥምት ኣይክእልን። ንሱ'ውን ሓይለይን ድኽመተይን ይፈልጥ ኢዩ። እታ ኣብ ድርሰት ትጃር ዘላ ተዋሳኢት ነቲ ኣብ ድርሰት ዘሎ ጸሓፊ ከተፍቅሮ እንተ ተደልዩ ጸገም የለን። ካብ ተዋስኦ ናብ ህይወት፣ ካብ ህይወት ናብ ተዋስኦ ካብ ዘለልና ግን ስምዒተይ ይዘናበል'ሞ ድምጸይ ምእዛዝ ይኣብየኒ፣" ኢላ ካብ መድረኽ ወሪዳ። ናባይ ቅርብ ኢላ፣ "እሞ ኩሉ ከመይ ኣሎ?" ምስ በለትኒ ሓንቲ ናይ ቀደም ደርፊ ዘኪረ ብንኡስ ናቋ ዓዃበ፣ "ስለምኻድ ኪድ'ሞ፣ ኣይትዛረቢ መለየ፣ ኣይትዛረቢ!" ኢለ ተፋንየያ።

እዛ ባህጉ መጽሓፈይ እንታይ ኢለ ጀመርኩዋ ዝበልኩሉ እዋን ዝሓለፈ መሲሉኒ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ'ውን ንሓንሳብ ከምኡ ዝስምዓኒ ግዜ ኣሎ። ብኻልእ ወገን ግን እንቋዕ ነቲ ዝጎነፈኒ መዝገብኩዎ እብል። መጽሓፈይ ግን ከይተፈለጠና እምበር ምምዝጋብ ስራሕና ኣይኰነን እናበለት ክትግስጸኒ እንከላ ብጽንዓት መትከላ እግረም። ስቕ ኢልካ ፍጠር! ካልእካ ንኻልእ ሃቦ! ኣነ ፈጠራ ጥራሕ እየ ዝጽበ ትብለኒ። ሓቃ ድማ፣ ብጽሩይ ጽማቑ ሓቅታት ምርዋይ እንታይ ከፊኡዋ! እንታይ ከይብላ ልግዐ ሕልምታት! ነዚ ኩሉ ኩነታት ድሕሪ ኩናት ኣብ ሓንቲ ኩላሶ ጠቕሊሉ ንዒ ብልዕለይ ዝብል

እንተ ረኺባ እንታይ ከፌኡዋ! ይዋኢኡ ከማይ ግዙእ ስነ-ጥበብ! ትምኒት ምሉእ ሃገር ብሓንቲ ዕምኮ ጨቢጡ ንኣለሸቲ ጽባቐ ሓቂ ንኸረክብ ክሳዕ ዝዕሹ ዝልብም! ክሳዕ ዝበራበር ዝሓልም! ብቐትሩ ባሕሪ ምስ ጎቦታት ክምድር ዝሰምዕ! ካብ ዕንባባታት መዝሙር መንእሰያት ክእክብ ዘይሓፍር! ህዝቢ ምስ ኣማልኽቲ ክዋዘዩ ሰሚዑ ጸብጻብ ከቕርብ ካብ በላ ደኣ እንታይ ከፌኡዋ! -መጽሓፍ ዘይትሻድን! ኩሉ ንፍቕሪ ኢዩ፡ ኩሉ ንሰላም ኢዩ፡ ኩሉ ንሰሓቕ ኢዩ ዝብል ረኺባ ደኣ እንታይ ከፌኡዋ ባህጉ ዘይትሃጥር! ዘይትዛዘም! ሙዚቃ መጻኢ ኣቐዲሙ እናሰምዐ ናይ ሓዋሩ ብርሃን ዝርኣዮ ኣገልጋሊ እንተ ረኺባ ደኣ እንታይ ዘየሕጉስ ኣሎዋ?

* * *

መድረኽ ገዛይ ኣብ ዘይኣተወቶ መኣዝን ናብራ የብላን። ኣብ ካልኡ ዘኹደደ ኣብኣ'ዩ ዘውዕል። ኣብ ዝጸንሐ ጸኒሑ ፈላስፋ ህንዲ ጎተት እናበለ ናብ ገዛይ ይመጽእ። ትጃር ገዛይ'ዩ ከይብለኒ እሰግእ። በዓል ሱሌማንን ባህታን ወልፊ መድረኽ ጥራሕ ዘይኰነ ብግዜኡ ማዕረ ወልፊ ቊርሲ ዘሕደሩሉ ገዛይ ኢዩ። ኣዛሚትን መሓመድ እድሪስን ከረን፡ ከረን እናበሎም እምበር ኣስመራ እንተ ኣትዮምስ ናብ ገዛይ ከየበሉ ኣይከዱን። ሚለናን ኣላይን ካልኦት ከምኣቶምን ጭፍራታት ትጃር ስለ ዝኾኑ ኣሰሩ ተኸቲሎም ይስዕቡ። ኣጸምው ኣቢላ ሚለና ብደይ-መደይ ናባይ እትመጻሉ እዋናት'ውን ኣሎ። ኣብ ገዛይሞ እንታይ ዘይግበር? ዘተ ድርሰት ተዋስኦታት፡ ጥንሲ ፈጠራዊ ዛንታታት፡ ጹምቋ ታሪኻዊ ጽሑፋት፡ ክትዕ ፊልምታት ብግሩህ ዘረባ ሕውነት ክሕቆፍን ክሰራሰርን ውዒሉ ዝሓድረሉ ግዜ ኣሎ። ዳርጋ ብምሉኦም ደቂ ስነ-ጥበብ፤ ቀባእቲ፡ ቀረጽቲ፡ ሃነጽቲ፡ ገጠምቲን ኣዝማድን ዝእከቡሉ እዋናት'ውን ኣይወሓደን።

ነቲ ግዜ ዝሓለፎ ኣረጊት ገዛይ፡ ላዛ ታሪኹ ከይጠፍኣ ብዘመናዊ ቅርጺ ንዋዕላን ዕላልን ስነ-ጥበባት ከጽልል ኣሎዎ ዝብሉ በዚሖም። ትጃርን ደቂ-መዛምርቱን ሓይሊ ቅየሳ ናብ ዕብላለ መድረኽ ንኸዘንብል ማዕረ ሓድሽ ተዋስኦ ደሪሶም ንኸርእዩ ድሉዋት ምዃኖም ይገልጹ። ፈላስፋ ህንዲ ድማ፡ "ቀለምቀመሳት ስለ ዘየጫንዉዎ ኣብ ሃገርና ጽላል ስኢኑ ዘሎ ፈላስፋ ኢዩ። እዛ ገዛ ጽላል ዳዕሮ ፈላስፋታት ንበላ። ስነ-ጥበብ ፍልስፍና ኢዩ ስኢኑ ዘሎ። ብዘይ ፍልስፍና ፊልም፡ ተዋስኦ፡ ቅብኣ፡ ህንጻ፡ ወዘተ. እንታይ መቐረት ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣይፈልጥን። ነዚ ኢለ እየ'ኮ ኤርትራዊ ፍልስፍና ኣብ ጒዕዞ ስነ-ጥበብን እምነትን እትብል

መጽሓፍ ዘበርከትኩ፡” እናበለ ክሳዕ ዝደኽሞ ይሰብኽ።

እቶም ካብ ማእከል ዓዲን ካብ ኣርባዕተ ኵርናዕ ዓለምን ብመንፈስ ዝተዋሃዱ ኤርትራውያን ግን ዝኽፈል ከፈሎም ንኹሉ ከም ዝጥዕም ገይሮም ገዛይ ንውራይ ስነ-ጥበብ ከም ዝውዕል ይሃንጹዎ ኣሎዉ። መነባብሮይ ኣብኡ ከም ዝጥርነፍ ስለ ዘረጋገጹለይ ድማ ቀሲነ። ንፍልስፍና ምቹእ ቦታ ከም ዝሃቡዎ ምስ ሰምዐ ፈላስፋ ሀንዲ፡ “እንቋዕ ብህይወተይ ዓወት ፍልስፍና መስከርኩ፡” ኢሉ ብእምብዛ ሓጐስ ንብዓት ብንብዓት ኰይኑ ምእባድ ከም ዝኣበየ ትጃር ኣዘንትዩለይ።

ንኣረጊት ገዛይ ብሓድሽ ፈጠራዊ ማህዚ ፍሉይ ስነ-ህንጻዊ ህይወት ምሃብ ናይ ብሓቂ ኣፈሲሁኒ። ኤርትራውያን ኣብ ዝሃሎዉ ሃልዮም፡ ብጥሙር መንፈስ፡ ንሓደ ናይ ግዜ መግዛእቲ ኣረጊት ገዛ፡ ብናይ ገዛእ-ርእሶም ፈጠራዊ መሃዝነት፡ ናብ ወቕታዊ ኣዳራሽ ስነ-ጥበብን ፍልስፍናን ክቕይሩ ምርኣየይ ዓቢ ትርጒም ሂቡኒ። ሱሌማን ነዚ ርእዩ፡ “እዚ ውጽኢት ስነ-ኣእሙራዊ መንቋሕቋሕታ ኢዩ። ጻዕሪና ብኸንቱ ኣይሃለኸን። ብልሓት ኵናት ስነ-ኣእምሮ ብብልሓት ፍቕሪ ከም ዝመለኽና ኣይትጠራጠር፡” ምስ በለኒ ነቲ ዝሓለፈ ግዜ ኣዘኪሩኒ። ብሕልፊ ለይቲ ንግሆ እናኳሕኵሑ ቍርሲ ሕልበት ክብሉ እንከሎዉ ዘኪረ ናይ ልበይ ስሒቐ። ቀንዲ ዘሐጐሰኒ ግን ሰብ ብዛዕባ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ምግዳሱ ኢዩ። ዓይኒ ሰብ ካብ ግዙፍ ነገር ናብ ረቂቕ ምስጢራት ከተኩር ምጅማሩ ተስፋ ሂቡኒ። ካብ ርኣና፡ ሰማዕናን፡ መሲሉናን ኢልና ጌጋታት ምፍጻም ክንድሕን ንኽእል ንኸውን ኢለ ተሓጒሰ። ምስቶም ኣብቲ ትሕቲ ግዙፍ ውሕጅ ጒዕዞ ታሪኽ ዘሎዉ ረቀቕቲ ሰራውር ሩባታት ሓቂን ስነ-ፍልጠትን ክንላለ እንከሎና ተራኣዩኒ። ብፍልስፍናናን ስነ-ጥበብናን ምስጢር ህይወት ንመራመረሉ ዘመን ምቕራቡ ድማ ሓድሽ ሓይሊ ሂቡኒ። እናሰሓቕኩ ድማ ሓደ ገና ኣብ ከርተት ስደት ዝርከብ ዓርከይ ዝበለኒ ዘኪረ። “ኣብ ሃገርና ንስነ-ጥበብ ጥራሕ ዘደንፍዕ ካብ ምሉእ ዓለም ዝዓበየ ዩኒቨርስቲ ምስ ተሃንጸ እየ ንዓደይ ዝምለስ።” ብህይወቱ እንከሎ ሕልሙ ብናቱን ብኸምኡን ብናይ ኩልና ሕብረትን ክግሃደሉ ብልበይ ተመንየሉ።

እዚ ንጻውዒት ፍልስፍና ብብሩህ ሕልና እየይ! ኣሎና! ምባል ነዚ ሕጂ ዝርኣየኒ ዘሎ ጥምጥም ምስ ዓሳ ነባሪ ይሕግዝ ኢለ ገሚተ። ናይ ኤርትራ ሞቢ ዲክ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ማዕበላት ክዘልል ይርኣየኒ። ንሕና ድማ ነታ ሒዛቶ ዘላ ማዕቀብ ዝኣሰረት

ገመድ በብኢድና ሒዝና ብገፋሕ ጃልባና ንሓንሳብ ንጎቶ፡ ንሓንሳብ ድማ ንጉተተሉ። ከም ዘይንገድፎ ዝፈለጠ ይመስለኒ። ብተስፋ ዝቓጭል ሰሓቕና ኢዩ ኣለልዩና ዝኸውን እብል። ክሳዕ ከም ዓሳ ጠቢርና ናብ ገማግምና ነብጽሖ ዳርጋ መኒዑና ከምልጥ ዝተቐራረበሉ እዋናት'ውን ነይሩ። ትሕዝቶና ግን ኣየፍኮስናን። ገሌና ብ'ኸቱር ፍሕፋሐ ብሓርፋፈ ገመድ ዝደመና ንህሉ። ጭብጢ ዘላሕልሐ ግን የብልናን። ንሱ ክስሕብ፡ ማዕበላት ክጸፍዑናን ገመዳት ክሕርፋፉናን ውዒሎም እንተ ሓደሩ ብሰንኮም ባሕሪና ተዛዊርናዮ፣ ደሴታትና በጺሕናየን፣ ምስ ኣቡ-ሳላማታትና ተጻዊትና ደኣ'ምበር ኣይላሕላሕናን። ንሞቢ ዲክ ብገመድ ጥራሕ ዘይኰነ ብሰንሰለት ፍቕሪ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን ኣቢድና ዓዲ ከነእቱዎ ብጋህዲ ተራእዩኒ።

እዛ ቃቐጣ መጽሓፈይ፡ "በቒዐ እየ! መዛዘሚ ሓረጋት ኣክብ! ናተይ ኣብቂዑ ኢዩ፡" ትብለኒ ወቕቲ ዶኾን ይርኢ ይኸውን እናበልኩ ምስ ተጨነቕኩ ሓደ ሳዕ መጽሓፈይ ብድቁሰይ ከም ብሕልሚ ኣምሲላ ዝተላበወትኒ ብውነይ ዘኪረ። ከም ለበዋኣ ሓቂ መመላእታ እንድሕሪ ጎዲሉኒ ምስ ሓቂ ዝጸምኦም ምሕዝነት የጥብቕ። ወግያም ናብ ቅድም ዝርኣኹዎ ኵርንዓት ናብራ መሪሑ ናብ ሓድሽ ገማግም ፈጠራ የብጽሓኒ። ኣብ እለሻ ቅኑዕ ፍቕሪ ዘሎዉ ምስ ኣቕረብኩ ድማ ዘረባኦም ኣይከፍኣንን። ትምኒቶም ናብ ጽባቐ ስነ-ጥበብ ኣቕሪቡኒ።

መጽሓፈይ ግን ትዓግብ ኣይመስለንን። ሒደት ገጻት ዝተረፋኒ መሲሉኒ ነይሩ። ባህጉ'ዛ መጽሓፈይ ግን ብምሉኡ ሰሓቕ ኤርትራውያን ኣኪብካ ሂብካያ ጸጊበ ትብል ኣይትመስልን። ሕልሚ ህዝቢ እንሄልኪ፡ ባህግታት ወለዲ ርኣዩ፡ ህርመት ልቢ መንእሰያት ስምዒ፡ ምሳና ሳዕስዒ፡ ኣጸምው ኣቢልኪ ህዝቢ ምስ ኣማልኽቲ ክዋሳእ እንከሎ እዝኒኺ ጽለዊ፡ ምሳና ንወጋሕታ ጸሓይ ተጸበዪ፡ ፍሽኽታ ጸሓይ ክንምሃር እንከሎና እናርኣኺ ሰሓቒ ኢለ ስጉምቲ ጕዕዞ ናብራይ ናብ ገጻታ ከም ክቡር ሞባእ ኣንቢረ ተዛዚመ ክትብለኒ ይልምን። ትቀበልካ በሉኒ። ትቀበልካ በላኒ።

ተወሳኺ መብርሆታት

[1] ፖሊስ፡ ኣብ ትንታዊት ግሪኽ ነብሳ ዝኸኣለት ከተማዊት ሃገር (police, city state) ንኣብነት ኣቴና፡ ስፓርታ፡ ኮሪንትያ፡ ነብሰን ዝኸኣላ ሃገራዊ ከተማታት ወይ ፖሊሳት ኢየን ነይረን።

[2] ለሚን ለሚነይ ትብሃል ደርፊ ብኢሳያስ ጸጋይ ተደሪሳ ብተኸለ ክፍለማርያምን (ወዲ ትኹል) መዓሾ ሓለፉን (ጓል ሓለፉ) ዝተደርፈት።

[3] ዦንዳርክ (1412-1431) ፈርንሳዊት ጅግናን ጻድቕን ንገሊኦም ሓይልታት ፈረንሳ ምምራሕ ኣብ ልዕሊ ወረርቲ እንግሊዝን ተሓባበርቶምን ዓወት ኣረኪባ ነይራ። ደሓር ግን ብኸድዓት ተሳቒያ ተሰዊኣ።

[4] እቲ ዲዮጀነስ ዝብሃል ስቶዪካዊ ፈላስፋ ኣብ ኮሪንት ጸሓይ እናተጸልወ እንከሎ ኢዩ እስክንድር ከቢር ክበጽሖ ዝመጽአ። "እንታይ ክገብረልካ" ኢሉዎ። ንሱ ድማ "ኣይተንጸላልወኒ!" ምስ በሎ ስክንድር ከቢር፡ "ስክንድር እንተ ዘይነብርሲ ዲዮጅን ኰይነ ምተፈጠርኩ፡" ኢሉ ይብሃል።

[5] ብሄርማን መልቪል ዝተደርሰት ናይ ፈጠራ ዛንታ

[6] ተመሳሳሊ ደርፍታት ብቛንቋ እንግሊዝ/ጥልያን ወይ ብትርጉም ኣብ ናይ ቀደም ኣብያተ-ትምህርቲ ተመሃሮ ይዝምሩ ነይሮም። ኣብ መንጎ ደርፊን ባህሊን ገፊሕ ሃጓፍ ነይሩዎ።

ብዛዕባ ደራሲ

ደራሲ በየነ ሃይለ ብ1941 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ። ትምህርቱ፡ ምምሕዳርን ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠትን እኳ እንተኾነ፡ ክቱር ዝንባለ ስነ-ጥበብ ካብ ብንእሽቶኡ ስለ ዝሰረጾ፡ ኣብ ስነ-ጥበብን ፈጠራዊ ዓለምን ኢዩ ዝነብር። ምስ ሞያኡ ዝኸይድ ናይ ስልጠናን ምሕደራን ስራሓት ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራትን ቦታታትን ሰሪሑ። ሕጂ'ውን ብሞያኡ ይነጥፍ ኣሎ።

ደራሲ ገና ብንእሽቶኡ እንከሎ ዝጸሓፋ ዓቢዱ ዶ ትብልዎ? እትብል መጽሓፉ፡ ኣብ 2003 ዳግማይ ድሕሪ ምሕታማ፡ ድሕሪ ከባቢ ኣርብዓ ዓመት ትንፋስ መሊሳ ኣብ ልቢ ኣንበብቲ ሰፊራ። እታ ብ2003 ዝተሓትመት ድኳን ትብርሀ እውን ንደረጃ ስነ-ጽሑፍ ኤርትራ ዓቢ ስጉምቲ ከም ዘዝለለት ተመራመርቲ እቲ ዓውዲ ይምስክሩ።

በየነ ሃይለ ትምህርቲ ሙዚቃን ቅብኣን ዝወሰደ ኰይኑ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ዝሰኣሎ ሓያሎ ቅብኣታት ኣፍርዩ ኣሎ።

ምስ መንእሰይ ምውጋዕ ዝፍተዎ ደራሲ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ንሕትመት ክትበቅዕ ትጽቢት ዝግበረላን ንደረጃ ድራማ ሃገርና ከተበርኽ እትኽእልን ወግዒ ልቢ እትብል ድራማ'ውን ወዲኡ ይርከብ። ንመንእሰያትን ስነ-ጥበብን ዝምልከት ጽሑፋት'ውን በብግዜኡ ኣብ መጽሔት ሕድሪን ካልእን የበርክት ኢዩ።